ተስፋዬ ገብረአብ

መዘክር'ቲ ጋዜጣ



ትርጉም
ኣሉላ ፍስሃየ
ፍጹም (ወድዓዬ)

ተስፋዬ ገብረአብ
መዘክር'ቲ ጋዜጣ
ትርጉም
ኣሉላ ፍስሃየ
ፍጹም (ወድዓዬ)

መዘክር'ቲ ጋዜጠኛ

ተስፉዬ ገብረኣብ

ተርጕምቲ

ኣሉላ ፍስሃየ
ፍጹም (ወድዓዴ)

መሰል ድርሰት © 2010 ተስፋዬ ገብረኣብ
ኣሉላ ፍስሃየ
ፍጹም ዑቕባሚካኤል

ኩሉ መሰላቱ እተሓለወ እዩ።
All Rights Reserved.

ለይኣውት ጎይትኦም ገብረትንሳኤ (ሻኪሶ)
እስክንድር ግደ
Infopoint PLC

ገበር ዲዛይን ጆሜትራ ሙሉጌታ ገብረእግዚኣብሄር
Mulusystems PLC

tttgebreab@gmail.com

alulafessha@yahoo.com
Mobile Phone: 07289219
esromadawi@yahoo.com
Mobile Phone: 07261787

ቀዳማይ ሕታም ትርጉም ኣብ ኣስመራ ተሓትመ።
Aman Printing Press

- ትሕዝቶ -

ቃል ተርጉምቲ I
መዘክር'ቲ ጋዜጠኛ III

1 - ምእላኽ ስራሕ 1
2 - መዝሙረ ዋልዋ 9
3 - ሓንቲ ሃገር - ክልተ ዓለም! 23
4 - በረኸት ስምኦን 53
5 - ብደም እተረኽበ ስልጣን 74
6 - ፈተንቲ መዓልታት ስራሕ 79
7 - እታ ዘይርስዓ ጋዜጠኛ 86
8 - መምህራን ንእስነት 94
9 - ወንድሙ ጨበሮ 110
10 - ቕጥዓ ዓብዱልመጂድ 114
11 - ኣናብስ ዘመንና 118
12 - ኣፍራስ ቁንድዶ 135
13 - ብዓል መለስ! ብዓል ተወልደ! 145
14 - ክንፈ! ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነት 171
15 - ናይ መወዳእታ ምሸት 186
16 - ዘይጻላእ ሕልና 198
17 - ዝጠፍኡ ወገናትና 203
18 - ዶባት ኣፍሪቃ ኽንሰግር ከለና 219

19 - ጭርምራም ወረቓቕቲ 240
20 - ተረካብ ዘረባ ኣሰፋ ማሞ 267
21 - ደብዳቦ'ቲ ጋዜጠኛ 271
22 - ደሓን ኩኒ ሲያትል! 275
23 - ኢብሳ ኣይሞተን! 288
24 - ደራራ ስለምንታይ ተቐቲሉ? 301
25 - ኢትዮጵያዊ ወተሃደር 306
26 - ባሕታዊ ወኻርያ 310
27 - ንጽገሬዳ ዳግማይ ረኺቢያ 320
28 - ማሪዋና! ቐታሊ ሓየሎም 337
29 - ሓደ ኣፍ - ጸቢብ ጐሮሮ 343
30 - እቲ መገዲ ናበይ ይወስድ? 352
31 - ጉዕዞ ናብ ፍልጠት 359

ድሕረ ታሪኽ 368

ቃል ተርጕምቲ

ሓደ ፈታዊና፡ ደራሲ ‘የጋዜጠኛው ማስታወሻ’ ተስፋዬ ገብረኣብ መጽሓፉ ክትርጉምሉ ደልዩ’ሎ ምስ በለና ዓይንና ኣይሓሰናን። ምስ ተስፋዬ ተራኺብና ንስራሕ ትርጉምን ካልእን ዝምልከት ብዙሕ ምሰ’ዕለልና፡ ኣብ መወዳእታ ኽንትርጉማ ተሰማሚዕና። ብግስ ከይበልና ግና ስክፍታ ተሰሚዑና፣ ምኽንያቱ፡ ስራሕ ትርጉም ክትጅምሮ ቀሊል ዝመስል ምስ ኣተኻዮ ግና ብኻ ፈጠራዊ ጽሑፍ ጽሒፉ ዘብል ገዚፍ ዕዮ ም’ኻኑ ፈጺምና ኣይሰሓትናዮን። ኣብ ዕዮ ትርጉም ሓደ ብሉጽ መጽሓፍ እንተ ተባላሺዩ፡ ነቲ ትርጉም ዘንበበ ንደራሲ’ዩ ዝኽዕቦ፣ ነቲ መበቈላዊ ስራሕ ዘንበበ ድማ ንተርጓሚ’ዩ ዝኽዕቦ። እዚ’ውን ካልእ ከቢድ ጾር’ዩ ነይሩ። ነዚ እናፈለጥና ግና ኣቲናዮ።

ክንትርጉማ ምስ ተሰማማዕና ደጋጊምና ብዕምቆት ኣንቢብናያ። ምስትምቓርና መመሊሱ ስለ ዝዓበየ፡ ቡቲ ደራሲ እተጠቐመሉ ፍልይ ዝበለ ቅዲ ኣጸሓሕፋን ተባዕ ብርዕን እምብዛ ተመሲጥና። ከም ውጽኢቱ፡ ክንየው ምስትምቓራን ብዕምቈት ምግምጋማን፡ መንፈስ ደራሲኣ ከይተረፈ ክንርድኦ ፈቲንና። ብዝግባእ ክንትርኻ ምስ ከኣልና ድማ፡ ስራሕ ትርጉም እዚ’ዩ ኣብ ዝብል መደምደምታ በጻሕና። ድሕሪኡ ዝተርፍ ቴክኒካዊ ነገር ጥራይ’ዩ።

ግደ ሓቂ ሕሉፍ ሓጊዙና’ዩ። ኣብ በበይኑ እዋን ሓጺር-ዛንታትን ዓንቀጻትን ክንትርጉም ስለ ዝጸናሕና፡ እቲ ስምዒትን ጥበብን መሊሱ ክብር’ኽ ሓጊዙና’ዩ። ብተወሳኺ ካብቶም ንፖለቲካዊ ምዕባለታትን ስነ-ጽሑፍን ኢትዮጵያ ብቐረባ ዝከታተሉ ስለ ዝኾንና፡ እቲ ኣብዛ መጽሓፍ ዘሎ ፍጻመታት ብዙሕ ኣይሓደሰናን። ከምዚ ዝኣመሰለ ብዓይነቱ ፍልይ ዝበለ ገዚፍ መዘክራዊ ደብተር ክንትርጉም ግና ፈለማና’ዩ።

ንዝኾነ መጽሓፍ ካብ ኣቐባሊ ቋንቋ ናብ ተቐባሊ ቋንቋ ከተምጽኡ ኽለኻ፡ መልእኽቱ፡ ላዛኡ፡ ስምዒቱ፡ ጥበብ ኣገላልጻኡ፡ ፈትሊ ዋሓዚ ሓሳባቱ ወዘተ ከይበተኽካን ከየቋሰልካን ተነባብን ማራኽን መጽሓፍ ጌርካ ከተቕርቦ ዝወስዶ ግዜን ጉልበትን ምግማቱ ኣየሸግርን’ዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ’ዩ፡ ተርጕምና ኽንዛዝማ ዓመት መመላእታ ዝወሰደልና።

ክንዲ ዝኾነ፡ ነቲ ደራሲ ተስፋዬ ገብረኣብ ኣብ በበይኑ እዋኑ

ከምዝግቦ ዝጸንሐ ኣብ ህይወቱ ዘጋጠሞን እተዓዘቦን ዓጺቕ ፖለቲካዊ ፍጻመታት ይኹን ውረድ-ደይብ ናይ ህይወት መስገደላት፡ ብውሕሉል፡ ስእላዊ፡ ዋዛውን ውስጠዘኣውን ጥበብ ኣጸሓሕፋ ገይሩ ስለ ዘዘንተዎን ዘቕረቡን፡ ላዛኡን መቕረቱን ከይጠፍእ ዕቱብ ጥንቃቐ ክንገብር ፈቲንና ኢና። በዚ መሰረት፡ ልክዕነት ኣብ ትርጉም፡ ልሙድ ኣዘራርባ ናይ ተቐባሊ ቋንቋ ምርግጋጽ፡ ከምኡ ድማ ጥንግንግ ዝበሉ ሓረጋት ግርህ ኢልካ ከም ዝንበቡ ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ነጥብታት ኣብ ግምት እናእተና ሰራሕና።

ኣብዛ መጽሓፍ ዘለዋ ሰማንያን ሸሞንተን ግጥምታት፡ ንበይነን ተፈልየን ሓደ ምሉእ መጽሓፍ ምኾና። ኣብዚ'ውን፡ ጽባቐ ኣነዳድቆኡ፡ ዜማኡ፡ ላዛኡ፡ ወስጠዘኣዊ መልእኽቱ፡ ሀርመት ናዕታኡን ረምታኡን ወዘተ ከይጠፍኣ ብዙሕ ሃሊኹና ኢና። ምኽንያቱ ገሊኡን ግጥምታት እናተሸራረፋ ስለ ዝመጽኡ፡ ካልእ ትርጉም ከየስምዓ ወይ ከይቋሰላ ናብቲ መበቈላዊ ስራሕ ተመሊስና ከነናጻጽር ፈቲንና ኢና።

ካልእ፡ ኣርእስቲ መጽሓፍ፡ ዓንቀጻት፡ ግጥምታት፡ ተመሊስካ ምርካቦም መታን ከየጸግም፡ ከም ዘለዎ ብምሕዳግ ኣብ ጎኑ ትርጉም ኣንቢርናሎም ኣለና። ንዝያዳ ሓበሬታን ኣፍልጠን ድማ፡ ኣሕጽሮተ ቃል ስልፍታትን ውድባትን ከምኡ'ውን ኣብ ኢትዮጵያ ጥራይ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ኣስማት ብእግረ-ጽሑፍ መብርሂ ጌርናሎም ኣለና።

ከየጠቐስናዮ ክንሓልፍ ዘይንደሊ፡ እቲ ዝዓበየ ዝነበረ ጸገም ስእነት መዝገበ-ቃላት'ዩ ነይሩ። እቲ ፈሓሒርና ዝረኽብናዮ'ውን እንተ ኾነ ነዊሕ ዝገበረን ዝተማልአን ኣይነበረን፣ የግዳስ ከምቲ ህቡብ ሩስያዊ ደራሲ ቭላድሚር ናቦኮቭ ብርክት ዝበላ መጽሓፍቱ ክትርጎማ ኸለዋ በብሓደ እተኸታተለን፡ ከምኡ'ውን መብርሂ ንዘድልዮም ኣገላልጻታትን ካልእን ንደራሲ ተስፋዬ ገብረኣብ ክንሓቶ ኸለና ብቐረባ ይከታተላ ስለ ዝነበረ፡ ካብኡ ዝረኽብናዮ ሓገዝን መብርህን ንስራሕና እምበለ መጠን ሓጊዙና'ዩ።

ብዝተረፈ፡ ኣብ ምርታዕን ምእራም ጽሑፍን ንዝሓገዙና ግርማይ ዮውሃንስን (ሳንዲያጎ) ኤርምያስ ስሎሞንን፡ ኣንቢቡ ብዓይኒ ትርጉማዊ ስራሕ ኣገዳሲ ርእይቶ ንዝሃበና ሰነ-ጥበባዊ ጸሃየ ወልደሩፋኤል፡ ገጣሚ መድሃኔ ተኸስተ፡ ኣባል ኢመግረሽን ክኢላ ሕጊ ተስፋማርያም ነጋሽ፡ ናይ ክልቴና ስድራቤት ብሓፈሻ፡ ኣብ ትካሉ ናይ ስራሕ ቦታ ዝሃበና ኣቶ ኢሳቐ ኣብርሃም ዋና ሚጋ ሚክስ ስቱድዮ፡ ብኮምፕዩተር ዝጸሓፉትልና ርግኣት ጸጋይን ካልኦትን ነመስግን።

ልዕሊ ኹሉ ግና፡ ነቲ ሃቐናና ክውን ዝገበረ እግዚኣብሄር ነመስግን!

መዘክር'ቲ ጋዜጠኛ
(መእተዊ)

*ወ*ዲ ቢሾፍቱ ነዛ መጽሓፍ ክጽሕፉ ኸፅምር ከሎ፡ እሙን መታን ክኸውን ምስ ሕልናኡ ሓያል ምጉት ኣካዪዱ'ዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ገንጺልኩም ከተንብብዋ ምስ ጀመርኩም መስደመም ዝኾኑ ሒደት ፍጻመታት ኣይክትስእኑላን ኢኹም። እዞም ኣብዛ መጽሓፍ ሰፊሮም ዘለው ዛንታታት፡ ውልቀ-ታሪኽ ዘይኮኑ ናይ ሓደ ጋዜጠኛ ክውን ዕለታዊ ፍጻመታት ጥራይ'ዮም።

እቲ ሰብ ኣነ'የ!

"ካብ ሓምሳ ምኽኒታት፡ ሓንቲ ብቕዕቲ ምኽንያት ትበልጽ" ዝብል ብሂል ከም መምርሒ ሒዙ፡ ንኹሉ ከም ዘለዎ ኣዘንትየልኩም ኣለኹ። ኣብ ነፍስ-ወከፍ ዛንታ፡ ጐደሎ ወይ ድማ ምስጢሩ ብዝግባእ ዘይበርህ ፍጻመታት ኪጋጥመኩም ይኽእል'ዩ። እዚ ግና ናይ ታሪኽ መጽሓፍ ስለ ዘይኮነ ክንየኡ ኣይትጸበዩ።

ኣብዛ መጽሓፍ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ዘይምሉኣት ሓበሬታታት፡ ነፍስ ወከፎም ሓንቲ ምልእቲ ናይ ታሪኽ መጽሓፍ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ እርድኣኢ'ዩ። ንኣብነት "ምክፍፋል ህወሓት"[1] ርእሱ ዝኽኣለ ዓቢ ኣርእስቲ'ዩ። ኣሰራርሓ ትካል ጸጥታን ፕሮፖጋንዳዊ ጉዳያት ህወሓትን፡ ትንታነ እናተዋህቦም ብዕምቈት ክስርሑ ይኽእሉ ከም ዝነበሩ ኣይሰሓትክምን። ኮይኑ ግና ዘለኒ ኹሉ ሻሕ ኣቢለ ናይ ምጽሓፍ ቅዲ ተጠቒመ'ለኹ። እዚ ንናይ ታሪኽ ጸሓፍቲ መበገስን ምንጭን ኮይኑ ከገልግል ከኣ እትስፎ። ናይ ዝመጽእ ዘመን ጸሓፍቲ ታሪኽ፡ ካብዛ መጽሓፍ ጽሕጊ ወርቂ ክመዙን ጎዳጉዲ ወርቂ ክኾፅቱን ከም ዝኽእሉ ተስፋ እገብር። ብወገነይ ዝፈልጦ ዘበለ ጽሒፈዮ'ለኹ። ካልኦት ድማ ከማይ ዝፈልጥዎ እንተ ጽሒፎም፡ ጸሓፍቲ ታሪኽ ነቲ ጥረ ሓበሬታታት ክጥቀሙሉ ይኽእሉ'ዮም።

ኣብዛ መጽሓፍ ዘለኦ ኣቄጻጽራ ጎርጎርዮስ ዓውደ ኣዋርሕ'ዩ። ምስ ምንዋሕ ግዜ ኣብ ሓድሓደ ትረኻታት ምርሳዕ ኪጋጥም ስለ ዝኽእል፡ ግጉይ ዕለተ ፍጻመ እንተ'ጋጠመኩም እናኣረምኩም ከተንብብዎ ምስናይ ይቕረታኡ እሓተኩም።

1 ህዝባዊ ወያኔ ሓርነት ትግራይ

ኣብዛ መጽሓፍ ብዘይልሙድ ኣገባብ ሓቀኛ ስምኩም ተጠቒሱ ዘሎ፡ ብዘይፍቓድኩም ከምኡ ብምግባረይ ይቅሬታ እሓተኩም፣ ኣይትቕየሙንን ትኾኑ ኢለ ስለ ዝሓሰብኩ ድማ ኣመስግነኩም። ነዚ መጽሓፍ፡ ከየካበድኩም እንተ'ንቢብኩሞ ኣጸቢቕኩም ከም እትዘናግዑ እምነተይ'ዩ። ነቶም ብህይወት ዘየለው ኣስማቶም ኣብዛ መጽሓፍ ተጠቒሱ ዘሎ'ውን፡ እሙን ክኸውን ምሒር ተጠንቒቕ'ለኹ። ተኣፈፍቲ ጉዳያት ንምእላይ፡ ኣብ ሓድሓደ ትረኻታት ኣስማት ውልቀ-ሰባትን ቦታታትን ለዋዊጠዮ እርከብ። ዘይተረጋገጹ ሓበሬታታት ንዘይምስፋር፡ ልዕለ ሚእትን ሓምሳን ገጻት ተኣልዮም ኣለው። ሓንቲ ጌጋ'ውን ትኹን፡ ንብምሉእ'ዛ መጽሓፍ ተኣማንነታ ከጕድሎ ይኽእል'ዩ ካብ ዝብል ስክፍታ፡ ምጽራይ ዘድልዮም ጉዳያት ንግዜኡ ኣወንዚፈዮም ኣለኹ። ምናልባሽ ካልእ ምልእቲ መጽሓፍ ክኾኑ ዝኽእሉ እንተ ኾይኖም ድማ፡ ኣብ ካልኣይ ክፋል 'መዘክር'ቲ ጋዜጠኛ' ክንራኸብ ተስፋ እገብር።

ክኢላታት ስነ-ጽሑፍን ሃየስትን፡ ብዛዕባ ቅዲ ኣጸሓሕፋ ናይዛ መጽሓፍ ክህይሱን ክግምግሙን ይኽእሉ'ዮም። እንተኾነ ግና፡ እዛ መጽሓፍ ዕለታዊ ውልቀ-መዘክር ስለ ዝኾነት ንኣዘናትዋ ክጥዕመኒ ካብቲ ልሙድ ወጻኢ ናይ ገዛእ ርእሰይ ቅዲ ተጠቂመ'ለኹ።

ብዝተረፈ፡ ኣብ ቢሾፍቱ እተወለድኩ ዜጋ ከም ምኽነይ መጠን፡ ኣባል ህወሓትን ካድርን ኮይነ'ውን ልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ስለ ዝሰራሕኩ፡ ፖለቲካዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ብቕረባ ይምልከተኒ'ዩ። ብተወሳኺ ጋዜጠኛ ከም ምኽነይ መጠን፡ እቲ ሞያ ሓላፍነታዊ ግዴታ ስለ ዘሰክመኒ፡ ነዚ ኣብዛ መጽሓፍ ኣካቲተዮም ዘለኹ ሓበሬታታት ትዕግስቲ ጌርኩም ክትምርምርዎም እዕድመኩም። ጋዜጠኛ ኮይነ ምስ ኢህወደግ ኣብ ዝሰራሕኩሎም እዋናት ዝፈልጦም ዝነበርኩ ምስጢራት ግና ብምሉኡ ኣይሰፈርክዎንን። ካልእ ናይቲ ሞያ ስነ-ምግባር ክሕሉ ክብል ዘይጽሓፍክዎም ሓበሬታታት ሒደት ከም ዘይኮኑ ክሕብረኩም እፈቱ። እቶም ኣበርቲዐ ነቒፈኩም ዘለኹ ናይ ቀደም ብጾተይ ድማ፡ ቁርበትኩም ኣርጕድኩም ብንጹህ መንፈስ ካብ ቂምን ጽልእን ርሒቕኩም ነዛ መጽሓፍ ከተንብብዋ እምነ።

ናይ ነፍስ-ወከፍ ሰብ ጉዕዞ ህይወት፡ ሓደ ምሉእ መጽሓፍ ክኸውን ከም ዝኽእል ፍሉጥ'ዩ። ኣነ'ውን፡ ኣብ ህይወተይ ዘጋጠመኒ ፍጻመታት ኣኻኺብ ኣብዛ ንእሽቶ መጽሓፍ ክስፍርም ፈቲነ'ለኹ። ሓሳብ ልበይ ሰሚሩለይዶ ይኸውን!?

ተስፋዬ ገብረኣብ
ፕሪቶሪያ - 2009

- 1 -
ምእላኽ ስራሕ

ልዕሊ ምድሪ - ንሰማይ መቐሉ
ርእየዮ ደመና - ኣብ ታሕቲ ኣንጠጥዩ
ርእየዮ ንግዚኡ - ኣብ ህዋ ኣንሳፊፈ
ተመሊሰ ክሳዕ ዝርእዮ - ካብ ታሕቲ ኣንቃዕሪረ

(ግጥሚ - ትእግስት ሀሩይ)

ክረምቲ 1987፡ ካብ ደብረዘይት ናብ ኣዲስ ኣበባ ከምቲ ልሙድ ስራሕ ክእልኽ ኸይደ። ሪፖርተር ጋዜጣ 'ኣዲስ ዘመን' ኮይነ ስራሕ ክቕጸር ወረቐት ኣእትየ ስለ ዝነበርኩ፡ እንሆ ሕጂ ተስፋ ገይረ ኣዲስ ኣበባ ኣትየ እርከብ።

ድሕር-ቐትሪ፡ ስራሕ ክሳዕ ዝኽፈት ኣራት ኪሎ ኣብ ዝብሃል ከባቢ ዝርከብ ቤት-ማሕተም ኩራዝ ብምኻድ መጽሓፍቲ ክረኣእይ ጀመርኩ። ኣብ ጁባይ ሓምሽተ ብር ጥራይ ስለ ዝነበረትኒ፡ መጽሓፍ ክገዝእ ከም ዘይክእል ፍሉጥ'ዩ ነይሩ። እንተኾነ ግና፡ ሓደስቲ እተዘርግሑ መጽሓፍቲ ምርኣይ ንባዕሉ ካልእ መቐረት ስለ ዝኾነ፡ እናተዘናጋዕኩ እገናጽሎም ነበርኩ። ኣብ ጐነይ ሓደ መንእሰይ መጽሓፍቲ ክገናጽል ስለ ዝረኣኹ ድማ፡ ዋዛ ኣምሲለ ምስኡ ዕላል ጀመርኩ።

"ገበየሁ ኣየለ ናይ ቄልዑ መጽሓፍ ይጽሕፍ'ዩ እምበኣር?"

"ይጽሕፍ'ዩ! .....ኣነ'ውን ኣብዚ ቀረባ ግዜ'የ ፈሊጠ፡" በለኒ እቲ መንእሰይ ብምግራም።

እቲ መንእሰይ፡ ዕድሚኡ መወዳእታ ዕስራታት ኣቢሉ ይኸውን። ዕላል ምስ ጀመርኩሉ ኸኣ ድሮ ዓርኩ ስለ ዝገበረኒ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ክትርኽለይ ጀመረ።

"ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ተንብባዶ?" በለኒ።

"እወ አንብባ።"

"እሞ 'ተፈሪ ኣሰፋ - ካብ ጉለሌ' ዝብሃል ጸሓፊ ኣይትፈልጠን?"

"እወ'ፈልጦ።"

"ኣነ እንድየ'ሞ!"

ካብ ታሕንስን ምግራምን እተላዕለ ቀልጢፈ ቐረብክዎ። ካብቲ ቤት-ማሕተም ምስ ወጻእና፣ ዘገም እናበልና ንታሕቲ ገጽና ኣምራሕና። ኣብ መገዲ፣ ኣነ'ውን ድርሰት ምጽሓፍ ከም ዝፈቱ ምስ ኣዕለልክዎ፣

"ቅድሚ ሕጂ እንታይ መጽሓፍ ኣሕቲምካ?" ኢሉ ሓተተኒ።

ኣብ ቤት-ማሕተም ኩራዝ፣ እኩባት ሓጺር-ዛንታታት ኣእትየ መልሲ እጽበ ከም ዘለኸ። ኣብ ሬድዮ ዓንቀጻት ከም እተቓልሓለይ፣ 'የስለት ልጅ' (ቁልዓ መብጽዓ) ዘርእስታ ሓጻር-ዛንታ ጽሒፈ ጌታቸው ለማ ንዝተባህለ ጋዜጠኛ ኣዲስ ዘመን ከም ዝሃብክዎ፣ ንሱ ግና "ኣብ ግዜ ሰውራ ብዛዕባ ቁልዓ መብጽዓ' ምጽሓፍ ተቐባልነት የብሉን፣" ኢሉ ከም ዘባረረኒ ኣዕለልክዎ።

"ሕጂ ናበይ ትኸይድ ኣለኻ?" ኣስዒቡ ሓተተኒ።

"ናብ ክፍሊ ፕረስ።"

"ኣነ'ውን ናብ ፒያሳ'የ።"

ካብኡ ሓቢርና ንቀጕልቀጕል ገጽና ከድና።

ኣብ መገዲ፣ "... ኣብ ቀረባ ግዜ ኣራሚ ጽሑፍ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ኮይነ ስራሕ ክቕጽር ተስፋ'ሎኒ፣" በለኒ።

እቲ ኣጋጣሚ ስለ ዘገረመኒ፣

"ኣነ'ውን ሪፖርተር ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ኮይነ ስራሕ ክቕጽር ወረቐት ኣእትየ ኣለኹ፣" በልክዎ።

ተፈሪ፣ ቀ...ው... ኢሉ ድሕሪ ምጥማት፣

"ዝተሓባበረካ ሰብ ኣሎ ድዩ'ሞ?" በለኒ።

"ዋላ ሓደ የሎን፣" በልክዎ እናሰጋእኩ፣ "... ምስ ብርሃኑ ዘርይሁን ንፋለጥ ኔርና፣ ይጽዕረለይ ነይሩ፣ ከምቲ ትፈልጦ ግና ሞይቱ። ካልእ ዝፈልጦ ሰብ ስለ ዘየሎ ድማ ባዕለይ እፍትን ኣለኹ..." በልክዎ።

ተፈሪ መዓንጣኻ ብዝቐርጹ ቃላት ተስፋ ኣቐረጸኒ፣

"...ኣይትድከም!" በለኒ ቀ-ልቀ-ል ዝኣፋ፣ "...ዘመድ ዘይብሉ ኣፍደገ ክፍሊ ፕረስ ክረግጽ ኣይክእልን'ዩ። ንኣይ ከማን እዚ ኹሉ ኣብ ኣዲስ ዘመን እናጸሓፍኩ ስራሕ ኣይቁጸሩንን። ኣብዚ ኣፍደገ'ዚ ቀንፈዘው ካብ ዝብል ክልተ ዓመት ኣቑጺረ'ለኹ። ክሳዕ ሕጂ ግና ኣይሰለጠንን፣ ኣያ ስለ ዘይብለይ'ምበር፣ ዓቕመይ ካብ ሪፖርተራት ኣዲስ ዘመን ንኢሱ ኣይኮነን። ኣብዚ ስራሕ ክትኣቱ እንተ ኾይንካ ወዲ ጎጃም ክትከውን ኣለካ፣ ወይ ድማ ድልዱል ዘመድ ክህልወካ'ለዎ።"

"ስለምንታይ ወዲ ጎጃም?" በልክዎ ምእማኑ ስለ ዘጸገመኒ።

"ሙሉጌታ ሉሌ ትፈልጦዶ?"

"ኣይፈልጦን፣ እንታዋይ'ዩ?"

"ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ! ፍሉጥ ናይ ቀደም ጋዜጠኛ ዝነበረ። ናይ ጎጃም ነገር ግና ትቕንጥዎ'ያ። ፕረስ ብሰንሰለት ደቂ ጎጃም ዝተኣሳሰረ ኸፍሊ'ዩ። ዓቕሚ ዘይብሎም ሰባት፡ ደቂ ጎጃም ጥራይ ስለ ዝኾኑ ኣብዚ ስራሕ እተቑጽሩ'ለው። ብዓል ዋካ ይርሳው፡ ኢያሌው...." እናበለ ብርክት ዝበሉ ዘይፈልጦም ኣስማት ጠቐሰለይ።

ተፈሪ ኣሰፋ ኣተሓሒዙ፣

"ሕጂ ግና ኣብ ቤት-ማሕተም ብርሃንና ሰላም ትሰርሕ ዘመደይ፡ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ከይዳ ንሙሉጌታ ሉሌ ለሚናትለይ ኣላ። ኣብ መወዳእታ'ዛ ወርሒ ስራሕ ክጅምር ቃል ኣትዩለይ ኣሎ፡" በለኒ።

ከምኡ ምስ በለኒ ዝነበረኒ ተሰፋ ኩሉ ከም ሃፋ ሃፈፈ። ኣዝዩ ሕማቕ ተሰሚዑኒ። ተፈሪ ተሰናቢቱኒ ናብ ፒያሳ ገጹ ምስ ከደ፡ ኣነ ናብ ቤት-ማሕተም ብርሃንና ሰላም ከድኩ። ኣብቲ ህንጻ በጺሐ ናብቲ ወረቐት ዘእተኹሉ ሻብዓይ ደርቢ ክድይብ ከለኹ፡ ተሰፋ ቆሪጸ ነበርኩ። ኣቐዲመ ወረቐተይ ናብ ሙሉጌታ ሉሌ ከም ዝብሃል ዘይፈልጦ ሓላፊ ክፍሊ ኣእትየያ ስለ ዝነበርኩ፡ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ኣትየ ንጸሓፊቱ ሂሩት ሓተትክዋ። ሂሩት ስለ ዝጋገየትኒ፣

"እንታይ'ዩ ነይሩ ጉዳይካ?" ኢላ ብትሕትና ሓተተትኒ።

"ሪፖርተር ኣዲስ ዘመን ኮይነ ስራሕ ክቕጽር ወረቐት ኣእትየ ነይረ፡" በልክዋ።

"መኣስ ኢኻ ኣእቲኻያ?"

"ቅድሚ ሓደ ወርሒ።

ንእሽቶ ሕስብ ኣቢላ፣

"ናብ ሓላፊ ክፍሊ ኣምሪሐያ ነይረ መስለኒ፣ መልሲ ግና ኣይሃበንን ዘሎ።"

"መኣስ'የ'ሞ መልሲ ዝረክብ?"

"እንታይ'ሞ ፈሊጠ። እናተመላለስካ ጥራይ ተኸታተል።"

"ካብ ደብረዘይት ስለ ዝመጽእ ንመንግዝያ ዝኸውን ገንዘብ የብለይን። ዘይክኣል እንተ ኾይኑ ሕጂ ሓዲኡ 'ተዝፈልጥ ይሕሸኒ፡" በልክዋ ናይ ደቂ ጎጃም ሰንሰለት እናሓሰብኩ።

"ኣነ'ሞ እንታይ ክሕግዘካ?" በለትኒ።

ከም ዝደንገጸትለይ ካብ ገጻ ኣንበብክዎ። ብፍላይ ንመንግዝያ ዝኸውን ገንዘብ ከም ዘይብለይ ምስ ነገርክዋ፡ ትገብሮ ጠፍኣ። ኣመስጊነያ ካብቲ ቤት-ጽሕፈት ወጻእኩ።

ሊፍት ሒዛትኒ ንታሕቲ ገጻ ተነቁተት....

ክኣቱ ኽለኹ ኣብ ቀንዲ ኣፍደገ ናይቲ ህንጻ ዘትሓዝክዎ ወረቐት መንነት ወሲደ፡ ናብ ለጋሃር ብኣውቶቡስ ከድኩ። ካብኡ ድማ ናብ ደብረዘይት ኣቐናዕኩ። መነባብሮ ተደማሚሩ ከቢዱኒ ስለ ዝነበረ፡ ምሒር ተቐዪመ ነበርኩ። ቅድሚኡ ዘይፈጠሮ ዓይነት ቅርሕንቲ ኣብ ውሽጢ ልበይ ክለዓለኒ ከሎ ይፍለጠኒ ነበረ። ፖለቲካ ኣይፈልጥን'የ፣ ልበይ ብጽልኢ ተመሊኡ ምንባሩ ግና ኣይሰሓትክዎን። ብፍላይ ተፈራ፡ ብዛዕባ ሰንሰለት ደቂ ጎጃም ምሰ'ዕለለኒ ዘሕደርክዎ ጽልኢ መሊሱ'ዩ ብኢሱ። ብርቱዕ ድኻም ይስምዓኒ ነበረ። ኣብ ሻብዓይ ደርቢ ብርሃንና ሰላም ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ከም ዘይድፈር እፈልጥ'የ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ብርሃኑ ዘርይሁንን ከበደ ኣኒሳን ዝብሃሉ ጋዜጠኛታት ዓቕምን ክእለትን ከም ዝነበረኒ ይእምኑለይ ነበሩ። ብፍላይ ብርሃኑ፡ 'ኣጀማምራኻ ጽቡቕ'ዩ' ይብለኒ ስለ ዝነበረ፡ ነቐፌታይ ኣብ ልዕሊ'ቲ ቢሮክራሲ ነበረ።

ዝኾነኾይኑ ድሕሪኡ ናብ ኣፍደገ ቤት-ማሕተም ብርሃንና ሰላም ኣይተመለስኩን። ነቢይ ስለ ዘይኮንኩ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ናይ ሙሉጌታ ሉሌ ስልጣንን ቤት-ጽሕፈትን ክርከቦ'የ ኢለ ኣብቲ እዋን'ቲ ክንበ ኣይክኣልኩን። ደሓር ግና ከምኡ'ዩ ኾይኑ...

* * *

እዚ ዝትር'ኽልኩም ዘለኹ ምምልላስ ምስ ኣብቐዐ፡ ኣብ ራብዓይ ዓመቱ፡ ማለት ኣብ ምውዳእ ክረምቲ 1991፡ ብቀዳማይ ሚኒስተር ታምራት ላይኔ እተጻሕፈት ደብዳበ ኣብ ኢደይ በጽሐት። ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ ኮይነ ከም እተመዘዝኩ ትገልጽ ደብዳበ!

ድሕሪኡ፡ ኣብ ሓንቲ ጻዕዳ ላንድክሩዘር ተሳፊረ ናብ ቐጽሪ ቤት-ማሕተም ብርሃንና ሰላም ኣተኹ። ነቲ መራሒ ማኪና ኣፋንየ ናብ ሻብዓይ ደርቢ ብሊፊት ክድይብ ከለኹ፡ ብተስፋ ምቐራጽን ሕማቕ ስምዒትን ተዋሒጠ ነበርኩ። እንሆ በዛ ሊፍት ቀ-ልቀ-ል ገጸይ ካብ ዝወርድ ልክዕ ኣርባዕተ ዓመት ኾይኑ!

ሽዐ'ውን ክረምቲ ነበረ።

እታ ሊፍት፡ ሻብዓይ ደርቢ ኣብጺሓትኒ ደው በለት። ነቲ ኮሪድዮ እፈልጦ'የ! ብህድኣት ናብኡ ገጸይ ሰጕምኩ። ናብ ቤት-ጽሕፈት ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ ሙሉጌታ ሉሌ! ሂሩት ትብሃል ጸሓፊት! መልሲ ዘይረኸበ ወረቐት...

ርእሰይ ፍንቅል ኢለ! ክኣምን'ውን ኣይክኣልኩን።

ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት፡ ስራሕ እንተ ረኸብኩ ኢለ ኣብዚ

ኣፍደገ'ዚ ተገቲረ እውዕል ነበርኩ። ንኣይ ከይተረፈ ብዘደንጸወ ፍጥነት ግና፡ ኣብ ሃረር ብወተሃደራዊ ሳይንስን ፖለቲካን ሰልጢኑ፡ ናይ ሓደ ወርሒ ደሞዘይ ከይወሰድኩ ኣብ ኵናት ተሳቲፈ፡ ተወጊኡ፡ ኢደይ ንወያኔ ሂበ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ሓደ ካብ ናይ ኢህወደግ ካድር ተጋዳላይን ኣባል ፕሮፖጋንዳን ክኸውን በቒዐ። ሕጂ ድማ ደርግ ወዲቑ ሓላፊ ናይቲ ስራሕ ደልየ ወረቐት ዘእተኹሉ ቤት-ጽሕፈት ኮይነ ተመዚዘ። "ሰኑይ ተጠኒሰ ሰሉስ ተወሊደ..." ዝብል ናይ ስንዝሮ ጽውጽዋይ ብልበይ እናዘመርኩ፡ ናብ ቤት-ጽሕፈት ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ ተደርገምኩ!

ሂሩት፡ ሻሂ ክትሰቲ ጸኒሓ እትው ምስ በልኩ ቅንዕ በለት።

"ጥዕና 'ሃበለይ ወይዘሮ ሂሩት!" ሰላምታ ኣቕረብኩላ።

"ጥዕና 'ሃበለይ!"

"ናይ ሙሉጌታ ቦታ ተረኪበ ክሰርሕ'የ መጺኡ፡" በልክዋ።

ሂሩት ሓፍ ኢላ በ'ክብሮት ተቐበለትኒ። ኣየለለየትንን። ምስ ወያኔ ኣብ ቃልሲ ብምንባረይ፡ ገጸይ ብጭሕሚ ተጎቢኡ ነበረ። ልዕሊ ሰላሳ ደኣ'ምበር፡ ወዲ ዕስራን ሰለስተን ዓመት መንእሰይ ኢሉ ክግምተኒ ዝ'ክእል ከቶ ኣይነበረን። እቶም ሓላፍነተይ ዘጽደቁለይ ሰበ-ስልጣን'ውን፡ ዕድመይ ብዝግባእ ዝተገንዘብዎ ኣይመስለንን።

ሂሩት፡ "ኣቶ መዝሙር ደዊሉ ከም ትመጽእ ሓቢሩኒ ነይሩ። እንቋዕ ደሓን መጻእ'ኻ፡" ኢላ ምውቕ ፍሽ'ክታ ኣሰንያ ተቐበለትኒ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ኢህዴን[2] ዝነበረ መዝሙር ፈንቴ፡ ንኣገልግሎት ዜና ከካዱድ ተመዲቡ ነበረ።

ንሂሩት ንሓጺር ግዜ ቀ...ው ኢለ ረኣ'ክዋ።

ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ዘእተ'ክዎ ወረቐት ስራሕ፡ መልሲ ዝብሃል ኣይተዋህበንን። ሕቶይ፡ ሪፖርተር ኣዲስ ዘመን ኮይነ ስራሕ ክቐጸር'የ ነይሩ። ሕጂ'ውን እንተ 'ኾነ ድሌተይ ንሱ'የ። ሪፖርተር ከይከውን ግና 'ኽልኪሎምኒ። ስለዚ ንሓላፍነት ክፍሊ ፕረስ ብሓይሊ መንዚዐ እወስደ'ለኹ።

ሂሩት ኣየለለየትንን።

"ክነግራዶ ዋላስ ትም ክብል?" እናበልኩ ምስ ነብሰይ ተማነትኩ። ጸኒሐ ግና "ኣይፋሉን! እንተ ዘይፈለጠት ይሓይሽ፡" ኢለ ወሰንኩ። ብርግጽ ደሓር ምፍላጣ ኣይተርፍን'የ፣ ስለዚ ጸኒሓ ባዕላ ትፍለጠ። ክሳዕ 'ሽዑ ግና ከይተፋለጥና እንተ ጸናሕና ይሓይሽ ኢለ ኣመንኩ።

ምስ ሂሩት ምስ ተዛራረብና፡ ናብ ቤት-ጽሕፈት ሙሉጌታ ሉሌ ብ'ክብሪ መሪሓትኒ ኣተወት። ኣዝዩ ውቁቡን ግሩምን ቤት-ጽሕፈት

2 ዲሞክርሲያዊ ምንቅስቃስ ህዝብታት ኢትዮጵያ

ተቐበለኒ። ኣደዋውላ ተሌፎን ከይተረፈ ኣይፈልጥን ስለ ዝነበርኩ፡ ሂሩት ከመይ ጌርካ ከም ዝድወልን ካልእን ኣርእያትኒ በይነይ ሓዲጋትኒ ወጽኣት። ማዕጸ ስሕብ ምሰ'በለቶ፡ ኣብ መስኮት ተጸገዐ ካብ ላዕለዋይ ደርቢ ንቀ'ልቀ'ል ገጸይ ንኣዲስ ኣበባ ረኣኽዋ።

ባህታ ኣይተሰማዓንን!

ስራሕ ከም ዝኾብደኒ ተረዲኡኒ ነበረ። ልምድን ተመክሮን'ውን የብለይን። ታሪኽን ስነ-ጽሑፍን ስለ ዘንበብኩ ከም ብቕዓት ቁጺረ ዝቐስነሉ ሓላፍነት ኣይነበረን፣ ድሌተይ እዚ ኣይነበረን፣ ነዚ ቦታ'ውን ተመንየዮ ኣይፈልጥ'የ። ልክዕ ቦታይ ብምስኣነይ ግና እንሆ ውጽኢቱ ካልእ ኾይኑ! እቲ ናይ ምምዳብ ሓላፍነት ብታምራት ላይኔ ቅድሚ ምፍራሙ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ሚኒስተር ዜና ዝነበረ በረኸት ስምኦን ብኣካል ሓቢሩኒ ነበረ። ኣብታ ዕለት'ቲኣ፡ ኣብ ተለኺኾርን ተመዲቡ ንዝነበረ ኣማረ ኣረጋዊ፡ እቲ ስራሕ ከም ዘይክእሎን እንተ ዝተርፈኒ ከም ዝሕሸንን ኣዕሊለዮ ነይረ። ኣማረ ግና፡ ክትካኣኒ ዝኽእል ካልእ ዝሓሸ ከም ዘየሎ ብምግላጽ፣

"....ኩልና ተመክሮ የብልናን... ብሞያውያንን ክኢላታትን እናተሓገዝና ኢና ናይ ምርግጋእ ስራሕ ንሰርሕ ዘለና፡" በለኒ።

ብዝኾነ ሞያን ሞያውያንን ንሓዋሩ ዘይራኸቡላ ዜጋታት'ዛ ሃገር ስለ ዝኾንና፡ ስኽፍክፍ እናበለኒ ኣብ ወንበር ሙሉጌታ ኮፍ በልኩ።

ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ካብዚ ህንጻ ክወጽእ ከለኹ፡ ኣብ ልበይ ሒዙዮ ዝነበርኩ ጽልእን ቂምን ሕጂ ምሳይ ምህላው ርግጸኛ ኣይኮንኩን። ሕውስውስ ብዝበለ ስምዒት ግና ተዋሒጠ'ለኹ። ኣብ መንጎ ሽመት ዝፈጥሮ ሓጐስን ሕጽረት ዓቕሚ ብዝፈጥሮ ፍርሕን ተዋሒጠ ድማ፡ ንኣዲስ ኣበባ ቀ'ልቀ'ል ገጸይ እርእያ'ለኹ።

"ኣብየት ኣቲ ሃገር! መኣስ ኮን ኢኺ ከከም ድልየትናን ክእለትናን እናሰራሕና ክንነብር ተፍቅድልና?" በልኩ ንብሕተይ።

መልሲ ኣይነበራን፣ ንኹሉ ግዜ'ውን ዘለዋ ኣይትመስልን። ሕጂ'ውን ርሑቕ ተሰዲደ ክርእያ ከለኹ፡ ኣብ ስቱሽንዋገን ኪንካ ምጽዋት ዘዕብዶም ቄልዑ፡ ሓደው እሺ ጥራይ ምባል ዝለመዱ ሞያውያን ጌና ይሽየሙላ'ለው።

* * *

ሕጂ ንኹሉም ጋዜጠኛታት ኣዲስ ዘመን ኣብ ቤት-ጽሕፈተይ ኣኪበ ውዕውዕ ገምጋም እንብር ኣለኹ። ንተፈሪ ኣሰፋ ቀልጢፈ ኣለልየዮ፣ ኣይተለወጠን። ብጸግዒ ኮፍ ኢሉ ቀ...ው.. ኢሉ ይጥምተኒ'ሎ።

ተፈሪ ኣሰፋ - ካብ ጉለሌ!

ሓዲሽ ሓላፊ ናይቲ ክፍሊ ብምኽነይ፡ ምስቶም ጋዜጠኛታት ክላለ ከለኹ 'ዋካ ይርሳው' ዝብል ስም ሰማዕኩ። 'ኣያሌው' ዝብል'ውን ሰዓበ። ክልቲኦም ጥቓ ንጥቓ ኮፍ ኢሎም ኣለው። ተፈሪ ኣሰፋ፡ ነዘን ኣስማት ጠቒሱለይ ስለ ዝነበረ ፈጺመ ኣይረሳዕክወንን። ኣብቲ ገምጋም፡ ዋካ ይርሳውን ኣያሌውን ኣትሪሮም ክቃወሙንን ክርብሹንን ከለው ኣይተገረምኩን። ትዕግስቲ ገይረ እሰምየም ነበርኩ። ገምጋም ኣብ ምውዳእና ድማ ተፈሪ ኢዱ ዊጥ ኣቢሉ፣

"ኣብ ግዜ ደርግ ፍትሒ ኣይነበረን! ሕጂ ግና ፍትሒ ንጽበ'ለና! ንኣብነት ኣነ ኣራሚ ጽሑፍ ኣዲስ ዘመን'የ። ሪፖርተር ናይ ምኽን ብቕዓት ከም ዘሎኒ ግና ኩሉ ሰብ ይፈልጥ'ዩ፡" በለ ህልኽ ብዝመልኦ ዘረባ።

ዝኣኽሎ ተዛሪቡ ምስ ወድኣ፣

"ተፈሪ...ንኹሉ እፈልጠ'የ!" ቀጺለ፣ "...ካልእ ይትረፍ ንስኻ ከመይ ጌርካ ኣብዚ ስራሕ ከም እተቆጸርካ ከይተረፈ እፈልጥ'የ... ዋካ ይርሳው'ውን ስለምንታይ ከምዚ ኢሉ ይጨቓጨቕ ኣሎ መበገሲኡ ብዝርዝር ይርድኣኒዩ። ሕጂ ዝሓለፈ ኽሉ ረሲዕና ተሓጋጊዝና ነዚ ስራሕ እንተ ኣዕበናዮ ጽቡቕ'ዩ፣ እንተ ዘይኮይኑ ግና ንኹሉ ዕንቅፋት ክኣልዮ'የ፡" በልክዎም።

ኣብ መንጎ ዘረባይ፡ "ዝሓለፈ ኽሉ ረሲዕና" ዝበልኩ ካብ ልቢይ'የ። ብዓል ዋካን ክፍሌ ሙላትን ግና ብውልቅን ብጉድለን ምርባሾም ስለ ዝቕጸሉ፡ በብሓደ እናለቕምኩ ኣባረርክዎም። ንዋካ ይርሳው ናብ ዓሳዒታ ክልል ዓፋር ቀየርክዎ። ንኣያሌው ኣባሪረዮ። ኣዳላዊ ዓምዲ 'ኣድማስ' ዝነበረ ክፍሌ ሙላት፡ 'ትግራይ እስክትለማ ሌላው ሃገር ይድማ' (ትግራይ ክሳዕ ትለምዕ ካልእ ከባቢ ይድመ) እትብል ግጥሚ ጽሑፉ ኣብ ጋዜጣ ስለ ዘውጸአ ናብ ጋምቤላ ቀየርክዎ። ንተፈሪ ሪፖርተር ኣዲስ ዘመን ገይረ ኣልዕል ኣበልክዎ። ስብሓት ገብረእግዚኣብሄር፡ የሺጥላ ኮከብ፡ ደረጀ ደስታን ደምሴ ጽጌን ዝብሃሉ ደረስትን ጋዜጠኛታትን ድማ እናተረዳዳእኩ ካብ ዘዝነበርዎ ቦታ ስራሕ ናብ ክፍሊ ፕረስ ሰሓብክዎም። ንክፍሌ ሙላቱን ዋካ ይርሳውን ናብ ጋምቤላን ዓሳዒታን ዝቐየርክዎም፡ ኣብኡ ኽይዶም ክሰርሑ'ዮም ኢለ ኣይኮንኩን፣ እንታይ ደኣ ነቲ ስራሕ ባዕላቶም ክጥንጥንዎ'ዮም ኢለ ስለ ዝገመትኩ'የ። ካብቲ ዝገመትክዎ'ውን ኣይወጻእኹን። ክፍሌ ናብ ጋምቤላ ከይዱ ደሞዙ ምስ ወሰደ ናብ ኣዲስ ኣበባ ተመሊሱ ናይ ብሕቱ ጋዜጣ ከፈተ። ንዋካ ይርሳው ግና ሓቂ ይሓይሽ ረሲዐ'የ።

ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት፡ ካብቲ ዝነበርክዎ ክፍሊ ናብ ኣሕታሚ ፋና ዲሞክራሲ ምስ ተቐየርኩ፡ ብስራሕ ናብ ዓሳዒታ ከይደ ነይረ።

ኣብቲ ቦታ ቢጋጣሚ ንዋካ ይርሳው ምስ ረኸብክዎ፡ ብስንባደ ዝኣክል ደንዚዘ ዝብሎ ጠፍኣኒ። ኣነ ንኽልተ መዓልቲ'ኳ ክጻወሮ ዘይክኣልኩ ሃሩር፡ ንሱ ንዓመታት ዝኣክል ኣብቲ ቦታ ተረሰዐ። ዋካ ይርሳው ግና ሕልናይ ክሳብ ዝወቕሰኒ ብፍቕሪ ተቐቢሉ ኣእንገደኒ።

ናብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ተመለስኩ፡ ንዋካ ይርሳው እናዘከርኩ ምሒር ተረበሽኩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ካብ ኣዲስ ዘመን ዝቐየርክዎ፡ በቲ ተፈሪ ኣሰፋ ዝነገረኒ ናይ ደቂ ጎጃም ሰንሰለት ኣይነበረን። ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ ኮይነ ምስ ተመዘዝኩ፡ ናይ ኢሰፓ[3] ሰንሰለት'ምበር ናይ ደቂ ጎጃም ሰንሰለት ዝብሃል ከም ዘይነበረ ኣረጋጊጸ'የ። ንዋካ ኣርሕቕ ኣቢለ ዝመደብክዎ፡ ኣብ ኩሉ ኣኼባ ስለ ዘሸገረኒ ክኸውን ይኽእል'ዩ። በንጻሩ ግና እቶም ኣብ ዘይዓቕምና እተመዘዝና'ኳ ደኣ ንገድድ።

ኣብታ ሰሙን'ቲኣ፡ 'ዋካ ይርሳው ብኸመይ ከም እተረስዐ' እትብል ዓንቀጽ ጽሒፈ'ኳ እንተ ነበርኩ ኣየውጻእኹዎን። ሎሚ ዋካ ኣበይ ከም ዘሎ እንድዒ! ቅዳሕ'ዛ መጽሓፍ ክትበጽሖ ግና ካብ ልቢ እምነ።

ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን፡ ንብዙሓት ሸዪመ ንብዙሓት ድማ ካብ ሓላፍነቶም ኣውሪደዮም'የ። ዝሓዝክዎ ቦታ ኣይፈቕደለይን እምበር፡ ተመንየዮ ዝነበርኩ ቦታስ ናይ ተፈሪ ኣሰፋ'ዩ ነይሩ፣ ሪፖርተር ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን!

ዝኾነኾይኑ ሰንከልከል እናበልኩ ነቲ ኣጸጋሚ ቤት-ጽሕፈት ምስ ኣካየድክዎ፡ ናብቲ ደሪበ ዘካዪዶ ዝነበርኩ ቤት-ማሕተም ተቐየርኩ።

ሕጂ ንወያኔ ሓዲገ ኮብሊለ'ለኹ። ከም ኩሉ ስደተኛ፡ ድራር እለተይን ናይ ዓመት ክዳነይን ክብል ጌና ነቲ ዘፍቅሮ ስራሕ ኣይረኸብክዎን።

ብዘይምርጫይ ኣብ ቢሾፍቱ ካብ ዝውለድ ኣትሒዘ ክሳዕ ሕጂ፡ ነቲ ዝደልዮ ስራሕን ህይወትን ጌና ኣይረኸብክዎን። "ኣብዛ መከራ ዝመልኣ ሃገር እዚኣ፡ ከም ድልየቱን ክእለቱን ዝነብርን ዝሰርሕን ክንደይ ኮን ይኸውን?" እናበልኩ ድማ ወርትግ እሓስብ...

3 ሰልፊ ሰራሕተኛታት ኢትዮጵያ

- 2 -
መዝሙረ ዋልዋ

እቶም ሒደት ተባዓት - ዘይተንበርከኽና
ጽባሕ ኣእላፍ ክንከውን ኢና - ታሪኽዩ ምስክርና

(ግጥሚ - ህላዌ ዮሴፍ)

* * *

ብደመ ረሃጽካ በኹዑ - እንተ ዘይጸኒዑ ጊድግዳ
ገዛ ዝኸውን ኣይምሰልካ - ናይ ሕልሚ ፕሮፖጋንዳ

(ግጥሚ - ሎሬት ጸጋዬ ገብረመድህን)

ደርግ ምስ ወደቐ፡ ድሕሪ ዓመትን መንፈቕን...

ተዛራቢ ቋንቋ ኣምሓርኛ ብምኽነይን ብምኽንያት ባህሪ ስርሒይን፡ በጋጣሚ ኣብቲ ብተፈራ ዋልዋ ዝመራሕ ፖለቲካዊ ውድብ ኢህዴን ኣብ ሓደ ናይ ካድራት ገምጋም ክሳተፍ ተኣዚዘ ነይረ።

ኣብቲ ልዕሊ ሚእቲ ተሳተፍቲ እተረኽብሉ ገምጋም፡ መብዛሕትና ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኢና ኔርና። ነቲ ገምጋም ዝመርሕዎ ካድራት፡ ፍሬህይወት ኣያሌውን ሰለሞን ተቀባን ዝብሃሉ ገዳይም ተጋደልቲ ምንባሮም ትዝ ይብለኒ። ከማይ ዝኣመሰሉ ሒደት ገዲፍካ፡ ተሳተፍቲ ናይቲ ገምጋም ኩሎም ኣምሓሩ ነበሩ። ኣምሓሩ ዘይኮኑ ኻልኦት ክልተ ምንባሮም'ውን እዝክር። ንሳቶም ድማ፡ ካብ ኣመሓደርቲ ምምሕዳር ኣዲስ ኣበባ ተወላዲ ብሄረ ጉራጌ ካልድ ዓብዱራሕማን፡ ከምኡ'ውን ሓላፊ ፕሮግራማት ሬድዮ ኢትዮጵያ ዝነበረ ተወላዲ ብሄረ ኦሮሞ ሱሌይማን ደደፎን...

ሃንደበት፡ ካድራት ኢህዴን ነቲ ዛዕባ ናይቲ ኣኼባ ግልብጥብጥ ኣበልዎ!

ነቲ ገምጋም ዝመርሕዎ ዝነበሩ ክልተ ኣባላት፡ ኣብ ዝኣትውዎ ክሳዕ ዝጠፍኦም ቀጥቀጥ በሉ። ተሳተፍቲ ኣኼባ ኣእዳዎም እናኣልዓሉ መረረኦም ከፍስስዎ ጀመሩ።

"ደርግ ንምውዳቕ ንሕና'ውን ተጋዲልና ኢና! ተሰዊእና ኢና! ምምቕራሕ ስልጣን እንተ ርኢናዮ ግና፡ እቲ ቐንዲ ቦታታት ብምሉኡ ንህወሓት'ዩ ተዋሂቡ። ከም ምክልኻልን ጉዳያት ወጻእን ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ መንግስታዊ ትካላት ኩሉ ብህወሓት ተባሒቱ! ኣብ ግምሩክን ኢምግረሽንን ንይምሰል'ኳ ሓደ ሰብ ካባና ኣይተመዘን! ኣብ መላእ ሃገር ዘለው ኣገደስቲ ዝብሃሉ ቦታታት ኩሉ ህወሓት ንብይኑ ገቢትዎ። ንሕና ተደርቢና! ተዓዘብቲ ማዕዶ ኴንና ተሪፍና!"

እታ ኣደራሽ ብጫውጫውታ ተናወጸት!

"ተወሳኺ!"

"ኣብ'ዚኣ ተወሳኺ!"

"ትም እንተ በልናስ ዘይንፈልጥ እምበር ጌርኩምና!"

"ትም ምባል ንበጊዕ'ኳ ኣይጠቕማን፣ ዓሰርተ ክልተ ክንሳ ሓደ ነብሪ ወዲእዋ! ዝብልዎ ዓይነት ኴንና።"

"ተፈራ ዋልዋ ይምጻእ!"

"ተፈራ ሎሚ ክመጽእ ኣለዎ!"

ኣብታ ዕለት እቲኣ፡ ንፈለማ ግዜ በቲ ኣብቲ ገምጋም ዝረኣኽዎ ዘይልሙድ ባህሪ ተጋደልቲ ኢህዴን ክግረም ጀመርኩ። "ኣብ ልዕሊ ኣባላት ኢህዴን ዘለኒ ኣረኣእያ ግቡይ'ዩ ማለት ድዩ?" እናበልኩ ንነፍሰይ ኣትሪረ ሓተትክዋ። ገሊኦም ብፍላይ ንብዓት መጺእዎም ሕንቕንቕ ክብሉ ምስ ረኣኽዎም፡ ዝሓበጠ ከም ዝትኮስ ፈጺመ ኣይተጠራጠርኩን ነይረ። መወዳእታ ናይቲ ተቓውሞ ክርኢ'ውን ተሃንጠኹ። ሞኳስ ሃብቱ ዝብሃል ጋዜጠኛን ገጣምን ኣብ ጐነይ ኮፍ ኢሉ ነበረ። ሱሌይማንን ካልድን፡ ከተንብቦ ብዘይክኣል ስምዒት ኣእዳዎም ኣብ መንከሶም ደጊፎም ዝን ኢሎም ይሰምዑ ነበሩ። ኣነ ድማ ከምታ ልማደይ፡ ነቲ ፈኽፈኽ ዝብል ዝነበረ ናይቶም ካድራት ቃላት ኣብ መዘክር ደብተረይ ኣስፍሮ ነበርኩ።

ነቲ መድረኽ ትመርሖ ዝነበረት ፍሬህይወት፡ ነቲ ነድሪ ክትጻወሮ ኣይከኣለትን። ሰለሞን ተቀባ መነጸሩ እናኣስተኻኸለ ከረድኦም'ኳ እንተ ፈተነ፡ ዝሰምየ ሰብ ግና ኣይረኽበን። ኣብ መንጎ'ቲ ገምጋም፡ ሓደ ተጋዳላይ ዕድል ከይተዋህቦ ተንሲኡ ብሕርቃን ክምድር ጀመረ።

"ፍሬህይወት፡ ተዛረቢ'ምበር!! እቲ ሓቂ ኣይትፈልጥዮን ዲኺ!? ክንደይ ብጾትና ቀቢርና!? ክበበው ምስ ተሰውኡ፡ ንብዓትና ንውሽጢ ኣፍሲስና ኣይቀበርናዮን ዲና!? ብዓል ኣስራደ፡ ብዓል ዑስማን... ነዚ

ድዮም ተሰዊኦም? ዜጋታትና ኽነጨፍጭፍ ዲና ተጋዲልና? ሃየ'ባ ተዛረቢ!" በለ።

ኣስማት ስውኣት ብጸት ምስ ተላዕለ፡ ሓንቲ ተጋዳሊት ኣውያታ ደርጉሓቶ። ኣብ ጐነይ ዝነበራ ተጋደልቲ'ውን ክንኽነኻ ከለዋ ሰማዕክወን። ድምጺ ቀጥዐ ኣባላት ኢህዴን ከም ብሬን እናኣቃለሐ ስለ ዝቐጸለ፡ ሰለሞን ተንሲኡ ኢዱ እናኣወዛወዘ ድሕሪ ኽንደይ ጻዕሪ ጸጥ ምሰ'በሎም፣

"ሓንሳእ ስምዑኒ!" በለ ብእተቐራረጸ ድምጺ። "...ከምዚ ዝርእዮ ዘለኹ፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ናይ ኩሉኹም መርገጺ'ዩ መስለኒ! ብወገነይ ክምልሰልኩም ፈቲነ'የ። በዚ ትሓትዎ ዘለኹም መሰረት ግና፡ ተፈራ ዋልዋ ጽባሕ ከም ዝመጽእ ክንገብር ኢና፣ ሽዑ ንዛተየሉ!" በሎም።

እታ ኣደራሽ ብጣቕዒት ተናወጸት!

ኣኼበኛ ብምሉኡ ወንን ተስፋን ኣሕዲሩ ተበታተነ። ነናብ መኻይንና እናኣምራሕና ኼለና፡ "ሓቂ ክትወጽእ ኣለዋ!" ዝኣመሰሉ ድምጽታት ካብ ውሽጢ'ቲ ጸልማት የቓልሑ ነበሩ። ልዕሊ ሓምሳ ዝኾና ስቴሽንዋገናት ካብቲ ዛሬባ ክወጻ ኼለዋ፡ ቡቲ ዝነበረ ሓያል ተቓውሞ ሽዓ ለይቲ ዕልዋ መንግስቲ ክካየድ'ዩ ኢልካ ኢኻ ትሓስብ።

ኣነ ንገዛይ ኣይከድኩን፣ ምስ ብጾተይ ተደዋዊልና እናሰተና ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ክንዘራረብ ፍርቅ-ለይቲ ሓለፈ።

"ኢህዴን፡ ተለኣኣኺ ህወሓት ጥራይ ኮይኑ ድዩ ክነብር ወይስ ከብቕዕ?" እናበልና'ኳ እንተ ተኻታዕና ከይተሰማማዕና ግና ተፈላለና።

* * *

ንጽባሒቱ፡ ከምቲ ልሙድ ሰዓት ሰለስተ ድሕር-ቐትሪ ገምጋም ክጅመር ከሎ፡ እታ ኣደራሽ መሊሳ ብኣኼበኛታት ኣዕለቐለቐት። ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብቲ ገምጋም ዘይነበሩ ጸኒሖም ብዕላል ዝሰምዕዎ ኣምሓሩ ተጋደልቲ፡ ናብቲ ኣደራሽ ይውሕዙ ነበሩ። ሓደ ምርኩስ ዝሓዘ ተጋዳላይ፡ ብጾቱ እናደገፍዎ ክኣቱ ረኣኽዎ፣ ኣጻብዕቲ ጸጋመይቲ እግሩ ብጀሶ ተለጢፋ ነበረት። ተቓውሞ ከም እተላዕለ ሰሚዑ ካብ ሆስፒታል ዝመጽኣ'ዩ ዝኸውን ኢለ ገመትኩ።

ዓሰርተ ደቓይቕ ምስ ተጸበና ተፈራ ዋልዋ መጽኣ። ህድእ ኢሉ ብምስጓም ኣብ ማእከል ሰለሞንን ፍሬህይወትን ኮፍ በለ። ሓመዳዊት ኣፅንዳ ደብተር ኣብ ኢዱ ሒዙ ነበረ።

ሰላም በለና!

ንሕና'ውን ሰላም በልናዮ!

ብቐጥታ ናብ ዛዕባኡ ኣተወ!

"ትማሊ ዘልዓልኩሞ ሕቶ፡ ሰለሞንን ፍሬህይወትን ብዝርዝር ኣቕሪቦሙለይ ኣለው። ሕጂ ምድጋሙ ኣየድልን። ካልእ ህጹጽ ስራሕ ስለ ዘሎኒ መልሲ ሂበኩም ክኸይድ'የ። ሕቶ 'ተለኩምን ግድን ጽናሕ ትብሉ 'ተኼንኩም ግና ክሳዕ ንረዳዳእ ክጸንሕ እኽእል'የ፡" በለ።

ተሳተፍቲ ጸጥ ኢሎም ክሰምዕዎ ጀመሩ።

ተፈራ ዋልዋ ዘራባኡ ቀጸለ፣

"...እዛ ሃገር ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ህወሓት ወዲቓ! ንሕና ኢህዴን ናይ ማዕዶ ተዓዘብቲ ኴንና! ህዝብና ብሰንከና ተጨፍጪፉ! ወገናትና ይዝመቱ'ለው!.. ዝኣመሰለ ምዕዝምዛግት ከም ዘልዓልኩም ሓቢሮምኒ ኣለው። ሓቂ ድዩ!?" ኢሉ ትርር ብዝበለ ድምጺ ሓተተ።

"ሓቂ'ዩ!" ዝብል ድምጺ ብሓባር ኣቃለሐ። ከምቲ ናይ ትማል ሓያል ሓባራዊ ድምጺ ስለ ዘይሰማዕኩ፡ ነቶም ትማል ብሕርቃን ፈኽፈኽ ዝብሉ ዝነበሩ ካድራት ክርኢ ቀባሕባሕ በልኩ።

"እዚ'ዩ ሕቶኹም!?"

"እወ ንሱ'ዩ!!" ዝብል ሒደት ድምጺ ተሰምዐ።

ተፈራ ዋልዋ ፍሽኽ በለ!

"እዚ ደኣ'ሞ መኣስ ሓዲሽ ሕቶ ኾይኑ!" በለ። ኣተሓሒዙ፣ "...ካብ ግዜ ቃልሲ ጀሚሩ ዝነበረ ሕቶ እንድዩ። ንሕና ኢህዴናት ኣብ ውግእ ድሕርሕር ብምባልን ምክፍፋል ኣጽዋር ምስ መጸ ድማ ዕግርግር ብምግባርን ኢና ንፍለጥ! ነዚ ዝኽሕዶ ኣሎ!?" ኢሉ ሓተተ።

እታ ኣደራሽ ጸጥ በለት። ገሊኦም ግና ድምጺ ሰሓቕ ኣስመዑ።

ተፈራ ዋልዋ ቀጺሉ፣

"እስከ ብጋህዲ ንዘራረብ! ብሓባርዶ ኣይኮንናን ኔርና!? ኣብ ግዜ ኵናት ህወሓት ይዋግኡ! ከም ወዓግ ኣብ ቆንጠጠፈን ታባታትን ምጉያይ ዝለመዱ ንሳቶም'ዮም ትብሉዶ ኣይነበርኩምን!? ከምኡ እናበልኩምካ ክንደይ ኵናት ኣበላሺኹም!? ሃየ ኣብኡ ዝወዓልኩም ተዛረቡ! ህወሓት፡ ሰብ ከፊሉ ዝሓዘን ዝማረኾን ኣጽዋር ድማ እንተ ዘይተመቐልና እናበልኩም ተጉረምርሙ ኣይነበርኩምን!? እዚ ሓሶት ድዩ!? ሕጂውን ንእኡ ኢኹም ትደግምዎ ዘለኹም! ብዛዕባ ስልጣን ቅድሚ ምዝራብኩም፡ ክንደይ ኢኹም ዝተዋህበኩም ስራሕ ብኣድማዕነት ዝሰራሕኩም!?" በለ።

እታ ኣደራሽ መሊሳ ብጸጥታ ተዋሕጠት።

ኩሉ ነገር ምውት መሰለ፣ ጸጥታ! ዝበዝሑ ክሳዶም ኣድነኑ።

ተፈራ፡ ንኽልተ ሰዓታት ዝኣክል ብወቐሳን ነቐፌታን ምስ ጨፍጨፈና ዘረባኡ ደው ኣቢሉ ኣዕረፈ። ደብተር ኣጆንዳኡ ዓጺፉ

ክሳዱ ብምድናን ድማ፡ ነቶም ብጸጥታ እተዋሕጡ ካድራት ብዓይኑ ከጓጥጠሎም ጀመረ። ቀጺሉ፣

“ሕቶ ወይ ርእይቶ ዘለዎ?” በለ።

ኩሉ ተሳታፈቲ ጸጥ በለ! ፍጹም ዝኾነ ጸጥታ!

“ሕቶ ወይ ርእይቶ የብልኩምን?” ደገመ።

ካብ ጸግዒ ሓደ ካድር ኢዱ ዊጥ ኣበለ።

ተፈራ ዋልዋ ዕድል ሃቦ።

“ርእይቶ ኣሎኒ፡” ኢሉ ብዘደንቕ ክእለት ነቲ ተፈራ ዝመደሮ ኣሕጺሩ ደገመልና። ቀጺሉ ነድርን ጣዕሳን ብዝሓዘለ መንፈስ ድኽመታት ኢህዴን ብምዝርዛር፣

“ቀንዲ ጸገምና ትምክሕቲዩ!” ኢሉ መደረኡ ደምደመ።

“ካልእ እተፈልየ ርእይቶ ዘለዎ?” ተፈራ ካልኣይ ሳዕ ሓተተ።

ዋላ ሓንቲ ዝቕረበ ኣይነበረን! ሒደት ተጸበየ፣ ብፍጹም ዋላ ሓደ ሰብ ፍሉይ ርእይቶ ዘቕረበ ኣይነበረን። ተፈራ፡ ሓመዳዊት ደብተር ኣሾንዳኡ ኣልዒሉ ሓዲጉና ተዓዝረ።

ሻቡ መርፍእ እንተ ትወድቕ ምተሰምዐት.....

ፍሬህይወት፡ “እሕሕ..” ኢላ ፍሽኽ ድሕሪ ምባል፣

“ገምጋምና ክንቅጽሎ ኢና፡” በለት።

ድሕሪኡ፡ ኣብቲ ዓሰርተ መዓልቲ ዝወሰደ ገምጋም ዋላ ሓንቲ ዝጠቕም ነገር ኣይተዘራረብናን። እገለ ቢራ ይሰትይዮ፣ ብዓል እገለ ምስ ኣዋልድ ይዘሩዮም፣ እገለ ማኪና ኣጋጭዩ..... እናተበሃሃልና ክንጸራረፍ ቀነና። ኣብ መወዳእታ፡ “ቀንዲ ጸገምና ትምክሕቲዩ” ብምባል ብምሉእ ድምጺ ኣጽዲቕና ፋሕፋሕ በልና።

* * *

ንጽባሒቱ ንመደረ ተፈራ፡ “መዝሙረ ዋልዋ” ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ መዘክር ደብተረይ ጽሒፈ ብቀይሕ ቢሮ ኣስመርኩሉ።

እግረመገድና፡ ንተፈራ መጋድልቱ ብጾቱ ብሽሙ ጸዊያሞ ኣይፈልጡን’ዮም፣ “ዋልዋ”ዮም ዝብልዎ። ተፈራ ሓያል መዳሪ ካድር ጥራይ ዘይኮነ፡ ጅግና ተዋጋኣይ ከም ዝነበረ’ውን ቅድሚ ሕጂ ሰሚዐ’ለኹ። ዋልዋ ኣብ ዝብሃል እምባ፡ እቲ ንሱ ዝመርሖ ናይ ምክል’ኻል ውግእ’ውን ብጽቡቕ ከም እተዛዘመ ይዝረብ’ዩ። ብዘይካ’ዚ፡ ነዛ መከረኛ ሃገር ግዜኡን ጉልበቱን ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ክቡር ኣካላቱ ቁሪጹ ዝሃበን ከቢድ ስንክልና ዘጋጠሞን ተጋዳላይ’ዩ። ኮይኑ ግና ህዝቢ ኣድሎኣዊ ኣሰራርሓ ሰርዓት ወያኔ ስለ ዘጽልኡ፡ ተፈራ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ክልተ ግዜ ንመረጻ ቀሪቡ ኣብ ክልቲኡ ክዕወት ኣይክኣለን።

መደረ ተፈራ ዋልዋ ብዙሕ ኣሕሲቡኒ።

"'ህወሓት ይዋግኡ! ንሳቶም'ዮም ከም ወዓግ ኣብ ቆንጠጠፈን ታባታትን ምውጋእ ዝለመዱ' ትብሉዶ ኣይነበርኩምን!? ህወሓት ሰብ ከፊሉ ዝሓዞን ዝማረኾን ኣጽዋር ድማ እንተ ዘይተመቐልና እናበልኩም ተጉረምርሙ ኣይነበርኩምን!?"

ካብታ ናይቶም ካድራት ተቓውሞ ዝበርዓነላ መዓልቲ፡ ደረጃታት ሰበ-ስልጣን ተጠንቂቖ ክከታተሎ፡ ክምዝግቡ፡ ክምርምሮን ኣገናዚበ ክጥምቶን ጀመርኩ። ኣብ መወዳእታ ዝበጻሕክዎ መደምደምታ ድማ፡ ትርጉም ፖለቲካዊ ስልጣንን ቁንቁኖኡን ንኣባል ወድባት ኢህወደግ ጌና ብሩህ ዘይምኽኑ'ዩ።

ኣብ መንግስታዊ ትካላት ኢትዮጵያ ዘሎ ምምቕራሕ ስልጣን ፍትሓዊ መታን ክመስል፡ ኣብ ከም ፓርላማን ኤምባሲታትን ዝኣመሰሉ ሚዛናዊ ዝመስል ምዝናቕ'ኳ እንተ ተገብረ፡ እቶም ወሰንቲ ግና ኣባላት ህወሓት ምኳኖም ብተደጋጋሚ ክግለጽ ጸኒሑ'ዩ።

"ህወሓት፡ ከም ወዓግ ኣብ ቆንጠጠፈን ታባታትን እናዘለለ ስለ ዝተዋግኡ ንመላእ ኢትዮጵያ ከም ድላዩ ክቆጻጸራ ይግብኦ'ዩ" ብምባል ተፈራ ቃል ብቓል ነጊሩና። በዚ መሰረት፡ ቤት-ጽሕፈት ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻእን ምክል'ኻልን ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ መንግስታዊ ትካላት፡ ብዘይገለ ሕቶ ህወሓት ከም ዝሕዞ ተገብረ። ሓላፍነት ትካል ጸጥታ'ውን ብሕታዊ ብጽሒት ህወሓት'ዩ። ምእሳር፡ ምቕንጻል፡ ምፍታሕ፡ ብጉልባብ ሕጋውነት ካብ ሕጊ ወጻኢ ቢዝነስ ምፍጻምን ስለያዊ ተግባራት ምክያድን ዝኣመሰሉ ኽሎም፡ ካብ ካልኦት ኢትዮጵያውያን ዝተሰወሩ'ዮም። ቀደም፡ "ገበየሁ እንተ ሞተ፡ ተተክአ ባልቻ በይኑ መዳፍዕ ዘገላብጥ ኣንበሳ!" ይብሃል ነይሩ። ሎሚ ግና ከምኡ ኣይሰርሕን'ዩ። "ክንፈ እንተ ሞተ፡ ተተክአ ጌታቸው!" እዩ'ቲ ዜማ። "ጻድቃን እንተ ተባረረ፡ ተተክአ ሳሞራ!" እዩ'ቲ ጸወታ። መለሳ የብሉን። ኩሎም ካድራት ህወሓት'ዮም። ግደ ሓቂ፡ ህወሓት ተቓሊሱ ንደርግ ዘውደቐ ሓይሊ ብምኽኑ፡ ስልጣን ክሕዝ ናይ ግድን'ዩ ክብሃል ይክኣል። መለስ'ውን ከምኡ ኢሉና'ዩ።

"ብሰንሰለት ሓዊ ሕቕና እናገረፍና ኢና ኣብ ስልጣን መጺእና!"

ናይዚ ኣበሃህላ ስነ-መጎታዊ ትርጉሙ ዘይርድኣ ሰብ የሎን። ኣብ ኢትዮጵያ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ብናይ ህዝቢ ድልየትን መረጻን መጺኡ ኣይፈልጥን'ዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ህወሓት፡ ዓሰርተው ሾብዓተ ዓመታት ተዋጊእና ንደርግ ስለ ዘውደቕናዮ፡ ዕስራን ሾብዓተን ዓመታት ድማ

ምስ ፍሉይ ሓለፋ ናይ ምንጋስ መሰል ኣሎና እንተ በለ፡ ዘገርም ኣይኮነን።

ህወሓት፡ ህላወኡ ንምርግጋጽ ኣገደስቲ ዝብሃሉ መንግስታዊ ትካላት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከእትዎ ትጽበዮ'ዩ። ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ፡ ሃገራዊ ድሕነት፡ ቦታ ቀዳማይ ሚኒስተርን ምክል'ሻልን እንተ ዘይሒዙ ህላወ ከም ዘይብሉ ዝኾነ ሰብ ክርድኡ ዝኽእል'ዩ። እንተኾነ ግና ክንየው ህላወኡ ክሓስብ ነይርዎ። ኣብታ ሃገር፡ ሞያውነት ዝሓቱ ናይ ሓላፍነት ጽላታት ኣሎው። ወያኔ፡ ምእንቲ ዕብየት እታ ሃገር ክብል ነዞም ከምዚኦም ዝኣምሰሉ ጽላታት ንክኢላታት ክገድፈሎም ኣይፈተነን። ጸገሙ እዚ'ዩ። ንይምሰል ጥራይ ንካልኦት ብሄራት ስልጣን ምህቡ'ዩ እቲ ኣጸያፊ ባህሪኡ። ታኪ ናይ ምግባር ልምዱ፡ ኣብ ህዝቢ'ታ ሃገር ዘይምትእምማን እናኣዕበየ ይኸይድ ኣሎ። እቲ ዘሕዝን ድማ፡ እዚ ኣገባብ ኣሰራርሓ ነቲ "እመርሖ ኣለኹ" ዝብሎ ህዝቢ ንመጻኢኡ ዘይጠቅም ምኳኑ ዘይምግንዛቡ'ዩ።

ዝሓለፉ ምምሕዳራት ኢትዮጵያ፡ ምስ ወያኔ እንተ ኣነጻጺርካዮም ንሳቶም ኣዝዮም ይልብሙ ነይሮም። ከም ብዓል ራስ ጎበና ዝኣመስሉ ኣገልገልቲ ሃጸይ ሃይለስላሰ ዝነበሩ፡ ክእለትን ሓላፍነትን ነይርዎም። ንጉስ ሃይለስላሰ፡ ንጀነራል ታደሰ ብሩ ዝሃብዎ መዓርግ ንይምሰል ኣይነበረን። እኳ ደኣ ብመውሰቦ ናይ ምትእስሳር ሜላ ይጥቀሙ ነበሩ። ጀነራል ደምሴ ቡልቶንን ረጋሳ ጅማን፡ ብኽእለቶም እምበር ብኸም ናይ ወያኔ ናይ ዘርኢ ቀመር ዝተሸሙ ጀነራላት ኣይነበሩን። ጀነራል ኣማን ሚካኤል ዓንዶም ኤርትራዊ'ዩ፣ ኣብ ሓይልታት ሰራዊት ኢትዮጵያ ግና ምሉእ ጀነራል ኮይኑ ከም ዘገልገለ ይፍለጥ። ሎሚ ግና ምሉእን ጐደሎን ዝብል ኢትዮጵያውነት ኣብ ስራሕ ውዒሉ ንዕዘብ ኣለና። ኣብዚ ግዜ'ዚ ናይ ጀነራል መዓርግ ተዋሂብዎም ዘሎ ላዕለዎት መኮንናት ተወላዶ ኦሮሞ፡ ንሓደ ተራ ትግራዋይ ኣሰራ ኣለቃ ክቕጽዕዎ ኣይደፍሩንዮም፣ ተመሊሶም'ኳ ደኣ ይፈርሕዎ።

ሻለቃ ጀማል ዝብሃል ተወላዲ ኦሮሞ፡ ኣብ መቐለ ኣብ ዝተገብረ ሓደ ናይ መኮንናት ኣኼባ፣

"ሰዓረ መኮንን፡ ኣብ ማኪናኡ ናይ ወዲ ትኹል ደርፊ ክሰምዕ ከሎ 'ሻዕብያ ኢ'ኻ' ኣይንብሎን ኢና። ኮሎኔል ገመቹ ግና፡ ናይ ዓሊ ቢራ ደርፊ ስለ ዝሰምዐ 'ኦነግ[4] ኢ'ኻ' ክብሃልሲ በየናይ መዐቀኒ'ዩ?" ኢሉ ከም ዝሓተተ ሰሚዐ።

ኣብ ሚኒስትሪ ምክል'ሻል ዝርከቡ ልዕሊ ተስዓ ሚእታዊት ኣዘዝቲ ሚካናይዝድ ኣሃዱታት ኣባላት ህወሓት'ዮም። ናብ ታሕቲ ገጽካ እንተ

4 ግንባር ሓርነት ኦሮሞ

ወሪድካ፡ ሓደ ተራ ወተሃደር ኣባል ህወሓት ኣይትረክብን ኢኻ። ኣብ መንነ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝተገብረ ኵናት ይኹን ኣብ ሶማል፡ እቶም ግንባሮም ንዓረር ዝሃቡን ጌና ዝህቡ ዘለውን ተራ ወተሃደራት፡ ካልኦት ኢትዮጵያውያን'ዮም። "ካልኦት ኢትዮጵያውያን" ዝብል ኣጸዋውዓ ወይ ስያመ፡ ፖለቲካዊ ምጽት ዘለዎ ቃል ኮይኑ ይርከብ።

ህወሓት፡ ከም ወዓግ ኣብ ቆንጠፈን ታባታትን እናተዋጋእኩ ዝረኸብክዎ ወንበር'ዩ ዝብል ፖለቲካዊ ስልጣን፡ ገደብ ዘለዎ ኣይመስልን'ዩ። ንክልል ትግራይ፡ ብዘይናይ ካልኦት ምትእትታው ናይ ምምሕዳራ መሰሉ ኣረጋጊጽዎ ኽንሱ፡ ኣብኡ ተሓጺሩ ግና ደው ኣይበለን፣ ንነፍስ-ወከፍ ክልላት ታኪ ገይሩለን ይርከብ። "ስለምንታይ?" ዝብል ሕቶ እንተ ተላዒሉ፡ "ወድባዊ ምትሕግጋዝ" ዝብል ኣሸካዕላል መልሲ ይስዕብ። ያኢ ምምሕዳራዊ ብቕዓት ዘለዎም መራሕቲ ተሳኢኖምሲ! ክልል ኣምሓራን ኦሮሞን ሓገዝ ሓቲተን ተባሂሉ። ንመን? ንካድራት ህወሓት! እዚ'ውን ካልእ ኣሸካዕላል'ዩ።

ፋብሪካ ሽኮር ወንጅን መተሃራን፡ ሳሞራ የኑስ ከም ባምቡላ ክጸወተለን ተዋሂበና ኣሎዋ። ፋብሪካ ስሚንቶ ሙገርን ቦርድ መገዲ ኣየርን ድማ ኣብ ትሕቲ ስዩም መስፍን'የን። ፈደራላዊ ጉዳያት ኣባይ ጸሃየ ሒዝዎ ይርከብ። ሚኒስትሪ ዜናን ኣብ ሚድያ ዝርከቡ ደረጃታት ሓላፍነትን፡ ናይ በረኸት ስምኦን ናይ ብሕቲ ንብረቱ'ዮም። *(በረኸት፡ ኣባል ብኣዴን[5] ይኹን'ምበር ኣምሓራይ ኣይኮነን።)* ንቑጠባ ኢትዮጵያ ተቓጻጺሮዎ ዘሎ ኣማኻሪ መለስ፡ ንዋይ ገብረኣብ ይብሃል። ኣብዛ ሕጂ ተሰዲደ ዝነብራ ዘለኹ ዋና ኩተማ ደቡብ ፕሪቶርያ - ደቡብ ኣፍሪቃ ዘሎ ኣምባሳደር ወዲ ደቡብ'ኳ እንተ ኾነ፡ *(ነዛ መዘክር ኣብ ዝጽሕፈላ ዘለኹ ግዜ)* ካልኣይቲ ጸሓፊት ናይቲ ኤምባሲ ኮይና ተመዚዛ ዘላ ገባሪትን ሓዳጊትን ተጋዳሊት ህወሓት'ያ። ኣብ ኩሉ ኤምባሲታት ኢትዮጵያ ከምዚ ዓይነት ኣመዳድባ ምርኣይ ልሙድ ነገር እዩ።

ተፈራ ነዝን ካልእን ኣይፈልጠን'ዩ ክንብል ኣይንኽእልን። "ከምዚ ኢልኩም ክትሓቱ መሰል የብልኩም፡" እዩ ዝብለና ዘሎ። ናይ ህወሓት መሰል፡ ገደብ ኣልቦ ምኻኑ ብዝተፈላለየ መገዲ ይግለጽ'ዩ።

ኣብዚ ቀረባ ግዜ፡ ሓደ ኮሎኔል ተወላዲ ኦሮሞ ናብ ወጻኢ ድሕሪ ምኽብላሉ ዘካየዶ ቃለ መጠይቅ ብሬድዮ ተኽታቲለዮ ነይረ። ንሱ ከም ዝገለጸ፡ ኣብ ጥቓ ተፈሪ መኮነን ዝብሃል ቤት-ትምህርቲ፡ ሳንሻይን ኮንስትራክሽን ዝብሃል ትካል ዝሃነጸ ኣፓርታማታት ኣሎ።

5 ዲሞክራሲያዊ ምንቕስቃስ ብሄረ ኣምሓራ ኢህዴን ዝነበረ ድሕር ብኣዴን እተባህለ

ሰብ ታክሲ፡ "ፔንታጎን" ዝብል መጸውዒ ኣጠሚቑሞ'ለው። እዞም ነፍስ-ወከፎም ሾብዓተ ደርብታት ዘለዎም ኣርባዕተ ገዝፍቲ ህንጻታት፡ ብጠቕላላ ሚእትን ዕስራን ስድራቤታት ክሕዙ ይኽእሉ። ካብቲ ንመኪንናት ምክል'ላል እተዓደለ ኣፓርታማታት፡ እቲ ሚእትን ክልትን ንመኪንናት ህወሓት ተዓዲሉ ይርከብ። ካብ ሕሜት ንምድሓን ተባሂሉ ኸኣ፡ እቲ ዝተረፈ ዓስርተው ሸሞንተ ንመኮንናት ኣምሓራን ኦሮሞን ከም ዝዕደል ተገይሩ። "ከም ወዓግ ኣብ ቆጥጠፈን ታባታትን ስለ ዝተዋግኡ ይግብኦም'ዩ፡" ይብለካ መዝሙረ ዋልዋ!

ብኣዴን ካብ ህዝቢ ኣምሓራ ደገፍ ዝሰኣነሉ ቀንዲ ም'ኽንያት፡ ህድእ ኢሉ ገዛእ ርእሱ ክምርምርን ክሓስብን ስለ ዘይክኣለ'ዩ። ዘውረዶ ሃስያ'ውን እንበለ መጠን ገዚፍ'ዩ። ብተወሳኺ፡ ሕቶ ህዝቢ ኣምሓራ ንምዕፋን ከም እተዳለወ ትካል ዝተሓንጸጸ መደባት ከካይድ ከም ዘይክእል ኣሚኑ ም'ቕባሉ'ዩ። ካብቲ ብኣዴን ንኣባላቱ ዘዳለዎ መገምገሚ ነጥብታት፡ ገለ ሒደት ቀለልቲ ኣብነታት ምርኣይ እኽል'ዩ። "ትምክሕቲ" እንተላይ "ምፍራሕ መስዋእቲ" ዝብሃላ እተን ፍሉጣት ካብ ነዊሕ እዋን ክስርሓለን ዝጸንሐ'ዩ። "ብልሽውና"፡ ከም መሓለውታ መገምገሚ ብሳልሳይ ደረጃ ተሰሪዓ ትርከብ። ኣብ ናይ ህወሓት ገምጋማት ግና፡ "ምፍራሕ መስዋእቲ" ፈጺማ ኣብ ስራሕ ውዒላ ኣይትፈልጥን'ያ።

እዚ እንታይ ማለት'ዩ?

ኣባላት ብኣዴን፡ "ንህወሓት ከም ነፍስ'ኻ ኣፍቕሮ!" ዝብል መዝሙረ ዋልዋ መታን ክዝምሩ ብናይ ትምክሕቲ መገምገሚ'ዮም ዝግረፉ። "ምፍራሕ መስዋእቲ" እትብሃል መገምገሚት፡ ንትምክሕቲ ኣምሓራ ክትሰብር ት'ኽእል'ያ ተባሂላ እተዳለወት መጃጀዊት ሚላ ክትከውን ከላ፡ 'ግዕዝይና' ድማ ካብ ስራሕ ክስንጉ ከም ዝ'ኽእሉ እተጠንቀ'ቐ መሰናበዲት ቃል'ያ። በረኩተ - ዋልዋን ደቂ መዛሙርቶምን፡ ንኣባላቶም ከም ኣፍራስ ቢ'ሾፍቱ ብ'ሽምዚ ገረሐም'ዮም ዘጋልብዎም። ንልምዓት ዝምልከቱ ካልኦት ኣገደስቲ ሕቶታት ከይሓቱ፡ ብ'ሽምዚኣም ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ኣርዓድቲ ሚላታት ኣፍም ይልጉምዎም።

"ብኵናት ዝተሃስየ ከባቢታት" ዝብሃል ኣዘራርባ ኣብ ሓደ እዋን ልሙድ ዝነበረ ቃል'ዩ። እንተ'ኾነ ግና፡ እተን ብኵናት ኣዝየን ዝተሃስያ ከተማታት ክልል ኣምሓራ ተጠቕምቲ ናይዚ ኣበሃህላ ኮይነን ኣይፈልጣን። ሃሙሲት፡ በለሳን ኣምደወርቅን ዝብሃላ ኣብ ክልል ኣምሓራ ዝርከባ ከተማታት፡ ብደብዳብ ነፈርቲ ኵናት ደርግ ዓንየን ክንሰን፡ ከም ዓድዋን ሽረን ኣብ ዝርዝር "ብኵናት ዝተሃስያ ከተማታት" ኣይኣተዋን። ተፈራ ግና ነዚ እናፈለጠ "ስለምንታይ?"

ኢሉ ክሓትት ኣይክኣለን። ኣበሃህላኡ እንተ ተርጕምናዮ፡ "ካሕሳ ዝግብኦም እቶም ንሃሙሲትን ኣምደወርቅን ካብ መንጋጋ ደርግ ናጻ ንዘውጽእወን'ዮም" ማለቱ'ዩ። ኣምደወርቅ፡ ዕስራን ኣርባዕተን ግዜ ብነፈርቲ ኮናት ደርግ ዝተደብደበት ከተማ'ያ። "ኣምደወርቅ፡ ኣቓልቦ ክትረኽቢ ተባዕ መራሒ ክትወልዲ ኣለኺ!" ድማ ትብሃል ኣላ።

ኣብ ሓደ ሃገር፡ ነንበይኑ ዓይነት ኣመራርሓን ፖሊሲን ንምንታይ ኣድለየ? ኣዲስ ኣበባ፡ ኣምቦ፡ ነቀምት፡ ደብረዘይትን ጎንደርን፡ "መኣከቢ ከተማታት ጸላኢ" ተባሂለን ዘርዕድ ተጽዕኖ ክግበረለን ከሎ፡ ተፈራ ዋልዋ ነዚ እናፈለጠ ወሰን መገዲ ኮይኑ ይዕዘብ ኣሎ። ኣብ መዕረፎ ነፈርቲ ቦሌ፡ ብተደጋጋሚ ካብ ነጋዶ ዕጸ-ፋርስ ዝታሓዙ ኮኬይንን ሄሮይንን ዝብሃሉ ኣደንዘዝቲ ዕጸ-ፋርስ፡ ተመሊሶም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ይሸየጡ'ለው። ካብዚ ንሓደ ወለዶ ብዕጽፊ ዝቐትል ዕጸ-ፋርስ ዝርከብ ኣታዊ ድማ፡ ሰበ-ስልጣን ፖሊስ ኣብ ሑመራ ሕርሻ ስምስም የካይድሉ ኣለው። ተፈራ፡ ብዛዕባ'ዚ ኣይፈልጥን'የ ዝብል እንተ ኾይኑ ድማ፡ ብገዛእ ፍቓዱ ስልጣኑ እንተ ዝሓድግ ምሓሾ። ኣብ ክልል ትግራይ ጫት ከይሸየጥ ዝኽልከለ ስርዓት፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሄሮይን ዝነግድ እንተ ኾይኑ እንታይ ክብሃል ይክኣል? ሓረስታይ ኣርሲ፡ ብዕጡቕት ፖሊስን ወተሃደራትን ከቢድ ግፍዒ ዝወርዶ ዘሎስ "ሕጅስ ይኣክል!" ስለ ዝበለ ድዩ? ብጥቕልሉ፡ እቶም ብ "ምፍራሕ መስዋእቲ" ክግምገሙ ዘለዎምሲ፡ እቶም "ንህወሓት ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ!" ዝብል ባዕላቶም ዝጸሓፍዎ መዝሙር ዝሰግድሉ ዘለው ብዓል በረኽት፡ ተፈራ፡ ህላዌን ኣዲሱን እዮም'ምበር፡ ተራ ኣባላትን ካድራትን ብኣዴን ኣይኮኑን።

ነዚ ዛዕባ ንምዝዛም፡ ድሕሪ ውድቀት ደርግ፡ ካብቲ ህወሓት ንደርግ ንምውዳቕ ዝኸፈሎ መስዋእቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብስም ሃገሩ ዝኸፈሎ መስዋእቲ ብዕጽፊ ይዓቢ፣ እቲ ተጨፍጪፉ ዝኸፈሎ መስዋእቲ ብዝተዓጸፈ ቀኖጽሪ ይዛይድ። መስዋእቱ ግና ኣብ ግምት ኣይኣተወን። ብሓፈሻኡ፡ ከምዚኣም ዓይነት ተርእዮታት ከቢድ ቂም ፈጢሮም ይርከቡ። ህዝቢ ብዝተፈላለየ መገዲ መረረኡ ክገልጽ ንዕዘቦ ኣለና። ቂምን ነድርን መዓልቱ ኣኺሉ ገንፊሉ ብሓይሊ ምስ ወጽኣ ግና፡ ክወርዶም ዝኽእል ዘስካሕክሕ ሓደጋ ናይ ቀደም ሓለፍተይ ኣይተገንዘብዎን ዘለው።

መራሕቲ ህወሓት፡ "ተቓሊስና ናጻ እንተ ዘይነውጻካ፡ ደርግ ጨፍሊቑ ምገዝኣካ!" ክሳብ ምባል በጺሖም ኣለው።

ናይ ተፈራ ዋልዋ ኣተሓሳስባ "ወዓግን ቆንጠጠፈን" ጌና ይቕጽል ኣሎ። "ክሳዕ መኣስ?" ንዝብል ሕቶ ግና መልሲ ክትረኽቡሉ ነቢይ ክትከውን ኣለካ...

* * *

ተቓውሞ ካድራት ኢህዴን ምስ ፈሸለ፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት ማለት ኣብ 1993፡ ኣባል ላዕለዋይ መራሕነት ኢህዴን ዝነበረ ሙሉኣለም ኣበበ ብእተጻወደሉ ነታጉ ተቐትለ።

ኣቀታትላኡ ክሳዕ ለይተ ሎሚ ምስጢር ኮይኑ ይርከብ። ሙሉኣለም ኣበበ ቅድሚ ምቕታሉ ቅድሚ ሽሞንተ ወርሒ ኣቢሉ፡ ኣብ ደሴ ኣብ ዝተኻየደ ጉባኤ ኢህዴን፡ ኣብ ልዕሊ ኣመራርሓን ኣከያይዳን ኢህወደግ ተሪር ነቐፌታ ኣስሚዑ ነበረ። እቲ ንሱ ዘቕረቦ ነቐፌታ፡ ኣብታ ሰሙን'ቲኣ ኣብ መንጎ ኣባላት ኢህዴን ዓቢ መዛረቢ ኣርእስቲ ኮይኑ ነበረ። ሙሉኣለም ኣበበ፣

"ኣብ ልዕሊ ኣባላት ኢህዴን ፍትሒ ዝጐደሎ ዓመጽ ይግበር ኣሎ። ከምቲ ኣብ እዋን ቃልሲ ዝነበረ ብማዕረ ናይ ምዝራብ መሰል ሕጂ'ውን ክህሉ'ለዎ፣ መረረ ህዝብና ይሰማዕ!" ዝኣመሰሉ ተቓውሞታት ኣቕሪቡ ነበረ።

ሙሉኣለም ኣበበ ኣብ ውሽጢ ቤት-ጽሕፈቱ ብዝተጻወደሉ ነታጉ ምስ ተቐትለ፡ ኣብ ባህርዳር ዝነበረ ቤተ-መዘክር ብሽሙ ከም ዝጽዋዕ ተገብረ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ዋርድያታትን ሰራሕተኛታት ጽሬትን ቤት-ጽሕፈቱ ንሓጺር ግዜ'ኳ እንተ ተኣስሩ፡ ጉዳይ ሙሉኣለም ኣበበ ግና ሽታ ማይ ኮይኑ ተሪፉ። ሙሉኣለም፡ ከም ገሰሰ ኣየለ ወይ ድማ ከም ማርሻል ሮሜል ድሕሪ ምቕንጻሉ ዝተሸመ ሰማእት'ዩ ኢሎም ዝኣምኑ ኣባላት ኢህወደግ ሒደት ኣይኮኑን። እዚ ምስጢር'ዚ ግና፡ ጸሓፍቲ ታሪኽ መታን ክመራመርሉ ተንጠልጢሉ ዝርከብ ጉዳይ'ዩ...

* * *

ሓደ እዋን ብስራሕ ኣብ ጎንደር ምስ ቀነኹ፡ ናይቲ ህዝቢ መረረ ብቕረባ ክሰምየ ዕድል ረኺበ ነይረ። ኣብታ ከተማ ዘወር ምስ በልኩ፡ ህዝቢ ጎንደር ዝወረዶ በደላት ብናቱ ጥንታዊ ውስጠዘ ብመገዲ ሰብ ጭራ ዋጣ ከተንፍሶ ሰሚዐዮ። እቶም ሰብ ጭራ ዋጣ፡ ናይ ብዓል መለስ፡ ኣዲሱ፡ ህላዌን ታደሰ ጥንቅሹን፡ ብፍላይ ድማ ነቲ ዕባይ ጎንደር'ዩ ዝብሃል በረኸት፡ ኣስማቶም ኣብ ቅኔታቶም እናኣእተው ኣብ ዕጹዋት ኣብያተ-መስተ ኮይኖም ዓማዊሎም ከለዓዕሉ ሰሚዐዮም። እቲ ኣዝዩ ዘደንጸወኒ ግና፡ ወዲ ጎንደር ሽግሩን መከራኡን ብጋህዲ ኣብ ኣደባባይ ምግላጹ ዘይኮነ፡ ብዓል በረኸት ነቲ ኣብ ኣብያተ-መስተ ብሰብ ጭራ ዋጣ ዝድረፍ ዝነበረ ሽግርን ጸበባን ናይቲ ህዝቢ ክሰምዕዎ ዘይምፍታኖም'ዩ። እቶም 'ዓሸ!' እናበሉ ዝሸለምዎም ዝነበሩ

ከም ዘዕለሉኒ፡ ቃርማ ወይ ድማ ብናይ እዝኒ ዝፍለጡ ሓሰውቲ እንተ ኣትዮም፡ እቶም ሰብ ጭራ ዋጣ ዜማኦም ይልውጥዎ። ኣነ'ውን ክእመን ዝ'ክኣልኩ፡ ብሓደ ኣብቲ ዓዲ ፍሉጥ ዝ'ኾነ ሃብታም ነጋዳይ ተዓጂበ ስለ ዝኣተኹ'የ። ኣባላት ብኣዴን ኣብተን ኣብያተ-መስተ ቅልቅል እንተ ኢሎም፡ እታ ዜማ ብቅጽበት ተቐይራ "ኡይ በሊ ሰቆጣ - ኡይ በሊ ኮረም" ይዝየም። ኑቲ ቅኔ መሊኡ ዝፈሰ ህዝቢ ጎንደር ሽዓ መዓልቲ'የ ንፈለማ ግዜ ርእየዮ፣ ካብ ልበይ ድማ ኣፍቂረዮ። ኑቶም ንህዝቢ ጎንደር ናይ ቀረባ ርሑቐ ዝ'ኾኑ ከም ብዓል ተፈራ ዝኣመሰሉ ዝምልከታ፡ ካብ ሰለስተ ኣብያተ-መስተ ዝኣከብክወን ቅኔታት ሒደት ከካፍለኩም፣

ትሰምዓኒ 'ተኾይንካ - መለስ ክመኽረካ
ከፋፈልካ ምግጫው - ደጊም ይኣኽለካ
* * *
ሓዚኑ ኢሎሞ - ኣቶ መለስ ዜናዊ
ኣይድሓንን ድዩ ጐይታና - 'ታይ ኮይኑ'ዩ ዘእዊ
* * *
ጎንደር ጠፊኣቶ - ለይቲ ሃሰው ክብላ
ቐትሪ ምስ ኣዲሱ - ርእየዮ ክኾላ
* * *
ሰናይ ምኽሪ ምኸሮ - ክፍኣት ዘንጽሃሉ
ኣርብዓን ኣርባዕተን ታቦት - ሊቃውንቲ ኸለው
በረከተ - መርገም - ይቐድስ ኣሎ ተባሂሉ
* * *
ሓዲሽ ሰብ ተባዚሑ - ኮይኑ ወዲ ገዛ
ኣብ ማእከል ሜዳ - ተረፍና ከምዛ ዋዛ
* * *
ሙሉኣለም ኣበበ - ኣንታ ዓቢ ጐይታ
ከምዛ ደሓን ዘይወዓልካ - ብኣ'ቢልካ ቅሂምካ
* * *
ኣዲሱ ህላዌ - ታደሰ ዘመዴ
መገዲ ቀይሶም - መረኸሉ ኸብደይ
* * *
በረኸት ስምኣን - ሃገሩ ናፊቕዋ
ዝባን ዳሽን ኮይኑስ - ኣስመራ ርእይዋ
* * *
ሑመራ ኣቲና - ኣብታ ሕምብርታ
ሓዲሽ ሰብ ረኸብና - ዝብል ባይታ ባይታ
* * *
ካብ ርሑቐ ዝረኣኽዎ - ባኒ መሲሉኒ
ቅርብ እንተ በልኩስ - ቢራ ኾይኑኒ

* * *

ብገዛእ ሃገርና - ብገዛእ ሩባና
ብቢራ ደንዚዝና - ኣተና ኣጕዶና
* * *
ናይ ደጋ ድዩ - ወይስ ናይ ቆለኛ
ጠለምት ገዳም ኣትያ - ዝብል ኣምሓርኛ
* * *
በረኸት ኣብ ገዛ ሰብ - እትው ውጽእ በለ
ናብ ገዛይ ከይተረፈ - መርገም ሒዙ መጸ
* * *
ሒደት ተባዓት - እምብዛ በርቲያም
እቶም ዘይተንበርከኹ - ኣብ ጎንደር ነጊሶም
ኣይበቐለን እምበር - ብዙሕ'ዮም ዘሪኦም
* * *
ንወልቃይት ጸገዴ - ቀሪቡ ዘስተውዓለላ
ዋይ ኣነ ዋይ ኣነ - ወይኒ'ያ ትብል ኣላ
* * *
ኣብ ዓድዋ ጸሓይ - ኣብ መቀለ ኻፋ
ኮይኑዋ ድዩ ጎንደር - ጸልማት ውሒጥዋ?

* * *

ኣባላት መሪሕነት ብኣዴን፡ ክሓስብሉ ዝግባእ ሕቶ ነይሩ። ፈለማ ህዝቢ ኣምሓራ ስለምንታይ ከም ዝጸልኦም ክምርምርዎ ነይርዎም። ሓረስቶት ደገፍትና'ዮም ኢልካ ምምጽዳቕ፡ ሩባ ከም ዘየሳግር ካብ ቅኔታት ጎንደር ክትርድኦ ትኽእል ኢኻ። ኣምሓሩ ሓረስቶት፡ ንብኣዴን ጸሊኦሞ ጥራይ ዘይኮኑ ፎእ'ዮም ኢሎሞ።

"ኣይበቐለን'ምበር ብዙሕ'ዮም ዘሪኦም!" ዝብል ቅኔ፡ ክቱር ንዕቀት ዝሓዘ'ዩ። ወዲ ጎንደር ብዓል ጭራ ዋጣ "ዘርኦም ዝበልዑ" ከም ዝኾነ ገይሩ ገጢምሎም ኣሎ። ሓረስታይ ዘርኢ ኣይበልዕን'ዩ። ዘርኢ ካብ ዝበልዕ፡ ኣቐዲሙ ክመወት'ዩ ይመርጽ። ክንዲ ዝኾነ፡ ኣብ ልዕሊ ዘርኢ ፍሉይ ክብሪ'ሎም። ህይወት ቀጻልነታ ክረጋገጽ እንተ ኾይኑ ዘርኢ ክቐመጥ ኣለዎ።

ኣባላት መሪሕነት ብኣዴን ግና፡ "ኣይበቐለን'ምበር ብዙሕ'ዮም ዘሪኦም" ዝብል ቅኔ እንታይ ማለት ምኻኑ ኣብ ክንዲ ኮፍ ኢሎም ዝምርምርዎ ሸለል ኢሎሞ። እቲ ኣብ 2005 እተኻየደ ባይቶኣዊ መረጻ፡ ብዛዕባ'ቲ ዘይበቐለ ዘርኢ ዘረድእ ጭብጢ'ዩ ነይሩ። በረኸት ስምኦን፡ ካብ ጎንደር ክሳብ ወረዳ ቡግና ዝዘርኦ ዘርኢ ሃጉጉ ተረፈ። ህላዌን ተፈራን'ውን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝዘርእዎ ዘርኢ ነቂጹ ሓረረ።

እንተ'ኾነ፡ እዞም ኣባላት ኣብ ክንዲ "ራእይና እንታይ'ዩ ነይሩ? ኢሎም ኣብ ክንዲ ናብቲ ቃልሲ ክጅምሩ ኸለው ዝነበረ ጥሙሖም ዝምለሱ፡ ብእኡ ኣቢሎም ከይተመልሱ ተረፉ።

ህላዌ ዮሴፍ ኣብ 1996 ኣብ መጽሔት 'እፎይታ' ዝጸሓፉ ውልቀ-ገድሊ ከምዚ ትብል፣

"...ሓደ መዓልቲ ንኢህዴን ክንምስርት ሒደት መዓልቲ ምስ ተረፉና፡ ካብቶም ብህይወት ዘለው ተጋደልቲ፡ በረኸት፡ ታምራት፡ ተፈራ፡ ኣዲሱ፡ ገነትን ሃይለን፣ ካብ ስውኣት ድማ፡ ክበበው፡ ኣስራደ፡ ዑስማን፡ ሙሉኣለምን ዓብዲን ኣብ ትሕቲ ገረብ ኮፍ ኢሎም ገሌና ድማ ሬድዮ እናሰማዕና ነዕልል ነበርና። ሃይለን ዓብዲን ቼዝ ይጻወቱ ነበሩ..." እናበለ ኣብ መጠረስታ ገጽ ኣስፊርዎ ይርከብ።

ብዝኾነ ናብታ ትሕቲ ገረብ ተመሊሶም ናይቲ ህዝቢ ቅኔ ክሰምዕዎን ቁንቁኖኡ ክምርምርዎን ምተገበአ። ኮይኑ ግና ብታሪኽ ከሕትቶም ዝኽእል መገዲ መሪጸም ይጉዓዝ'ለው።

ኣባላት መሪሕነት ብኣዴን፡ ሓንቲ ኣዝዮም ዝፈትውዋ ግጥሚ ኣላ። ኩሎም ብቓሎም'ዮም ዘዝዩምዋ፣ ታዬ ዝብሃል ተጋዳላይ ንኣባላት ኢህኣፓ[6] ዝገጠመሎም ግጥሚ'ያ። ሎሚ፡ እዛ ግጥሚ'ዚኣ፡ ንኣባላት መሪሕነት ብኣዴን ማዕሪኣም ኮይና እተሰፍየት እጅ-ጠባብ ኮይና ትርከብ። ትሕዝቶኣ ኸምዚ ይብል፣

ሊዎናርዶ ጣልያናዊ
ዝሰርሖ ኣጉል ፈታዊ
ነፍሱ ንፍቕሪ ኣንዲዱ
ኣብየት ነዲዱ!
ዳቪንቼ ዓሻ ተታላሊ - ንናቱ ስራሕ ተንበርካኺ
ንናቱ ስእሊ ኣፍቃሪ - ንናቱ ፍቕሪ ኣምላኺ
ኣንታ ሊዎርናዶ! ዓሻ ወዲ ሮማ
ነታ ዝለኸኻያ እናሳዕ ክትስልማ
እናሳዕ ከተፍርሳ እናሳዕ ከተገርማ
ደጊምካ ደጋጊምካ ክትቀብኣ እናኸኣልካ
ጣኣት ገበርካያ ኣጉል እምነት ስዒብካ
ነታ ናትካ ፍጥርቲ እግዚኦ ክትብለላ...
ኣየ ሊዎናርዶ! ናይ ቅብኣ ሉጢ
ጥበበ ውርደተኛ - ድኻ ናይ ቀባእቲ
ብላሽ መሃንድስ - ፍሩስ ሃናጺ

6 ናይ ኢትዮጵያ ህዝብታት ሰውራዊ ሰልፊ

- 3 -
ሓንቲ ሃገር - ክልተ ዓለም!

ምንባር ሓንሳእ'ዩ - ምማት'ውን ከምኡ
ምፍታው ሓንሳእ'ዩ - ምጽላእ'ውን ከምኡ
ከምኡ'ያ እዛ ዓለም
ደጋጊመ ኣንቢበኪ - ገላቢጠ ርእየኪ
ሓደው ኣይተረዳእኸንን - ሓደው ኣይተረዳእኩኽን
ምጽላእ ከም ዝጠዓመና - ምፍታው'ውን ኣይኮነልናን

(ግጥሚ - ኣበራ ለማ)

እንሆ ኣብ መንጎ ደርግን ወንበዴታትን ዝግበር ኩናት ንምስናድን ፕሮፓጋንዳዊ ጽሑፍ ንምድላውን፡ ብሰለስተ ሚእቲ ብር ወርሓዊ ደሞዝ ተቐጺረ ኣብ እምባ ደብረታቦር እየሱስ እርከብ ኣለኹ።

ምስ ሻምበል በለጠ ዝብሃል መስመራዊ መኮንን፡ ኣብዚ እምባ ምስ በጻሕና ኢና ተላሊና። እቲ ጉልቡት ሓላፊ ንኡስ ክፍሊ ባህሊ ናይቲ ኮር፡ ኑዮም ኣብቲ እምባ ዝበጻሕና ካድራት ብኽፉእን ስልኩይን ኣዘራርባ ከምዚ እናበለ'ዩ ተቐቢሉና።

"...ብሓጺሩ ንሕና ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ላዕለዋይ ኢድ ኣሎና። ብሚድያ ሰሚዕኩሞ ትኾኑ ኢኹም! ቅድሚ ሒደት ኣዋርሕ ሰራዊትና ዓበይቲ ዓወታት ሓፊሱ'ዩ። እዚ'ዩ! ብዝተረፈ ኣብዚ ሳልስቲ ኣሃዱታትኩም ክትፈልጡ ኢኹም። ካድራት ጨንፈር ፕሮፓጋንዳ ጅግና ኮር 603 ኪንኩም ብምምዳብኩም ድማ ክትኮርው ይግብኣኩም! ካባኹም ንጽበዮ ነገር ነዚ ሰራዊት ምንቃሕ'ዩ! ክርእየኩም ከለኹ ግና ፈዛዛትን ድንዙዛትን ትመስሉ! ብጾት፡ መርዓ ተዓዲምኩም ኣይኮንኩምን መጺኹም ዘለኹም። ንነፍስኹም ክትብሉ ፈጣናት ኩኑ! ኣዋጋእትን ተዋጋእትን ምኳንኩም ኣይትረስዑ! ወዲኣ'ለኹ!"

እናሰሓቐና ነናብ ቴንዳታትና ፋሕ-ፋሕ በልና።

ኣብታ ለይቲ'ቲኣ፡ ናይ ወያኔ ሞርታርን ቢ.ኤምን እናተወንጨፈ ክድስቑና ሓደረ። እታ ከም ከልቢ እናኣእወየት ንዓቕበት እምባ እየሱስ ዝወጽኣቶ ኣውቶቡስ ንኣና ኣብጺሓ ተመልሰት። ኣብቲ ቦታ ምስ ወረድና፡ ኣሚንተይ ነቲ ከባቢ ዳህሰሳኡ። እቲ ሽባቢ፡ ብዝተቓጸላ ታንክታትን ቀጠልያ ወተሃደራዊ ዩኒፎርም ብዝለበሱ ወተሃደራትን መሊኡ'ሎ። ምሩኻት ተጋደልቲ ወያኔ ክርሸኑ ምስ ረኣኹ፡ መሪር ነገር ኣብ ጎሮሮይ መጺኡ ኣቕሓረኒ። እቶም በንጻር ወገን ዝተሰለፉ ናይ ኤርትራን ትግራይን ተቓለስቲ፡ ወንበዴታት እናተባህሉ ከም ዝጽውዑ ብሬድዮ እናሰማዕኩ'የ ዓብየ።

ንባዕለይ ዘይኣምነሉ ንኻልኦት ከመይ ገይረ ከም ዘእምኖም'ኳ እንተ ዘይፈለጥኩ፡ ነቶም ቀንዲ-ቀንዲ ዝብሃሉ ኣነቓቓሕቲ ቃላት ግና ተጠንቂቖ ኣጽኒዐዮም'የ። 'ተነጸልቲ'፡ 'ነጸልቲ'፡ 'ሽፋቱ'፡ 'ኣፍደገ ባሕሪ'፡ 'ክሳድ ኢትዮጵያ'፡ 'ሓድነት'፡ 'ናይ ሰለስተ ሽሕ ዓመት ጽውጽዋይ'፡ 'ጅግንነት ዝልማዱ ህዝቢ'፡ 'ካብ ቦታትና ዝወረስናዮ ዶባት'... ዝኣመሰሉ ቃላት ተጠቂምካ መነቓቕሒ ጽሑፍ ምድላው፡ ንኣይ ኣዝዩ ቀሊል ስራሕ ነበረ።

ሻምበል በለጠ፡ እናኣንጸርጸረ ምስ ተቐበለና ቀልጢፉ ፈትየዮ! ነቲ ዝበሎ ከም ዘይኣምነሉ ክግምቶ ኣየጸገመንን። ዝሰልከየን ተስፋ ዝቐረጸን ሰብ'ዩ ነይሩ። 'ፈዛዛትን ድንዙዛትን ትመስሉ' ዝበለና ግና ሓቂ'ዩ። እቶም ኣብቲ ቦታ እተመደብና ዕስራ መንእሰያት፡ ሽቕለተ-ኣልቦነትን ድኽነትን በርቲዑና ኣብ ሃረር ፖለቲካዊ ትምህርቲ ዝተማሃርና ኢና። ካድር ትብል ቃል'ኳ ብዝግባእ ዘይተገንዘብናያን ኩናት ርኢና ዘይንፈልጥን ቄልዑ ብምንባርና፡ ኣብ እምባ እየሱስ ዝተቓጸላ ታንክታት ምስ ረኣና ራዕራዕ ኢና ኢልና። ተስፋ ዝብሃል ነገር ስለ ዘይረኣና ምኽኽ ኢልና ተረፍና!

* * *

ኣብታ መዓልቲ፡ ጸሓይ ምስ ዓረበት መጽሓፍ ሒዘ ምስቶም ኣዘዝቲ ኮፍ በልኩ። ዕለቱ 10 የካቲት 1990'ዩ ነይሩ። ኣብ ፊተይ እምባ ጉና ይረኣየኒ ኣሎ። ዕምብረ ትኪ'ምበር እምባ ኣይመስልን'ዩ። ክልተ ሄሊኮፕተራት መንገብገበን ዘርጊሐን ኣብ ኣፍደገ መኣዘዚ ነቑጣ ጀነራል ኣበበ ሃይለስላሰ ዓሊበን ኣለዋ። ሻምበል በለጠ ከም ዝገለጸልና፡ ወንበዴታት ሻዕብያን ወያኔን ኣብቲ ዕምብረ ትኪ ዝመስል ቄራሪ እምባ ዓሪዶም ኣለው። ኩናት ከይከፈቱ ንሓጺር ግዜ እንተ ጸኒሖም፡ ናብ በረድ ከም ዝቐየሩ እናደኣለ'ዩ ኣዕሊሉና። ስለዚ ናብ በረድ ቅድሚ ምቐያሮም፡ ውግእ ክጅምሩ ይኽእሉ'ዮም ብምባል ወተሃደራዊ ግምቱ ገለጸልና። ንሕና ኣብዚ ኣለና። ኣብ

መንጎ "ንሕናን" "ንሳቶምን" ኮናት እንተ ተጀሚሩ ድማ፡ እታ ምድሪ ብደም ሓበሻ ክትጭቁ'ያ!

መጽሓፍ ሒዘ ኣብታ እምኒ ኮፍ ኢለላ ዝነበርኩ ህሞት፡ ብዛዕባ ውልቃዊ ህይወተይ እሓስብ ነበርኩ። ሞት ተጎዝጕዛትኒ ዘላ ኾይኑ ተሰምዓኒ! ናይ ድርሰትን ጋዜጠኛነትን ሕልመይ ከይተጨበጡ በነኑ። ሞትን ህይወትን፡ እንኮ ኣማራጺታት ኮይነን ንሓንሳለይ በጽበጻኡ። "ኣብዚ ኮናት ክመውት'የ ማለት ድዩ? ንናይ መን ረብሓ? ነየናይ ዕላማ?" እናበልኩ ኸኣ ንነፍሰይ ብሕቶ ምስቓያ ተተሓሓዝክዎ!

* * *

ንጽባሒቱ፡ ድሕሪ ኹሎም ብጸተይ ደንጉየ ካብ ድቃሰይ ነቓሕኩ። ድምጺ ከቢድ ብረት ነታ መደቀሲት ቴንዳይ ነዝነዝ እንተ ዘየብላ ነይሩ፡ ካብ ድቃሰይ ኣይምተሳእኹን። በርጊገ'ውን ብድድ ኣይበልኩን፣ እዝነይ ኵር ኣቢለ ነቲ ዝስዕብ ደብዳብ ከቢድ ብረት ንምስማዕ ተዳለኹ። ጽንሕ ኢሉ ደገመ። ካብ ርሑቕ ምኳኑ ገመትኩ። ሰማያት እተተርበዐ ክሳዕ ዝመስል ኸኣ የንጎድጕድ ነበረ። ንእምባ እየሱስ ዘንቀጥቅጥ ሓይሊ'ውን ነበሮ።

ኮቦርታይ ቀሊዓ ተንሳእኹ። ኣብታ ወጋሕታ'ቲኣ ዝነበረ ቀዝሒ ኢደ እግረይ ኣደንዚዙኒ'ዩ። ኣእዳወይ እናፋሕፋሕኩ ሙቕት ክረክብ ጸዓርኩ። ካልሰይ'ውን ከም በረድ ዘሓለኒ። ብጌጋ ግምት ናብዚ ናይ ሞት ትካል እተቑጸርኩላ መዓልቲ እናረገምኩ፡ ጫማይ ወድየ ፊልድ ጃኬተይ ደረበ ኸኣ ካብ ቴንዳይ ወጻኹ። ብጥሜት ዝኣክል ሃለፍ ስለ ዝበለኒ ድማ፡ ቀሩሲ ክረክብ ቀልጢፈ ናብቲ ምግብና ከድኩ። እቲ ቐንዲ መኣዘዚ ነቑጣ ድሉው መመገቢ ቦታ ኣይነበሮን። ጥቓ መዕረፊ ኣጉዶ ጀነራል ኣበበ ሃይለስላሰ ጽግዕ ዝበለት ገዛ ትመስል ክሽን ኣላ። ኣብታ ኣፍደገ፡ ሓደ ወተሃደር ሻሂ ኣፍሊሑ ኮዝ ገይሩ ነቶም ሊቃውንቲ ኮናት ይቐድሓሎም ነበረ። ቅርብ ኢለ ኸኣ ቀሩሲ ክህበኒ ሓተትክዎ። እቲ ወተሃደር፡ ቃል ከየምሎቐ መላእ ጤል ትመስል በራድ ኣልዒሉ ኣብ ሓዊ ሰኽተታ።

ድምጺ ከቢድ ብረት እናሳዕ የንጎድጕድ ኣሎ! ገጸይ ተሓጺበ ኣብታ እምኒ ኮፍ ቅድሚ ምባለይ፡ ሻምበል በለጠ ኩተፍ በለ። ምሒር ቀይሕ'ዩ። ምኽንያቱ'ኳ እንተ ዘይፈለጥክዎ እቲ ነግራም ጠባዩ ግና ባህ'ዩ ኢሉኒ። ኮፍ ከይበለ ኸኣ ነገር ኣልዓለለይ፣

"ኣበይ ብጸትካ ኣለው?"

"ኣይረኣኽዎምን፣ ሕጂ'የ ዝትስእ ዘለኽ!" መለስኩ።

"ክሳዕ ሕጂ!?" ሻምበል በለጠ ኣዒንቱ ኣፍጠጠለይ!

ተገሪሙ ሰዓቱ ድሕሪ ምርኣይ ድማ፣

"ክትፈልጥ ሎሚ ወጋሕታ ጥራይ ዕስራ ወተሃደራት ተቐቲሎምና። ንሕና ድማ ሓምሳ ቀቲልናሎም። .....እ! ...ሰለስተ መኻይን ተቓጺለናና። ኣብዛ ወጋሕታ ጥራይ ክንደይ ታሪኽ ተሰሪሑ! ንስኻ ድማ ኣንታ ሕንቁቕ በጥ ኢልካ ኣርፊድካ!" በለኒ።

"ዛሕልን ድኻምንዩ መስለኒ ድቃስ ጸቒጡኒ፡" በልክዎ ጉድለት እናተሰምዓኒ።

ሻምበል በለጠ፡ ትእምርቲ ዝሰምዐ ክመስል፣

"ድቃስ!? ዛሕሊ!?... ኸኣ ትብል። ጉዳመኛ ኢኻ! በል ካልእ መዓልቲ ከምዚ ክትብል ከይሰምዓካ! እንታይ ዓይነት ስጕምቲ ከም ዝውሰደልካ ትፈልጥ ዲኻ? ምርሻን'ያ! እንታይ ምሂሮም ድዮም ሰዲዶም'ኹም!? ሰራሕተኛ መንግስቲ ኸማን ክሳዕ ሰዓት ትሸዓተ ኣይድቅስን'ዩ!" ብምባል ነተን ዝበልክወን ቃላት ደገመን።

ቀጺሉ፡ ቡኛ ገይሩ ኣፍልበይ ጋዕ ኣቢሉኒ ፍሸኽ በለ። ምኽሩ ከም እተቐበልክዎ ካብ ልበይ ኣረጋገጽኩሉ። እቶም ምሳይ ዝተመደቡ ብጾተይ፡ ድሕሪ ቕርሲ ናብ ኩተማ ደብረታቦር ስለ ዝኸዱ ክረኽቦም ኣይክኣልኩን። ኣብ እዋን ምሳሕ ኸኣ ዳግም ምስ ሻምበል በለጠ ተራኸብና። ጋሌጣ ኣብ ስቃጥላ እናጥለቐና ክንምሳሕ ከለና፡ ካልኣይ ሳዕ ስመይ ሓቲቱኒ ምስ ነገርክዎ፣

"ንስኻ ዲኻ ናይ ስነ-ጽሑፍ ክእለት ዘለካ?" በለኒ።

እታ ሕቶ ተስፋ ስለ ዝሃበትኒ ቅልጥፍ ኢለ፣

"እወ ኣነ፡" በልክዎ።

ጽንሕ ኢሉ ዘይተጸበኸዎ ሕቶ ዱብ ኣበለለይ፣

"ትግርኛ ዲኻ?"

"እወ።"

"ካበ'የናይ?"

"ማለትካ?" በልክዎ ስለ ዘይተረድኣኒ።

"ካብ ኤርትራ ዲኻ ዋላስ ካብ ትግራይ?"

"... ኤርትራ።"

"ትግርኛ ትኽእል?"

"እሰምዕ'የ።"

13 የካቲት ምሸት፡ ኣብ ውሽጢ ቴንዳይ ጎቦ ኾይነ መጽሓፍ እናንበብኩ ከለኹ ሓደ ወተሃደር መጺኡ ሻምበል በለጠ ብህጹጽ ይደልየኒ ከም ዘሎ ሓበረኒ። ነታ ዘንብባ ዝነበርኩ መጽሓፍ ዓጺፈ ብድድ ኢለ ናብኡ ከድኩ። ሻምበል በለጠ፡ ኣብ ኣፍደገ ቴንዳኡ ኣብ ኩርሲ ኮፍ ኢሉ ሬድዮ ክሰምዕ ጸንሓኒ።

"ስምዓዮ'ሞ ክትትርጕመለይ ኢኻ!" ኸኣ በለኒ ህውኽ ኢሉ።

ሻዕብያ፡ ንብርጋዴር ጀነራል ዓሊ ሓጂ ማሪኾም ብድምጺ ሓፋሽ የናዝዝዎ ነበሩ። ጋዜጠኛታት ሻዕብያ፡ ካብ ድምጺ ናይቲ ጀነራል ሒደት ኣስሚያም ዝተረፈ ብትግርኛ ናይ ምቕጻል ኣቃራርባ ይጥቀሙ ነበሩ። እቲ ዕስራ ደቂቕ ዝወድአ ቀዳማይ ክፋል ቃለ-መጠይቕ ምስ ተወደአ፡ ጽምቑ ኣቢለ ንሻምበል በለጠ ተርጕምኩሉ።

እቲ ኣብ መጥቃዕቲ ባጽዕ ዝተማረኸ ጀነራል፡ ሰራዊት ደርግ ብምኽንያት ጉድለት ኣመራርሓ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተዳኸመ ከም ዝኸደ፡ በንጻሩ ሰራዊት ሻዕብያ ብቕዲ ኣመራርሓ ኮናት ከም ዝሓየለ፡ ተጋደልቲ ድማ ናይ ምውጋእ ሞራሎም ሓያል ምኻኑ ኣብነታት እናጠቐሰ ይገልጽ ነበረ። ደርግ ንመጥቃዕቲ ሻዕብያ ክጻወሮ ከም ዘይክኣለ፡ ውድቀት ደርግን ዓወት ሻዕብያን ድማ ዘይተርፍ ምኻኑ'ውን ወሲኹ ተነበየ። ነቲ ቃለ-መጠይቕ ኣሕጺረ ምስ ተርጕምኩሉ፡ ሻምበል በለጠ ሽጋራኡ ብሓይሊ እናሰሓበ፣

"ምምራኽ ከይኣክለከ'ታይ ክንድ'ዚ ኣላፋለፍ!?" ኢሉ ተቐጥዐ።

ኣይመለስኩሉን። ርእይቶ ክህቦ'ውን ክጽበ ኣይነበሮን። ዘምጽኣኒ ጉዳይ ወዲኡ ከፋንዎኒ እናተጸበ'ኽዎ ግና፡ በንጻሩ ጸርጸር እናበለ ብዛዕባ'ቲ ኮናት ክምድረለይ ጀመረ።

"ጀነራል ታሪኩ ላይኔን ደምሴ ብልቶን ምስ ተረሸኑ'ዩ ኩሉ ነገር ተበላሺዩ፡" በለ ድምጹ ኣትሕት ኣቢሉ። "...ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ምስ ፈረሰ'ዩ ሻዕብያ ከም ዝዕወት ዝተረጋገጸ። ነዞም ክልተ ጀነራላት ጽቡቕ ገይረ እፈልጦም'የ። ኣብዛ ሃገር ልዕሊ ታሪኩን ደምሴን ወተሃደራዊ ሳይንስ ዝፈልጥ ጅግና'ሎ 'ተዝብሉኒ ኣይኣምንን'የ፣ ክልቲኣም ንስርሒት'ዮም ተፈጢሮም፣ እንተኾነ ተረሺኖም! ምማቶም ከይኣክል ምስ ሞቱ'ውን ተዋሪዶም! ወተሃደራት ክሳድ ጀነራል ደምሴ ብልቶ በቲኾም ከይኣኽሎም፡ ነቲ ዓቢ ኢትዮጵያዊ ሓርበኛ ብገመድ ኣሲሮም እናጎተቱ ኣብ ውሽጢ መዓስከር ቃኘው ሳዕሲያም። እዚ እንታይ ክብሃል ይክኣል?"

ሻምባል በለጠ ከምዚ ክብለኒ ኾሎ፡ ሕርቃን ዘይኮነ ኣብ ልዕሊ እቲ ስርዓት ዘለዎ ጽልእን ንዕቀትን ብዘንጸባርቕ መገዲ'ዩ። ናይቲ ሻምበል ሞራል፡ ፍልሑ ከም ዝበልዖ ቃንጫ ሽፋኑ ጥራይ ከም ዝተረፈ ንምግማቱ ኣጸጋሚ ኣይነበረን። ቀጺሉ፡ በቲ ንዕቀት ዝሓዘለ ቃናኡ ኣለው ዝበሃሉ ናይታ ሃገር ሊቃውንቲ ኮናት ብዝተፈላለየ መገዲ ህይወቶም ከም ዝሰኣኑ ብተወሳኺ ኣዕለለኒ። ብኽብሪ ክጥመት ዝጸንሐ ገዚፍ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ኢድ ምስሉያትን መጣኽስትን መኮንናት ወዲቹ ብምባል ዘረባኡ ወደአ። ርእሰይ እናነቕነቕኩ ካብ ምስማዕ ሓሊፉ ሓንቲ ቃል ኣየምለኞኩን፣ ዝብሎ'ውን ኣይነበረንን።

ትም ምባለይ ከቢድዎ ድዩ ኻልእ ኣይፈልጥን፡ ዝጀመሮ ዕላል ኸም ዋዛ ኣመንጭው ኣቢሉ ኸኣ፣

"ክንደይ'ዩ ዕድመኻ?" በለኒ።

"ዕስራን ሓደን።"

"ስለምንታይ ውትህድርና መሪጽካ?"

"ኣማራጺ ስራሕ ስለ ዝሰኣንኩ።"

ቀጺለ ንእሽቶ ኣዕለልክዎ።

ጋዜጠኛ ናይ ምኽን ዝንባለን ድልየትን ከም ዝነበረኒ፡ ኣብ ክፍሊ ፕረስ ሪፖርተር ኮይነ ክሰርሕ ወረቐት ኣእትየ ከም ዝነበርኩ ኮይኑ ግና ከም ዘይሰለጠነ፡ ንሓይልታት ምክልኻል ዝኸውን ናይ ሬድዮ ጽሑፍ ኣቕርብ ስለ ዝነበርኩ ግና፡ ምናልባሽ በዚ መገዲ'ዚ ድልየተይ እረክብ እኽውን ብዝብል ግምት ኣብዚ ክርከብ ከም ዝኽኣልኩ ኣዕለልክዎ።

ሻምበል በለጠ ቀ...ው ኢሉ ድሕሪ ምጥማት፣

"ቀጽሪ ሓደ ዓሻ ኢኻ!" በለኒ።

ስሒቐ!

ቀጺሉ፡ "ናይ ብሓቀይ'የ ለባም ኣይኮንካን። በየናይ ቀመር ኢኻ ኣብ ውትህድርና ኣቲኻ ጋዜጠኛ ክትከውን ዝፈተንካ?"

ነዊሕ ከይጸንሐ ግና ነቲ ዝበሎ ተገልቢጡ ከፍርሶ ጀመረ፣

"...ምኽን'ኳ ለባም ኴንካ'ውን ኣብ ትበጽሖ የብልካን። ኣነ ለባም'የ ኢለ እየ ዝሓስብ ነይረ። ክልቴና ግና ኣብዚ ኮፍ ኢልና ኣለና። በንጻሩ'ኳ ደኣ የዋህ በጊዕ ምኽን ይሓይሽ፣ ጤል ጐራሕ ኮይና ኣበይ በጺሓ፡" በለኒ።

ነዛ ናይ ሻምበለ በለጠ ኣበሃህላ፡ ድሕሪኡ ከም መምርሒ ህይወተይ ክጥቀመላ ምስ ጀመርኩ ብርግጽ ሓጊዛትኒ'ያ!

* * *

ኣብታ ሰሙን'ቲኣ፡ ሻምበል በለጠ በቦታና ኣፍለጠና። እቶም ዓሰርተው ሸሞንተ መንእሰያት ካድራት ኣብ ቅድመ ግምባር ክምደቡ ኸለው፡ ኣነን ኣምዴ ዝብሃል መሳርሕተይን ግና ኣብ መኣዘዚ ነቑጣ ተረፍና። እቶም ምሳና ኣብቲ ግንባር እተመደቡ ብጸትና ሸዓ ምሸት ተሰናቢቶሙና ኸዱ። ምስቲ ንሕና ዝነበርናዮ ቦታ ከተወዳድሮ ከለኻ፡ ንሳቶም ዝያዳ ኣብቲ ሓዊ ዝተፍኣሉ ዝነበረ ቅድመ ግንባር'ዮም ተመዲቦም። ኣብ ገጽ ኩሉ ሰብ፡ ናይ ተስፋ ምቕራጽ ስምዒት ይንበብ ነበረ። ካብ ኩላቶም እቲ ሓደ ናይ ቀረባ ፈታዊየይ'ዩ፣ ጣሰው ኣሸብር ይብሃል።

"ንስኻ ኻባይ ንላዕሊ ብህይወት ናይ ምጽናሕ ዕድል ኣለካ። ስለዚ ምማተይ እንተ ሰሚዕካ ንቤተ-ሰበይ በዚ ኣድራሻ ጽሓፈሎም፡" ኢሉ

ኣድራሻኡ ሃበኒ።

"መጻኢኡ ዝፈልጥ ዋላ ሓደ ሰብ የለን። .....ተስፋ ምግባር ጽቡቕ'ዩ።" በልክዎ።

(... ድሕሪኡ፡ ደሃይ ጣሰው ድሕሪ ትሸዓተ ዓመት'የ ሰሚዐ። 'የቢሾፍቱ ቆሪጦች' (ኣጋንንቲ ቢሾፍቱ) ዘርእስታ መጽሓፍ ምስ ኣሕተምኩ፡ ካብ ጣሰው እቲ ናይ ደብረታቦር ፈታዊየይ ደብዳበ መጻትኒ። መጽሓፈይ ከም ዘንበባ፡ ኣብ ሃዋሳ መምህር ኮይኑ ይሰርሕ ከም ዘለ'ን ከም ዘይሞተን ትገልጽ ሓጻር ደብዳበ'ያ.....)

ኣምዴ፡ ከመይ ኢለ ኣብ መኣዘዚ ነቑጣ ኮር 603 ከም እተወዛዕኩ ንምሸቱ ኣዕለለኒ። ንሱን'ውን ከማይ ጽቡቕ ዕድል'ዩ ኣጋጢምዎ።

"ንስኻ ብናይ ስነ-ጽሑፍ ክእለትካ ኢኻ ኣብዚ ተመዲብካ። ሻምበል በለጠ ኣመና ፈትዩካ'ሎ..." በለኒ።

"ከመይ ገይሩ ብዛዕባ ክእለተይ ፈሊጡ?"

"ኣብዚ ቦታ ምስ ኣተና፡ ንምሸቱ ጸዊየም ብዛዕባ ኩልና ሓቲቶምኒ ነይሮም፣ ሽዑ ብዛዕባ ኹልና ሓቢረዮም።"

"ንስኻኸ ብኸመይ ኣብዚ ተመዲብካ?"

"ዘመድ'የ ተሓባቢሩኒ፣ ሻለቃ ይልማ ዓርኪ ዘመደይ'ዩ!"

ኣብተን ዝቐጸላ መዓልታት፡ ሻምበል በለጠ ወትሩ ምሸት ናብ ቴንዳኡ እናጸወዐ ናይ ሻዕብያ ዜናታት ተርጉመለይ ይብለኒ ነበረ። ነቲ ስራሕ ኣመና'የ ፈትየዮ። ጋዜጠኛታት ሻዕብያ ዓወት ቀረባ ምኻኑ የቃልሑ ነበሩ። ሓደ መዓልቲ፡ ሻምበል በለጠ ብዛዕባ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ከምዚ በለኒ፣

"ሓደገኛ ሰብ'ዩ!"

"ብኸመይ?"

"ንኤርትራውያን ክውድቦም ክኢሉ!"

"ወያኔኸ ከመይ'ዮም?"

"ብሓባር'ዮም ዝሰርሑ፣ ከሓድቲ! ፍልሓታት!"

ጽንሕ ኢሉ፣

"ካብ ሻዕብያ ንላዕሊ ንወያኔ'የ ዝጸልእ፡" በለኒ።

"ስለምንታይ?" በልክዎ።

"ናይ ባዕሎም ኣጀንዳ የብሎምን!"

17 የካቲት ፍርቅ-መዓልቲ፡ ሻምበል በለጠ መጽሓፍ ክወስድ ናብ ቴንዳይ መጽኣ። መታን ክመርጽ ክወስድ ሳንጣይ ከፊቱ ዘርጋሕኩሉ። ሒደት ድሕሪ ምምራጽ ገሪምዎ፣

"ነዚ ኹሉ መጽሓፍቲ ናብ ግንባር ተሰኪምካ ምምጻእከ እንታይ ይብሃል?" በለኒ።

"ምንባብ ስለ ዝፈቱ'የ።"

"ጠባይካ ኣብ ውትህድርና ኣይከይድን'ዩ።"

"ብኸመይ?"

"ኣብ ውትህድርና፡ መልሓሰኛ ክትከውን ኣለካ ዝሓወይ። ንስኻ ግና ኣይትዛረብን ኢኻ፣ ትም ኢልካ ጥራይ ኢኻ ትሰምዕ! ኣብዚ ለፍላፊ ክትከውን ኣለካ! ከምዚ ዓይነት ባህሪ ሒዝካ ግና ነዊሕ ከይጸናሕካ ክትመውት ኢኻ!" በለኒ።

ትም ስለ ዝበልኩ ዘረባኡ ቀጸለ፣

"ብዛዕባ ወለድኻ እስከ ንገረኒ?"

" ወለደይ ሓረስቶት'ዮም።"

"ሓረስቶት? ሓረስቶት?"

"እወ! ኣቦይ ኣብ ኤርትራ ኸሎ ሓረስታይ'ዩ ነይሩ። ኣብ ዒላበርዒድ፡ ፍረታት ኣብ ማኪና ክጽዕን ውዒሉ ምስታ ማኪና ናብ ኣዲስ ኣበባ ምስ መጸ፡ ድሕሪኡ ኣይተመልሰን። ኣብ ደብረዘይት ናይ ኣርመናውያን ዋርድያ ኮይኑ ክሰርሕ ጀሚሩ፣ ሕጂ'ውን ዋርድያ'ዩ። ኣደይ ድማ ኤርትራዊት'ያ፣ ከባቢ መንደፈራ'ዩ ዓዳ። ነቦይ ስዒባቶ መጺኣ ኣነን ኣሕዋተይን ከኣ ኣብ ደብረዘይት ተወሊድና። ሕጂ ኣደይ ብህይወት የላን።"

ሻምበል በለጠ ሓንሳእ ዝን በለ።

ጽንሕ ኢሉ፡ ነቶም ኣብ ሳንጣይ ተደርዲሮም ዝነበሩ መጽሓፍቲ ከም ዋዛ ክገላብጦም ድሕሪ ምጽናሕ ከምዚ በለኒ፣

"መጽሓፍ ቅዱስከ እንታይ ክገብረልካ'ዩ?"

ገሪሙኒ እናሰሓቐኩ ጠመትክዎ።

"እንታይ ክገብረልካ ሒዝካዮ?" ደጊሙ ሓተተኒ።

"እንታይ ክገብረለይ ዝሓዝክዎ ይመስለካ?" ተገልቢጠ ሓተትክዎ።

"ኣምላኽ ትኣምን ዲኻ?"

"እኣምን!! እምብዛ እኣምን!"

ሻምበል በለጠ ርእሱ ድሕሪ ምንቕናቕ፣

"እምበኣር ብላኡ ኢኻ ርጉእ ትመስል?!" በለኒ።

"ኣይኮነን!" ቀልጢፈ ተቓወምክዎ። "...ትም ስለ ዝብል'የ እምበር፡ ውሽጠይ ርቡሽ'ዩ! ፈጺሙ ርግኣትን ሰላምን የብለይን!"

"ከምኡ ግና ኣይትመስልን ኢኻ፡" በለኒ ድሕሪ ሓጺር ስቕታ።

ዳግማይ ትም ኢለ ክሰምየ ጀመርኩ።

* * *

18 የካቲት ምሸት፡ ሻምበል በለጠ ናብ ከተማ ደብረታቦር ሒዙኒ ብምውራድ ቢራን ጥብሲ በጊዕን ጋበዘኒ። ዝበዝሕ ንሱ'ዩ ዝዛረብ። ሽሕ'ኳ እቲ ቢራ ኣርስን እንተ በለኒ፡ ትም ኢለ ክሰምየ ግና መረጽኩ። ብዛዕባ'ቲ ኵናት ዕላል ብምጅማር ከኣ፡ ብዛዕባ ጸብለልታ ሓይሊ ዘለዎ ገምጋም፡ ብግልጺ ኣዕለለኒ።

"ስለምንታይ ይመስለካ? ፕሮፓጋንዳን ክውንነትን በበይኖም'ዮም! ጽባሕ 19 የካቲት'ዩ፣ ሓቀይዶ? ወያኔ ኣብ ዝ'ኾነ ግዜ መጥቃዕቲ ክ'ኸፍቱ ይኽእሉ'ዮም። ሓይሊ ሚካናይዝድ ሻዕብያ፡ ምስ ወያኔ ተሰሊፉ ከም ዘሎ'ውን ስለያዊ ሓበሬታ ሰሚዐ'ለ'ኹ። ዝሓሰብዎ ኣሎዎም ማለት'ዩ። ፈለማ ምስ መጻእ'ኹም ላዕለዋይ ኢድ ናትና'ዩ ዝበልክ'ኹም ሓሶት'ዩ! ኣብዛ ወርሒ'ዚኣ መጥቃዕቲ እንተ 'ኸፊቶምልና ክደማስሱና'ዮም! ስለምንታይ ይመስለካ? ክፍለ ሰራዊት ነብሮ ካብዚ ናብ መገዲ ኣስመራ ባጽዕ ተንቀሳቒሱ'ሎ። ነብሮ፡ ካብዚ 'ኽንቀሳቐስ ኣይነበሮን። ሓቂ'ዩ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኤርትራ'ዩ ነይሩ። ምስ ሻዕብያ ብዙሕ ግዜ ስለ ዝገጠመ'ውን እ'ኹል ተመክሮ ኣሎዎ። ተረዲኡካ? ወያኔ፡ ብመጥቃዕቲ ኣጋርን ቄረጻን ሓያል ክእለት ኣማዕቢሎም'ዮም። ኣብ ከቢድ ብረት መጺኻ ግና መሃይማን'ዮም። ሻዕብያ፡ ብዙሕ ግዜ ኣብ ምጥቃዕ ዘድህበ ኵናት ኣይመርጹን'ዮም። ብ'ኸቢድ ብረት ግና ጸብለልታ ኣሎዎም። ተኵሶም ኣብ መኣድ'ኻ'ዮም ጥብ ዘብሉልካ!"

"ከቢድ ብረት ኣበይ ተማሂሮም?" በልክዎ።

"ኣብ ሶማል! ስያድ ባረ ኣሰልጢንዎም።"

ቀጺሉ፣

"ዝ'ኾነ'ኸይኑ፡ የካቲት ብሰላም እንተ ሓሊፉትልና ኣብ ደብረታቦር ቢራ ክንሰቲ ክንቅኒ ኢና።" በለኒ።

"ስለምንታይ የካቲት ፍልይቲ ኮይና?" ሓተትክዎ።

"ዕለተ ልደት ወያኔ የካቲት'ዩ! ክንዲ ዝ'ኾነ፡ ኣብዛ ወርሒ ኵናት እንተ 'ኸፊቶም ከም ዝዕወቱ'ዮም ዝኣምኑ!! ጠንቂልቲ!!"

ሻምበል በለጠ፡ ቢራኡ እናጨለጠ ዘረባኡ ቀጸለ፣

"ጥንቂላ ማለተይ ኣይኮነን፤ ጠንቂልቲ 'ኽብለካ ከለ'ኹ ነታ ዕለት ምስ ስነ-ልቦና ሰራዊቶም ኣወሃሂዶም ሞራል ክግብሩ ስለ ዝጥቀሙላ'የ። ከሓድቲ! ፍልሑታት!"

ንሓጺር ግዜ ክልቴና ትም ድሕሪ ምባል፣

"ኣብ ሩስያ ክንደይ ዓመት ጌርካ?" በልክዎ፣ ኣብ ሩስያ ከም እተማህረ ስለ ዝሰማዕኩ።

"ሓሙ'ሽተ ዓመት፡" በለኒ ቀልጢፉ። "...ኣብ ሩስያ ጽቡ'ቕ ግዜ'የ

ኣሕሊፈ። ኣነ መዚቃ እፈቱ'የ፣ ናውቲ መዚቃ'ውን እፈልጥ'የ። ፍሉይ ተውህቦ'ዩ ዘለኒ። ብተውህቦይ 'ተዝሰርሕ ምሓለፈለይ ነይሩ። ኣብኡ ክትሰርሕ ግና ዘመድ የድልየካ! ኩሉ ግና ኽንቱ'ዩ! 'ኢትዮጵያ ኣእዳዋ ናብ እግዝኣብሄር ትዝርግሕ' ከኣ ይብሃል! እዚኣ ኢድ የብላ እግሪ የብላ! ድሕረት ዝረመሳ ዝተረግመት ሃገር!! ካብቲ ውሽጠይ ዝሓቐየኒ ሓደ ኢትዮጵያዊ ምኽነይ'ዩ! ሻዕብያን ወያኔን መን'ዮም? ካብ ጎዳጉዲ ዝወጹ ፍልሖታት! ምስ'ዚኣቶም እናተዋጋእኩ ዕድመይ ክውዳእ ማለት ድዩ!?"

ሽጋራኡ ቦኾኽ እናበለ ዝኾነ ነገር ክሓሰብ ድሕሪ ምጽናሕ፣

"ሓቂ ይሓይሽ ኣብዚ'ውን ካብ መዙቃ ኣይተፈለኹን። ድምጺ ብሬን ንባዕሉ መዚቃ እንደኣሉ!" ኢሉ ብሰሓቕ ክርትም በለ፣ ኣነ'ውን ሰሓቕኩ።

ዝሰተኽዎ ቢራ ኣብ ርእሰይ ደየበ።

ቀልጢፈ ስለ ዝሰኽርኩ፡ ካብተን ኣሳሰይቲ ንሓንቲ ንእሽቶ ጓል እንተ ዘይሰዓምኩኺ ኢለ ወጠጥ በልክዋ። ንሱ ከይኣክል 'ፈትየኪ'ለኹ ተመርዓውኒ' እናበልኩ ምግልጋል ስለ ዝኣበኹ፡ ሻምበል በለጠ ብኽሳደይ ሓኒቐ ሒዙኒ ወጽኣ። ከም ሓምሓም ኣንጠልጢሉ ኣብታ ጂብ ዝዓይነታ ዋዝ ማኪና ኮፍ ምስ ኣበለኒ፡ ናብ እምባ ደብረታቦር እየሱስ ኣምራሕና። ኣብ መገዲ እናሰሓቐ፣

"ዋእ! ሕቡእ ባህሪ'ሎካ፣ ...ሃንደበት ከም ቡን ትግንፍል!" በለኒ።

* * *

ነታ ሰሙን ብተዛማዲ ሰላም ምስ ኣሕለፍናያ፡ 26 የካቲት ምሸት ናብ ቴንዳ ሻምበል በለጠ ከድኩ።

"ውግእ ጽባሕ ክጅምር'ዩ፡" በለኒ ሰላም ቅድሚ ምባሉ።

"ርግጽ ሓበፌታ ድዩ?"

"ርግጽ'ዩ! በለኒ ድምጹ ኣትርር ኣቢሉ። "...ቅድሚ ትማሊ ምሸት ሰራዊት ሻዕብያ ጉና ኣትዮም ኣለው። ኣነ ፍርቅ-ለይቲ ናብ ግንባር ክኸይድ'የ። ውግእ ምስ ተጀመረ፡ ረዳት ስለ ዘድሊ ኣብዚ ዝተርፍ ዋላ ሓደ ሰብ የሎን። ንሳኻ ግና ኣብዚ ክትጸንሕ ኢኻ፡" ኢሉ ኣዘዘኒ።

ነታ ኣብ እግርና ዝነበረት ወተሃደራዊት ሳንጣ ክተና'ኽፋ ድሕሪ ምጽናሕ ድማ ቅንዕ ኢሉ፣ "ዓሻ ኢኻ ግና ትመስል! ....ንምኽኑ ሰበይቲ ጥዒምካዶ ትፈልጥ?" በለኒ።

ኣይመለስክሉን፣ ትም ኢለ ጥራይ ፍሸኽ 'ናበልኩ ጠመትክዎ።

"ዓሻ ኢኻ" ስለ ዝበለኒ ሕማቕ ኣይተሰምዓንን። ካብ ንእስነተይ ኣትሒዙ፡ ብዝተፈላለየ መገዲ "ዓሻ" እናተበሃልኩ "ለባም" ክኸውን ድማ እናተመኽርኩ ስለ ዝዓበኽ ለሚደዮ'የ። "ጐራሕ" ክኸውን ኣለኒ ኢለ ሓሲበሉ ስለ ዘይፈልጥ፡ ዕሽነተይ ብጸጋ ተቐቢለዮ'የ። ብዙሕ ግዜ'ውን ፍልልይ ጉርሕን ዕሽነተን ክፈልጠኳ እንተ ጸዓርኩ፡ ክሳዕ ሕጂ ግና ኣይክኣልኩን።

ሻምበል በለጠ ዘረባኡ ብምቕጻል፣

"ብእተኻእለካ መጠን ከይትመውት ጽዓር፡" በለኒ።

"ወያኔ ዝቕንያምዶ ይመስለካ?" ሓተትክዎ።

"ተዳልዮምሉ ኣለው'ዩ ዝብሃል። ዝኾነኾይኑ ጽባሕ ንኣና በዳሂት መዓልቲ'ያ። እንተ ዘይተራኽብና ንሓዋሩ ደሓን ኩን!"

* * *

ንጽባሒቱ ወጋሕታ ከባቢ ሰዓት ሓምሽተ፡ እዝንኻ ዝቕድድ ቢ.ኤም ኣርብዓ ኣፋ (Ballistic-Missile) ኣብ እምባ እየሱስ ምስ ወደቐ ካብ ድቃሰይ ተበራበርኩ። ኣብ ውሽጢ ቴንዳይ ኮይነ ቅልቅል እንተ በልኩ፡ ምድሪ ሰማይ ተኣይዱ፡ ብደም ዝተፈትፈተ ስጋ ሰብ ፈቐዶኡ ወዲቑ፡ ስቅያት በርቲዕዎም ዘእውዩ ወተሃደራት ድማ ንእምባ እየሱስ ኣናዊጾማ ረኣኹ። ንሓዋሩ ጸጥ ዝበሉ'ውን ይርኣዩ ነበሩ!

(እቲ 27ን 28ን የካቲት 1990፡ ኣብ መንነ ኢህወደግን ደርግን ዝተኻየደ ደማዊ ኵናት ብዝተፈላለየ መገዲ ብዙሕ ተባሂልሉ'ዩ። ኣነ'ውን፡ ኣብታ 'ያልተመለሰው ባቡር' (ዘይተመልሰ ባቡር) ዘርእሰታ ልብ-ወለድ መጽሓፈይ ብመጠኑ ገሊጸዮ'ለኹ። ኣዛዚ ኮር 603 ብርጋዴር ጀነራል ኣበበ ሃይለስላሰ፡ ንኮለኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ኣብ ዘቕረበሉ ጸብጻብ፡ እቲ ደማዊ ኵናት ዘስካሕክሕን ዘደንጹን ልዕሊ ዓሰርተው ሾብዓተ ሽሕ ወተሃደራት ዝወደቑሉ ምኽኑን ጽቡቕ ገይሩ ገሊጽዎ'ሎ። ነቲ ጸብጻብ'ውን፡ ኣብ 'ተራሮችን ያንቀጠቀጠ ትውልድ' (እምባታት ዘንቀጥቀጠ ወለዶ) ቅጺ ሓደ ጽሑፈዮ'ለኹ። ብወገን ኢህወደግ ዝነበረ ኩነታት ድማ፡ ብኣቦነህ ኣሻግሬ ተጻሒፉ ኣብታ መጽሓፍ ኣብ ቅጺ ሰለስተ ሰፊሩ ይርከብ። ምስ ፕሮፌሰር ታሪኽ ገብሩ ታረቀ፡ ኣብ ኣመሪካ ኣብ ሓደ ዩኒቨርሲቲ ዝምህር መምህር፡ ኣብ መንነ ደርግን ተቓወምትን ዝተኻየደ ኵናት ንምጽናዕ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝቕነየሉ ግዜ ተራኺብና ሒደት ኣዕሊልና ኔርና። ንጀነራል ኣበበ፡ ናብ ቤት-ማእሰርቲ ኽይዱ ከዘራርቦ ከም ዝፈተነን ጸሪፉ ከም ዝሰንጐን ኣዕለለኒ።)

27 የካቲት ምሸት፡ ምስ ጀነራል ኣበበ ሃይለስላሰ ኣብ ሓንቲ ድፋዕ ብሓንሳብ ኢና ኔርና። ኣብታ ለይቲ'ቲኣ፡ እቲ ኣዛዚ ግንባር ምስ ኮሎኔል መንግስቱ ብሬድዮ ርክብ ሓበሬታ ክለዋወጥ ከሎ ኣብ ጥቓኡ ኮፍ ኢለ እሰምዕ ነበርኩ።

እቲ ጀነራል ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ሬሳ ኢትዮጵያውያን ኣብ ኩሉ መገድን ጎቦታትን ብዘዘቅቕ ኩነታት ከም ኣንሶላ ተነጺፉ ምስ ረኣየ፡ ከም እተሳዕረ ኣሚኑ ናብ ባህርዳር ከነዝልቕ ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። ነተን ምሳና ዝነበራ ኣንስቲ ብሄሊኮፕተር ኣውጺእና፡ ንጀነራል ኣበበ ዓጂብና ብማኪና ክንሃድም ጀመርና።

ነዊሕ ከይከድና ግና እቲ መገዲ ብእተቓጸላ ታንክታት ተዓጽው። ብእግርና ምህዳም ቀጸልና። ምስታ ነቲ ጀነራል ዓጂባቶ ዝነበረት ጋንታ፡ ብግምት ሓምሽተ ኪሎሜተር ዝኸውን ከድኩ። ኣብ ፈቐዶ መገዲ ተዛሕዚሑ ዝረኣኽዎ ሬሳ ንሓንሳለይ በጽበጸ። ብርክት ዝበለ ብታንኪ እተጨፋለቐ ኣራእስ እናዘለልና፡ ብኸቢድ ብረት ዝተመታተሩ ኣእጋርን ኣእዳውን እናሓንኮሉና፡ ምስ ታንክታቶም ዝሓረሩ ሬሳታት እናረኣናን ግንብንብ እናበለናን ሀድማ ኾነ። ናይተን እተቓጸላ ታንክታት ሓዊ ገና ኣይጠፍአን። ኣብ መገዲ፡ ናሕሶም ፈሪሱ ምስ መሬት ዝተሓዋወሰ ኣጓዱ ረኣኹ። ከባቢ'ቲ ኣጉዶ ብደም ጨቐዩ ነበረ። ጥይት በየናይ ሽነኽ ይትኮስ ኣሎ ክትፈልጠ ኣይክኣልን። ተኹሲ ዶሽካ መዕገቲ ኣይነበሮን። ሀድማ ምስ ኮነ፡ እቶም ወተሃደራት ዘቃጸልዎ መኽዘን ኣጽዋርን ጸጸኒሖም ዝውንጨፉ ቦምባታት ቢ.ኤምን፡ ብጫ ትኪ እናተፍኡ ንደብረታቦር ነቐነቐ ኣቢሎም ዓቕላ ኣጽበቡላ። ሞት ሓሲሩ። ኣብ ዝኾነት ደቒቕ ርእስኻ ክትምንጠል ትኽእል'ያ። ኣረጊት ክዳን እተኸድኑ ሓረስቶት፡ ካብ ሞት ከምልጡ ብዝረኸብዎ ኣንፈት ከም ኢራብ እናዘለሉ ይበሩ ነበሩ።

ሀድማይ ክቅጽሎ ኣይክኣልኩን።

ክልተ መዓልቲ ምግቢ ዝብሃል ኣይለኸፍኩን። ጥሜት ተወሲኽዎ ንምጉያይ ይትረፍ ንምስንዓም ዝኸውን ሓይሊ'ውን ስለ ዘይነበረኒ፡ ተሰኒኑኒ ፍጹም ተኽኣልኩ። ሀድማይ ኣቋሪጸ ኽኣ ኣብ ትሕቲ ሓደ ብንቶ ኣትየ ደቀስኩ።

ከቢድ ብረት ሻዕብያን ወያኔን፡ ደድሕራና እናሰዓበ፡ ምስ ሓመድ ሕውስውስ የብለና ነበረ። ካብ ቀረባ ርሕቀት ካላሽንን ብሬንን ብጽዑቕ ይትኮሰልና ነበረ። ጠምየ! ጸሚአ! ጃኬተይ ከይተረፈ ስለ ዝኸበደኒ ደርበኽዎ። ዒብ ገይረ'ምበር፡ ሽጉጠይ'ውን ክድርብያ ኣይጸላእኩን። ነታ ሽጉጥ ምትኳሳስ ይትረፍ ንምቕናዓ ዝኸውን ሓይሊ'ውን ፍጹም ኣይነበረንን።

ሓደ ጐኒ ናይቲ ብንዶ ከቢድ ብረት ወዲቕዎ ምስ ተደርዓመ፡ በዚ መጽአ ዘይበልክዎ ሓይሊ ረኺብ በተግ ኢለ ብምውጻእ ጉያ ጀመርኩ። ናብ ዓቕበት ኮረቢት ኣለምሳጋ እናደየብኩ ከለኹ ኽኣ ንኣምዴ ረኸብክዎ።

"ኣይሞትካን!" በለኒ ብሓጐስ እናጨደረ።

"ኣለኹ፣ ንስኻኽ?" በልክዎ።

"ኣነ'ውን ኣለኹ!"

ኣምዴ፡ ካብ ፊልድ ጃኬቱ ሓንቲ ስቃጥላን ፋሻን ኣውጺኡ ሃበኒ። ነታ ፋሻ ኣብ ጆባይ ኣእትየ፡ ነታ ስቃጥላ በታ ናቱ ሳንጃ ቀዲደ ኣልምጽ ኣቢለ በላዕክዋ። ድሕሪኡ ጉዕዞና ቀጸልና። ኣብ መገዲ፡

"ስለምንታይ ካላሽን ዘይሓዝካ?" በለኒ።

"ሽጉጥ'ውን ከቢዳትኒ'ላ፡" በልክዎ።

"ሕማቕ ኣሎ ጽቡቕ ካላሽን ሓዝ! ሶሊኹ ዝኣተወ'ዩ ኢሎም ክቕትሉኻ ይኽእሉ'ዮም፡" በለኒ።

ሽጉጠይ ደርብየ ሓንቲ ካላሽን ብምልዓል መገድና ቀጸልና። ናይ ወያኔ ቢ.ኤም፡ ብሕቕና መመሊሱ ይድብድበና ነበረ። ጥያይቲ ብሬን፡ ኣራእስ ወተሃደራት ኣብ ክልተ እናመቕለ ኣሰቃቒ ትርኢት የርእየና ነበረ። ኣቀዲሞም ተቕያዪሞም ዝነበሩ ተራ ወተሃደራትን መኮንናትን ንሓድሕዶም ክቀታተሉ ምስ ረኣኹ፡ ትንፋሰይ ክትሓልፍ ቕሩብ ተረፋ። ካብ ደብረዘይት እናተበገሳ፡ ነፈርቲ ኩናት ኣብ ልዕሌና ቦምባታት ደርብየን ጅግንነት ከም ዝሰርሓ እናፈከራ ይመላለሳ ነበራ። ምድረ-ሰማይ ሓዊ ተኣጕደ!...

"ኣምዴ!" በልክዎ ሃንደበት።

"ኣቤት!"

"ኢድና ንወያኔ ዘይንህብ?"

"እ..ም..ይ..እ! ተጸሊልካ ዲኻ? ...ኣባላት ፕሮፖጋንዳ ስለ ዝኾንና መልሓስና'ዮም ዝቕርጹና!" በለኒ ተገሪሙ እናጠመተኒ።

"ዋላ ሓንቲ ኣይብሉናን'ዮም፣ እንታይ ግድኻ! እዚ መንግስቲ ወዳቒ'ዩ። ኣብዚ ምማት ከኣ ዕሽነት'ዩ።"

ኣምዴ ጽንሕ ኢሉ፣

"ኣዝማድካ ስለ ዝኾኑ ድዮም ተኣማሚንካሎም?" በለኒ።

ከምኡ ስለ ዝበለ ምሒር ሕማቕ ተሰምዓኒ።

ከይተዛረብና ሒደት መገዲ ድሕሪ ምኻድ፡ ከምዚ በልክዎ፣

"ኣምዴ፡ እመነኒ ኣነ ወዲ ቢሾፍቱ'የ፣ ከምዚ ትብሎ ዘለኻ ሓሲበ ኣይፈልጥን'የ። ንዘይትምስገነሉ ነገር ምማት ድማ ክሳራ'ዩ..."

"ተደሊኻ ንስኻ ኢድካ ሃብ! ኣነ ግና ኢደይ ኣይህብን'የ፡" በለኒ።

ኣምዴ ወዲ ጎጃም'ዩ - ደብረወርቅ። ናብቲ ዝተመደብናዮ ግንባር ክንከይድ ከለና፡ ናብ ሓፍቱ ተኣሊና በጊዕ ተሓራዱ ሜስ ብሳርማ ተቐሪቡልና ነበረ። ምስ ኣምዴ ጽቡቕ ንረዳዳእ ነበርና። ከምኡ ምስ በለኒ፡ ኣነ ቀስ ክብል ከለኹ ንሱ ቅልጥፍ ቅልጥፍ እናበለ ማሕደገለይ። ብኽምዚኣ ድማ ተፈላለና።

(ምስ ኣምዴ፡ ደርግ ምስ ወደቐ ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመታት፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣራት ኪሎ ኣብ ዝብሃል ከባቢ ተራኺብና ብሕውነታዊ መገዲ ሻሂ ሰቲና ተፈላለና። እታ ኣብ ደብረታቦር ዝተፈላለናላ ደቒቕ ግና ክልቴና ከነልዕላ ኣይደለናን። ሎሚ ንኹሉ ክግምግም ከለኹ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ መንነይን ኣብ መንነኡን ስለምንታይ ፍልልይ ተፈጢሩ ኢለ ወትሩ እሓስብ። ኣብታ ደቒቕ'ቲኣ ንኽልተና ከፈላልየና ዝኸኣለ ምኽንያት፡ ኣነ ካብ ንእስነተይ ጀሚረ ብዛዕባ ወንበዴታት ዝፈልጦን ኣምዴ ዝፈልጦን ነንበይኑ ስለ ዝኾነ'ዩ ዝኸውን።)

ብዝኾነ ኣነ ሰለይ ክብል ከለኹ፡ ኣምዴ ግና ስጉም ስጉም ኣበለ። እንተኾነ ግና ተጋደልቲ ወያኔ ብዘይገለ መቁሰልቲ ኣይማረኹንን። ሰንሰለታዊ ኣኽራን ኣለምሳጋ ወጺእና ቀጎልቀጎል ገጽና ክንወርድ ከለና፡ ኣድብዮም ዝጸንሑ ተጋደልቲ ተዅሲ ኽፈቱልና። ሻቡ ኣብቲ ኣጻድፍ ከም ቄጽሊ ረገፈና። ምሳይ ዝነበሩ ካብ ዓሰርተ ዘይውሕዱ ወተሃደራት፡ መታልሑም እናተሰንጠቐን ልቦም እናተበስዐን ክሞቱ ኽለው፡ ኣነ ግና ጸጋማይ ኢደይ ተወጊኡ ከም ዘንጊ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ኣንከራርየ ምስ ጉንዲ ጨዓ ተጋጨኹ።

መስዩ ነበረ...

ኑቲ ካብ ጸጋማይ ኢደይ ዝፈስስ ዝነበረ ደም ንምዕጋት፡ በታ ኣምዴ ዝሃበኒ ፋሻ ገይረ ጀንጠክዋ። ኑቲ ዝተጀልዐ ስጋ ምስ ጀንጠክዎ ግና፡ ድሕሪኡ ዝነበረ ነገር ፈጺሙ ኣይዝከረንን። ...ብጸጋማይን የማናይን ወገን ድምጺ ኣዛብእ እሰምዕ ነበርኩ። ዝርምሰስ ጸልማት ግብ ኣቢሉ ውሒጡኒ ነበረ። እታ ብፋሻ ከረው ኣቢለ ዝኣሰርክዋ ኢደይ ድማ፡ ጸጸኒሓ ተረው-ተረው ተብለኒ ነበረት። ብድኻም ኣላሽ ስለ ዝበልኩ፡ ውነይ ናብ ምጥፋእ ገጹ ክኸይድ ከሎ እፍለጠኒ ነበረ።

* * *

ናብ ውነይ ምስ ተመለስኩ፡ ክንዲ ዝተሰኽተተት ድስቲ ትኸውን ድምቕቲ ወርሒ ኣብ ሰማይ ተለጢፋ ረኣኹ። ኣብታ ገረብ ተደጊፈ ደቂሰ ነበርኩ። ኣብ ኣጻብዕቲ ጸጋማይ ኢደይ ቃንዛ ተሰምዓኒ። ከም ዝሓበጣ ኣስተውዓልኩ።

ኣነ መን'የ? ኣበይ'የ ዘለኹ?

ድሕሪ ገለ ካልኢታት ስመይ ተዘከረኒ። ቀጺለ ኣብ ኵናት ከም ዝነበርኩ ትዝ በለኒ። ዛሕሊ የንቀጥቅጠኒ ስለ ዝነበረ፡ ካምቻ ጥራይ ከም ዝለበስኩ ፈለጥኩ። ኮቦርታ ደልየ ግልብጥ እንተ በልኩ፡ ኣብ ገኃነይ ሓደ ምውት ወተሃደር ተደፊኡ ረኣኹ። ዓይነይ ኣፍጥጥ ኣቢለ ረኣኽዎ። ርእሱ ኣብ ክልተ ተመቒላ ኣይ ደም ኣይ ስጋ ጽዕድው ዝበለ ነገር ኣብ ጉድጓድ ሽክናኡ ተራእየኒ። እቲ ምውት ወተሃደር ሬንጀር ጃኬት ተኸዲኑ ነበረ። ነታ ጃኬት ካብ ዝባኑ ንምቅንጣጥ፡ ክንደይ ግዜ ከም ዝወሰደለይ ኣይፈልጥን። ዝገበርኩ ገይረ ግና ኣውጺኡ ተኸደንክዋ። ነፍሲ ድማ ዘራእኩ። ቀጺለ፡ ነቲ ኣብ ክልተ እተመቕለ ርእሲ ናይቲ ወተሃደር ዝባነይ ሂበዮ ደቀስኩ። መቕት እንተ ረኸብኩ ኢለ ድማ ክልተ እግረይ ክሳብ መንሰስይ ዓጺፌ ጥቕልል በልኩ።

ነዊሕ ከይጸናሕኩ ግና፡ ድምጺ ተኵሲ ሰሚዐ ዳግም ተበራበርኩ። ቋሕ እንተ በልኩ፡ ተጋደልቲ ወያኔ ዝሞተን ዘይሞተን ሬሳ እናፈለዩ፡ ካብ ኣእዳዎም ሰዓት ክፈትሑን ካብ ጁባኦም ድማ ገንዘብ ክእክቡን ረኣኹ። ነቶም ብኽቢድ ዝቖሰሉን ኣብ ኣፋፈት ሞት ዝነበሩ ወተሃደራት'ውን የቃብጽዎም ነበሩ። ወርሒ ቅሂማ ሰማይ ድማ በርሃው ኢሉ ነበረ።

"ኣይሞትኩን!" ክብል ቅንዕ ምስ በልኩ፡ ምስ ሓደ ገዚፍ ዝዳንጋኡ፡ ከደራይ፡ ኣፍሮ፡ ሓጺር ስረ ወድዩ ዝናር ዝተጠምጠመን ብሬን ዝተሰከመን ወያናይ ዓይኒ ንዓይኒ ተጋጠምና። ከምቶም ካልኦት ንኣይ'ውን ብሓንቲ ጥይት ከቃብጸኒ'ዩ ኢለ ተስፋ ቈሪጸ እጥምቶ ነበርኩ። ንሱ ግና፣

"ተሃሲ'ካ'ለ'ካ?" ኢሉ ብትግርኛ ሓተተኒ።

"ደሓን'የ፡" በምሓርኛ መለስክሉ።

"ተስእ'ሞ ስዓበኒ!" በለኒ ብወልዳፍ ኣምሓርኛ።

ተንሲእ ናብ ጥቓኡ ብምቕራብ፡ ነታ ካብ ከተማ ሃረር ብ15 ብር ዝገዛእክዋ ዲስኮ ዝዓይነታ ሰዓተይ ፈቲሐ ዘርጋሕኩሉ።

ኣይተቐበለንን! ብትሕትና ፍሽኽ በለ።

እንሆ ተማሪኽ! ምሩኽ ዓውደ ኵናት ኮይነ!

ንግሆ፡ ካብ ጁባይ ጭራም ወረቐትን ብርዕን ኣውጺኡ ከምዚ ጸሓፍኩ...

(...እዚ ከባቢ ብሬሳ ኣዕለቕሊቑ'ሎ። ወዲ ሰብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣሰቃቒ ኵናት ክበጽሖ የብሉን። ብኽልቲኡ ወገን ኣብ ኣፋፈት ሞት ንርከብ ደቂ ሓረስቶትን ድኻታትን፡ ንምንታይ ረብሓ ከም እንቀታተል ፈጺምና ኣይንፈልጥን።

...ኣኽራናት ኣለምሳጋ ድምጺ ሰቓይ የቃልሕ ኣሎ። ዝተበታተነ ወተሃደር ኣብ ደንቢያን ፎገራን፡ ኣብ ውዶን ደራን፡ ኣብ ኣለፋን ሜዳታት ጣቁሳን ፋሕ ኢሉ ተዳኺሙ ይረእ ኣሎ። ኣብ ኣዲስዘመን፡ ኣብ እብናት፡ ኣብ ደንማ፡ ኣብ ቆላ ሃሙሲት፡ ኣብ ጀን ኣሞራ፡ ኣብ ኣምባራስ፡ ኣብ ደባርቅን መገዲ ዳባትን ደንበርበር ይብል ኣሎ። እዞም ብጽምኢ ማይ ዝነቑጹ ደቂ ድኻታትን ደቂ ሓረስቶትን ወተሃደራት፡ ኣብታ ዓዲ ፈልፋሊት ማይ ትብሃል በጌምድር ኣራሀዋ፡ ኣብ ጎቦን ሰንጭሮን ሰንከልከል ይብሉ'ለው። ኣንታ ማይ ጭንጫ ኣበይ ኣለኻ? ፈልፋሊ ማይ እንቁራሪት፡ ፈልፋሊ ማይ ኣለምበጥር፡ ፈልፋሊ ማይ ጃንተከል፡ ፈልፋሊ ማይ ኣውዛ ኣበይ'ለኹም። ንሎሚ ዘይኮነ ንመኣስ ክትኮኑ ኢኹም? ኣቱም ኣብ መጽሓፍን ካርታን ዘንበብናኹም፡ ካሳን[7] ገብረ[8] ካሳን ኣእጋሮም ዘጥለቑልኩም፡ ብዓል ሩባ ጡንጂት፡ ፈልፋሊ ማይ ሳሙና በር፡ ሩባ ድብኮ ኣበይ ኮን ኣለኹም? ኣቱም ኣብ ኩሉ ዜማታት ንሰምዓኩም ኣርብዓን ኣርባዕተን ታቦታት ጎንደር፡ እዚ ኹሉ ወዲ ሓረስታይ ብዘይፈልጦ ምኽንያት ብሓዊ እናተቐልወ ስለምንታይ ደወልኩም ዘየስማዕኩም?)

* * *

ነቶም ዝማረኹኒ ተጋደልቲ፡ ናብቶም ኣዘዝቲ ክወስዱኒ ብዝተሰባበረ ትግርኛ ሓተትክዎም። ምግቢ'ኳ እንተ ዘይረኸብኩ፡ ህይወት ከጽንሕ ዝኽእል ክቡር ህያብ ኣምላኽ ዝኾነ ማይ እናስተዩ፡ ካብቲ ሓደ ናብቲ ሓደ እናተቐባበሉ ናብ ኣበበ (ጆቤ) ዝብሃል ኣዛዚ ኣብጽሑኒ። ናይ ሎሚ ጀነራል ኣበበ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣዛዚ ናይቲ ግንባር'ዩ ነይሩ። ብኽልቲኡ ወገን ኣብ ግንባር ደብረታቦር ዝነበሩ ኣዘዝቲ፡ ኣጋጣሚ ክልቲኦም ኣስማቶም ኣበበ ብምኳኑ ኣብ ጭራም ወረቐት ከስፍሮ ባህሪያዊ ትዕድልተይ ስለ ዝኾነ ምምዝጋበይ ቀጸልኩ። እንሆ! ካብ ናይ ደርግ "ኣበበ" ናብ ወያናይ "ኣበበ" ገዓዝኩ። ግዜ ኣብ ዘቐመጥካዮ ስለ ዘይጸንሕ ግና፡ ክልቲኦም ኣበበ ግዳይ መለስ ዜናዊ ኮይኖም ይርከቡ።

ናብ ጆቤ ምስ ወሰዱኒ፡ ካባይ ሓበሬታ ስለ ዝደለየ ተሃንጥዮ'ዩ ረኺቡኒ። እቲ ንሱ ዝደልዮ ሓበሬታ ግና ምሳይ ኣይነበረን።

"ደርግ ንምእላይ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ክሳተፍ እደሊ'የ፡" በልክዎ።

ጆቤ ሕቶይ ጕስይ ኣቢሉ፣

"ጀነራል ኣበበ ኣበይ'ሎ?" ብምባል ሕቶኡ ኣቐደመ።

7 ካልኣይ መጸውዒ ሽም ሃጸይ ቴዎድሮስ

8 ምክልትን ኣዛዝ ሰራዊትን ሃጸይ ቴዎድሮስ

"ክሳብ ዋዶሜዳ ብሓባር ሃዲምና፣ ካብኡ ንንየው ግና ስለ ዝተፈላለና በየናይ ኣንፈት ከም ዝኸደ ኣይረኣኽምን፡" በልክዎ።

ጆቤ፡ ብዛዕባ መንነተይ፡ ድሌተይ፡ ከምኡ'ውን ሕሉፍ ታሪኽይ ንምፍላጥ ፍርቅ-ሰዓት ዝኣክል ብሕቶ ልበይ ምስ ኣጥፋኣለይ፡ ብዘይጥርጣርን ጽቡቕ መንፈስን ነቲ ናይ ምግዳል ሕቶይ ከም እተቐበሎ ኣረጋገጸለይ። ቀልጢፈ ንኽጋደል ዝወሰነሉ ምኽንያት፡ ምናልባሽ ምስ ደርግ ዓሰርተው ሽድሽተ መዓልቲ ጥራይ ስለ ዝገበርኩን ኩነታት ዕድመይ ድማ ኣብ ግምት ኣእትዩንዩ ዝኸውን።

ኢያሱ በርሀ ዝብሃል ተጋዳላይ ተጸዊዑ ምስ መጽኡ፡ ምስኡ ኣላለየና። ኢያሱ፡ ሓላፊ ክፍሊ ባህሊ ህወሓትን ድምጻውን ከም ዝኾነ ፈለጥኩ። ጆቤ፡ ናይ ምግዳል ሕቶይ ብመገዲ ኢያሱ ከም ዝውዳእ ሓቢሩ ኣሰናበተኒ።

ንጆቤ ተፋንየ ምስ ኢያሱ ምስ ወጻእና፡ ኢያሱ፡ ነቲ ከም ፍሕኖ ዝተነፍሐ ኣጻብዕተይ እናተናኽፈ ክሕክም ሓሳብ ኣቕረበለይ። ኣነ ግና ኣዝየ ጠምየ ከም ዘለኹ ነገርክዎ። እታ ናይ መወዳእታ ዝለኽፍክዋ ምግቢ፡ እታ ስቃጥላ ሓምሊ'ያ፣ ንሱ ድማ ቅድሚ ሰላሳ ሰዓታት'ዩ። ኢያሱ፡ ናብ ቤት-ምግቢ ወሲዱ ጥብሲ በጊዕ ምስ ኣዘዘለይ ትም ኢሉ ክዕዘበኒ ጀመረ። ኣራዊት'የ ተቐዪረ። ቃል ከየምሎቕኩ ስኹልል ስኹልል ኣቢለ ሓንቲ ኩባያ ማይ ምስ ሰተኹ፡ ነፍሰይ ምልስ በለት። ኣሚንተይ'ውን ተኸፍታ። ኣብታ ሰሙን'የ ድማ፡ ኣብ መንነ ምግቢ ምርካብን ምግቢ ምስኣንን ዘሎ ፍልልይ ብልክዕ ክግንዘቦ ዝኽኣልኩ።

ካብቲ ቤት-ምግቢ ወጺእና ምስ ኢያሱ ናብ ኩተማ ገጽና እናኸድና ኸለና፡ ሓደ ዘይተጸበኽዎ ነገር ረኣኹ። እታ ኩተማ ካላኽን ብዝዓጠቐ ኣሸሓት ወተሃደራት ደርግ ኣዕለቕሊቕ ነበረት።

ክኣምን ኣይክኣልኩን።

ምሩኻት ወተሃደራት ደርግ፡ ኣብ ፈቈዶ መኽዘናት ብምንባሮም ስለምንታይ ናጻ ከም እተባህሉ ክግምት ኣይክኣልኩን። ገለ ወተሃደራት፡ ምስ ተጋደልቲ ህወሓት ብምውቕ መንፈስ ክተሓጃቐፉ ክስሕቁን ክዕልሉን ምስ ረኣኹ፡ ምእማኑ ኣጸጊሙኒ ቅልጥፍ ኢለ ብዛዕባ'ቲ ኩነታት ንኢያሱ ሓተትክዎ።

"ንኻልኣይ ግዚኦም ዝማረኹ ዘለው ወተሃደራት'ዮም፡" ብዝያዳ ንኽበርሃለይ ድማ፣ "……ኣብ ሽረ፡ ኮር 604 ምስ ተደምሰሰ ዝተማረኹ ወተሃደራት፡ ትምህርቲ ተዋሂብዎም ናብ ቤተ-ሰቦም ክኸዱ ናጻ ለቒቕናዮም። ደርግ ኣኪቡ መሊሱ ንውግእ ኣሰሊፍዎም። ኣብቲ ውግእ ሓንቲ ጥይት'ኳ ኣይተኮሱልናን። በየናይ ኣንፈት ከም

ዝነበሩ ኣቑዲሞም መልእኽቲ ሰዲዶምልና ስለ ዝነበሩ፡ ንሕና'ውን ኣይተኮስናሎምን፡" በለኒ።

እቲ ዘደንጹ ምርኢት መመሊሱ ቀጸለ።

ኣብ እምባ እየሱስ ኣብቲ መኣዘዚ ነቑጣ መራሕ ማኪና ዝነበረ ወተሃደር፡ ምስ ኢያሱ ብምውቕ መንፈስ ተሓጭቑፎም ተሰዓሙ። እቲ ወተሃደር ካላኽን ተሓንጊጡ ነበረ። ኢያሱ እናሰሓቐ፣

"ተመሊስካ'ምበኣር መጺኻ? ነጊርናካ እንዲና... ሕጂ'ውን ምግዳል ይሕሸካ፡" ኢሉ ክጨርቐሉ ጀመረ።

እቲ ወተሃደር ሽጋራኡ ቦኾኽ እናበለ መለሰሉ፣

"ክጋደል መኣስ ጸሊኡ፣ ከምቲ ዝበልኩኻ ኽልተ ቁልዑ ኣሎውኒ፣ ዝሕግዞም ዘመድ ድማ የብለይን፣ ደርግ መኣስ ከም ዝወድቐ'ውን ሰብ ዝፈልጥ ሰብ የለን። ስለዚ ልበይ ኣውዲቐ ክጋደል ኣይክእልን'የ፡"

"ሕጂ'ውን ክትከይድ ሓሲብካ'ለኻ?"

"ኣማራጺ የብለይን።"

"ሕጂ እንተ ተማሪኽካ ግና ጃሱስ'ዩ ኢሎም ክርሽኑኻ'ዮም።"

"ዝገበርኩ ገይረ ኣዲሳባ ክኣቱ'የ።"

"መኣስ ኢኻ ትኸይድ?"

"ሎም-ምሸት ክኸይድ ሓሲቢ'ለኹ።"

"ስለምንታይ ናብ ሱዳን ዘይትኸይድ?"

"ደቀይክ'ታ ኢያሱ!?"

...ድሕሪ ዓሰርተ መዓልቲ፡ ምስታ ኢያሱ ዝመርሓ ጉጅለ ባህሊ ህወሓት ተጻንቢረ ጉዕዞ ናብ ዓዴት - ትግራይ ኮነ። ከተማ ኣኽሱም ሓሊፍካ ኣብ ዝርከብ ዓዴት ኣብ ዝብሃል ኣጻድፍ፡ ምምስራት ኦህዴድ[9] ይካየድ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ምዝዛም ናይቲ ስነ-ስርዓት፡ እታ ጉጅለ ባህሊ ሙዚቃዊ ምርኢት ከተቕርብ ስለ ዝተሓበረት ጉዕዞና ናብኡ ምኻኑ ኢያሱ ኣዕለለኒ። ንእግረመገዳ'ውን፡ ኣብ ዓድዋን ኣኽሱምን ተመሳሳሊ ምርኢት ከተቕርብ ምኻና ተሓቢራ ነበረት። እቲ ጉዕዞ ብዙሕ ተመክሮ ዝረኽብኩሉ ፍሉይ ኣጋጣሚ'ዩ ነይሩ።

ኣብ ደምበ ወያኔ ኣብ ዝኣተኹሉ እዋን፡ ብዘይምግናን ንደርግን ወያኔን ዘዋግኡም ምኽንያት ብልክዕ ይርድኣኒ ኣይነበረን። ደርግ ኣብ ሬድዮኡ ዝብሎ ኣይኣምኖንየ። እቶም ተቓለስቲ ዝሰብክዎ ድማ ክሰምየ ዕድል ኣይረኽብኩን። ኮታስ ኣብ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ተገዳስነት ስለ ዘይነበረኒ፡ ኣብታ ንእሽቶ ርእሰይ "ምእላሽ ስራሕ" ትብል ቃል ጥራይ ተኾዲማ ነበረት።

ብቑሊል ቋንቋ ንምግላጹ፡ ፈለማ "ንወያኔ ብቃላት ምጽራፍ"

9 ዲሞክራሲያዊ ምንቕስቃስ ብሄረ ኦሮሞ

ዝብሃል ዓይነት ስራሕ ረኺበ ንወርሒ ብሰለስተ ሚእቲ ብር ተቐጸርኩ። ንወያኔ ንምጽራፍ ቃላት እናኣከብኩ ከለኹ፡ ወያኔ ተረኪቦም "ደርግ ካብ ስልጣኑ ምውራድ" ዝብሃል ካልእ ዓይነት ስራሕ ሃቡኒ። እዚ ግና ዋላ ደሞዝ ኣይሃልዎ ዝሓሸ ኾይኑ እስምስዓኒ።

ግደ ሓቂ፡ "ተጋዳላይ" ዝብል መዓርግ ኣይተሰማምዓንን። ኮይኑ ግና ከይተፈተንኩን ከይጸዓርኩን ናይ "ተጋዳላይ" ካባ ምስ ተደረበለይ፡ ንባህታ ብተድላ ኣባዚሐ ሓጐስ ብሓጐስ ኮንኩ። ወያኔ ማለት "ሰውራ" ማለት ምኻኑ ብጸተይ ነጊሮምኒ። መምራሕናን ጋዜጣናን ድማ "ሰውራዊ ደሞክራሲ" ይብሃል። ንሰራዊትና ድማ "ሰውራዊ ሰራዊት" ዘይበልናዮ ደርግ ነዛ ቃል ስለ ዝቐደመና "ህዝባዊ ሰራዊት" ኢልናዮ በሉኒ።

(ኢህኣፓ፡ "ክንዕወት ኢና"ን "ክንስዕር ኢና"ን ዝብል ፍልልይ ከም መለለዪኡ ክጥቀመሉ ኽሎ፡ ኣብዚ ድማ "ርሂጸ በላዕ" ብ "ሸቃላይ" ተለዊጡ ጸንሓኒ። ደርግ፡ ንክፍላተ ሰራዊቱ "ነብሮ"፡ "ኣንበሳ" እናበለ ክስይመን ከሎ፡ ወያኔ ድማ፡ "ኣሉላ"፡ "ኣቃቂ" እናበለ ኣጠሚቑወን። "ኣቃቂ" ዝብሃል ሰም ከተማ ዝተመረጸሉ ምኽንያት፡ እታ ኽተማ መበገሲ ማእከል ሸቃሎ ብምኻናን ብዙሓት ሸቃሎ ስለ ዝርከብዋን'ዩ። እንተኾነ ግና፡ ኢህወደግ ኣብ ዝሓዘን ከተማታት ሓረስቶት እምበር ሸቃሎ ስለ ዘይረኽበ ይናፍቕም ነበረ። ባህርዳር ምስ ተታሕዘት'ዩ ኢህወደግን ሸቃሎን ንፈለማ ግዜ ዝተራኸቡ። እቶም ተጋደልቲ ንሸቃሎ፡ ካብ ኣውስትራልያ ከም ዝመጽኡ ፍሉያት ኣራዊት ክርእይዎም ምሒር ተሃንጥዮም ምንባሮም ትዝ ይብለኒ። ሎሚ ግና ወያኔን ሸቃሎን ሓውን ሓሰርን ኮይኖም ኣለው። እንታይ ከም ዝበደልዎ'ኳ እንተ ዘይተፈልጠ፡ ወያኔ ብጌጋ'ኳ ሰሞም ፈጺሙ ኣየልዕሎን'ዩ።)

ውድብና፡ ሓረስታይ፡ ሸቃላይን ውጹዕ ሓፋሽ ህዝብን ሓራ ክወጽ'ዩ ዝቃለስ። ትርጕሙ'ኳ እንተ ዘይተረድኣኒ፡ ነቲ ሰውራዊ ደሞክራሲ ዝብሃል ናይቲ ውድብ ኣረኣእያ ከም ቀ·ልፊ ተዓጢቐ ኣብ መንጎ ሰውራውያን ክርከብ ክኢለ ኣለኹ። ብርግጽ ክሳዕ ሎሚ ሰውራዊ ዝብሃል ዓይነት ደሞክራሲ ወይ ድማ ኣረኣእያ ኣይርድኣንን'ዩ። ፍርቂ ተጋዳላይ'ውን ከምዚ ኾማይ፡ እቲ ስነ-ሓሳብ ከይተረድኦ ደንበርበር እናበለ ዝተጋደለ'ዩ። በጊዑ ብዝብኢ ተበሊዓ ኣቦኡ ከይሰላሎ ሃዲሙ ክጋደል ዝወጽኦ ሒደት ከም ዘይኮነ፡ ብዓል ቤት ምስ ኮንኩ ፈሊጠ'የ። ተጋዳላይ'የ ምባል ግና ኣይተረፈንን። ስለዚ ኣነ'ውን ተጋዳላይ'የ።

ብሓፈሻ ግና እቲ ጉዕዞ ዝሓሸ ዘመን ክኸውን ተስፋ ምግባር'ምበር፡ ፖለቲከኛ ምኳን ኣየድልን ነበረ።

* * *

"ተጋዳላይ" ምስ ኮንኩ ፈለማ ዝተገንዘብክዎ ነገር፡ ካብቲ ጆርጅ ኦርዌል ኣብታ "1984" ዘርእስታ መጽሓፉ ዝነቐፎ ምምሕዳር ብቐሊሉ ከም ዘይንገላገል'ዩ ነይሩ። ተግባርን ክልሰ-ሓሳብን ክልተ ዘይራኸቡ ተመሳደውቲ መስመራት ኮይኖም ይጉዓዙ። ሚእቲ ሰዓት ተኣኪብካ ፖለቲካ ትፈታፍት። ንእልቢ ዘይብሉ ህዝቢ ሓደ ዓይነት ስብኪት እናሰበኽካ ተጽምሞ። ሓደ ደንቆሮ ካድር፡ ካብቲ ንስኻ ትግንዘቦ ንታሕቲ ጭውነትን ትሕትናን ብዝጐደሎ ኣገባብ ክሰብኸካን ክግምግመካን ይውዕል። ኣብ ጉድጓድ ዘላ እንቀጮርያብ፡ ስፍሓት ሰማይ ካብ ኣፍ ጉድጓድ ኣይዓብንዩ ኢላ'ያ ትሓስብ። ነዚ ኣተሓሳስባኣ ብዝኾነ መገዲ ክትልውጦ ኣይክኣልን'ዩ። እንቀጮርያብ ኳንካ ተወሊድካ ብእንቁርያብኛ እንተ ትነግራ'ውን ኣይትሰምዓካን'ያ።

ደርግ "ሓድነት" እናበለ ስለ ዝጭድር፡ ሓድነት እትብል ቃል ናይ ጸላኢ ቃል'ያ ኾይና። ኢህኣፓ "ሕብረ ሰልፋዊ ስርዓት" እናበለ ስለ ዝምድር፡ ሓደ ካድር ሓፍ ኢሉ ኣፉ ዝሃቦ ነቲ እዚ ቃል ሒዝዎ ዘሎ ዓቢ ትርጉም ከነኣእሶ ትሰምዕ። ኣብ ሬድዮን ግጥምን ከይተረፈ! ...ኩሉ ተጋዳላይ ገጣማይ'ዩ! ዓበይቲ ሓሳባት ዝሓዙ ፖለቲካዊ ቃላት፡ ከም ዝነኾለ ገረወኛ ገረውረው ክብሉ ኢኻ ትሰምየምዎ። "ህዝቢ" ማለት ከምዚ ንኣኻ ዘይምልከተካ ልዕሊ ኩሉ ሰብ ኮይኑ ከም መቐደስ ኩድም ኢሉ ይረኣየካ። "ህዝቢ" እናበሉ ክምድሩ ኾለው። ህዝቢ ማለት እኩብ ናይ ሰባት ዘይኮነ ኣብ ሰማይ ኮፍ ዝበለ ሓያል ኣምላኽ ኮይኑ ይስምዓካ። እኽብካብ ደቂ ዓኳይ ካድራት ተጋደልቲ፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ናብ ማሕረስ ከም ዘይምለሱ ፍሉጥ'ዩ። እቲ ሓደገኛ ዝንባለ ድማ ከምዛ ኣብ ዝለዓለ ፍልጠት ዝበጽሑ ርግጸኛታት ምኳኖም'ዩ። ነዚ ክሓስቦ ከለኹ ፍርሒ ይወረኒ ነበረ። "ጭቁንን ጨቋንን" ዝኣመሰሉ ቃላት ከድምጽዎም ኾለው፡ ብቂምን ጽልእን ከም ዝኾኑ ኣስተውዒለሎም'የ። እቲ ጭቁን ወይ ተጨቋኒ ብሄር፡ ናብ ጨቋኒ ክልወጥ ከም ዝኽእል ዋላ ሓንቲ ግንዛበ የብሎምን። ጭቆና ከም ዘርእን ሃይማኖትን ከም ዘሎዎ ዝቕጽልን ክቕጽል ዘለዎን ምኳኑን ዘስተምህሩ ካድራት፡ ነዚ ውድብ ወሪሮሞ'ለው። ኢዲዩ[10] ፖለቲካዊ ፕሮግራም ሓንጺጹ ዝሰርሕ ውድብ ዘይኮነ፡ ሓጺር፡ ከብዳም፡ በትሪ ዝሕዝ፡ ከቢብ ባርኔጣ ዝወደየ ሽምግል ዝበለ መስፍን ዝመስሎም ብዙሓት ተጋደልቲ ነይሮም።

ካብ ናይ ደርግ "ሰውራዊ" ኣረኣእያ መሸም እንታይ ከም ዝወረደና

10 ዲሞክራሲያዊ ሕብረት ኢትዮጵያ

ኣይንርስያን ኢና። ሚኒስትሪ ንግዲ እንጀራን ሽሮን ዝሸጣ ድኳናት ከፊተ። ሃገራዊ ትያትር ድማ 'ቴዎድሮስ' ዘርእስታ ተዋስኦ ንህዝቢ ኣቕረበ። ነታ ተዋስኦ ምስ ተዓዘብናያ ኣብ ሰሙኑ ሰውራዊ መራሒና ብጸይ መንግስቱ ሃይለማርያም፣

"ኦ መንእሰያትና! ኣብ ኮለጅ ቦታ ስለዘየለ ወተሃደራት ክትኮኑ ኢኹም። ከም ቴዎድሮስ ብሽጉጥ ነፍስኹም ክትቕትሉ ኢኹም! ንሕና መራሕቲ ኽንከውን ታሪኻዊ ግዴታ ኾይኑና'ምበር፡ ሓንቲ ጥይትን ሓንቲ ሽጉጥን ክሳዕ ትተርፈና ከም ንቃለስ ብኣኣ ድማ ነፍስና ከም ንቕትል ክንሕብረኩም ንፈቱ። እዛ ሃገርከ ብዘይካኹም መንዶ ኣሎዋዩ?" ዝብል ጸወታ ኣምጺኡ። እቲ ቋንቋ ተለዊጡ'ምበር፡ ብወገን ኢህወደግ'ውን ከምኡ ዓይነት ተመሳሳሊ ዜማ'ዩ ጸኒሑኒ።

ብዝኾነ ናብ ደንበ ወያነ ምስ ሰገርኩ፡ ክልተ ኣማራጺታት ነበሩኒ። ንሳተን ድማ፡ ናብቲ ስልጡን ዓለም ምስዳድ ሓደው ለውጢ ንምምጻእ ምግዳል'የን። ብወገነይ ክልቲኦን ኣይተሰማምዓንን'የን። ክስደድ ይኹን ክጋደል ድሉው ኣይነበርኩን። እንተ ተሰዲደ ደራሲ ክኸውን ኣይክእልን'የ። ናይ ምግዳል ወኒ ድማ ኣይነበረንን። እቲ መፍትሒ ኮይኑ ዝረኸብክዎ፡ ኣብ ማእከል እቶም ዝጋደሉ ምኾኖይ'ዩ።

እንተኾነ ግና ከምቲ ንናይ ደርግ ዕላማ ህይወተይ ክህብ ዘይደለኹ፡ እቲ ኢህወደግ ዘሰብኮ ዝነበረ ፖለቲካ እውን ቀልበይ ኣይሰሓበንን። ህይወት ግዜ ወይ ገንዘብ ኣይኮነትን። ግዜኻን ገንዘብካን ንሓደ ብኽፉል ትኣምነሉ ዕላማ ክትሰውኦ ትኽእል ኢኻ። ህይወት ግና መተካእታ የብላን። ብልብኻ ንዝኣመንካሉ ዕላማ፡ ህይወትካ ትውፍየሉ እንተ ኾይንካ እንድዒ እምበር፡ ንህይወትካ፡ ከም ዝኣረገ ካምፆ ኣብ ዝኾነ ቦታ ክትድርብያ የብልካን ኢለ'የ ዝኣምን።

ብዛዕባ ዕላማ ነዕልል ካብ ሃለና፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ህይወተይ ክውፍየሉ ዝኽእል ዕላማ ኣይነበረን። ትምኒተይን ሕልመይን ደራስን ጋዜጠኛን ከም ምኳኑ መጠን፡ ተጋዳላይ ምኳን ናብቲ ዝሓልሞ ዘብጽሓኒ ጽቡቕ ኣጋጣምን ግዝያዊ ስራሕን ጥራይ ገይረ ተቐቢለዮ ነበርኩ።

* * *

ንኡናት ደብረታቦር ዝምልከት ዝጸሓፍክዎ ሪፖርታዥ ብራድዮ ኢህወደግ ብተደጋጋሚ ምስ ተነበ፡ ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ኣብ ልዕለይ ዝነበሮም ኣረኣእያ ብሓንሳብ ቅይር ኣበልዎ። ብኽብሪ ሒዞም'ውን ብዝበለጸ ክከናኸኑኒ ጀመሩ።

ንግሆ ንግሆ ማሚት ትብሃል ሓኪም ቁስለይ እናሓጸበት ፋሻ ትቕይረለይ ነበረት። ብፍላይ እቶም በይዝን ሊድ ጊታርን ዝጻወቱ ወዲ ሰቦቃን ከድርን ቀንዲ ኣዕሩኽተይ ኮኑ። ብዛዕባ ኣዲስ ኣበባ ይሓቱኒ

ኣነ'ውን ኣዕልሎም ነበርኩ። ውጉእ ስለ ዝኾንኩ፡ ብማርቸድስ ክንጓዝ ከለና ምስ ኢያሱ ኣብ ጋቢና ከም ዝኸውን ተገብረ። እተን ጽቡቓት ከደሮት ድምጻውያን ተጋደልቲ፡ ተዓጸፈት ካላኽን ተሓንጊጠን ምስ ጀዝን ፒያኖን ብድሕሪትየን ዝጸዓና። ምስተን ጥዑማት፡ ግሉጻትን ፍሉይ ፍሽኽታ ዝመለለዩአን ደቂ ሓረስቶት ምዕላል ፍሉይ ባህታ የሕድረለይ ነበረ። ክእለት ቋንቋ ትግርኛ ንምምሕያሽ ጻዕረይ ቀጸልኩ። ብፍላይ ምስ ማሚት ጽቡቕ ተረዳዳእና። ቁስለይ ክትሕክመኒ ኸላ ብዙሕ ግዜ 'ውፈር ተበገስ' እትብል ደርፊ ትደርፍ ነበረት። እታ ደርፊ ካብ ደርፊ፡ "ትንታነ ዜና" ክትብላ ይቕልል። ከምዚ ትብል፣

እቶም ሰብ ኣግማል! ሰብ ኣባቕል!
እዞም ጀጋኑ ደቅኽም! ሰራሕቲ መስተንክር!
እናገስገሱ ድፋዓት ዝሕዙ!
መራሕ ማርቸድስ ከደ ገስገሰ!
ሰራዊትና ንቆቦ ጠሓሓሰ!
ንወልድያ ኣንቀጥቀጠ!
ሰራዊት ደርግ ብትንትን በለ!
እቶም ናጻ ዘውጻእናዮም ካልኦት ህዝብታት!
ብኣና ኾሪያም!
ዕላማና ተቐቢሎም
ድጋፎም ሂቦምና...

ሳሕቲ'ውን፡ "ጎራው ጀግንዬ" (ኣለኻዶ ጀግና) እትብል ብተመሳሳሊ ዜና እትመስል ናይ ኢያሱ ናይ ኣምሓርኛ ደርፊ ትደርፍ ነበረት። ንሳ ድማ ትሕዝቶኣ ኸምዚ ይብል፣

ኣላማጣ ቆቦ
ብጀግና ተኸቢባ
ሮቢት ዶሮ ግብር
ተቈሪጻ ክተንገርግር
ኣብኡ ደው ከይበለ
ንማይጨው ኣፍረሰ
ከደ ሰራዊትና እናገስገሰ
ደሴን ኣዲሳበባን ብጭንቀት ተሓመሰ

ድሕሪ ቀሩብ ግዜ፡ ኣነ'ውን ነታ ደርፊ ከምዛ ዋዛ እናፈተኽዋ ስለ ዝኸድኩ፡ ምስ ማሚት ብሓባር ኴንና ከንደርፋ ጀመርና። ነታ ግጥሚ ስለ ዘየጽናዕክዋ ባዕለይ ወሳሲኽ ክደርፋ ከለኽ፡ ማሚት ድማ እናሰሓቐት ተሰንየኒ ነበረት።

ኣባይ ተሳጊሩ - ኣብ ሸዋ ተኮሰ
ብየረር ኣቋሪጹ - ኣብ ቢሾፍቱ ነሸሰ
ኣብ ኣዋሽን ኣርሲን - ኣብ ድሬ ነገሰ
ስጋ ዱከም ዘዘልዚሉ - እናተቖደሰ
ጀግና ብዓል በቐሊ - ኣብ እንጦጦ ቀደሰ

"እንጦጦ እንታይ'ዩ?" ማሚት ሓተተትኒ።
"ኣዲስ ኣበባ።"
"ድሬኺ?"
"ድሬዳዋ ደኣ ኸተማ!"
"እቲ የረር ዝበልካዮኺ?"
"ኣዝዩ ገዚፍ እምባ።"
"ቢሾፍቱኺ?"
"ንሱ ኣብቲ ኣነ ዝተወለድኩሉ ቦታ ዝርከብ ቀላይ'ዩ።"
"እዚ ኹሉ ኣበይ ይርከብ?"
"ኣብ ማእከል ሃገር።"
ማሚት ተቓወመትኒ!
"እንታይ ጸገም ኣሎዎ ድዩ?" በልክዋ።
"እዘን ኩተማታት ከይተታሕዛ ኸለዋ ኸምኡ ኢልካ ክትደርፍ ኣይትኽእልን ኢኻ።"
"ምትሓዘን ኣይተርፍን'ዩ ኢለ'የ፣ ደሓር ከኣ ትንቢት'ዩ።"
"እቲ ስጋ ዱከም ዝበልካዮ ደስ ኣይበለንን።"
"ስለምንታይ?"
"ንሕና ብዛዕባ ምግቢ ኣይንደርፍን ኢና።"
"እታ ግጥሚ ክትጽብቕ ኢለ ዝእተኽዎ'ዩ። ዱከም ብስጋ ስለ ትፍለጥን ዝተወለድኩሉ ከባቢ ስለ ዝኾነንን'ዩ።" ኢለ ኣረዳእኩዋ።
ንማሚት ምሒር ፈቲየያ።
ከምቲ ማሚት ህይወታ ክትውፍየሉ ዝተዳለወት ዕላማ ክህልወኒ ካብ ልበይ ተመንየ። ማሚት፡ ኣብታ ሰዓት ኣብ ዕላማኣ ክትውፈ ድልውቲ ነበረት። ኣነ ግና ክንዲ ፍረ ኣድሪ ትኸውን ስምዒት'ኳ ኣይነበረንን። ብፍሉይ ዘፍቅሮ ነገር እንተ ነይሩ ምጽሓፍ ጥራይ'ዩ። ጽቡቕት ቃላትን ሓሳባትን ምስፋር! እዚ ዕላማ ክብሃል ይክኣል ድዩ ኣይክኣልን ዝፈልጦ ነገር ኣይነበረንን። ብዛዕባ ማሚት፡ ብዛዕባ ኢያሱ፡ ብዛዕባ'ቶም እምባታትን ሬሳታትን ብዙሕ ጽሒፈ'የ። ጭርምራም ወረቓቕተይ እናተደርደሩ ኸዱ። ወረቐትን ጽብቕቲ ብርዕን እንተ ርእየ ኣኳንተይ ይፈጥጣ። መጽሓፍቲ እንተ ርእየ ኸኣ'ሞ፡ ከምዛ ኣብ ምድረ በዳ ዝሑል ማይ ዝረኸበ ሰብ ሃነፍነፍ'የ ዝብል።

ብወገን ደርግ እተፋለጥክዎ ሻምበል በለጠን ብወገን ወያኔ ዝረኸብክዎ ኢያሱን፡ ክልቲኦም ናይ ክልተ ዓለም ሰባት'ኺ እንተ ኾኑ፡ ንኣይ ግና ሓደ ዓይነት ሰብ ነበሩ። ነዕልል። ንስሕቐ። ክልቲኦም ነታ ሃገር ከም ዘፍቅርዋ ይዛረቡ። ክልቲኦም ሓለፍቲ ክፍሊ ባህሊ ነበሩ። ንሳቶም ክዛረቡ ኸለው፡ ኣነ ትም ኢለ እሰምዕ ነበርኩ። እዚ'ዩ በቃ! መኣስ ከም ዝጥቀመሎም ዋላ ኣይፍለጥ፡ ሓደስቲ መሲሎም ዝስምዑኒ ሓሳባትን ቃላትን ኣብ ቄጽሊ ወረቐት እምዝግቦም ነበርኩ። ኣነን ማሚትን፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ንርከብ ደቂ ሓንቲ ሃገር ክንስና፡ ዓለምና ግና ነንበይኑ ነበረ።

ብዝኾነ ናብ ትግራይ ንንዓዝ ኣለና።

ነፈርቲ ስለያ ደርግ ክዝንብያ ስለ ዝውዕላ፡ ቐትሪ ኣይንጓዓዝን ኢና። ደርግ ኣብ ቀረባ ግዜ ከም ዝወድቐ ተገንዚበዮ ነበርኩ። ምኽንያቱ፡ ደማዊ ውግእ ደብረታቦር ንኣተሓሳስባይ ኣስፊሕዎ'ዩ።

ጀነራላት ደርግ፡ እቲ ርኡይ ስዕረቶም ምውሓጥ ስለ ዝኣበዮም "ወይ ታሪኽ ሓስዩ ኣሎ ሓደው እዚ ወለዶ ተባላሽዩ ኣሎ።" እናበሉ የጕረምርሙ ነበሩ። ነቲ ኣበሃህላኣም ንሰዓታት ዝኣክል መርመርክዎ። እቶም ጀነራላት ክሞተሎም'ዮም ደልዮም ነይሮም። "ንምንታይ ዕላማ" ስለ ዝበልኩ ግና "እዚ ወለዶ'ዚ ተባላሽዩ" በሉ። ብታሪኽም'ውን ተጠራጠሩ። ወዮ ሓረስታይ ከኣ ነቶም ብታሪኽም እተጠራጠሩ ጀነራላት፡ በቲ ዘይውዳእ ቅኔኡ ከምዚ እናበለ የላግጸሎም ነበረ።

እኒ ብዓል እንቋቕሓ ቁርሶም - ደራውህ ምስሖም
ኣብ ሃሙሲት እንተ ተኮሰስ - ባህርዳር በጺሖም

* * *

ብኣጋር ምስላዋ ምስ ኣበዮ - መጸ ብሰማይ ሰማይ
መሬት እንተ ለቂቐ - መንግስቲ'ሎ ድዩ ዳሕራይ?

ኮናት እንተ ተኻይዱ፡ ነዚ ወለዶ'ዚ ዝነዓቕዎ ጀነራላት ዓሰርተታት ኣሽሓት ሰራዊቶም ይረግፉ ነበሩ። ኣብቲ ሰራዊት፡ "ጅግንነት"፡ "ኢትዮጵያውነት"፡ "ባንዴራ"፡ "ወሰናስን ዶባት".... ዝኣመሰሉ መሰረታውያን ቃላት ሓሲሮም ነበሩ። ወተሃደራት፡ "ደው ዝበለ ንዕርበቱ - ዝጎየየ ንድሕነቱ" እናበሉ ኣብ ጥቓ ኣዘዝቶም ኮይኖም ይደርፉ ነበሩ። ፖለቲካዊ ትምህርቲ እተማህሩ ካድራት፡ ነቲ ዝሃድም ዝነበረ ወተሃደር "ዝባን ባንዴራ!" "ብኣምላኽ ኢትዮጵያ!" እናበሉ ክዓግትዎ ክፍትኑ ኸለው፡ እቶም ወተሃደራት ድማ "ነታ ባንዴራ ቀዲድካ ተኸደና!"፡ "ነዴኻ ቆምኺጢ ኣስፍየላ!" ዝገደደ ድማ ንኣዘዝቶም፡ "ነዴኻ ከምዚ ክገብራ'የ!" እናበሉ ብዕሉግ ጸርፊ

ክጸርፍዎም ከለው ሰሚዐዮም'የ። እቶም ወተሃደራት፡ ነቶም "ዝባን ባንዴራ!" እናበሉ ኣብ ቅድመኦም ዝግተሩ ዝነበሩ ካድራት፡ ግንባሮም ብጥይት እናወቐዑ ረጊጾሞም ይሓልፉ ነበሩ። ብዛዕባ ኣማውታ ሃጸይ ቴዎድሮስ ምስባኽ፡ ሞዳኡ ዝሓለፈ ፋሽን'ዩ ኮይኑ ነበረ።

ብርግጽ፡ "ኢድካ ንወያኔ ካብ ምሃብ ሞት ይሓይሽ!" እናበሉ ብሓንቲ ጥይት ህይወቶም ብምሕላፍ ዝተሰናበቱ ሒደት መስመራውያን መኮንናት ነይሮም'ዮም። ሻምበል በላቸው ካሳ ዝብሃል መንእሰይ መኮንን፡ ካብቶም ነፍሶም ባዕሎም ዘሕለፉ ሓደ'ዩ። እቶም ኣብ ግዜ ህድማ ዝረኸብክዎም ምስኡ ዝነበሩ ወተሃደራት፡ እቲ ሻምበል ከመይ ገይሩ ነፍሱ ከም ዘሕለፈን ኣብ መወዳእታ ዝበለን ቃላትን ከይተረፈ ኣዕሊሎምኒ። እቶም ሻምበል ዝመርሑም ዝነበረ ወተሃደራት መዛግቦም ፈሪሱ ከም ኢራብ እናዘለሉ ህድማ ምስ ጀመሩ፡ ሽጉጡ ስሕብ ኣቢሉ ብዓውታ ከምዚ በለ፣

".....ብጻይ መንግስቱ ዘረከበና ሕድርን፡ መይሳው[11] ዝመሃረና ጅግንነትን ንዘልኣለም ይንበር!!"

ኩርዕ ኢሉ ብማካሮቭ ዝዓይነታ ሽጉጡ ገይሩ ግንባሩ ብትን ኣበሎ! ነዚ ዘዕለለኒ ወተሃደር፡ ምስሊ ሻምበል በላቸው ካሳ እናተራእዮ ነቲ ፍጻመ ብዝርዝር ደጋጊሙ ከዕልለኒ ከሎ፡ ኣእምሮኡ ብዝሰሓተ ስምዒትን ረስንን ከም ዝነበረ ኣስተውዒለሉ'የ። ብኣመልካቲቶኡ ኣብ ርእሱ ደጋጊሙ እናነጸጸረ፣

"..ንእሽቶ'ኳ ኣይተወላወለን! ቃታ ስሕብ ምስ ኣበላ፡ ልክዕ ከምዚ ብብኬሪ ኣብ ገጹ ደም ዝገጨብካዮ ገጹ ብደም ጠልቕዩ! ኣነ ሽዑ ዓይነይ ከዲነ። ድሕሪኡ በቃ! ክሃድም ጀሚረ ...." እናበለ ኣዕለለኒ።

እቶም "ብጻይ መንግስቱ ዝመሃረና ጽንዓት!" እናበሉ ግንባሮም እናተወቐዑ ዝወደቑ ወተሃደራት፡ ነዚ ዘሎ ግዜ ክርእይዎ ዕድል እንተ ዝረኽቡ እንታይ ምበሉ? ብጻይ መንግስቱ፡ ሰበይቱን ጨቕዊቱን ኣብ ዘንቢል ኣንጠልጢሉ "እግረይ ኣውጽኒ" ኢሉ ከም ዝሃደመ እንተ ዝፈልጡኽ? ዘመን ተገልቢጡ ህይወቶም ዝኣክል ዝወፈዩሉ ዕላማ፡ ናይ ደርግ'ምበር ናይ ኢትዮጵያ ወተሃደራት እኳ ክብሃሉ ከም ዘይበቕዑ እንተ ዝፈልጡኽ እንታይ ኮን ምበሉ? እቲ ዝሞተ ወተሃደር፡ ቅድሚ ምግቱ ክጠራጠር እንተ ዝኽእል ንናይ ወልቀ-ሰባት ጣዕመ ስልጣን ክብል ህይወቱ ምኽፈለዶ?

* * *

መቐለ ምስ ኣተና፡ በቲ ዝረኣኽዎ ኣመና'የ ሓዚነ። እታ ከተማ፡ ድርቕቲ፡ ዶራን፡ ህይወትን ማይን ዘይብላ ዑና ኾይና ጸንሓትኒ።

11 ሳጓ ወይ ፈኸራ ሃጸይ ቴዎድሮስ

መቐለ ከተማ ዘይኮነት በረኻ'ያ። ኣብ ጐደናታታ ቀሩብ እንተ ተዛዊርካ ጸጉሮኻ፡ ጸጉሪ ዓይንኻ፡ ጎሮሮኻ ከይተረፈ ብደሮና'ዩ ዝምላእ። እዚ ግና ሰብ ዝፈጠሮ ጸገም'ምበር፡ ትግራይ ቀደም ከምኡ ከም ዘይነበረት ሒደት ኣንቢበ ኣለኹ።

እዛ ኣብ 18 ክፍለ ዘመን ብዮውሃንስ ራብዓይ እተደኸነት መቐለ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዱር ዝተኸበበት'ያ ነይራ። ኣብ ዙርያኣ ዓሰርተው ክልተ ፈልፋሊ ዓይኒ ማያት ነበራ። ኣብ ማይልሓም፡ ዓዲወለልን ፈለገዳዕሮን ዝነበረ ዕሙር ዱር ኣራዊት ምልእ ኢሎሞ ነበሩ። ሕጂ ግና ገያጻት ኮረቢት ጥራይ ሒዛ ተረፋ። እዛ ምድሪ ናብቲ ዝነበረቶ ክትምለስ ከቢድ ጻዕሪ ከም ዝሓትት ፍሉጥ'ዩ። ብርግጸ'ውን ካብቶም ንትግራይ ዝንዕቅዋን ዘናሽውዋን መራሕቲ፡ ዕንባባን ፈልስን ክትጽበ ከቶ ዝክኣል ኣይኮነን። ክንዲ ዝኾነ፡ መንእሰያታ ንቕድሚት ምግስጋስ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ኣማራጺ የብሎምን።

መቐለ ምስ በጻሕና፡ ኢያሱ ናብ ኣዲኡ ሒዙኒ ከደ። ኢያሱ፡ "ሎሚ ዓይነይ በርሀ" ክብል ዝደረፈለን ኣደ ጽብቕትን ለዋህን'ዮን። ከም ጸባ ዝምንጽሑ ጥልፊ ተኸዲነንን ተቐኒነን ነበራ። ማይ ኣውጺየናለይ ኣካላተይ ተሓጸብኩ። ኢያሱ፡ ናብ ከተማ ኸይዱ ስረን ካምቻን ገዚኡለይ ተመልሰ። ኮንጎ ጫማ'ውን ሃበኒ። ጠበንጃ ግና ኣየድለየንን'ዩ፣ ጠበንጃይ ብርዐይ'ያ። ነቲ ብርዐይ ክትተብዕ ኣብ ጐነይ ኮይኑ ዝሓገዘኒ ደራሲ ብርሃኑ ዘርይሁን ንምዝካር፡ "ዳግማዊ መርቆሬዎስ" ዝብል ናይ ብርዒ ሽሙ ወሲደ ንደርግ ዘቃልዑ ኅስኅስቲ ጽሑፋት ክፍኑ ጀመርኩ። ናብ ሬድዮ ኢህወደግ ዝልእኮም ጽሑፋት እናተነበቡ ምስ ከዱ፡ እቶም ጽሑፋት ምስ ኢያሱ ብዙሕ ኣርእስትታት ኣልዒልና ከነዕልል ኣበርክቶ ገበሩ።

ኣብ ገዛ ኣደ ኢያሱ፡ ምስ መዝሙር ፈንቴ ዝብሃል ተጋዳላይ ተላልየ ነይረ። መዝሙር፡ ኣከዳድናኡ ከምዞም ተጋደልቲ ኣይኮነን። ስማ ዘይፈልጣ ነዋሕ ሽጉጥ ዓጢቑ፡ ኮንጎ ዘይኮነ ጸዕዳ ኣዲዳስ ወድዩ፡ ጁባታት ዝበዝሑ ጨዓይ ስረን ክሳብ ክሳዱ ዝበጽሕ ጎልፎን ተኸዲኑ ነበረ። ኣባል መሪሕነት ኢህዴን ከም ዝኾነን ሙዚቃ'ውን ከም ዝጻወትን ኢያሱ ነገረኒ። ብፍላይ'ታ "መልእኽት ኣድርሺልኝ ኣሞራ" (መልእኽቲ ኣብጽሕለይ ኣሞራ) እትብል ኅስንሲት ደርፉ ፍትውቲ'ያ። ንሱ ጥራሕ ኣይኮነን፣ ቤተ-ሰቡ'ውን ብምሉኣቶም ተጋደልቲ'ዮም፣ እንተላይ ኣዲኡ።

ኣብቲ ገዛ፡ ንጋዜጠኛታት ደርግ ዝምልከት ዕላል ስለ እተላዕለ ምስ መዝሙር ፈንቴ ቀሩብ ተኻታዕና። መብዛሕትኣም ጋዜጠኛታት፡ ኣገልገልቲ ናይቲ ስርዓት ዝኾኑ ተገዲዶም ክኾኑ ከም ዝኽእሉ

ገለጽኩ። መዝሙር ድማ ተገዲዶም ክኾኑ ከም ዝኽእሉ'ኳ እንተ ኣመነ፡ ጋዜጠኛታት ግና ካብቲ ሕብረተሰብ ንላዕሊ ዝበለጸ ሓበሬታ ስለ ዘለዎም ኑቲ ስርዓት ንምቅዋም ዝሓሸ ዕድል ከም ዘለዎም ገለጸ።

"ዝኾነኾይኑ ደርግ ክወድቕ ክንደይ ዓመት ዝተረፎ ይመስለካ?" ኢለ ንመዝሙር ፈንቴ ሓተትክዎ።

"ክልተ ዓመት ኣይነጽንሓን ኢና፡" በለኒ።

ድሕሪ ኽልተ ዓመት ደርግ ክወድቕ'ዩ ዝብል ግምት ምስ ሰማዕኩ፡ ዓቢ ሞራል ኣሕደርኩ።

* * *

መቕለ ሓዲግናያ ጉዕዞና ቀጸልና።

ናብ ዓድዋ ቅድሚ ምኻድና ናብ ሃገረሰላም ተኣለና። ኣለምሰገድ ዝብሃል ንኢያሱ ናይ ቀረባ ሓላፊኡ ንምርካብ ናብቲ ኣባላት መሪሕነት ህወሓት ዝርከቡሉ ኣንደር ግራውንድ ብእግርና ዘገም እናበልና፡ ኢያሱ ናይ ምግዳል ድሌተይ ኣጠራጢርዎ ነይሩ'ዩ መስለኒ፡ ዘይተጸበኽዎ ዕላል ኣልዓለለይ።

"ክትጋደል ዝወሰንካ ኣይመስለንን፡" በለኒ።

"ብኽመይ ከምኡ ኢልካ?"

"ፕሮግራም ኢህወደግ ሂበካ ነይረ፣ ኣንቢብካዮዶ?"

"ከንብቦ ፈቲነ፣ እንተኾነ ግና ኣይተረደኣንን።"

"ኣበይ'ዩ ዘይተረድኣካ?"

"ጉዳይ ብሄር ብሄረ-ሰባት ዝብል ደስ ኣይበለንን።"

"ስለምንታይ?"

"ብዛዕባ ዓሌትን ዘርእን ምዝራብ ነውሪ'ዩ ኢለ'የ ዝሓስብ።"

ኢያሱ ንእሽቶ ሓሲቡ፣

"ብሄራዊ ጭቆና ከም ዘሎ ኣይትኣምንን ዲኻ?"

"ሓሲበሉ ኣይፈልጥን።"

"ኣብ ትሕቲ ገዛእቲ ደርቢ ኣምሓራ ስለ ዝዓበኻ ንግዚኡ ከይራኣየካ ይኽእል'ዩ። ኣምሓራይ'ኳ እንተ ዘይኮንካ፡ በተሓሳስባኻ ግና ግዳይ ገዛእቲ ደርቢ ኣምሓራ ኢኻ፡" በለኒ።

ገዛእቲ ደርቢ ኣምሓራ ዝብል ቃል ብተደጋጋሚ ይልዓል ነበረ። ፈለማ ፈጺሙ ክርድኣኒ ኣይክኣለን። ብዘርኦም ኣምሓሩ ዝኾኑ መተዓብይተይን ናይ ስነ-ጽሑፍ ክእለተይ ንኽማዕብል ካብ ልቢ ዝሓገዙንን ደረስቲ ስለ ዝዝከሩኒ፡ ኣብ ኣእምሮይ ቦታ ሂበ ክሓስበሉ እምብዛ ኣጸጊሙኒ ነበረ። ኩልና መተዓብይቲ፡ ናይ ዘርኢ ፍልልይ ከም ዘሎ ኣይንፈልጥን ኢና ኔርና። ኣደታትና'ውን ሓውን እንጌራን

እናተለቓቕሓ'የን ኣዕብየናና። ብዛዕባ ገዛእቲ ደርቢ ኣምሓራ ክልዓል ከሎ፡ እቲ ኣብ ንእስነትና ዝግዕበለ ፍቕሪ ንእስነትን መንነተይ እተሃንጸሉ መሰረትን ዝፈርስ ዘሎ እናመሰለኒ እጭነቕ ነበርኩ።

ድሕሪኡ፡ ተቓለስቲ ኦሮሞ ዓዲት ኣብ ዝብሃል ቦታ ኦህዴድ ዝብሃል ውድብ ንምምስራት ተኣኪቦም ከም ዘለው ምስ ሰማዕኩ፡ ጉዳይ ምእካቦም ክፈልጥ ምሒር ተሃንጠኹ። ኣብ ደብረዘይት ገማግም ቀላይ ቢሾፍቱ ስለ ዝዓበኹ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ሱር በተኻዊ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ክገብር ጸገም ፈጢሩለይ ነበረ።

ኢያሱ በቲ ዕላል ደስ ከም ዘይበለኒ ኣስተውዒሉ፣

"ፖለቲካ ኩተንብብን ክትፈልጥን ኣለካ! ብሄራዊ ጸገም ኣቓሊልካ ትርእዮ ኣለኻ። መሰል ወልቀ-ሰብ ምኽባር ንበይኑ ፍታሕ ኣይኮነን፡" እናበለ ከረድኣኒ ይፍትን ነበረ።

ኣነ ድማ፡ "ኣብ ቋንቋ ዝተመስረተ ፖለቲካዊ ፍታሕ፡ ኑቲ ጸገም ኣብ ክንዲ ዝፈትሖ መሊሱ'ዩ ዝጠናንን፡" ዝብል ስግኣት ከም ዘለኒ ገለጽኩሉ። ተንቲነ ከረድእ ዘኽእል ዓቕሚ ግና ኣይነበረንን። ብሓጺሩ እኹል ፍልጠት ኣይነበረንን።

መሕልፎ ብዛዕባ ስነ-ጽሑፍ ዕላል እንተ ተጀሚሩ ክሳዕ ዝኣኽለኒ'የ ዝምድር። ብፍላይ ኣብ ክላሲካዊ ጽሑፋት ሩስያ ዝነበረኒ ፍልጠት ኢያሱ ይኣምነለይ ነበረ። ንሱ'ውን ንፋዕ ኣንባቢ'ዩ። ናይ ሚክኻይል ሾሎክሆቭ፡ 'And Quite Flow the Don' ዘርእስታ መጽሓፍ ምሒር ስለ ዝፈትዋ ከም መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ሳንጣኡ ኣይፈልያን ነበረ።

"ኣንቢብካያዶ?" ኢሉ ሓተተኒ ሓደ መዓልቲ።

"ኣየንበብክዋን"

"በል'ህዮትልካ! ዓለምካ ርኣ" ኢሉ ክልተ መጽሕፍቲ ኣሕቐፈኒ።

ኢያሱ ብኹሉ መዳዩ ንፋዕ ሰብ'ዩ። ናይ ምንባብ ጥቕሚ ደጋጊሙ ነጊሩኒ። "ሓያል ጸሓፊ ክትከውን ትኽእል፡ ሓያል ኣንባቢ ምስ ትኸውን'ዩ!" እትብል ወርቃዊት ምኽሪ ካብኡ'የ ሰምዔያ። ብሙዚቃ ጽሉል'ዩ፣ መሳርሒ ሙዚቃ ከም ኣጻብዕ ኢዱ ይፈልጦም። ምስኡ፡ ሩባ ለሚን ኣብ ዝብሃል ገደል ጫካ ኣብ ሓንቲ ምንጻፍ ሽድሽተ ወርሒ ብሓባር ደቂስና ኢና። ኣብታ ብፕላስቲክ እተሰርሐት ኣፍደገ ገዛና፡ ውሒጅ ብዘይምቕራጽ ይዛሪ ነበረ። ወዓግን ኣህባይን ብልዕሌና ኾይነን ይውጭጫ ነበራ። ቁጽሪ ዘይብለን ኣዕዋፍ ድማ፡ ካብ ጎሕ ክሳዕ ኣጋ ግዜ ይዝምራልና ነበራ። ኢያሱ፡ ሓድሓደ ግዜ ድምጺ ኣዕዋፍ ምስ መሳርሒ ሙዚቃ እናኣመሳሰለ ብስምዒት የዕልለኒ ነበረ...

* * *

እንሆ! ናብ ዓዴት ንጉዓዝ ኣለና...

ኣኽሱም ቅድሚ ምብጻሕና ኢያሱ ከምዚ በለኒ፣

"መሰረታዊ መትከላት ኢህወደግ ዘይትድግፍ እንተ ኾይንካ፡ ክትጋደል ኣይትኽእልን ኢኻ፣ ባህ እንተ ተዘይሉካ ሱዳን ክትከይድ ትኽእል ኢኻ።"

"ኣብ ሱዳን እንታይ ክገብር?"

"ስደተኛ ኪንካ ትምዝገብ ደሓር ናብ ኣመሪካ ትኽይድ።"

ስደት ምርጫይ ከም ዘይኮነ ነገርክዎ።

ካብ ዕላማታት ኢህወደግ ሓደ፡ ንደርግ ካብ ስልጣኑ ምእላይ ምኳኑ ከም ዝኣምንን ምሉእ ብምሉእ ከም ዝሰማማዕን ምስ ነገርክዎ፡ ኢያሱ ብሰሓቕ ትዋሕ በለ።

"እንታይ ደኣ ኣስሒቑካ?" በልክዎ።

"ደርግ ካብ ስልጣኑ ክእለ'ሞ፡ ምስ ኩሎም ተቓወምቲ ሓይልታት ንሰማማዕ ኢና፣ ዘፋላልየና ደርግ ምስ ወደቕ እታ ሃገር እትምርሓሉ ፖሊሲ'ዩ ከመይ ይኹን ዝብል'ዩ።" ቀጺሉ፣ "...ኣባል ውደብ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ፡" በለኒ።

ንሒደት ደቓይቕ ትም ኢለ ድሕሪ ምሕሳብ፣

"ንዕላማታት ኢህወደግ ኣይኮንኩን ዝቃወም ዘለኹ።" ኢለ ዘረባይ ጀመርኩ፣ "...ብተፈጥሮይ ኣብ ፖለቲካዊ ዛዕባታት ተገዳስነት የብለይን፣ ከምቲ ዝበልካዮ ግና ፖለቲካዊ ጽሑፋት ከንብብ ክጅምር'የ..."

ንግዜኡ በዚኣ ተረዳዳእና!

ካብቲ እዋን'ቲ ኣትሒዘ ድማ፡ ካብ ታሪኽን ስነ-ጽሑፍን ንላዕሊ ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ዘለዎም መጽሓፍቲ ምንባብ ተተሓሓዝክዎ። ሎሚ ድማ፡ ፖለቲካዊ ዛዕባታት ምንባብ ወልፊ ኾይኑኒ ኣሎ።

* * *

ደርግ ምስ ወደቕ፡ ኣብ ዓመቱ ኣብ ሬስቶራንት ላሊበላ ቢራ ሒዘ ቴሌቪዥን እናተዓዘብኩ ከለኹ፡ ሓደ ወቓሕ ዝበለኒ ሰብ ናብታ ሬስቶራንት ኣተወ።

በቲ ዝረኣኽዎ ክኣምን ኣይክኣልኩን፣

"ሻምበል በለጠ!" ኢለ ጨደርኩ!!

"ወያናይ ዓርከይ!" ክብል ንሱ'ውን ጨደረ!!

ብሕውነታዊ መንፈስ ተሓጃቒፍና። ድሕሪ ሓምሽተ ደቂቕ ዝሑል ቢራ ኣዚዝና ዕላል ጀመርና!

"ብዛዕባኻ ኩሉ ሰሚዐ'የ፡" በለኒ።

"እንታይ ሰሚዕካ?"

"ኣብቲ ጎቦታት ተወጊእካ ከም ዝተማረኽካ ምስ ሬድዮ ወያኔ ዘካየድካዮ ቃለ-መጠይቕ ሰሚዐዮ። ጋዜጠኛ ኳንካ ኣብ ሬድዮ ወያኔ ተንብቦ ዝነበረካ'ውን ኩሉ እከታተሎ ነይረ። ደርግ ምስ ወደቐ ግና ኣበይ ከም ዘለኻ ኣይፈልጥን ነይረ። ኣብዚ ቐረባ ግዜ ግና፡ ሓላፍነት ክፍሊ ፕረስ ንስኻ ከም ዝተረከብካዮ ሰሚዐ! ሎሚ ጽባሕ ክብል ደንጉየ'ምበር፡ ናብ ቤት-ጽሕፈትካ ክመጽእ ሓሲበ ነይረ..."

"ኣዝዩ የገርም'ዩ! ንም'ኳኑ ኽመይ'ለኻ? ኣበይ'ለኻ? ሽዑኽ'ባ እንታይ ኣጋጠመካ? በልክዎ።

ሻምበል በለጠ ክምስ በለ፣ ንምዝራብ ግና ኣይተሃወኽን።

"ኣብ ደብረታቦር ምስ ተፈላለና፡ ድሕሪኡ እቲ ሰራዊት ተበታቲኑ ሃዲመ ባህርዳር ኣትየ። ኣዲሳባ ክሳዕ ትተሓዝ'ውን እናሃደምኩ ኣብዚ በጺሐ። ኣብ መወዳእታ ግና ከምቲ ትፈልጦ ወያኔ ንኹልና ማሪኹና..."

ስሒቐ! ንሱ'ውን ሰሓቐ!

"ሕራይ ሕጂኽ ኣበይ ትሰርሕ ኣለኻ?" በልክዎ።

"ኣብ ሚኒስትሪ ባህሊ ብሞያይ እሰርሕ ኣለኹ!"

"እንታይ ትብል'ታ!? ከመይ ኢሉ ደኣ ቀልጢፉ ሰሊጡካ?"

ሻምበል በለጠ ጭሕሙ እናደረዘ፣

"ዘይሓሰብክዎ ነገር ኣጋጢሙኒ።"

"እንታይ'ዩ ንሱ?"

"ሓደ ካብ ቀንዲ መራሕቲ ወያኔ መማህርቲ ዓርከይ ኮይኑ እንድዩ ደኣ ጸኒሑ።"

"መን'ዩ?" በልክዎ ቅልጥፍ ኢለ።

"ታምራት ላይኔ!"

- 4 -
በረኽት ስምኡን

መኣስ ኮንዩ ዝብተኽ - እዚ ናይ ቂምታ ሰንሰለት?
እዚ ናይ ቂምታ ጉማረ - እዚ ናይ ቂምታ ዑደት
መኣስ ኮንያ ሃገረይ - ቄልዓ ዝውለደላ?
ቂም ብእርጋን ሞይቱ - ሰብ ዝነብረላ
ሕነ ሬሳኡ ወጺኡ - ሰብ ንኽነላ!?

(ግጥሚ - ነቢይ መኮንን)

ሓደ ምሸት ኣብ እዋን ቃልሲ፡ ኣብ ወረዳ ተምቤን ሃገረሰላም ኣብ ዝብሃል መኣዘዚ ነቑጣ መራሕነት ኢህዴን፡ ምስ በረኽት ስምኡን ዝብሃል ሰብ ተላልየ።

ኣብታ ዕለትዮኣ፡ ነቲ መደበር ሬድዮ ዝኸውን ፕሮግራም ክንመልእ እናተዳለና ኸለና ሃንደበት ምቁራጽ ኤለክትሪሲቲ ስለ ዘጋጠመ፡ ንምሸቱ ናብቲ በረኽትን ታምራትን ዝርከብሉ ቦታ ክንሰርሕ ከድና። እቲ መራሕነት ኢህዴን ዝርከብሉ ቦታ ኣንደር ግራውንድዮ። ሽውዮ ድማ ንበረኽት ኣብቲ ቦታ ብኣካል ዝረኣኽዎ።

ቅድሚኡ ብዛዕባኡ እሰምዕ ነይረ።

ዕባይ ጎንደርን ወለዱ ድማ ኤርትራውያን ምኳኖም፡ ኣብ ውግእ ጅግናን ብዓል ወንን ከም ዝኾነ፡ ምስ ደርግ ኣብ ዝካየዱ ዝነበሩ ግጥማት፡ ብምሒር ህልኽ ምምራሑ ገዲፉ ምስቶም ተራ ተጋደልቲ ውሽጢ ድፋዕ ይኣቱ ከም ዝነበረ ምስኡ ኣብ ኵናት ዝወዓሉ ተጋደልቲ ዘዕለሉኒ ትዝ ይብለኒ። እዚ ጠባዩ ግና ኣብ ሲቪላዊ ስራሕ ከይተረፈ ከንጸባርቕ ተዓዚበዮየ። ሚኒስተር ዜና ክንሱ፡ ሳሕቲ

ዜናን ሓተታን ባዕሉ የዳልዎም ነበረ። ብዛዕባ ባህሪኡ'ውን ህውክን ስምዒታውን ምኽኑ፡ ንሰብ ዘቐይም ቃላት ከም ዝጥቀም፡ ንህላወ ኢህዴንን ናጽነቱን ዝምልከት ጉዳያት ክልዓሉ ከለው ምስ ኣባላት መሪሕነት ህወሓት ብተደጋጋሚ ከም ዝጋጮ፡ ምስ መለስ ግና ደሓን ምቕርራብ ከም ዘለዎ..... ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ብዛዕብኡ ዝምልከቱ ዕላላት ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት እሰምዕ ነበርኩ።

እዞም ዝተጠቐሱ ባህሪያቱ፡ ልዕሊ ፍርቂ ሓቂ ምኽኖም ደርግ ወዲቑ ናይ ቀረባ ሓላፊየይ ምስ ኾነ ብኣካል ተዓዚበዮ'የ።

ሽዑ ምሸት ንሬድዮ ዝኸውን ናይ ፍርቅ-ሰዓት መደብ መሊእና ምስ ወዳእና፡ በረኸት፡ ናብቲ ግዝያዊ መምልኢ ስቱድዮ ብኣካል መጺኡ ተላለየና። ከምቲ ኣብ ኣእምሮይ ስኢለዮ ዝነበረኩ ኾይኑ ምስ ዝጸንሓኒ ገሪሙኒ። ጉልቡት፡ ጸጉሩ ኣሕጺሩ ዝተቐምቐመ፡ ከም ንስሪ ወጥዋጥ ኣፍንጫን መባጨውቲ ኣዒንትን ዘለዋኡ ኾይኑ፡ ብቐሊሉ ክትቀርቦ ትኽእል ሰብ ኾይኑ ግና ረኽብክዎ።

ምስ በረኸት፡ ኣብ ፕሮፖጋንዳዊ ጉዳያት ኢህወደግ ብሓንሳብ ንነዊሕ እዋን ሰሪሕና ኢና። ብዛዕባኡ ሓድሓደ ዘይርስዑ ኣጋጣሚታት ጨላሊፉ ከዕልለኩም፣ ብዛዕባ በረኸት - ወዲ ስምኣን!

* * *

ኢትዮጵያ ንናጽነት ኤርትራ ኣፍልጦ ኣብ ዝሃበትሉ ሰሙን፡ ንበረኸት ኣብ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ሰፊሕ ቃለ-መጠይቕ ኣካዪደሉ ነይረ። ቃለ-መሕትት ወዲኡ ክስእሎ ካሜራይ ምስ ኣዋደድኩ፣

"ግደፍ።" ኢሉ ደው ኣበለኒ፣ "....ፎቶግራፍ ምልዓል ኣየድልየካን'የ። እዚ ቃለ-መጠይቕ ብስመይ ክወጽእ ኣይደልን'የ፡" በለኒ።

ምኽንያቱ ቀልጢፉ ተረድኣኒ፣ ሓቂ'ዩ ኾኣ።

በረኸት ስምኣን ሸሕ'ኳ መራሒ ውድብ ኣምሓራ (ብኣዴን) እንተ ኾነ፡ ብትውልዲ ግና ኤርትራዊ'ዩ። ኤርትራዊ ክንሱ ድማ ንኢትዮጵያ ወኪሉ ብዛዕባ ናጽነት ኤርትራ መግለጺ ክህብ ክውንነታዊ ስለ ዘይኮነ፡ ጸገሙ ቀልጢፉ ቆብ ኣበልክዎ።

"ብዘይስም ግና ከነውጽኦ ኣይንኽእልን ኢና፡" ድማ በልክዎ።

"ብስም ብርጋዴር ጀነራል ካሳ ደሜ ኣውጽኣዮ፣ ፎቶግራፍ ድማ ንእኡ ኬድካ ኣልዕሎ፡" ኢሉ ኣዘዘኒ።

ነገራቱ ምርዳእ'ኳ እንተ ኣበየኒ፡ ዝገበርኩ ገይረ ግና ንነፍሰይ ከእምና ጸንርኩ። ካሳ ደሜ፡ ገዲም ተጋዳላይ ኢህዴን'ዩ።

“ፍቓደኛ ድዩ’ሞ?” ንበረኽት ሓተትክዎ።

“ጸገም የብሉን።”

“ደዊልካ በል ሓብሮ።”

“ባዕል’ኻ ንገሮ፣” ኢሉ ኣሰናበተኒ።

ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ምስ ተመለስኩ፡ ናይ ብርጋዴር ጀነራል ካሳ ደሜ ቀጽሪ ቴሌፎን ኣናድየ ደዊለ ረኽብክዎ። ካሳ ደሜ፡ ኣብ እዋን ቃልሲ ኣብ ከባቢ መደበር ሬድዮ ይሰርሕ ስለ ዝነበረ ንፋለጥ ኢና።

ካሳ ደሜ፡ ድሕሪ ፍርቅ-ሰዓት ኣብ ቤት-ጽሕፈተይ ደበኽ በለ። ከመይ ኢለ ከም ዝጅምረሉ ሕርብት በለኒ። ካብ ስነ-ምግባር ናይቲ ሞያ ወጻኢ እሰርሕ ምህላወይ ከይኣክል፡ ሞራሉ ዝትንክፍ ተግባር ከይከውን’ውን ሰጊእ ነይረ። ዝገበርኩ ገይረ ግና ጎቦ ጎቦ እናበልኩ ምስ በረኽት ቃለ-መጠይቕ ከካይድ ከም ዝወሳልኩ፡ ንሱ ግና ኤርትራዊ ስለ ዝኾነ ብሽሙ ከውጽኦ ከም ዘይደሊ ሓበርክዎ።

“ስለዚ እቲ ንሱ ዘካየዶ ቃለ-መሕትት፡ ብናትካ ስምን ፎቶግራፍን ክወጽእ ሓብሮ ስለ ዝበለኒየ ደዊለልካ፡” በልክዎ።

ካሳ ደሜ፡ ክነጽገኒ’ዩ ወይ ድማ ፈለማ ኑቲ ቃለ-መጠይቕ ከንብቦ’የ ብምባል ከደናጉየኒ’ዩ ኢለ ሰጊእ ነይረ። ዝሃበኒ መልሲ ግና ፍልይ ዝበለን ዘደንጹን’ዩ።

“ዋ...እ! ’ታይ ደኣ ካራቫታ ገይረ ክመጽእ ዘይሓበርካኒ?” በለኒ።

እቲ ንበረኽት ዘካየድክሉ ቃለ-መጠይቕ ብስምን ስእልን ብርጋዴር ጀነራል ካሳ ደሜ ኣብ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ተሓቲሙ ምስ ወጽኡ፡ ካሳ ደሜ እናሳዕ ደዊሉ፣

“ከመይ ኮይኑ? ኣንበብቲ ርእይቶዶ ይህቡ ኣለው? እንታይ ይብሉ’ለው? .... እወ ገለ ሰባት ኣዛራቦምኒ..... ጽቡቕ ቃለ-መጠይቕ ኣካዪድካ ኢሎምኒ። ...ንስኻኸ ኸመይ ረኺብካዮ? ከምዚታት ክርከብ ከሎ ኣይትረስዓና። ደውለለይ...” ክብለኒ ጀመረ።

ካሳ ደሜ በረኽት ዘካየዶ ቃለ-መሕትት ምኽኑ ረሲዑ፡ ባዕሉ ዘካየዶ ከም ዝመሰሎ ተረዳእኩ! ለከስ በረኽት ስምኣን ንደቀ-መዛሙርቱ ጽቡቕ ገይሩ ይፈልጦም’ዩ!

* * *

ሓደ መዓልቲ ንግሆ፡ ቤት-ጽሕፈተይ እትው ምስ በልኩ በረኽት ደዊሉ ከምዚ በለኒ፣

“መለስ ዝጸሓፋ ጽሕፍቲ፡ ምስ ሓንቲ ሰነድ ኣተሓሒዘ ሕጂ

እሰደልካ'ለኹ። ዝኾነ ናይ ብርሚ ስም ሂብካ ኣብ ናይ ጽባሕ ሕታም ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ኣውጽኢያ።"

ድሕሪ ፍርቅ-ሰዓት፡ ካብ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት እተላእኸ ተጋዳላይ ሓንቲ ኣድራሻ ዘይብላ ሰታሪት ሂቡኒ ተመልሰ። ተሃንጥየ ከፊተ ከንብባ ጀመርኩ። ንኣሰፋ ጫቦ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣባል ፓርላማ ዝነበረ ዝምልከት ጽሑፍ'ዩ። ኣሰፋ ጫቦ፡ ኣብ እዋን ደርግ ኣብ ክፍለ ሃገር ጋምነፋ መንእሰያት ኢህኣፓ ክርሸኑ ከም ዝኣዘዘ ዝትንትን ጹሑፍ'ዩ። ምስቲ ጽሑፍ፡ ኣሰፋ ጫቦ ብሽመ ዝፈረመሉ ሰነድ ተተሓሒዙ ነበረ። ብዘይካ'ዚ፡ ስጕምቲ ቀይ ሽብር ዝተወሰደሎም ካብ ዕስራ ዘይውሕዱ ዝርዝር ኣስማት ኣባላት ኢህኣፓ'ውን ኣብቲ ሰነድ ሰፊሩ ነበረ። ኣንቢበ ምስ ወዳእኩ፡ ኮፒ ገይረ ኣብ ተመዛዚ ኣእተኽዎ። ነቲ ጽሑፍን ሰነድን ናብ ዋና ኣሳናዳኢ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ክልእኮ እናተዳለኹ ኸለኹ ኸኣ፡ በረኸት ስምኦን ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ከፊቱ ኣተወ።

"በጺሑካዶ?" ህውኽ ኢሉ ሓተተኒ።

"ዘገርም ታሪኽ'ዩ፡" በልክዎ።

"እስከ ሃባ ክርእዮ?"

ነቲ ጽሑፍ በረኸት ንባዕሉ ከም ዘየንበቦ፡ እንታይ ደኣ ብቐጥታ ካብ መለስ ናባይ ከም እተላእከ፡ መለስ ግና ነቲ ጽሑፍ ናባይ ቅድሚ ምልኣኹ ንበረኸት ደዊሉ ሓቢርዎ ከም ዝነበረ ክርዳእ ክኣልኩ።

በረኸት፡ ነታ ናባይ ዝመጽኣት ጽሕፍቲ ምሰ'ንበባ፡ ነታ ልምድቲ መባጨዊት ሰሓቐ ስሒቐ ተሰናቢቱኒ ከደ። ካብ ቤት-ጽሕፈተይ ምስ ወጽኣ፡ ነታ መለስ ዝጸሓፋ ጽሑፍ ናብ ኣዲስ ዘመን ለኣኽዋ።

ድሕር-ቐትሪ ሰዓት ሰለስተ፡ ኣሰፋ ጫቦ እናተሃንደደ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ምስ መጽኣ ግና ምእማንየ ስኢነ። እትው ምስ በለ፡ ሓፍ ኢለ ኮፍ ክብል በኽብሮት ሓተትክዎ። እናላህለሀ፣

"ንኣይ ዝምልከት ጽሑፍ በጺሑካዶ?" ኢሉ ሓተተኒ።

"እወ በጺሑኒ'ሎ።"

"ሃበኒ በል ከንብቦ።"

"ኣቶ ኣሰፋ፡ ክህበካ ኣይክእልን'የ።"

"ስለምንታይ?" ኢሉ ጨደረ፣ "... ኣባል ባይቶ'የ! መሰል ኣሎኒ!"

"ደሓን፡ ጽባሕ ኣብ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ክወጽእ'ዩ ሽዑ ተንብቦ። ድሕሪኡ እንተ ደሊኻ መልሲ ክትህበሉ ትኽእል ኢኻ፡" በልክዎ።

ድሕሪ ክንደይ ጭቕጭቕ፡ ስምዒቱ ክፈልጥ ስለ ዝደለኹ ነቲ ባዕሉ ዝፈረመሉ ቅዳሕ ናይ ርሸና ሰነድ ኣውጺእ ኣርኣኽዎ።

ኣሰፋ ጫቦ፡ እናተረበሸ ነቲ ሰነድ ምስ ረኣዮ፣

“ሓሶት’ዩ።” ቀጺሉ፣ “ተሰኒው ዝተሰርሐ’ዩ። እዚ ሰነድ’ዚ፡ ብዝኾነ መገዲ ኣብ ጋዜጣ ክወጽእ ሕጋውነት የብሉን።” ኢሉ ኣጠንቀቐኒ። ጽንሕ ኢሉ ድማ፡ “...እዚ ሰነድ ኮፒ’ዩ። እንተ ደሊኻ ነቲ ኦሪጅናል ኽትርእዮ ኣለካ፣ እዚ ሰንዓ’ዩ። ኣነ መንእሰያት ኢህኣፓ ክርሸኑ ኣይፈረምኩን።” በለኒ።

“ሓሶት ’ተኾይኑ ኣብ ጋዜጣ መልሲ ሂብካ ክትነጽነ ትኽእል ኢኻ.....”

“ስምዓኒ! ነዚ ናይ ሓሶት ሰነድ ኣብ ጋዜጣ ምውጻእ ጸለመ’ዩ። ንኣኻ’ውን የሕትተካ’ዩ...”

“ኣቶ ኣሰፋ፡ እዚ ሰነድ ሓሶት ’ተኾይኑ ከምዚ ዝብለካ ዘለኽ፡ ኣብ ጋዜጣ ከም ዝነጸግካዮ ጽሓፍ’ሞ፡ ደሓር ክሰስኒ... ኣስማት ናይቶም ነዚ ሰነድ ዝሃቡኒ ሰባት እንተ ደሊኻ ድሕሪኡ እነግረካ፣ ደሓር ትኽሰም፡” በልክዎ።

ከምኡ ዝበልክዎ፡ እቲ ሰነድ ካብ መን ከም ዝመጸኒ ዝፈልጥን ዘይፈልጥን ምኻኑ ክፈልጥ ደልየ’የ። ኮይኑ ግና ኾም ዘይፈልጥ ኣረጋገጽኩ።

“መን’ዩ ነዚ ሰነድ ሰዲዱልካ?” ኣጥቢቐ ሓተተኒ።

“ሕጂ ኣይነግረካን’የ።”

ከእምነኒ ጸዓረ፣ ከፈራርሓኒ’ውን ፈተነ፣ ከም ዘይከውን ምስ ፈለጠ ግና ወጺኡ ከደ። ካብ ቤት-ጽሕፈተይ ምስ ወጽኡ፡ ናብ በረኽት ደዊለ፡ ነቲ ምስ ኣሰፋ እተዘራረብናዮ ኩሉ ዘርዚረ ኣዕለልክዎ። በረኽት፡ ነታ ልምድቲ መባጨዊት ሰሓቐ ስሒቐ ዋላ ሓንቲ ርእይቶ ከይሃበኒ ቴሌፎኑ ዓጸዋ።

ብዛዕባ’ቲ ጉዳይ ንእሽቶ ምስ ሓሰብኩ፡ መለስን በረኽትን ዝሰርሕዎ ዘለው ድራማ ዕላማኡ ክግምቶ ፈተንኩ።

ኣሰፋ፡ ዓቕሎም ኣጽቢብሎም ኣሎ ማለት’ዩ። ደርግ፡ ዓሰርተ ዓመታት ስለ ዝኣሰሮ ምናልባሽ ካብ ዝኣስርዎ ባዕሉ ክኽብልል ሓሲቦም ይኾኑ። ንኽምዚ መዓልቲ ትኽውን’ያ ኢሎም ሒዞማ ዝጸንሑ ሰነድ ድማ ምዝዝ ኣበልዋ። ኣሰፋ ሓቂ እንተ ኾይኑ ግና ነታ ሰነድ ሰኒዖማ’ዮም። እታ ሰነድ ካብ ቤት-ጽሕፈቶም ከም ዝወጽኣት መታን ክፈልጥ ድማ ብኻልኦት ሰባት ከም ዝሰምየ ጌሮም ይኾኑ ወይ’ውን ሓደ ካብ ጋዜጠኛታት ኣዲስ ዘመን ደዊሉ ነጊርዎ ይኽውን።

ንጽባሒቱ፡ ኣብ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን እታ ሰነድን ናይ መለስ ዜናዊ ጽሕፈትን ሓቢረን ወጻ። እታ ሰነድ ምስ ወጽኣት፡ ኣሰፋ ጫቦ ከም ዝኾብለለ ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት እናተቐባበላ ነቲ ዜና ነገሓኣ። ድሕሪ ዓመት፡ ኣሰፋ ኣብ ካሊፎርኒያ ኮይኑ ናይ ተቓውሞ ጽሑፍ

ክጽሕፍ ጀመረ። ዋለ ሓንቲ ትርጉም ግና ኣይነበሮን። "...ኣብ ሃገሩ ዘየለ ኣብ ኩሉ የለን...." ዝበለ መንዩ?

* * *

ሓደ መዓልቲ፡ ኣሰፋ ማሞ ናይ ጨንፈር ፕሮፖጋንዳዊ ጉዳያት ገምጋም እናመርሐ ኸሎ፡ ሓላፊ ዋልታ ኢንፎርሜሽን ነጋሽ ተኽሉ ኢዱ ኣልዒሉ ኣብ ልዕሊ በረኸት ስምኦን ዘለኒ ኣረኣእያ ሓተተኒ።

"በረኸት፡ ብቕዓት ኣመራርሓ ኣለዎ ኢለ ኣይኣምንን'የ፡" ኣሕጺረ መለስኩ።

ከምኡ ኢለ ምስ መለስኩ፡ ተወሳኺ ወይ ድማ ተቓውሞ ዘቕረበ ኣይነበረን። ኣሰፋ፡ ነቲ ገምጋም ከመይ ገይሩ ከም ዝቐጽሎ ሕርብት ከም ዝበሎ ኣስተውዓልኩሉ። ነጋሽ ተኽሉ ነታ ሕቶ ዘልዓላ፡ ኣብ ልዕሊ በረኸት ዘለኒ ሕማቕ ስምዒት ስለ ዝፈልጥ'ዩ። ቅድሚ ሒደት ኣዋርሕ፡ ኣብ ገዛኡ ምሳሕ ዓዲሙኒ ብዕላል ዕላል ኣብ ልዕሊ በረኸት ዘለኒ ቂምታ ከም ዋዛ ኣዕሊለዮ ነይረ። ነቲ በይኑ ዝበልክም ኣብቲ ገምጋም ምስ ኣልዓሎ ግና ብሓቂ'የ ሰንቢደ፣ ምኽንያቱ ኣይተጸበኽዎንን። ኮይኑ ድማ ኣሉ ክብል ስለ ዘይክእል፡ ብግሉጽ ኣብ ልዕሊኡ ዘለኒ ኣረኣእያይ ገለጽኩ። በረኸት፡ ብቕዓት ኣመራርሓ ከም ዘይብሉ ብዙሓት ካድራት ዝምስክርዎ'ዩ። ስርሑ ብመደብ ክመርሕ ዘይክእል፡ ተጻሪፉ ባዕሉ ዝድፈር ዓይነት ሰብ'ዩ። ብቴሌፎን እናተዛረብካዮ ኣብ እዝንኻ ይዓጽወካ። ንስኻ ኣብ እዝኡ እንተ ዓጺኻዮ ግና ኣይግድሶን'ዩ። ብዙሓት ኣባላት፡ "ናይ ወተሃደር ጠባይ ኣለዎ" ይብሉ። ምስ ተኮሰ ድሓር ዝጠዓስ፡ ዓቕሊ ዝብሃል ዘይፈልጥ ስምዒታዊ ምኳኑ ኩሉ ሰብ ዝዛረበሉ'ዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ደረጃ ሓላፍነት ዝነበረ ኣማረ ኣረጋዊ፡ ሓደ መዓልቲ ምስ በረኸት ብቴለፎን ክቋየቑ ድሕሪ ምጽናሕ ሓሪቑ፡ "ዓፈርፈር ኣይትበለለይ! ኣብቲ ዓፈርፈር ትብለሉ ቦታ ኬድካ ዕፈር!" ኢሉ ኣብ እዝኡ ክዓጽዎ ኸሎ ኣብ ጥቓኡ ነይረ'የ። ትሕቲ ማእከላይ ሽማግለ ዝነበርና ካድራት፡ በረኸት ከይጸባሓና ፈሪሕና እንተ ዘይኮይኑ ዋላ ሓደ ዘኽብሮ ሰብ ኣይነበረን። ነጋሽ፡ ነዚ እናፈለጠ ነታ ሕቶ ፈልዩ ንኣይ ምሕታቱ ድሕሪ መጋረጃ እተኣልመለይ ተንኮል ከም ዘሎ ገሚተ። ስለዚ ዝነበረኒ ኣማራጺ ነቲ ዝኣምነሉ ኣረኣእያ ኣብቲ ገምጋም ምድሕዳሑ ጥራይ'ዩ ነይሩ።

ካብቲ ኣጸያፊ ባህርያት ኢህወደግ ሓደ፡ ነቲ ብውልቅ'ኻ ዘዕለልካዮም ንኣኻ ከይሓተቱ ኣብ መድረኽ ናይ ምድርጓሕ ልማዶም'ዩ። ካልእ፡

ኣብ እዋን መስተ ኣብ ጐንኻ ኾይኑ ክሳዕ ዝኣኽሎ ይሰምዓካ'ሞ ነቲ ዝተዛረብካዮ ኩሉ መዝጊቡ ገምጋም ክሳዕ ዝመጽእ ሒዝዎ ይጸንሕ። ድሕሪኡ፡ ዋላ ነቲ ዝረሳዕካዮ ቃል ብቓል ኣምጺኡ የንብበልካ። ሰበይቲ ንሰብኣያ ኣብ ገምጋም ትኽሸሓ። ደቂሶም ዘዕለልዎ ኣብ ገምጋም ይብትንዎ። ናይ ጨው በርበረ ጉዳይ ከይተረፈ ኣብኡ ይልዓል። ሰበ-ስልጣን ክኣልይዎ ዝደለዩ ሰብ፡ ብእተወደበ መልክዕ ድራማ ይሰርሑሉ። ሓደ እዋን በረኽት፡ ኣባል ኦህዴድ ሱሌይማን ደደፎ መታን ክእለ ዕዮ ገዛ ሂቡኒ ነበረ። ሎሚ ኽኣ ብኢደ-ዙር ነጋሽ፡ ኣብ ልዕለይ መጥቃዕቲ ይገብር ኣሎ። በረኽት፡ ሓደው ዘለኒ ኣኽብሮት ክገልጸሉ፡ እንተ ዘይኮይኑ ድማ ዝመስለኒ ተዛሪበ ኣብ ልዕለኡ ዘለኒ ኣረኣእያ ከፍልጥ ከም ዝደለየ ኣይሰሓትክዎን።

ኣብታ ዕለት'ቲኣ ክንምሳሕ ምስ ወጻእና ኣሰፋ ማሞ ጸዊዑ፣

"ብዛዕብኡ ምስ ተሓተትካ ክትምልስ ኣይነበረካን። ዘቕረበልካ ሕቶ ካብ ኣገባብ ወጻኢ ከም ዝኾነ ክዛረብ እናሓሰብኩ ተሃዊኽካ መሊስካ። ሎሚ ንበረኽት ኬድካ ርኸቦ። እንተ ተዘይኮይኑ ንኣኻ ጽቡቕ ኣይኮነን፡" ኢሉ መኸረኒ።

ምኽሩ ኣይተቐበልክዎን።

ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ምስ ኣሰፋ ማሞ ምስ ተራኸብና፣

"ንበረኽት ረኺብካዮዶ?" ኢሉ ሓተተኒ።

"እንታይ ኢለ'የ ዝረኽቦ?"

"ኣብቲ ገምጋም ብዛዕብኡ ዝበልካዮ ብኻልእ መገዲ ኽትርጉሞ ይኽእል'ዩ።"

"ዝትርጎም ነገር ዘይብሉ፣ ዝበልክዎ ብሩህ'ዩ።"

ኣሰፋ ማሞ ክወላወል ድሕሪ ምጽናሕ፣

"በረኽት ቂመኛ'ዩ፣ ትም ኢሉ ኣይገድፈካን'የ። ኬድካ ይቕሬታ ሕተቶ..."

ንኻልኢታት ፈዚዘ ድሕሪ ምሕሳብ፣

"በረኽት ቂመኛ ምኳኑ ኣይፈልጥን'የ። ኣብ ኣመራርሓኡ መጺእኻ ግና ብቕዓት ክም ዘይብሉ ንስኻ'ውን ትፈልጥ ኢኻ። ይቕሬታ ዝሓተሉ ምኽንያት የብለይን፡" በልክዎ።

ኣሰፋ ፍሽኽ ብምባል፣

"ለባም ትመስለኒ ኔርካ፡" ኢሉ ኣስተንፈሰ።

ሓቂ ይሓይሽ፡ ምስ ኢህወደግ ምጽናሕ ኣድኪሙንን ኣሰልክዩንን ነበረ። ብዙሕ ግዜ፡ ካብቲ ውድብ ተኣልየ ብናጽነት ክነብረላ ዝጅምር መዓልቲ እምብዛ እናፍቕ ነበርኩ። ክስደድ ኣይደልን'የ፣ ካብ ቐጽሪ ኢህወደግ ወጺእካ ብሰላም ክንበር ድማ ዘይሕሰብ'ዩ፣ ምኽንያቱ ግዳይ

በረኸት ክኸውን'የ። ከመይ ገይረ ከም ዝተዓጸፍ እናጸገመኒ፡ ኣብ ቀራና መገዲ ተገቲረ እውዕል ነበረኩ።

ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ፡ ደርግ ወዲቑ ኣብታ ሃገር ምክፍፋል ስልጣን ምስ ተገብረ፡ ኣነ ወንበር ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ ዝነበረ ሙሉጌታ ሉሌ'የ ተረኪበ። ምስ ሙሉጌታ ክወዳደር ከለኹ ግና፡ ክንዲ ፍርቅ-ናቱ ናጽነት ከም ዘይብለይ እናሓሰብኩ እግረም ነይረ። እንሆ ኣብ ሓደ ተራ ኣኼባ ኣብ ልዕሊ በረኸት ስምኦን ዘለኒ ውልቃዊ ኣረኣእያ ብምግላጸይ፡ ኣብ ሓደገኛ ኩነታት ከም ዝወደቐኩ ኣሰፋ ምኽሪ ብዝዓይነቱ መገዲ ይሕብረኒ'ሎ። እዚ ጉዳይ'ዚ ውሽጣዊ ዘይምርግጋእ ኣስዒቡለይ'ዩ፣ ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ነቲ ኣብ ውሽጠይ ኮይኑ ዝርብሸኒ ዝነበረ ናይ ዘይምርግጋእ ስምዒት፡ ሃሰው ኢለ ስም ክረኽበሉ ኣይክኣልኩን። ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ግና፡ ኣንዳርጋቸው ጽጌ 'ነጻነትን የማያውቅ 'ነጻ ኣውጪ' (ናጽነት ዘይፈልጥ 'መውጽኢ ሓራ') ዘርእስታ መጽሓፍ ምስ ጸሓፉ፡ ኣርእስቲ'ታ መጽሓፍ ነቲ ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝስማዓኒ ዝነበረ ስምዒት እትገልጽ ብቐዕቲ ቓል ኮይና ረኸብክዋ። እዛ ኣርእስቲ'ዚኣ፡ ነቶም ሒደት ውልቀ-መለኽቲ ናይ ስልጣን ዕድመኦም ከነናውሕ ክንብል ርብዒ ዕድመና ዘባኸንና ኩልና ጽብቐቲ መግለጺት'ያ...

* * *

ኽልተ ዓመት ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ ኮይነ ምሰ'ገልገልኩ፡ ድሕሪኡ ኣካያዲ ኣሕተምቲ ፋና ዲሞክራሲ ጥራይ ኮይነ ብምሉእ ግዜይ ክሰርሕ ጀመርኩ። ንመጽሔት እፎይታን ክፍሊ ፕረስን ደራብካ ምስራሕ ምሒር ከቢዱኒ ስለ ዝነበረ ግና፡ በረኸት ኣብታ መጽሔት ጥራይ ኣተኩረ ክሰርሕ ኣዘዘኒ።

ኣብታ ቐ'የ መስለኒ፡ መጽሔት እፎይታ ናይ ስነ-ጥበበኛ ጥላሁን ገሰሰ ቀንዲ ትሕዝቶ (Cover Story) ሒዛ ምስ ወጽኣት፡ ንጽባሒቱ በረኸት ናብ ዕቡድ ተቐዪሩ ተሌፎን ደወለለይ። ነታ መጽሔት ምስ ረኣያ ደዊሉ ክቋየቐኒ'ዩ ኢለ ተጸብየዮ ስለ ዝነበርኩ፡ ነቲ ስምዒታዊ ሕርቃኑ ዓቐሊ ገይረ ሰማዕክዎ። በረኸት፡ ናይ ጥላሁን ቃለ-መጠይቐ ክሳዕ ክንድኡ ከሕርቐ ዝኽእል ም'ኽንያት እፈልጦ'የ። ቅድሚ ሒደት ኣዋርሕ፡ ጥላሁን፡ ታማኝ በየነን ንዋይ ደበበን፡ ኣብ ስታድዩም ኣዲስ ኣበባ ንታምራት ላይኔ ዘቁናጽብ መደብ ኣቐሪቦም ስለ ዝነበሩ፡ መንግስታዊ ሚዲያታት ኣብ ልዕሊ'ዞም ሰለስተ ስነ-ጥበበኛ'ታት ናይ መጥቃዕቲ ወፍሪ የካይድ ነበረ። ከምዚ እናኾነ ኽሎ ግና፡ መጽሔት

እፎይታ ንጥላሁን ቃለ-መጠይቕ ኣካይዳ ስነ-ጥበባዊ ስርሓቱ ኣድኒቕ ምስ ወጽኣት፡ በረኽት ክዕገስ ኣይክኣለን። ብዙሕ ግዜ ኣብ መጽሔት እፎይታ ዝወጽእ ቀንዲ ትሕዝቶ፡ ምስ በረኽት ተማኺረ ኣውጽኦ ነበርኩ፣ ናይ ጥላሁን ግና ብምስጢር ስለ ዝሰራሕክዎ፡ ደይ መደይ ኢሉ'ዩ ገይርዎ ኢሉ ኣሚኑ መሊሱ ዓበደ።

እቲ ሓቂ ግና ካልእ'ዩ። ናይ ጥላሁን ገሰሰ ቃለ-መጠይቕ ቅድሚ ምውጽኡ ቕድሚ ኽልተ ሰሙን፡ ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነት ክንፈ ገብረመድህን ደዊሉ፡ "ቀልጢፍካ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ምጻእ!" በለኒ። ምስ ከድክዎ ጥላሁን ምስኡ ኮፍ ኢሉ ጸንሓኒ። ክንፈ፡ ኣሕጽር ኣቢሉ ናይ ጥላሁን ጸጽቡቕ ዝገልጽ መደብ ኣብ ጋዜጣ ከዳሉ ሓበረኒ።

"መንግስታዊ ሚድያ ነዞም ሰለስተ ስነ-ጥበበኛታት ኣብ ምጽላም ተጸሚዱ ከም ዘሎ ፈሊጥካዶ'ለኻ?" ኢለ ዘለኒ ስግኣት ገለጽክሉ።

"ፈሊጠ'ለኹ፣ ...ጌጋ'ዩ፣ ንእኡ ኢና ኽነዕርዮ ደሊና ዘለና።"

"ጌጋ 'ተኾይኑ ስለምንታይ ኩሉ ሚድያታት ዘይሕበር?"

"ስምዒታዊ ነገራት ኣሎዎ።"

ከም ኩሉ ሰብ፡ ጥላሁን ሓያል ኣርቲስት ስለ ዝኾነ እፈትዎ'የ። ኣብ እዋን ደርግ፡ ንሰራዊት ዘጎሳጉስ ደርፍታት ይደርፍ ነይሩ ኢልካ ከተወግዞ ጽቡቕ ኣይኮነን ኢለ እኣምን ስለ ዝነበርኩ፡ ክንፈ ከምኡ ምስ በለኒ ሓጎሰይ ክቁጸጸር ኣይክኣልኩን። ጥላሁን ኮፍ ኢሉ ይስምዓና ነበረ! ምስ ጥላሁን ቀጽሪ ቴሌፎን ተዋሃሂብና ብቑጸራ ተፈላለና። ኣብ መወዳእታ ክንፈ፣

"እዚ ግና ምስጢር'ዩ፡" ኢሉ ኣጠንቀቐኒ።

"ተረዲኡኒ!" በልክዎ።

ታምራትን በረኽትን፡ ነቶም ስነ-ጥበበኛታት ስምሞ ኣብ ምጽላም ተጸሚዶም ስለ ዝነበሩ ምስጢሩ ተረዲኡኒ ነበረ። እቲ ቃለ-መጠይቕ ኽእ ተሓቲሙ ወጽኣ።

በረኽት ሕርቃኑ ክቁጸጸሮ ኣይክኣለን። ዝኣኽሎ ኣዋረደኒ። ንጽባሒቱ ክንፈ ምስ ደወለለይ፣

"በረኽት ስምዒታዊ ኮይኑ ኣዋሪዱኒ፡" ኢለ ኣምሪረ ሓበርክዎ።

ንሱ ግና ካዕካዕ ኢሉ እናሰሓቐ፣

"ክኣሎ'ምበር እንታይ ደኣ፡" ኢሉ ኣጸናንዓኒ።

ኮይኑ ድማ ምስ በረኽት በታ ምኽንያት ዝኣክል ዘይምርድዳእና እናዓበየ ከደ። ሰበብ ሃለው እናበለ ክጻብኣኒ ጀመረ። ሓደ መዓልቲ ደዊሉ፣

"መጽሔትኩም ባዶ'ያ!" በለኒ።

ግደ ሓቂ ግና ኣብቲ ግዜ'ቲ መጽሔትና ባዶ ኣይነበረትን። ልዕሊ

ሰላሳ ሽሕ ቅዳሓት ኣበየ ጐደናኡ ንሽይጥ ኔርና፣ ናይ ጥላሁን ቃለ-መጠይቕ ሒዛ ምስ ወጽኣት፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልቲ ኣርብዓን ሓምሽተን ሽሕ ቅዳሓት ብምሻጥ ገንዘብና ኣብ ባንክ ክነእትዎ ክኢልና ኢና። ብሰንኪ ናይ ጥላሁን ጉዳይ፡ ኣለምሰገድ ገብረኣምላኽ ናይ በረኸት ሓላፍነት ምስ ተረከቡ፡ ምስኡ ዝነበረኒ ዕለታዊ ርክብ እናነከየ ከደ። ንዓመታት ዝኣክል ኣብ እንግዶትን ዝተፈላለዩ ቦታታትን እንተ ዘይኮይኑ፡ ዳርጋ ኣይንራኸብን ነበርና። ብዘይብኡ እውን ዘደዋውል ምኽንያት ኣይነበረናን።

(ብዘይቀለዓለም ኣለምሰገድ ገብረኣምላኽ ብቑዕ ሓላፊ'ዩ። ንምንኣድ ይኹን ንምውቃስ ኣይሀወኽን'ዩ። ሰባት፡ ካብ ጌጋኡም ክምሃሩ ይኽእሉ'ዮም ኢሉ ካብ ልቡ ይኣምን። ጌጋ ምስ ዘጋጥም'ውን ገዛእ ርእሱ ኣብኡ ከእትዋ ድሕር ኣይብልን'ዩ። ጸገም እንተ ኣጋጢሙ፡ መፍትሒ ዝኸውን ሓሳባት መታን ከተቕርብ እቲ ዕድል ኣቑዲሙ ንኣኻ ይህበካ። ኣበጻጻሕቲ ዘረባ ዝብልዎ ቀልጢፉ ኣይቅበሎምን። ቀስ ኢሉ ነቲ ጉዳይ የልዕለልካ'ሞ ርእይቶኻ ይሓትት። በረኸት ግና፡ ከምዚ ዝብሃል ነገር ኣይፈልጥን'ዩ። ቅኑዕ መሲልዎ ጌርዎ ይኽውን ኢሉ ኣይኣምንን'ዩ። ብዘለዎ ሓይሊ ስለ ዝህድደካ፡ ከም ገረብ ወዲቑ ከይጸቕጠካ ኢኻ ትፈርሕ። ተውህቦ መራሕነት ዘይተዓደሉ ሰባት፡ እተን በትረ-ስልጣን ጨቢጦም ዝጸንሑለን ዘመናት ወትሩ ብጸልማት ዘመን እናተዘከራ'ዮን ዝነብራ። ሓላፊኻ ክትጐናፀሉ እንተ ኣሸጊሩካ፡ ብሓንቲ ነገር ርግጸኛ ኹን፣ ንሱ ድማ፡ ሓላፊኻ ውልቀ-መላኺ ጥራይ ዘይኮነ ንባዕሉ'ውን ነቶም ሓለፍቱ ተጓናባሒ'ዩ።)

....መኣስ ምኽኑ ኣይዝክሮን፣ ታምራት ላይኔ ምስ ተኣስረ ሓደ መዓልቲ ናብ በረኸት ደዊለ፣

"ታምራት ኣብ ሜዳ ዝገጠመን ግጥምታት ኣብ ጋዜጣና ከውጽእን ሓሲብ'ለኹ እሞ እንታይ ይመስለካ?" በልክዎ። ናቱ ማለት ናይ በረኸት፡ ናይ ህላዌ ዮሴፍ፡ ናይ መዝሙር ፊንቱን ታምራትን ላይኔን ግጥምታት ኣብ ኢደይ ስለ ዝነበራ ንኣኣተን ምኽኑ ፈሊጡ፣

"ናተይ ከይተውጽኦ! ናይ ካልኦት ግና ከም ድላይካ፡" በለኒ።

"ናይ ካልኦት ከም ድላይካ" ማለት፡ ኣውጽኣዮ ማለት ከም ዘይኮነ ፍሉጥ'ዩ። ታምራት ላይኔ ስለ እተኣስረ ንእኡ ክሓቶ ኣይክእልን'የ። ምሕታቱ'ውን ኣገዳስነቱ ኣይተራእየንን። ኣቑድም ኣቢሉ፡ ብሉጻት ግጥምታት ሽሙ ከይጠቕስኩ 'ሶረኔ' ኣብ ትብል እኩብ ግጥምታት ዝሓዘት መጽሓፍ ኣሕቲመየን ስለ ዝነበርኩ፡ ሕጂ ሽሙ ጠቒስካ

ምውጻእን ሕማቕ ኮይኑ ኣይተራእየንን። ክንዲ ዝኾነ፡ ግጥምታቱ ኣብ መጽሔት እፎይታ ብተኽታታሊ ክውጽኡን ጀመርኩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ በረኽት ናብ ኣመሪካ ብስራሕ ገይሹ ነበረ። ናይ ታምራት ላይኔ ራብዐይቲ ግጥሚ ምስ ኣውጻእናያ፡ ካብ ኣንበብትና ናይ ኣድንቆት ግብረ-መልሲ ክመጻና ጀመረ። ብዙሕ ሰብ ግጥምታቱ ኣድነቑን። ፍሉጥ ኣርቲስት እሸቱ ጥሩነህ ደዊሉ፣

"ግጥምታቱ፡ ካብ ጋዜጣ ቀዲደ ክእክበን ጀሚረ'ለኹ! ብሉጻት ግጥምታት'የን! ኣመና ብሉጻት!" በለኒ።

ሓምሽይቲ ግጥሚ ምሰ'ውጻእናያ ግና፡ ካብ ፕሮፓጋንዳዊ ጉዳያት ኢህወደግ ኣብርሃ ማንጁስ ደዊሉ፣

"ስለምንታይ ኢኻ ናይ ታምራት ግጥምታት ተውጽኡን ዘለኻ?" በለኒ ብስምዒት።

"እ..ዋ..እ ግጥምታት ስለ ዝኾና..."

"መን ኣፍቂዱልካ ከተውጽኡን?"

"ፍቓድ ዘድልዮ ኣይመሰለንን፣ ንበረኽት ግና ኣካፊለዮ ነይረ።"

"እሞ በረኽት'ዩ ኣፍቂዱልካ?"

"በረኽት ኣፍቂዱለይ ኣይበልኩኻን!"

"እንተ ደሊኻ ናይ ካልእ ሰብ ዘይተውጽእ? ጠበቓ ታምራት፡ ግጥምታቱ ኣብ ጋዜጣ ዘውጽእዎ ዘለዎ ደይ መደይ ኢሎም ክጎድእዎ ስለ ዝደለዩ'ዮም ኢሉ ከሲሱና'ሎ።"

"ግጥምታቱ ምስ ናቱ ክሲ እንታይ ዘራኽብ ኣለዎ? እኳ ደኣ ብዙሕ ሰብ ግጥምታቱ ፈትዩወን ኣሎ።"

ከምኡ ምስ በልክዎ ኣብርሃ ማንጁስ ባግ በለ።

"ናይ ሓደ ብብልሽውና ዝተጨማለቐ ሰብ ግጥሚ ምውጻእ ንምንታይ ኣድለየ? በረኽት ድዩ ኣዚዙካ?"

"በረኽት ኣዚዙኒ ኣይበልኩኻን።"

"ንበረኽት ሓቢረዮዶ ኣይበልካንን።"

"ግጥምታቱ ከውጽኡን ደልየ ምስ ደወልክሉ፡ ኣብኡ ከለኹ ድማ ናይ ታምራትን ህላዌን ከም ዘውጽኡም ሓቢረዮ፣ እንተኾነ ግና፡ ግጥሚ ኾም ዝገጥም ክፍለጥ ስለ ዘይደሊ ግጥምታቱ ከየወጽኡን ከልኪሉኒ..." በልክዎ።

ድሕሪ ሒደት ክትዕ፡ ነተን ግጥምታት ደው ከብለን ኣዘዝኒ። ኣብታ ትስዕብ ሕታም እተን ግጥምታት ምስ ኣቋረጻ፡ ብዙሕ ሰብ ናብ ቤት-ጽሕፈትና እናደወለ ወቐሰና። ኣብታ ሰሙን'ቲኣ ምስ መዝሙር ፈንቴ ተራኺብና ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ እናዕለልና፡ ታምራት፡ ግጥምታቱ ኣብ ጋዜጣ ምውጻእን ደስ ከም ዘየበሎ ሰሚዐ በለኒ። ነዚ'ውን ክኣምኖ

ኣይክኣልኩን። ምኽንያቱ፡ ታምራት ግጥምታቱ ክሕተማ ይደሊ ከም ዝነበረ ባዕለይ እፈልጥ'የ፣ ካብ ኣፉ'ውን ባዕለይ ሰሚዐዮ'የ። እተን ብኢዱ ኣብ ደብተር ዝጸሓፈን ረቐቕቲ ግጥምታቱ ከይተረፈ ባዕሉ'ዩ ሂቡኒ። ከመይ ኢሉ ደኣ'ዩ ሎሚ ኣብ ጋዜጣ ከይወጻ ዝብል ዘሎ? ምስ ኣብርሃ ዝገበርናዮ ምምልላስ ብግልባጡ'ዩ። ብዓል ኣብርሃን ተወልደ ወልደማርያምን እንታይ ሓሲቦም ኮን ይኽኑ? ናይዚ ምስጢር ገለ ክፋሉ ክፈልጠ ዝኽኣልኩ፡ በረኸት ካብ ኣመሪካ ተመሊሱ፣

"ናይ ታምራት ግጥምታት መኣስ ኣውጽኣየን ኢለካ?" ኢሉ ምስ ደወለለይ'ዩ።

ንኣብርሃ ማንጁስ ከምኡ ከም ዘይበልክዎ ከረድኦ እናፈተንኩ፡ ኣብ እዝነይ ዓጸወኒ። ጸኒሐ ካብ ተኽሉ ተኽላይ ዝብሃል ተጋዳላይ ገለ ምስጢራት ሰማዕኩ። በረኸት፡ ምስ ጉጅለ ብዓል ተወልደን ኣለምሰገድን ኣብ ከቢድ ምትፍናን በጺሑ ነበረ። ኢጋጣሚ እንተ ረኺቦም ኩሎም ብኣኣ'ዮም ዝመናጨቱ። ካልእ ይትረፍ፡ በረኸትን ኣለምሰገድን ናይ እግዝኣብሄር ሰላምታ'ኳ ከም ዘይለዋወጡ ነገረኒ። እቲ ዘገርም ግና በረኸትን መለስን በንጻሩ ኢድን ጓንትን ኮይኖም ነበሩ። ብዛዕባ ጉዳይ ኤርትራ'ውን፡ ብውሽጢ ውሽጢ ዝበላላዕ ሕሜት ከም ዘሎ ኣብ 'Indian Ocean Newsletter' ዘስፈሮ ጽሑፍ ኣንቢበ'ለኽ። ናይ ታምራት ግጥምታት መበገሲ ሰበብ ኮይነን እምበር፡ እቲ ቐንዲ ምኽንያትሲ ካልእ ከም ዝኾነ ኣይሰሓትክዎን።

ንእግረመገድና፡ በረኸት ግጥሚ ከም ዝገጥም ክፍለጥ ኣይድለ'ምበር፡ ጽቡቕት ግጥምታትሲ ይገጥም'ዩ። ኣብ ግዜ ቃልሲ ፍቕርን መርዓን ክልኩል ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ በረኸት ነታ ብምስጢር ኣፍቂርዋ ዝነበረ ናይ ሎሚ ኣደ ደቂ ነዛ ትስዕብ ግጥሚ ገጢሙላ ምንባሩ "ኣብቲ ጥዑም ግዜ" ኣዝዩምለይ'ዩ። ሕጂ ነታ ግጥሚ፡ ብዘይናቱ ፍቓድ የውጽኣ ስለ ዘለኸ፡ ኣይቅየመንን'ዩ ኢለ ተስፋ እገብር። እታ ብ1985 ኣብ ኣንገረብ ዝብሃል ቦታ ዝጸሓፋ ግጥሚ፡ 'መቸስ ምን እንላለን' (እንታይ'ሞ ኽንብል) እዩ ኣርእስታ። ከምዚ ትብል፣

ተፋቒርና ከይንረአአ - ከይተረኣኣና ኽንፋቐር
ከም ባሕታዊ መኒንና - ካብቲ ሸሙ ኽንባረር
ብሕጊ ተጋደልቲ ተቐይድና - ብኣጉል ስርዓት ተቐፊድና
'ታይ'ሞ ኽንብል - ብተስፋ ካብ ምማት ሓሊፍና

ነቲ ቃልሲ እናማረረ ከም ዘይገጠማ ፍሉጥ'ዩ፣ እንታይ ደኣ ስምዒትካ ናይ ምቑጽጻር ሓይሊ ንምግላጽ'ምበር። ኮይኑ ድማ ነቲ

ፍቕርን ሓዳርን ዝኽልክል ሕጊ ኣልዒሎም ተመርዕዮም ወሊዶም። በረኸት፡ ነዛ ዝረስዓ ግጥሚ ከዘክሮ ከለኹ እንታይ ኮን ይስምየ ይኸውን?

ብቅንጅት ተሳዒርና - ጻሕ ካብ በልና
'ታይ'ሞ ኸንብል - ካብ ምጽጋዕ ሓሊፍና

ኢሉ'ኳ ይኣምን'ዩ ኣይብልን'የ።

...ብዝኾነ ምስ በረኸት ስምኦን ዘይምርድዳእና እና'ኸረረ ኸደ። 'የቡርቃ ዝምታ' (ስቕታ ቡርቃ) ንሕቶ ህዝቢ ኦሮሞ መሰረት ገይረ ዝጸሓፍክዋ ታሪኽ-ቀመስ ልብ ወለድ መጽሓፍ ተሓቲማ ምስ ወጽኣት ኣንቢቡ፡ "ኢሀዴን፡ ህወሓት ሓንጊርዎ ዝኣተወ 'ክንፊ ኣምሓራ' ምኳኑ ካብ ምግላጽ ሓሊፍካ ካልእ ናይ ቃልሲ ኣበርክቶኡ ኣይገለጽካዮን፡" ኢሉ ወቐሰኒ። ሓደ መዓልቲ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ብኻልእ ጉዳይ ምስ ከድኩ ኸኣ፣

"ሻዕብያ፡ ኣርባዕተ ታንኪ ጥራይ ሒዙ ስለ ዝኣተወ ዓቢ ጅግንነት ኣሸኪምካዮ! ኣበርክቶ ኢህዴን ግና ፈጺምካ ኣይጻሓፍካዮን፡" ብምባል ዝተሰመየ ሕማቕ ስምዒት ገለጸለይ።

ብወንይ ዝዘለልክዎ ውዕሎ ኢህዲን ኣይነበረን። በረኸትን ሳሞራ የኑስን፡ ኑቲ ብመገዲ ደብረዘይት ዓሪዱ ዝነበረ ሰራዊት ኢህወደግ መሪሑሞ ከም ዝኣተው ጽሒፈዮ'የ። በረኸት ስምኦን፡ ኣዲሱ ለገሰ፡ ተፈራ ዋልዋ፡ ህላዌ ዮሴፍ..... ከም ውልቀ-ሰባት ዝነበሮም ኣበርክቶ ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ስቕታ ቡርቃ ኣስፈረዮ'የ። ኢህዴን ግና ከም ውድብ ገዚፍ ኣበርክቶ ኣይነበሮን። ብኣጠቓላሊ እቲ ቃልሲ ዝሓተቶ መስዋእቲ ክግምገም ከሎ፡ ኢህዴን ታሪኻዊ ቦታ ከም ዘይነበሮ ብዓል ገብሩ ታረቀ ዝጽሕፍዎ ዘለው ጽሑፋት ጥራይ ምንባብ እኹል'ዩ። በረኸት ንባዕሉ፡ እቶም ቀንዲ ተዋሳእቲ ህወሓትን ሻዕብያን ምኳኖም እናፈለጠ ንኣይ ክወቕሰኒ ምፍታኑ ዘገርም'ዩ። ኢህዴን ኣብ ዝተሳተፈሎም ሒደት ውግኣት'ውን እንተ ኾነ፡ ባዕሉ ዝሓንጸጾም ካርታ ኣይነበሩን። ኣብ ካርታ ህወሓትን ሻዕብያን ተለጢፉ'ዩ ዝንቀሳቐስ ነይሩ። እምባታት ዘንቀጥቀጠ ወለዶ ዘርእስታ መጽሓፍ ከነዳሉ ኸለና'ውን፡ ኣበርክቶ ኢህዴን ክንጽሕፎ እናደለና ዝጠቕም ገዚፍ ኣበርክቶ ክንረኽበሉ ስለ ዘይክኣልና ንጽገም ኔርና። ብሓጺሩ እቲ ውድብ፡ ህላዌ ዮሴፍ ኣባል ኢህኣፓ ኸሎ ካብ ዘጋጠሞ ፈተነ ሓሊፉ ካልእ ቀልብኻ ዝስሕብ ታሪኽ የብሉን። ዝኾነኾይኑ ኣብታ መዓልቲ'ቲኣ፡ ስቕታ ቡርቃ ታሪኽ-ቀመስ ልብ-ወለድ ደኣ እምበር

ልሳን ናይ ሓደ ውድብ ከም ዘይኮነት ንበረኽት ኣይገለጽክሉን። ርእይቶ ስለ ዝሃበኒ ጥራይ ሰሚዐ ኣመስገንክዎ።

(ኢህዴን ጽግዕተኛ ምኽኑ ካብ ዘርእዩ ጭብጥታት ሓደ፡ ምጅማር ብረታዊ ቃልሱ ዘብዕለሉ ዕለት'ዩ። ህወሓት 11 የካቲት ብግእዝ፡ ኢህዴን (ብኣዴን) ድማ 11 ሕዳር ብግእዝ ምጅማር ብረታዊ ቃልሶም የብዕሉ። ሓላፊ ሬድዮ ኢህወደግ ዝነበረ ገብረመስቀል ሃይሉ፡ "ኣምሓሩ ግርናብና ርእዮም ቀኛሪ 11 ስለ ዝብሉና ካብኡ ኣይሕለፉ ኢልና ቀኛሪ 11 ምጅማር ብረታዊ ቃልስና ክትከውን ወሲንና እምበር፡ ህወሓት ብልክዕ ዝተወልደሉ 11 የካቲት ኣይኮነን፡" ኢሉ ኣዕሊሉኒ። ካልእ ኢህዴን ጨንፈር ህወሓት ምኽኑ ዘርኢ ኣብነት፡ 11 የካቲት ብግእዝ ዕለተ ምጅማር ብረታዊ ቃልሶም ክትከውን ምስ ተሓተቱ፡ 'ኣይከውንን'ዩ' ክብሉ ዘይምኽኣሎም ዘስደምም'ዩ።)

* * *

ምስ በረኽት ዘይምርድዳእና እናበኣሰ ኸደ።

ጎንደር በጺሐ ምስ ተመለስኩ፡ ኣብ መጽሔት እፎይታ ዘቕረብክዎ ሪፖርት ንበረኽት ከም ዘቕጠየ ሰማዕኩ። እዚ ግና ብዕላል ዕላል ደኣ እምበር ባዕሉ ደዊሉ ከምኡ ኣይበለንን።

ግደ ሓቂ'ውን ጎንደር በጺሐ ምስ ተመለስኩ ካብ ልበይ'የ። ጸሓፊት በረኽት ምሳይ ከይዳ ስለ ዝነበረት፡ ኣብ መገዲ ሓንቲ ጆክ ኣዕሊላትኒ ነይራ። ግዜኡ 11 ሕዳር ዕለተ ልደት ብኣዴን'ዩ ነይሩ።

"ህዝቢ ጎንደር፡ እንታይ እናበለ ይጨርቕ ከም ዘሎ ሰሚዕካዶ?" በለትኒ።

"ኣይሰማዕኩን እንታይ ይብሉ'ለው?"

"ታይ ኪንኩም ዳሸን ዘይትሰትዩ ተባሂሎም ምስ ተሓተቱ?"

"ሕራይ!?"

"ሓሙሽተ ዳሸን 'ተሰቲኻ፡ ትግርኛ ኢኻ ክትዛረብ ትጅምር።"

ኣይሰሓቕኩን።

ነታ ጆክ እፈልጣ'ያ። እዚ ጽልኢ'ዚ ክዓቢ ዝኸኣለ ወያኔ ሕንከት ስለ ዘይብሉ'ዩ። ፈለማ ዳሸን ቢራ ኣብ ክልል ትግራይ'ዩ ክትከል ተሓሲቡ ነይሩ። ኣብኡ እንተ ተኸሊ ግና፡ ኣብ ማእከል ኢትዮጵያ ጠለብ ክስእን'ዩ ተባሂሉ ስለ እተሰግአ ኣብ ጎንደር ከም ዝትከል ተገብረ። ነቲ ፋብሪካ፡ ሱር ኮንስትራክሽን ተባሂሉ ዝፍለጥ ሓደ ትካል

ህወሓት'ዩ ሃኒጽዎ። እቲ ዝኸፍአን ዘሕዝንን ድማ፡ ናይ ጉልበት ሰራሕተኛታት ከይተረፉ ካብ ክልል ትግራይ'ዮም መጺኦም።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ህዝቢ ጎንደር ትም ኢሉ ተዓዚብዎም።

ቅኔ ክቓንየሎም'ውን ጸንሐ።

እቲ ቢራ ደረጃኡ ጽቡቕ ዋጋኡ ድማ ሕሱር ነበረ። ከፍሪ ምስ ጀመረ ግና፡ ንህዝቢ ጎንደር መርዚ ኾይኑ ተራእዮ። ተወሳኺ ከፊሉ ሜታ ቢራ ምስታዩ ቀጸለ። ሕጂ ግና ዳሸን ቢራ ንኹሉ ስለ ዝዓብለሎ፡ እቲ እንኮ ኣማራጺ ኾይኑ ይቕጽል ከም ዘሎ ንሰምየ ኣለና።

ጎንደር ኣብ ዝጸናሕኩሉ ግዜ፡ ናይቲ ህዝቢ ምረት ኣብ መጽሔት ኣስፈርክዎ። ካብቲ እተዓዘብክዎ፡ እቲ ቕንዲ ዘደንጸወኒ ኣብ ትግራይን ጎንደርን ተንጠልጢሉ ዝነበረ ፍልልያት ጭርሖ'ዩ።

ኣብ ትግራይ፡ ንልምዓት ዝምልከቱ ብዛዕባ ምዕቃብ ማይ፡ ምህናጽ ዲጋታት፡ ብጽፍርኻ ምንባር.... ጥራይ ዝገልጹ ጭሮሖታት ኢኻ ተንብብ። ኣብ ጎንደር ግና ንትምክሕተኛታት ዝውግዙ ጭርሖታት ኣዕለቕሊቕዎም ነበሩ። ኣብታ ከተማ፡ ንፈውሲ ማሕላ'ኳ ንልምዓት ትምልከት ጭርሖ ተንጠልጢሉ ኣይርኣኹን። ኣብ ትግራይ ሎደራት ክጽዕናን ክፍሕራን ተዓዚበ። ኣብ ጎንደር'ውን ርእየ'ለኹ። ኣብ ማእከል'ታ ከተማ፡ ሓደ ሰኣላይ ኣብ ልዕሊ ሎደር ደዱቡ ጭርሖ ክጽሕፍ ተዓዚበዮ። ንትምክሕተኛታት ዘወግዝ ጭርሖ! ብዙሕ ገንዘብ ዝተኸፍሎ ሰኣላይ፡ "ቀልቀል ምውጻእ ካብ ድሙ ተማሃሩ" ዝብል ጭርሖ ኣብ ማእከል'ታ ከተማ ጽሒፉ ከደማምቕ ምስ ተዓዘብኩ፡ ብሓዘን ፈዚዘ ይጥምቶ ነበርኩ። ግደ ሓቂ፡ እቲ ነገር ካብ ምፍዛዝ ንላዕሊ ዘብኪ'ዩ። ህዝብስ ካብ ድሙ ክምሃር!?

ኣብ ጎንደር ስራሕ ዝብሃል ኣይነበረን። ኣብ መዓልቲ ዕስራ ሸሕ ሺሎ ጫት ከም ዝሸየጥ ኣረጋጊጸ። ታሪኽ ጎንደር ዘይፈልጥ ሰብ፡ ነዚ ዜና ምስ ሰምዐ ኣይስንብድን ይኸውን። ጎንደር ብሓሳራ መከራ ከተንቀጥቅጥ ትውዕልን ትሓደርን ነበረት። ኣብ እንዳ ሰብ-ጭራ ዋጣ ምስ ኣተኹ ነቲ ጉዳይ መሊሰየ ኣረጋጊጸዮ። ነድርን እህህታን፡ ኣበየ ኣብያተ ሰብ-ጫራ ዋጣ ይጋዋሕ ነበረ። ቀንዲ ጓሂኣም ጉዳይ ሑመራ'ዩ። ከተማ ሑመራ፡ ምስናይ ስምስም እቶታ ንዕስራ ሸሕ ጥዩሳት ተጋደልቲ ህወሓት ምስ ተዋህበት፡ ከተማ ጎንደር ከብዲ እግራ ሓዊ ተቓጺላ። ወዲ ጎንደር ብዓል ጫራ ዋጣ ድማ፣

ዲሞክራሲ ማለት - ባዶ ድዩ እንጌራ
ኣኺሉዋ ጎንደር - ክትዓኑ ጀሚራ

እናበለ እህህታኡን መከራኡን ከም ሩባ ኣባይ ከውሕዞ የምሲ ነበረ። ብፍላይ ጎንደርን ህዝቢ ጎንደርን መላገጺ ከም ዝኾኑ ዘስተውዓልኩ፡ ናይ ኣዲሱ ለገሰ መራሕ ማኪና ንኣባልነት ፓርላማ ምስ ተወዳደረን ተመክሮ ዘይብሉ መንእሰይ ድማ ሓላፊ ጥዕና ናይቲ ክልል ኮይኑ ምስ ተሾመን'ዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ሓላፊ ጥዕና ክልል ትግራይ ዶክተር መስፍን'ዮም ነይሮም። ዶክተር መስፍን፡ ኣብታ ሃገር ድሕሪ ፕሮፌሰር ኣስራት እተፈልጡ ብዓል ሞያ ሕክምና'ዮም። ኣደኣም ሞይታቶም'ኳ ንምሕዛን ዝኸውን ግዜ ዘይነበሮም ትጉህ ሰራሕተኛ'ዮም ነይሮም። ኣብ ክልል ኣምሓራ ዝተመደቡ ሓለፍቲ ጥዕና ግና ተመክሮ ዘይብሎም መንእሰያት'ዮም። እቲ ምኽንያት፡ ብቕዓትን ተመክሮን ዘለዎም ሞያውያን ስለ እተሳእኑ ከም ዘይኮነ ብሩህ'ዩ። በረኸት ከምኡ ዝገበረሉ ምኽንያት እሙን ሰብ ስለ ዝሰኣነ'ዩ። በዚ ድማ፡ እታ ተወሊደላ ዝብላ ጎንደር ብፍቕሪ ልቡ ክትትንክፎ ኣይክኣለትን!

* * *

ምስ በረኸት ዘይምርድዳእና መመሊሱ እናዓረገ ኸደ።

ሓደ መዓልቲ፡ ቤት-ጽሕፈት ማሕበር ልምዓት ኣምሓራ ብሓዊ ተሃሞኸ። ጠንቂ ናይቲ ባርዕ ምስ ኣጻረናዮ፡ እቲ ሓዊ ካብ ክፍሊ ሕሳብ ከም እተበገሰ ኣረጋገጽና። ኣብ ጋዜጣና ድማ፡ "ክፍሊ ሕሳብ ክሽነ ድዩ ተቐይሩ?" ኢልና ጸሓፍና፣ ቀጺልና፡ "ዶስ ኣሃዛት ተጋጭዮም'ዮም ሓዊ ፈጢሮም?" ዝብል ትንታነ ዜና ምስ ጸሓፍና፡ ኣብ ክልል ኣምሓራ ዝርከቡ ኣንበብትና ናይ ምስጋና ደብዳበ ከውሕዙልና ጀመሩ።

በረኸት ኣይደወለን። ኣድብዩ ከም ዘሎ ተረድኣኒ። መዓልቲ ይጽበየለይ ከም ዘሎ'ውን ጠርጠርኩ። በረኸት ስምዒታውን ቀኒጡዕን'ዩ። ነቲ ዜና ኣንቢብዎ ክንሱ ከመይ ኢሉ ተዓጊሱ ከም ዝቀነየ ገሪሙኒ። ህወሓት ኣብ ክልተ ምስ ተገምዐ፡ ናይ ቀረባ ሓላፊየይ ኣለምሰገድ ገብረኣምላኽ ብቕጽበት ካብቲ ቦታ ክእለ ኸሎ፡ ኣብ ክንድኡ በረኸት ተተክአ። እዚ ምስ ኮነ ኣብ ሳልስቱ በረኸት ደዊሉ፣

"ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ሰሚዕካዶ?" ኢሉ ሓተተኒ፣ ኣዘራርብኡ፡ 'ረኺበካዶ!' ማለት'ዩ ዘስምዕ።

"እወ ሰሚዐ'ለኹ!"

"በል ካብዛ ሰዓት ጀሚርካ ርክብካ ምሳይ'ዩ!"

"ተረዲኡኒ!"

“ብዘይናተይ ኣፍልጦ፡ ሳንቲም ትኹን ገንዘብ ከይትንቀሳቐስ። ፍልይ ዝበሉ ኣገደስቲ ጉዳያት ክትጽሕፍ እንተ ደሊኻውን ኣቐዲምካ ንኣይ ተርእየኒ! ተረዳዲእናዶ?”

“ተረዲኡኒ።” በልክዎ።

(.... ደርግ ምስ ወደቐ፡ ናይታ ሃገር ናይ ሚድያ ትካላትን ፕፓጋንዳዊ ስራሕን ኣለምሰገድ ገብረኣምላኽን በረኽት ስምኣንን’ዮም ተረኪቦም። ንሕና ካድራት ድማ ደድሕረኦም። ንገሰ ፕሮፓጋንዳዊ ጉዳያት ኣለምሰገድ’ዩ ነይሩ። በረኽት ስምኣን ድማ ወራሲ ዓራት ኮይኑ ይዋሳእ። ኣብ ኩሉ ኣብያተ-ጽሕፈት ዝርከቡ ኣባላት መሪሕነት ብኣዴን፡ መዝነት ወረስቲ ዓራት’ዩ ተዋሂብዎም። ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ፡ ዶክተር ተቀዳ ኣለሙ ወራሲ ዓራት ስዩም መስፍን ክኾውን ከለ። ኣዲሱ ለገሰ ድማ፡ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ቀዳማይ ሚኒስተር ወራሲ ዓራት መለስ ኮይኑ ኮፍ በለ። ህላዌ ዮሴፍ፡ ባይቶኣዊ መረዳ 2005 ቅድሚ ምኽያዱ፡ ኣብ ትሕቲ ኣርከበ ዑቕባይ ወራሲ ዓራት ኮይኑ ተጸገው ነበረ። ተዓዛባይ ደስ ክብሎ እምበር፡ ነቲ ዓራት ከም ዘይወርስዎስ ይፈልጡ’ዮም። ክሳዕ ሕጂ ካብ ኣባላት መሪሕነት ብኣዴን ወራሲ ዓራት ኮይኑ ዝቐንዖ እንተሎ፡ በረኽት ስምኣን ጥራይ’ዩ።)

ኣለምሰገድን በረኽትን ተፈኻኽርቲ ነጋውስ ኮይኖም ንዓሰርተ ዓመታት ምስ መርሑና፡ ኣለምሰገድ ምስቲ ጉጅለ ኽባረር ከሎ፡ በረኽት ስምኣን ድማ ነቲ ሓላፍነት ጠቐሊሉ ተረከቦ።

ኣብታ ሰሙን’ቲኣ፡ ብስራሕ ናብ ቤት-ጽሕፈት በረኽት ከይደ ነይረ። ብዛዕባ ኣብቲ እዋን’ቲ ዓቢ ኣርእስቲ ኮይኑ ዝነበረ ምክፍፋል ኣባላት መሪሕነት ህወሓት እናተዘራረብና ኽለና፡ መርገጺየይ ክፍትሽ’ዩ መስለኒ፣

“ኣለምሰገድ በይኑ ተሪፉ። ብዘይካ ሰበይቱ ካልኣ ደጋፊ የብሉን።” በለኒ።

“ልክዕ ኣለኻ።” በልክዎ።

በረኽት ስምኣን ሓቂ’ዩ።

ስጋ ኣለምሰገድ ኢልካ ምምሓል ጥራይ ዝተረፈቶም ካድራት፡ እቲ ጉጅለ ምስ ተኣልየ ንምሸቱ መሳርያም ምስ በረኽት ከስተኻኽሉ ግዜ ኣይወሰደሎምን። ሪጋ ሒዞም ስሞም ከሐድሱ ምስ ረኣኽዎም ኣይገረመንን። ጽቡቕ ጌርና ንፋለጥ ኢና። ኣነ ግና ከም መንካዕ ናይ ክልቲኣም ተደናጋጺ ኣይነበርኩን። ወለደይ ኤርትራውያን ስለ ዝኾኑ፡ ምስ በረኽት ዘራኽብ ጉዳይ ኣሎዎም ኢሎም ዝኣምኑ ነይሮም’ዮም።

በንጻሩ ኣለምሰገድ ብዛዕባይ ንዝቐርበሉ ዝነበረ ተደጋጋሚ ክሲ ሸለል ይብሎም ስለ ዝነበረ፡ "ኣብሊጹ'ዩ ዝርእዮ" ኢሎም ዝሓሙ ነይሮም'ዮም። ክልቲኦም ግና ዝተጋነኑ ግምታት'ዮም።

ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራ ግጭት ምስ ተላዕለ፡ ምስ በረኸት ኣብ ሓያል ምትፍናን በጺሕና ነበርና። ነቲ ግጭት ኣመልኪቱ በረኸት ዝጸሓፎ መግለጺ ኢህወደግ፡ ብጌጋ ኣብ ጋዜጣና ጽሒፍና ምስ ኣውጻእናዮ፡ ጽሉል ተቐዪሩ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ብምጽዋዕ፣

"እዚ ጉድለት እዚ ከመይ ኢሉ'ዩ ኣጋጢሙ?" ኢሉ ሓተተኒ።

"ናይ ፊደላት ጌጋ'ዩ።"

"ንሻዕብያ ዘርብሕ ጉድለት'ዩ ተሰሪሑ።"

"ከምዚ ዝብለካ ዘለኹ ጉድለት'ዩ። መኣረምታ ከነውጽእ ኢና።"

ግደ ሓቂ'ውን እቲ ጉድለት ቀሊል ኣይነበረን። "ናይ ሻዕብያ ምንቅስቓስ ነቲ ኮናት ክውልያ'ዩ" ዝብል ምሉእ ሓሳብ፡ ብጌጋ "ኮናት ክውላዕ'ዩ" ዝብል ወጽኣ። ነቲ ጉድለት ዝጸሓፉዎ ዘውዳለም ትብሃል ሪፖርተር'ያ። ንበረኸት ምንጋር ኣድላይነቱ ስለ ዘይተራእየኒ ትም በልኩ።

በረኸት፡ ስምዒቱ ምቀጽጻር ክሳዕ ዝስእን ምንባሉ ቀጸለ፣

"ኮናት ክውላዕ'ዩ ማለትኩ፡ ኮናት ምእዋጅ ማለት'ዩ። ሻዕብያ ነዚኣ ከም መርትያ ሒዙ ክኸሰና ይኽእል'ዩ!" በለኒ።

"መኣረምታ ኽነውጽእ ኢና፣ ኽልእ ትብሎ እንተ'ሎካ ድማ ትእዛዝካ እጽበ።"

"እቲ ጋዜጣ ብምሉኡ ተኣኪቡ ብቐልጡፍ ይቃጸል!"

"ግርም!" ኢለዮ ሓፍ በልኩ።

"ኣይወዳእኩን፡" በለኒ።

ተመሊሰ ኮፍ በልኩ።

"እዛ ሃገር ኣብ ከቢድ ወጥሪ ተሸሚማ ኸላ ከምዚ ዝኣመሰለ ጉድለት ስለምንታይ ተጻሒፉ ንገረኒ?"

"እንይ ኢኻ ኽትብል ደሊኻ?" ኣነ'ውን ስምዒታዊ ኽይነ ሓተትክዎ። "...ደይ መደይ ኢልካ ንሻዕብያ ክትሕግዝ ጌርካዮ'ኳ ኢኻ ትብለኒ ዘለኻ።"

"ንሱ'ሞ ንስኻ ንገረኒ፡" ኢሉ ጨደረ።

ትም በልኩ፣ ጽንሕ ኢለ፣

"ዝደለኻዮ ስጕምቲ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ፡" ኢለዮ ካብ ቤት-ጽሕፈቱ ወጻእኩ።

ድሕሪኡ፡ ትኽ ኢለ ናብ ኣለምሰገድ ከድኩ። ናይ ክልቲኦም ቤት-ጽሕፈት ኣብ ሓደ ህንጻ'ዩ። ብሕርቃን ዝኣክል ውሽጠይ እናተቃጸለ

ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ኣትየ እቲ ዘጋጠመኒ ጸገም ኩሉ ኣረዳእክዎ። ምስ በረኸት ዝተዘራረብናዮ ብምሉኡ ምስ ሓበርክዎ፣

"ንሻዕብያ ይድግፍዩ ኢልኩም ትጥርጥሩኒ እንተ ኾንኩም፡ ነዚ ስራሕ ክሓድጎ እኽእል'የ፡" በልክዎ።

ኣለምሰገድ ግንባሩ እስርስር ኣቢሉ፣

"ንሕና ንሻዕብያ ይድግፍዩ ኢልና ኣይንጥርጥረካን ኢና፡" በለኒ። ቀጺሉ፣ "ዝሓለፈ ግዜ ኣብ ናይ መለስ ቃለ-መጠይቕ ክትርከብ ተሓቢርካ ክንስኻ፡ ምኽንያት ፈጢርካ ኣይተረኽብካን። እዚ ሓቂዶ ኣይኮነን?"

ስለ ዘይመለስክሉ፡ ጽንሕ ኢሉ ዘረባኡ ቀጸለ፣

"..... ዝኾነኽይኑ በረኸት ኤርትራዊ'ዩ። ጉዳይ ኤርትራውነት ድማ ንኽልተኹም ዘባእስ ኣይኮነን። ጉዳይኩም ባዕልኹም ተረዳዲእኩም ፍትሕዎ፡" በለኒ።

ካብ ቤት-ጽሕፈቱ ምስ ወጻእኩ፡ ነቲ ዝበለኒ ኣስተንተንክዎ። ኣለምሰገድ፡ ናይ ክልቴና ባእሲ ኣይኣመኖን ማለት'ዩ ኢለ ጠርጠርኩ። ጸኒሐ ግና ግምተይ ግጉይ ምኳኑ ኣረጋገጽኩ። ምኽንያቱ፡ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኵናት እናተኻየደ ከሎ፡ ኣለምሰገድ ብዘይዝኾነ ይኹን ጥርጣረ ናይቲ ኵናት ምስጢራት የካፍለኒ ነበረ። ሓድሓደ ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት'ውን ስመይ ምስ ሻዕብያ ኣቋሪነን ከጸልማኒ'ኳ እንተ ጎስጎሳ፡ ኣለምሰገድ ግና ጸማም እዝኒ ይህበን ነበረ።

...ዝኾነኽይኑ እቲ ጉጅለ ምስ ተኣልየ ብዙሕ ኣይጸናሕኩን። ኣብ ዝቕጽሉ ምዕራፋት ብዝገልጸልኩም ምኽንያት ነታ ሃገር ሓዲገያ ኮብለልኩ። ኣነን በረኸትን፡ ኣብ ኢትዮጵያ ተወሊድና ዝዓበና ኤርትራውያን ኢና - ኣብ ቢሾፍቱን ጎንደርን። ከምዚ ኢልና ብሓባር ኽሪምና ብኽምዚ መገዲ ድማ ተፋላሊና።

* * *

ምስ በረኸት ከምዚ ኢልና ብሓባር ኽሪምና ብኽምዚ መገዲ ምስ ተፈላለና፡ ሽዑ ንሽዑ ንሓዋሩ ከም ዝረሰዓኒ ርግጸኛ'የ፣ ኣነ ግና ኣይረሳዕክዎን፣ ምኽንያቱ፡ ኣብ ዝኽድክዎ ቦታ ብሚድያ ስለ ዝመጽእ ክርስየ ኣይክእልን'የ።

ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ጀርመን ኣብ ዝበጻሓሉ እዋን ብቋንቋ ጀርመን መደረ ምስ ኣቕረበ፡ ካብ ጀርመናውያን ብቕሊሉ ልዑል ኣድንቆትን ፍቕርን ከም ዘትረፈ ይዝከረኒ። መራሒ ጅቡቲ

ሓሰን ገለ፡ ኣብ ኢትዮጵያ መጺኡ ወዲ ድሬዳዋ ምኽኑ ብኣምሓርኛ ምስ ነገረና፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝተሰምዓና ናይ ኣድንቆት ስምዒት ኣይርስያንየ። ሓደ እዋን፡ ኤምባሲ ኮርያ ድራር ዓዲሙና ነይሩ። ኣብ መኽፈቲ'ቲ እንግዶት፡ እቲ ቆንስል ብኣምሓርኛ መደረ ምስ ኣቕረበ ገሪሙናን ተሓጉስናን ኣምሰና። እዚ ዓይነት ሜላ'ዚ ደገፍቲ እተዋርየሉ ሀሁ'ሃ'ዩ። ኣቦ፡ ንወዱ እንተ ስዒምካሉ ደስ'ዩ ዝብሎ። በረኸት ግና በንጻሩ፡ "መራሒ ውድብ ኣምሓራ'የ" እናበለ ምስ VOA ኣብ ዝገብሮ ቃለ-መጠይቕ "ብትግርኛን እንግሊዝኛን እንተ ዘይኮይኑ በምሓርኛ ኣይዛረብን'የ" ክብል ከሎ ብዙሕ ግዜ'ዩ ዝገርመኒ። በዚ መርገጺኡ'ዚ ጽልኢ ምሕፋሱ ብሩህ'ዩ። ካብዚ ዝዞቐ ዘሎ ጽልኢኺ ዘየስተውዓልናሉ ረብሓዶ ይረክብ ይህሉ ይኸውን? ሚኒስተር ዜና ኤርትራ ኣቶ ዓሊ ዓብዱ፡ ብጽሩይ ኣምሓርኛ መግለጺ እናሃበ፡ ወዲ ጎንደር በረኸት ግና ጽሩይ ኤርትራኛ ይዛረብ። "በረኸት፡ ህዝቢ ከም ዝጸልኦ ስለ ዝፈልጥ ህልኽ ኣለዎ" ኢሎም ዝጸሓፉ'ውን ኣለው። ምስ ህዝቢ ተሃላሊኽካ ግና ኣብ ትበጽሖ የብልካን። ከም ደቡብ ኣፍሪቃዊ ታቦ ምቤኪ "ውረድ ይኣኽለካ! እንተ ተባሂልካ፡ "የቐንየለይ!" ኢልካ ክትሰናበት'ዩ ዘለካ። ከምዚ ክትገብር ድማ ብርግጽ ጅግንነት ይሓትት'ዩ። ሲቪላዊ ጅግንነት ግና ንመለስን በረኸትን ኣብ ጎሮሮ ዝተሰንቀረት ዓጽሚ ኮይናቶም ኣላ።

* * *

በረኸት፡ ኣብ ዝኸድክዎ ዓዲ ብሚድያ ጥራይ ኣይኮነን ዝመጽእ። ብኣካል'ውን ክልተ ሰለስተ ግዜ ናብ ፕራቶሪያ መጺኡ'ሎ። ጥዕና ከም ዘይብሉ ብዙሕ ግዜ ብሚዲያ ይግለጽ'ዩ። ኣብታ ተሰዲደ ዝነብራ ዘለኺ ፕራቶሪያ ብዙሕ ግዜ ክሕከም ይመላለስ'ዩ። በጋጣሚ ነታ ትኣልዮ ዝነበረት ጸላም ደቡብ ኣፍሪቃዊት ነርስ እፈልጣ'የ። ምስ ብዙሓት ሓበሻ ናይ ቀረባ ርክብ ኣሎዋ። ሓደ መዓልቲ፡ ምስታ ነርስ ከይኤፍሲ ኣብ ዝብሃል ቤት-ምግቢ ተራኺብና እናዕለልና፡ ዋዛ ኣምሲለ፣

"በረኸት ስምኦን ዝብሃል ኢትዮጵያዊ ንስኺም ትሕክምዎ ከም ዘለኺም ሰሚዐ፡" በልክዋ።

"ኦ! በረኸት! ጥዑም ሰብ'ዩ። በምሓርኛ ሰላም ኢለዮ ኣዝዩ'ዩ ገሪምዎ። ናብ ኢትዮጵያ ክበጽሕ'ውን ዓዲሙኒ'ሎ፡" ብምባል ኑቲ ዕላል ባህ ኢሉዋ ቀጸለቶ።

“ልክዕ ኣለኺ! ጥዑም ሰብ’ዩ። ናይ ርሑቕ ዘመደይ’ዩ።” ቀጺለ፣ “ከመይ ደኣ ገይርዎ በጃኺ?” ኢለ ሓተትክዋ።

እናተዋላወለት፣

“...Do you know about anxiety neurosis? ጸኒሓ፡ “... it is some kind of mental problem.” ኢላ መለሰትለይ።

ብዛዕባ ጠንቂ ሕማም ኣእምሮኡ፡ እቶም ዝሕክምዎ ጸዓዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ሓካይም እንታይ ይብሉ ኣይፈልጥንየ። ካልኦት ሓካይም ከም ዝገለጹለይ ግና፡ ኣብ 2005 ኣብ ዝተገብረ ባይቶኣዊ መረጻ ዲዛይነር ፕሮፓጋንዳ ኮይኑ ምስ ሰርሐ፡ ፍሽለት ስለ ዘጋጠሞ ንሱ ሓደ ካብ ጠንቂ መበገሲ ሕማሙ ክኸውን ይኽእል’ዩ። ብተወሳኺ፡ እቲ ንሱ ዝነደፎ ናይ ፕሮፓጋንዳ ስትራተጂ፡ ንተቓወምቲ ዕድል ዝሃበ፡ ተቓወምቲ በረኸም ክወጹ ዝገበረን ተልእኾኡ ዝሰሓተን ተባሂሉ’ዩ ተገምጊሙ። እቲ ገምጋም፡ ንበረኸት ምሒር ከም ዘኻሸሞ ሰሚዐ። ብዘይካ’ዚ፡ ንሕማም ኣእምሮ ዘቃልዕም ካልኦት ሰለስተ ዓበይቲ ጉዳያት’ውን ምርኣይ ይክኣል’ዩ። ሓደ፡ ኤርትራዊ ክንሱ ኣባል ናይታ ኤርትራውያን ከተባርር ዝተመዘዘት ኮሚተ ኮይኑ ምስራሑ ክጥቀስ ይክኣል። ኻልኣይ፡ መራሒ ውድብ ኣምሓራ ኽንሱ ተቐባልነት እናሰኣነ ስለ ዝኸደ ቅልውላው መንነት ኢጋጢምዎ ክኸውን ይኽእል’ዩ። ሳልሳይ፡ ኣብ 2005 ዝተገብረ መረጻ፡ ኣብ ወረዳ ቡግና ተወዳዲሩ ስለ ዝተሳዕረ፡ ብኽቱር ብስጭት እህህ እናበለ ድምጺ ህዝቢ ክሰርቕ ተገዲዱ’ዩ። በዚ ምኽንያ’ዚ ድማ፡ ሓሚሙ ክኸውን ከም ዝኽእል እቶም ሞያውያን ይሰማምዕሉ።

* * *

ንመወዳእታ ግዜ ንበረኽት ብኣካል ዝረኣኽዎ፡ ኣብ ዋና ኽተማ ፕሪቶሪያ - ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ጐደና ቤትሪክስ ክልቴና ቀይሕ መብራህቲ ትራፊክ ደው ምስ ኣበለና’ዩ። ኣብ ውሽጢ’ታ ቅርጺ ሓርማዝ ዝነበራ ማርቸድስ ኤምባሲ ኢትዮጵያ፡ ብድሕሪት መስኮት ከፊቱ ከምታ ልማዱ ቡቲ መባጨዊ ትርኢቱ ይስሕቕ ነበረ። ወዲ ስምኦን በረኽት!

- 5 -
ብደም እተረኽበ ስልጣን

ሓደ ጎኑ ክቡር - ሓደ ጎኑ ነጋዳይ
ሓደ ጎኑ እሙን - ሓደ ጎኑ ዘማታይ
ሓደ ጎኑ ርሕሩሕ - ሓደ ጎኑ ሕሱም
ምስ ከምዚ ጉጅለስ
ዝንበርዶ ይመስለኩም?

(ግጥሚ - ኣሌክሳንድር ፑሽኪን)

- ትርጉም ኣያልነህ ሙላቱ -

ኣብ 1992፡ ባይቶኣዊ መረጻ ክካየድ ዓሰርተ መዓልታት ጥራይ ምስ ተረፎ፡ ኣለምሰገድ ንላዕለዎት ካድራት ፕሮፓጋንዳዊ ጉዳያት ኣኪቡ ዘሰደምም ውዲት ነገረና። ኣለምሰገድ ዝበሎ ቃል ብቓል ስለ ዘስፈርክም፡ ካብ መዘክር ደብተረይ ከም ዘለዎ ከቕርበልኩም፣

"... ብደም ዝረኽብናዮ ዓወት፡ ብመረጻ ካርድ ኣይነረክቦን ኢና። ኣብ መላእ ኦሮሚያ እኹል ምድላዋት ኣይገበርናን። ኦህዴድ ድማ ሓዱሉ ኣይወጸን። ብስም መረጻ ነዛ ሃገር'ዚ ሳምሶናይት ኣንጠልጢሎም ንዝመጽኡ ኦነግ ኣይነረክባን ኢና። ስለዚ እዚ መረጻ'ዚ ክስረዝ'ዩ፣ ወይ ድማ ኦነግ ካብዚ መረጻ'ዚ ክእለ'ዩ፡" በለና።

ንምሸቱ ናብ ክልተ ጋዜጠኛታት ዝነበሩ ኣዕሩኽተይ ደዊለ፡ እናተደረርና እቲ ኣለምሰገድ ዝበሎ ቃል ብቓል ምስ ነገርክዎም፡ ኣስደሚምዎም ጽን ኢሎም ሰምዑኒ። ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ርግእ ኢልና ድሕሪ ምምይያጥ፡ ኢህወደግ፡ ብዝኾነ ይኹን መዓቀኒ ኣብዛ ሃገር ዲሞክራሲ ክህነጽ ድልየት የብሉን ኣብ ዝብል መደምደምታ በጻሕና። ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኩናት ሓድሕድ ክቕጽል ከም ዝኽእል ንምንባይ'ውን ነቢይ ምኻን ኣየድለየናን።

ኣለምሰገድ ከምዚ ቅድሚ ምባሉ ቅድሚ ሰለስተ ወርሒ፡ ኣብቲ ተወልደን ሌንጮን ዝመርሕዎ ሓባራዊ ኣኼባ ካድራት ኢህወደግን ኦነግን ተሳቲፈ ነይረ። እምብዛ ሃናጺ ዘተ'ዩ ነይሩ። ኣብታ ሃገር፡ ሰላምን ዲሞክራስን ክሰፍን ብሓባር ክንሰርሕ ከም ዘለና ተሰማሚዕና ኢና ኣኼባና ዛዚምና። ካድራት ኦነግን ኢህወደግን፡ ኣብ ሓደ ኣደራሽ ተኣኪብና ክንዘራረብ ፈለማና ብምንባሩ፡ ኩልና ተስፋ ኣሕዲርና ነበርና። ድሕሪ'ቲ ኣኼባ፡ ንሓደ-ክልተ ካብቶም ምሳና ዝቐነዩ ኣባላት ኦነግ፡ "እዚ ናይ ምንጻል ዕላማኹም እንተ ትሓድግዎ'ኸ፡ ብሓባር ክንሰርሕ ምኽኣልና" ኢልናዮም ኔርና። ንሳቶም ግና፡ "ኣብዛ ሃገር ክንነብር ከም ንኽእል፡ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ተሃኒጹ፡ ህዝብና ኮሪዑ ብናጽነት ክነብር እንተ ተፈቒዱሉን ዘተኣማምን ውሕስነት እንተ ረኺብናን ደኣ፡ እንታይ ክንረክብ ኢልና ኢና ክንንጸል?" በሉና።

ኣብ ግዜ ሻሂ ምሳይ ዘዕልሉ ዝነበሩ ደቂ ኦሮሞ፣

"....ክንጸል ንሓስብ'ኸ፡ ኣተሓሳስባ መራሕቲ'ዛ ሃገር ስለ ዘይተቐየረ ህዝብና መሰሉ ኣይረክብን'ዩ ኢልና ተስፋ ስለ ዝቈረጽናን'ዩ እምበር፡ ሓድነት ሓይሊ ምኽኑ ጠፊኡና ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ኣብ ውሽጢ ብሓይሊ ዝተፈጥረ ሓድነት ብባርነት ካብ ምንባር፡ ተበታቲንካ ብናጽነት ምንባር ይሓይሽ ኢልና ኢና። ዓሌታዊ ጭቆና፡ ማዕረ ኽንደይ ኣሰቃቒ ምኽኑ ኣይርድኣኩምን'ዩ። ምኽንያቱ ስለ ዘይፈተንክሞ ኣይትፈልጥዎን ኢኹም! ባህልኻ ምሕኻኽ፡ መንነትካ ምብራዝ፡ ብቋንቋኻ ከይትጥቀም ምእጋድ፡ ብባዕዳዊ ገዛኢ ክትመሓደር፡ ካብ ኩሉ ዝኸፍአ ድማ ኣብ ገዛእ ሃገርካ ካልኣይ ዜጋ ክትቀጸር ማዕረ ኽንደይ ከቢድ ምኽኑ ኣይርድኣኩምን'ዩ ....." ብምባል ዓሚቕ ስምዒቶም ኣካፊሎሙኒ'ዮም።

ከምዚ ክብሉኒ ኽለው፡ ኣዘራርባኦምን ኣብ ገጾም ዘንብቦ ዝነበርኩ ስምዒትን ክሳዕ ሎሚ ትዝ ይብለኒ። ስቕታ ቡርቃ ዘርእስታ መጽሓፈይ ምናልባሽ ኣብታ መዓልቲ ተጠኒሳ ክትከውን ትኽእል'ያ። ሻቡ ሓረስቶት ቢሾፍቱ ትዝ ስለ ዝበሉኒ፡ ስምዒቶም ኣጸቢቕ ክግንዘቦ ክኢለ'የ። ኣብቲ እዋን ዝነበረ ንኦነግ ከም ምትእኽኻብ ሰይጣውንቲ ጌርካ ናይ ምርኣይ ዝንባለ ኣይሰማምዓሉን'የ። ንህዝቢ ኦሮሞ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ሃብቲ መርገም ከም ዝኾኖ ከስተውዕለሉ ክኢለ'የ።

ድሕሪ'ቲ ኣኼባ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ፡ ኣለምሰገድ፡ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽኩልኩም ዘይተጸበናዮ ውዲት ኣርደኣና።

ኣለምሰገድ ኑቲ ዘየወላውል ውሳነ ምስ ገለጸልና፡ ድሕሪኡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ኦሮሚያ ካድራት ኦነግ ክቕንጸሉ ጀመሩ። ካብቶም ዝተቐትሉ፡ ምስቶም ክልተ ኣብቲ ናይ ሓባር ኣኼባ ዝተሳተፉ ተላልየ

ነይረ። ቀንዲ መራሕቲ ናይቲ ቅንጸላ፡ ሳሞራ፡ ኣባዱላ፡ ኩማን ታደሰ ወረደን'ዮም። ኣብቲ ተወልደ ዝመርሖ ንካድራት ኢህወደግ ጥራይ ዝምልከት ኣኼባ፡ ሓደ ካብ ኣዘዝቲ ሰራዊት ህወሓት ኣብ ልዕሊ ኦነግ ከመይ ገይሮም መጥቃዕቲ ከም ዝፍጽሙ መብርሂ ኣቕሪቡ ነበረ። ኣብ ኩሉ ኣውራጃታት ምሽት ኦነግ ኣኼባ ከካይዱ ኸለው፡ ሲቪል ዝተኸድኑ ዕጡቓት ኣቑዲሙ ዝተሃንደሰ ዕግርግርን ተኹስን ይጅምሩ። ብናይ ቅንጸላ ኣገባብ ዝሰልጠኑ ኣባላት ምክልኻል፡ ዘገላግሉ መሲሎም ንዝተመርጹ ዕላማታት ይወቕዑ። መን ከም ዝቕንጸል ኣቑዲሙ ኣብ ኣኼባ ዝውሰን ኮይኑ፡ ብምስጢር'ዩ ዝትሓዝ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኢህወደግ፡ "ኦነግ እንተ ተኹሶምልኩም ኣይትተኩስሎም" ኢሉ ንዕጡቓት ኣባላቱ ብእውጅ መገዲ ኣትሪሩ'ኳ እንተ ገለጸሎም፡ ቡቲ ሓደ ወገን ድማ ፈልዮም ዝቕንጽሉ ፍሉያት ኮማንዶ ኣሰሊፉ ነበረ። ቤት-ጽሕፈት ኦነግ ወሪርካ ሰነዳት ምዝማት ዕለታዊ ተግባር ኮነ። ብዛዕባ ኣበየ ከባቢኡ ዝተቕንጸሉ ኣባላት መራሕነትን ካድራትን ኦነግ ዜና ክመጽእ ከሎ፡ ብሚድያ ከይመሓላለፍ ጽኑዕ መምርሒ ተዋሂቡና ነበረ። ኦነግ ነቲ ተግባር ኣመልኪቱ መግለጺ ክሰድድ ከሎ፡ ኣቕዲሙ ብመራሕነት ኢህወደግ ይንበብ'ሞ መልሲ ይዳለወሉ ነበረ። ድሕሪኡ ንኽልቲኡ ጐኒ-ጐኒ ነቕርቦ። ኢህወደግ፡ ነቲ ብኦነግ ዝወጽእ መግለጺ ዓጸፋ መልሲ ክህበሉ እንተ ዘይክኢሉ ድማ እቲ መግለጺ ብኡንብኡ ይዕገት ነበረ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ኦነግ ቀንዲ ጸላኢ ኢህወደግ'ዩ ነይሩ። ህዝቢ ኦሮሞ፡ ካብ ሓረስታይ ክሳብ ምሁሩ ግልብጥ ኢሉ ንኦነግ ምስ ደገፎ፡ ኦህዴድ ሕማም ድቃስ ከም ዝሓዞ ከብቲ ፈዚዙ ተረፈ።

መራሕነት ኢህወደግ ዝገብሮ ጠፈእዎ ኣብ ቃራና መገዲ ደው ኢሉ ነበረ። እንተ ተተኻኢሉ ንኦህዴድ ምሕያል፡ ንሱ እንተ ተዘይሰለጠ ድማ ንኦነግ ኣለማሚድካ፡ (Domesticate ጌርካ) ነቲ ምትሓዙ ኣጸጊሙ ዘሎ ኦህዴድ ምድምሳስ ዝብል ኣማራጺ ሒዙ ድቃስ ስኢኑ ይሓድር ነበረ። እንተኾነ ግና፡ ንኦህዴድ ምሕያል ኮነ ንኦነግ ምልምማድ ኣይተኻእለን። "ንኦነግ ምልምማድ" ዝብል ሓሳብ ኣጸቢቑ ዝደፍኣሉ ዝነበረ መለስ ዜናዊ'ዩ። ቤተ-መንግስቲ ሃጸይ ምኒልክ ስለ ዝጸቦም'ዩ እምበር፡ መለስን ሌንጮ ለታን ክረዳድኡ ይኽእሉ'ዮም። ሰዓብቲ ተወልደን ኣለምሰገድን ዝኾኑ ኣባላት መራሕነት ኢህወደግን ግና፡ "ኦነግ ዝቕየር ተፈጥሮ የብሉን" ኢሎም ክድምድሙ ኸለው፡ በንጻሩ፡ "ኦነግ ጥይት ተረፍራፍዎ ክጠፍእ ኣለዎ!" ዝብል ፋሺሽታዊ ኣረኣእያ ዝነበሮም'ውን ነይሮም'ዮም።

ኣዲስ ኣበባ ቅድሚ ምትሓዝ ቅድሚ ሓደ ወርሒ፡ ኣብ ሜዳ ሓደ ዓቢ ኣኼባ ተኻዪዱ ነይሩ። ኣብ ምዝዛም ናይቲ ኣኼባ፡ ደርግ ምስ ወደቐ ብዛዕባ ንሰርሖ ስራሕ ዝምልከት መምርሒ ክውሃበና ከሎ፡ "ኣብ ኢትዮጵያ ብዘሎ ህሉው ኩነታት፡ ብዙሕነት ሰልፋዊ ስርዓት ንሰውራዊ ዲሞክራሲ ዕንቅፋት ስለ ዝኾነ ተቐባልነት የብሉን" ዝብል መደምደምታ ተበጺሑ ከም ዝነበረ እዝክር። ኢህወደግ፡ ብዙሕነት ሰልፋዊ ስርዓት ክህሉ ግዴታ ኮይንም ዝተቐበሎ፡ ኣብ ለንደን ኣብ ዝተኻየደ ኮንፈረንስ'ዩ።

ደርግ ወዲቑ ኣብ ዓመቱ ባይቶኣዊ መረጻ ክግበር ምስ ተቓረበ፡ ኦነግ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ሕጹያት ከቕርብ ከሎ፡ ኢህዴድ ግና ኣሽሓት ሕጹያት ከቕርብ ስለ ዘይክኣለ፡ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ቤተ-ሰቦም ከቕርቡ መምርሒ ተዋሂብዎም ከም ዝነበረ እዝክር። ክንዲ ዝኾነ፡ ኢህወደግ ናብቲ ተፈጥሮኣዊ ባህርያቱ ክምለስ ተገደደ። ሚዲያታት ንኦነግ ኣብ ምጽላም ተጸምዳ። ዜናን ሓተታን ብበረኸትን ኣለምሰገድን ሳሕቲ ድማ ብመለስ እናተጻሕፉ ይወሃቡና ነበሩ። ቤት-ጽሕፈትን ቤተ-መንግስትን ኢህወደግ፡ ብዘይካ ጉዳይ ኦነግ ካልእ ኣጀንዳ ኣይነበሮምን። "ኢትዮጵያ ማለት ኦሮሚያ ማለት'ያ" ዝብል ኣበሃህላ'ሎ። ክልል ኦሮሚያ ድማ ኦነግ ይሕሸኒ እምብለይ ኢላ ደው በለት። ድሕሪኡ "ብደም ዝተረኽበ ዓወት ብመረጻ ካርድ ኣይውሰድን'ዩ!" ዝብል ሞርሒ መሪሕ መፈክር ኮነ። ኦነግ፡ ካብቲ ክካየድ ምድላዋት ዝግበረሉ ዝነበረ ባይቶኣዊ መረጻ ኽስሕብ ዘማኽሩ ሽማግለታት ከም እተላእኩሉ ከይተረፈ ሰሚዐ። ኦነግ ግና እናተሃድነን እናተቐትለን ኣብቲ መረጻ ክወዳደር ምድላዋቱ ቀጸሎ። ንኦነግ ናይ ምፍርራሕን ምውቃዕን ወፈራ ካብ ዝተኣወጀሉ ዕለት ኣትሒዙ፡ ወትሩ ምሽት ከከም ኩነታቱ ኣለምሰገድን በረኸትን ይረኽቡና ነበሩ። ኦነግ ብገዛእ ፍቓዱ ካብቲ ባይቶኣዊ መረጻ ከም ዝስሕብ ግምቶም ነገሩና። ባዕሉ እንተ ዘይኣንሳሒቡ ግና እቲ መረጻ ከይየድ ተወሰነ።

መዓልታት ብመዓልታት እናተተክአ እታ ናይ መወዳእታ ዕለት በጽሐት። ባይቶኣዊ መረጻ ጽባሕ ንግሆ ክካየድ'ዩ። ምሽት ሰዓት ሸሞንተ ቅድሚ ምእካሉ፡ ኩልና ሓለፍቲ ጨናፍር ሚኒስትሪ ዜና፡ ልክዕ ከም ሓደ ወተሃደር ኣብ ቤት-ጽሕፈትና ኮይና ኣብ ተጠንቀቕቕ ክንጸንሕ ተሓበረና።

እንሆ! እቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ናይ ብስራት ዜና በጽሐ።

በረኸት፡ ብኽቱር ሓጐስ ዝኣክል ከም ሓደ ተራ ተለኣኣኺ ነቲ ዜና ሒዙ ናብ ዘዝነበርናዮ ቦታ እናበረረ መጽኣ! "ህጹጽ ዜና ይመጽእ ኣሎ!" ዝብል ድምጺ ንኣእዛና ኣደንቆሮ።

"ኣገዳሲ ዜና በጺሑኒ'ሎ!" በለ በረኸት።

"እነግ ካብ ምርጫ '92 ኣንሳሒቡ!!"

ዓቢ ታሕጓስ!

ስምዒትካ ምቑጽጻር ኣይተኻእለን። እፎይታ ኾነ! ነቲ ኣብ መንነ ኣመሪካ፡ ሩስያን ኩባን ዝነበረ ንምምዕባል ሚሳይል ዝምልከት ወጥሪ ዘዛኻክር እፎይታ!

እቲ ሓደ ናብቲ ሓደ ደዊሉ፣

"ዜና ሰሚዕካዶ!?"

"ሰሚዐ! ኣመና ዘሕጉስ'ዩ!"

ተኽሉ ተኽላይ ዝብሃል መሳርሕተይ፡ ኣተሓሳስባኡ ከምቲ ሽሙ ሕውስውስ ዝበለ'ዩ። ተኽላይ ተኽሉ ድዩ ዝብሃል ዋላስ ተኽሉ ተኽላይ፡ ነየናይ ከም ዘቕድም ክሳብ ሎሚ'ዩ ድንግርግር ዝብለኒ። ቅልል ክብል ኣታኽልቲ እንተ ዝብልዎ ምሓሸ። ተኽሉ ተኽላይ በይኑ ዝሓስብ ዝኾነ ነገር ዘይርድኦ መስኪን ሰብ'ዩ። ኣነግ ካብ መረጻ ከም ዘንሰሓበ ዜና ምስ ሰምዐ፡ ደዊሉ፣

"ኣነግ ካብ መረጻ ዘንሰሓበ ህዝቢ ከም ዘይመርጾ ፈሊጡ'ዩ! ብርግጽ'ውን ካብ ዝዋረድ ከምኡ ምግባር ይሕሸ፡" በለኒ።

እቲ ጸወታ ዝተረድኦም ንቕሕ ዝበሉ ካድራት ህወሓት ድማ፣

"ተጨኒቕና ኔርና'ኮ! ዜና ምስ ሰማዕና ኣስተንፊስና!" በሉ።

ኣማረ ኣረጋዊ ብወገኑ ኣብ ሓደ ናይ ሚድያ ኮሚተ ኣኼባ፡

"ዝኾነኾይኑ ክንዛነ የብልናን፣ ንኣነግ፡ ከተዳኽሞ እምበር ፈጺምካ ከተጥፍኦ ኣይክኣልን'ዩ፡" ኢሉ ኣጠንቀቐና።

ኣነግ፡ "ካብ መረጻ ኣንሳሒቡ" ካብ ዝብሃል፡ ብድፍኑ "ከም ዝእለ ተገይሩ!" እንተ ዝብሃል ምሓሸ። እታ "ውጻእ ኣይትበሎ ከም ዝወጽእ ግበሮ" እትብል ፍልጥቲ ናይ ትግርኛ ምስላ፡ ንናይ ኣነግ ምንስሓብ ጽቡቕ ገይራ'ያ ትገልጸ።

ኣብቲ ንይምሰል መረጻ ዝተኻየደሉ ሰሙን፡ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ምስ በረኸት ከነዕልል ከለና ከምስል'ውን ኣይፈተነን። ብግልጺ፡

"ህዝቢ ኦሮሞ ናይ ኣነግ ጸቢብ ዕላማ ኣሚኑ ናብ ገደል እናኣተወ ትም ኢልና ክንርእዮ ኣይንኽእልን ኢና! እቲ ክግበር ዘለዎ ተገይሩ'ሎ፡" በለኒ።

- 6 -
ፈተንቲ መዓልታት ስራሕ

ነቲ ጸንበለል ዝበለ - ጠስሚ እንተ ንሓቶ
"ገፊያምኒ'ዮም" ምበለ - እቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ
እዚ ደኣ'ሞ ሰናይ እንድዩ - ሕጊ ምጉጽንጽ ዝፈረዶ
ዘይተሓቑነ ጸባ - መኣስ ጠስሚ ይወጸ
ከይኮነ...
ወዲ ርግኡ ጠስሚ - ውላድ ጸባ ርግኡ

(ግጥሚ - ወሰን ይሄይስ)

ኣብ 1992፡ ቀዳም መዓልቲ ከምቲ ልሙድ ቤት-ጽሕፈተይ ኣትየ ዝተሓትማ ጋዜጣታት ክገናጽል ጀመርኩ። ኣብ ጋዜጣ 'የዛሬይቱ ኢትዮጵያ' ቀዳማይ ገጽ፡ "ቀዳማይ ሚኒስተር ታምራት ላይኔ ናብ ኒውዮርክ ከይዱ" ዝብል ዜና ተጻሒፉ ኣንበብኩ። ጌጋ'ዩ ኢለ ስለ ዘይገመትኩ ድማ ናብ ዝቐጽል ገጻት ሰገርኩ።

ሓደ ካብቲ ኣሰልቻዊ ዜናታት ምኻድን ምምጻእን ሰበ-ስልጣን'ዩ። መዲናታት ኣፍሪቃ ብኽምዚ ዓይነት ሃለውሉው ዜናታት ተኻቢኣን ክርእየን ከለኹ፡ ሕጂ'ውን እንተ ኾነ ኣየንብቦን'የ። ርእሰ ነገር ናይቲ ዜና፡ ዕላማ መገሻኡም ዘይኮነ ምጋሾም ጥራይ ስለ ዝገልጽ'ዩ ዘሰልችወኒ። ብዙሕ ግዜ ምኽንያት ዕላማ መገሻኡም ዝግለጽ'ኳ እንተ ኾነ ሓሶት'ዩ። "ተዓዲሞም"፡ "ምብጻሕ ስራሕ"፡ "ንኣኼባ" እዩ ዝብሃል። ከይዶም! ተመሊሶም! ንእገለ ተቐቢሎም! ንእገለ ኣዘራሪቦም! ..... እንታይ'ዩ እሞ እዚ? መራሕትና ኽገሹ ኽለው፡ 'ምኽንያት መገሻኡም ካብ ክልተ ነገር ኣይሓልፍን'ዩ' እናበልና ንድኣል ነበርና - ሓደው ልቓሕ ንምሕታት ሓደው ድማ ልቓሕ ንምስራዝ።

ገጣሚ ሞጎስ ሃብቱ፡ ኣብታ 'የኣፍሪቃ መንግስታት' (መንግስታት ኣፍሪቃ) ዘርእስታ ሓጻር ግጥሙ፡ ነዚ ናይ ልቓሕን ልቓሕካ ክስረዘልካ ናይ ምልማንን ባህሊ ጽቡቐ ገይሩ ድኢልሉ'ሎ፣

መንግስትታት ኣፍሪቃ - እምብዛ የደንጽው
ስግር ባሕሪ እናኸዱ - ገንዘብ ዝልቅሑ
ካብ ሰኣኑ እንታይ ይግበር - ደሓን ይለቅሑ
እንታይ'ዮም ግና ብወግዒ ...
ከምዚ ጥዑም ዜና - ተለቂሕና ዝብሉ!?

ኣብታ መዓልቲ'ቲኣ፡ ማለት ቀዳም ንግሆ ጋዜጣታት እናገናጸልኩ ከለኹ፡ በረኸት ስምኣን ብናይ ቀጥታ መስመር ተሌፎን ደወለለይ። እቲ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ጋዜጣ የዛሬይቱ ኢትዮጵያ ዝወጽኣ ዜና ምሒር ኣቐጢያዎ ነበረ።

"ታምራት ናብ ኒውዮርክ ኣይከደን። ካብ ኒውዮርክ ንዝመጽኣ ጋሻ'ዩ ተቐቢሉ ኣዘራሪብዎ! እዚ ደይ መደይ ኢልካ ዝተገብረ'ዩ፡" በለኒ።

ዝምልሶ ጠፍኣኒ። በረኸት ሓቂ'ዩ። "ናብ ኒውዮርክ ምኻድን ካብ ኒው ኒውዮርክ ንዝመጽኣ ጋሻ ምቕባልን" ነንበይኑ'ዩ። ጌጋ ኣይመስልን'ዩ፣ ጌጋ ኣይኮነን እንተ ኢልና ድማ ዋና ኣሰናዳኢ ናይታ ጋዜጣ ስሜነህ መኮነን ከምዚ ዜና ስለ ዘቕረበ እንታይ ሳዕቤን ከምጽእ ይኽእል?

በረኸት መንነት ናይቲ ዋና ኣሰናዳኢ ሓቲቱኒ ምስ ሓበርክዎ፣

"ደይ መደይ ኢሉ ዝገበሮ'ዩ፡" በለኒ።

"ቅድም ክረኽቦ'ሞ፡ ሽዑ ኽመይ ኢሉ እቲ ጌጋ ከም ዘጋጠመ ኣጻርየ ክሕብረካ፡" በልክዎ።

"ምርካቡ ኣየድልን'ዩ! ኣባርሮ ጥራይ፡" ኢሉ ኣዘዘኒ።

ነታ ተሌፎን ከይዓጸኹዋ ከለኹ፡ ጸሓፊተይ ብናይ ውሽጢ መስመር ደዊላ ስሜነህ ክረኽበኒ ደልዩ ከም ዘሎ ሓበረትኒ።

"እቶ በልዮ፡" በልክዋ።

ስሜነህ፡ ከምታ ልማዱ ሽጋራ እናትከኸ ህድእ ኢሉ ብምእታው ኮፍ በለ። ኣነ'ውን ከም በረኸት ክንድር ከም ዘለኒ ዘኪረ ቅልጥፍ ኢለ ገጸይ ጸወግኩሉ። ዝተቐማዕኩ ኽኣ መሰልኩ። ግደ ሓቂ ግና እቲ ዜና ኣየሕረቐንን፣ "ታምራት ላይኔ ናብ ኒውዮርክ ኾብሊሉ" እንተ ዝብል ብርግጽ ምነደርኩ።

ስሜነህ መኮነን፡ ምጽዋገይ ርእዩ ፍሽኽ በለ። ከም ዘይሓረቐኩ ኣስተውዒሉለይ ኣሎ ማለት'ዩ ኢለ መሊሰ ገጸይ እሰር ኣበልክዎ።

"ነቲ ጌጋ ርኢኻዮ ትኸውን ኢኻ፡" በለኒ። ኣስዒቡ፣ በጻብዕቱ ኣብታ ጋዜጣ እናመልከተ፣ "ብሓቂ ከመይ ኢሉ እዚ ጌጋዚ ከጋጥም ከም ዝኽኣለ ክገልጸልካ የጸግመኒዩ፡" በለኒ።

ስሜነህ ሽጋራኡ እናትኮሸ ተረጋጊኡ ክስሕቕ ጀመረ። ግንባረይ ጸዊገ ክቕጽል ስለ ዘድከመኒ ፍትሕ ኣበልክዎ። ጋዜጠኛታት፡ ምሽት ካብ ስራሕ ውጽእ ኢሎም ሓደ ክልተ ከም ዝጠዓዕሙ እፈልጥ ስለ ዝነበርኩ፣

"ጥዒምካ ኔርካ ዲኻ?" ኢለ ሓተትክዎ።

"ብዙሕ ኣይኮነን! ግደ ሓቂ ግና ደኺመ ነይረ፣ እቲ ዜና ባዕለይ'የ ጽሒፈዮ። ንግሆ እንተ ረኣኽዎ ግና ንኣይ'ውን ገሪሙኒዩ፡" በለኒ።

ንስሜነህ ኣፋንየ ንበረኸት ደዊለ ከረድኦ ፈተንኩ። ስሜነህ ክባረር ዘይደለኹሉ ምኽንያት ንኣይ ክብል'የ። ብዘይካ ስራሑ፡ ኣብ ከም ባጀትን ሓገዝ ምድላይን ዝኣመሰሉ ብርክት ዝበሉ ስራሕ ዝሰርሓልና ስሜነህ'የ። በረኸት ድሕሪ ክንደይ ሃለውለው ነቲ ናይ ምስንጉ ሓሳቡ ለዊጡ፡ "ምሉእ ደሞዙ ቅጽዓዮ!" ኢሉ ኣዘዘኒ። ብዘለኒ ደረጃ ሓላፍነት ምሉእ ደሞዝ ክቕጽዕ ከም ዘይክእል ምስ ገለጽኩሉ፣

"ክሳዕ ክንደይ ክትቀጽዕዩ ስልጣንካ?" በለኒ።

"ፍርቂ ደሞዝ።"

"በል ፍርቁ ቅጽዓዮ።"

ጽንሕ ኢለ ካልእ ምኽኒት መሃዝኩ፣

"ኣሽንኳይዶ ፍርቁ ተቐሪጹ፡ ምሉእ ደሞዙ'ኳ ንናብራ ኣይኣኽሎንዩ። ስለዚ ደሞዙ ካብ ንቐርጸ ካብ ስራሕ 'ተነባርሮ ይሓይሽ። ደሞዙ ተቐሪጹ ስራሕ ክሰርሕ ኣይክእልን'ዩ፡" በልክዎ።

በረኸት ድሮ ተዳኺሙን ዝሒሉን ስለ ዝነበረ፣

"በል ናይ መወዳእታ መጠንቀቕታ ወረቐት ጽሓፈሉ፡" በለኒ።

ንስሜነህ ኣብ ቤት-ጽሕፈተይ ቡን ከምጽኣሉ ኣዚዘ፣

"መጠንቀቕታ ወረቐት ከም ዝተጻሕፈልካ ጌርካ ቁጸሮ፡" ኢለ መቕጻዕቱ ሓበርክዎ።

"ናይ ቃል መጠንቀቕታ በዚሑኒ ኣሎ፡" በለኒ እናሰሓቐ፣ ቀጺሉ ሽጋራኡ እናትኮሸ፣

"ከምዚ ዓይነት ጌጋ ከጋጥም ከሎ ክትናወጹ የብልኩምን። ኣብ መጻኢ'ውን ብዙሕ ከጋጥም ስለ ዝኽእል ንሓለፍትኻ ከተእምኖም ኣለካ፡" ቀጺሉ፣ "...ኣብ ግዜ ጀንሆይ ከምዚ ዓይነት ጌጋታት የጋጥም ነይሩ'ዩ። ንኣብነት 'ግርማዊ ጃንሆይን ግርማዊት እቴጌ መነንን፡ ምስ ብዓል-ቤተን ኣብ እተረኽብሉ በዓል ከተራ ተኸቢሩ' ዝብል ዜና፡ ብጌጋ "ዝተራኽባሉ" ተባሂሉ ወጺኡ ይፈልጥ'ዩ! ሽዑ ዋላ ሓንቲ

ኣይተባህለን። ናይ ጎሹ ወልዴ ፎቶግራፍ ድማ፡ 'ኣብ ቀረባ ግዜ መሃይምነት ዘጥፍኡ ተባሂሉ ወጺኡ ነይሩ። ከም ዝኾነ ጌጋ ተራእዩ ግና ተሓሊፉ። ካልእ'ውን ብዙሕ ከምኡ የጋጥም ነይሩ'ዩ! ስለዚ ነዚ ተጻዊርካ ነዞም መንጸርጸርቲ ሓለፍትኻ ከተረድኦም ናትካ ግደ'ዩ።" ኢሉ መኽረኒ።

...ድሕሪ ኽልተ ወርሒ፡ ፕረዚደንት መለስ ዜናዊ ናብ ኣምቦ እናተጓዕዘ ማኪና ተገልቢጡ ማህሰይቲ ከም ዘጋጠሞ ዝገልጽ ዜና ኣብ ጋዜጣ 'Ethiopian Herald' ኣብ ድሕሪት ምስ ናይ ክልላት ሓጸርቲ ዜናታት ወጽኡ።

ሽዑ ግና ክፍሊ ፕረስ ቀውጢ'ያ ኾይና።

ብሓደ ተጋዳላይ ኣባል ጸጥታ ዝተመርሑ ሓምሽተ ኣባላት ፖሊስ፡ ነቲ ግጉይ ሓበሬታ ዝሰርሐ ጋዜጠኛ ኣሲሮም ክወስድዎ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ መጽኡ። ሓቂ ይሓይሽ ሽዑ ነቲ ዜና ኣይረኣኽዎንን፣ እቶም ፖሊስ እንታይ ክገብሩ ከም ዝመጽኡ'ውን ኣይፈለጥኩን። ንኣይ ክኣስሩ ዝመጽኡ መሲሉኒ ነበረ። ጉዳይ መምጺኢኦም ምስ ፈለጥኩ፡ ቀልጢፈ ነታ ጋዜጣ ኣንበብክዋ። ሽዑ ኣብ ከባቢ'ቲ ናይ ክልላት ዜና ዝወጻሉ ኩርናዕ፡ ሓደ ግጉይ ዜና ከም እተሰርሐ ኣስተውዓልኩ።

ኣብ መጀመርታ መስመር ናይቲ ዜና፡ "ፕረዚደንት መለስ ዜናዊ" ዝብል ይንበብ። ኣብ ካልኣይ መስመር ድማ ከምዚ ኢሉ ይቕጽል፣ "...ናብ ኣምቦ ትጉዓዝ ዝነበረት ኣውቶቡስ ተገልቢጣ ሰለስተ ሰባት ቐሲሎም" ይብል።

እቲ ጉድለት ፍሉጥ'ዩ። እቲ ምሉእ ሓሳባት'ውን ፈጺሙ ኣይራኸብን'ዩ። "ፕረዚደንት መለስ ዜናዊ" ዝብል ካብ ካልእ ተቐሪጹ ዝመጽኣ ዜና፡ ብጌጋ ምስቲ ናይ ኣምቦ ምግልባጥ ኣውቶቡስ ዝገልጽ ዜና ከም ዝተሓወሰ ብቐሊሉ ክትርድኦ ትኽእል'ዩ።

ቅንዕ ኢለ ረኣኽዎም!

ነቲ ገበን ፈጺሙ ዝተባህለ ጋዜጠኛ ኣሲሮም ክወስድዎ ተሃዊኾም ነበሩ። እቲ ጋዜጠኛ ከምዛ ኣብ ልዕሊ መለስ ፈተነ ቐትለት ክፍጽም ዝሓዝዎ ምሒር ተቐጢያም ነበሩ። ብመን ከም እተላእከን ክንደይ ከም ዝተኸፍለን ክምርምርዎ ተሃንዲዶም ከም ዝመጽኡ'ውን ዘጠራጥር ኣይነበሮን።

"እቲ ጌጋ ከመይ ኢሉ ከም ዝተፈጥረን መን ምኻኑን ኣጻርየ ክሳዕ ዝምለስ፡ እንታይ ትሰትዩ? ቡን? ሻሂ?" በልክዎም።

"ክንፈ'ዩ ልኢኹና! ነቲ ጋዜጠኛ ኣሲርና ክንወስዶ ኢና ተኣዚዝና፡" በለኒ እቲ ኣባል ሃገራዊ ድሕነት።

"ተረዲኡኒ! ክልተ ደቂቐ ጥራይ ተጸበዩኒ'የ ዝብለኩም ዘለኹ።"

"ሕራይ፡" በሉኒ።

ደዊለ ንክፍሎም ኣድነይ ክሓቶ ም'ኽኣልኩ፣ ክሰምዑኒ ስለ ዘይደለኹ ግና ኣብ ቤት-ጽሕፈተይ ሓዲገዮም ወጻእኹ። ክወጽእ ከለኹ ጸሓፈተይ፣

"እንታይ'ዩ ተረኺቡ?" ኢላ እናሰግኣት ሓተተትኒ።

"ደሓን'ዩ፡ ቡን ሻሂ ኣዝዝሎም፡" ኢለያ ናብ ቤት-ጸሕፈት ክፍሎም በረርኩ።

ክፍሎም፡ ነቲ ጌጋ ሓበሬታ ኽዕ'ዩ ርእይዎ። ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ደቓይ'ቕ ድማ፡ ነቲ ዝእረም ዝነበረ ወረቓቕቲ ኣኻኺብናን ነቲ ጌጋ ሓበሬታ ዝሰርሐ ኣራሚ ጽሑፍ ኮፍ ኣቢልናን፡ እቲ ጌጋ ከመይ ኢሉ ከጋጥም ከም ዝኽኣለ መርመርና።

ምርመራ ዘድልዮ ጉዳይ ኣይነበረን። እቲ ዜና ቃል ብቓል ይተንተን'ኳ እንተ ዝብሃል፡ መለስ ዜናዊ ሓደጋ ማኪና ከም ዘጋጠሞ ኣይገልጽን'ዩ። ብሱሩ እቲ ፕረዚደንት ናብ ኣምቦ ክበጽሕ እንተ ኾይኑ'ውን ብኣውቶቡስ ኣይከይድን'ዩ። ኣንበብቲ ናይታ ጋዜጣ ድማ ሒደት ዲፕሎማት'ዮም። ንሳቶም እንተ ደልዮም ባዕላቶም ናብ መለስ ደዊሎም ከረጋግጹ ይኽእሉ'ዮም። እቲ ፍታሕ፡ ኣብ ክፍሊ ፕረስ ዝካየዱ ስራሓት ምእራም ጽሑፍን ለይኣውትን ብኮምፕዩተር ክዕመም ኣለዎ'ምበር፡ ንሓደ ጀማሪ ኣራሚ ጽሑፍ ክትኣስሮ ስለ ዘይግባእ፣

"ስም ናይዚ ጉድለት ፈጺሙ ዘሎ መንእሰይ ንፖሊስ ክይትነግርዎም። ከምኡ ኢልካ ድማ ንኹሎም ኣባላትካ ሓብሮም። ተሃንዲዶም መጺኦም ስለ ዘለው ክሃስይዎ ይኽእሉ'ዮም። ነቲ ጉዳይ ባዕለይ ክሕዞ'የ፡" ኢለ ንዋና ኣሳናዳኢ'ታ ጋዜጣ ክፍሎም ኣድነይ ጽኑዕ ትእዛዝ ሃብክዎ።

ክፍሎም ሕጉስ በለ።

እቲ ኣራሚ ጽሑፍ ፍርሁን ጭንቀቱን ግፍፍ ኢሉ ገጹ ክኹላዕ ረኣኽዎ። እቲ ወዲ ቀይሕ ነዊሕ'ዩ። ፈለማ ከዘራርቦ ከለኹ ገጹ ደቢኑን ሓጺሩን ተራእዩኒ ነበረ። ሓንቲ ከም ዘየጋጥሞ ምስ ነገርክዎ ድማ ገጹ ክበርህን ቀሙቱ ክምጠጥን ኣስተውዓልኩሉ።

ድሕሪኡ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ተመሊሰ፣

"ብጌጋ'ምበር ብፍላጥ ከም ዘይተገብረ ስለ ዘጻረኹ፡ ንክንፈ ከምኡ ኢልኩም ሓብርዎ፡" ኢለ ዘየወላውል መልሲ ሃብክዎም።

ሓደ ካብቶም ፖሊስ ግና ግትር ኢሉ፣

"ነቲ ዝተፈጸመ ገበን ክነጻርዮ ኣቶ ክንፈ ኣዚዙና'ዩ! ነዚ ጋዜጠኛ ከይወሰድናዮ ድማ ካብዚ ቤት-ጽሕፈት ኣይንወጽእን ኢና፡" በለኒ።

እቲ ኣባል ሃገራዊ ድሕነት ብወገኑ፣

"ዋላ ሓንቲ ኣይንብሎን ኢና፣ ነቲ ጉዳይ ኣጻሪና ጥራይ ኽንመልሶ ኢና፡" በለ።

ነቲ ፖሊስ ዕሽሽ ኢለ ምስቲ ኣባል ጸጥታ ዘረባይ ቀጸልኩ።

"ደይ መደይ ኢሉ እንተ ዝገብሮ ሽሙ ምሓበርክኹም። የግዳስ ኣይትሓዙለይ! ሓላፊ ናይዚ ክፍሊ'የ! ካብዚ ንላዕሊ ዝብለኩም የብለይን፡" በልክዎም።

ድሕሪ ሒደት ስዒቃን ወጥርን፡ እቲ ተጋዳላይ ንክንፈ ተሌፎን ክድውለሉ ከም ዝደለየ ሓበረኒ። ደውል ምስ በልክዎ ረኺቡ ብትግርኛ ከዘራርቦ ጀመረ። ትግርኛ ኣይክእልን'ዩ ኢሉ ከም ዝሓሰበ ተረድኣኒ። ምኽንያቱ ከም ዘይተረዳዳእና ዘይኮነ፡ ኣብ ስራሑ ዕንቅፋት ከም ዝፈጠርኩሉ ገይሩ'ዩ ንክንፈ ሓቢርዎ። ከሰንብዶ ስለ ዘይደለኹ ዕሽሽ በልክዎ። ዘረባኡ ምስ ወደአ ነታ ቴሌፎን ኣቐበለኒ።

"እንታይ'ዩ እቲ ጸገም?" በለኒ ክንፈ።

ኮነ ኢሉ ድዩ ዋላስ ጌጋ'ዩ ኣጋጢሙ መርሚርና ክንፈልጠ ንደሊ ኢና፡" በለኒ ቡቲ ልሙድ ሕርቃን ዝዓብለሎ ኣዘራርባኡ።

"ተረዲኡኒ ክንፈ! ነዚ ጋዜጠኛ ኣሕሊፈ ዝህበኩም እንተ ኾይነ ግና፡ ኣብዚ ቦታ ክሰርሕ ኣይክእልን'የ። ኩሉ ጋዜጠኛ ናይዚ ክፍሊ'ዚ፡ ነቲ ዝስዕብ ስጕምቲ ክርኢ ተጨኒቑ'ዩ ዝጽበ ዘሎ። ብተወሳኺ፡ እዚ መንእሰይ ብፖሊስ ተታሒዙ እንተ ኾይዱ ፖለቲካዊ ክሳራ'ዩ።"

"ኣይንኣስሮን ኢና! መርሚርና ክንመልሶ ኢና።"

"ክንፈ፡ ንሱ እንድዩ ደኣ እቲ ጸገም። ብዓል ሞያ ኪንካ እንተ ርኢኻዮ ዝጋነን ጉድለት ኣይኮነን። ስለዚ እዚ ጋዜጠኛ ብፖሊስ እንተ ተወሲዱ ክንነጎቕ ኢና።"

"ብፍላጥ ዝተገብረ ክኸውን ይኽእል'ዩ።"

"ፍጹም ኣይኮነን። ኣንበብቲ ቋንቋ እንግሊዝኛ፡ መለስ ብኣውቶቡስ ናብ ኣምቦ ክኸይድ ከም ዘይክእል ስለ ዝፈልጡ እቲ ጌጋ ብቐሊሉ ክርድኦም ይኽእል'ዩ።"

ክንፈ ጸቕጢ ክገብረለይ ጀመረ።

"ንሕና ናትና ኣሰራርሓ ኣሎና። ነቲ ጉድለት ዝፈጸመ ሰብ ክንምርምሮ ንደሊ ኢና!"

ኣዘራርባኡ፡ ጽኑዕን ዘይሕለፍ ትእዛዝን ስለ ዝኾነኒ ኣነ'ውን ተባዕ ስጕምቲ ብምውሳድ፣

"ክንፈ.፡ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ኣነ ክሕተት እኽእል'የ። ምስቶም ፖሊስ ክመጽእ'ውን ድሉው'የ። ክገብሮ ዝኽእል እዚ ጥራይ'ዩ፡" በልክዎ።

ድሕሪ ሒደት ስቕታ፣

“ደሓን ምስ ኣለምሰገድ ክንዘራረበሉ ኢና።” ኢሉ ኣስተንፈሰ። ቀጺሉ፣ “በል ምስቲ ኣባል ጸጥታ ኣራኽበኒ።” በለኒ። ነታ ተሌፎን ነታ ኣባል ጸጥታ ኣቕረብኩሉ።

እቲ ጠርኒፍዎም ዝመጽኡ ኣባል ጸጥታ፡ ነቶም ፖሊስ ሒዝዎም ካብ ቤት-ጽሕፈቲይ ወጽኡ። እቶም ቡቲ ቀጢን ተጋዳላይ ተመሪሖም ዝመጽኡ ኣባላት ፖሊስ፡ ከም’ታ ዝመጽዋ ካብ ቤት-ጽሕፈት ክፍሊ ፕረስ ክወጹ ኽለው ብዓይነይ ክሳብ እቲ ኣፍደገ ኣፋነኽዎም።

ድሕሪ ፍርቅ-ሰዓት፡ ናይታ ሃገር መሃንድስ ፕሮፓጋንዳ ኣለምሰገድ ገብረኣምላኽ ደዊሉ ብዛዕባቲ ዘጋጠመ ኩነታት ሓተተኒ። ዘርዚረ ምስ ኣረዳእኽዎ፣

“ኩሎም መኣረምታ ዝተገብረሎም ወረቓቕቲ ሒዝካዮም ሕጂ ምጻእ!” ኢሉ ኣዘዘኒ።

ኣብ ውሽጢ ርብዕ-ሰዓት፡ ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ በጺሐ እቲ ጉድለት ከመይ ኢሉ ከም ዘጋጠመ ኣረዳእኽዎ። ቃል ከየምሎቕ፡ ነቲ መርትዖታት ምስ ረኣዮን ነቲ ጋዜጠኛ ኣሕሊፉ ክህቦ ዘይደለኹሉ ምኽንያት ምስ ሓበርክዎን፡ ቅኑዕ ስጉምቲ ምኻኑ ገሊጹ ኣሰናበተኒ።

ንጽባሒቱ ንግሆ ስሚነህ መኮነን ቴሌፎን ደዊሉ ሰላምታ ድሕሪ ምቕራብ፣

“ትማሊ ዘጋጠመኩም ሰሚዐዮ፡” በለኒ።

“ግደፎ እባ! ተካል መዓልቲ ውዒልና።”

“በዚ ትገብሮ ዘለኻ እምብዛ ኢና ነመስግነካ!”

ነታ ቴሌፎን ምስ ዓጽኹዋ፡ ካብ ወንበረይ ተንሲአ ኣብ መስኮት ተጸጋዕኩ። ንቑ-ልቀ-ል ገጸይ ምስ ጠመትኩ፡ ኣዲስ ኣበባ ወለል ኢላ ረኣኽዋ። ግዜኡ ግዜ ዕግርግር’ዩ። ኢህወደግ ኣዲስ ኣበባ ካብ ዝቆጻጸራ ካልኣይ ዓመቱ’ኳ ኣይመልኣን። ሰባት ብዘይፍርዲ ተኣሲሮም ዝርስዑሉ እዋንዩ ነይሩ...

ክፍሊ ፕረስ፡ ብኣማኢት ዝቕኑጸሩ ብዕድመ ዝደፍኡ ምሁራት ዝሓቖፈ ጥንታዊ ቤት-ጽሕፈት’ዩ። ኣብቲ ክፍሊ ካብ ኩሎም ዝነኣስኩ ኣነ’የ። ናይቲ ክፍሊ ሓላፊ’ውን ኣነ’የ። እቶም ዕድመ ዝደፍኡ ገዳይም ሰራሕተኛታት፡ ንህላወኦም ክብሉ ንኣይ ክምህሩ ሕግብግብ ይብሉ ከም ዘለው ኣይሰሓትክዎን። ንፉዕ ተምሃራይ ምኻነይ እፈልጥ’የ፣ እቲ ትምህርቲ ግና ኣይማእምኣንን። ካብ ሕጊ ዕብየት ወጻኢ’ዩ። ካብ ታሕቲ ንላዕሊ እናተማሃርኩ እንተ ዝዓቢ ምሓሸኒ....

- 7 -
እታ ዘይርስዓ ጋዜጠኛ

እዋይ ኣነ ከንቱ...
ጸበባ ከይወርደኒ - ዝፈራሕኩ ኽመስል
በርቂ ከይሃርመኒ - ዝሰጋእኩ ኽመስል
ድሕሪት ግልብጥ ኢለ - ንሰማይ ጠመትኩ
ከም ሕሱም ጸላኢ - ካብ ጽባቐአ ሃደምኩ

(ግጥሚ - ሺፈራው ከበደ)

ብዛዕባ ሓንቲ ዘይርስዓ መንእሰይ ጋዜጠኛ ከዋግዓኩም።

ሓደ ንግሆ፡ ተጋዳላይ ተኽሉ ተኽላይ ኣራዊት መሲሉ ማዕጾ ቤት-ጽሕፈተይ ደፊኡ ኣተወ። ተኽላይ ተኽሉ፡ ተጋዳላይ ስለ ዝኾነ ብዛዕባ ኣገባብን ስነ-ስርዓትን ቤት-ጽሕፈት ብዙሕ ሂንታ የብሉን።

"እንታይ ጸገም ኣሎ ድዩ?" በልክዎ እትው ምስ በለ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ኣብ ክፍሊ ፕረስ ብርክት ዝበሉ "ጸላእትና" ተሰግሲጎም ኣለው ዝብል ኣተሓሳስባን ዘረባን ስለ ዝነበረ፡ ምናልባሽ ሓደ ነገር ተኣሊሙ ይህሉ ይኸውን ኢለ ሓሰብኩ። እቲ ጸገም ግና ንሱ ኣይኮነን፣ "ጸላእትና" ዝኣለምዎ ዝኾነ ይኹን ውዲት ኣይነበረን።

"ሓደ ዘሰከፈኒ ጉዳይ'የ ክሕብረካ መጺኡ፡" በለኒ ገጹ ብኽብዱ ኢዱ እናዳህሰሰ።

ክሰምየ ተዳለኹ።

ተኽሉ ተኽላይ ቀልጢፉ ዘረባኡ ብምቕጻል፣

"እዚ ቤት-ጽሕፈት ናብ ባር ይቕየር ኣሎ!"

ቀጺሉ፡ ደሙ ኣብ ሓዊ ከም ዝተሰኽተተ በራድ ሸረኽረኽ እናበለ፣

"ሓንቲ ጋዜጠኛ'የ በሃሊት ነዚ ኽፍሊ ናብ ባር ቀይራቶ፡" በለኒ።

"ታይ'ዩ ኣጋጢሙካ? እስከ ህድእ በል'ሞ ኣዕልለኒ፡" በልክዎ።

ኣነ'ውን ከምኡ ሕርቕ ሕርቕ በል መጺኡኒ ነበረ። ክሓርቕ'ውን

ይግብኣኒ'ዩ፣ ምኽንያቱ፡ ብታምራት ላይኔ ተሸይመ ዝመርሑ ዘለኹ ክፍሊ ናብ ባር እናተቐየረ ተኾዲመ ክርእዮ ኣይክእልን'የ።

ተኽላይ ተኽሉ መብርሂኡ ብምቕጻል፣

"ሓንቲ ኣብ ወጻኢ ተማሂራ ትብሃል... ጋዜጠኛ'የ በሃሊት... ነዚ ክፍሊ ትርብሾ ኣላ። ሓጺር ጉና ተኽዲና ካብ ቤት-ጽሕፈት ናብ ቤት-ጽሕፈት ኮለል ክትብል ትውዕል ኣላ...."

ጽንኢ ኢለ ካብ ምስማዕ ሓሊፈ ዝብሎ ኣይነበረንን። ተኽሉ፣

"እንታይ መስለካ...." ኢሉ ዘረባኡ ቀጸለ፣ "... እዛ ጓል ከምዚ ዓይነት ጉድለት ፈጺማ ክብለካ ኣይክእልን'የ። ምስ ሓደ ኽልተ መሳርሕትና ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ተዘራሪበ ነይረ። ርእይቶይ'ውን ደጊፎሞ'ዮም። 'ትገብሮ ዘላ ጌጋ'ዩ' ኢሎምኒ። ንሓላፊ ናይዚ ክፍሊ ዝነበረ፡ ጓል ገዛውቱ ስለ ዝኾነት'ያ ስራሕ ተቐጺራ ዝብሉ'ውን ኣለው። ተፈሪ ኣሰፋ ዝብሃል ጋዜጠኛ'ዩ ኽምኡ ኢሉኒ..."

ኣብ መዘክር ደብተረይ፡ "ሓጻር ጉና" ጽሑፈ ቅንዕ ኢለ ረኣኽዎ። ከምኡ መግበሪየይ፡ ን "ሓጻር ጉና ምኽያን" ዝምልከት ዝሰፈረ ሕጊ ወይ መምርሒ እንተሎ ንሓላፊ ምምሕዳር ክሓቶ ኢለ'የ። ተኽሉ ተኽላይ ስክፍታኡ ብምቕጻል፣

"ብተወሳኺ ድማ ዓው ኢላ'ያ ትስሕቐ... በቃ! ከምዚ ዝብለካ ዘለኹ'ዩ። እዚ'ኮ ባር ኣይኮነን። ሓጻር ጉና ተኽዲንካ... ዓው ኢልካ ምስሓቕከ እንታይ ኣምጽኡ? በዚ ነገር'ዚ ደስ ዘይብሎም ብዙሓት'ዮም..."

ተኽሉ ተኽላይ ሓበሬታኡ ምስ ወደኡ፡ ብዛዕባ'ቲ ዝበለኒ ንእሽቶ ድሕሪ ምሕሳብ፣

"በዚ ትሕብረኒ ዘለኻ መሰረት፡ ክልተ ነገራት ሒዘ ኣለኹ። 'ሓጻር ጉና ምኽያን' እንተላይ 'ዓው ኢልካ ምስሓቕ' እየን። ደሓን እንታይ ከም ንገብር ክንዘራረበሉ ኢና። ንምኳኑ እዛ ትብላ ዘለኻ ጋዜጠኛ መን'ዩ ስማ!?" ኢለ ሓተትክዎ።

"መን'ዩኽ ወደይ ሽማ?"

ሕስብ ኣቢሉ፣

"ፍጹም'ዮም ዝብሉዋ መስለኒ፡" በለኒ።

ብቕጽበት፡ Fitsum A. Kassa ዝብል ስም ኣብ ኣእምሮይ መጽአ። ደርግ ዝወደቐሉ ግዜ ብምንባሩን ሓደስቲ ሓለፍቲ ብምኳንናን፡ ናይቶም ሰራሕተኛታት መልክዕን ኣስማትን ኣይሓዝናዮን ኔርና። ስማ ግና ኣብ ጋዜጣ Ethiopian Herald ከም ዝረኣኽዎ ዘከርኩ። ተኽሉ ተኽላይ፡ ክኽይድ ሓፍ ምስ በለ'ውን ብዛዕባ ኣከዳድናኣ መሊሱ ዝደንጸዎ ክመስል ጌና መብራሂኡ ይቕጽል ነበረ።

"...ኣመና ሓጻር ጕና... ምስኡ ድማ ትስሕቐ..."

ጽንሕ ኢሉ ድማ፣

"ጥርሓ ክትብላ'ኻ ይቐልል፣ በቃ መንዲል በላ! ኣካላታ ፍርቁ'ዩ ዝረኣ ..... እንተ ደሊኻ ኸማን ኩሉ'ዩ ዝረኣ... ቅልዕ ኢሉ።"

"እስከ ደሓን ቀስ ኢለ ከጻርዮ'የ፡" በልክዎ።

ተኸሉ፡ ካብ ቤት-ጽሕፈተይ ክወጽእ ከሎ'ውን መብርሂኡ ደው ኣየበሎን፣

"ከምዚ ዝብለካ ዘለኹ ነታ መንዲል ተኸዲና፡ ሎሚ ንግሆ ካብ ዝወግሕ ጥራይ ብኣፍደገ ቤት-ጽሕፈተይ ክልተ ግዜ ሓሊፉ... እናሰሓቐት! ስራሕ'ኻ ምስራሕ ስኢንና.... ገለ-ገለ ሰራሕተኛታት ጸሊኣማ ኣለውዎ፡" በለኒ።

"ጽብቕቲ ድያ?" ኢለ እናፋነኹ ተዋዘኽዎ።

ሕቶይ ደስ ስለ ዘየበሎ፡ እንታይ ገደሰኒ ብዝባይነቱ ኣእዳው እናወርወረ፣

"ስርሐይ ኢለ መልክዓ ኣይረኣኽዎን። ጽብቕቲ ትኹን ኣይትኹን ንሱ ኣይኮነን'ቲ ጉዳይ። እዚ ክፍሊ ዓቢ ናይ ስራሕ ቦታ'ዩ፣ ስኒ-ስርዓት ክሕሎ'ሎዎ፣ ባር ኣይኮነን። ስለዚ... እንታይ'የ ክብለካ ደልየ? ...ክሕብረካ ዝመጻኹ ሓሳፍነት ስለ ዝስምዓናን ንስኻ ድማ ሓላፊ ናይዚ ክፍሊ ስለ ዝኾንካን'ዩ፡" ኢሉኒ ካብ ቤት-ጽሕፈተይ ወጽኣ።

ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ'ዩ መስለኒ፡ ምስ ዋና ኣሰናዳኢ Ethiopian Herald ክፍሎም ኣድጎይ ኮፍ ኢልና እናዕለልና ብዛዕባ'ታ ተኸሉ ዝሓበረኒ ጋዜጠኛ፣

"ፍጹም ዝብሉዋ ጋዜጠኛ ከመይ'ያ?" ኢለ ኣልዓልኩሉ።

ክፍሎም ቡቲ ልሙድ ዘይግዱስ ኣዛራርባኡ፣

"ፍጹም፡ ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳ'ያ ተማሂራ መጺኣ.... ሓዳስ ጋዜጠኛ'ያ፣ ኣጆማምራኣ ግና ኣመና ጽቡቕ'ዩ! እንታይ ጸገም ኣሎ ድዩ?" በለኒ።

"ጸገም'ኳ የለን፡ ባህሪኣኸ?"

"ምስ ኩሉ ሰብ ትረዳዳእ'ያ። ሕማቕ ዝብሃል ርኢናላ ኣይንፈልጥን ኢና፡" በለኒ።

ንክፍሎም ክንየውኡ ኣይሓተትክዎን፣ ኣብታ ደቒቕ ንናይ ተኸሉ ሓበሬታ ቀልጢፈ ሰረዝክዎ።

ተኸሉ ተኸላይ፡ ካልእ መዓልቲ ብስራሕ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ምስ መጽኣ፣

"ብዛዕባ'ታ ጓል እንታይ ጌርካ?" ደጊሙ ነቲ ጉዳይ ኣልዓለለይ።

"ብዛዕባኣ ምስ ክፍሎም ተዘራሪበ ነይረ። ኣብ ስራሓ ይኹን

ባህሪኣ ዋላ ሓንቲ ስክፍታ ከም ዘይብሉ ሓቢሩኒ።" በልክዎ።

ተኽሉ፡ በቲ መልሲ ስለ ዘይዓገበ ግንባሩ እስርስር ኣቢሉ፣

"ኣነ'ኳ ብዛዕባ ስራሓ ዝፈልጦ የብለይን። ብዛዕባ ባህሪኣ'ውን ብርግጽ እፈልጥ'የ ክብለካ ኣይክእልን'የ። ብዓይነይ ዝረኣኽዎን ብእዝነይ ዝሰማዕክዎ'የ ሓቢረካ። እቲ ቀንዲ ዘሰክፍ ነገር ሓጻር ጐና ምኽዳናን ሰሓቓን'ዩ፣ ክልቲኡ እንተ ኣዕርያቶ..."

ኣብ መንጎ ዘረባኡ ኮለፍክዎ፣

"ሓጺር ጐና ከይትኽደንን ከይትስሕቕን ክንክልክላ ኣይንኽእልን ኢና።"

ከምኡ ምስ በልክዎ መሊሱ ክረስን ጀመረ።

"እሞ'ዚ ቤት-ጽሕፈት ባር ኮይኑ ይቐጽል ማለትካ ድዩ!?"

ትም ኢለ ጠመትክዎ።

ካብ ገጹ ብርቱዕ ሕርቃንን ጓህን ኣንበብኩ። 'ስለምንታይ'ዩ ነዚ ጉዳይ'ዚ ብጽልኢ ክኣልዮ ዝፍትን ዘሎ?' ኢለ ድሕሪ ምሕሳብ ድማ፣

"ንኣይ ምስ ሓበርካኒ ድሕሪኡ ርኢኻያ ትፈልጥዶ?" በልክዎ።

"መዓልታዊ'የ ዝርእያ... ሎሚ ኸማን ረቃቕ ቀያሕ መንዲል ትመስል ተኽዲና ብቤት-ጽሕፈተይ ሓሊፋ። እታ ተኽዲናታ ዝነበረት ጐና ንጓል ክልተ ዓመት ህጻን ትሓጽራ'ያ። ትማሊ ጸላም መንዲል ተኽዲና ነይራ... ኩሉ ክዳና መንዲል'ዩ... ኣካላታ ቅልዕ ኢሉ'ዩ ዝረኣ።"

"ኣብ ቤት-ጽሕፈትካ ኣትያ ትፈልጥዶ?"

"ኣትያ ኣይትፈልጥን'ያ፣ ብኾሮድዮ ኸትሓልፍ ከላ'የ ዝርእያ።"

ተኽሉ ኣባል ምምሕዳር'ኳ እንተ ኾነ፡ ብሰንኪ ዋሕዲ ክፍልታት ኣብ ጥቓ'ቶም ጋዜጠኛታት ሄራልድ ዝሰርሕሉ ክፍልታት ኢና ቤት-ጽሕፈት ሂብናዮ። ኣብ ጸገም ከም ዝኣተወ ተረድኣኒ። ሕስብ ኣቢለ ኸኣ፣

"ቤት-ጽሕፈትካ ከፊትካ ዲኻ ትሰርሕ!?" ኢለ ሕቶ ኣስዓብክሉ።

"ኣይዓጽዎን'የ፣ ስለምንታይ እዓጽዎ?" በለኒ።

"ማለተይሲ፡ ዕጽው እንተ ኣቢልካዮ ስለ ዘይትርእያ ከይተረበሸካ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ ኢለ'የ..."

ተኽሉ ቀልጢፉ ኣቋረጸኒ፣

"ኣይተረዳዳእናን ዘለና፣ ኣነ ዝብል ዘለኸ፡ ብሓፈሻ ኣብዚ ስራሕና ስነ-ስርዓትን ኣገባብን ክህሉ'ለዎ'የ ዝብል ዘለኸ'ምበር፡ ብዛዕባይ ገዲሱኒ ኣይኮነን። ኣከዳድናኣ ባህ ዘየብሎም ሰራሕተኛታት ብዙሓት'ዮም። ኣነ ጥራይ ኣይኮንኩን..."

"ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ምስ መን ተዘራሪብካ ትፈልጥ?"

"ንኣቶ ደርቤ ሓቢረዮ ነይረ። 'ኣከዳድናኣ ካብ ባህልና ወጻኢ'ዩ' ኢሉኒ። ንኣቶ ሃዲስ እንግዳ'ውን ኣዘራሪበዮም ነይረ፣ ንሶም'ኳ 'ክሓስበሉ'የ' እዮም ኢሎምኒ። ዋና ኣሰናዳኢ ጋዜጣ 'በራሳ' ሳሙኤል፡ 'ኣከዳድናኣ ተጠማቲ'ዩ' ኢሉኒ። ስለዝስ... እምብዛ ዝሓርቑን 'ክትቅጻዕ ኣለዋ፡' ዝበሉን'ውን ኣለው።"

"ክፍሎም ግና ብዛዕባኣ ጽቡቕ ኣረኣእያ'ዩ ዘለዎ።"

"ክሓብኣልካ ደልዩ ይኸውን።"

"ክፍሎም ዝተራእዮ ዝዛረብ ሰብ'ዩ! በንጻሩ'ኳ ደኣ 'ትረዳዳእ'ዶ' እዩ ኢሉኒ። ሰሓቓ ንዕኡ ኣይረበሾን።"

ምስ ተኸሉ ኣብዚኣ ወዲእና።

ባህ ከይበሎ ካብ ቤት-ጽሕፈተይ ወጽአ።

ድሕሪ'ታ መዓልቲ እቲኣ፡ ንፍጹም ጸዊዐ ክርእያ ደለኸ። ጉዳይ ኣከዳድናኣን ኣሰሓሕቓኣን ዝተዓጽወ ዛዕባ'ኳ እንተ ኾነ፡ ንተኸሉ ዘንጸርጸሮ ኣከዳድናኣ ክርእዮን ሰሓቓ ክሰምዖን ግና ተሃንጠኸ። እንተኾነ ግና ሎሚ ጽባሕ ክጽውዓ'የ እናበልኩ፡ ፍጹም ባዕላ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ መጽኣት።

ሓደ መዓልቲ ደንገየ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ምስ ኣተኸ። ሓንቲ ሓጻር ጐና ወይ ድማ ብናይ ተኸሉ ኣገላልጻ መንዲል እትመስል ዝተኸድነት፡ ማራኺ ሰብነት ዘለዋን ኣብ ገጻ ባህታ ዘብረቕርቕን ምልክዕቲ ጐርዞ ምስ ሂሩት ጸሓፊተይ ክተዕልል ጸንሓትኒ።

Fitsum A. Kassa ንሳ ምኳና ነጋሪ'ኳ ኣየድለየንን። ብዙሕ ግዜ፡ ንሂሩት ኣብኡ ከለኸ ሰላም ኢለያ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ እኣቱ ነበርኩ። ሽዓ መዓልቲ ግና ከምኡ ኣይገበርኩን። ዘይኣመለይ ኣብቲ መጸበዪ ኣጋይሽ ሳሎን ኣብ ጐኒ ፍጹም ኮፍ በልኩ። ተላሊና።፣ ነቲ ድሮ ዝተጸበኽዎ ሽም ነጊራትኒ። ከምቲ ልሙድ ዝበዝሕ ግዜ ሓላፊኻ ምስ እትርኢ ትፈርሖ፡ ከምኡ ዝብሃል ነገር ኣይረኣኽላን። ንጸሓፊተይ ቡን ክትእዝዘልና ሓቢረ ከኣ፣

"ስራሕ ከመይ'ዩ ፍጹም?" ኢለ ምስኣ ዕላል ጀመርኩ።

"ቦሪን'ዩ ይስልችወና፡" ኣስዒባ፣ "ኣብ ኦፊስ ኮፍ ኢልና ኢና ንውዕል። ፊልድ ወጺእካ ክትሰርሕ'ዩ ደስ ዝብለኒ። ጋዜጠኛ ኳንካ ኦፊስ ክትውዕል ማራ ኣሰልቻውን ዘይተጸበኽዎን'ዩ፡" በለትኒ።

"ኣከዳድናኺ ርኢኻ ግና ካብ ቤት-ጽሕፈት ወጺእኺ ትሰርሒ ኣየትመስልን ኢኺ።"

ፍጹም ካር ካር ኢላ ሰሓቐት!!

ሰሓቓ ጣዕመ ዜማ'ለዎ። ካብ ውሽጢ ልቢ ዘቃልሕ ሰሓቕ! ንተኽሉ ዘንጸርጸሮ ሰሓቕ እዚ'ዩ ኢለ ክኣምን ኣይክኣልኩን። ናይ ብሓቂ ድዩ ኣሰሓሕቓኣ ኣንጸርጺርዎ?

ምስ ፍጹም ድሕሪ ምዕላልና፡ ድሕሪ ሰለስቲ ወርሒ ኣቢሉ ምብራቕ ኢትዮጵያ ብኩናት ክሕመስ ጀመረ። ኦነግን ኢህወደግን ኩናት ገጠሙ። ናይ በደኖን ወተርን ግፍዕታት ቀንዲ መናቕቲ ጉዳይ ኮነ። ኢህወደግ ንኦነግ ብናይ በደኖ ግፍዒ ክኸሶ ከሎ፡ ኦነግ ብወገኑ ንናይ ወተር ግፍዒ ኣልዒሉ ንኢህወደግ ገበነኛ ኢ'ኻ ክብሎ ጀመረ። ኣብ መንጎኺ፡ 'ንኦነግ ካብ ህዝቢ ምንጻል' ዝብል ማእከል ስሕበት ናይቲ ፕሮፖጋንዳ ተነዲፉ። ሓደ ጉጅለ ጋዜጠኛታት ናብ ምብራቕ ኢትዮጵያ ክንልእኽ ተኣዘዝና። ካብቲ ኣነ ዝመርሖ ክፍሊ፡ ካብ ጋዜጠኛታት ዝተፈላለዩ ቋንቋታትን ካብ ጨንፈር ስእልን ዝተዋጽኣት ሓንቲ ጉጅለ ኣቓምኩ። ነታ ጉጅለ ከቕኣ ከለኹ ናብ ክፍሎም ኣድጎይ ደዊለ፣

"ንመን ኢ'ኻ ትልእኽ?" ኢለ ሓተትክዎ።

"ዋሕዲ ጋዜጠኛታት ኣሎኒ።"

"ናይ ግድን ክትልእኽ ኣለካ።"

"በል ደሓን ሓሲበ ክነግረካ'የ።"

"ስለምንታይ ንፍጹም ዘይትልእካ?"

ክፍሎም እናተማትኣ ስግኣቱ ገለጸ።

"ኣብቲ ቦታ ኩናት ይካየድ ስለ ዘሎ፡ ምናልባሽ ጉዕዞ እግሪ ክህልዎ ስለ ዝኽእል... ገዳይም ጋዜጠኛታት..."

ዘረባኡ ኣቋሪጸ፣

"ደሓን። ንፍጹም ስደዳ ጸገም የለን፡" በልክዎ።

ኣብታ መዓልቲ ድሕር-ቐትራ፡ ነቶም ክጉዓዙ ተዳልዮም ዝነበሩ ኣባላት ናይታ ጉጅለ ኣኪበ ብዛዕባ ዕላማ ናይቲ ወፍሪ መግለጺ ሃብክዎም።

"ናብ ናይ ኩናት ዞባ ኢኹም ትኽዱ ዘለኹም፡" ኢለ ብቐጥታ ዘረባይ ጀመርኩ። "...ብዝኾነ ኣብቲ ከባቢ ላዕለዋይ ኢድ ናይ መንግስቲ ስለ ዘሎ፡ ብዙሕ ጸገም ኣይኪጋጥመኩምን'ዩ።"

ኣስዒበ፡ መኻይን ዘይኣትውኦ ከባቢ ብእግሮም ክሽፍንዎ ከም ዝኽእሉ መብርሂ ሃብክዎም። ዝተቐብሩ ነተጉቲ ክህልው ስለ ዝኽእሉ'ውን፡ ናብ ዘይፈልዋዎ ቦታ ከይንቀሳቐሱ ነቲ መራሒ ማኪና ኣጠንቐቕክዎ። ንመጽሔት 'የካቲት' ወኪሉ ክንዓዝ ተዳልዩ ዝነበረ ደራስን ጋዜጠኛን የሺጥላ ኮኮብ፡ ክነቅል ተሃዊኹ ነበረ። የሺጥላ፡ ደራሲ ክንሱ ኩናት ርእዩ ስለ ዘይፈልጥ፡ በዛ ኣጋጣሚ እዚኣ

ህንጡይነት እንተ ኣሕደረ ዘደንቕ ኣይኮነን። ፍጹም ግና፡ ካብ የሺጥላ ዘይንእስ ሕጉስ ኢላ ምስ ረኣኽዋ ክኣምን ኣይክኣልኩን። መግለጺየይ ምስ ወዳእኩ፡ ፍጹም ስም ናይቲ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ኣዛዚ ሰራዊት ሓተተትኒ። ናይ ሳሞራ ዮኑስ ስምን ቀጽሪ ቴሌፎንን ሃብክዋ። ንጽባሒቱ'ዮም ክብገሱ። ጽቡቕ ጉዕዞ ተመንየ ከኣ ኣፋነኽዎም።

ንጽባሒቱ ምብጋስ ናይቶም ጋዜጠኛታት ከመይ ከም ዝነበረ፡ ሰለሞን፡ ሓላፊ ምምሕዳር ናይቲ ክፍሊ ኣዕሊሉኒ።

"ፍጹም ኣከዳድናኣ ከመይ ነይሩ?" ኢለ ሓተትክዎ።

ሰማያዊ ጅንስ ስረ ምስ ጸሊም ጎልፍን ቡት ጫማን ተኸዲና ከም ዝነበረት ኣዕለለኒ። ቤት-ጽሕፈተይ ኣትየ ከምታ ልማደይ ሓፋስ ቡን ምስ ኣዘዝኩ፡ ናብ ተኽሉ ደዊለ፣

"ሎሚ ንግሆ፡ ሓደ ጉጅለ ጋዜጠኛታት ናብ ምብራቕ ኢትዮጵያ ከም ዝሰደደና ሰሚዕካዶ?" በልክዎ።

"እወ ሰሚዐ።"

"እታ ጓልከ ምስታ ጉጅለ ከም ዝኸደት ሰሚዕካዶ?"

"ኣየነይቲ ጓል?"

"ፍጹም"

ተኽሉ ድምጹ ሃጠመ።

ጽንሕ ኢሉ ግና፣

"ሕራይ ኢላ ኸይዳ?" በለኒ።

"ከመይ ደኣ! በንጻሩ'ምበር ሕጉስ ኢላ። ጅንስ ስረ ተኸዲና..."

ጽንሕ ኢሉ፣

"ሓደገኛ ቦታ እኮ'ዩ! ....ስለምንታይ ካልእ ጋዜጠኛ ዘይትልእኹ?" በለኒ።

ከምኡ ምስ በለኒ፡ ብርግጽ ምስ ተኽሉ ድየ ዝዘራረብ ዘለኹ ዋላስ ምስ ካልእ ሰብ ኢለ ተጠራጠርኩ። ከም ዝፈርሓላ'ውን ካብ ቃና ድምጹ ክርድኦ ኸኣልኩ።

"ዋላ ሓንቲ ስግኣት ኣይተሰምዓን፡" በልክዎ።

ዘረባና ኣብዚኣ ዓጸና።

ኣብታ ቅነ'ቲኣ፡ ተኽሉ ብስራሕ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ እንተ መጺኡ ብዛዕባ'ታ ጋዜጠኛ ከልዕለለይ'ዩ ኢለ ተጸብየ ነይረ። ኮይኑ ግና ኣየልዓለለይን። ዘምጽኦ ጉዳይ ጥራይ ገይሩ ተመልሰ .....

...ፍጹም፡ ምስታ ናብቲ ናይ ኮናት ዞባ ዝተላእከት ጉጅለ ጋዜጠኛታት በጺሓ ምስ ተመልሰት፡ ዝምስገን ሚዛናዊ ሪፖርታዥ ኣቕረበት። ቀጺላ ብኣበርክቶኣ እናተጠመተት ስለ ዝኸደት፡ ናብ ሬድዮን ተለቪዥንን ኢትዮጵያ ተቐዪራ ክሳብ ብደረጃ ሓላፍነት

ሰርሐት። ፍጹም ኣብ ዝነበረትሉ ኤምባሲ ግብጺ ዘዳለዎ ናይ ድራር እንግዶት፡ ተኽታተልቲ ፕሮግራም ቋንቋ እንግሊዝ ናይ ፍጹም ድምጽን ሰሓቕን ከም ዝፈትውዎ ናይ ግብጺ ፕረስ ኣታሸ ገለጸለይ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ዋና ኣሰናዳኢ መጽሔት እፎይታ እየ ነይረ።

ፍጹም፡ ኣብ መወዳእታ ምስ ሓደ ኣመሪካዊ ተመርዕያ ካብ ኢትዮጵያ ወጽኣት። ኣብታ ናይ መርዓ ወረቐት ዕድመ ክትህበኒ ኢላ ዝደወለትለይ መዓልቲ፡ ኣብ ሬስቶራንት ቻይና ተቐጺርና ነዊሕ ሰዓታት ኮፍ ኢልና ኣዕለልና።

ብዕላል ዕላል ከኣ፡ ብዛዕባ'ታ ሓጻር ጕናን ነዊሕ ሰሓቕን ከምኡ'ውን ከመይ ኢላ ናብ ናይ ኩናት ዞባ ክትከይድ ከም እተመርጸት ምስ ኣዕለልክዋ፡ ኑቲ ከም ሪችት ዝትኮስ ሰሓቓ ብዘይገደብ ፈነወቶ። ኣብቲ ሬስቶራንት ዝምገቡ ዝነበሩ ኩሎም ግልብጥ ኢሎም እናጠመቱና ከይተረፈ ትስሕቕ ነበረት።

"ኣቐዲምካ ክትነግረኒ ነይሩካ። ንተኽሉ ረኺበ እንተ ዘዘራርቦ ደስ ምበለኒ፡" ቀጺላ፣ "ቅድሚ ም'ኻደይ ግና ክረኽቦ ኣለኒ..." በለትኒ።

ፍጹም ተመርዕያ ናብ ኣመሪካ ምስ ከደት፡ ኣነ ድማ ድሕሪ ዓመት ናብ ስደት ኣቐናዕኩ። እታ ፍልይቲ ጋዜጠኛ፡ ኣብ ከባቢ ዋሽንግተን ዲሲ ትነብር ከም ዘላ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ሰሚዐ። ኣድራሻኣ ኽረክብ ግና ኣይጸንርኩን።

ድሕሪኡ፡ ሓጻር ጕና ዝተኸድነት ጓል እንተ ርእየን ጣዕመ ዜማ ዘለዎ ነዊሕ ሰሓቕ እንተ ሰሚዐን፡ Fitsum A. Kassa ዝብል ስም ናብ ኣእምሮይ ይመጽእ..

- 8 -
መምህራን ንእስነት

ዓሚ ቢሾፍቱ ምስ ጎልበባ ካባ መንጠሊና
ብስታሊን ኦርጋን - ሃልሃልታ ሲኦል ተዓጢና
ሻቡ ራዕራዕ ዘይበለ - ጃጅዩ ዘይተዋላለአ
ቀልበይ ኣየጥፋእኩን በሃላይ - ህልውናኡ ዝጸንዐ
ኣንደበተ ጅግና...
ኣይርዓድኩን በሃሊ - መን'ዩ ብዓል ዝና?
"ኣፍ እምተረፈ ልብ ይነበብ" ድርሳና

(ግጥሚ - ሎሬት ጸጋዬ ገብረመድህን)

* * *

ኦ ሞት እስከ ጽን ኢልካ ስምዓና!
ክሳዕ ንኣርግ ዘይትጽበየና
ናበይ ከይንኸደካ ኢና እትቕልጥፈና?
እንታይ ኽንካ ኢኻ? ተዓገሰና'ባ ተዓገሰና!

(ግጥሚ - ገብረእየሱስ ጎርፉ)

*ዝ*ምታ ጎርፉ ብዛዕባ ትብሃል ኣብ ዓሰርተው ሓደ ክፍሊ ናይ ጂኣግራፊ መምህረይ ዝነበረት ከዋግዓኩም። ኣብ ሚያዝያ 1992፡ ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ ከለኹ ...ሓደ ንግሆ... ሂሩት ጸሓፈትይ፣

"ጋሻ መጺኣትካ ኣላ፡" በለትኒ።

"መን'ዩ?" በልክዋ።

"ወይዘሪት ዝምታ ጎርፉ።"

ብዘይካ'ዛ ፍልይቲ መምህር፡ ብ'ሽምዚ ሽም ዝጽዋዕ ካልእ ሰብ ከም ዘየሎ እናሓሰብኩ፡ "እተዊ በልያ፡" በልክዋ።

ማዕጾ ቤት-ጽሕፈተይ ተራሕዩ እታ ጋሻ ኣተወት። ዝምታ'ያ! እታ ዘይርስዓ መምህር! ኽትዝክረኒ ኣይትኽእልን'ያ። ትዝክረንን ኣይትዝክረንን ግና ኽርእያ'የ። ሓፍ ኢለ ሰላም በልክዋ። ሽመይ ነጊረያ፣ ንሳ'ውን ነጊራትኒ። "ንበሪ" ምስ በልክዋ፡ ኮፍ ኢላ ኣትኩራ ዓይን-ዓይነይ ክጥምተኒ ጀመረት። እንተ ዘይዘኪራትኒ መን ምኳነይ ኣይነግራንየ። ዝምታ፡ ሓያልን ንፍዕቲ መምህርን'ያ። ኣትኩራ ድሕሪ ምጥማት፣

"ኣበይ'የ ዝፈልጠካ?" በለትኒ።

"ትፈልጥኒ ኢ'ኺ ሓቀይዶ?"

"ተጋግየ ደኣ ከይከውን፡" ድሕሪ ምባል፣ "...ኣባል ወያኔ ዲ'ካ ሓቀይ? እንተ 'ኾይንካ 'ኽፈልጠካ ኣይክእልን'የ" መሊሳ እናተወላወለት፡ "ገጽካ ግና ኣይሓደሰንን፣ ወቓሕ ወቓሕ ትብለኒ ኣለ'ካ፣ ኣበይ ምኳኑ ግና እንድዒ፣ መምህር ስለ ዝ'ኾንኩ ምናልባ'ሽ ሓደ ካብ ተምሃሮይ ዝነበርካ ት'ኽውን፡" በለትኒ።

ከምኡ ምስ በለትኒ ክሓብኣላ ኣይክኣልኩን። ተናዘዝኩ!

"ኣይተጋገ'ኽን ዝምታ! ትፈልጥኒ ኢ'ኺ። ኣብ ደብረዘይት ቢ'ሾፍቱ መምህረይ ኔርኪ። ኣብ ዓሰርተ ሓደ 'ኽፍሊ ልብ-ወለድ ጽሑፈ ርኣይለይ እናበልኩ ኣሸግረኪ ነይረ፡" በልክዋ።

ገጻ ክ'ኹላዕ ተዓዘብክዎ።

"ዘኪረካ!" ኢላ ጨደረት። "...ኣሃ! ንዑደት ናብ ኣዋ'ሽ ፓርክ ክትከዱ 'ኸለ'ኹም 'ሽማን፡ ማኪና ተገልቢጥኩም ንስ'ካ ግንባርካ ፋ'ሻ ጠ'ቕሊልካዮ ትመጽእ ኔርካ። ሕጂ ዘኪረካ፣ እታ ምልክት'ውን እንሀት ኣብ ግንባርካ ትርኢ፡" በለትኒ።

ሓፍ ብምባል ካልኣይ ሳዕ ተሓጀ'ፍና ተሰዓንምና። ዝምታ ፍልይቲ'ያ! ሰብኣይ ዝብሃል ኣይነበራን። ክትምርያ'ውን ድልየት የብላን ይብሃል ነይሩ። ኣብ ደብረዘይት፡ ኣብቲ በረ'ኽቲ ዝባውንቲ ዝርከብ ጫካ በይና ትነብር ነይራ። "ኣብ ገዛኣ ሰይጣን ኣሎ" ዝብል ናይ ቕ'ልዕነት ዕላላት'ውን ንሰምዕ ነበርና። ናብ ክፍሊ ወትሩ ጸባ ሒዛ ብምምጻእ፡ እናመሃረትና ናይ ምምዓጉ ልምዲ ነበራ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ደብተርና ብድሕሪት ካብ የማን ናብ ጸጋም ወገን እና'ኸድና ክንጽሕፍ ተገድደና ነበረት። ዘይፈትዋ ተምሃራይ ግና ኣይነበረን! ዓባይ ጸርፋን ኩርማጃን፡ "እንታ ሰነፍ!" ጥራይ ትብል ነበረት። ዝምታ፡ ሓያል፡ ዝ'ኾነ ጉዳይ ብቕጥታን ብግልጽን ትዛረብ ሰብ'ያ። እንሆ ሕጂ፡ እዛ ፍትውቲ መምህር ኣብ ቤት-ጽሕፈተይ ኮፍ ኢላ ትርከብ።

ዝምታ፡ ብኡንብኡ ሕቶታት ከተውሕዘለይ ጀመረት፣

"ኣብ 1984፡ ዓሰርተ ሓደ ክፍሊ ከለኻ ሕማቕ ተምሃራይ ኢኻ ኔርካ። ሕጂ ደኣ ወደይ ከመይ'ልካ ኣብዚ ደረጃ ክትበጽሕ ክኢልካ? በየናይ ተኣምር ኢኻ ነዚ ስልጣን ረኺብካዮ?"

ኣሕጺረ ንኹሉ ኣረዳእክዋ።

ጽንሕ ኢላ፣

"ክርድኣኒ ኣይክኣለን፡" በለት፣ "...ኣብዚ ክፍሊ ሪፖርተር ኴንካ እንተ ትጸንሓኒ ኣይምገረመንን..." በለትኒ።

ክስሕቕ ጀመርኩ።

ካብዚ ንላዕሊ ከረድኣ ኣይክእልን'የ። ቀጺላ፣

"ክንደይ'ዩ ዕድመኻ!?" ኢላ ኣፋጢጣትለይ። ምስሓቕይ ስለ ዝቐጸልኩ ባዕላ ኣጻብዕታ ገይራ ደመረቶ።

"ዕስራን ሰለስተን ወይ ዕስራን ኣርባዕተን ኣቢልካ ኢኻ እንተ ገበርካ፡" በለትኒ።

"ልክዕ ኣለኺ።"

"መለስ ድዩ ሸይሙካ?" ስምዒታዊት ኮይና ሓተተትኒ።

ኣይመለስኩላን።

"ተመክሮ ዘይብሉ ወዲ ዕስራን ሰለስተን ዓመት ቁልዓ ነዚ ዓቢ ኽፍሊ...?"

ሃንደበት ክትንድር ጀመረት፣

"...ክርድኣኒ ኣይክእልን'ዩ። ኣነ ንኣኻ ስለ ዝፈልጠካ'የ እምበር፡ መብዛሕትኦም ሰበ-ስልጣን'ውን ከማኻ'ዮም ማለት'ዩ።"

ሰሓቕይ ኣቋረጸክዎ። ዝምታ፡ ዝመሰላ ትዛረብ ምኽና እፈልጥ'የ። ህድእ ኢለ ከረድኣ ፈተንኩ። ብዝኾነ መለክዒ ሒዙዮ ዘለኹ ስልጣን ከም ዘይግብኣኒ ከም ዝፈልጥ፡ ደስ ኢሉኒ እሰርሕ ከም ዘየለኹን ዋሕዲ እመሩት ሰባት ስለ ዘሎ ንግዜኡ ምኽኑን ከእምና ጸዓርኩ። ምስ ክኢላታት እናተማኸርኩ እሰርሕ ከም ዘለኹ'ውን ገሊጸ ከህድኣ ፈተንኩ።

እቲ ዘስሕቕ ኣጋጣሚ'ውን፡ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ዝመጽኣትሉ ምኽንያት ኣብታ ሃገር ዝርኣዩ ምምሕዳራዊ ጸገማት ዝምልከት ባዕላ ዝጸሓፈቶ ጽሑፍ ኣብ ጋዜጣ Ethiopian Herald ክወጽኣላ'ዩ ነይሩ። ቅድሚ ናባይ ምምጻኣ፡ ነታ ሒዛታ ዝመጽኣት ጽሕፍቲ ንዋና ኣሳናዳኢ ናይታ ጋዜጣ ክፍሎም ኣድጎይ ሂባቶ ነበረት። ክፍሎም ግና፡ እታ ጽሕፍቲ ክትወጽእ እንተ ኾይና ናተይ ፍቓድ ስለ ዘድሊ ናባይ መርሓ። እታ ንሱ ከውጽኣ ዘስግኣቶ ጽሕፍቲ፡ ዝምታ ምስ ሃበትኒ ተቐቢለ ኣንበብክዋ።

ዝገደፈትልና የብላን፣ ፈትዩ ክሳብ ዝጸልእ ዝዓይነቱ ጽሑፍ'ዩ ነይሩ። ኣብ ትካላት መንግስቲ ዝርኣዩ ዘስሕቑን ዘደንጽውን ተርእዮታት ልቕም ኣቢላ'ያ ጽሒፋ'ዮ። ኣብ ደብረዘይት ዝርከብ ሓይሊ ኣየር፡ ነቲ ብኽልተ ሽሕ ዶላር ገዚኡ ዝምጸእ መለዋወጢ ኣቑሑ ናይ ሓንቲ ነፋሪት፡ ተጋደልቲ ከም ወንበር ይጥቀምሉ ከም ዘለው፡ ፋይላት ምምሕዳራት ከተማ ተጋደልቲ እናውጽኡ ንመናኸሲ ሓዊ ይጥቀምሉ ከም ዘለውን ናይ ታሪኽ ሰነዳት'ውን ኣብ ኢድ ዘይምልከቶም ሰባት ከም ዘሎ..... ዝገልጽ ጽሑፍ'ዩ። ምስ ኣንበብክዎ ከም ዘይወጽእ ሓበርክዋ።

"ስለምንታይ?" በለትኒ።

"ዝምታ፡ ኣብ ጋዜጣ ስለ ዝወጸ እዚ ሽግር ይፍታሕ ማለት ኣይኮነን። መለስን ታምራትን ከም ዘንብብዎ ግና ክኸገብር'የ፡" በልክዋ።

ቡቲ ዝሃብክዋ መልሲ ደስ'ኳ እንተ ዘይበላ ኣብ መወዳእታ ግና ተሰማመዐት። ናብ ደብረዘይት ክትምለስ ከኣ ነቐለት! ዓርቢ መዓልቲ'ዩ። ሰዓተይ ኣርባዕተን ፈረቓን ትብል ኣላ።

"ዝምታ፡ ሒደት ምሳኺ ከዕልል ስለ ዝደለኸ ቅድም ንደረር'ሞ ደሓር ባዕለይ ናብ ደብረዘይት ከብጽሓኪ'የ። ዝለማመዶ ዘለኸ ናይ ሓሶት ካባ ገፊፍኪ ስለ ዝኣለኽለይ፡ ሎም-መዓልቲ ካባኺ ዝረኽብክዎ ትምህርቲ ኣይርስየንየ፡" በልክዋ።

....ድሕሪኡ ነዛ ፍልይቲ መምህር፡ ድሕሪ ሓምሽተ ዓመት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ቀይሕ መብራህቲ ትራፊክ ደው ምስ በለና'የ ረኺቢያ። መስኪት ማኪናኣ ከፊታ ምው'ቕ ሰላምታ ድሕሪ ም'ቕራብ፣

"ክሳዕ ሕጂ ኣየባረሩ'ኻን?" በለትኒ ብዓውታ።

"ኣባሪሮምኒ! እንቋዕ ደስ በለኪ!" በልክዋ።

ተኸታቲልና ብም'ካድ ናብ ካፌ ፍላሚንጎ ኣቲና ሒደት ኣዕለልና። ምስ ዝምታ ክረዳዳእ ከም ዝኽእል ተረዲኡኒ ነበረ። ፍርቅ-ሰዓት ምስ ኣዕለልና ክሳብ ማኪናኣ ኣፋነኹዋ።

ክንፈላለ ከለና፣

"ኣብ ኣመሪካ ዝቕመጥ ሓወይ'ዩ ነዛ ማኪና ገዚኡለይ። ንፋዕ ገጣማይ'ዩ፣ ግጥምታቱ ኣብዚ ኽሕትመን'ዩ ዝደሊ። ኣብዚ ሰሙን'ዚ ናብ ቤት-ጽሕፈትካ ክመጽእ'የ'ሞ፡ ሽዑ ብዛዕብኡን ንዘራረብ፡" በለትኒ።

እንተ'ኾነ ግና ከምቲ ዝበለቶ ኣይመጽኣትን።

.....ድሕሪኡ ድሕሪ ሾብዓተ ዓመት፡ ዝምታ ኸም ዝሞተት ሰማዕኩ። ኣብ ፕሪቶሪያ ከለኸ። ጽገሬዳ ትብሃል መተዓብይቲይ

"ፍትውቲ መምህርና ዝምታ ጎርፉ ዓሪፉ!" ኢላ ብኢ-ሜይል ኣርድኣትኒ። ከቢድ ሓዘን ተሰሚዑኒ። ነታ ከም ዝዓረፈት ዝሰማዕኩላ መሳልቲ፡ ምስተን እተረግማ መሳልታት ደመርክዋ። ከም ሰብ ሓዘን ብዙሕ ኣይከብደንን'ዩ፣ ኣብታ መሳልቲ ግና ተኪዘ ወሳልኩ። ነፍስኻ ዘይምትላልን ውሽጥኻ ከመይ ጌርካ ክትፍትሾ ከም ዘለካን ዝመሃረትኒ መምህር፡ እንሆ ንዘልኣለም ዓሪፉ....

ኣብታ ሰሙን ኣብ መርበብ ሓበሬታ 'ethiopians.com' ኣትየ፡ Gorfu Contra Nietzsche ደራሲ GE Gorfu ዘካየዶ ቃለ-መጠይቕ ምስ ኣንበብኩ፡ ዝምታ ዓባይ ሓብቱ ምኳና ፈለጥኩ። ኣቦ ዝምታ፡ 'ተግሳጽና ምክር' (ተግሳጽን ምኽርን) ዘርእስታ መጽሓፍ ከም ዝጸሓፉን እንተኾነ ጃንሆይ ከይትሕተም ከም ዝኸልከልዋ'ውን ፈለጥኩ።

* * *

መምህር ዝናቡ ዘነበ፡ ፍቕሪ ስነ-ጽሑፍ ዝነበሮም ሕያዋይ መምህር'ዮም ነይሮም። ሰማያዊ ካቦቶም ተኽዲኖም ሸናዕ ክብሉ ከለው ክሳዕ ሕጂ ይርኣዩኒ...

ሓደ መሳልቲ፡ "መስፍን ሃብተማርያም መን'ዩ?" ኢሎም ሓተቱና።

ኣነ ኢደይ ሓፍ ኣበልኩ፣ ዕድል ምስ ሃቡኒ፣

"መስፍን ሃብተማርያም ደራሲ'ዩ! በታ 'የቡና ቤት ስእሎች' (ኣሳእል ቤት-መስተ) እትብል መጽሓፉን ቡቲ ወትሩ ሰንበት ንግሆ ኣብ ሬድዮ ዘቕርቦም ትረኻን ይፍለጥ፡" ኢለ መለስኩ።

"ልክዕ ኣለኻ፡" ድሕሪ ምባል፡ ርእሶም እናነቕነቑ ተወሳኺ መብርሂ ኣቕረቡ።

"መስፍን ደራሲ'ዩ፣ ልዕሊ ኹሉ ግና ንኣይ ናይ ንእስነት ዓርከይ'ዩ። መስፍን ወዲ ሞጆ'ኳ እንተ ኾነ፡ ኣብዚ ኣብ ደብረዘይት ምሳና'ዩ ተማሂሩ። ኣብታ 'ልጅነት' (ቀ'ልዕነት) እትብል መጽሓፉ ዘሎ ተቓጣቓጣይ ሓያል ቁልዓ ኣነ'የ..."

መምህር ዝናቡ ዘነበ፡ ብዛዕባ ገዛእ ርእሶም ክትርኽ ፍርቂ ክፍለ-ግዜ ትሕንኮኽ ነበረት። ካልእ መሳልቲ ድማ ካብ ጆባኦም ክልተ ርሳስ ኣውጺኦም፣

"በዘን ክልተ ርሳስ'የ ልብ-ወለድ ዝጽሕፍ፣ እዚኣ እንተ ተጎሪሻ በዚኣ እጽሕፍ። ኣነ ለይቲ'የ ድርሰት ዝጽሕፍ፣ ከውታ ለይቲ! ኩሉ ነገር ጸጥ ምስ በለ፡ ካብ ዓራት ወሪደ ኣብ ጠረጴዛይ ኮፍ እብል። ሽው ትልሚ እንተ መጺኡለይ እጽሕፍ፣ እንተ ኣብዩ ግና ሰላሕ ኢለ

እድቅስ። ብዙሕ ግዜ ግና ዕጭ'ዩ ዝሕንፍፍ። ክገርመኩም ስነ-ጽሑፍ ከምኡ'ዩ። ክመጽእ ኣይፍለጥ! ክኸይድ ኣይፍለጥ!" በሉና።

መምህር ዝናቡ፡ ብዛዕባ ስነ-ጽሑፍ ክምህሩና ኸለው፡ ስነ-ጽሑፍ፡ ጨንር፡ በላሕቲ ኣስናን ዘለዎ ጸሊም ኣራዊት ኮይኑ ይስምዓኒ ነበረ።

ሓደ መዓልቲ ኢደይ ዊጥ ኣቢለ፣

"ኦሮማይ' ናይ በኣሉ ግርማ መጽሓፍ ስለምንታይ ተኸልኪላ?" ኢለ ሓተትክዎም።

መምህር ዝናቡ፡ ብህድኣት ናብዝን ናብትን ድሕሪ ምባል፣

"ንመንግስቲ ዘቐይም ትሕዝቶ ስለ ዘለዋ ተኸልኪላ። በኣሉ ናይ ሃገርና ብሉጽ ደራሲ'ዩ። መስፍን ሃብተማርያም ብዛዕባኡ ብዙሕ ኣዕሊሉኒ'ዩ። ከምቲ ዝበልክኹም መስፍን ናይ ንእስነት ዓርከይ'ዩ። ቀ'ልዕነት ኣብ እትብል መጽሓፉ ዘሎ..."

ንመስፍን ከይዘከርዎ ዝሓለፉላ መዓልቲ ፈጺሙ ኣይዝከረንን። ካልእ መዓልቲ ድማ ከምዚ ኢሎም ኣማረሩ፣

"ኣነ መምህር ናይ ኣምሓርኛ ጥራይ ክኸውን ኣይምተገብኣንን። ኣብዚ ቤት-ትምህርቲ ክለባት ይምስረታ ኣለዋ። ሓላፊ ክለብ ስነ-ጽሑፍ ብዘይካይ ካልእ መን ክኸውን ይኽእል? ምቅንናእ ግና ባህልና'ዩ። ንኣይ ኣብ ክለብ ምዅስኳስ ጀርዲን መዲቦምኒ። እንታይ ይመስለኩም? ተውህቦይ ክቐበልዎ ስለ ዘይደለዩ'ዩ። ኩነታት ፈላልዩና'ምበር ኣነን መስፍንን'ኮ ኣዕሩኽ ኢና ኔርና። ደብረዘይት ናይ ጥበብ ከተማ'ያ። ብዛይካ መስፍን፡ ከም ብዓል ለማ ጉያ፡ ኣሰፋ ጉያ፡ ፍሉጥ ሃያሲ ፍቅሩ ደበበ... ዝኣመሰሉ ስነ-ጥበበኛታት ኣብዛ ከተማ'ዮም ፈርዮም። ኣነ ሓደ ኻብኦም'የ! ቀ'ልዕነት ኣብ ትብል መጽሓፉ ዘሎ... ከምቲ ዝበልክኹም..."

ካልእ መዓልቲ ድማ፡ ብሰበይ ሰብኻ ዝዕወት ጽሑፍ ከመይ ገይሩ ንስነ-ጽሑፍ ከም ዝቐትሎ መሃሩና።

"ሓደ እዋን፡ ኣብ ዝተፈላለያ ንኡሳን ምምሕዳራት ንሰውራዊ ደርፍታት ዝኸውን ውድድር ግጥሚ ተኻዪዱ ነይሩ" ኢሎም መረረኦም ጀመሩ። "...ኣነ ሽዑ ሓጻር ግጥሚ ኣቐሪበ። ሓደ ኣባል ጉጅለ ባህሊ ንኡስ ምምሕዳር ዓሰርተ ሓሙሽተ ኽተማ ኣዲሳባ ድማ፡ 'ተዓዊቱ' ተባሂሉ ናብ ሩስያ ኸይዱ። ናተይ ግጥሚ ካልኣይቲ ወጺኣ። ብሰበይ ሰብኻ'ዩ ዝስራሕ። ፈጺመ ስለ ዘይተቐበልክዎ፡ ቅዳሕ ናይታ 'ተዓዊታ' ዝተባህለት ግጥሚ ብመገዲ ሓደ ዘመደይ ረኺበ ኣንቢበያ። ኣዝማቻ እንታይ ይብል መስለኩም?" ዘረባኦም ኣቋሪጸም ነታ ግጥሚ ኣብ ሰሌዳ ጸሓፉዋ፣

ንሕናን ሶማልን - መቐምቆ ሰቲና
ንሶማል ቀቲሉ - ንኣና ነሓፈና

መምህር ዝናቡ ብዓውታ እናጨደሩ፣

"...ነዚኣ ዝገጠመ'ዩ ተዓዊቱ! እዝስ ግጥሚ'ዩ? ሳይንስ ይኹን ስነ-ጽሑፍ ነዚ ግጥሚ ኣይቅበልዎን'ዮም። ኣብዛ ከም ብዓል ከበደ ሚካኤልን ጸጋዬ ገብረመድህን ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ገጠምቲ ዘፍረየት ሃገር፣ ነዚ ግጥሚ'ዩ ኢልካ ክትሽልምሲ ዘሕፍር'ዩ። ብዛዕባ ጸጋዬ ገብረመድህን፣ ከበደ ሚካኤልን መንግስቱ ለማን ኣብ ዝመጽእ ግዜ ብዙሕ ክንመሃር ኢና። ብፍላይ ብዛዕባ ጸጋዬ፣ መስፍን ብዙሕ'ዩ ኣዕሊሉኒ። ናይ ሎሚ ትምህርትና 'ሰበይ ሰብካ ንስነ-ጽሑፍ ብኽመይ ይቕትሎ!' ዝብል'ዩ ጽሓፍም!"

ኣብ ሰሌዳ ድሕሪ ምጽሓፍ ብዛዕና ነፍሶም ምዝራብ ቀጸሉ፣

"...ኣብ ከባቢ ካዛንቺስ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዓሰርተው ሓሙሽተ ዝርከብ ቄልዓ፣ ብሰበይ ሰብካ ተዓዊቱ ናብ ሩስያ ኽይዱ፣ ኣነ ግና ኣይከድኩን። ናብ ሩስያስ ይትረፍ ናብ ኩባኽ ዘይሰዱኒ? ሰብ ስለ ዘይብለይ ከም ከልቢ ኣብ ዝተወለድክም ኣሪገ። ኣዝማድ ዘለዎም ግና ናብ ሩስያ ኽይዶም ተለቪዥን፣ ፍሪጅ፣ ሳሞቫር ዝብሃል መፍልሒ ሻሂ ሒዞም መጺኦም። ናቶምን ናይ ኣንስቶምን ፎቶግራፍ፣ ብኢድ ኣብ ስትድዮ ኣወቂቦምን ኣዕብዮምን ኣብ መንደቕ ኣንጠልጢሎሞ... ምስ ሞቱ'ውን ነቲ ስእሊ ሒዞም የልቅስሎም!" በሉና።

ሓደ መዓልቲ፣ 'ይድረስ ለኣባቶቻችን!' (ትብጻሕ ናብ ኣቦታትና!) ዘርእስታ ሓጻር ግጥሚ ጽሒፈ ክርእዩለይ ሃብክዎም። ትሕዝቶኣ እዚ ዝስዕብ'ዩ፣

ክልተ መቐ-ብርዒ ጻህያይ ዝተጎብኣ
ኣብ እግሪ ዝቑንቑነ ዓላ - ወዲቑን ዝተረስዓ
ዘርኢ ዘሪኢና - ዘርኢ ሓዲግና ይብሉ
ጻህያይ ከይጸሃዩ - ኮስኩሶም ከየጽረዩ

ናብ ገዛኣም ወሲዶም፣

"እንታይ ኢኻ ክትብል ደሊኻ? ኣቦታትካ እንታይ ገይሮምኻ? ዝከኣሎም ሰሪሖም'ዮም ሓሊፎም፡" ኢሎም መኽሩኒ።

ሀድእ ኢሎም ጸጉረይ እናደራረዙ ድማ ከምዚ በሉኒ፣

"ኣቦታትካ ብምውቃስ ምጅማር ጽቡቕ ኣይኮነን። ብዛዕባ ፍቕሪ ጽሓፍ! ንዝተሰርሐ ብምድናቕ ክትጅምር ኣለካ። ኣብ ልዕሊ'ቲ

ዝተሰርሐ ምቐጻል... ዝብለካ ዘለኹ ተረዲኡካ? ብርግጽ ጸገም ኣሎ። ዕድል ዝተነፈገኩም ወለዶ ኢኹም። ብዝኾነ ጽብቕቲ'ያ፣ ጽሓፍ..."

ከፋንውኒ ከለው፡ ካብቲ ኣብ ኣፍደገኡም ዝነበረት ድኳን ፔፕሲኮላ ገዝኡለይ። ምስ ሰተኽዋ፡ "ኣጆኻ ኣይትሕመቕ" እናበሉ ደጋጊምሞ ርእሰይ ብምድርራዝ ኣፋነውኒ።

ጸሓይ ዓሪባ ምድረ ሰማይ ጽልምትምት ክብል ጀሚሩ ነበረ። "ተምሃሮና" እንብለን ኣዕዋፍ ኣዝመራ ንሰማያት ደብረዘይት ሸፈነናኡ ነበራ። መሕደሪኣን ኣብቲ ኣብ እዋን ክረምቲ ዝመልእ ጨለቅላቃ ዝብሃል ቀላይ'ዩ። ኣይትማቶቭ ደራሲ መጽሓፍ 'ኪርጊዚ'፡ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ትርኢት ኣዕዋፍ "ዝበራ ደሴታት ይመስላ" ብምባል'ዩ ገሊጽዎ። ዓይኒ ሕዝ ክብል ከሎ፡ ብዛዕባ መምህር ዝናቡ ዘነበ እናሓሰብኩ ናብ ገዛይ ገስገስኩ። "ክልተ መቓ-ብርዒ" ማለተይ ናይ መምህር ዝናቡ ክልተ ርሳስ ማለተይ'የ፣ የግዳስ ኣይተረድኦምን። ቅኔይ ኣይተዓወተን...

ንመምህር ዝናቡ፡ ደርግ ወዲቑ ኦሮማይ ዘርእስታ መጽሓፍ በኣሉ ግርማ ንኻልኣይ ግዜኣ ክትሕተም ምስ ተፈቕደ'የ ኣብ እዋን መመረቕታኣ ረኺበዮም። ኣብቲ ናይ ምምራቕ ስነ-ስርዓት፡ በረኸት ስምኦን ናይ ክብሪ ዕዱም ኾይኑ ኽርከብ ተዓዲሙ ነበረ። የግዳስ ስለ ዘይጠዓሞ ኣብ ክንድኡ መዝሙር ፈንቴ ተወከለ። ንሱ'ውን ሃንደበት ኣኼባ ስለ ዝነበሮ፡ ኣብ ክንድኡ ኣነ ናይ ክብሪ ዕዱም ኮይነ ተረኽብኩ።

ኣብቲ ናይ ምምራቕ ስነ-ስርዓት፡ ብየማነይ ብዓልት-ቤት በኣሉ ግርማ ወይዘሮ ኣልማዝ ኣበራ ብጸጋመይ ድማ ገጣሚ ሎሬት ጸጋዬ ገብረመድህን ኮፍ ኢሎም ነበሩ። ኣልማዝ ጸጸኒሓ ትነብዕ ነበረት። ንዓኣ ኣጸናኒዐ ናብቲ ገጣማይ ገጸይ ቀኒሕ በልኩ።

"ኣብ ጎንኻ ኮፍ ብምባለይ ዕድለኛ'የ፡" በልክዎ። ካብ በረኻ ዝኣተኹ ወያናይ ምኽነይ ጥራይ ስለ ዝፍለጥ፡ በዘራርባይ ተደናጊሩ ቀ...ው ኢሉ ጠመተኒ።

"ስራሓተይ ትፈልጠን ዲኻ?" በለኒ።

"ኩለን!" በልክዎ።

ስንብድ በለ። ቀጺለ፣

"ካብተን 'ከእሳት ወይ ኣበባ' (ሓዊዶ ዕንባባ) እትብል እኩባት ግጥምታት ዝሓዘት መጽሓፍካ፡ እታ ምሒር ዝፈትዋ 'ጌራ'ያ፡" በልክዎ። ቀጺለ ሒደት ካብ ትሕዝቶኣ ጨጨፍኩሉ።

ጌራ ነበልባል ዘለላ
ዘንጸባርቕ ጽላላ
ትርኢት ህላውናኣ የጽልል ጽባቐኣ
ጌራ ፍቕሪ ንእስነት
ሕቡእ ምስጢር ዘንትእለት
ጌራ ናይ ሕልሚ ዓለም ደልሃመት
ትዝታ'ኺ መሊኡ ክኸመር
እህህታ'ዩ መመሊሱ ዝድርደር

እቲ ገጣሚ ብኡንብኡ ፈተወኒ። ካብ በረኻ ዝኣተወ ብዓል ስልጣን ወያኔ፡ ንሓንቲ ካብ ግጥምታቱ ብቓሉ ከዝዩመሉ ከሎ ዝተሰምየ ሓጐስ ብቃላት ዝግለጽ ኣይነበረን። ድሕሪኡ፡ ቀጻሊ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ብምምጻእ ኣብ ላዕለዋይ ጫፍ ሆተል ዋቢ ሸበሌ ዝርከብ ባር ኮፍ ኢልና ንሱ የዕልል ኣነ ድማ እሰምዕ ነበርኩ። ምስዚ ዓቢ ገጣሚ ከምሲ ከለኸ። ሓያሎ ተመክሮ ግሒጠ እምለስ ነበርኩ።

ሓደ መዓልቲ፣

"ፈለማ ዝተላለናላ መዓልቲ ንጌራ'የ ዝፈቱ ምስ በልካኒ ገረሙኒ'ዩ። ብዙሓት ግና ነታ 'ኣይ መርካቶ' (ኣየ መርካቶ) ትብል'ዮም ዝፈትውዋ። ሕጂ ድማ 'ተይ መርካቶ' (ግደፈ'ባ መርካቶ) ትብል ግጥሚ ጽሒፈ'ለኸ። ንስኻትኩም ኣዲሳባ ምስ ኣተኸም ሰረቕቲ ገርጊሮም'ዮም። ንኣኣ ክህበካ'የ እሞ ኣብ መጽሔትካ ተውጽኣ።"

ቀጺሉ፣

"ብዘይካ'ኻ፡ ንጌራ ትፈትዋ ሓንቲ ቁልዓ ነይራ - መኣዛ ብሩ ሰይቲ ኣቴሎ፣ ከማኻ ብቓላ'ያ ትወጽኣ፡" በለኒ።

"ንስኻኸ ካብ ግጥምታትካ ነየነይቲ ትፈቱ?" በልክዎ።

"ኩለን ደቀይ'የን፡" ኢሉ መለሰ።

"ብዝበለጸ ትምስጠካ ማለተይ'የ።"

"በልግ' (ኣዝመራ) ትብል መጽሓፈይ ኣንቢብካያዶ?"

ሰንቢደ!

ኩለን ስራሓትካ ኣንቢበየን'የ ስለ ዝበልክዎ'የ ሰንቢደ። ኣዝመራ ዘርእስታ እኩባት ግጥምታት ዝሓዘት መጽሓፍ ከም ዘሕተመ'ውን ኣይፈልጥን'የ ነይረ። ከም ዘየንበብክዋ ምስ ፈለጠ ድማ፣

"ኣብታ መጽሓፍ ዝያዳ ዝፈትወን ግጥምታት ኣሎዋ፡" በለኒ።

ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ፡ ናብቲ ኣረጊት መጽሓፍቲ ዝሸየጠሉ ዕዳጋ ሓራጅ ብሞኻድ ነታ ኣዝመራ ዘርእስታ መጽሓፍ ገዚእ ነተን ዝበለኒ ግጥምታት ኩለን ኣንበብክወን። ኣንቢበ ምስ ኣስተማቕርክወን፡ ጸጋዬ

ነተን ዝሓበረኒ ግጥምታት ካብ ካልኦት ግጥምታቱ ኣብሊጹ ስለ ዝፈትወን ኮይኑ ዘይኮነ፡ ንኣይ ሓደ መልእኽቲ ከመሓላልፈለይ ከም ዝደለየ ጠርጠርኩ። ብርግጾ'ውን እተን ሒደት ግጥምታቱ ውሽጠይ ክምርምር ሓጊዘናኒ'የን። ንሓንቲ ካብተን ግጥምታት ከንብበልኩም።

ክእለትካ ኣብ ውሽጥኻ ቀቢርካ - ህዋሳትካ ኣይተንድዶ
ዓምቢቡዶ ኣይኮነን ዝብሃል - ኣንም ክትኮስ ከሎ
ሓቂ ኣብ ውሽጥኻ ቀቢርካ - ቀቢርካ ኣይትግደፎ
ትሕቲ'ቲ ቀበርካዮ ዘለኻ - ትሕት ኢልካ ኣይትቀበር
ዋላ ሕፈር ግድ 'ብልካን ሕፈር - ህዝቢ እንተ ሰሓቐ ኣበይ ከይትሽምረር
ካብቲ ንሕልናኻ ዘሕፈርካዮ ንላዕሊ - ብሰብ ኣይትሕፈር
ካባኻ ዝትሕቱ እንተ ደፈሩኻ - ክትክእሎ ኢኻ ተጻወር
'ታይ ክብሉኒ'ዮም'ኳ ዝደፈርካዮ - ብኣኣቶም ኣይትደፈር
እኳ ደኣ ካብዚ ዝተላዕለ - ዘይተሓልመ እንተ መጻካ
እምነትካ ካብ ምቕታል ንላዕሊ - መኣስ ክትመውት ኪንካ

.....ኣብታ ዕለት'ቲኣ ንኦሮማይ መሪቐ ምስ ከፈትክዋ፡ ኣብ እዋን እንግዶት፡ ናይ ስነ-ጽሑፍ ዓቕመይን ህይወተይን ዓቢ ለውጢ ኸምጽእ ዓቢ ኣበርክቶ ምስ ዝገበረ ደራስን ገጣምን ኣበራ ለማ ክላለ ዕድል ረኸብኩ። ኣበራ ለማ፡ ኣብ ዘመነ ደርግ ነታ ኣብ ኣሮማይ ዘላ ገጸ-ባህሪ ፈያሜታ፡ 'ፈያሜታ እምባባ' (ፈያሜታ ዕንባባ) እትብል ግጥሚ ገጢሙላ ነበረ። እታ ግጥሚ'ውን ኣብታ መዓልቲ ምስታ መጽሓፍ ሓራ ወጽኣት። መስከረም 1992'ውን ኣብ ጋዜጣ 'የዛሬይቱ ኢትዮጵያ' ወጺኣ ነበረት። ሒደት ካብ ትሕዝቶኣ ከካፍለኩም።

ፈያሜታ - መዘክር ጋዜጠኛ
መተንፈሲ ጋዜጠኛ
ልብኺ ኣብ ልበ እኩያት ክገላታዕ
ፍቕሪ መኣስ ዕውር ኮይኑ ኣቲ ፈያሜታ!
ልበ ኣፍቃሪ ረኺብዎ ዘይርታዕ
ፈያሜታ፡ ሰብ እምበር ፍቕሪ መኣስ ይግድሶ
ዕውር እንተ ተባህለ እዋን ጸሓይ ድግሶ
ኣብ ዙርያ ኣጸድኪ ልቢ ሰብ ዓዊሩ
ብርሃን ደልዩ ንወርሒ ጻሕቲሩ
ኣንቲ ጽብቕቲ - ናይ ሰሚናዊ ዋልታ ጨራ
መዝገብ ሕምብርተ ታሪኩ - ናይ በኣሉ ዳሜራ

ኣብቲ መመረቕታ መጽሓፍ፡ ንመምህር ዝናቡ ዘነበ ኣብኡ ምስ ረኸብክዎም ግና ምእማን'የ ስኢነ። ብቕጥታ ናብቲ ንሶም ደው ኢሎምሉ ዝነበሩ ቦታ ኸይደ ብምውቕ መንፈስ ሰላም ምስ በልክዎም፡

ካብ ምግራም ዝተላዕለ ቐዝዝ በሉ። ክገርሞም ትጽበዮ ነገር'ዩ። ሓደ ብዓል ስልጣን ወያኔ፡ ኣብ ቅድሚ ኹሎም ኣጋይሽ ሽሞም ጸዊዑ ብኣኽብሮት ሰላም ክብሎም ከሎ ኣእምሮኦም ዘይምስሓቶም'ውን ዘገርም'ዩ። ከምኡ ምኳኑ ምስ ፈለጥኩ ግና መንነተይ ካብ ምንጋር ሓሊፈ ሰሓቐይ ፈጺመ ክቈጻጸሮ ኣይክኣልኩን።

"....መምህር ዝናቡ መምህረይ ኢኹም ኔርኩም። ....ትዝክርዎ ዝኾንኩም ብዛዕባ መስፍን ሃብተማርያም ተዘንትውልና ኔርኩም። ሓደ መዓልቲ ኽማን ግጥሚ ጽሒፈ...."

ፍሽኽ በሉ። ዘኪሮምኒ...

* * *

ዛሕሊ ወርሒ ጥቅምቲ እናንቀጥቀጠና ስኑ-ስርዓት ጌርና ፖለቲካዊ ትምህርቲ 11 ክፍሊ ንክታተል ኣለና። ክንዲ እምባ ዝቋላ ዝምግባፉ መምህር ኣንለይ ሃይለ፡ ናብዝን ናብትን እናበለ፣

"ቤተ-ክርስትያን፡ ናብ ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ዝቐየረሉ ግዜ ርሑቕ ኣይኮነን። .....ሰውራ መሪር'ዩ፣ ...ፍረኡ ግና ምቁር! .....ማርክሳዊ ስነ-ሓሳብ ከም ቀ-ልፊ ክንዕጠቆ ይግባእ - ከም ሓጺናዊ ቐ-ልፊ!" እናበለ ፖለቲካ ይምህረና ኣሎ።

ኩልና ተምሃሮ ነዚ ናይ ፖለቲካ መምህርና ኣይንፈትዎን ኢና! እቲ ምኽንያት ግና፡ ፖለቲካ ስለ ዝምህረና ዘይኮነስ ስለ ዝቀጣቐጥ'ዩ። ኣብታ ናቱ ፐሬድ ፍርቂ ተምሃራይ ጽፍዒት ከይጠዓመ ኣይወጽእን'ዩ። ንኣዋልድ፡ ኣብ ልዕሊ ጠረጴዛ ኣደይቡ ከም ዝሓፍራን ከም እንስሕቀንን ስለ ዝገብር፡ መምህር ኣንለይ ኣብ ክፍሊ ከይኣተወ ኽሎ ዘየንቀጥቅጥ ተምሃራይ ኣይነበረን። ብኽምዚ መገዲ ኣብ ጥቅምቲ 1984 ከምቲ ልሙድ መደርኡ ብም'ቐጻል....

"ሰውራና ብዓወት ኑቲጉ ካብ ዝወጻሉ መዓልቲ....."

መምህር ኣንለይ፡ ሃንደበት መደረኡ ግትእ ኣቢሉ ንኹልና በብሓደ ክጥምተና ጀመረ።

"ሰልችዩኩም ድዩ'ዚ ትምህርቲ!?" በለ ብዓውታ።

ዝመለሰሉ ተምሃራይ ኣይበረን።

"ሰልችኩም ድዩ!? እ!? በለ ካልኣይ ሳዕ እናነብሐ።

"ኣይሰልቸወናን፡" መለስና ብዓውታ።

"ድግምዎ፡" በለና።

ብዓውታ ደገምናዮ። ኣንለይ ፍሽኽ በለ። ኣብ ማእከልና'ውን ናብዝን ናብትን በለ። ንሕና ጸጥ ኢልና ንሰምዖ ነበርና።

ቀጺሉ፡ ዘይተጸበናዮ ሕቶ ሃንደበት ሓተተና።

“እስከ ሃገርኩም ትፈትዎ ኢድኩም ሓፍ ኣብሉ።”

ኩሉ ተምሃራይ ኣእዳው ሓፍ ኣበለ። ነታ ሕቶ ብልክዕ ሰሚዐያ’የ። ከመይ ኢለ ሓሲበዮን ደፊረን ኣይፈልጥን፣ ኢደይ ሓፍ ከየበልኩ ተዓዚመ ተረፍኩ። ኣብ ጐነይ ኮፍ ኢሉ ዝነበረ ተሻለ ይገዙ’ውን፡ ኢዱ ሓፍ ከም ዘየበለ ረኣኽዎ። ከዋላወል ጸኒሑ ግና ድሓር ኢዱ ዊጥ ኣበለ። ኣነ እንታይ ኮይነ ኢደይ ሓፍ ኣየበልኩን ፈጺሙ ኣይተረድኣንን። ዝፈልጦ ነገር እንተ ነይሩ፡ ነቲ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ከም ዘይፈትዎን እቲ መምህር ድማ ስለ ዝተሃራረፈ ከም ዝፈርሐን ጥራይ’ዩ።

መምህር ኣንለይ፡ በቲ ዝርኣዮ ክኣመን ስለ ዘይክኣለ ኣፍጢጡ ጠመተኒ። ተምሃሮ ሕርሻ ዓሰርተው ሓደ ክፍሊ ኣእዳዎም ሓፍ ኣቢሎሞ ነበሩ። ኤልሳ የሴፍ፡ ኣብ ጸግዒ ኮፍ ኢላ ነበረት። ብፍላይ ኣበበ ጉተማ ኣጸቢቑ ይዝክረኒ። ኣበበ፡ ሎሚ ኣበይ ኮን ይህሉ ይኸውን? እቲ ብምርባሽ ዝፍለጥ ኣበባው ለገሰ ኣብ ኣመሪካ’ዩ ዘሎ ኢሎሞ። በድሉ ንጋቱ፡ ኣባል ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ኮይኑ። ኣዜብ በላይ፡ ኣብ ግብጺ ከም ዘላ ሰሚዐ። እቲ ነገራት ስለ ዘበላልዕ ኮካ ዝብል ሳጓ ዘውጻእኣናሉ ወዲ ሞጆ መንዩ ሸሙ!? እውነት ተሾመ፡ እታ ኸደረይቲ ቆንጆ ኣበይ ኮን ትህሉ? ኣይነገርክዋን’ምበር ምስኣ ናይ ዓይኒ ፍቕሪ ሒዙኒ ነይሩ። ደቂ ክላስና ብምሉኣም፡ በታ ትእዛዝ ኣእዳዎም ከም ጨናፍር ሓፍ ኣቢሎሞ ኣለው። ካብ ብምሉኣም ደቂ ክላስና፡ እቲ እንኮ ማትሪክ ሓሊፉ ብሞያ ሕክምና ዝተመረቐ ደረጀ ኣለማየሁ፡ ድሕሪ ኮፍ ኢሉ ምንባሩ ፈጺመ ኣይርስየን’የ።

መምህር ኣንለይ፡ ህድእ ኢሉ ናብ ጥቓይ ብምቐራብ፣

“እንታይ ኪንካ ኢኻ ኢድካ ሓፍ ዘየበልካ?” በለኒ።

“ንሃገረይ ኣይፈትዋን’የ።”

“ስለምንታይ ዘይትፈትዋ?”

“ኣይፈልጣን’የ።”

“ሓፍ በል!”

ሓፍ በልኩ። ኣብቲ ጥቓ ሰሌዳ ደው ኣቢሉ፡ ነቶም ተምሃሮ ኣእዳዎም ከውርዱ ሓቢሩ ነቲ ልሙድ ፖለቲካዊ መደረኡ ቀጸሎ። ዓሰርተ ደቂቕ ዝኸውን ደው ምስ በልኩ ግና ስለ ዝረብረብኩ መደረኡ ኣቋሪጸ፣

“ደው ምባል ኣድኪሙኒ! ኮፍዶ ኽብል...” በልክዎ።

ነዛ ምልእቲ ሓሳብ ተዛሪበ ከይወዳእክዋ፡ መምህር ኣንለይ፡ በቲ ኽንዲ ሰተታ ዝኸውን ኢዱ ጅው ምስ ኣበለኒ ሾብዓተ ሰይጣውንቲ

ክሳብ ዝርኣዩኒ ጽልምት በለኒ። ምድረ-ሰማይ ሕውስውስ ኢሉኒ ኣብ መንደቕ ተደጊፈ ከለኹ፡ ዓው ኢሉ ከፋጥጠለይ ከሎ እሰምየ ነበርኩ።

ከምዚ ኢሉ ድማ መጻኢ ህይወተይ ተነበየለይ፣

"ሽቃጢ እንቋቑሑ ክትከውን ኢኻ!"

መወዳእታ ፕሬድ'ያ ነይራ። ደወል ምስ ተደወለ፡ መምህር ኣንለይ ነታ ኣረጊት ናይ ቁርበት ሳንጣኡ ኣንጠልጢሉ 'ስዓቢኒ' ኢሉኒ ወጽኣ። ደብተረይ ክወስድ ናብ ጠረጴዛይ እናኸደኩ፡ ኤልሳ ዮሴፍን ደረጀ ኣለማየሁን ክልቲኦም ደው ኣቢሎም ተተበራርዮም ብምኽሪ ልበይ ኣጥፍኡለይ።

"ሃገርኩም ዘይትፈትው ዝበልካና መሲሉኒ'ልካ ይቕረታ ሕተቶ፡" በሉኒ።

መራር ጽፍዒት ስለ ዝጸፈዓኒ፡ ጭርውርው እናበለኒ ጥራውዝተይ ኣኪበ ከርክቦ ጎየኹ።

ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ምሰ'ርከብክዎ፣

"መን'ዩ ስምካ?" ኢሉ ሓተተኒ።

ስመይን ስም ኣቦይን ነገርክዎ።

"ትግርኛ ኢኻ እምበኣር!?" በለኒ ንዕቐት ብዝጥዕም ድምጺ።

ኣይመለስክሉን። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ወዲ ቢሾፍቱ ካብ ምኽንይ ሓሊፉ ብዛዕባ ዘርኢ ምዝራብ ኣይለመድኩን። ንመምህር ኣንለይ፡ ትግርኛ ምኽንይ ስለምንታይ ፍሉይ ነገር ከም ዝኾኖ ክርድኣኒ ዝኽእለ፡ ድሕሪ ነዊሕ ዓመት ኣብ መሳርዕ ወያኔ ተሰሊፈ ክቃለስ ምስ ጀመርኩ'የ።

መምህር ኣንለይ ሕቶኡ ብምንዋሕ ብዛዕባ መንነት ወለደይ፡ ኣስማቶምን ኣበይ ከም ዝነብሩን ብዝርዝር ሓተተኒ። ምስ ዓባይ ሓብተይን ሰብኣያን ከም ዝነብር ነገርክዎ። ሰብኣይ ሓብተይ፡ ዮሴፍ ኣብርሃም ከም ዝብሃል ምስ ነገርክዎ፡ ሕርቃኑ ብቕጽበት ክዝሕል ኣስተውዓልኩ። ኢጋጣሚ ምስቲ ኦዲተር ባንክ ዝነበረ ሰብኣይ ሓብተይ፡ ኣብ ሓደ መንግስታዊ ኮሚተ ብሓንሳብ ይሰርሑ ስለ ዝነበሩ ይቀራረቡ ነበሩ።

"በል ኪድ ገዛኻ!" ኢሉ ክሳደይ ሓኒቑ ነው ኣበለኒ።

ደረጀ ኣለማየሁን ኤልሳ ዮሴፍን ደው ኢሎም ክጽበዩኒ ጸንሑኒ። እንታይ ከም ዝበለኒ ክፈልጡ ኸኣ ተሃንጥዮም ሓተተቱኒ፣ ነጊረዮም። ክልቲኦም ካብ ታሕንስ እተላዕለ ኡፍ! ኢሎም ድሕሪ ምትንፋሱ "ምሒር ዓሻ" ኢኻ በሉኒ። ኣነ'ውን ዓሻ ምኽንይ ከይተኸራኸርኩ ብጽፍዒት ማርማር ዝበለ ገጸይ እናዳህሰስኩ ናብ ገዛይ ኣምራሕኩ። መምህር ኣንለይ "ሽቃጢ እንቋቑሑ ክትከውን ኢኻ" ኢሉ ዝተነበየለይ

ግና ድሮ ረሲዐዮ ነበርኩ....

ምስ መምህር ኣንለይ ድሕሪ ሸሞንተ ዓመት ዳግማይ ተራኸብና። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ'የ ነይረ። ሓደ መዓልቲ ንግሆ ጋዜጣታት እናገናጸልኩ፡ ጸሓፊተይ ዋና ኣሰናዳኢ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ክረኽበኒ ደልዩ ይጽበየኒ ከም ዘሎ ሓበረትኒ። "እቶ በልዮ፡" በልክዋ። እቲ ዋና ኣሰናዳኢ፡ ሓደ ናይ ስፖርት ተልሚደን ጋዜጠኛ ክቐጽር ስለ ዝደለየ'ዩ ናተይ ፍቓድ ደልዩ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ መጺኡ፣

"ክንፍትኖ ኢልና ምሳና'ዩ ክሰርሕ ጸኒሑ፣ ንፉዕ'ዩ፣ ተስፋ'ሎዎ፡" በለኒ።

ዜና ስፖርት ኣንቢበ ስለ ዘይፈልጥ፡ ነቲ ዝበለኒ ካብ ምስማዕ ሓሊፈ ዋላ ሓንቲ ክብል ኣይክኣልኩን።

"ፍረላንሰር ኮይኑ ይጀምሮ'ሞ፡ ደሓር ኩነታቱ ርኢና ቀዋሚ ጋዜጠኛ ንገብሮ፡" ድማ በለኒ ወሲኹ።

ስም ናይቲ ስራሕ ክቕጸር ዝሓትት ዘሎ ሰብ ሓተትክዎ።

"ኣንለይ ሃይለ'ዩ ዝብሃል" ምስ በለኒ፡ ትንፋሰይ ውሕጥ ኣበልክዋ። እቲ ዝቕጥቕጠኒ ዝነበረ ናይ ፖለቲካ መምህር ይኸውን ኢለ ግና ኣይገመትኩን። ምምስሳል ስም ክኾነለይ እናተመነኹ ድማ፣

"ብዛዕባኡ ዝርዝር ትፈልጦ ነገር ኣሎዶ?" በልክዎ ኣብ ውሽጠይ ዝነበረ ህንጡይነት ከይፍለጥ እናተጠንቀቕኩ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ንሕና ወየንቲ ናይ ዘርእን ብሄርን ሕቶ ነብዝሕ ስለ ዝነበርና፡ እቲ ዋና ኣሰናዳኢ ናይቲ ሰብ ዘርኢ ዝሓተትክዎ መሲልዎ ገጹ ጽውግ ኣቢሉ፣

"ኣምሓራይ'ዩ፣ ጎጃሜ፡" በለኒ።

"ናይ ቀደም ስራሑ'የ ሓቲተካ።"

"ናይ ስፖርት መምህር ከም ዝነበረ ሓቢሩና'ሎ።"

"ኣበይ ከተማ?"

"ኣብ ደብረዘይት።"

ነዊሕ ኣስተንፈስኩ። ኣንለይ ሓቂ'ዩ፣ ካድር ተማሂሩ ቅድሚ ናይ ፖለቲካ መምህር ምኳኑ፡ ናይ ስፖርት መምህር'ዩ ነይሩ። ደርግ ምስ ወደቐ ናይ ፖለቲካ መምህራን ስራሕ ስኢኖም ከም ዝኸረሙ ተረዳእኩ። ነቲ ዋና ኣሰናዳኢ ኸኣ፣

"ንሓላፊ ምምሕዳር ንገሮ ስራሕ ይጀምር፡" ኢለ ኣሰናበትክዎ።

በይነይ ምስ ኮንኩ፡ ብዛዕባ ኣንለይ ሃይለ ሒደት ሓሰብኩ። ኣይዝክረንን'ዩ። እዚ ሎሚ ስራሕ ዘእትዎ ዘሎ ሓላፊ'ዚ ኸፍሊ፡ እቲ ትማሊ ፈዛዝ ዝነበረ ተምሃራይ'ዩ ኢሉ ክግምት ስለ ዘይክእል መን ምኳነይ ከይፈለጠ ስራሑ ብሰላም ክሰርሕ ወሰንኩ። እንተ ፈሊጡ

ክርበኽ ይኽእል'ዩ ኢለ ናጻ ሓደግክዎ።

ካብታ መዓልቲ'ቲኣ ጀሚረ ድማ፡ ዓምዲ ስፖርት ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ክርእዮ ጀመርኩ። ስሕት ኢለ'ውን ኣንለይ ዘዳለዎ ዜና ስፖርት ከንብቦ ጀመርኩ። ጽቡቕ'ዩ፣ ኣብ ሓጺር ግዜ ካብቶም ገዳይም ጋዜጠኛታት ዘይሓምቕ ጽሑፋት ክጽሕፍ ከም ዝጀመረ ምስ ረኣኹ፡ እቲ ተምሃሮ ከለና ክሃርመና ዝውዕል ዝነበረ መምህር፡ ልክዕ ቦታኡ ብዘይምርካቡ ወይ'ውን ዘይፈትዎ ስራሕ ክሰርሕ ተገዲዱ ክኸውን ከም ዝኽእል ገመትኩ። ኣብ ርሑቕ ኮይነ ግና፡ ብዛዕባ ባህርያቱን ናይ ስራሕ ምንቅስቓሱን ምክትታል ኣየቋረጽኩን። ኣንለይ፡ ኣብ ኣኼባ ናይ ምዝራብ ኣመል'ኳ እንተ'ለዎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ምስ ኩሎም ኣባላት ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ዝረዳዳእን ሕውስ ፈታዊ ኩሉ ክኸውን ከም ዝኸኣለን ከስተውዕል ክኣልኩ። ብዛዕባይ ይፈልጥ ድዩ ኣይፈልጥን ከረፈጋግጽ'ውን ሓደ-ክልተ ግዜ ዝኸውን ናብ ቤት-ጽሕፈት ኣዳለውቲ ዓምዲ ስፖርት ከይደ ኣዕሊለዮም ነይረ። እንተኾነ ግና ፈጺሙ ከለልየኒ ኣይክኣለን። ኣብ መወዳእታ ድማ መንነተይ ከይሓበርክዎ ካብ ክፍሊ ፕረስ ተቐየርኩ።

ኣንለይ ኣብኡ ተሪፉ...

እታ ንሳልሳይ ግዜ እተራኸብናላ ኣጋጣሚ ግና ኣይትርሳዕን'ያ። ካብ ክፍሊ ፕረስ፡ ኣካያዲ ስራሕ ኣሕታሚ ፋና ዲሞክራሲ ኮይነ ምስ ተቐየርኩ፡ እምባታት ዘንቀጥቀጠ ወለዶ ዘርእስታ መጽሓፍ ኣሰናዲእና ዘርጋሕና። ሜጋ ማእከል ስነ-ጥበባት ድማ ነታ መጽሓፍ ንምግምጋም ሓደ መድረኽ ኣዳለወ። ኣብቲ ብርክት ዝበሉ ዕዱማት እተረኽብሉ ገምጋም፡ ኣብ ድሕሪት ተቐሚጠ ትም ኢለ እሰምዕ ነበርኩ። ናይታ መጽሓፍ ሓሳብ፡ ቅርጺ ካብ ምትሓዛ ጀሚርካ ኣርእስቲ ክሳብ ምውጻእ፡ ልዕሊኡ'ውን ነቲ ታሪኽ ምጽሓፉን ኣርትዖትን ዳርጋ ኹሉ ኣነ ስለ ዝገበርክም፡ ተሳትፍቲ ዘቕርብዎ ዝነበሩ እወታዊ ይኹን ኣሉታዊ ርእይቶ ብኣንክሮ እከታተሎ ነበርኩ። ኣብ መንነ፡ ሓደ ግልቡት ሰብ ኢዱ ሓፍ ኣቢሉ ተንሲኡ ክዛረብ ጀመረ።

ኣንለይ'ዩ...

ብዛዕባ ናይታ መጽሓፍ ኣቀራርባን ድኽመታትን እናልዓለ ብዙሕ ተዛረበ። ሓያል ጐድንታታ'ውን በብሓደ ዘርዘረ። ንእግረመገዱ ድማ፡ ስመይ ጠቒሱ ኣብ ልዕሊ ኣዘናትዋይ ዘለዎ ኣድንቆት ገለጸ። ኣብቲ ኮፍ ኢለዮ ዝነበርኩ ኮይነ ጽን ኢለ ሰማዕክዎ።

ድሕሪ'ቲ ገምጋም፡ ኣብ ግዜ እንግዶት ገዚፍ ናይ ድራፍት ብኬሪ ሒዝና ተኣኪብና ከነዕልል ጀመርና። ኣብታ ብዓል ደራስን ጋዜጠኛን ደምሴ ጽጌ፡ ስለሺ ተሰማ፡ ዑቕባይ በርሀ፡ ካልኦት ጋዜጠኛታትን ስነ-

ጥበበኛታትን ከቢቦም ዘዕልሉላ ዝነበሩ ጉጅለ'የ ነይረ። ምውቕ ዕላል ሒዝና ወጃዕ እናበልና ኸለና፡ ኣንለይ ሃይለ ጃምቦ ናይ ድራፍት ብኬሪ ሒዙ ብምምጻእ ተጸንበረና።

"እንሆ! ሕጂ'ያ እታ ግዙ" ኢለ ኣጉረምረምኩ፣ ጸንሕ ኢለ ድማ "ሓንሳእ ስምዑኒ!" ኢለ ጨደርኩ።

ኩሎም ናባይ ጠመቱ። ኩሉ ሰብ ጸጥ ምስ በለ፣

"ንኣይን ንኣንለይን እትምልከት ዕላል ከዕልለኩም፡" በልክዎም። እቶም ከቢቦም ዘዕልሉ ዝነበሩ ብምሉኣቶም ክጥምትዎ ጀመሩ። ኣንለይ ደንጽይዎ ኣፍጢጡ ይጥምተኒ ነበረ።

"ኣንለይ፡ ዓሰርተ ሓደ ኽፍሊ ኸለኸኹ መምህረይ'ዩ ነይሩ። ሓደ መዓልቲ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኡን ዝተፈጥረ ፈጺመ ክርስየ ዘይክእል ኣጋጣሚ ከዕልለኩም..."

ዕላለይ ገቲአ ንኣንለይ ጠመትክዎ። ደንጽይዎ ገጹ ልውጥውጥ በለ። ጽን ኢሎም ምስ ሰምዑኒ ኸሎም ገጾም ናብኡ መለሱ። 'ሓቂ ድዩ'ዚ?' እናበሉ በዒንቶም ሓተትዎ። ኣንለይ ግና ኣይተማተኣን! ክሳዕ ሎሚ ዘገርመኒ መልሲ መለሰ።

"ዘገርም'ዩ!" ኢሉ ዘረባኡ ጀመረ፣ "እቲ ዓሻ ዝነበረ ተመሃራይ ንስኻ እንተ ኾይንካ ኣዝዩ ዘገርም'ዩ! ኣብቲ ግዜ'ቲ እንታይ ዓይነት ፖለቲካዊ ትምህርቲ ትጽበ ኔርካ? 'ንሃገረይ ኣይፈትዋን'የ' ማለትከ እንታይ ማለት'ዩ? ዋላ ሓንቲ ከይበልኩኻ ትም 'ተዝብልከ እንታይ ዓይነት ጸገም ክወርደኒ ከም ዝኽእል ትፈልጥዶ ኔርካ? ንም'ኣኑ ኣብ ክላስኩም ክንደይ ደቂ ኣባላት ሓይሊ ኣየር፡ ደቂ ኢሰፓን ጸጥታን ነይሮም? ትፈልጠ ኣይነበረካን ሓቀይዶ!? ሕጂ ድማ ብጽፍዒት ድዩ ብጉስጢ ኣላዲዱኒ ትብለና'ለኻ! እወ ኣላዲደካ! ድሕሪኡ ግና እንታይ ስዒቡ፡ ኣነን ንስኻን ድሒንና!!"

ኩልና ሰሓቕና!

ኣንለይ፡ ካልኣይ ሳዕ ላዕለዋይ ኢድ ሓዘ።

እዚ ናይ ፖለቲካ መምህርና ዝነበረ፡ ሎሚ ኣበይ ኮን ይህሉ? መን ይፈልጥ? ሓደ መዓልቲ ኣብ ገማግም ቀላይ ቢሾፍቱ ኮፍ ኢልና ቢራ እናሰተና ነዕልል ንኸውን...

- 9 -
ወንድሙ ጨበሮ

እቲ ብብርሃን ዝረኣናዮ - ጸልሚቱ እንተ ጠፍኣና
ግብ ይበል ይጸልምት - እንታይ ከይከፍኣና
ስብሓት ንጸልማት - ይጸልምት ይኹን ጽልምትማቶ
ይንቹራ ኣዒንትና - እናረኣያውን ኣይጠቕማን ከቶ

(ግጥሚ - ፕሮፌሰር መስፍን ወልደማርያም)

ጋዜጠኛ ኾይነ ኣብ ዝሰራሕኩሉ እዋናት ካብ ዘዘራረብክዎም፡ ዘይርስየምን ኣብ ኣእምሮይ እተቕርጹን ሓደ ወንድሙ ጨበሮ'ዮም። ዝና ናይዞም ሽማግለ ምስ ሰማዕኩ፡ ቃለ-መጠይቕ ከካይደሎም ክሳብ'ቲ ዝነብርሉ ዓዲ ዶርዜ ዝኣክል ተጓዒዘ። ብሓበሬታ ገዛኦም ምስ በጻሕኩ፡ ጻዕዳ ጋቢ እተወንዘፉ ጉልቡት ሰብኣይ ኣብ ገበላ ገዛኦም ኮፍ ኢሎም ጸንሑኒ። እዞም ሽማግለ፡ ምስ ግርማ መጎሶም ዝሰማማዕ ተፈጥሮ ዝዓደሎም ሓያል ድምጺ ኣለዎም። መን ምኳነይ ተላልየ፣

"ካብ መጽሔት እፎይታ'የ መጺኡ" በልክዎም።

"ኣበይ እፎይታ ምስ ተረኽበ ደኣሉ ስምኩም እፎይታ ኾይኑ?"

ትዋሕ ኢሎም ሰሓቑ!

"ክላ'ዋእ! ንመጽሔትኩም ካልእ ስም ኣናድዩላ! በይንኹም እፎይታ ረኺብኩም እንተ ኴንኩም ድማ፡ ናትና እፎይታ በሉዋ። ህዝቢ ግና እፎይታ ኣይረኽበን።"

ካልኣይ ሳዕ ድማ ብሰሓቕ ሰቐጥቀጥቀጥ በሉ!

ሰሓቖም ጣዕመ ዜማ ዘለዎ ኾይኑ፡ ንምስማዑ ባህ ዘብል ድሙቕን ሓፊስን'ዩ። ኣብ ዶርዜ ምስ ዝርከብ ሓረስታይ ድዩ ዝዛራረብ ዘለኹ ክሳዕ ዝብል ተጠራጠርኩ።

“ቀጽል ሕቶኻ፡” በሉኒ እቶም ኽማግለ።

ብእተኻእለ መጠን ስምዒተይ ተቓጻጺረ ንሓደ ሰዓት ዝኣክል ሓተትክዎም። ካብቲ ዝሃቡኒ ሰፊሕ መልሲ፡ ገሊኡ ከምዚ ዝስዕብ ይርከቦ፣

“....ንመለስ ዜና፡ ኽሉ ንፈልጥ ኢና ኢኻ በሎ። ንሱ ንጓሉ ብእንግሊዝኛ የምህራ ከም ዘሎ ሰሚዕና። እንታይ ኮይኑ ደኣዩ ወደይ ብትግርኛ ዘየምህራ? ብቋንቋና ስለ ዘይተማሃርና ተበዲልና ኢሉዶ ኣይኮነን ተጋዲሉ? እንታይ ኮይኑ ደኣዩ ንጓሉ ካብቲ ፍረ ቃልሲ ዘየጥዓማ? ዘይንፈልጥ ኣይምሰልኩም! ደቂ ሰበ-ስልጣን ብእንግሊዝኛዶ ኣይኮኑን ኣፎም ዝኸፍቱ ዘለው? ንኣና ድማ “ብዶርዚኛ ናይ ምምሃር መሰልኩም ተጠቕምሉ!” ትብሉና ኣለኹም። ኣነ ደቀይ ብኣምሓርኛ ክምሃሩ’የ ዝደሊ። እንተ ተኻኢሉ ድማ ብእንግሊዝኛ! ምኽንያቱ፡ ወደይ ኣምሓርኛ እንተ ኽኢሉ ኣብ ምሉእ ኢትዮጵያ ተንቀሳቒሱ ስራሕ ክረክብ ይኽእል’ዩ፣ እንግሊዝኛ እንተ መሊኹ ድማ ኣብ ምሉእ ዓለም! ብዶርዚኛ ተማሃሩ ትብሉናሲ፡ ደቅና ኣለምቲ ኽይኖም መታን ኽተርፉ ድዮ? በል ሕጂ ጋዜጠኛ’የ ካብ በልካ፡ ገለ ከየጉደልካ ጽሒፍካ መለስ ዜና ከም ዘንብቦ ግበር! ኣይትፍራሕ... ‘መንዩ ኽምዚ ዝበለ?’ እንተ ኢሎሙኻ ወንድሙ ጩበሮ’ዩ በሎም! ከተማ ዶርዜ፡ ቀጽሪ ገዛ ኣብቲ እነሀለካ፣ ጽሓፎ! እንተ ፈሪሕካ ድማ ሕጂ ንገረኒ፣ ምሳሕካ ተመሲሕካ ስዋኻ ሰቲኻ ኽድ!”

መሊሶም በቲ ሓያል ድምጺ ሰሓቑ!

ካብ ዶርዜ ክወጽእ ከለኹ፡ እቶም ኽማግለ ዝተዛረብዎ ከየጉደልኩ ከውጽኦ ፈኪረ ነበርኩ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ቤት-ጽሕፈት መጽሔት እፎይታ ምስ በጻሕኩ ግና፡ ነቲ ዝፈከርክዎ ፈኽራ ሃሰው ኢለ ሰኣንክዎ።

ነተን “መለስ ዜና፡ ንጓሉ ብቋንቋ እንግሊዝኛ የምህራ ከም ዘሎ ሰሚዕና፣ እንታይ ኮይኑ ደኣዩ ብትግርኛ ዘየምህራ? ብቋንቋና ስለ ዘይተማሃርና ተበዲልና ኢሉዶ ኣይኮነን ተጋዲሉ?” ዝብላ ድማ ቄሪጸ ኣለኽወን።

“እቲ ቐንዲ ዘገድስ ሓሳቦም ምግላጾም’ዩ፡” ኢለ ንነፍሰይ ከእምና ጸዓርኩ።

እተን ቄሪጸ ዝኣለኽወን ምሉኣት ሓሳባት፡ ጣዕምን ሕመረትን ናይቲ ቃለ-መጠይቕ’ኳ እንተ ነበራ፡ ከም ትርፌ ዘረባ ጥራይ ግና ወሰድክወን።

ብርግጽ "ፈሪሐ ድየ?" ክብል ንነፍሰይ ሓቲተያ ነይረ። መልሰይ "ኣይፈራሕኩን!" ዝብል ኮነ። ሕልናይ ግና "ፈሪሕካ እምበር!" በለኒ። "ኣይፈራሕኩን!" ኢለ ዳግም ፈከርኩ። "ፈሪሕካ'ምበር!" ሕሹኽ በለኒ። "ኣይፈራሕኩን!" ኢለ መለስኩ። ንምሽት እናሰተኹ ኸለኹ "ፈሪሐ ዘይትብል!" በለኒ። "እወ ፈሪሐ!" ኢለ ኣማስያኡ ተገላገልኩ።

እቶም ኣብ ዶርዜ ቃለ-መጠይቕ ዘካየድክሎም ሽማግለ ሰብኣይ፡ ቅኑዕ ይኹን ኣይኹን ዝመስሎም ሓሳብ ገሊጾም ኣለው። ብቋንቋ ኣደ ምምህር ኣብ መላእ ዓለም ተቕባልነት ዘለዎን ዝስርሓሉ ዘሎን'ዩ። ወንድሙ ጨበሮ ግና ብመንጽር ኩነታት መነባብሮኡም ሓቀም'ዮም። ኣብ ኮረቢት ዶርዜ ኳንካ ኽትርእዮ ከለኻ፡ ቋንቋ፡ ቁጠባዊ እምበር ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ኣይኮነንዮም ዝብሉና ዘለው። ብርግጽ ድማ፡ ኣብታ ዘይማዕበለት ዓዲ ኮይኑ ብዛዕባ'ቶም መጽሓፍቲ ዘይብሎም ብቋንቋ ዶርዜ ተገዲዶም ዝምሃሩ ዘለው ህጻናት ዝሓስብ ሰብ፡ ቕጥዓ ወንድሙ ጨበሮ ብልክዕ ክርድኡ ይኽእል'ዩ። ነበርቲ'ታ ዓዲ፡ ደቆም ዶርዜኛ ክመሃሩ ድልየት ከም ዘይብሎም እቶም ሽማግለ ሓቢሮምኒ'ዮም። ካልእ እኳ ደሓን፡ ኣመሓዳሪ ናይቲ ወረዳ ግና ንወዱ ኣርባ ምንጭ ሰዲዱ'ዩ ብኣምሓርኛ ዘምህሮ።

ድሕሪ ኽልተ ሰሙን፡ ናይ መለስ ስም ብምሉኡ ኣልየ ነቲ ዝተረፈ ኣብ መጽሔት እፎይታ ኣውጻእኽዎ። እታ መጽሔት ተሓቲማ ምስ ወጽኣት፡ ቀዲሙ ዝደወለለይ ዋና ኣሰናዳኢ ጋዜጣ 'ጦማር' በፍቃዱ ሞረዳ'ዩ።

"እንታይ'የ ዘንብብ ዘለኹ?" በለኒ።

"ንሕና'ውን'ኮ ሳሕቲ ሓቂ ንናፍቕ ኢና፡" መለስክሉ።

"ከምዚ እንተ ቕጺልካ ግና፡ ካብ ስራሕካ ተገሊፍካ ናብ ማሕበርና ክትጽንበር ኢኻ፡" ብምባል ተዋዝዩ ተሌፎኑ ዓጸዋ።

ነቶም ሽማግለ ዘካየድክሎም ቃለ-መጠይቕ፡ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ፕሮፓጋንዳዊ ጉዳያት ኢህወደግ ዕግርግር ምልዓሉ ኣይተረፈን። እቲ ነቶም ሽማግለ ዘካየድክሎም ቃለ-መጠይቕ፡ ኣብቲ ልሙድ ወርሓዊ ኣኼባ ተላዕለ። ነጋሽ ዝብሃል ሓደ ኣባል ናይቲ ገምጋም ብዛዕባ'ቲ ቃለ-መጠይቕ መብርሂ ክህብ ሓተተኒ።

"...ህጻናት፡ ኣብ ቀዳማይ ክፍሊ ብቋንቋ ኣደኦም ክምሃሩ ከም ዝግባእ ብመትከል ይኣምኑ'የ። ጋዜጠኛ ከም ምኻነይ መጠን ግና፡ ናይዞም ሽማግለ ርእይቶ ኣውጺኦዮ ኣለኹ፡" ኢለ መለስኩ።

ከምቲ ልሙድ ተወጊዘ። ብዛዕባ ተራ ሰውራዊ ጋዜጠኛነት'ውን ተሰቢኽ። ልሙድ ዘየቋርጽ ነገር'ዩ። ኣነ'ውን ከምታ ልማደይ ነቲ ኣኼባ ከሕጽር ምስ ንፋስ ብዝዳረግ ፍጥነት ጉድለተይ ተቐበልኩ።

(...ብሕማም ኣኼባ ምስ ዝተለኽፉ ሰባት ካብ ምጭኞቓኞች፡ እንተ ተነጊፍካ ቐልጢፍካ "ተቐቢለዮ'ለኹ!" ኢልካ ምግልጋል ንጽባሒቱ ድማ ነቲ ትኣምነሉ ኣገባብ ምቕዳሉ ከም ስልቲ ብተደጋጋሚ እጥቀመሉ ነበርኩ። እንተ ዘይኮይኑ፡ ክሳዕ ኣሚንካ "ተቐቢለዮ'ለኹ" ትብል ንኣኻ ንምእማን እቲ ኣኼባ ሰሙን ምሉእ ክቕጽል ይኽእል'ዩ። ስለዚ ዋላ ነቲ ነቐፌታ ኣይትእመነሉ፡ ቀልጢፍካ ጉድለትካ ምቕባል ፍትንቲ ሚላ ነበረት። ኣኼባ ክግብር ከሎ፡ ነዛ ሚላ እዚኣ ብዙሓት ኣባላት ስለ ዝለመድዋ፡ ጌና ነቐፌታ ከይወረደ "ኩሉ ነቐፌታኹም ተቐቢለዮ'ለኹ" ይብሉ ነበሩ።)

ኣብ ኣርባ ምንጭ ዝነበረት እቱ ገረመው ትብሃል ሪፖርተር፡ ቃለ-መጠይቕ ወንድሙ ጨበሮ ምስ ወጽኣ ድሕሪ ሽድሽተ ኣዋርሕ ብስራሕ ናብ ኣዲስ ኣበባ መጺኣ ነይራ። ብዕላል ዕላል እቶም ሽማግለ ምስ ተላዕሉ፣

"...ወንድሙ ጨበሮ ኣብ ምሉእ ኣርባ ምንጭ ህቡብ ኮይኖም፡" ቀጺላ፣ "...ኣብ ሓደ ናይ ህዝቢ ኣኼባ ክኣትው ኸለው፡ ህዝቢ ሓፍ ኢሉ ብብርቱዕ ጣቕዒት ተቐቢልዎም። ሰብ ኣብ መገዲ ኣየሕልፎምን'ዩ። ደው ኣቢሉ ሰላም ዘይብሎም ዋላ ሓደ የለን....." ኢላ ብውዕውዕ ስምዒት ኣዕለለትኒ።

- 10 -
ቅኑጥዓ ዓብዱልመጂድ!

ሃጠውቀጠው - እናቀባጠርኩ
የማኑጸጋም - ሕስይስይ 'ተበልኩ
ልብኹም ክፍኣት ኣይሕሰብ - ኣይትጠርጥሩኒ
ጥረ ጨው እንደኣለይ - ኣይግድኹም እመኑኒ
ምውቃጥን ምጥሓንን - ጌና ዝተርፈኒ

(ግጥሚ - ጋንፋሬ ዋቻ)

ኦብ 1994 ዘጋጠመ ሓደ ታሪኽ ክዕልለኩም።

ሚኒስተር መራኽቢታት ኢትዮጵያ ዶክተር ዓብዱልመጂድ፡ ናብ ተሌኮሙኒኬሽን ክበጽሕ መደብ ምስ ተታሕዘ ደዊሎም ሓበሩኒ። ዘረባ ዓብዱልመጂድ ደስ ስለ ዝብለኒ፡ ሪፖርተር ካብ ዝልእኽ ባዕለይ ክድኩ። ብዛዕባ ልምዓት መግለጺ ይውሃብ ነይሩ። ምክትል ሚኒስተር ኣየነው ቢተወልኝ፡ ኣብ ጐኒ ዶክተር ዓብዱልመጂድ ኮፍ ኢሉ ነበረ። ሓለፍቲ ቴለ ብዓል ኣቶ ጥበበ ኣርጋው፡ ኣቶ ዘለቀ፡ እንተላይ ኣካያዲ ስራሕ ኣቶ ፍቅሩ... ኩሎም ኣብኡ ተረኺቦም ነበሩ።

ምስ ኣየነው ጥቡቕ ርክብ ኣሎና። ካብ ስራሕ ወጻኢ ኮፍ ኢልና ነዕልለሉ ግዜ'ውን ነይሩ። ብስራሕ ናብ ፕሪቶሪያ - ደቡብ ኣፍሪቃ ከይደ ከለኹ፡ ኣየነው ቢተወልኝ ድማ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ትግራይ ክዝርጋሕ እተሓስበ ፕሮጀክት ምድሪ ባቡር ንኽዘራረብ ናብ ፕሪቶሪያ መጺኡ ስለ ዝነበረ ኣብኡ ብሓንሳብ ኢና ቀኒና።

ዝኾነኾይኑ ኣየነው ቢተወልኝ መግለጺኡ ብምቕጻል...

ኩላትና ሰንበድና። ካብ ሆላንድ ብሓገዝ እተረኽበ ARF 101 ተባሂሉ ዝፍለጥ ቸንትራለ፡ ሓደ ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ኣብ

ሸሞንተ ከተማታት ከም እተተኽለ መግለጺ ይውሃብ ነበረ። እተን ከተማታት ኣብ መንደቕ ብዝተንጠልጠለ ካርታ ብቀይሕ ቀለም ምልክት ተገይሩለን ነበረ፣ እተን ከተማታት፡ ዓዲግራት፡ ዓድዋ፡ ሽረ፡ ኣኽሱም፡ ማይጨው፡ ተምቤን፡ ሆላእናን ወላይታንየን።

ዶክተር ዓብዱልመጂድ ሃንደበት ብሕርቃን ቶግ በለ።

"ኣቶ ኣየነው!" ኢሉ ጨደረ፣ "...እንታይ ዓይነት ሪፖርት ኢና ንሰምዕ ዘለና? ካብ ሆላንድ ሓገዝ ተረኺቡ... ካብቲ ዝመጽእ ሓገዝ እቲ ሽድሽተ ንኽተማታት ትግራይ ዝተረፈ ክልተ ድማ ንናይ ደቡብ ከተማታት ተኸፋፊሉ! እንታይዩ እዚ!? እስከ ከመይ ጌርኩም ከም ዘመቻራሕክሞ ግለጸለይ!" በሎ።

ኣየነው ቢተወልኝ ከንቀጥቀጥ ጀመረ።

"ዶክተር ዓብዱልመጂድ፡ ኣነ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ'ዚ ዝፈልጦ የብለይን። ኣቶ ጥበበን ኣቶ ፍቅሩን ይተሓተቱ..." በለ።

ኣየነው ትግራዋይዩ። ምክትል ሚኒስተር ኮይኑ ምምዳቡ'ውን ከምዚ ዝኣመሰለ ኣድሎኣዊ ስራሕ ክሰርሕ ምኽኑ ግሉጽ'ዩ። ዋላ ዓሰርተ ግዜ ኣድልዎ የጥቅዓዮ ከመይ ገይሩ ከምዚ ዓይነት ርኡይ ጉድለት ክገብር ከም ዝኽኣለ ግና ፈጺሙ ክርድኣኒ ኣይክኣለን። ኣቶ ፍቅሩን ኣቶ ጥበበን፣

"ትግራይ ብዙናት ዝተሃስየ ክልል ከም ምኽኑ መጠን፡ ዝበዝሐ ንኣኣቶም ሂብናዮም ኣለና፡" ኢሎም መብርሂ ሃቡ።

ዶክተር ዓብዱልመጂድ ስለ ዝደንጸዎ፡ ሓንሳእ ንኣየነው ጸኒሑ ድማ ንኣቶ ፍቅሩ እናጠመተ፣

"ትግራይ ሹድሽተ ቸንትራለ ክትረክብ ከላ፡ ጅጅጋ ግና ሓንቲ ቸንትራለ እትንፈገሉ ምኽንያት እንታይ ምኽኑ ክርደኣኒ ኣይክኣለን። ካብ ዓድዋን ጅጅጋን ብምንቅስቓስ ንግድን ብዝሒ ህዝብን መንዶ ይዓቢ?" ኢሉ ሓተተ።

ኣብታ ህሞት'ቲኣ፡ ዶክተር ዓብዱልመጂድ ድራማ ዝሰርሕ ዘሎ ኾይኑ ተሰምዓኒ። እታ ተኣኪብናላ ዝነበርና ኣደራሽ ዝተወጠረት መሰለት። ጸኒሑ ግና ዓብዱልመጂድ ኑቲ ወጥሪ ኣስተውዒሉ'ዩ መሰለኒ መሊሱ ባዕሉ ኣዝሕል ኣበሎ።

"በሉ! ብቕልጡፍ ኣብ ከተማ ጅጅጋ ቸንትራለ ይተኽል! ኣብ ውሽጢ ሒደት ኣዋርሕ ድማ ብዛዕባኡ ሪፖርት ይውሃበኒ፡" በለ።

ድሕሪ'ቲ ዑደት በሊዕናን ሰቲናን ተፈላለና። ኣብ እዋን እንግዶት፡ ኣብ ጎኒ ኣየነው ቢተወልኝ ኮፍ ኢለ ስለ ዝነበርኩ፣

"ነዚ ሪፖርት ከይትጽሕፎ፡" ኢሉ ሕሹኽ በለኒ።

"ከምዚ ክግበር ከሎ ትፈልጥ ኔርካ?" ኢለ ሓተትክዎ።

ኣየነው ስሒቐ። መልሲ ኣይሃበንን። ዕሽነተይ ተረዲኡኒ ናብ ካልእ ሕቶ ሰገርኩ።

"ጉዳይ ክልል ኣምሓራ ግና ኣይተላዕለን። ናይ ኦሮሚያ'ውን ኣይተጠቕሰን። ዓብዱልመጂድ እተቐጥዐ ብዛዕባ ኩለን ክልላት ሓልዮ'ዩ መሲሉኒ ነይሩ። ንጅጅጋ ጥራይ ፈልዩ ምስ ሓተተ ግና ሰንቢደ።" በልክዎ ዓብዱልመጂድ ተወላዲ ክልል ሶማሌ ምኻኑ እናዘከርኩ።

"ኣብ ክልል ኣምሓራ ዝርከባ ኽተማታት ኣብ ግዜ ደርግ እተተኽለ ቸንትራለ ኣሎወን።" ብምባል ኣየነው ዕላሉ ጀመረ። "..... ዘለቀን ጥበበን ደቂ ደብረብርሃንዮም። እዚ ስራሕ ብደቂ ጎጃምን ደቂ መንዜን እተባሕተ'ዩ። ጎጃም፡ GDR ብምባል ይፍለጡ። (Gojam Democratic Republic) ማለት'ዩ። መንዜ ድማ MDF ማለት (Menze Democratic Front) ተባሂሎም ይፍለጡ። ኣብ ግዜ ደርግ፡ ዝመጸ ዘበለ ቸንትራለ ኣብ ከተማታት ክልል ኣምሓራ'ዩ ክትከል ጸኒሑ። ሕጂ ድማ ተራና'ዩ። ብዓል ጥበበ ብዛዕቢ'ዚ ይፈልጥዎ'ዮም፣ ተቓውሞ የብሎምን። 'ግዜኹም'ዩ፣ ተራኹም'ዩ' እዮም ዝብሉና።"

"ናይ ክልል ኦሮሚያኸ?"

"ደብረዘይት ቸንትራለ ኣሎዋ፣ ካልእ እንታይ ደሊኻ?" በለኒ እናሰሓቐ።

"ናይ ብሓቂይ'የ ኣየነው?"

"ነተን ብኹናት ዝተሃስያ ከተማታት ኢና ቀዳምነት ሂብናየን።"

.... ድሕሪ ኽልተ ዓመት'ዩ መስለኒ፡ ምስቲ ኣብቲ ኣኼባ መግለጺ ዝህብ ዝነበረ ብዓል ሞያ ቴሌኮምኒኬሽን ኣብ ሓንቲ ባር ክንራኸብ ጀመርና። ኢቦኒ ኣብ ዝብሃል ድራፍት ዝሸየጠሉ ቤት-መስተ ኢና ተላሊና። ጋዜጠኛ ወያኔ ምኻነይ ፈጺሙ ኣይፈለጠንን። መጀመርታ መዓልቲ ምስ ሓደ ገጣምን ደራስን ተወላዲ መንዜ ስለ ዝረኣየኒ ትም በለ። ኣብ ካልኣይን ሳልሳይን መዓልቲ ግና፡ በይንና ክንራኸብ ምስ ጀመርና ኣሚኑ ናጻ ኾይኑ ክቕርበኒ ጀመረ። እናተቐራረብና ምስ ከድና፡ ዓብዱልመጂድ ዝተዛረቦ ዘረባ ካብ ሰብ ከም ዝሰማዕክዎ ሓበርክዎ። ረሲኑ ስለ ዝነበረ ካብ ልቡ እናሰሓቐ ከዕልለኒ ጀመረ።

"ናይ ኣየነው ጸገም ስስዐ'ዩ። ሓገዝ ተረኺቡ ምስ ተባህለ ብኡንብኡ ብኹናት ዝተሃስየት ትግራይ... እናበለ ምኒን ኢሉ። ነቲ ዝመጸ ሓገዝ በይኑ ክውሕጦ ደልዩ፣ ንሕና ድማ በይኑ ክውሕጦ ገዲፍናሉ። ክገርመካ፡ ሆላንድ፡ ኣብ ግዜ ደርግ ምቕባል ንኣብዮ ዝነበርና ቴክኖሎጂ'ያ ንኢትዮጵያን ኤርትራን ሓገዝ ኢላ

ሰዲዳትልና። ኤርትራ ኣይቅበልን ኢላ ክትመልሶ ኽሳ፡ ነቲ ናታ ወሲኽም ንኣና ሂቦምና። ንሕና ድማ ንትግራይ ኣሕቑፍና'ዮም። ድሕሪ ARF-101፡ ARF-102 ዝብሃል ቴክኖሎጂ መጺኡ። ድሕሪኡ AXE 10 ዝብሃል ኣትዩ። ሕጂ ኣስተውዕል! ኣብ ግዜ ደርግ፡ AXE-10 ኣብ ባህርዳር፡ ጎንደርን ድብረብርሃንን ተተኺሉ። ARF-101፡ ኢንተርነት ዘይቅበል ድሑር ቴክኖሎጂ'ዩ። ኣብ ግዜ ደርግ፡ 'ARF-102 ብሓገዝ ክንህበኩም' ተባሂልና ምስ ተሓተትና 'ኣይንቕበልን ኢና' ኢልና ኢና መሊስናዮ። ኣየነው፡ 'ARF-101 ዝብሃል ቸንትራል ብሓገዝ ረኺብና' ኢሉ ምስ ተፈንጨሐ ደኣ'ሞ እንታይ ክንገብሮ? ኣሕቑፍናዮም! ድሑር ቴክኖሎጂ ምኳኑ እንተ ሓቢርናዮም ተንኮል ክመስሎም'ዩ። ንኢትዮጵያ እናመርሑ፡ 'ንትግራይ ዝኸውን ሓገዝ ረኺብና' ይብሉኻ! ንሕና ድማ፡ 'ረኺብኩም!? ግርም!' ብምባል፡ ገብሩ ኣስራት፡ ክልተ ዕጽፊ ኣበል እናሃበና፡ ኣብ ትግራይ ከሪምና ንብለካ - ዝሞተ ቴክኖሎጂ ክንተኽለሎም!!"

እቶም ክኢላታት ናይ ቴሌ፡ ብዓል ጥበበ፡ ፍቅሩን ዘለቀን ካብ ስራሕ ከም እተሰገሩ ደንጉየ ሰሚዐ። ምኽንያት መስንጉኦም፡ ብስም ቴለ ናይ ኣላሙዲን ንብረት ስለ ዘእተው ተኸሺሑም ተባሂሉ'ኳ ዝውረ እንተ ኾነ፡ እቲ ናይ ቴለ ክኢላ ከም ዝነገረኒ ግና ነቲ ጸወታ ኣባላት ጸጥታ ከይበጽሕዎ ኣይተረፈን። ኣብ ትግራይ ብሚልዮናት ወጻኢ ዝተተኽለ ድሑር ቴክኖሎጂ ድማ፡ እናነቐሉ ብዘመናዊ ቴክኖሎጂ ክትክእዎ ጀመሩ። እቲ ዘገርም ግና፡ ክሳዕ'ዚ ቀረባ እዋን ነተን ካልኦት ናይ ኢትዮጵያ ክልላት ዝዘከረን ኣይነበረን። ሓያሎ ክኢላታት ድማ ካብ ቴለን ካብ ካልእ ስራሕን እናተለቐሙ ተባረሩ።

ምስ ተሰደድኩ፡ ኣየነው ነፍሱ ከም ዝቐተለ ስሚዐ። ዶክተር ዓብዱልመጂድ'ውን ዓሪፉ። መንግስተ ሰማያት የዋርሰም!

- 11 -
ኣናብስ ዘመንና

ንሱ'ዩ እቲ ናብራ - ምጽጋዕ ምስ እሾኽ ዓጋም
ትም ኢልካ ተስፋ'ዩ - ግድን'ያ ክትነብዕ
ኣነ'ሞ ሓቂቕ - ብርቱዕ ጫማ ኾይነ
እናተደሃሸኩ ዘልኣለም ሓሪነ

(ግጥሚ - ኣበራ ለማ)

ሃጸይ ሃይለስላሰ ኣናብስ ነይሮሞም።

ብተሪር ሓጺን ኣብ ዝተሰርሐ ጋብያ ዝተዓጽው ሓያላት ኣናብስ። መለስ ዜናዊ'ውን ናቱ ሰብ ክንሶም ዕጽዋት ዘመናውያን ኣናብስ ኣሎዎ። ነዚ ከስተውዕለሉ ዝኽኣልኩ፡ ካብ ዕለታት ሓደ ምሸት ኣብ ውሽጢ ቤተ-መንግስቲ ኮይነ ንፕረዚደንት ነጋሶ ጊዳዳ ቃለ-መጠይቕ እናካየድክሎም ከለኹ'የ።

ብርግጽ ሒደት ዘይብሃሉ ኣናብስ መለስ ዜናዊ፡ ሓጺናዊ ሓጹር ሰይሮም ናብ በረኻ ኣምሊጠሞ'ዮም። ኣልማዝ መኮ፡ ሓሰን ዓሊ፡ ተሾመ ኣስራትን ኣነን ካብቶም ዘምለጡ ሒደት ኢና። ኣናብስ መለስ ካብ ኣናብስ ጀንሆይ ዝፈልዮም ነገር እንተሎ፡ እዞም ዘመናውያን ኣናብስ ኣብቲ ሓጺናዊ ጋብያ ኣትዮም ብገዛእ ፍቓዶም ስለ ዝእሰሩ'ዮም።

ሕዳር 1999፡ ብመሰረት ቄጸራይ ንፕረዚደንት ነጋሶ ጊዳዳ ቃለ-መጠይቕ ከካይደሎም ኣብ ቤት-ጽሕፈቶም ተረኽብኩ። ንሰለስተ ሰዓታት ዝኸውን ከኣ ምስኦም ጸኒሐ። ኣብቲ ቃለ-መጠይቕ፡ ዶክተር ነጋሶ ጊዳዳ፡ ዓይነ ስውር ወላዲኦም ፍሉጥ ሚስዮናዊ ኣገልጋሊ ቅድሚ ምኽኖም ለሚኖም ይነብሩ ከም ዝነበሩን ንሶም ድማ ኣብ መልቀቒ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ ተሪፎም ምንባሮም ምስ ገለጹለይ እምብዛ

ተመሰጥኩ። ካብ ሓደ ዶክተር፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ግሉጽ ውልቀ-ታሪኽ ክትሰምዕ ይምስጠካ'ዩ! ንናይ ኢህወደግ ምምኽራሕ ስልጣን ዝምልከት ሕቶ ምስ ሓተትክዎም ግና፡ ብዛዕባኡ ደፊሮም ክምልሱለይ ኣይክኣሉን። ምምኽራሕ ስልጣን ናይቲ ኣርባዕተ ልፍንታውያን ሰልፍታት ዝሓኽፈ ውድብ ኢህወደግ፡ "ፍትሓዊ'ዩ" ኢሎምኒ።

* * *

ቃለ-መሕትት እናካየድክሎም ከለኹ፡ እናሳዕ ድምጺ ኣንበሳ እስምዕ ስለ ዝነበርኩ፡ ሕቶታተይ ምስ ወዳእኩ ብዛዕባኡ ሓተትክዎም።

"ናይ ጃንሆይ ኣንበሳ'ዩ፡" በሉኒ።

"ክሳዕ ሕጂ ኣይሞተን?"

"ወዲ ወዱ ደኣ ከይከውን።"

"ታይ ኮይኑ ደኣ'ዩ ክንድ'ዚ ዝግዕር?"

ሓንሳእ ጽንሕ ኢሎም፣

"ኣብዚ ቐረባ ግዜ ኣዲኡ ስለ ዝሞተቶ'ዩ ዝግዕር ዘሎ።"

ፕረዚደንት ነጋሶ ጊዳዳ፡ ሓፍ ኢሎም ኑቲ መጋረጃ ብምግንጻል ኑቲ ዝቕዝም ዝነበረ ኣንበሳ ከርእዩኒ ፈተኑ። እንተኾነ ግና፡ ክንየው'ቲ መጋረጃ ዝነበረ ጨናፍር ቀላሚጦስ ስለ ዝጋረደኒ ክርእዮ ኣይክኣለኩን። ዶክተር ነጋሶ፡ ኑቲ መጋረጃ ናብቲ ዝነበሮ መሊሶም ናብ ወንበሮም እናተመልሱ፣

"ኣዲኡ ምስ ሞተቶ፡ ለይትን ቀትርን ከምዚኣ እናበለ'ዩ ዝቕ-ዝም!" ጽንሕ ኢሎም ድማ ጭሕሚ ኣልቦ መንከሶም እናደራረዙ፡ "እታ ምስኡ ትነብር ዝነበረት ካልኣይቱ፡ ኣዲኡ ጥራይ ኣይነበረትን፣ ሰበይቱ'ውን'ያ ነይራ። ይዋኡ! ሰበይቱን ኣዲኡን ብሓደ መዓልቲ ስኢኑ፡" በሉኒ።

"እንታይ ኮይና ኣዲኡ ሞይታ?"

"ኽትወልድ ከላ?"

ጽንሕ ኢለ፣

"ንምኽኑ እንታይ ትምግብዎ?" ኢለ ሓተትክዎም።

"ኣብ መዓልቲ ሓመሽተ ኺሎ ስጋ።"

ዶክተር ነጋሶ፡ ዘይስማዕ ሰሓቕ ድሕሪ ምስሓቕ፣

"እታ ከም ሰበይቱን ኣዲኡን ኮይና ምስኡ ትነበር ዝነበረት ካልኣይቱ ምስ ሞተት፡ በይኑ ተሪፉ። ጽምዋ ከበሳጭዎ ይኽእል'ዩ። ኣብ ውሽጢ ሓጺናዊ ጋብያ ንበይኑ ተዓጽዩ ድማ ሕጉስ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ፡" በሉኒ።

ንሒደት ግዜ ትም በልና።

ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ዶክተር ነጋሶ ጊዳድ እንታይ ይብሉኒ ከም ዝነበሩ ኣየቃለብኩሉን። ቅድሚኡ፡ ሚኒስተር ዜና ከለው ናይ ቀረባ ሓላፊየይ'ዮም ነይሮም። መኪናኦም ጥቓ ድኳን ደው ኣቢሎም፡ ሽጋራ ናይ ምግዛእ ልምዲ ከም ዝነበሮም እፍለጥ'የ። ሓደ ብናጽነት ዝነብር ዝነበረ ናይ ታሪኽ ምሁር፡ ኣብቲ ብኣትክልትታት ዘጌጸ ውቁብ ቤተ-መንግስቲ ጀንሆይ ተዓጽዩ ዘይዓግበሉ ስራሕ ክሰርሕ ከለ፡ ዳርጋ ከም ምሕያር'ዩ ዝቑጸር። ከምዚ ዓይነት ህይወት፡ ከቢድን ፈታንን ምኳኑ ካብቲ ቤተ-መንግስቲ ምስ ወጻእኩ'ዩ ተገንዚበዮ።

ዶክተር ነጋሶ ነዚ ናይ ህይወት ማሕዩር ስለምንታይ ሓርዮሞ?

ንምኳኑ ንባዕለይኪ ናጻ ድየ?

"ኣብ ዓለም ሰለስተ ዓይነት ጋዜጠኛ'ታት ኣሎው" ዝብል ጽሑፍ ኣብ ገለ ቦታ ኣንቢብ ኣለኺ። እቶም ቀዳሞት፡ "ከመይ ዓይነት ጽሑፍ ክንጽሕፍ?" ኢሎም ንሓለፍቶም ዝሓቱ'ዮም። ካልኣይ፡ "እንታይ ዓይነት ሓሳብ ክንሓስብ?" ኢሎም ንጎይቶቶም ዘፍቕዱ'ዮም። ሳልሳይ ድማ ንኽልቲኡ ሕቶታት ንገዛእ ነብሶም ዝሓቱ'ዮም። ኣነ ኣብቲ ካልኣይ መደብ ገልታዕታዕ እብል ነበርኩ...

ነቲ ሰለስተ ሰዓታት ዝወሰደ ምስቶም ፕረዚደንት ዘካየድክዎ ቃለ-መሕትት እናሓሰብኩ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ገስገስኩ። ልቦናይ ንኹሉ ይፈልጦ'ዩ። ዕድል ናይቲ ሕዩር ኣንበሳ ዘጋጠሞም እቶም ፕረዚደንት ጥራይ ኣይኮኑን፣ እንተላይ እቲ ጋዜጠኛ'ምበር! ኣበሃህላይ እንታይ ምኳኑ ብዝያዳ ንምንጻሩ፡ ነቶም ዶክተር ካብ ዝሓተትክዎም ሕቶታት ሒደት ጥራይ ምዝካሩ ይክኣል'ዩ።

"ብመንጽር ብዝሒ ተሳትፎ ብሄራት፡ 'ምምቕራሕ ስልጣን መንግስቲ ኢህወደግ ፍትሓዊ ኣይኮንን' ዝብሉ ሓያሎ ተቓወምቲ ኣሎው፣ መልስኹም እንታይ'ዩ?" ዝብል ሕቶ ኣቕሪበለሎም ነይረ። ከምዚ ዓይነት ሕቶ ዝሓተትክዎም፡ ነቲ ነቕፌታ ክነጽግዎ ደልየ'ምበር፡ ነቲ ሓቂ እንተ ዝነግሩንስ ኣይመውጸእኽምን።

ምስቶም ፕረዚደንት ዝገበርክዎ ዕላል፡ ምቕልል ዝበለ ደኣ እምበር ተፋጢጥካ ኣይነበረን። ብሕቶ ዘየዋጠርክዎም ድማ፡ "እንታይ ዓይነት ሓሳብ ክሓስብ?" ንዝብል ፍቓድ ዘድልዮ ሕቶ ድሮ መልሲ ረኺበሉ ስለ ዝነበርኩ'የ። ኢህወደግ ሓሳብይ ከፋፊልዎ'ዩ። "ከም ኢህወደግ ምሕሳብ" ዝብል መሪሕ ጭርሖ፡ ንኣባላትቲ ውድብ ቀጥቂጡ ስሒልዎም'ዩ። "ከም ኢህወደግ ምሕሳብ" ማለት ግና ከም ፕሮግራም ኢህወደግ ምሕሳብ ማለት ኣይኮነን።

ካብቲ ንዶክተር ነጋሶ ዝሓተትክዎም ኣገደስቲ ሕቶታት ሓደ፡

ንናይ ኢህወደግ ምምቕራሕ ስልጣን ዝምልከት ጉዳይ'ዩ። ኣነ ጋዜጠኛ'የ፣ እቶም ዶክተር ድማ ፕረዚደንት'ዮም፣ ቃለ-መጠይቕ ይካይድ ኣሎ። እቲ ጋዜጠኛን እቶም ፕረዚደንትን ግና፡ "ከም ኢህወደግ ምሕሳብ" ኣብ ዝብል ሓጺናዊ ጋብያ ተዓጽዮም ኣለው። ኢህወደግ ዝገብሮ ዘሎ ምምቕራሕ ስልጣን፡ ፍትሓዊ ከም ዘይኮነ ኣነን ዶክተር ነጋሶን ብዝርዝር ንፈልጦ ጉዳይ'ዩ። ንኣብነት ቀንዲ ስራሕ ጀነራል ባጫ ደበሌ ንውሰድ። ቀዳመይቲ ብዓልት-ቤት (First Lady) ኣዜብ መስፍን፡ ናብ ለንደንን ጅቡቲን ትልእኽ ናይ ጫት ንግዲ ንምስላጥ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ስራሕ ከም ዘይብሉ ኣነን ዶክተር ነጋሶን ጽቡቕ ጌርና ንፈልጥ ኢና። ዶክተር ነጋሶ፡ ባጫ ደበሌ ንብሄረ ኦሮሞ ወኪሉ መዓርግ ጀነራል ከም ዝተዋህበ'ኳ እንተ ሓበሩኒ፡ ኣነ ግና ብዛዕባኡ ኣዳቒቕ ስለ ዝፈልጥ ኣየልዓልክዎን። ንብሄረ ኣምሓራ ወኪሉ መዓርግ ጀነራል ዝተዋህበ ድማ ካሳ ደሜ ይብሃል። (ንብሄረ ኣምሓራ ይወክል'ምበር ተወላዲ ኦሮሞ'ዩ) ካሳ፡ ኣብ እዋን ቃልሲ ኣብ መኽዘን መደበር ሬድዮ ኢህወደግ ተመዲቡ ዝሰርሕ ዝነበረ ሕያዋይ ሰብ ጥራይ ምኳኑ ኣነን ዶክተር ነጋሶን ንፈልጥ ኢና። መለስ፡ ነቶም ሰብ ክንሶም ኣናብስ ደቂ መዛሙርቱ፡ ከም ኣናብስ ሃይለስላሰ ኣብ ጋብያ ዓጽዩ ከም ዘኽድሞም ፈሊጥና ከም ዘይፈለጥና ትም ንብል ነበርና። ዶክተር ነጋሶ፡ ነቲ 'ፍትሓዊ' ምምቕራሕ ስልጣን፣

"....ኢትዮጵያ ትሽዓተ ጀነራላት ኣሎውዋ፣ ሰለስተ ካብ ትግራይ፡ ሰለስተ ካብ ኣምሓራ፡ ሰለስተ ካብ ኦሮሞ። ኣብ ካልኦት መንግስታዊ ጽላታት'ውን ብተመሳሳሊ፡ እቲ ምቕረሐ ስልጣን ሚዛናውን ፍትሓው'ዩ፡" ብምባል'ዮም ገሊጾሞ።

ነቲ ንሶም ዝበሉኒ ኣብ መጽሔት እፎይታ ኣውጻእኽዎ። ሓቂ ከም ዘይኮነ ግና እቲ ጋዜጠኛን እቶም ፕረዚደንትን ብውሽጦም ይፈልጥዎ'ዮም። ህዝቢ ድማ፡ ካብ ክልቲኦም ንላዕሊ ጽቡቕ ገይሩ ይፈልጠ'ዩ።

ዶክተር ነጋሶ፡ ከምቲ ሕዩር ኣንበሳ ኣብ ቤተ-መንግስቲ ጃንሆይ ምእላዮም ኩሉ ግዜ የሕስበኒ ነበረ። ናተይ ማእሰርቲ ግና ኣካራ'ካሪ'ዩ ኢለ ብምሕሳብ፡ ንኽይቕበሎ ኩሉ ግዜ እጽዕር ነበርኩ። "እሱር እንተ ኾይነ ካብ ቤት-ማሕቡስ ክወጽእ ኣለኒ" ብምባል ምስ ገዛእ ርእሰይ ምጉት ብምግማም፡ ምሉእ ብምሉእ ዝኣምነሉ ሓሳብ ዝሓዘት ስቕታ ቡርቃ ዘርእስታ መጽሓፍ ጸሓፍኩ። ነዛ መጽሓፍ'ዚኣ፡ መዓልታዊ ድሕር-ቕትሪ ናብ ደብረዘይት ገማግም ቀላይ ሆራ እናተመላለስኩ'የ ጽሒፈያ። ኣብቲ ተወሊደ ዝዓበኹሉ ገማግም ቀላይ ኮፍ ክብል ከለኹ፡ ናጽነት ይስምዓኒ ነበረ። ናብ ቤት-ጽሕፈት መጽሔት እፎይታ

ክምለስ ከለኹ ድማ፡ ከምቲ ሓጺናዊ ሓይሊ ዓጊትዎ ኣብ ጋብያ ተዓጽዩ ዝቕኑዝም ኣንበሳ፣ ኣስናኑ ዝጐደመ፡ ቀላጽሙ ዝደኽመ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺናዊ ጋብያ ዝተሓየረ ባንቡላ ኣንበሳ እኽውን!

* * *

ጋዜጠኛነት፡ ኣዚኻ እተፍቕሮ ዘሕጕስ ሞያ ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ካብ ስነ ምግባር ናይቲ ሞያ ወጻኢ ክሰርሕ ካብ ዝእዘዝ ጋዜጠኛ ግና፡ ብዓሰርተ ኢድ ስራሕ ኣልቦ ምኳን ይሓይሽ። ምስ ኢህወደግ ኣብ ዝጸናሕኩሉ ነዊሕ ዓመታት፡ ከምቲ ኣስናኑ ዝጐደመ ሕዩር ኣንበሳ ከይከውን ዘይፈተንክዎ ነገር ኣይነበረን።

መለስ ዜናዊ "መልሲ ካብ ጁባኡ" ከም ዘይተባህለ፡ ካብ ድሮ ኩናት ኢትዮ-ኤርትራን ኣትሒዙ ንጋዜጠኛታት ከም ቀስቲ ክፈርሖም ጀሚሩ ነበረ። ናብ መለስ ዝቐርቡ ዝነበሩ ሕቶታት፡ ብናይ ፕሮፖጋንዳ መሃንድሳት ተነዲፉ ብታይፕ ተጻሒፉ ከም ፉል ተቐንጢሩ ክዕደለና ጀሚሩ ነበረ። ካብቲ ብጽሑፍ ዝውሃበና ሕቶ ወጻኢ ክትሓትት ኣይክኣልን'ዩ። ኑቲ ምሉእ ሓሳባት'ውን ከነዘንብየ ከም ዘይብልና የጠንቅቑና ነበሩ።

ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኩናት ዝተኣወጀሉ ምሸት፡ ንመለስ ዜናዊ ቃለ መሕትት ከካይደሉ ተኣዚዘ ነይረ። ግደ ሓቂ ግና ኣብቲ እዋን ቃለ-መጠይቕ ተላኣኣኺ'የ ኾይነ። ኑተን ሕቶታት ኣለምሰገድ ሂቡኒ። ናብ ቤት-ጽሕፈት ቀዳማይ ሚኒስተር ከይደ በብሓደ እናንበብኩ ንመለስ ሓቲተዮ። ቀዳማይ ሚኒስተር መሊሱ። ንዕኡ ወሲደ ኣብ መጽሔት እፎይታ ኣውጸእኽዎ። ጋዜጠኛ ኾይነ ካብ ዝሰራሕኩለን ዓሰርተ ዓመታት፡ ከምታ መዓልቲ'ቲኣ ገይሩ ሰልክዩንን እቲ ስራሕ ኣጽሊኡንን ኣይፈልጥን። "ዓቕሚ ኣሎኒ" ዝብል ጋዜጠኛ፡ ከምዚ ዓይነት ናይ ተላኣኣኺ ስራሕ ክሰርሕ ከሎ ሞራሉ ይትንከፍ'ዩ።

ከምዚ ዓይነት ኣሰራርሓ፡ ድሕሪ'ቲ ኣዋጅ'ውን ብተደጋጋሚ ቀጺሉ'ዩ። ኣቐድም ኣቢሉ ከምዚ ዓይነት ትካላዊ "ጋዜጠኛነት" ዝዓዩ ዝነበሩ፡ ሴኮን ኣታኽልትን ዝብሃሉ ጋዜጠኛታት'ዮም።

(ሴኮ፡ ኣብ ሞያ ጋዜጠኛነት ዓሰርተው ሽድሽተ ዓመታት ሰሪሑ ከብቅዕ፡ ሓንቲ መዓልቲ ዜና ጽሒፉ ኣይፈልጥን'ዩ። ካልኦት ዝጸሓፍዎ ምንባብ ጥራይ'ዩ ስርሑ። ክንዲ ዝኾነ፡ "ድምጻዊ ጋዜጠኛ" ዝብል ሳንጎ ተለጢፍዎ። ሴኮ፡ ከም ሓጺን ዝምትራሩ ሞራል ኣሎዎ። ከምኡ ኢሎም ክድእልሉ ከለው ድማ ኣይሓርቕን'ዩ። "ማራኺ ድምጺ ቃንዩ ዝሃበና ኣምላኽ ይመስገን! እናበለ ይምልሰሎም።)

ካብ ድሮ እቲ ኵናት ኣትሒዙ፡ ንበዓል ሴኮ ጥራይ ዘይኮነ ብዘይገለ ስክፍታ ንኹልና ሕቶታት ምዕዳል ተለሚዱ ነበረ። ኵናት እናተኻየደ ኸለ ሓደ መዓልቲ ኣለምሰገድ ገብረኣምላኽ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ጸዊዑ፣

"ሰዓት ሰለስተ ንመለስ ቃለ-መጠይቕ ከተካይድሉ ኢኹም። እተን ሕቶታት እዚኣተንየን፣ ኢድካ ተልዕል፡ ዕድል እንተ ተዋሂቡካ ትሓትት!"

ከምዚ ኢሉዩ ቃል ብቓል ኣዚዙኒ።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት መለስ፡ ሰዓት ሰለስተን ፈረቓን በጺሐ።

"ቃለ-መጠይቕ ስለ ዝተጀመረ ክትኣቱ ኣይትኽእልን ኢኻ፡" ተባሂለ ተመሊሰ። ናብ ኣለምሰገድ ደዊለ፣

"ምእታው ከልኪሎምኒ፡" ኢለ ሕማቕ ከም እተሰምዓኒ ሓበርክዎ።

ኣለምሰገድ፣

"ሰዓት ክንደይ በጺሕካ?" ኢሉ ሓተተኒ።

"ሰለስተን ፈረቓን።"

"ሰዓት ሰለስተ'ንድዮ ኢለካ?"

"ሰለስተን ፈረቓን ዝበልካ መሲሉኒ።"

ኣለምሰገድ ሓንሳእ ሰቕ በለ'ሞ፣

"ብዛዕባ'ዚ ኻልእ መዓልቲ ኽንዝራረብ ኢና፡" ኢሉ ብሕርቃን ተሌፎኑ ዓጸዋ። ኣለምሰገድ ንመጀመርታ ግዜ ትርር ኢሉ ተዛረበኒ። ድሕሪኡ፡ ኣለምሰገድ፡ መለስ ጋዜጣዊ ዋዕላ ከካይድ ከሎ ኣሳቲፉኒ ኣይፈልጥንዩ። ኣካያዲ ስራሕ ተሌቪሾን ተሾመ ኣስራት፡ ከም ገመድ ዝምንዋሖም ምሉኣት ሓሳባት ዝሓዙ ሕቶታት ይዋሃብዎ ስለ ነበሩ፡ ከም ተልሚደን ጋዜጠኛ ብቓሉ ምሓዝ ስኢንዎም ሰጋእ-መጋእ እናበለ ኣብ ቲቪ ክንርእዮ ከለና ሕማቕ ይስምዓና ነበረ።

መጽሔት እፎይታ ምስ መንግስቲ ጥቡቕ ርክብ ስለ ዝነበራ፡ ብሕታውያን ጋዜጣታት ዘይረኽባኡ ሓበሬታ ናይ ምርካብ ዕድል ነይርዋ። ሳዕቤኑ ድማ በንጻሩ ዓቢ'ዩ ነይሩ። ንኣብነት፡ ንጀነራል ሓየሎም ዝቐተሎ ሰብ ቅድሚ ምርኻኑ ቃለ-መጠይቕ ከካይደሉ ተፈቂዱለይ ስለ ዝነበረ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዝሒ ሽያጥ መጽሔትና ክብ ኢሉ ነበረ። ንፕረዚደንት ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ፕሮፌሰር እንድርያስ እሸቴ ቃለ-መጠይቕ ኣካይድና ስእሎም ኣብ ቀዳማይ ገበር ከነውጽኦ ስለ ዝተኣዘዝናን ዝተገደድናን ግና፡ መጽሔትና ዝገዝኣ ስኢና ኣብ ክሳራ ወደቕት።

* * *

ኣብ መንነ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኵናት እናተኻየደ ኸሎ፡ ሓደ መዓልቲ ኣለምሰገድ ገብረኣምላኽ፡ ንኣባላት ፕሮፖጋንዳዊ ጉዳያት ኢህወደግ ኣኪቡ ንስራሕና ዝምልከት ገምጋም እናገበርና ከለና፣

"ህዝቢ፡ ናይ ሻዕብያ ሬድዮ መደብ ኣምሓርኛ ይከታተል ድዩ?" ኢሉ ሕቶ ኣልዓለ።

ሴኮ ዝብሃል ኣንበሳ ካድር፡ ኢዱ ኣልዒሉ ሰፊሕ መብርሂ ኣቕረበ። ነጋሽን ኣታኽልትን ዝብሃሉ ካድራት'ውን ተወሳኺ ኣቕረቡ። ናይ ሰለስቲኦም ርእይቶ ተመሳሳሊ ነበረ፣ ሰለስቲኦም፡ ህዝቢ ሬድዮ ሻዕብያ ከም ዘይሰምዕ ትንታነ ኣቕረቡ። ኣነ ርእይቶ ካብ ምህብ ተቐጠብኩ። ኣለምሰገድ ግና ኣይገደፈንን። "እንታይ'ዩ ርእቶኻ?" ኢሉ ብመንከሱ ምልክት ገበረለይ።

"ናተይ ርእይቶ ዝተፈልየ'ዩ፡" በልክዎ።

"ቀጽል" በለኒ።

"ህዝቢ፡ መደባት ሬድዮ ሻዕብያ ዝሰምዕ እመስለኒ፡" ብምባል ዘለኒ ሓበሬታ ጸሚቒ ኣቕረብኩ።

ህዝቢ ሬድዮ ሻዕብያ ከም ዝሰምዕ፡ ኣብ ፒያሳ ከባቢ Tea Room ንግሆ ቡን ክንሰቲ ከሎና ካብ ንረኽቦም ሰባት ክፈልጥ ከም ዝኽኣልኩ ገለጽኩ። ህዝቢ ሬድዮ ሻዕብያ ዝሰምዓሉ ምኽንያት፡ ሻዕብያ ብዛዕባ ወያኔ ብዙሕ ምስጢር ይፈልጥ'ዩ ኢሉ ስለ ዝሓሰብ ከም ዝኾነ ብተወሳኺ ኣብርሃኩ። ብፍላይ ኣብ ትግራይ ዝካየዱ ዘለው ልምዓታዊ መደባት፡ ምስቲ ኣብ ካልኦት ከባቢታት ኢትዮጵያ ዝካየዱ ዘለው ልምዓታዊ ፕሮጀክትታት እናነጻጸሩ'ዮም ዘቕርብዎ፣ ንኣብነት መሬት ሑመራን ጸለምትን፡ ካብ ጎንደር ተመቒሉ ንትግራይ ዝተዋህበሉ ምኽንያት እናተንተኑ የቕርብዎ ስለ ዘለው ኣተሓሕዛኦም ሓደገኛ ምኽኑ ገለጽኩ። "ህዝቢ፡ ሬድዮ ሻዕብያ ኣይሰምዕን'ዩ" ዝብል ናይ በዓል ነጋሽ ዘረባ፡ ኣጠራጣሪ ምኽኑ ውልቃዊ ርእይቶይ ኣቕረብኩ።

ሴኮን ነጋሽን ነቲ ዝቕረብክዎ ርእይቶ ኣእዳዎም ኣልዒሎም ተቓወምዎ።

ኣለምሰገድ ንሴኮ ዕድል ሃበ።

"እዚ ተስፋዬ ኣብ ከባቢ ቲ-ሩም ሰሚዐዮ ዝብሎ ዘሎ ዘረባ ንኹሉ ህዝቢ ኣይውክልን'ዩ። ኣብ ከባቢ ቲ-ሩም ዝተኣኻኸቡ ሰባት፡ ትምክሕተኛታትን ዝሓለፈ ስርዓት ብምውዳቕ ረብሓኦም ዝተተንከፈ ኣባላት ኢሰፓን'ዮም። ብርግጽ ሻዕብያ ብዛዕባ መሬት ሑመራ ይጉስጉስ ኣሎ። ህዝቢ ግና 'ጽቡቕ ገይሩ! እንታይ ኣእተወካ! ቀኒእካ ዲኻ!' እናበለ'ዩ ዝምልሰሉ ዘሎ። ትማሊ፡ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ምስ'ቡይ

ንዘራረብ ኔርና። ኣቦይ…"

ኣለምሰገድ ኣብ መንነ ኾለፎ።

ነጋሽ፡ "ኣብዚኣ ተወሳኺ!" እናበለ'ኳ እንተ ኣዕገርገረ ዕድል ግና ኣይሃቦን።

ኣለምሰገድ ባዕሉ ቀጸለ።

"እዚ ዝብሃል ዘሎ ዘረባ፡ ኣብ ከባቢ ቲ-ሩም ጥራይ ዝተወሰነ ድዩ ዋላስ ኣብ ሰፊሕ ከባቢ'ዩ ሕጂ መደምደምታ ኣይንህበሉን ኢና። ካብ ሃገራዊ ድሕነት'ውን ከምዚ ዓይነት ተመሳሳሊ ሓበሬታ ስለ ዘሎ፡ ነዚ ሓበሬታ'ዚ ሰሚዕናዮ'ለና፡" ኢሉ ናብ ካልእ ኣጀንዳ ሰገረ።

እቶም ኣብ ዓንኬል ፕሮፖጋንዳ ዝተኣከቡ ኣናብስ፡ መብዛሕትኦም ንሓላፊ ዘሕጉስ ነገር እናሓሰቡ ምዝራብ ዝለመዱ'ዮም። ብዙሕ ግዜ ይቐንያም'ዩ። ብፍላይ ንስምዒት ህዝቢ ዝምልከት ጉዳይ ኣልዒልና ክንዝቲ ከለና፡ ንኣሽቶ'ኳ ትኹን ሓቂ ኣይንዛረብን ኢና። ሴኮ፡ ኣባል ህወሓት'ኳ እንተ ኾነ ኣምሓራይ'ዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ናብ ብኣዴን ክኣቱ ተሓቲቱ ስለ ዝኣበየ፡ ጋዜጣታት ብሕቲ፡ "ፎርጅድ ትግራዋይ" ዝብል ሳጓ ኣጠሚቐናኦ ነበራ። ስምዒት ህዝቢ ከመይ ከም ዘሎ ኣብ ንሕተተሉ እዋን፡ ሴኮ እንተወሓደ ነቦኡ ከም ምንጪ ይጠቕሶም። ብዙሕ ግዜ ግና ምንጪ ሓበሬታኡ ኣይጠቕሶን'ዩ። ሓደ ኢዱ ኣልዒሉ፣

"ህዝቢ፡ 'ኢህወደግ ጸግዐይ'ዩ' ዝብል ሓያል እምነት ኣሎዎ" ኢሉ ኣፉ መሊኡ ይዛረብ። ኣለምሰገድ፡ ንሽምዚኣም ዝኣመሰሉ ርእይቶታት ብሓጐስ ክቕበሎም ከሎ እጉሂ ነበርኩ።

ህዝቢ፡ 'ኢህወደግ ጸግዐይ?' ዝበለ ኣበይ'ዩ? መኣስ'ዩ? ክንደይ'ዮም? ዝፍለጥ ነገር የለን። ሴኮ፡ እንዳ ዓለቦኡ ድራር ተዓዲሙ ምስ ከደ ኣቦኡ ዝበልዎ ሰሚዑ፡ "ህዝቢ ኣምሓራ" እናበለ የቐርብ። ሚእታዊት ከም ድላይካ ክትጠቅስ ትኽእል ኢኻ። ብፍላይ ኣታኽልቲ ዝብሃል ኣሰናዳኢ ጋዜጣ 'ወይን' ዝነበረ፡ ከምዚ ዓይነት ሕማም ነይርዎ። "ተስዓ ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ነዚ ደጊፍዎ" ይብለካ። ጸኒሑ፡ "ዓሰርተ ሚእታዊት ጥቕሞም ዝተተንከፎም…" ይውስኽ። ብምንታይ ለኪዕካዮ? ኢሉ ዝሓቶ የለን። ኣታኽልቲ፡ ሓንቲ መዓልቲ'ኳ ተጋግዩ ተስዓን ሓምሽተን ሚእታዊት ወይ ሰማንያን ሓምሽተን ሚእታዊት ክብል ሰሚዐዮ ኣይፈልዋን'የ። ዓሰርተ ዓመት ምሉእ ተስዓን ዓሰርተን ሚእታዊት እናደጋገመ ይጥቀመለን ነበረ። ብዙሕ ግዜ ሚእታዊት እናደርደሩ ክምድሩ ኽለው ድቃስ ይጸዓንኒ ነበረ። ካብ ትኽስ ንምድሓን ነጥብታት ዝሕዝ መሲለ ውልቃዊ ስርሐይ እሰርሕ ነበርኩ።

ኣለምሰገድ፡ ሳሕቲ ደኣሉ እምበር ኣመና ሓራ'ቕ'ዩ። ሕልክስክስ እንተ ኢሎም፡ ብ'ኺሌታኦም ሓኒቕ'ዩ ዘንጥጠሎም። ሕሉፍ ሓሊፉ'ውን ብዕሉግ ጸርፊ ይጸርፎም 'ዩ። ከምኡ ክገብር ከሎ ሕማ'ቕ ይስማዓኒ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ንነጋሽ፣

"ኣብ ቲቪ ክትረእ ትፈቱ ኢ'ካ! ቲቪ'ላ እንተ ኢሎም'ኻ ዝ'ቕድመካ የሎን!" ምስ በሎ ሰሓቑይ ክቆጻጸሮ ኣይክኣልኩን።

ኣለምሰገድ ሓቁ'ዩ። ነጋሽ፡ ልክዕ ከም ኣንበሳ ጃንሆይ ኣብ ዘይከውን ግዜ'ዩ ኣብ ቲቪ ዝ'ቕልቀል። ኣብ ክልተ በበይኖም ዜናታት፡ እሞ ኸኣ ኣብ ሓደ መዓልቲ ዝተፈጸሙ ፍጻመታት፡ ኣብ ክልቲኡ ከመይ ኢሉ ክርክብ ከም ዝ'ክእል ምስጢሩ ፈጺሙ ኣይርደኣካን'ዩ። ኣብ መመረ'ቕታ፡ ዋዕላታት፡ እንግዶት..... ክምስምስ እናበለ ኣብ ቅድሚት ይርኣ...

ዝበዝሑ ኣናብስ ካድራት ፕሮፖጋንዳ፡ ብሰንኪ ሕጽረት-ዓ'ቕሚ ዝፈጥሮ ፍርሒ ዝሳቐዩ እዮም። ከምኡ ምኽኖም ስለ ዘይ'በልዎ መሊሶም ምሒር መንጸርጸርቲ ይ'ኾኑ። ነቶም ይበልጹና'ዮም ዝብልዎም ታሕተዎት ሰራሕተኛታት ድማ ብዓይኒ ጽልኢ ይጥምትዎም።

እዞም ኣናብስ እዚኦም ካብ ዘማዕበልዎ ዘደንጹው ልማዳት ሓደ፡ ኣለምሰገድ ዝጥቀመሎም ቃላት ምዝውታርን ንናቱ ዘረባ ኣንዊሕካ ምድጋምን'ዩ። ኣለምሰገድ፡ ከከም ኩነታቱ ኣብ ሰሰለስተ ወርሒ ይእክበና ነበረ። ነጋሽን ኣታ'ክልትን ድማ ኣብ ወርሒ ሓንሳእ ይእክቡና ነበሩ። ኣብዚ ዑደት'ዚ፡ ኣለምሰገድ ገብረኣምላ'ክ ዝጥቀመሎም ቃላት ከም ስገም'ዮም ዝ'ክእኩ። Political Hegemony እንተ ኢሉ፡ ኣብታ ሰሙን'ቲኣ እታ ቃል ትጽናዕ። Development state ትብል ሓዳስ ቃል እንተ ተቕልቂላ፡ ኣብታ ሰሙን'ቲኣ ካልእ ቋንቋ የሎን። ምስ ምእታው ሚሊኒየም ድማ "ተሓድሶ" ፋሽን ኮይና። ዘይጠቅም ፍልጠት ሒዝካ ዓ'ውጀው ምባል'ዩ። ተግባር የሎን፣ ቃላት ጥራይ ይልቀሙ። ብፍላይ ኣንዊሕካ ምድጋም ካበይ ከም እተወርሰ ክርድኣኒ ኣይክእልን'ዩ። ኣሕጺርካ ምድጋም እምበር ኣንዊሕካ ምድጋም ጥ'ቕሙን ምኽንያቱን ክሳዕ ሕጂ ኣይርድኣንን'ዩ። እቶም ንኣይ ዘጋጥሙኒ ዝነበሩ ፍጻመታት፡ ምስ ናይ ሙሉጌታ ሉሌ 'ኣጥፍቶ ማጥፋት' (ኣጥፊእካ ምጥፋእ) ዘርእስታ መጽሓፍ እናወሃሃድኩ፡ 'ንምኽኑ ከም ኢትዮጵያ መጻወቲት ቁልዑ ዝኾነት ካልእ ሃገር ትህሉዶ?' እናበልኩ እሓስብ ነበርኩ። ኣብ ሸሞንተ ሃገራት ኣፍሪቃ ምስ በጻሕኩ ግና፡ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ኢድ ኸበት ዝወረሮም ቁልዑ ዝወደቐት ተሕዝን ኣህጉር ምኽና ክርዳእ ክኣልኩ። ብርግጽ ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ዝርከቡ ሰበ-ስልጣን፡ ንሃገሮም ዘዕንው፡ ብውልቃዊ ረብሓ ተደሊሎም ደኣ እምበር

ፍልጠት ውሒድዎም ኣይኮነን። ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ግና፡ ዝበዝሑ ሰበ ስልጣናትና ክልቲኡ'ዩ ጸገሞም።

* * *

ሓደ መዓልቲ፡ ካድራት ፕሮፓጋንዳዊ ጉዳያት ኣብ ቤት-ጽሕፈት ኢህወደግ ተኣኪብና ኸለና፡ ንሙሉጌታ ሉሌ ዝምልከት ዕላል ተላዕለ። ኣቦ ወንበር ናይቲ ኣኼባ ክሳዕ ዝመጽእ እናዕለልና፡ ብርሃኑ ኣባዲ ዝብሃል ሓላፊ ቴሌቪዥን መደብ ትግርኛ፣

"ኣጥፊእካ ምጥፋእ እትብል መጽሓፍ ኣንቢብኩማዶ?" ኢሉ ብስምዒት ሓተተ። እዛ መጽሓፍ ካብ እትሕተም ዓመት ኣሕሊፋ ነበረት። ብርሃኑ ኣባዲ ዕላሉ ብምቕጻል፣ "...ምሉእ ለይቲ ኣንቢበ ወዲኡ፣ ስርዓት ደርግ ከመይ ከም ዝመስል ጽቡቕ ገይሩ እትገልጽ መሃሪት መጽሓፍ'ያ። ደራሲኣ ዘንበበ ክኸውን ኣለዎ። ምስ ጀመርክዋ ከቋርጻ ኣይክኣልኩን፡" በለና።

ብኡንብኡ፡ ንስምዒታዊ ኣድንቆት ብርሃኑ ዘቂናጽቡ ርእይቶታት ክውሕዙ ጀመሩ። ነጋሽ ተኽሉ፡ ሴኮ፡ ተኽላይን ኣታኽልትን ብሓንሳብ መቂናጸብቲ ቃላት ከም መደረጋሕ ፈነውሉ።

"ሙሉጌታ ሉሌ'ዩ ጽሒፉዋ..."

"ኣባል ኢሰፓ ዝነበረ'ዩ..."

"ንገንዘብ ኢሉ'ዩ ጽሒፉዋ..."

"ኣበይ ዝነበረ'ዩ? ዕሉል ብዓል ስልጣን ደርግ!"

"ንመንግስቱ ዝሰግደሉ ዝነበረ!"

ተኽላይ ተኽሉ ናባይ እናጠመተ፡ "ታይ ደኣ ትም ኢልካ? ንስኻዶ ኣይኮንካን ዝያዳ ትፈልጦ?" በለኒ።

ብርግጽ ካብቶም ኣብቲ ኣኼባ ተሳቲፎም ዝነበሩ፡ ዝያዳ ኹሎም ንሙሉጌታ ዝፈልጦ ኣነ'የ። ሓለፋኦም ዝፈልጦ ግና ጽሑፉቱ ስለ ዘንብቦም'የ እምበር፡ ወንበሩ ስለ ዝወረስክዎ ኣይኮነን። ዝኾነኾይኑ ንናይ ተኽላይ ምውርዛይ፡ ብመልክዕ ሕቶ ገይረ መልሲ ሃብኩሉ።

"...ብርሃኑ፡ ኣጥፊእካ ምጥፋእ እትብል መጽሓፍ ኣንቢብኩማዶ ኢሉ'ዩ ሓቲትኩም። ስለዚ ቅድም ነዚ መልሱልና'ሞ፡ ደሓር ብዛዕባ ኣረኣእያ ሙሉጌታ ንካታዕ፡" በልክዎም።

ኣርባዕቲኦም ነታ መጽሓፍ ከም ዘየንበብዋ ገለጹ።

"እንተ ዘይኣንቢኩማ ዋላ ሓንቲ ኽንብል ኣይንኽእልን ኢና፡" ክብሎምን ሓላፊና ኣለምሰገድ ናብቲ ኣደራሽ ክኣቱን ሓደ ኾነ። ዕላልና ድማ ተቋረጸ።

መብዛሕትኦም ካድራት ኣባላት ፕሮፖጋንዳዊ ጉዳያት ኣንበብቲ ኣይኮኑን፣ ይብሃል ኢሎም፡ ብዕላል ንዝሰምዕዎ መጽሓፍ ዝኣክል ነገር ብድፍረት ርእይቶኦም ዝህቡ ሰባት'ዮም። ዜና ክጽሕፉን ከንብቡን ከለው'ውን፡ ቅጽላት ምንጉድኳድ ቀንዲ መለለዪ ጠባዮም'ዩ። ጨካን፡ ፋሺሽት፡ ኣረሜን፡ ግፍዐኛ ደርግ!፡ ተወላዋሊ፡ ሃዳሚ፡ ተላኣኣኺ፡ ምስሉይ ኢህኣፓ፡ ዕሉል ኢሰፓ፡ እገለ ተንበርካኺ ደርግ..... ዝኣመሰሉ ቅጽላት፡ ከም ቶኽሲ ጠራዕራዕ'ዮም ዝብሉ። ንሓደ ሰብ ዋላ ኣይፍለጥዎ፡ ቅጽል ክልጥፉሉ ግና ድሕር ኣይብሉን'ዮም። ንኣጥፊእካ ምጥፋእ ንእሽቶ ትዕግስቲ ገይሮም እንተ ዘንብብዎ፡ ብውሑዱ፡ እታ መጽሓፍ ብደጋፊ ኢሰፓ ወይ ድማ ኣባል ደርግ ብዝኾነ ሰብ ክትጸሓፍ ከም ዘይትኽእል ክግምግሙ ምኽኣሉ። ኣብ ኣገልግሎት ጸስማ ዝሰርሕ ሽያጢ ቴምብር፡ ምንባብ ከም ናይ ስራሕ ግዴታኡ ከይከውን ይኽእል'ዩ። ዘየንብብ ሰብ ግና፡ ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ ፕሮፖጋንዳዊ ጉዳያት ቀንዲ ቦታ ሒዙ ዝሰርሕ እንተ ኾይኑ እንታይ'ዩ ክስዕብ? ኢህወደግ፡ ኣባላቱ ኣብ ክንዲ ዘንብቡ ኣብ ኣኼባ ተኾዲጭካ ብትዕግስቲ ጽን ኢልካ ምስማዕ'ዩ ኣለማሚድዎም። ሽምደድቲ ሞያውያን ክስስኑ ኾለው ድማ፡ መረሕነት ስልጣኑ የውሕስ። ዘየንብቡ ሰባት፡ ኣስፊሖም ክጥምቱ ስለ ዘይክእሉ ሕቶ ዝብሃል ኣየልዕሉን'ዮም። ክንዲ ዝኾነ፡ ጭው ዝበሉ ደገፍቲ ናይቲ ስርዓት ኮይኖም ዘንተእለት ተረዲያም ይነብሩ።

ከምዚ ዝበልክዎ፡ መብዛሕትኦም ካድረታትና መጽሓፍቲ ኣንቢቦም ፍልጠት ካብ ዘዋህልሉ፡ ነቲ መጽሓፍቲ ከም ዕንጸይቲ ኣንዲዶም፡ ኣብ ዙርያ'ቲ ሓዊ ረፋዕ ኢሎም ነዋሕቲ ዲስኩር እናሰምዑ ክስሕኑ ዝመርጹ ሰባት'ዮም። ብዛዕባ ማዕርነት ቋንቋ ይዛረቡ'ምበር፡ ንምዕባለ ቋንቋታት ዝጠቅም ፍረ ዘለዎ ስራሕ ሰሪሖም ኣይፈልጡን'ዮም። ኣብ ውሽጢ'ዝን ዓሰርተ ዓመታት ዓሰርተ ናይ ትግርኛ መጽሓፍ'ኳ ኣይተሓትማን። ብርሃኑ ኣባዲ ዝብሃል ጋዜጠኛ፡ ሓንቲ ናይ ትግርኛ እኩብ ሓጺር-ዛንታታት ጽሒፉ ዘሕትመሉ ስለ ዝሰኣነ ብልቓሕ ከሕትማ ሓጊዘዮ'የ። ኣብ ግዜ ጀንሆይ፡ ቋንቋ ኣምሓርኛ ንምምዕባል ኣዝዩ ብዙሕ ጻዕሪ ተኻይዱ'ዩ። ጃንሆይ፡ ንደረስቲ ናብ ቤተ-መንግስቲ እናጸውዑ ይሽልምዎም ነበሩ። ኢህወደግ ስልጣን ምስ ሓዘ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ መራሕቲ ማሕበር ደረስቲ ዝነበሩ ብዓል ሲሳይ ንጉሱ ናብ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ቀሪቦም፣

"ንኽራይ ቤት-ጽሕፈትን መግዝኢ ናውቲ ጽሕፈትን ዝኽውን ሓገዝ እንተ ዘይተገይሩልና፡ ነዚ ቤት-ጽሕፈት ክንዓጽዎ ኢና፡" ኢሎሞ ነበሩ።

ሽዑ ዝተዋህቦም መልሲ፣

“ንህበኩም ገንዘብ የሎን፣ ‘ክንዓጽዎ ኢና’ እንተ ኢልኩም ድማ ክትዓጽውዎ ዲሞክራሲያዊ መሰልኩም’ዩ።” ዝብል ነበረ።

ህወሓት፡ ንምዕባለ ቋንቋታት ኣምሓርኛን ኦሮምኛን ይሰርሕ’ዩ ኢልካ ኣይትጽበዮ። ንምዕባለ ቋንቋ ትግርኛ ዘይምስራሑ ግና ዘገርም’ዩ። እዚ ጉዳይ’ዚ፡ እቶም ብቑረባ ዝምልከቶም ወልቀ-ሰባት ናይ ምንባብ ባህሊ ከም ዘይብሎም ዘርኢ ኣብነት እዩ። ይትረፍ ብ’ቫልኡት ቋንቋታት ንዝጽሕፉ ጸሓፍቲ፡ ብትግርኛ ንዝጽሕፉ መንእሰያት ጸሓፍቲ ዘተባብዕ ኣካል’ውን ዛጊት የለን። ሓደ እዋን፡ እቲ ኣነ ዝመርሖ ዝነበርኩ ትካል፡ ዘይምልከቶ ክንሱ ‘ተጋድሎ’ ዘርእስታ ሓንቲ ናይ ትግርኛ መጽሓፍ ኣሰናዲኡ ኣሕተመ። ስነ-ጽሑፍ ትግርኛ ክከታተል ሓላፍነት ዝተዋህቦ ሰብ ኣታ’ክልቲ እምባዬ ይብሃል። ደዊሉ ከመስግነ’ዩ ኢለ እናተጸበ’ክዎ፡ በንጻሩ ኣመና ከም ዝሓረቐ ስለ ዝሰማዕኩ ደወልክሉ። እንታይ ኮይኑ’ዩ ሓሪቐ ክፈልጥ ምሒር ተሃንጥየ ነበርኩ። ምስ ደወልክሉ፣

“ተጋድሎ’ ዘርእስቲ መጽሓፍ ከሕትም ሓሲብ ነይረ፣ ኣበላሺ’ኻለይ፡” በለኒ።

ዝምልሰሉ ጠፍኣኒ።

“ይቕሬታ!” በልክዎ። “...ኣርእስቲ ናይታ መጽሓፍ፡ ኣብ ሓንጎልካ ከም ዝነበረት ክፈልጠሉ ዝ’ክእል መገዲ ስለ ዘይነበረ ሕማቐ ይስምዓኒ። ብዝ’ኾነ ኣርእስቲ መጽሓፍ ክውዳእ ስለ ዘይክእል፡ መጽሓፍካ ብ’ኻልእ ኣርእስቲ ከተሕትማ ትኽእል ኢ’ኻ።” ኢለ ኣተባባዕክዎ።

እታ ንሱ ጽሒፈያ ዝብላ መጽሓፍ ብ’ኻልእ ኣርእስቲ ክትወጽእ እናተጸበ’ኹ። እንሆ ከይተሓትመት ዓሰርተ ዓመታት ሓሊፉ። ኣታ’ክልቲ፡ ናብ ሆላንድ ተሰዲዱ ድኅግ ስደተኛታት እናበልዐ ኣብ እንዳ ሻሂ ተኽዲጩ “ወዲ ዜናዊ ተንበርካኺ” እትብል እተመንወት ደርፊ ከዘዱም ይውዕል ኣሎ ኢሎምኒ።

ፕሮፖጋንዳዊ ጉዳያት ኢህወደግ፡ ምስ ስርሑም ዘይመጣጠን ሞያ ወይ ድማ ዝንባለ ብዘይብሎም ካድራት ስለ ዝተታሕዘ፡ መራ’ክቢ ብዙሓን ኢትዮጵያ፡ ከም ዕንጸይቲ ነቒጹ ምዕባለ ጥበባትን ቋንቋን ድማ ተዓጊቱ ይርከብ።

* * *

ስቕታ ቡርቃ ተሓቲማ ምስ ወጽኣት፡ ንዶክተር ነጋሶ ሓንቲ ቕዳሕ ሰዲደሎም ነይረ። ኣብ ውሽጢ ሰሙን ኣንቢቦም ወዲኦማ። ድሕሪ ሰሙን ብተሌፎን ምስ ተራ’ኺብና፡ “ኣንቢቢያ! ብተሌፎን ካብ

ዝ'ኸውን ግና እንተ ጢውምካ ደውል'ሞ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ምጻእ።" በሉኒ። እቶም ፕረዚደንት ስለ ዝጥለፉ፡ ዝ'ኾነ ምስጢር ብተሌፎን ከም ዘይዛረቡ እፈልጥ'የ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ደረጀን ሃብቴን፡ ናብ ህዝቢ ዘይቀረበት ሓንቲ ዋዛ ኣብ ኩሉ ኣብያተ ድራፍት ዘርጊሖማ ነበሩ። ሽዑ ቐነ፡ ኣብ ዙርያ'ቲ ቤተ-መንግስቲ ፍሎረሰንት መብራህቲ ተተ'ኺሉ ነበረ። እዞም ክልተ ተዋዘይቲ፡ መንበሪ ቐጽሪ ነጋሶ መናድቐ ብምሉኡ ባዕ ኢሉ ምስ ረኣዩ፡ ከምዚ እናበሉ ከስሕቑና ቀነዩ፣

"ከባቢ ቤተ-መንግስቲ ተተ'ኺሉ ዘሎ መብራህቲ ርእዩ'ሹሞዶ?"

"ርኢናዮ'ወ!"

"ስለምንታይ ከም ዝተተ'ክለ'ኸ ትፈልጡዶ?"

"ኣይፈለጥናን፣ ስለምንታይ'ዩ?"

"ጀሚል እቲ ንሓየሎም ዝቐተሎ ንሞት ምስ ተፈርደ፡ እቲ ፍርዱ ዝጸድቀሉ ሰነድ ንነጋሶ ቀሪብሎም። ነጋሶ ድማ 'ፌርማይ ዘንብረሉ ቦታ ምርኣይ ኣብዩኒ' ስለ ዝበሉ ግና ኣብ ዙርያ'ቲ ቤተ-መንግስቲ መብራህቲ ተተ'ኺሉ። ድሕሪኡ፡ "ሕጂ ተራእዩኒ!" ኢሎም ፈረሞም!"

ጀሚል ያሲን ቀታሊ ጀነራል ሓየሎም ዝተረሸነሉን መብራህቲ ዝተተ'ክለሉን ግዜ ሓደ ብምንባሩ፡ እቶም ተዋሳእቲ ከምቲ ልሙድ ብውሽጢ ውሽጢ እናተዋዘዩ ከዘናግዑና ኽረሙ።

"ነጋሶ፡ እንታይ ኮይኑ'ዩ ክፍርም ዘይደለየ?" ኢለ ሓተትትኩ።

"ጴንጠ'ንድዩ!"

ንነጋሶ፡ ብዙሕ ዳእላ ይደኣለሎም ነበረ። "ነጋሲ ግደይ" ዝብል ሳጓ ለጊብዎም፣ ናብ ቦሌ ዝመላለሳ ብጫ ታክስታት ድማ "ነጋሶ" ተባሂለን ይጽዋዓ ነበራ። "ኣጋይሽ ምቕባል ጥራይ'ዩ ስራሕኩም፡" ማለት'ዩ። ልእልቲ ዲያና ብሓደጋ ማኪና ምስ ሞተት ከኣ፡ ነጋሶ ንወጻኢ ናይ ምኻድ ዕድል ስለ ዝረኸቡ፡ "ኣብዚ'ንሆ ወግዒ!" ብምባል ካብ ዓራት ዘሊሎም ናብ ቐብሪ እናገሹ ኸለውን ካልኦት ተመሳሰልቲ ካርቱናትን ተሓቲሞም ክርኢ ከለኹ ካብ ልቢ እሓዝን ነበርኩ። ዶክተር ነጋሶ ኣስፈሖም ዝጥምቱ፡ ነታ ሃገር ሰናይ ዝሓስቡ፡ ብሱልን ቅንዑን ምሁር'ዮም ኢለ ካብ ልቢ እኣምን ስለ ዝነበርኩ፡ ከምዚታት ክድኣለሎም ከሎ ሕማቐ ይስምዓኒ ነበረ። 'እዞም ዶክተር፡ ሕልናኦም ከይተረፈ ከም ዝእሰር ዝገበሩ ባዕሎም ብገዛእ ፍቓዶም'ዮም' ኢለ እሓዝኦሎም ነበርኩ። ካልእ ይትረፍ ደዊለ ቃለ-መጠይቐ ከካይደሎም ምስ ሓተትትክዎም፡ ንኣለምሰገድ ከፍቅዶ'ዮም ሓቢሮምኒ። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ናብ ሓላፊ ፕሮፖጋንዳ ጉዳያት ዝነበረ ኣለምሰገድ ገብረኣምላኽ ደዊለ

ነጋሶ ዝበሉኒ ምስ ሓበርክዎ፡ "ይክኣል'ዩ!" ኢሉ ኣፍቀደ። ካብ ነጋሶ ንላዕሊ ዘገረመኒ ድማ፡ ኣለምሰገድ፡ ፍቓድ ምሕታቶም ቅኑዕ'ዩ ኢሉ "ይክኣል'ዩ" "ኣይክኣልን'ዩ" እናበለ ከፍቅድ ከሎ'ዩ። ናይቲ ውድብ ደረጃታት ስልጣን እንተ ርኢናዮ ግና፡ ነጋሶ ልዕሊ ኣለምሰገድ'ምበር ትሕቲኡ ኣይኮነን። እቲ ፍልልይ ግና ኣለምሰገድ ህወሓት'ዩ፣ ነጋሶ ድማ ናይ ዘመንና ወለንታዊ እሱር ኣንበሳ።

ካድራት ኦህዴድ'ውን፡ ንነጋሶ ክቃወምዎም ከም ዝጀመሩ ከስተውዕለሎም ክኢለ'የ። እዚ ተቓውሞ'ዚ ክምዕብል ዝኽእለ፡ ነጋሶ፡ ኣብ ሓደ ኣኼባ መደረ ምሰ'ስምዑ'ዩ። ኣብቲ ኣኼባ፡ ጸጋታት ክልል ኦሮሚያ ተመዝሚዙ፡ ካብ ካልኦት ክልላት ዝመጽኡ ኣውፈርቲ ምስራሕ ከሊኦምና ዝብል ምዕዝምዛማት ምስ ቀረበ፡ ዶክተር ነጋሶ፡ "....ኩኩናይ፡ ኣብ ርእሱ ዝተሸከሞ ስጋ ኣይበልያ ኣየብልያ!" ዝብል "ታሪኻዊ መደረ" ኣስሚያዎም ነበሩ። በዛ መደረ'ዚኣ፡ ካድራት ህወሓት ኣብ ልዕሊ ነጋሶ ዓቢ ኣድንቆቶም ክገልጹ ኸለው፡ እቶም "ፈጣን ሎተሪ" ብዝብል መጸውዒ ዝፍለጡ ምስ ኦነግ ርክብ ኣለዎም ተባሂሎም ዝጥርጠሩ ኣባላት ኦህዴድ ግና፡ መዓንጣኦም ሓሪሮም ከም ዝቐነዩ ትዝ ይብለኒ። ዶክተር ነጋሶ፡ ከምኡ ከብሎም ዝኽእለ ምኽንያት ካብ ኢትዮጵያዊ ስምዒት ተበጊሶም እንተ ዝኾኑ ኣይመኽፍኦን። መብዛሕቲኦም ግና፡ ህወሓት ኣብ ውሽጢ ክልል ኦሮሚያ ዘካይዶ ዘሎ ኣድሎኣዊ ኣሰራርሓ ዘተባብዕ መደረ'ዩ ኢሎም'ዮም ዝኣምኑ። ኣብ ውሽጢ ትግራይ፡ ዝኾነ ተወላዲ ወዲ ኻልእ ብሄር ክነግድ ኣይፍቀደሉን። ኣብ ካልኦት ክልላት ብፍላይ ድማ ኣብ ክልል ኦሮሚያ ግና እቶም ፍሉጣት ነጋዶ ኣባላት ህወሓት ስለ ዝኾኑ፡ ካድራት ኦህዴድ ነዚ ዘይፍትሓዊ ኣሰራርሓ ብትሪ ይቃወምዎ ነበሩ።

* * *

ኣብ 1997 ኣባላት መሪሕነት ማእከላይ ሽማግለ ኦህዴድ ገምጋም እናካየዱ ከለው ዘጋጠመ ፍጻመ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኣባል ልፍንታውያን ሰልፍታት ኢህወደግ ዝነበረ ናይ ጐይታን ባርያን ርክብ ዘርኢ መርትዖ'ዩ ነይሩ።

እቲ ገምጋም፡ ኣብ ውሽጢ ቤተ-መንግስቲ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ነጋሶ ጊዳኣ'ዩ ተኻይዱ። ነቲ ገምጋም፡ ተወልደ፡ ኣለምሰገድን በረኸትን'ዮም ኣካዪዶሞ። ኦህዴድ ሽግራቱ ባዕሉ ፈቲሑ ስለ ዘይፈልጥ፡ እቲ ኣኼባ ብብዓል ኣለምሰገድ ምምራሑ ዘገርም ነገር ኣይነበረን።

ኣብቲ ገምጋም ካብ ዝተሳተፉ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ኦህዴድ

ሓደ ኣለማየሁ ደሳለኝ'ዩ። ኣለማየሁ፡ ንናይ ህወሓት ምትእትታው ይቃወሞ ከም ዝነበረ እፈልጥ'የ። 'ህዝቢ ኦሮሞ ዝብል ጸቢብ ወገናዊ ስምዒት የንጸባርቕ'ዩ፣ ናይ ኦነግ ኣረኣእያ ኣሎዎ' እናተባህለ ይሕመ ነበረ። እቲ ነዊሕ ሰዓታት ዝወሰደ ገምጋም ኣብ ምውዳኡ፡ ብዓል ኣለምሰገድ፡ ጸቢብ ብዝብል ጉልባብ ተሪር ቃላት ተጠቂሞም ንኣለማየሁ ሓያል ነቕፌታ ነቕፍዎ። ኣለማየሁ፡ ነቲ ዘለፋ ክጸወሮ ስለ ዘይክኣለን ሞራሉ ኣዝይ ስለ ዝተተንከፈን፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ቤተ-መንግስቲ፡ ኣብ ማኪናኡ ኣትዩ ነፍሱ ብሽጉጥ ብምቕታል ተቓውሞኡ ገለጸ።

ቀዲሞም ሬሳኡ እተረከብዎ ኣባላት ሃገራዊ ድሕነት'ዮም። ኣብ ጁባኡ፡ ናብ ብዓል ኣለምሰገድ ገብረኣምላኽ ዝጸሓፍ ሓንቲ ምልእቲ ገጽ ደብዳበ ከም እተረኽበት ሓደ ኣባል ሃገራዊ ድሕነት ሓበረኒ። ናብቶም ሰለስተ መራሕቲ ናይቲ ገምጋም ዝጸሓፋ ደብዳበ ስለ ዘየንበብክዋ፡ ቃል ብቓል ከስፍራ ኣይክእልን'የ። ትሕዝቶኣ ግና ኣዕሊሎምኒ'ዮም።

ኣለማየሁ ኣብ ደብዳበኡ፡ መራሕቲ ናይቲ ገምጋም ከም ዝዘለፍዎን ክብሩ ከም ዝተንከፍዎን፡ ካብቲ ንእኡ ዘጋጠሞ ኣደራዕ ንላዕሊ፡ ህዝቢ ኦሮሞ ዝወርዶ ዘሎ ኣደራዕ ዝያዳ ከም ዘተሓሳሰቦ፡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ንህዝቢ ኦሮሞ ዘዋርድ ገምጋም ምስታፉ ከም ዘጠዓሰ፡ ኣደራዕ ተሸኪምካ ካብ ምንባር ሞት ከም ዝሓይሸ፡ ምማቱ ዘይተርፎ ድማ ንሰለስቲኦም መራሕቲ ገምጋም ለኪምዎም ክጠፍእ ይኽእል ከም ዝነበረ፡ እንተኾነ ግና ካብቶም ሰለሰተ ውልቀ-መለኽቲ ንላዕሊ ዝኸፍኡ ሓለፍቶም ከም ዘለው ስለ ዝፈልጥ፡ ከምኡ ክገብር ከም ዘይደለየ ብምግላጽ፡ "ነፍስኻ ምቕታል መፍትሒ ስለ ዝኾነ ህይወተይ ኣሕሊፈ ኣለኹ" ብምባል ቃል ብቓል ኣስፊርዎ። ቀጺሉ፡ ዝወርዶም ዘሎ ኣደራዕ ናብ መጻኢ ወለዶ ከይሰጋግር ከም ዝወሰነ፡ ኣባል ኦህዴድ ክኸውን ዝወሰነሉ ምኽንያት፡ ለውጢ የምጽእ ይኸውን ዝብል ተስፋ ስለ ዝነበሮ ከም ዝኾነ ኣብ ደብዳበኡ ጠቒሱዎ ይርከብ። ኣብ መደምደምታ፡ ህዝቢ ኦሮሞ ከምቲ ንሳቶም ዝሓስብዎ ኣርዑት ጭቆና ከም ዘይወርስ፡ ንኹሉ ዝልብልብ ሕነ ምፍዳይ ከይተፈጸመ ኸሎ ድማ ካብ ድቓሶም ክበራበሩ ብምምናይ ደብዳበኡ ዓጸወ።

ነታ ደብዳበ፡ መለስ፡ በረኸት፡ ኣለምሰገድን ተወልደን ከም ዘንበብዋ ሰሚዐ። ዶክተር ነጋሶን ካልኦት ኣባላት ማእከላይ ኾማግለ ኦህዴድን ግና፡ ብዛዕባ'ታ ደብዳበ ከም ዘይፈልጡ ተገብረ። ኣለማየሁ፡ ዝወረዶ ኣደራዕ ክጸወሮ ስለ ዘይክኣለን ንደቂ ከውርሶም ስለ ዘይደለየን ነፍሱ ኣሕሊፉ። እቶም ተኣሲሮም ክቕጽሉ ዘይክኣሉ በብሓደ ኮብሊሎም። ነቲ ኣደራዕ እተጸወርዎ ድማ ኣብቲ ጋብያ ምጽናሕ መሪጸም.....

* * *

ዶክተር ነጋሶ፡ ኣብ መወዳእታ ነቲ ሓጺናዊ ጋብያ ሰይሮም ክወጹ ክኢሎም ነይሮም። ምስ መለስ፡ ፌትንፌት ከራጽሞም ዝኽእል ትብዓት ከም ዝረኸቡ'ውን ይውረ ነበረ። "ሕጅስ መንግስቱ ሃይለማርያም ኳንካ ተራኢኻኒ፡" ብምባል ኣኼባ ረጊጾም ከም ዝወጽኡ ዝገልጽ ዜና ኣብ ጋዜጣ 'ሪፖርተር' ምስ ወጽኡ፡ ሽሞም ክሕደስ ጀሚሩ ነበረ። ስሞም ክሕደስ ከም ዝጀመረ ምስ ሰማዕኩ ተሓጉሰ፣ ሓነሰይ ብዙሕ ከይጸንሐ ግና ሽታ ማይ ኮይኑ ተረፈ። ነጋሶ ጊዳዳ ኣብ 2005 ኣብ እተገብረ መረጻ፡ ኣብ ደምቢዶሎ ተወዳዲሮም ኣባል ባይቶ ኾይኖም ስለ እተመርጹ ከምቲ ልሙድ መዳኸሪ ወያኔ ኾይኖም ተረፉ።

ኣብ 2006፡ ኣብ ልዕሊ ተወላዲት ኦሮሞ ተጋዳሊት ኣስሊ ኦሮሞ ናይ ሞት ፍርዲ ምስ ተበየነ፡ ነጋሶ ድምጸም ኣየስምዑን። ኣስሊ፡ ካብ 1987 ኣትሒዛ ናብ ሃርጌሳ ካብ ዝተሰደደትሉ እዋን፡ ኣንጻር ደርግን ወያኔን ትዋጋእ ዝነበረት ሓያል ተጋዳሊት'ያ።

ህዝቢ ዝመረጸም ኣባላት ባይቶ፡ "ኣስሊ ኦሮሞ ክትቅተል የብላን!"፡ "ኣስሊ ናጻ ክትወጽእ ኣለዎ!" ብምባል ድምጸም ክብ ኣቢሎም ህዝቢ እንተዘይ ኣለዓዒሎም ደኣ፡ ብህዝቢ ምምራጸም እንታይ'ዩ ፋይዳኡ? ወያኔ፡ ንፕሮፌሰር ኣስራት ከም ድላዩ ገልታዕታዕ ኣቢሉ ቀቲልዎም። ሻቡ ወከልቲ ህዝቢ ኦሮሞ ኣይምልከተናን'ዩ ኢሎም ጸግየም ሒዞም ይዕዘቡ ነበሩ። ኣስሊ ኦሮሞ ሞት ምስ ተፈርደት ድማ፡ እቲ ጉዳይ ናብ ህዝቢ ኦሮሞ ወደቐ። በዚ ፈላሊኻ ኣብ ኮረኻ ናይ ምጽናሕ ሜላ ዝረብሐ እንተሎ ወያኔ ጥራይ'ዩ። ኣስሊ ኦሮሞ መን'ያ? ስለምንታይን ብኽመይን ተኣሲራ? ስርዓት ወያኔ ሞት ንኽፈርዳ ጸደፍደፍ ዘበሎ ምኽንያትከ እንታይ'ዩ? ጌና ዘይተመለሱ ሕቶታት'ዮም።

(እዛ መጽሓፍ ኣብ ቤት-ማሕተም እትውዕ ምስ በለት፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ኣስሊ ኦሮሞ ተብይኑ ዝነበረ ናይ ሞት ፍርዲ ከም እተሰረዘ ሰሚዐ። በንጻሩ ድማ፡ ወናኒ ሆተል ሃዊንን ካልኦት ብዙሓት ፍሉጣት ተወላዶ ኦሮሞን ተኣሲሮም። ወያኔ፡ ብኽምዚ ዓይነት ቁማር ዝተራቐቐ ብዓል ሞያ ምኽኑ ይፍለጥ። ኣስሊ፡ ካብ ፈለማኡ ስለምንታይ ንሞት ተፈሪዳ? ብኽመይን ስለምንታይንከ እቲ ፍርዲ ተሰሪዙ? መልሲ የብሉን። ኣብታ ሃገር ሕጊ የለን። ኣንዳርጋቸው ጽጌ ኣብ ሓንቲ ዓንቀጽ ብልክዕ ከም ዝገለጾ፡ ስምዒት መለስ 'ሕጊ' ኣብ ዝኾነሉ ስርዓት ኢና ንነብር ዘለና። ዝጸገበት ድሙ ብዝደኽመት ኣንጭዋ ከም እትጻወት፡ ወያኔ ድማ ብህይወትን መጻኢ ዕድልን ኢትዮጵያውያን የላግጽ ኣሎ።)

* * *

ዶክተር ነጋሶን ምክትል ኣቦ ወንበር ኦነግ ዝነበረ ኦቦ ሌንጮ ለታን ዝምድና ከም ዘለዎም ይዝረብ'ዩ። ኣብ ግዜ ደርግ፡ መንእሰይ ነጋሶ ጊዳዳን ሌንጮ ለታን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ይራኸቡ'ሞ፡ ነጋሶ፣

"ታሪኽ ኸጽንዕ ናብ ጀርመን እኸይድ ኣለኹ።" በሎ።

ሌንጮ ድማ ከምዚ ኢሉ መለሰሉ፣

"ንስኻ ኪድ ታሪኽ ተማሃር! ንሕና ድማ ታሪኽ ሰሪሕና ክንጸናሕካ ኢና!"

ሎሚ ንኹሉ ነገር ክዕዘቦ ከለኹ፡ ክቡር ነጋሶ ጊዳዳ ታሪኽ'ኳ እንተ ተማህሩ፡ ደጋጊሞም ግና ታሪኻዊ ጌጋታት ይፍጽሙ ስለ ዘለው፡ እምበርዶ ታሪኽ ተማሂሮም'ዮም ኢልና ንጠራጠር ኢና። ናይ ጀንሆይ ኣንበሳ ግና፡ ብሓይሊ ዝተኣስረ ስለ ዝኾነ ብዝወሓደ ጸገሙ ንግንዘቦ ኢና...

* * *

መርበብ ሓበሬታ ክኸፍት ከለኹ፡ ሳሕቲ፡ ንኽቡር ፕረዚደንት ነጋሶ ጊዳዳ ዝምልከቱ ጽሑፋት እረክብ'የ። ኣብዚ ቐረባ ግዜ ንዓኦም ትምልከት ሓንቲ መስሓቕ ዳእላ ኣንቢበ። ዶክተር ነጋሶ ጊዳዳ፡ ኸማይ ወለንታዊ እሱር ኣብ ዝነበርሉ ግዜ ንመረራ ጉዲና ጸዊያም፣

"ፖለቲካዊ መርገጺኻ እንታይ'ዩ?" ኢሎም ይሓትዎ።

መረራ ሲጋእ ከይበለ፣

"ከማኻ ኦነግ።" ኢሉ መለሰሎም።

ነጋሶ፡ ክሳዕ ሎሚ ነዛ ዋዛ ዝነጸጉዋ ኣይመስለንን። ብዛዕባ ዶክተር ነጋሶ ክሓስብ ከለኹ፡ ወትሩ ኣናብስ ዘመንና ይዝከሩኒ። እታ ናይ መወዳእታ ዘዕለልነየ ዕላል ክደግመልኩም፣

"እንታይ ኮይኑ'ዩ እዚ ኣንበሳ ዝግዕር ዘሎ?"

"ሰበይቱን ኣዲኡን ብሓደ መዓልቲ ስኢኑ።"

"እንታይ ኮይና ኣዲኡ ሞይታ?"

"ኽትወልድ ከላ።"

"ንምኳኑ እንታይ ትምግብዎ?"

"ኣብ መዓልቲ ሓሙሽተ ኺሎ ስጋ!"

- 12 -
ኣፍራስ ቁንድዶ

ፍጡራት ክጭፍጭፉ - ሰብ ግዜ ኮይኖም
ሰብኣዊ ሓልዮት - ፍጹም ዘይብሎም
መገበሪ ጭጥራፍ - ሒዞም ኣብ 'እዳዎም
ጉልበት ሓረስታይ - ግዜኡን ድኻሙን
...ጌርሞ ንውልቆም

(ግጥሚ - ኣሌክሳንድር ፑሽኪን)

- ትርጉም ኣያልነህ ሙሳቱ -

ብሓደ ከም ሓጺን ዝምትራሩ ሓረስታይ ኤጀርሳን ብሰለስተ ኣባላት ፖሊስ ክልል ሃረርን ተዓጂቡ፡ ብንግሆኡ ነቲ በዳሂ ዓቕበት ክተሓሓዞ ጀመርኩ። እምባ ቁንድዶ፡ ከም መንደቕ ተገቲሩ ንሰማይ ተጎዝጕዝዎ ይረእ። ነቲ ሳዕሪ ዘይብሉ ሑጻ ጥራይ ዝመልኡ ከብዲ ናይቲ እምባ ክድይቦ ከለኸ፡ ሽታሕታሕ ምባለይ ኣይተረፈንን። ናይቲ ሓረስታይ ኣእዳው ዘተኣማምና'ኳ እንተኾና፡ ሽተት ኢለ ከም ደንጐላ ከየንከራሩ ግና ካብ ምፍራሕ ዓዲ ኣይወዓልኩን። ምሒር ስለ ዝሰጋእኩ ድማ፡ እንቃዓ እንቃዓ እናስተንፈስኩ ከይተረድኣኒ ኣእዳወይ ሰዲደ ንጨናፋር ናይቲ ቈጥቋጥን ኣግራብን እሕዞ ነበርኩ። እቲ ሃኪም ኣብ ዝብሃል ካብ ርሑቕ ዕምብረ ትኪ መሲሉኒ ዝረኣየኒ ዝነበረ እምባ ቁንድዶ፡ ሒደት ኣግራብ ዘለዎ ብሳዕርን ቈጥቋጥን ዝተሸፈነ ኮይኑ ጸንሓኒ።

ርሃጽ ብእንግደዐይ ኮረር እናበለን ትንፋስ እናመለስኩን ድሕሪ ዕስራ ደቒቕ ነቲ ዓቕበት ምስ ወጻእናዮ፡ ኣዛዚ ናይታ ተሰንየኒ ዝነበረት ጉጅለ ፖሊስ መቶ ኣለቃ ሓሚድ "ሓንሳእዶ ነዕርፍ፡" በለኒ።

"ሕራይ!" ብዘይገለ ዘረባ "ሕራይ፡" በልክዎ።

ግደ ሓቂ ልበይ ክተፍኣ ዋላ ሓንቲ ኣይተረፈንን። እቲ ጎበዝ ሓረስታይ ግና ከምዛ ሽዑ ካብ ዓራቱ ዝተሰእ፡ ድኻም ዝብሃል ኣብ ገጹ ኣይንበብን ነበረ። እቶም ፖሊስ'ውን ከማይ ደኣ ኣይድከሙ'ምበር

ይልህልውሲ ነይሮም'ዮም። እቲ ተሓንጊጠሞ ዝነበሩ ጠበንጃ'ውን ተወሳኺ ድኻም ገይርሎም ይኸውን'ዩ።

"ከምዚ ኢልካ ደኣ ዝባን ክትበጽሕ ዲኻ?" ሓተተኒ መቶ ኣለቃ ሓሚድ።

"ነዞም 'እምቢ' በሃልቲ ናይ ግድን ክርእዮም ኣለኒ።" ስነይ ነኺሰ መለስክሉ።

መቶ ኣለቃ ሓሚድ ፍሽኽ በለ።

እቲ ሓረስታይ ተሓንጊጡዋ ካብ ዝነበረ ሳንጣ፡ ማይ ዝሓዘት ናይ ፕላስቲክ ብራሾ ኣውጺእ ኣብ መንበስበስታይ ምስ ክዓኽዎ፡ ድኻመይ ብኽፊል ተቓለለለይ። እቲ ማይ ክሳደይ እናሓጸበ ንኣፍልበይ ኣጀብጀቦ። ባህ ስለ ዝበለኒ ሕቆይ ከይተረፈ ክዝሕለኒ መመሊሰ ክዓኽዎ። ከምዚ ገይረ ትንፋስ ምስ ሰኽዕኩ፡ ነቲ ዝተረፈና ዓቐበት ንምግማት ኣንቃዕሪረ ንእምባ ቁንድዶ ረኣኽዎ፣ ጌና ዝተላዕሎ'ውን ኣይመስልን ነበረ።

እቲ ኣብ ምድረ ሃረርጌ ዝርከብ፡ ንጉርሱምን ኤጀርሳ ጎሮን ብየማነ-ጸጋሙ ከም ኣኽናፍ ዘርጊሑ ኣብ ማእከሎም ዝተኾደመ እምባ ቁንድዶ፡ ናይቲ ከባቢ ናይ መሬት ንጉስ'ዩ ዝመስል። ኩሉ ንቑልቀኑል ይርኢ። እምባ ቁንድዶ፡ ካብ ካልኦት እምባታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ፍሉይ ዝገብሮ፡ ኣብ ዝባኑ ከም ጎላጉል ቦሩ ለጥ ዝበለ ፈረስ ንምግላብ ዝተፈጥረ ጎላጉል ምኽኑ ኣቀዲመ ሰሚዐ'የ። ኣብዚ ሰማይ ጠቀስ ዝኾነ እምባ ኾኣ ዝኸነቡ ኣፍራስ ኣሎው። ካብ ሞገዚትነት ደቂ ሰብ፡ ገዛእ ርእሶም ሓራ ዘውጽኡ ኣፍራስ!

ንታሪኽ ኣብያ ኣፍራስ ቁንድዶ ብምስትውዓል ጽን ኢሉ ዝሰምዕ ሰብ፡ ኣመና ዘደንጹን ዓሚቕ ትሕዝቶ ዘለዎ ምኽኑ ብቀሊሉ ክርድኦ ይኽእል'ዩ።

* * *

ታሪኽ ኣብያ ናይዞም ኣፍራስ፡ ቅድሚ ስሳ ዓመት ከም ዝጀመረ ይዝንቶ። ኣብ ከባቢ እምባ ቁንድዶ ዝርከቡ ሓረስቶት፡ መነባብሮኦም ኣብ ሕርሻን መንሰ እንስሳን ዝተሰረተ'ዩ። እቲ መንሰ እንስሳ፡ ምርባሕ ኣፍራስ'ውን ዘጠቓልል'ዩ። እቶም ሓረስቶት፡ ንመጽዓኛታት ኣብ ሓደ ደምበ ንኽብቲ ድማ ኣብ ካልእ ደምበ ገይሮም ይንስይዎም ነበሩ። ብኽምዚ ኣገባብ እናነበሩ ኾለው፡ ወዮም ኣፍራስ ዘይንቡር ባህሪ ኣማዕበሉ። ሳዕሪ ኽበልዑ ካብ ደንበኦም ናብ መጋዛጫ ምስ ወፈሩ፡ ምራኹት ክነኽሱ ድንዕ ክብሉ ጀመሩ። ብሓባር ማይ ስለ ዝሰትዩን ሳዕሪ ስለ ዝበልዑን፡ በብእዋኑ በቶም ኣፍራስ ዝተነኽሱ ምራኹት ክሞቱ ጀመሩ። እዚ ጸገም'ዚ፡ ንሓደ ሓረስታይ ጥራይ ኣይኮነን ኣጋጢምዎ።

ናይ ኩሉም ሓረስቶት ጸገም'ዩ ነይሩ። ሕሉፍ ሓሊፎም'ውን፡ ናይ ሓደ ሓረስታይ ፈረስ ንናይ ካልእ ሰብ ምራኹት ክነክስ ስለ ዝጀመረ፡ ተኸባቢሮም ዝነብሩ ዝነበሩ ጐረባብቲ ክሰሓሓቡ ጀመሩ። ቀስ ብቐስ ድማ እቲ ጸገም እናዓበየ ስለ ዝኸደ፡ ሽማግለታት ዓዲ ተኣከቡ። ነቲ ጸገም ብኹሉ መዳዩ ዘተይሉ። ፍታሕ'ውን ኣናደይሉ። ኣብ መወዳእታ ሓደ ፍታሕ ኣቕረቡ።

እቶም ኣፍራስ፡ ገሊኦም ብመዓልቲ ገሊኦም ድማ ብለይቲ ኣብ እምባ ቁንድዶ ከም ዝወፍሩ ተገብረ። ዝብኢ ንፈረስ ኣይደፍሮንዩ። ከምኡ'ውን ኣብቲ እምባ ኣናብስ ስለ ዘየለው፡ ኣብኡ እንተ ሓደሩ ዘስግእ ኣይኮነን። ኣብቲ ዝባን፡ ወሓዚ ማይ ስለ ዘሎ ዝሰትይዎ ማይ መሊኡ'ዩ። ብተወሳኺ፡ ንሽሕ ኣፍራስ ዝኣክል መጋሃጫ ስለ ዘሎ ጉዳይ ምግቢ ከም ጸገም ኣይተላዕለን። ጸሓይ ምስ ትብርትዕ መጽለሊ ኣሎዎም። እምባ ቁንድዶ ብዝግባ ዝተሸፈነ'ዩ። ንእሽቶ ዘከራኽር ጉዳይ እንተ ነይሩ፡ እቶም ኣፍራስ ብሓባር ስለ ዝንሰዩ፡ ኣየናይ ናይ መን ምኳኑ ንምፍላይ ከየጸግሙ'ዩ። ነዚ'ውን መፍትሒ ተረኺቡሉ። ነፍስ-ወከፍ ሓረስታይ፡ ንፈረሱ ፍሉይ ምልክት ይግበረሉ ተባህለ። ኣብቲ ከባቢ ስርቂ ዘሰክፍ'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ንዝያዳ ውሕስነት ግና ተምሃሮ ናብቲ እምባ እናወጹ ከም ዝሕልውዎም ተገብረ። ድሕሪኡ ኩሉም ሓረስቶት ንኣፍራሶም ፍልይ ምልክት ገበርሎም። ምልክት ምግባር'ውን ኣየጸገመን። ኣእዛኖም ብምብሳዕ፡ ሕላገት ብምግባር፡ ቁጻር ቑርበት ኣብ ክሳዶም ብምግባር፡ ጋማኦም ጫራኡምን ብም'ቕም'ቓምን ዝተፈላለዩ ቀለማት ብምልካይን፡ ኣሚኖም ናብ እምባ ቁንድዶ ኣብጺሖም ክፍንውዎም ጀመሩ። ፈረስ ዝዕድገ ምስ ዝመጽኡ ድማ፡ ዝደለይዎ ፈረስ ፈልዮም ከምጽእሎም ከም ዝ'ክእሉ'ዮም እቶም ሓረስቶት ኣሚኖም። ኣብተን መጀመርታ ኣዋርሕ ከምቲ ዝሓሰብዎ ኮይንሎም'ዩ። ክልተ ሰለስተ ዝኾኑ ኣፍራስ'ውን፡ ካብቲ ዝባን ወሪዶም ኣብ ድሬዳዋ ንዝርከቡ ወነንቲ ዓረብያ ፈረስ ተሸይጠም'ዮም።

ኣብ ሻድሻይ ወርሒም ግና እቶም ሓረስቶት ዘይተጸበይዎ ዘሰንብድ ኩነታት ሰምዑ። ሓደ መዓልቲ ሰንበት ንግሆ፡ እቶም ተምሃሮ ከምታ ልማዶም ነቶም ኣፍራስ ንምሕላው ናብ እምባ ቁንድዶ ደየቡ። እቶም ኣፍራስ ኣብኡ ክፋረዩ ስለ ዝጀመሩ፡ ወዮም ተምሃሮ ነቶም ምሂራት ኽጋልብዎም ምሒር ተሃንጠዩ። ሓደ ተምሃራይ፡ ንሓደ ምሒር ብጋማኡ ሒዙ ክውጥሖ ምስ ፈተነ፡ ኣደ'ቲ ምሂር እናጋለበት ኣርኪባ ብክሳዱ ሓዘቶ፣ ኣይፈነወቶን፣ ቕንጥብ ኣበለቶ። ብዘይተጸበይዎ ቅልጣፈ ህይወት ዓርኮም ክትሓልፍ ዝረኣዩ ጓሶት ድማ፡ ኡይ! እናበሉ ናብ ዓዶም ኣንቁልቁሉ።

ነቲ መርድእ ምስ ሰምዕዎ፡ እቶም ሓረስቶት ምሒር ሓዘኑን ሰንበዱን። እቲ ናይ ምንካስ ባህሪ፡ ካብ ምራዙት ናብ ሰብ ክሓልፍ ስለ ዝጀመረ ኣዝዮም ሰግኡ። ብዝኾነ፡ እቲ ተርእዮ ከም ሓደ ተራ ፍጻመ ተቐጺሩ ተሓልፈ። ድሕሪ ሰሙን ግና፡ ልዕሊ ሞት ናይቲ ጓሳ ካልእ ኣቓልቦኦም ዝሰሐበ ኩነታት ተፈጠረ። ሓደ መዓልቲ፡ ሓደ ግሪኻዊ ናብቲ ዓዲ መጺኡ ምሂር ክገዝእ ከም ዝደለየ ሓበሮም። እቶም ምሂራት ዝነበርዎም ሓረስቶት፡ እቲ ግሪኻዊ ብርክት ዝበለ ገንዘብ ከም ዝኾፍሎም ፈሊጦም፡ ካብኦም ክገዝእ ብምህራፍ ንደቆም ናብቲ እምባ ቀሊጢፎም ለኣኽዎም። እቶም ጓሶት ግና ድሕሪ ሓደ ሰዓት ጥራይ ኢዶም ተመልሱ። ዓዲ እትው ምስ በሉ ድማ፣

"እቶም ምሂራት ኣበይ ኣለው?" ዝብል ሕቶ ቀረበሎም።

"እቶም ዓበይቲ ኣፍራስ ምቕራብ ከሊኦሙና! ይናኽሱዮም፡" መለሱ ብሓባር።

እቲ ግሪኻዊ፡ ንጽባሒቱ ምሂር ኣዳልዮምሉ ክጸንሑ ሓቢሩ ምልስ ከይበለ፡ ኣጓብዝ ናይታ ዓዲ ብምሉኦም፡ ገመድ ሒዞም በቶም ተምሃሮ እናተመርሑ ብሕርቃን ዝኣክል እንቃዓ እናተንፈሱ ብኣቃራጭ ናብ ዝባን ቁንድዶ ገስገሱ።

መብዛሕትኦም፡ ነናቶም ኣፍራስ ፈልዮም ናብ ደንበኦም ክመልስዎም'ዮም ወሲኖም። ነቶም ሓረስቶም ዘቕጠየም፡ እቶም ኣፍራስ ሰብ ምቕታሎም ከይኣክል፡ ነቲ ውዕውዕ ዕዳጋ'ውን ዕንቅፋት ስለ ዝኾንዎም'ዩ። "እዛ ዓተር እንተ ሓዲራ ኣይትቀሩጠምን'ያ" ኮነ ስክፍታኦም። ከምቲ ነዲሮም ነቲ እምባ ዝወጽእዎ ግና፡ ብበትሪ እናኾብኮቡ ናብ ደንበኦም ክምልስዎም ኣይክኣሉን። ኣፍራስ ቁንድዶ፡ ኣገልገልቲ ሰብ ምኻኖም ረሲየም ጥራይ ዘይኮነ፡ ሰብ ምስ ዝርእዩ ብእግሮም መራት ምጽሕታር፡ ፎርዶግዶግ ምባል፡ እልይ ምባል፡ ምህዳም፡ ኣእዛኖም ኩር ምባል ዝኣመሰሉ ዘይተለምዱ ጠባያት ክርእዩ ከም ዝጀመሩ እቶም ሓረስቶት ኣስተውዓሉ። ንሱ ጥራይ ኣይኮነን፣ ኣብ ጎላጉልን ጫካን እምባ ቁንድዶ ተጓዪኻ ምሓዞም ኣይተ'ኻእለን። እቶም ኣጉባዝ ጸሓይ ክሳዕ ትዓርብ ምልኮም ከረጋግጹ ዝገበርዎ ፈተነ ስለ ዝፈሸለ፡ ኣማስያኦም ገመዶም እንጠልጢሎም ጎርበብ እናበሉ ናብ ኣጓዱኦም ተመልሱ።

ሽዓ ለይቲ፡ እቶም ሓረስቶት ኣሚንቶም ሰለም ከየበሉ ሓደሩ። እቶም ድፍረት ናይ ኣፍራሶም ኩምትር ዝበሎም፡ ሕርቃኖም ብኣረቂ ኣዝሓልዎ። ገሊኦም ድማ፡ ከመይ ጌሮም ኣብ ትሕቲ ቀጽጽሮም ከም ዘእትውዎም ክበላሓቱ ሓደሩ። "ኣኽለ! ደጊም ክንቆጻጸሮም ኣይንኽእልን ኢና" ኢሉ ተስፋ ዝቐረጸ ሓረስታይ ግና ከቶ ዋላ ሓደ

ኣይነበረን። ኣሚኖም ክቐበልዎ ስለ ዘይክኣሉ፡ ደሚሮም ደማሚሮም ክስእንዎ ዝኽእሉ ገንዘብ ለይቲ ሃተፍተፍ ከብሎም ጀመረ። ካልኣይ ሳዕ ኣፍራሶም ንምግራሕ ኽኣ ካልእ ብልሓት ከናድዩ ጀመሩ።

ንጽባሒቱ፡ እቶም ሓረስቶት ሓይሊ ሰቦም ወዲቦም ተሪር ኣግማድ ሒዞም ናብ እምባ ቁንድዶ ኣቐንው፣ ውጽኢቱ ግና ዝኽፍኣ ኾነ። ድሕሪ ሒደት ፈተነ፡ እቲ ገመድ ወርዊሩ ንሓደ ፈረስ ብኽሳዱ ዝሓዞ ሓረስታይ፡ ንእስካላ ካብ ሞት ኣምለጠ። እቲ ኣብ ክሳዱ ገመድ ዝኣተዎ ፈረስ፡ ብቁጠዓ ዝኣክል ካብ ምክልኻል ብቐጽበት ናብ ምጥቃዕ ብምስጋር፡ ክልተ ኣእዳው ሓፍ ኣቢሉ፡ እናሓንሓነ ነቲ ሓረስታይ ብእንግድዓኡ ነኽሲ ደርበዮ። እቶም ሓረስቶት ነዚ ምስ ረኣዩ፡ ዘይተጸበይዎ ሓደጋ ኽም ዘሎ ተረደኡ። ገመድ ጌርካ ጥራይ ምሓዞም ትርጉም ኣይነበሮን። እንተ ሓዝካዮም'ውን ብቀሊሉ ኣይውጠጡን'ዮም።

እቶም ሓረስቶት፡ ክገብርዎ ዝኽእሉ ዘበለ ተዛትዮምሉ'ዮም። ምስቶም ኣፍራስ እንተ ተቓሊሶም፡ ሓደው ሞት፡ ሓደው ድማ ከምቲ ንግሆ ዝተነኽሰ ወዲ ዓዶም ብባሬላ ተጸይርካ ምምላስን ስንክልና ከጋጥሞም ከም ዝኽእልን ኣመኑ። "ደጊም ክንቆጻጸርዎም ኣይንኽእልን ኢና፡" ኢሎም ግና ክኣምኑ ኣይክኣሉን።

"ንግዜኡ ንሕደጎም'ሞ፡ ቀስ ኢልና ነለማምዶም፡" ብምባል ነፍሶም ኣጸናኒዖም ነቲ ወፍሪ ኣሞንጕዮም ናብ ዓዶም ተመልሱ።

እቶም ሓረስቶት፡ ስሕት ኢሎም ፍሩስካ ሒዞም ብም'ኻድ ነቶም ኣፍራስ ክሽሕርዎም ፈቲኖም'ዮም፣ ኮይኑ ግና ኣይተ'ኻእለን። ዋናታት ተስፋ ቆሪጾም። ብድሕሪ'ዚ፡ ኣፍራስ ናይ ምግራሕ ልምዲ'ሎና ዝብሉ ሰባት፡ ሩባን ኩሩባን ሰጊሮም መጽኡ። ነገር ከምቲ ዝነበሮ ቀጺሉ። ንሳቶም'ውን ኣየስለጡን፣ እኳ ደኣ፡ እቶም ኣፍራስ ኣብ ልዕሊ ሰብ ዘለዎም ጽልኢ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ በጽሐ። ሰብ ዝብሃል ፍጡር ክርእዩ ኽለው፡ ዕስለ ኽይንካ ንጥምጥም ድልው ናይ ም'ኻን ባህሪ ኣማዕበሉ። ቀስ-ብቐስ ንምሓዞም ዝግበር ፈተነታት ድማ፡ እናተረፈ ኽደ።

...መዓልታት እናተተ'ኻኽኡ ዓመታት ሓለፈ።

እቶም ኣፍራስ፡ ሳሕቲ ብዘጋጥሞም ዝነበረ ሕማም ሓደ ኽልተ'ኳ ይሞትዎም እንተ ነበሩ፡ ቁጽሮም ግና መመሊሱ ደኣ እናሰሰነ ኽደ። ምስ ምንዋሕ ግዜ ድማ፡ እቶም ሓረስቶት ኣፍራሶም ንሓዋሩ ናቶም ከም ዘይኮኑ ኣመኑ። መሕልፎ "ኣፍራስና" ምባል ገዲፎም፡ "ኣፍራስ ቁንድዶ" እናበሉ ክጽውዕዎም ጀመሩ።

እቲ ዘገርምን ዘስደምምን ግና ካልእ'ዩ። እቶም ሓረስቶት፡ ጅግና ወይ'ውን ብገዛእ ርእሱ ዝተኣማመን፡ ብዘይሕብእብእ ዝተሰምየ

ዝዛረብ፡ ለዋህ፡ ቅኑዕ፡ ዘይድፈር ሓቀኛ፡ ንዝኣመነሉ ህይወቱ ዝውፍየሉ ሰብ... ምስ ዘጋጥሞም፡ በፍራስ ቁንድዶ ምምሳሉ ልሙድ ነገር ኮነ። "እገለ ፈረስ ቁንድዶ'ዩ" እንተደኣ ተባሂሉ ሞኳስ'ዩ። ምስ ዓረብያ ፈረስ ምንጽጻሮም'ውን ኣይክኣልን'ዩ።

"ለማኒ ኣይኮንኩን፣ ዕላማ ዘለኒ ክብሪ ዘለኒ ሰብ'የ" ክብሉ እንተ ደልዮም፡ "ፈረስ ቁንድዶ'ምበር፡ ዓረብያ ፈረስ ኣይኮንኩን፡" እናበሉ ኣፍልቦም ነፈሖም ክዛረቡ ጀመሩ።

* * *

ብኤጀርሳ ጎሮ ኣቢልና፡ እቲ ሓረስታይ እናመርሓና ንዓቐበት እምባ ቁንድዶ ንወጸ'ለና። ኣብ እግሪ'ቲ እምባ ዝሓደግናያ ላንድክሩዘር፡ ክንዲ ጻጸ ኾይና ትረኣየና ኣላ። ኣብቲ እምባ ወጺእኻ፡ ሓንሳእ ቅልቅል ኢልካ ንታሕቲ ገጽካ ክትጥምት ኣይትኽእልን ኢኻ፣ ዕውንውን ይብለካ። እቲ ህልም ዝበለ ኣጻድፍ፡ ዓይንኻ ናይ ምስሓብ ሓይሊ ዘለዎ ኮይኑ ይስመዓካ። ኣብ እምባ ቁንድዶ ዝርከቡ ኣይንግዛእን በሃልቲ ናይ ዱር ኣፍራስ ክርእዮም ከም ዝደለኹ ንፕረዚደንት ክልል ሃረር ምስ ሓበርክዎም፡ ካብኡ ተበጊሶም ሕይል ዝበሉ ዓጀብቲ ከም ዝገበሩለይ ክርዳኣኒ ከኣለ። ካብቶም ኣይንግዛእን በሃልቲ ኣፍራስ ከውርድዎ ዝኽእሉ ሓደጋ ንላዕሊ፡ እቲ ዓቐበት ንባዕሉ ካልእ ብድሆ'ዩ።

መቶ ኣለቃ ሓሚድ፣

"ፖሊስ ካብ ዝኸውን ኣትሒዘ፡ ንሓያሎ ሰበ-ስልጣን፡ ቱሪስትን ጋዜጠኛታትን ዓጂብ ናብ ዝተፈላለየ ቦታ ከይደ ኣለኹ። ነፍራስ ቁንድዶ ክርእዮም ኢሉ ዝሓተተ ሰብ ግና ኣጋጢሙኒ ኣይፈልጥን'ዩ፡" ብምባል ሓውሲ ሕቶ ትመስል ነገር ድርብይ ኣበለለይ።

ከምኡ ኢሉ ክሓተኒ ዝኸኣለ፡ ንእሽቶ ስለ ዘዕረፈ'ዩ። ቀጺሉ፣

"ስለምንታይ ኢኻ ነዞም ኣፍራስ ኽትርእዮም ደሊኻ?" በለኒ።

ስለምንታይ ንኽንድዚ ዝኣክል ዓቐበት እወጸ'ለኹ፡ ብቐሊሉ ኣይርድኣን'ዩ ኢለ ስለ ዝገመትኩ ብድፍኑ፣

"ኣይንግዛእን በሃልቲ ስለ ዝኾኑ'የ ክርእዮም ደልየ፡" በልክዎ።

"ማለትሲ እንታይ'የ ክብለካ ደልየ?" ብምባል ሕቶኡ ኣናውሐ። "ፎቶግራፍ ተልዕሎም'ዩ መሲሉኒ ነይሩ፣ ካሜራ ኽኣ ኣይሓዝካን።"

ቅንዕ ኢለ ንዝባን'ቲ እምባ ብዓይነይ እናገምገምኩ፣

"ኣብ ጉዕዞ ህይወት ደቂ-ሰብ፡ ናጽነትን ባርነትን ኣሎው፡" በልክዎ።

ኮይኑ ግና ክብሎ ዝሓሰብኩ ከይወዳእኩ፣

“...ዝኾነኾይኑ ኣነ ደራሲ’የ። ክንየው ኣፍራስ ቁንድዶ፡ ብዛዕባ እምቢ በሃልትን ሕራይ በሃልትን ሰባት ናይ ምጽሓፍ ሓሳብ ኣሎኒ። ኣብ መንጎ ጠበንጃ ዝዓጠቐ ሕራይ በሃልትን፡ ጠበንጃ ኣልቦ እምቢ በሃልትን ዘሎ ፍልልይ፡ ብውሽጢ ሕልናኻ መርምሮ፡” ኢለ ኣሕጺረ መለስክሉ።

መቶ ኣለቃ ሓሚድ፡ መልሲ ከይሃበኒ ስለ ዝደንጎየ፣

“ማለት ክብሎ ዝደለኹ ተረዲኡካዶ?” በልክዎ።

“እወ... መስለኒ፡” ኢሉ ኣስተንፈሰ።

ብልክዕ ከም ዘይተረደኦ ግና ካብ ድምጹ ይፍለጥ ነበረ።

ብንግሆኡ ዝባን ምስ በጻሕና፡ ናብ ሰማይ ከም እተጸጋዕኩ ምስትብሃለይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይቶም “እምቢ በሃልቲ” ደሴት ተዘርጊሓ፡ ብሓሳብ ናብቲ ካልእ ዓለም ሒዛትኒ ህልም በለት።

“ኣበይ’ለው እቶም ኣፍራስ?” ዓው ኑቲ ሓረስታይ ሓተትክዎ።

እቲ ሓረስታይ፡ ናይ ምምራሕ ሓላፍነቱ ከይምንጠል እናሰግኣን ብዛዕባ’ቲ ከባቢ ዘለዎ ኣፍልጦ ክንርደኣሉ ብዝኽእል ስምዒትን፣

“ኣብዚ ሰዓት’ዚ ድሕሪ’ቲ ወሓዚ’ዮም ዝርከቡ። ነቲ ኣግራብን ቄጥቋጥን ሕልፍ ምስ በልናዮ፡ ኣብቲ ወሓዚ ክንበጽሕ ኢና፣ ስዓቡኒ ጥራይ፡” በለና።

ኣብቲ ንሰማይ ጽግዕ ኢሉ ዝተጎዝጎዞ ዝመስል እምባ ዝርከብ ሰፊሕ ሻኻ፡ ነቲ ሰቲ እናሓማተልና ነቲ ሓረስታይ ሰዓብናዮ። ነዊሕ ዕድመ ዘለዎም ዝግባታት ኣብቲ ሜዳ ተጨቓጨቕም ይርኣዩ። እቲ ለጥ ዝበለ ሜዳ፡ ብልሙዕ ሳዕሪ፡ ሓሓሊፉ ድማ ብሰትን ቄጥቋጥን ዝተሸፈነዩ። ድኻመይ ተዘርዚሩ ህልም ኢሉ ጠፍኣ። ስምዒተይ ሓዱሉ መንፈሰይ ድማ ተሓደሰ። ኣብዚ እምባ ዘለው ኣፍራስ፡ ንሳቶም ጥራይ እዮም ብናጽነት ዝነብሩ ዘለው እናበልኩ እሓስብ ነበርኩ።

እቲ ሓረስታይ መግለጺኡ ብምቕጻል፣

“ብወገነይ ናብቶም ኣፍራስ ቅድሚ ምኻድና፡ ነቲ ባሕሪ እንተ ንርእዮ ምሓሸ...” በለ።

“ኣየናይ ባሕሪ?”

“ቀይሕ ባሕሪ እምበር!”

ዝዋዘ ዘሎ መሲሉኒ ነበረ።

“ቀይሕ ባሕሪኽ ኣብዚ እንታይ ኣምጽኡ?”

“ዝብሎ ዘሎ ሓቂ’ዩ” ክብል መቶ ኣለቃ ሓሚድ ኣብ መንጎ’ቲ ዘረባ ጣልቃ ኣተወ። “..... ንግሆ ኣብ ጫፍ እምባ ቁንድዶ ኪንካ፡ ንቀይሕ ባሕሪ ኽትርእዮ ከም ትኽእል ሰሚዐ ነይረ።”

እቲ ሓረስታይ መግለጺኡ ቀጸለ፣

"ስለዚ'የ ድማ መጀመርታ ነቲ ባሕሪ ንርኣዮ ዝበልክ'ኹም። ጸሓይ እንተ ዘይራ ክንርእዮ ኣይንክእልን ኢና። ቀይሕ ባሕሪ ድማ ክስወረና'ዩ። ጸሓይ ኣብ ፊትና ከላ'ውን ክንርእዮ ኣይንክእልን..."

"ሕራይ ናብቲ ዝበልካዮ ንኺድ፡" በልክዎ።

ኣንፈቱ ለዊጡ ብትሕቲ'ቲ ኣግራብ ሒዙና ገስገሰ። ልዕሊ ዓሰርተ ደቓይቕ ኣይወሰደልናን፣ ብምዕራባዊ ወገን እምባ ቁንድዶ ድሕሪ'ቲ ኣግራብ ኣቢልና ቅልቕል ምስ በልና፡ ንኣኺንተይ ዘፍዝዝ ሓደ ትርኢት ረኣኹ።

ክንየው እምባ ቁንድዶ፡ ነቲ ሕርሻዊ ጎላጉልን ጻሕ ዝብለ በረኻታት ደንከልን ሰጊርካ፡ ከም ታኒካ ዘብረቕረቕ ማይ ዝመስል ነገር ተሰጢሑ ይርኢ ነበረ። ውሪግሪግ ዝብል ነገር እምበር፡ ቀይሕ ባሕሪ ኣይኮነን። ብሓሳብካ ግና ቀይሕ ባሕሪ'ዩ ኢልካ ክትስእሎ ትኽእል ኢኻ። ቀይሕ ባሕሪ፡ ሰማያት ስዑዲ ዓረብ ተጎዝጊዙ ጸሓይ ንግሆ እና'ተጸልወ፡ ብምብራቓዊ ኣድማስ ተቐልቂላ ዝባንና እና'ጸለወት ብርእስና ተወርዊራ ጨራታታ ኣብቲ ባሕሪ ዝዘርጋሓቶ ጸሓይ ንግሆ... ኣእምሮና ክሓስቦ ካብ ዝኽእል ንላዕሊ ስፍሓት "ቀይሕ ባሕሪ" ገላሊሃ ኮፍ ኣበለትልና።

ንደቓይቕ ዝኣክል ብስቕታ ተዋሒጥና ተረፍና።

ሓደ ካብቶም ፖሊስ ስለ ዝገረሞ፡ "ቀይሕ ባሕሪ ኣመና ቕሪቡ!" በለ። መቶ ኣለቃ ሓሚድ ንኣይ እና'ጠመተ ፍሽኽ በለ። ንሱ'ውን እቲ ውሪግሪግ ዝብል ዝነበረ ቀይሕ ባሕሪ ከም ዘይኮነ ተረዲእዎ ነበረ።

ድሕሪ ርብዕ-ሰዓት ዝባንና ነቲ "ባሕሪ" ብምሃብ፡ ነቲ ጣሻታት እናጠሓሓስና፡ ነቶም ከክንዲ በርሚል ዝምግዛፎም ዝግብታት እና'ተጐዝጐዝናን ካብቶም ሰማይ-ጠቀስ ኣግራብ ዝውርወሩ ፍረታት ርእስና እና'ተና'ኹሑናን ብደቡባዊ ሽነኽ እምባ ቁንድዶ ዝርከብ ቕኒሸት "እምቢ በሃልቲ" ኣምራሕና።

"ጠቕላላ ክንደይ ይኾኑ?" ኢለ ነቲ ሓረስታይ ሓተትክዎ።

"ክሳዕ ሕጂ ዝቑጸሮም የለን።"

"ብግምት ማለተይ'የ።"

"ዝገመቶም'ውን የለን።"

ብ'ካልእ መገዲ ሕቶይ ኣቕረብክሉ፣

"ሚእቲዶ ይኾኑ?"

"ሚእቲስ ኣይኮኑን'ዮም።"

"ምናልባሽ ሰላሳ ኣቢሎምክ ይኾኑዶ?"

"ምስ ምሂራቶም እንተ ኾይኖም ካብ ሰላሳ ይበዝሑ'ዮም።"

"ሓምሳ ወይ ሰላሳ ማለት'ዮም'ሞ!"

“ከምቲ ዝበልኩኻ ዝቐጸሮም የለን።”

ነቲ ጣሻታት ሓሊፍና ኣብቲ ቁጥቋጥን ሳዕርን ምስ በጻሕና፡ ብግምት ካብቲ ዝነበርናዮ ቦታ ሚእትን ሓምሳን ሜትሮ ኣቢሉ ዝኸውን ርሕቀት ወሓዚ ረኣኹ። ነቲ ወሓይዝ ሓሊፍካ ሓደ ገዚፍ ሰማይ-ጠቀስ ዝግባ ኣሳፊሑ ይርኣ። ኣብ ትሕቲ’ቲ ገረብ፡ ክልተ ቀያሕቲ ኣፍራስ ቀሲኖም ጠጠው ኢሎም ይርኣዩ።

“ርኣዮም በል’ዞም ኣፍራስ! በዚ ወገን እነውልካ፡” በለኒ እቲ ሓረስታይ ናብ የማናይ ወገን እናመልከተ።

ካብ ዓሰርተ ዘይውሕዱ ኣፍራስ፡ ኣብቲ ሜዳ ጠጠው ኢሎም ጣዕሚ ጸሓይ ንግሆ ብህድኣት የስተማቕሩ ነበሩ። ክልተ ምሂራት ድማ፡ ኣብ ዙርያ’ቶም ብደዎም ዝደቀሱ ኣፍራስ ጋማኦም እናነስነሱ ይዕንድሩ ነበሩ።

ቅልጥፍ ቅልጥፍ እናበልና ናብቶም ኣፍራስ ገጽና እናሰጕምና ከለና፡ እቲ ሓረስታይ ስጕምቱ ግትእ ኣቢሉ፣

“ኣጸቢቕና ከነሕርቕም የብልናን፣ እንተ ተቐጢያም ክጻብኡና ይኽእሉ’ዮም፡” እናበለ ከጠንቅቐና ጀመረ።

ሓደ ካብቶም ፖሊስ፡ ንመጠንቀቕታ ናይቲ ሓረስታይ፣

“ብረት ዓጢቕና ኸለና ፈረስ ክንፈርሕ!” ኢሉ ኣነኣሶ።

እቲ ሓረስታይ ካልኣይ ሳዕ፣

“ኣፍራስ ም’ኳኖም ኣይከሓድናን፣ እዚኣቶም ግና ዓረብያ ፈረስ ድራዳዋ ኣይኮኑን፣ ኣፍራስ ቁንድዶ’ዮም። እንተ ተቐጢያም፡ ብሓባር ስለ ዘጥቅዑ ንኹላቶም በልማማ ክንቀትሎም ኣይንኽእልን ኢና። ሓደ ክልተ’ኳ እንተ’ውደቕናሎም፡ ካብቲ ሳልሳይ ግና ከነምልጥ ኣይንኽእልን ኢና፡” ብምባል ኣትሪሩ ኣጠንቀቐና።

ካብቶም ኣፍራስ ሓምሳ ሜትሮ ርሒቕና ደው በልና።

“ምሂራቶም እንተ ዘይተንኪፍናሎም ወይ ድማ ገመድ እንተ ዘይወርዊርናሎም ዕጉሳት ስለ ዝኾኑ ቐልጢፎም ኣይንድሩንየ’ዮም። ፈለማ እልይ ምባል’ዮም ዝመርጹ፡” ወሰኽ እቲ ሓረስታይ።

እቶም ፖሊስ፡ እናፋጸዩን ብኣእጋሮም መሬት እናደጕደጕን ነቶም ኣፍራስ ክተ’ኳ’ትኽዎም ጀመሩ።

“እንተ ነዲሮም ናብ ነብሪ’ዮም ዝቐየሩ፣ ኣመና’ዮም ዘፍርሑኻ፡” በለ እቲ ሓረስታይ። ቀጺሉ፣ “... ናብ ኣራዊት’ዮም ዝቐየሩ። እንተ ተቐጢያም፡ ፈለማ ብኣእዳዎም ነቲ መሬት እናጻሕተሩ ኣፎም ናብ ባይታ ተኽሊሎም’ዮም ዝሕንሕኑ።”

“ብብረት ዝሃደኖም የለን ድዩ?” ኢለ ሓተትክዎ።

“ብጥይት ክትቀትሎም ትኽእል ኢኻ። ቆሳል ፈረስ ግና እንታይ

ይጠቅም? ፈረስሲ ምስ ሓይሉን ጉልበቱን ደኣ። ንቆሳል ፈረስ ድማ ንዓረብያ ኢሉ ዝገዝኡ የለን። ስጋኡም ከኣ ኣይብላዕን'ዩ።"

ፋጻ ናይቶም ፖሊስ ምስ በርተያም፡ እቶም ኣፍራስ ፈለማ ኣእዛኖም ኩር ኣበልዎ። ቀጺሎም ዝተማኸሩ ክመስሉ ክንቀሳቐሱ ጀመሩ። ምብርጋግ ዝብሃል ነገር ግና የለን። ምስቶም ኣበየ ኩተማኡ ዓረብያ ክውጥጡ ዝርእዮም ኣፍራስ ፈጺሞም ኣይመሳሰሉን'ዮም። እዚኣቶም ክንዲ ኩጀት'ዮም ዝኸኑ። ትንፋሶም ከም ማዕበል ይገላበጥ። ቆርበቶም ወዛም'ዩ፣ የብረቕር'ቕ። ዝተኸየፈን ገጫብን ፈረስ ፍጹም ኣይትርእን ኢ'ኻ። ኣፍራስ ቁንድዶ፡ ቆሳላት መጻውቲ ሃመማ ኣይኮኑን!

እቶም ፖሊስ ተሃንዲዶም ምስ ተጸግዑዎም፡ ንድሕሪት ተመሊሶም ተጻብኦኦም ቀጸሉ። እምቢ በሃልቲ ኣፍራስ ቁንድዶ፡ ፎርዶግዶግ እናበሉ ግልብጥ ኢሎም ንድሕሪት ገጹም ከዱ።

ደድሕሪኦም ሰዓብና።

ካብ ሓምሽተ ዘይበዝሑ ኣፍራስ፡ ምሂራቶም ኣምሪሑም መሊሶም ብሓይሊ ጋለቡ። ብርቱዕ ድምጺ እናቃላሕና ብጉኦ ሰዓብናዮም። ጭራኦም ተኸሉ። ደው ኣይበልናን፣ ሰዓብናዮም። ፋጻን ሆይሆይታን ወሰኸ። ሓደ ኻብቶም ፖሊስ ዳርባ እምኒ ወርወረሎም።

እቲ ምጉያይ ንሓምሽተ ደቓይቕ ምስ ቀጸለ፡ ሓደ ካብቶም እምቢ በሃልቲ ኣፍራስ ሃንደበት ግልብጥ ኢሉ ኣብ ተጠንቀቕ ኮነ። ንሕና ኣብ ዘለናዮ ከም ሓወልቲ ተዓኒድና ተረፍና። ድምጽና ድማ ብቕጽበት ሃጠመ። እቶም ዕጡቓት ፖሊስ፡ ተቐላጢፎም ጠበንጃኦም ብምዕማር ቅድመና ሓሊፎም ደው በሉ። እቲ ፈረስ ኣእዛኑ ከም ቀስቲ ግትር ምስ ኣበሎ፡ ግንባር ንግንባር ተፋጠጥና።

እቶም ፖሊስ መሊሶም ፍጻኦም ቀጸሉ።

እቲ ፈረስ ብቕጽበት ግልብጥ ኢሉ ምስቲ ዕስለ ኣፍራስ ጋለበ።

"ዓቕሎም ጌና ኣይተጸንቀቕን፡" በለና እቲ ሓረስታይ።

"ይኣክለና፡" በልክዎም።

እቶም ፖሊስ ግና ኑቲ ግጥም ደልዮሞ ነበሩ።

"ዓቕሎም ነወድኣዮም፣ ብረት ስለ ዝሓዝና ኣየስግኡናን'ዮም። ነፈጸም ዋላ ይምጹና በልማማ ክንርፍርፎም ኢና!" በሉ።

ኣነ ግና ክሰማምየም ኣይክኣልኩን።

"ግጥም እንተ ተጀሚሩ፡ ውጽኢቱ ኸምቲ ዝሓሰብናዮ ክይከውን ይኽእል'ዩ፡" ቀጺለ፣ "....ኣፍራስ ቁንድዶ ዳግም ናብ ባርነት ስለ ዘይምለሱ ንሞት ድሉዋት'ዮም፡" በልክዎም።

- 13 -
ብዓል መለስ! ብዓል ተወልደ!

ነጋሪት ንፍሑ ምባል - ነበረ ስራሕና
እምብልታ ንፍሑ ምባል - ነበረ ስራሕና
መለኸት ንፍሑ ምባል - ነበረ ስራሕና
ሰብ ምኳንና ከይተርፍ - በጺሑ ተራና

(ግጥሚ - እቴጌ ጣይቱ ብጡል)

* * *

ንትኽል ገጾም - ኩሎም ተጸምዱ
ተተሓሒዞም ሃተፉ - እናተኽሓሓዱ
ኣብ ዝባን ሰብ ተሳኢኑ - ዓቐበት ከቢዱ
ኩሉ ብሸታሕታሕ - ቀኒልቂለት ወሪዱ

(ግጥሚ - ፕሮፌሰር መስፍን ወልደማርያም)

ኦብታ ሰሙን፡ ነቲ ኣብ መንጎ ብዓል መለስን ተወልደን ዝነበረ ምፍጣጥ ተዓዚቡ፡ ሓደ ተዋዛያይ ወዲ ኣዲስ ኣበባ ንግጭት ኢትዮጵያን ኤርትራ ገጢምዎ ዝነበረ ግጥሚ መሊሱ ኣዝዩምዎ።

ወዲ ጎጃም ቡዳዮ... ክትብሉ ክትብሉ
ትግራዋይ ብትግራዋይ ተበሊው.. ሕጂኸ 'ታይ ትብሉ?

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ወረ ስለ ዘየምልጠካ፡ ንሕና ወየንቲ'ውን እቲ ሕንፍሽፍሽ ምስ ተጀመረ ቀልጢፍና ኢና ሰሚዕናዮ። ኣብታ ሰሙን'ቲኣ፡ ኣብ መንን'ቶም ሃጸያት ዘመንና ዝነበረ ሕሹኽሹኽ ኣብ ውሽጢ ኮይነ ዝተዓዘብክዎ ከዋጋዓኩም...

* * *

ምስ ኤርትራ ዝተኻየደ ኵናት ምስ ኣብቐዐ፡ ኣብ ክሊ ዓንኬል ፕሮፖጋንዳዊ ጉዳያት ንርከብ ጋዜጠኛታት ብዙሕ ዘደንጽው ዕላላት ንሰምዕ ነበርና። ብፍላይ ከም ብዓል ተኽሉ ዝኣመሰሉ ካድራት ደገፍቲ

ብዓል ተወልደ፡ መወዳእታኡስ ተዋሪዶም'ዮም። ምስ ገዲም ኣባል ፕሮፖጋንዳዊ ጉዳያት ተኽሉ፡ ሳሕቲ እናተራኸብና ነዕልል ነይርና። ነዊሕ እዋን'ውን ብሓባር ስለ ዝሰራሕና ንቀራረብ ኢና። ተኽሉ ኣብ ልዕሊ ህወሓት ዘለዎ እምነት ዓቢ'ኳ እንተ ኾነ፡ ኢትዮጵያውነትን ባንዴራ ኢትዮጵያን ዝኣመሰሉ ቃላት ግና ይሓቕይዎ'ዮም። ሓደ መዓልቲ፣

"ስለምንታይ ባንዴራ ኢትዮጵያ ትጸልኣ?" ኢለ ሓተትክዎ።

"ሳሞራ'ውን ኣይፈትዋን'ዩ፡" መለሰለይ።

"ሳሞራ ኸም ዘይፈትዋ ብኸመይ ፈሊጥካ?"

"ኣብ ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ ህወሓት ብግልጺ ኸምኡ ኢሉ።"

ካልእ መዓልቲ ድማ ከምዚ በለኒ፣

"ህወሓት 'ተዘየሎ ኢትዮጵያ ትብሃል ሃገር የላን።"

"ብኸመይ?"

"ስየ ኣብርሃ ከምኡ'ዩ ዝብል?"

"ኣይተረደኣንን... እስከ ኣብርሃዮ?"

"ህወሓት 'ተበታቲኑ፡ ኢትዮጵያ ኸም ሃገር ክትቅጽል ኣይትኽእልን'ያ።"

ምስ ተኽሉ ኸተዕልል ኣይትኽእልን ኢኻ። ስየ፡ ኣለምሰገድ፡ ተወልደ.... ዝብሉ ኣስማት ከይሓወሰ፡ ሰለስተ ምሉኣት ሓሳባት ጠርኒፉ ከዕልል ኣይክእልን'ዩ። ኣብ ባህርያቱ መጺእኻ ግና፡ ክዳውንቲ ምቕይያር ዘሰክፎ የዋህ ሰብ'ዩ። ክዳውንቲ ዘይምቕያር፡ ኣብ ሰውራዊ መትከላትካ ጽኑዕ ከም ዝኾንካን ብብልሽውና ከም ዘይተቐማጣዕካን መረጋገጺ ገይሩ ይሓስቦ። ሓደ መዓልቲ ሕሹኽ ኢሉ ከምዚ በለኒ፣

"ብዓል ስዩምን መለስን ካብ ሰውራዊ መትከላቶም ይወጹ'ለው።"

"ብኸመይ?"

"ምስ ኣምባሳደራት እናወዓሉ ተበላኺዮም! ሱፍን ካራቫታን ክለዋውጡ'ዮም ዝውዕሉ። ተወልደ ግና ርኢኻዮዶ? ክሳዕ ሕጂ ኮንጎ ዝወዲ ዘሎ።"

ስየ ኣብርሃ፡ ኣጻብዑ ኣገጣጢሙ ምስ መጽሔት 'ኣሰር' ዘካየዶ ቃለ-መጠይቕ ተሓቲሙ ምስ ወጽኡ፡ ንምሽቱ ምስ ተኽሉ ኣብ ሆተል ኣኽሱም ኣብ ሓደ እንግዶት ተራኸብና። ነታ መጽሔት እናቕበለ ድማ፣ "ኩናት ክጅመር፡ እንተ ደንጎየ ሓደ ሰሙን'ዩ ተሪፍዎ ዘሎ። ፈለማ ንሻዕብያ ምስ ደምሰስናዮ፡ ድሕሪኡ ነቶም ኣብ ውሽጥና ተሰግሲጎም ዘለው ኣባላቱ በብሓደ ክንለቕሞም ኢና!" በለኒ።

እቲ ጉጅለ ምስ ተኣልየ፡ ካብቶም ካብ ስራሕ ዝተባረሩ እቲ

ቀዳማይ ተኽሉ ኮነ። ካብታ ዝተባረረላ ሰሙን ኣትሒዙ፡ ብስንባደ ዝኣክል ካብ ገዛኡ ኣይወጽእን'ዩ ዘሎ ኢሎም ነጊሮምኒ። ምድረ-ሰማይ ጸልሚትዎ ጋቢ ተጎምጊሙ። ኣብቲ ኣብ ፒያሳ ዝርከብ መንበሪ ገዛኡ ኣፓርታማ፡ ኣብ በረንዳ ኮፍ ኢሉ ይውዕል ከም ዘሎ ምስ ሰማዕኩ ከጸናንየ ኸድኩ። ገጹ ፈሲሙ ኣዒንቱ በርበረ መሲሉ ምስ ረኣኸዎ፡ ብሕርቃን ዝኣክል ተባሳጭዩ ከም ዝቐነየ ገመትኩ።

"እንቋዕ ደስ በለካ!" በለኒ ብዓይኒ ጥርጠራ እናረኣየ።

"ብዛዕባ እንታይ?"

"መለስን በረኸትን ንኹሉ ተቐጻጺሮሞ! ሻዕብያ ብኢደ-ዙር ንደቂ እዛ ሃገር ይወቕየም ኣሎ።"

"እዚ'ሞ ብኸመይ'ዩ ንኣይ ከሐጉሰኒ?"

"ንሳ'ኻ'ውን ናቶም ጸግዒ ኢኻ ትብሃል።"

"ምስ በረኸት ከም ዘይንረዳዳእ እናፈለጥካ ከመይ'ልካ ኸምኡ ትብል?"

"ከይትፍለጥ ኢልካ ትኸውን?" ናይ ኣሸሙር ሰሓቕ ሰሓቐ።

"ኣነ ናይ ዝኾነ ጸግዒ ኣይኮንኩን።"

ተኽሉ፡ ናብ ግዳም ገጹ ክጥምት ድሕሪ ምጽናሕ፣

"ስየ፡ ተወልደ፡ ኣለምሰገድ፡ ኣብርሃ ማንጁስ፡ ኣውዓሎም፡ ገብረመስቀል፡ ገብሩ፡ ኣረጋሽ.. መን ተሪፉ? እቶም ኣለው ዝብሃሉ መራሕቲ'ኳ እዮም ተባሪሮም... እዚኣቶም ማለት'ኮ ናይዛ ሃገር ርእሲ'ዮም። ንገረኒ'ስከ መን ኣሎ ኻልእ?" በለኒ ዓይን-ዓይነይ እናጠመተ። ስለ ዘይመለስክሉ ዘረባኡ ብምቕጻል፣

"ባዕለይ ክምልሶ'የ፣ ዋላ ሓደ የሎን! በዚ ነገር'ዚ፡ እዛ ሃገር ደም ብደም ክትከውን'ያ። ተኽሉ እንታይ ይብል ነይሩ ኸትብል ኢኻ!! ቀኑብ መዓልቲ ጥራይ ተጸበ! ሰራዊት ቤተ-መንግስቲ ሰይሩ ክኣቱ'ዩ። ስየ ማለት'ኮ ኣቦ ሰራዊት'ዩ።"

ተመሊሱ ኣስማቶም በጻብዑ ክዝርዝረለይ ጀመረ፣

"ስየ.... ተወልደ..."

ኣስማቶም ክጽውየም ከሎ መትንታት ግንባሩ ክወጣጠር ስለ ዘስተብሃልኩ፡ ተበጢሱ ብኡ ኣቢሉ ጸጥ ከይብል ሰጋእኩሉ።

ተሰናቢተዮ ብግስ ክብል፡ ምስኡ ትነብር ሓብቱ ደድሕረይ ስዒባ፣

"ክልተ መዓልቲ፡ ምግቢ ዝብሃል ነገር ኣይለኽፈን። ምኽት ሒዝካዮ ውጻእ'ሞ ኣረዲእካ ከም ዝበልዕ ግበሮ፡" በለትኒ።

"ሕራይ፡" በልክዋ።

ቀጺላ፡ ከመይ ከም ዝቐነየ ሒደት ድሕሪ ምንጋር፣

"በጃካ ምኽሮ! ኣዝዩ'ዩ ተባሳጭዩ ዘሎ። ዋላ እንተ ተዛረብክዎ ኣይምልሰለይን'ዩ። 'ህወሓት ከምዚ ኢሉ ተኸፋፊሉ ካብ ዝርእይ፡ ብኻ ኽምዶም ብጾተይ ኣብ በረኻ ተራፊ' እናበለ የንጸርጽር ኣሎ። ብዛዕባ ህይወቱ ክሓስብ ኣለዎ። ምሸት ሒዝካዮ ውጻእ'ሞ ምኽሮ። ኣዕርኽቱ ብምሉኦም ምስ ተባረረ ነጺሎሞ'ዮም። ደሃዩ ክፈልጥ ኢሉ ዝድውለሉ ሰብ ዋላ ሓደ የለን። ሰብ መቸም ጠላም'ዩ..." በለትኒ።

በቲ መሳልል ናይቲ ኣፓርታማ እናወረድኩ ናይ ተኽሉ ተኽላይ ዜማ ኣዝየምኽዋ።

"ስየ፡... ተወልደ፡... ኣረጋሽ፡..."

* * *

ብዓል ተወልደን መለስን፡ ድሮ'ቲ ዝተኸፋፈሉሉ እዋን ተጓሲጦም ነይሮም'ዮም። ጽዮፍ ጸርፍታት ክጸራረፉ ምስ ሰማዕናዮም'ውን ድንግርግር'ዩ ኢሉና። ሓደ ኑቲ ሓደ "ጸቢብ" ኽብሎ ኽሎ፡ እቲ ሓደ ድማ "ሓማዩ" ኢሉ ይምልሰሉ። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ዶክተር ነጋሶ ንብዓል መለስ ኣሸጊርዎም ነይሩ። ተወልደ፡ ንብዓል ኣዲሱ ለገሰ "ናይ ፖለቲካ ድኻታት" ክብሎም ከሎ፡ በረኽት ድማ ብሕርቃን ዝኣክል፡ "ኢያ ተወልደ! ዘይንፈልጠካ ድዩ መሲሉካ? ንምኳኑ ብዘይካ 'Newsweek' ካልእዶ እንታይ ኣንቢብካ ትፈልጥ ኢ'ኻ?" ኢሉ ኣቁናጸበ። እታ ዘረባ ንተወልደ ኣመና ስለ ዘሕመመቶ፡ ኣብ ሓንቲ ዓንቀጽ ብስም ዶክተር ነጋሶ፡ "ኣብ ሃገራዊ ጉዳይ ተጸሚድና ኽለና ኒውስዊክ ከነንብብ ግዜ ኣይነበረናን" ኢሉ መለሰ።

ተወልደ፡ ንስዩም መስፍን፡ "ካብ ሕጂ ንንየው ኣብ ኣኼባ ኣይንሳተፍን ኢና ኢልካ ንመለስ ሓብሮ!" ምስ በሎ፡ ስዩም ኣዝዩ ሕማቕ ተሰሚዕም "ኣነ ወዲ ሓምሳን ክልተን ዓመት ሽማግለ ሰብኣይ፡ ናትካ ተላኣኣኺ ኣይኮንኩን፡" ኢሉ መለሰሉ።

ክተሓማመዩን ክዛናጠሉን ከለው እቲ ወረ ይበጽሓና ስለ ዝነበረ፡ ኣእዛንና ከም ማንቲለ ንቲርና ካልእ ክንሰምዕ ንጸናጸን ነበርና። ሎሚ ወይ ጽባሕ፡ "ብሽጉጥዶ ይቀታተሉ ይኾኑ?" እናበልና ንዝነበረና ስግኣት ብኣረቂ ነብንና ነበርና።

ስየ ድሕር ኣይብልን'ዩ፣ "ሽጉጡ ምሽት ከብላ ንእሽቶ'ያ ትኣኽሎ" ዝብሉ ዘረባታት ንሰምዕ ስለ ዝነበርና፡ ንበረኽት ፈራሕናሉ ነበርና። "በረኽት'ውን ሰናፍ ከይመስለኩም፡" እናበሉ ዝካትዑ ነይሮም። "ከም ሽዋዚንገር ክልተ ግዜ ተገልቢጡ ኣብ ሳልሳዩ ምትኳስ ኣይእግሞን'ዩ፡" ኢሎምና። ከምዚ 'ተኾይኑ'ሞ፡ "ካብ ምዝንጣል ሓሊፎም ክዋድኡ'ዮም፡" እናበልና ሰሓቕናን ስግኣትናን ብኣረቂ ከነፋኽሶ ነምሲ ነበርና።

ብዓል ተወልደ ንበረኽት ጸሚዶምሉ ነበሩ። ኣብ ክንዲ ብግሁድ፡ “ብኣዴን ናትና ባምቡላ’ዩ ነይሩ” ዝብሉ “ብኣዴን፡ ናይ ገዛእ ርእሱ መጽናዕቲ እናገበረን መርገጺኡ እናነጸረን ዝመጸ ውድብ ኣይኮነን” እናበሉ ብጎቦጎቦ ዝዛረብዎ ዝነበሩ ዘረባ ኣድኪሙና ነበረ። እቲ ምክፍፋል ቅድሚ ምግሃዱ፡ “ኣብዚ ክንበጽሕ ዝኽኣልና መለስ በሊሕ ስለ ዝኾነ’ዩ” ይብሉና ኽም ዘይነበሩ፡ ምስ ተኣራረዩ ግና ተገልቢጦም ንእኡ ብዝዘናጥሉ ሕሜታት ከበሮ ኣእዛንና ኣጽመሙና።

ኣብ ኣኼባ፡ “ኣታ ሰኽራም! ኣታ ውርደተኛ! ኣታ መዳናገሪ! ኣታ ጠላም! እፈልጠካ እንድየ! ንፋለጥ እንዲና!” ክሳዕ ምብህላል በጺሑም ነበሩ። መኣስ እዚ ጥራይ፡ እታ ኣብ ሰሜን ግንንቲ ዝኾነት “ወዲ ሸርሙጣ” ትብል ጸርፊ’ውን፡ ኣብ ኣገልግሎት ውዒላ ነበረት።

ብዓል ተወልደ፡ ብኣዴን “ናትና ባምቡላ’ዩ ነይሩ” ክብሉ ከለው፡ እንታይ ዓይነት ደልዮም ከምኡ ይብሉ ከም ዝነበሩ ፍጹም ኣይርድኣንን ነበረ። ብኣዴን ባምቡላ እንተ ነይሩ፡ ተሓተቲ ባዕላቶም’ዮም። ንብኣዴንን ኦህዴድን ከመይ ገይሮም ከም ዝመስረትዎም ዝረስዕዎ ይመስሉ። ካብዚ ብዘይፍለ፡ ብዓል መለስን ተወልደን ኣብ ክልተ ምስ ተኸፋፈሉ፡ ብዛዕባ’ቶም ኣብቲ ግዜ’ቲ መስሓቕ ግደ ዝነበሮም ኣባላት መሪሕነት ኦህዴድ ሒደት ምጥቃስ ኣገዳሲ’ዩ።

* * *

ሓደ ዝፈልጦ መምህር፡ ወርትግ ንተምሃሮኡ “ኮካኮላ ካብ ም’ኽን የድሕንኩም” እናበለ ከም ዝመ’ክሮም ኣዕሉሉኒ። ሰብ ቕርጹን ትሕዝቶኡን ዘይቕየር ተመሳሳሊ ከም ኮካኮላ እንተ ኾይኑ፡ ለውጥን ምዕባለን ክህሉ ኣይክእልን’ዩ። ንነዊሕ እዋን፡ ኩማ ደመቅሳን ኣባዱላ ገመዳን እናተበራረዩ ክመርሕዎ ዝጸንሑ ኦህዴድ፡ ከም ምውዕዋዕ ኮካኮላ “ግዜ ዘይልውጦ ኣማራጺ” ዝብል ሳጓ ብዝተለጠፎም ውልቀ-ሰባት ዝተሃንጸ’ዩ። ካድራት ህወሓት ድማ፡ ነዞም ሰባት’ዚኣም “ነፋሒቶ ተኸዘ” እናበሉ ይድእሉሎም። ነዊሕ ዓመታት ይገብር፡ ኣብ ገማግም ሩባ ተከዘ፡ ንምንቅስቓስ ኦህዴድ ከም መጠቓቕ ሓንኪሩ ዝሰንከቶም፡ ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነት ነበር ነፍስሄር ክንፈ ገብረመድህን’ዩ። ድሕሪኡ፡ ዓዲት ናብ ዝብሃል ቦታ ወሲዱ ቀዳማይ ጉባኤ ከም ዘካይዱ ገበረ። ኩማ ደመቅሳ፡ ኢብራሂም መልካ፡ ኣባዱላ ገመዳ፡ ኣበራ ሃይሉን ባጫ ደበሌን ሒደት ካብዚኣቶም’ዮም። እዚ ሕጂ ዝጽውዕሉ ዘለው ኣስማት’ውን፡ ኣብ ገምገም’ቲ ሩባ እተጠመቐዎ እዩ። ኢብራሂም፡ ደርግ ምስ ወደቐ ተባረረ። “ንጎጃም ሓራ ዘውጻእናያ ንሕና ኦሮሞ ኢና” ስለ ዝበለ፡ ብዓል በረኽት ባግ በሉ። “ስለምንታይ ብድፉኑ ኢህወደግ ዘይትብል? ምስ ኣምሓሩ ዲኻ ከተባእሰና ደሊኻ?” ኢሎም

ወቐስዎ። ኢብራሂም ሓቂ'ዩ። ብዓል ኣዲሱ ለገሰ ዝመርሕዎ ውድብ ቀምሽ ኣደይ ሓንኩሉኒ ኢሉ ዋላ እንተ'ማኻነየ፡ ኣህዴድ ግና ኣብ ጎኛም ኣትኪሉ ተዋጊኡ'ዩ። ኢብራሂም ነቲ ወቐሳ ኣይተቐበሎን። "ኦሮሞነተይ ዘይትቐበል ኢትዮጵያ ኣብ ዓሰርተ ትበታተን" ብምባል ጨጕራፉ ምስ ወቐየ፡ ብዓል መለስን ተወልደን ኮፍ ኢሎም ብዛዕባኡ ተዛራረቡ።

"ኢብራሂም ኮካኮላ ኣይኮነን፣ ንመጻኢ'ውን ክኸውን ኣይክእልን'ዩ፡" ኣብ ዝብል መደምደምታ በጽሑ።

ክንዲ ዝኾነ፡ ካብ ህዝቢ ኦሮሞ ክብረት መታን ከይረክብ ብግዕዝይና ኣሳቢቦም ከባርርዎ ወሰኑ። ውልቀ-ማህደሩ ምስ ተገንጸለ፡ ሒደት ጉድለታት ተረኽበ። ኣብ ርእሲኡ ናይ ጸለመ ቅብኢ ተቀብኡ። ንሕና ጋዜጠኛታት ድማ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ፣

"ደርግ ካብ ዝወድቐ ዓመት ከይመልኡ፡ ብዓል መለስ 11 የካቲት ከብዕሉ ናብ መቐለ ክሳዕ ዝኸዱ ተጸብዩ ኣብ ሆተል ሂልተን ሰብ ዓዲሙ ተመርዕዩ፡" እናበልና ነቲ ወረ ነዛሕናዮ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ኣብ ሂልተን ድግስ ክትገብር ይትረፍ፡ ኣብኡ ኣቲኻ'ውን ሻሂ ምስታይ ኣይተጀመረን ስለ ዝነበረ፡ እቲ ወረ ቀልጢፉ ሸቶኡ ወቐዐ። ኢብራሂም ተባረረ! ነቲ ወረ ዝሰምዕዎ ዘበሉ ኸኣ፡ "እንቋዕ ኣባረርዎ! ጽቡቕ ገበርዎ! ኣበዲኡ ዝነበረ'ዩ!" እናበሉ ኣወዕውዕዎ። ብተወሳኺ፣

"ካብ ሽያጥ ጫት እተረኽበ ዶላራት በይኑ በሊዕዎ! ምስ ሃብታማት ደገፍቲ ኦነግ ብጥቕምን መውስቦን ተኣሳሲሩ" ዝብል ናይ ፈጠራ ቅብኢ መሊሱ ተቐብኣ።

ድሕሪኡ ኣብ ክሳዱ ዕርፊ ተኣሲርሉ፡ "ከምታ ኣመጻጽኣኻ ኪድ ናብ ኣጉዶኻ!" ተባህለ። ብዘይካ ኢብራሂም፡ ሒደት ካልኦት'ውን "ስልጣን ኣዕቢዱዎም፡ ምቾት ኣጸሊልዎም፡ ጽጋብ ሰርኒቕዎም..." ተባሂሎም በታ ኢብራሂም ዝኸዳ መገዲ ናብ ኣጓዱኦም ከዱ። ከም ውጽኢቱ፡ እቲ ናቶም ቦታ ብኻልኦት መታን ክትካእ፡ ኮካኮላታት ንምርካብ ሃሰው ተባህለ። ብዓል ሺፈራው ጃርሶ፡ ሓሰን ዓሊ፡ ነጋሶ ጊዳዳ፡ ግርማ ብሩን ሶፍያ ኣሕመድን ኣብ ቀረባ ስለ እተረኽቡ፡ ምስቲ ላዕለዋይ መሪሕነት ተጸንበሩ። ድሕሪ'ዚ፡ "ኣህዴድ ብምሁራት ተሃኒጹ" ተባህለ።

"ግርማ ብሩ፡ ዋና ጸሓፊ ኣህዴድ 'ተዝኸውን፡ ይትረፍ ንኢትዮጵያ ንኣፍሪቃ'ውን ምመርሐ፡" ዝኣመሰሉ ናእዳታት ክስምዑ ጀመሩ።

ብዓል መለስ ዜናዊ ግና ነዚ ዕላል ከምዛ ዘይሰምዕዎ፡ ነዞም ሓደስቲ እተተክኡ ኣባላት ምስቶም ናይ ተከዘ ኮካኮላታት ብሰንሰለት

ኣሳሰርዎም። ሓደ ካብ ወጻኢ ዝመጽኡ ደጋፊ ኢህወደግ ዝኾነ ተወላዲ ኦሮሞ፡ ኣብ ሓደ ናይ ኮክቴል ዕድመ፡ ነቲ ጉዳይ ኣመልኪቱ ንመለስ ከምዚ ኢሉ ሓቲትዎ ነበረ።

"ኦህዴድ ክሳዕ መኣስ'ዩ ብኣስራ ኣለቃታት ክምራሕ?"

"እዞም ኣስራ ኣለቃታት'ዚኦም፡ ዓቕሚ ከም ዝሓጽሮም ንፈልጥ ኢና፣ ኣማራጺ ስለ ዘይብልና ግና ንግዜኡ የድልዩናዮም፡" ብምባል ህድእ ኢሉ መለሰሉ።

መለስ ዜናዊ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ "ንግዜኡ" ክብል ኸሎ "ንሓጺር ግዜ" ዝበለና'ዩ መሲሉና ነይሩ። እዞም ኣስራ ኣለቃታት፡ "ግዜ ዘይልውጠ ኣማርጺ" ክኾኑ'ዮም ኢሉ ዝገመተ ግና ዋላ ሓደ ኣይነበረን። እቶም ኣብ ተከዘ እተሰንከቱ ኣባላት መሪሕነት ኦህዴድ፡ መብዛሕትኦም፡ ብሻዕብያ ተማሪኾም ደሓር ንህወሓት ዝተረከቡ ተራ ወተሃደራትን ኣስራ ኣለቃታትን ከም ዝኾኑ ይፍለጥ። ዝኾነኾይኑ፡ መለስ ዜናዊ ዋላ ከም ድላዩ ይተዓበ፡ ነቲ ኣብ ናይ ኮክቴል ዕድመ ዝበሎ ዘረባ፡ ካልኣይ ሳዕ ብጋህዲ ይደግሞ'ዩ ኢልካ ዝሕሰብ ኣይነበረን። ኮይኑ ግና ደጊምዎ። ኣብ ፓርላማ ቀሪቡ፡ ብቕዓት መምዘኒ መዓርግ፡ ፍልጠት፡ ስነ ምግባርን ጅግንነትን ዘይኮነ፡ ተወፋይነት ንበይኑ እኹል መምዘኒ ምኻኑ ክገልጽ ከለ፡ ሕንከት ዝብሃል ነገር ፈጺሙ ኣይተሰመየን። እዚ ኣበሃህላኡ፡ እዛ ሕሰም ዝሕላገታ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ቤተ-ምርምር ክትጸንሕ ከም እተፈርደት ዘርኢ ጭቡጥ ኣብነት'ዩ።

ሓቢርካ ምስራሕ ዝብሃል ነገር የሎን። ብሉጽ ሓሳባት ቦታ ዝብሃል የብሉን። ዝኾነ ሰብ፡ ኮካኮላታት ኣብ ትሕቲኡ ደርዲሩ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ "ሳይንሳዊ" ምርምር የካይድ። ለይቲ ዝሓለሞ ንግሆ ኣዋጅ ኮይኑ ይጸድቕ። ጫት ቑሒሙ ምስ ተፈሰሀ፡ ብልጭ ዝበሎ ሓሳባት ፖሊሲ ኾይኑ ይወጽኣ። ኮካኮላታት ክሳዕ ዘለው፡ ነቲ ዝተዛረበ እናፍረሰ ንዝቃወሞ ድማ እናሳዕ እናሰበኽ ክንዓዝ ይኽእል'ዩ...

እቶም ኣብ ሩባ ተከዘ ዝተሰንከቱ ኦህዴድ፡ ንህወሓት ከይክሕድዎ ብዝተፈላለየ መገዲ ተታሒዞም'ዮም። ብግዕዝይና ኣቁማጢዕካ ምሓዞም እቲ ቀዳማይ ሜላ'ዩ። እዞም ሰባት'ዚኦም፡ ብኣዝዩ ረቂቕ መገዲ ኣብ ልዕሊ ህዝቦም ናይ ቅንጸላ ስጉምቲ ከም ዝውስኑ ይገብር። ሓንሳእ ኣብ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ድማ ምትእስሳር ዘለዎ ሰብ ኣብ ዝበጽሖ የብሉን ተባሂሉ ይእመን፡ እዞም ሰባት'ዚኦም ድማ፡ ብደም ዝጠልቀየ ኣእዳው ሒዞም ብዛዕባ ኣብ ዓይኒ ካልእ ሰብ ዘሎ በሰር ክዛረቡ ስለ ዘይክእሉ ብሒም ኣይብሉን'ዮም። ኣብ ግዜ ቃልሲ፡ ነቶም ንኽምዚ ዓይነት ክድምና ዕንቅፋት ክኾኑና ይኽእሉ'ዮም ኢሎም ዝጸደይዎም ሰባት ቀልጢፎም ኣሰናቢቶሞም'ዮም። ያሬድ ጥበቡ፡ ካብቶም ብኣጋኡ

ዝተረፈቱ ሓደ'ዩ። ሓደ መዓልቲ ሰዓት ሰለስተ ድሕር-ቐትሪ፡ መለስን ተፈራ ዋልዋን፡ ንያሬድ ጥበቡ ንዓናይ ምሳና ሓምብስ ኢሎም ናብ ተከዘ ሒዞሞ ወረዱ። ኣማሂዶም ድማ ብኣምሓርኛ፡

"ኣይተድልየናን ኢ'ኻ! ስለዚ ናብ ዝደለኻዮ ኺድ!" በልዎ።

ያሬድ ጥበቡ ከምቲ እተኣዘዞ ገበረ። እንተ ዝቃወሞም ምቐተልዎ። ኣብ ኣስኳል ኢህዴን፡ ናይ ኢህኣፓ መንፈስ ከም ዝጸረየ ምስ ተረጋገጸ፡ ኦህዴድ ከም ቅጫ ተጠፍጢፉ ተሰንከተ። ተካእቱ ከፍሪ ዝኸኣለ መራሒ፡ ዓቢ መራሒ'ዩ ዝብሃል። ብዓል መለስን ተወልደን ግና በንጻር'ዮም ዝፍለጡ። ኢህወደግ፡ ብህወሓት ጥራይ ካብ ዝምራሕን ዝተረፉ ኣባል ውድባት ናይዚ ግንባር ድማ ርእሰን ብሞደሻ ካብ ዝውቀራን ነዊሕ ኮይኑ'ዩ። መለስ ድማ፡ ብዓል ተወልደ ጸግኡም ምስ ሓዝሉ ዘውዲ ሃጸይነት ደፍኡ።

* * *

እቲ ምክፍፋል ቅድሚ ምግሃዱ፡ ብዙሕ ወረ ንሰምዕ ነበርና። ብፍላይ ተወልደ፡ ከም ራእሲ ሚካኤል ስሑል ነታ ሃገር ክመርሓ ከም ዘንቀደ ዝናፈስ ዝነበረ ኣእዛንካ ዘጽምም ወረ፡ ንፕሮፖጋንዳዊ ጉዳያት ሓሚስዎ ነበረ። ብዓል ተወልደ፡ ንመለስ ኣልዮም ንኣዲሱ ለገሰ ቀዳማይ ሚኒስተር ጌሮም ኮፍ ከብልዎ ከም ዝሓሰቡ ካብ ክልተ ምንጭታት ሰሚዐዮ። ንኣዲሱ ጸዊያም ምሰ'ዘራረብዎ፡ "ክሓስበሉ'የ" ኢልዎም ብቐጥታ ናብ ቤት-ጽሕፈት መለስ ዜናዊ ኸይዱ ዝኣለምዎ ውዲት ከም ዝሓበሮ ክባላዕን ክኳማዕን ቀነየ።

(ራእሲ ሚካኤል ስሑል ንጎንደር ኣብ ዝገዝኣሉ ዝነበረ ዘመን፡ ነቲ ናይ መሪሕነት ተራ ብድሕሪት ኮይኑ ከም ዘካየዶ ናይቲ እዋን'ቲ መዛግብቲ ተሪኽ ይገልጹ። ራእሲ ሚካኤል ስሑል፡ ከይነግሰ ዘርኢ ነገስታት ኣይነበሮን። ክንዲ ዝኾነ፡ ዘርኢ ነገስታት ዘለዎም ባምቡላታት እናሾመን እናቐንጠጠን ክሳዕ መጠረስታ ህይወቱ ተጓዕዘ።)

መለስ፡ ብዓል ተወልደ ከምኡ ከም ዝኣለምሉ ኣዲሱ ለገሰ ምስ ሓበሮ፣

"ስዕረትና ተቐቢልናን ዝረኸብናዮ ዓወት ኣኽቢርናን ብሓባር እንተ ቐጸልና ንኹሉና ዝሓሸ'ዩ።" ዝብል መልእኽቲ ንተወልደ ለኣኸሉ።

ኣብ እዋን ዶባዊ ግጭት ኢትዮጵያን ኤርትራን ቀሪቡ ዝነበረ ስምምዕ ትግባረ ሰላም፡ ናይ ምቐባሉን ዘይምቐባሉን ሕቶ ምስ ተላዕለ፡ መለስ ብድምጺ ተሳዕረ። ነቲ ስዕረት ከም ናቱ ውሳነ ተቐቢሉ ንትግባረኡ ካብ ልቡ ይሰርሓሉ ከም ዘሎ ብምሕባር ድማ፡ "መለስ

ተንበርካኺ'ዩ" እናበሉ ጀሚሮሞ ዘለው ናይ ኣልያ ተንኮል ደው ከብልዎ ብተወሳኺ ኣጠንቂቕዎም ነይሩ ይብሃል።

ብዓል ተወልደ ነዚ ኣይተቕበልዎን። "ንመለስ ክንኣልዮ ንኽእል ኢና" ኢሎም ቁማር ክጸውቱ ብድፍረት ሰተት ኢሎም ኣተው። ንኽም ብዓል መለስ፡ በረኸት፡ ስብሓት፡ ቴዎድሮስ ሓጐስ.. ዝኣመሰሉ ኤርትራዊ ደም ዘለዎም ብጸቶም ድማ ገንሸል ብምግባር፡ ምስ ኤርትራ ዝተተሓሓዘ ሽግር ኣብ ልዕሊኦም ደፍዲፎም ንጹሃን ከም ጲላጦስ ምኻኖም ከርእዩ፡ ኣእዳዎም ተሓጺቦም ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክተዓረቑ ሓሲቦም ከም ዝነበሩ፡ እቲ ጉጅለ ምስ ተኣለየ እቲ ምስጢር ተኸሸሐ።

* * *

ህወሓት፡ ኣብ ክልተ ናይ ምግማዕ ሓደጋ ምሰ'ጋጠሞ፡ ኣባላት ኦህዴድ ኣብ ዘይተለማመዱሉን ዘይፈልጥዎን ሽግር ኣትዮም ነበሩ። ኣባላት መሪሕነት ኦህዴድ፡ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ነጋሶ እናተኣከቡ፡ ብዛዕባ'ቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ጸገም ክመያየጡ ፈቲኖም ነበሩ። ኩማ፡ ናይ ሰለሞን ጢሞ፡ ነጋሶ ድማ ናይ ተወልደ ጊላታት ነበሩ። ነቲ ሃንፍ ቦታ ዝመልእዎ ምሁራት ኦህዴድ ድማ፡ ጊላታት መለስ ነበሩ። ኦህዴድ ድንግርግር በሎ። ጀነራል ሳሞራ ዮኑስ ኣብ ጐኒ መለስ ደው ከም ዝበለ ብዕሊ ምስ ኣፍለጠ፡ ኣባዱላ ገመዳ ብፍርሒ ተዋሕጠ። ጻድቃንን ሳሞራን ክረኽብዎ ከለው ድማ፡ ኢድ ይነስኣሎም ነይሩ ይብሃል።

ናይ ብዓል መለስን ተወልደን ጉጅለታት፡ በብሸነኹም ምውድዳባት የካይዱ ነበሩ። ነፋሒቶ ክእከቡ ከለው ናብ ዘብልዎ ይጠፍኦም ነበረ። ኩማ ብሰለሞን፡ ነጋሶ ብተወልደ፡ ኣባዱላ ኸኣ ብጻድቃን ተወዲቦም ስለ ዝነበሩ፡ ሓይሊ ሚዛን ናብ ብዓል ተወልደ ዛዝዩ ነበረ። "መለስ፡ ብዘይካ ስብሓትን ስዩምን ካልእ ደጋፊ የብሉን" ኢሎም ስለ ዝኣመኑ፡ "ክወድቕ'ዩ" ኣብ ዝብል መደምደምታ በጽሑ። ካብቲ ኣጀንዳታት ናይ ኣኼባኦም ክርድኦ ከም ዝኽኣልኩ፡ "ህወሓት ነዛ ሃገር ክመርሓ ካብ ዘይክኣለ፡ ናትና ግደ እንታይ'ዩ?" ኢሎም ፍጹም ኣይተመያየጡን። እቲ ጸወታ፡ መን ብመን ተበሊዑ መንከ ብመን ተዋሒጡ ከም ዝዛዘም፡ ብዝግባእ ኣንቢቡ ክትንትን ዝኽእል ዓቕሚ ኣይነበሮምን። መራሕቲ ህወሓት ገዛ ዓጽዮም ይመናጨቱ ስለ ዝነበሩ፡ ሰብ ተከዘ ብዛዕባ'ቲ ሕሽኹሸኽ ዝፈልጥዎ ነገር ኣይነበሮምን። እንታይ ክካየድ ከም ዝወዓለ፡ ከም ሓደ ተራ ካድር፡ ብወረ ወረ'ዮም ከባቢ ፍርቅ-ለይቲ ዝሰምዕዎ። ድሕሪኡ ካብቲ ብትኽታኽ ሓበሬታ ተበጊሶም፡ ከምቲ ናይቲ እዋን'ቲ ኣተሓሳስባ "ምብትታን ህወሓት፡ ናይታ ሃገር

ምብትታን'ውን ከስዕብ ስለ ዝ'ኽእል እንታይ ንገብር" ኢሎም'ውን ክመያየጡ ኣይክኣሉን። "ነቲ ወኪልናዮ ዘለና ህዝቢ ኦሮሞ ወዲብና፡ ክመጸና ካብ ዝ'ኽእል መጥቃዕቲ እንከላ'ኽለሉ ስትራተጂ ንሓንጽጾ" ኢሎም ኣይተመያየጡን። ኣብተን ናይ መጠረሽታ ደቃይቕ፡ ንኹሉ ነገር ሓዲጎም ነቲ ተዓዊቱ ዝወጽእ ተኣማንነቶም ንምርግጋጽ መግለጺ ንምውጻእ ጥራይ ይጸባበዩ ነበሩ።

ብ'ኻልእ ወገን፡ መለስ፡ ንብኣዴን ጠ'ቕሊሉ ክሕዞ'ኳ እንተ 'ኽኣለ፡ ኦህዴድ ግና፡ ናብ ብዓል ተወልደ ዘንቢሉ ኣብ ምውልዋል ከም ዝርከብ ተረዲእዎ ነበረ። መለስ ኣይሰግእን። ሓዲኣ ምሰ'ፍለጠት፡ ጠ'ቕሊሎም ናብኡ ከም ዝመጽኡ ኣይሰሓቶን። ኦህዴድ ኣብ ምትህልላ'ኽ ኣትዩ ኣይፈልጥን'ዩ። መለስ፡ ኣብ ስልጣን ካብ ዝመጽእ ኣትሒዙ፡ ንኣባላት መራሕነት ኦህዴድ እናኣከበ ከም ህጻን ክቕጽየም'ዩ ጸኒሑ። ሓደ መዓልቲ ንነጋሶ ጊዳዳ፣

"እንበርዶ ንስ'ኻን ሌንጮን ኣብ ደንቢዶሎ ኢ'ኹም ተወሊድኩም? ምስ ሌንጮ ምዕላል ማለት'ኮ ምምሃር ማለት'ዩ፡" በሎ። ነጋሶ፡ ንመለስ ምሒር ዝተቕየመሉ በዛ ዘረባ'ዚኣ እዩ ዝብሉ ብዙሓት'ዮም። ሓንቲ እዋን ድማ ንኣባላት ኦህዴድ ኣኪቡ፣

"ስራሕኩም በጋባብ ዘይትሰርሑ እንተ 'ኴንኩም፡ ንዓ'ኹም ኣጸጊዕና ምስ ኦነግ ክንዛተ ኢና፡" በሎም።

መለስ፡ ንኣባላት መራሕነት ኦህዴድ ብዙሕ ግምት ከይሃበ፡ ነቶም ብዝባኖም ዝነበሩ ጉጅለ ብዓል ተወልደ ኣብ ምውቃዕ ኣድሂቡ ነበረ። ኣባላት መራሕነት ኦህዴድ፡ ምስ ብዓል ተወልደ ምውጋኖም'ውን ከም ሓደ ዓቢ ጉድለት ኣይቁጸሮን። ብስላዕ ሽጥ-ሽጥ ኣቢሉ፡ ናብ ናይ ቀደም ተኣማንነቶም ክመልሶም ከም ዝ'ኽእል ይፈልጥ ነበረ። ንግዜያዊ ጥ'ቕሚ ክብል ሕልናኡ ሸይጡ፡ ህዝቢ ክሒዱ ክ'ኽድመሉ ዝ'ኽእል ሓይሊ ብቕሊሉ ክረክብ ከም ዘይክእል ስለ ዝፈልጥ፡ ክ'ኽስሮም ከም ዘይደሊ ብሩህ'ዩ።

ምግምማዕ ህወሓት ምስ ተጋህደ መለስ ንጸድቃን ከምዚ በሎ፣

"እናተፈራራሕና ክንሰርሕ ስለ ዘይንኽእል፡ ካብ ስራሕካ ተኣለ!"

ጸድቃን ቤት-ጽሕፈቱ ንሳሞራ ዮኑስ ኣረከቦ። ሽዑ ልኡ'ኻት መለስ ነቲ ከም ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ነዊሕን ባዶን ዝ'ኾነ ጀነራል ቀሰይ ኢሎም ተጸግዕዎ። ከም ኢራብ በተግ ኢሉ ከይነፍጸም ድማ፡ ጽግዕ ኢሎም ኣብ ክሳዱ ገመድ ኣጥለ'ቕሉ። ኣባዱላ ኣይሰንበደን። ብዓል መለስ ከም ዘይተቕየምዎ ስለ ዝፈለጠ፡ ብኡንብኡ ነቲ ዝሰልጠነሉ ሞያ ቀጸሎ። ንኩማን ጸድቃንን እና'ኾነ፡ ንሚኒስትሪ ምክል'ኻል ሓዲጉ ምስ ኦህዴድ ክጽንበር ሓተተ። ናይ ጀነራል መዓርግ ብወዝቢ

ከም እተዋህቦ፡ ሃንደበት ጽሩራኡ ቀንጢጡ ኣብ ተመዛዚ ብምእታው ሲቪል ኮነ። ኩማ፡ "ጉድለትካ ቀልጢካ ኣይተቐበልካን! ተማቲእካ ኔርካ" ተባሂሉ ንእሽቶ ተቐጽዐ። ከም ምጥፍፋእ ገንዘብን ጉድለት ስኑ-ምግባርን ዝኣመሰሉ ከም ትሕኛ ተታሒዞም ዝነበሩ ረከርድታት፡ ካብቲ ተንጠልጢሎምሉ ዝነበሩ ወሪዶም ከም ሰዓት ኣብ ኢዱ ተኣስረሉ። ኣብ ስደት ኮይነ ከም ዝሰማዕክዎ፡ ኣባዱላ፡ ኣብቲ ኣብ 2005 ዝተኻየደ ባይቶኣዊ መረጻ፡ ከም በረኸት ድምጺ ህዝቢ ሰሪቑ፡ ተዓዊተ ብምባል ኣብ ኦሮሚያ ነገሰ። ኩማ ድማ፡ ከም ኣባጨጐራ እናንፋሓኸ ከንቲባ ኣዲስ ኣበባ ኾነ።

ብርግጽ ንበረኸትን ኣባዱላን ምምስላሎም ግቡእ ኣይኮነን፣ እንተኾነ ግና ክልቲኦም ድምጺ ህዝቢ ስለ ዝሰርቁ፡ ክመሳሰሉ ይኽእሉዮም። በረኸት፡ እቲ ዝፈጸሞ ተግባር ስለ ዘጨነቖ ኣእምሮኡ ሓሚሙ ይርከብ። ኣባዱላ ግና ካብ ዝውለድ ኣትሒዙ ሆስፒታል ኣትዩ ኣይፈልጥን'ዩ። ከምቲ ዝገበሮ ተግባር ክዓብድ'ዩ ዝግብኦ፣ ኮይኑ ግና ርእሱ ኣይሓምም! ረስኒ የብሉ! ደም ብዝሒ ኣይፈልጥ! ሽኮርያ ኣይተሸግሮ! እኽሉ ከም ዝሸወተሉ ሓረስታይ ኢዱን እግሩን ዘርጊሑ በጥ ኢሉ ይውዕል። ኣዝማድ ድምጻዊት ኣበበች ደራራ፡ "ሕነኦም ክፈድዩ'ዮም፡" ኢሉ'ኳ ኣይሰግእን'ዩ። ኤቢሳ ንዝብሃል ብኦሮሚኛ ዝደርፍ ድምጻዊ፡ ብመገዲ ኮሎነል ጌትነት ቀንጺልዎ ከብቐዕ ቀሲኑ ደቂሱ ይሓድር ኣሎ። መለስ'ተሎ እንታይ ጸገም ኣሎ? ኣብ ኩባያ ዝኣተወት እንቑሮያብ፡ ካብታ ኩባያ ወጻኢ ካልእ ዓለም ዘሎ ኣይመስላን'ዩ። ተወላዶ ኦሮሞ ዝኾኑ ነበርቲ ከረዩ፡ "Waa hin yaadneen, waan nyaatteen gabbatti" ክብሉ እሰምዕ ነይረ። "ዘይትሓስብ ዝበልዓዮ ኹሉ ዘህጥራ" ማለት'ዩ። ከምዚኦም ዓይነት ሰባት፡ መንነት ናይቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ብዝግባእ ዘይፈልጥዎ፡ ክፈልጥዎ ዝግብኦም ከም መድሃኒት ተኣዚዙ ዝውሃቦም፡ ኣብ ኣኼባ ክዛረብዎ ዝግብኦም ከይተረፈ፡ ከም ስክሪፕት ተዋስኦ ኣጽኒያሞ ዝመጽኡ ዓረብያ ፈረስ'ዮም። ኣፍራስ ቁንድዶ፡ "እምቢ ኣይንግዛእን" ብምባል ናጻ ኣብ ዝወጹሉ ዘመን፡ ወዲ-ሰብ ግና ዓረብያ ፈረስ ተለዊጡ ንዕዘቦ ኣለና። ሎሚ፡ ሓይሊ ስለ ዝረኸብካ ሰብ ትቐትል ትኸውን፣ ደሙ ከም ዘይሰደካ ግና ኣይትዘንግዕ። ካብ ለገሰ ኣሰፋው ዝብሃል ርእሲ ደንጐላ፡ ካብኡ ዘይመሃር እንታይ ዓይነት ሰብ ክትብሎ ትኽእል? ኣብዚ ዘመን'ዚ፡ ብደም ዝጨቐወ ኣእዳው ሒዝካ ክተምልጥ ከም ዘይትኽእል ናይ ቀልቤሳ ነገዎ ፍጻመ ፍሩይ ኣብነት'ዩ። ድምጺ ኤቢሳን ደራራን የቃልሕ ኣሎ! ሕጂ'ውን ዝሓለፈ ኹሉ ሓሊፉ ንዕርቂ ዝኸውን እኹል ግዜ'ሎ። ሃጻያት ዘመንና ኣብ ክንዲ ዕርቂ ዝዕድሙ

ግና፡ "ህወሓት ካብ ስልጣን እንተ ተኣልዩ፡ ትግራይ ክትንጸል'ያ፡" ዝብል ኣማራጺ ከም መፈራርሒ ሒዞም ይቕመሩ'ለው። ኣናብስ ዘመንና፡ ትግርኛኦም ከይርስዕዎ ዝገብርዎ ዘለው ጻዕሪ፡ "ስትራቶጂ" እዮም ዝብልዎ። ቃላት ከምዚ መላገጺ ኾይኖም ተሪፎም...

* * *

ብዓል ተወልደን ብዓል መለስን ተባሂሎም ዝጽውዑ ጉጅለታት፡ ከረዳድኦም ካብ ዘይክኣለ ዓበይቲ ኣጀንዳታት ሓደ ምስጓግ ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ'ዩ ነይሩ። መለስን በረኸትን፡ ከምኡ ብዝኣመሰለ ኣገባብ ክባረሩ ስክፍታ ነይርዎም'ዩ። በረኸት፡ "ነቲ ስጉምቲ 'ምጽራይ ዓሌት'ዩ (Ethnic cleansing)' ኢልዎ፡" ብምባል ብዓል ተወልደ ይማጎቱ። ብዓል ተወልደ ካብ ዝሕበንሉ ተግባራት ሓደ፡ ምብራር ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ'ዩ። "ሰብኣዊ ሓልዮት ብዝመልኡ ኣገባብ፡ ተኸናኺንና ኢና ኣባሪርናዮም፡" ኢሎም'ኳ እንተ ተማጎቱ፡ ክንየው ምዝማት ሓሊፎም እንታይ ክገብሩ ይኽእሉ ከም ዝነበሩ ግና ኣየነጸርዎንዩ። ከምኡ ስለ ዝገበሩ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣገናዕ ዝብሎም መሲልዎም ነቲ ኣጀንዳ መመሊሶም ኣጓሃሪዎ።

ኣብቲ እዋን ምብራር፡ ኣባላት ጸጥታ፡ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያውነቶም ሓልዮም ዝነበሩ ዝነበሩን ንሃገሮም ክብሉ መስዋእቲ ዝኸፈሉን ዜጋታት ዝፈጸምዎ ሕልና'ኻ ዘይቕበሎ ገበን'ውን፡ እቲ ዝኸፍኣ'ዮ።

ከምዚ ዓይነት ግፍዒ ካብ ዝወረዶም ሓደ፡ ኣሸብር ግርማይ ይብሃል። ኣሸብር፡ ምስ ሶማል ኩናት ኣብ ዝተኻየደሉ ግዜ፡ ኣብ ታባታት ካራማራ ጸጋመይቲ እግሩን ኣርባዕተ ኣጻብዕቲ የማነይቲ ኢዱን ዝሰንከለ ዜጋ'ዩ። መራሕቲ ወያኔ ግና ጉዳይ ኣሸብር ከጻርዩ ግዜን ትዕግስትን ኣይነበሮምን። ካብ ታህዋኽ ዝተላዕለ፡ ኣዒንቶም ዓሚቶም ተጋሩ ከይተረፉ ምስ ኤርትራውያን ሓዊሶም ኣባሪሮሞም።

ካብቶም ብጌጋ ናብ ኤርትራ ዝተባረሩ ዜጋታት ሓደ፡ በርሀ ኣስመላሽ ዝብሃል ኣብ ከባቢ ኣራተኛ ክፍለጦር ቤት ምቁር ሕብስቲ ዝነበሮ'ዩ። በርሀ፡ "ወዲ ዓድዋ'የ!" እናበለ'ኳ እንተ'እወየ፡ ሰማዒ ግና ኣይረኸበን። ኣውቶቡስ ተሳፊሩ ብዓድዋ ክሓልፍ ከሎ፡ ክሳዱ ብመስኮት ኣቕልቂሉ፣ "መዳሕንተይ ኣብዚ'ዩ ተቐቢሩ!" እናበለ ምስ ወጨጨ፣

"ውክልና ጌርካ ኪድ። መዳሕንትኻ ኣሊሸና ክንልእኸልካ ኢና!" እናበሉ ኣላገጽሉ። በርሀ፡ ኣብ ኤርትራ ምስ በጽሐ፡ እቲ ዝወረዶ ሽግር ዘርዚሩ ኣረደኦም። ድሕሪኡ፡ ብመገዲ ቀይሕ መስቀል ናብ ኢትዮጵያ ተመልሰ። ምልስ ምስ በለ፣

"መለስን ኢሳይያስን፡ ከም ኩዕሶ ባይታ ቴንስ ሓደ ዙር

ተጻዊቶምለይ።" እናበለ ይዋዘ ነይሩ ኢሎሞ።

ዝሰምዕ እዝኒ የብሎምን ምበር፡ ፕሮፈሰር መስፍን ወልደማርያም ብጽሑፍ መኺርዎም ነይሩ'ዩ። እቲ ፕሮፈሰር፡ ኤርትራውያን ጉዳዮም ብውልቀ-ደረጃ ተራእዩ ብሕጋዊ መገዲ ክፋነው ኣለዎም ኢሉ'ኳ እንተ ኣተጠንቐቀ፡ በንጻሩ ግና ዘለፋ'ዩ ዘኒብዎ። እዚ ፕሮፈሰር'ዚ፡ ነቲ ካበየ ከባቢኡ እናኣከብካ ዝግበር ዝነበረ ምስንግ ዝተቓወሞ፡ ምስ ኤርትራውያን ፍሉይ ምድንጋጽ ስለ ዘነበሮ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ሰብኣዊ መሰል ክኽበር ኣለዎ ካብ ዝብል እምነት ተበጊሱ ከም ዝኾነ ንጹር'ዩ። ከምኡ ኢሉ ከጠንቅቕም ዝደፋፍኦ ምኽንያት፡ ንሱ ጥራይ ከም ዘይነበረ ካብቲ ዝጸሓፈሎም ጽሑፍ ክርድኦ ክኢለ'የ። ንሓደ ህዝቢ፡ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ከተፈናቕሎም ከትሰጕን፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዘይጠቕም ሕማቕ ኣብነት ምኳኑውን እቲ ፕሮፈሰር ኣርሒቁ ክጥምት ክኢሉ'ዮ። ንሓንቲ ብዙሓት ብሂራት ብሓድነት ዝነብሩላ ሃገር ዝመርሕ ምምሕዳር፡ ጽባሕ እንታይ ኪጋጥም'ዩ ኢሉ ክሓስብ እንተ ዘይኪኢሉ፡ ውጽኢቱ ኣዝዩ ሓደገኛ ክኸውን ከም ዝኽእል ዝገልጹ ትንታነታት፡ ሓለፍተይ ከም ዘየንበብዎ ዕሽሽ ኢሎም ብምሕላፍ፡ ኣብ ናይ ጽልኢ ስጕምትታት ተጻሚዶም ነበሩ።

(ኣብ 2005 ዝተገብረ መረጻ፡ ድምጺ ህዝቢ ተሰሪቑ ህዝባዊ ተቓውሞ ምስ ተላዕለ፡ ፕሮፈሰር መስፍን ዝበሎ ዳርጋ ክውን ኮይኑ ነበረ። ኣቶ በድሩ ኣደም፡ "ንወየንቲ ናብቲ ዝመጽእዎ ክንመልሶም ኢና!" ኢሎም ኣብ ኣደባባይ ምስ ተዛረቡ፣ ህዝቢ ኽኣ፡ "ትግረ ናብ መቐለ ንብረት ናብ ቀበሌ" እናበለ ክደርፍ ተሰምዐ! ፕሮፈሰር መስፍን ድማ፡ ኣብቲ ቀውጢ ግዜ ኣብ ጐኒ ህዝቢ ትግራይ ደው ብምባል ዘየዋላውል መርገጺኡ ኣፍለጠ።)

* * *

በረኸትን መለስን፡ ንምስንግ ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ ተቓዊሞሞ'ዮም ዝብል ናይ ብዓል ተወልደ ክሲ፡ ክትኣምኖን ከይትኣምኖን ዘኽእል ርጉጽ ሓበሬታ የልቦን። መለስ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ቃለ መሕተታት ዝምልሶም ዝነበረ መልስታት፡ ዘይንጹራትን ተጋራጨውትንዮም ነይሮም። መለስ ነቲ ስጕምቲ ተቓዊምዎ ነይሩ እንተ ዝኸውን፡ "ሕብሪ ዓይንኹም ደስ ኣይበለናን፡" ክሳዕ ምባል ከገድዶ ዝኽእል ኩነታት ኣይነበረን። ብዓል ተወልደ ኣብ ጋዜጣ ሪፖርተር፡ "በረኸት፡ ንምብራር ኤርትራውያን "ምጽራይ ዓሌት

(Ethnic cleansing) ክብል ገሊጽዎ፡" ኢሎም ምስ ጸሓፉ፡ በረኸት፡ ኣብታ ጋዜጣ መልሲ'ኳ እንተሃበ፡ ኑቲ ጉዳይ ከይነጸጎ ስለ ዝሓለፈ ግና ንብዓል ተወልደ ክንኣምኖም ተገዲድና ኢና።

ብርግጽ ከይተመለሰ ዝተረፈ ሕቶ'ሎ። በረኸት፡ ኤርትራውያን ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ክባረሩ ከለው ኑቲ ስጉምቲ ተቓዊምዎ እንተ ኾይኑ፡ ካበይ ተበጊሱዩ? ከም ብዓል ፕሮፌሰር መስፍን፡ ብፖሊሲ ደረጃ ድዩ ዋላስ ኤርትራዊ ደም ስለ ዘለዎ ምስ ወገናቱ ተደናጊጹ? ብመርሓ ደረጃ ተቓዊምዎ ነይሩ እንተ ዝኸውን፡ ኣባል ናይታ ኤርትራውያን ናይ ምብራር ሓላፍነት ዝተዋህባ ኮሚተ ኾይኑ ክሰርሕ ከሎ መርገጺኡ መፍለጠ። ብዓል ተወልደ ከም ዝበሉና፡ በረኸት፡ ንክልተ ዓመታት ዝኣክል ኣባል'ታ ኮሚተ ኮይኑ እናሰርሐ ከሎ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝወርድ ዝነበረ ግፍዕን በደልን እናረኣየ ትም ስለ ዝበለ፡ መትከል ኣሎዎ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ኤርትራዊ ደም ስለ ዘለዎ ምስ ወገናቱ ተደናጊጹ ከይንብል፡ ዝረኣናሉ ምድንጋጽ ዋላ ሓንቲ የልቦን። ብዛዕባ'ዚ እንተ ዝሕተት ግና፡ ብመትከል ደረጃ'የ ተቓዊመዮ ከም ዝብለና ምግማቱ ኣየጸግምን'ዩ።

ሕጂ ንኹሉ ነገር ክዕዘቦ ከለኹ፡ በረኸት፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ብዛዕባ መትከል ክዛረብ ዝኾነ ይኹን ሞራል ኣሎዎ ኢለ ኣይግምትን'የ። ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን፡ ናይቲ ኣብ መቃድሾ ኣትዩ ኣማኢት ኣሽሓት ህዝቢ ዝጨፍጨፈን ዘፈናቐለን መንግስቲ፡ ኤርትራውያን ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ምብራሮም፡ ብመትከል ደረጃ ጉጉይ'ዩ ነይሩ እንተ ዝብለና፡ ከመይ ጌርና ክንኣምኖ ንኽእል?

* * *

እቲ ምግምማዕ ኣብ ዝተጋህደሉ እዋን፡ ብኣባላት መሪሕነት ህወሓት ተጻሒፎም ካብ ዝቐረቡ ሓምሽተ ወረቓቕቲ፡ እታ ሓንቲ ብስየ ኣብርሃ ዝተጻሕፈት'ያ። ተኽሉ፡ ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ኾይነ ነታ ቅዳሕ ንፍርቅ-ሰዓት ከንብባ ሂቡኒ ነይሩ። ስየ ከምቲ ልሙድ፡ ኑቲ "ትዕቢተኛ" ባህሪኡ ኣብቲ ጽሑፍ ኣንጸባሪቕዎ ነበረ። ከምቲ ኣቐዲሙ፡ "ተደሊና ኵናት ክንውልዕ ንኽእል ኢና!" ዝብል ካብ ኣፉ ዝመለኾ ዘረባ'ውን፡ ብተመሳሳሊ ኣብቲ መጽናዕታዊ ወረቐት ኣስፊርዎ ነበረ። እዚ ንህላው ኣባል ውድባት ኢህወደግ ዝፈታተን'ዩ ነይሩ።

ድሕሪ'ቲ ባይቶኣዊ መረጻ፡ ገምጋም ንምክያድ ምድላዋት ክግበር ከሎ፡ "እዚ ገምጋም፡ ኣብ ጉዳይ ልኡላውነትዶ የተኵሮ፡ ዋላስ ግዕዝይና ከም ቀንዲ ኣጀንዳ ቀሪቡ ናይ ዓሰርተ ዓመታት ገምጋም ይኹን?" ዝብል ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ኣካታዒ ሕቶ፡ ስየ ዘቐረቦ ጽሑፍ፡ ንናይ ብዓል መለስ እማመ ኣትሪሩ ዝቃወምዮ ነይሩ። ብዓል ስየ፡ ንመለስ

ምእላይ መታን ክጥዕሞም፡ እቲ ገምጋም "ኣብ ልኡላውነት" ኣተኵሩ ክካየድ ድፍኢት ይገብሩ ነበሩ። ብተወሳኺ፡ ስየ ዘቕረቦ ጽሑፍ ንተሳትፎ ኣባል ውድባት ኢህወደግ ዘቂናጽብ'ዩ ነይሩ። ከም ብኣዴንን ኦህዴድን ዝኣመሰላ ውድባት፡ ናይ ክልላተን ጉዳያት ጥራይ ክርእያ እንተ ኽኢለን'ውን ዓቢ'ዩ ብምባል፡ ብተዘዋዋሪ መገዲ ሓጪጩለን። እዚ ንብኣዴን ሓፍ ዘይብል ጸርፊ'ዩ። በረኸት፡ ነዚ ኸምዚ ዝኣመሰለ ንዕቀትን ጣልቃ ምእታውን ካብ ግዜ ቃልሲ ጀሚሩ ይቃወሞ ነበረ። ንናይ ስየ ጽሑፍ ድማ ተሪር መልሲ ሃበሉ።

(ንሕና ዓዳዊ ጉዳያት ጥራይ ክንዓምም፡ ንሰኽም ድማ ብደረጃ ሃገር ዝትግበሩ መደባት ከተሰላስሉ ዝብል ሓሳብ፡ ሬሳና ረጊጽኩም ክትገብርዎ እንተ ዘይኮይኑ፡ ምሳኽም ክንሰማማዕ ኢልኩም ፈጺምኩም ኣይትሕለሙ!!)

ብዓል በረኸት ክሳብ ክንድኡ ክደፍሩ ዝኽኣሉ፡ መለስ ብድሕሪኡም ስለ ዝነበረ'ዩ ዝብሉ'ለው። ብወገኑይ፡ ነዚ ሓሳብ'ዚ ዝነጽግ ምኽኑይ ነገር የብለይን። ምኽንያቱ፡ ቀደም ይኹን ሕጂ፡ ብኣዴን ከም ውድብ "ናጻ መስመር ኣሎዎ" ኢልና ክንኣምነሉ ዘኽእል ስራሕ ኣይረኣናሉን።

* * *

ኣብቲ ብዓል መለስን ተወልደን ዝጐራፈጡሉ ዝነበረ እዋን፡ ስየ ኣብርሃ ጆኬር ስለ ዝነበረ፡ ብዓል መለስ ነቲ ዝፈጸሞ ብልሽውና ክሳብ ዝኣኽሎም ኣጋውሕዎ። ህዝቢ ግና "ኩላትኩም ሓደ፡" ብምባል ሸለል በሎም። ብወገነይ ምስቲ ናይቲ ህዝቢ ርእይቶ እሰማማዕ'የ።

ስየን ቤተ-ሰቡን፡ ብግዕዝይና ከም እተጨማለቑ ዘረጋግጽ መርትዖ ኣከራኻሪ ጉዳይ'ኳ እንተ ነበረ፡ እቲ ወረ ግና ኣብ ኩሉ ተባጺሑ ነበረ። ብዓል መለስ፡ ነቲ ጉዳይ ፖለቲካዊ መኽሰብ ንምርካብ ኣውጺሎሞ ከም ዝነበሩ ዘጠራጥር የብሉን። ስየን ቤተ-ሰቡን፡ ብብልሽውና ከም እተማራስሑ ኣብ መላእ ትግራይ ይውረ ከም ዝነበረ ዝክሓድ ኣይኮነን። ዓበይቲ መኻይን ብጐደናታት መቐለ ክሓልፋ ኸለዋ፡ ቁልዑ ጽግዕ ኢሎም ብምሽታት፡ "ስየ ስየ ትጨኑ" እናበሉ ይድእሉ ከም ዝነበሩ እፈልጥ'የ። ናይ ስየን ቤተ-ሰቡን ጉዳይ፡ ብሓፈሻ ካብቲ ናይቲ ውድብ ኣተሓሳስባን ብልሽውናን ተፈልዩ ንበይኑ ዝረኣየሉ ዋላ ሓንቲ ምኽንያት ኣይነበሮን።

"ኤፈርት" ተባሂሉ ዝፍለጥ ብርክት ዝበላ ኩባንያታት ዝሓቖፈ ንግዳዊ ትካል፡ ዝተፈልጠ ሕጋዊ መንዛዒ ምኽኑ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ነጋሪ ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን። ብዘይፍትሓዊ ኣገባብ እናሰርሑ፡ ነተን

ነባራት ብሕታውያን ትካላት ዋኒን ካብ ስራሕ ወጻኢ ይገብርወን ከም ዘለው ከም ጸሓይ ቐትሪ በጣዕጣዕ ዝበለ ሓቂ'ዩ።

ተወልደ፡ ነጋሶ፡ በረኸት፡ ኣለምሰገድ.... እናበልና ብደረጃ ወልቀ-ሰባት እንተ ርኢናዮም፡ ነዝማዶም ዝሃብዎ ብዓይኒ ዝርኢ ፍሉይ ጥቕሚ ኣይህሉን ይኸውን። ነተን ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝንቀሳቐሳ ዝነበራ ወይ'ውን ጌና ዝንቀሳቐሳ ዘለዋ ኩባንያታት ዝመርሑወን ግና ንሳቶም እዞም መራሕቲ'ዮም። ናይዘን ኩባንያታት ኣታዊ ንህዝቢ ትግራይ'ዩ'ኳ እንተ ተባህለ፡ ናብ ኣካየድቲ ቤት-ጽሕፈት "ኤፈርት" ግና ኣዲተራት ተቐልቂሎም ኣይፈልጡን'ዮም ዝብል ዓቢ ወቐሳ ኣሎ። ብዝኾነ፡ ብጉልባብ ሕጋውነት ምምንዛፅ ይካየድ ከም ዘሎ ንህዝቢ ኢትዮጵያ በየናይ ቋንቋ ከተረድኦን ከተእምኖን ትኽእል?

ብዓል መለስን ተወልደን፡ እተን ኣሓት ኩባንያታት ዝግብታኦ ዘለዋ ሃብቲ፡ ከም ሓደ ቅዱስ ተግባር ቆጺሮም ብጉዳይ ስየ ይማነቱ ነበሩ። ህዝቢኽ ነዚ ኹሉ ይፈልጦ ድዩ? "ስየ ብግዕዝይና ተቐማጢው" ዝብል ናይ ብዓል መለስ ኣውያት፡ ኣቓልቦ ህዝቢ ክትተሉ ዘይክኣለ ምኽንያት እዚ'ዩ ነይሩ። ህዝቢ ብሓደ ቃል፣

"ኩላትኩም ሓደ!!" በሎም።

ካብቲ ብጉልባብ ሕጋውነት ዝግበር ምምንዛፅ፡ ህዝቢ ትግራይ ከም ዘይረብሕ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከተእምኖ ኣጸጋሚ'ኳ እንተ ኾነ፡ እቲ ሓቂ ግና ንሱ'ዩ። ኢትዮጵያዊ ምኽኑ ፍጹም ዘይጠራጠር ህዝቢ ትግራይ፡ ሒደት ፋብሪካታት ስለ እተተኽለሉ ምስ ካልኦት ኢትዮጵያውያን ወገናቱ ተፋኒኑ ኣተኣማማኒ ረብሓ ክረክብ ከም ዘይክእልን እናተሓጋገዘ ብሓባር ክዓብን'ዩ ዝመርጽ። እንተኾነ ግና፡ እዞም ኣብ ኮረሻ ስልጣን ዘለው መራሕቲ ኣርሒቖም ክጥምቱ ስለ ዘይክኣሉ፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ንብርክት ዝበሉ ተጋሩ ምሁራት ኣቓጢዕዎም ይርከብ።

* * *

ኣብ መንጎ ኢትዮጵያ ኤርትራን እተኻየደ ኵናት፡ ከምቲ ብዓል ተወልደ ዝሓለምዎ ኾይኮነ ምስ ተዛዘመ፡ ንመለስ፡ ከም ገንሸል ኣብርሃም ክስውእዎ ወጢኖም ነበሩ። ነቲ ውጥን ካብ ዝተቓወምዎ ሓደ ዶክተር ካሱ ይላላ'ዩ። ዶክተር ካሱ ይላላ፡ "ስምምዕ ትግባረ ሰላም ንቀበሎ" ብምባል ካብ ዝተማንቱ ደገፍቲ መለስ ሓደ'ኳ እንተ ኾነ፡ ኣብቲ እዋን ሕንፍሽፍሽ ግና ሸሙ ብዙሕ ኣይተላዕለን። ምስ ዶክተር ካሱ ብዙሕ ግዜ ብስራሕ ንራኸብ ስለ ዝነበርና፡ ሓደ መዓልቲ

እግረመገደይ ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ምስ ኣልዓልክሉ፣

"ምስ ህሉው ኩነታት ዓለምና ምጕዓዝ'ዩ ዘድሊ። ኮናት ከም ኣማራጺ ምውሳድ ድሕረት'ዩ። ዋላ ኮናት ንግጠም መወዳእታኡ ኣብ ጠረጴዛ ስለ ዝፍታሕ፡ ልቢ ኣዕቢና ሓፍኑት ብዘለዎ መገዲ እንተ ንሕዞ ጽቡቕ'ዩ ነይሩ።" በለኒ ሕማቕ እናተሰመየ።

ኮናት ኢትዮ-ኤርትራ ተኻዪዱ ካብ ሚእቲ ሽሕ ዘይውሕዱ ዜጋታትና ህይወቶም ምስ ሰኣኑ፡ ናብ ኣልጀርስ ከይዶም ኣብ ዙርያ ጠረጴዛ ኮፍ ምስ በሉ፡ ሽዑ ብሓቂ ዶክተር ካሱ'ዩ ተዘኪሩኒ።

ብዓል ተወልደ ምስ ብዓል መለስ ብጉዳይ ስምምዕ ትግባረ ሰላም ምርድዳእ ዝሰኣኑ፡ ብዓል ተወልደ ኣብቲ ጉዳይ ሕቡእ ኣጀንዳ ስለ ዝነበሮም ምኽኑ ዶክተር ካሱ ይፈልጥ ነይሩን ኣይነበረን ኣይፈልጥንየ። ኮናት ቅድሚ ምጅማሩ፡ ኣለምሰገድ ገብረኣምላኽ ናይ ቀረባ ሓላፊየይ ስለ ዝነበረ፡ ናይቲ ዝካየድ ዝነበረ ፕሮፖጋንዳን ምድላዋት ኮናትን ምስጢራት ክፈልጥ ዕድል ነይሩኒ። ብዓል ተወልደ፡ ክንየው ምኽባር ልኡላውነት ካልእ ኣጀንዳ ከም ዝነበሮም ኣብቲ ከባቢ ዝነበርና ኩልና ንርድኦ ነበርና። ኣባላት ናይቲ ጀንዳ፡ ንሻዕብያ ካብ ዝጸልእዎ ንላዕሊ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ'ውን ሓያል ጽልኢ'ዩ ነይርዎም።

ኣለምሰገድ ገብረኣምላኽ፡ ንሒደት ሓለፍቲ ፕሮፖጋንዳዊ ጉዳያት ኣኪቡ ብዛዕባ ምኽባር ልኡላውነት ዘይኮነ ጽልኢ ብዝሓዘለ ስምዒት ብዛዕባ ክብርኻ ምምላስ ከምዚ እናበለ'ዩ መዲሩልና፣

"ኮናት ምስ ተጀመረ ውሽጢ ኤርትራ ኽንኣቱ ኢና! ሻዕብያ ክብሩ ክዕቅብ ክብል ውሽጢ ኤርትራ ኽም ዝኣተና ብዕሊ ኣይገልጽንዩ። ንሕና ድማ ድምጽና ኣጥፊእና ሰተት ኢልና ኣስመራ ኽንኣቱ ኢና"

ኢህወደግ ንኤርትራ ምስ ተቈጻጸራ፡ ብዛዕባ ንሰርሐ ናይ ፕሮፖጋንዳ ስራሕ ኣመልኪቱ ድማ፣

"ኣብ መላእ'ታ ሃገር፡ ህዝቢ ንኢህወደግ ከም ዝድግፍ ኢህወደግ ድማ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘይትንክፍን ዘይድፈርን ህዝባዊ ሓይሊ ምኽኑ ክንጉስጉስ ኢና! ናይቲ ህዝቢ ዝለዓለ ደገፍ ብቀጥታ ንረብሓ ውድብና ከነውዕሎ ይግባእ። ህዝቢ ኢህወደግ ሓበንና'ዩ፣ ንእኡ ሒዝና ዝኾነ ሽግር ክንፈትሖ ንኽእል ኢና ኢሉ መታን ክኣምን፡ ኣበርቲዕና ክንጉስጉስ ኢና፡" ብምባል መግለጺ ገበረልና።

ድሕሪ'ቲ ኣኼባ፡ ንበረኽት ዝምልከት ዕላላት ካብ ተኽሉ ተኽላይ ሰማዕኩ። በረኽት ንናይ ብዓል ስየ ምኽፋት ደማዊ ኮናት ኣትሪሩ ይቃወሞ ነበረ። ኣብቲ ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ዝካየድዎ ኣኼባ፣

"ደርግን ጀንህየን ፈቲኖም ምስላዋ ዝኣበዮም ኮናት፡ ንሕና

ሕጂ ከመይ ጌርና ንደግሞ!? ካብ ታሪኽ ክንምሃር ይግብኣና! ንህዝቢ ኤርትራ ሓሪድናን ቀቲልናን፡ ንኤርትራ ክንቄጻጸራ ኢና ትብሉ እንተ ኾንኩም ድማ ሓሳባኩም ኣፍሊጡና፡" ኢሉ መርገጺኡ ኣፍለጠ። ከምኡ ስለ ዝበለ፡ ምስ ብዓል ተወልደ ናይ እግዝኣብሄር ሰላምታ ምንፍፋግ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዝተራኸቡሉ ኮሬድዮ ብኽፉእ ዓይኒ ክጠማመቱ ጀሚሮም ኣለው ኢሉ ተኽሉ ኣዕለለኒ። ቀጺሉ፣

"በረኸት ብዘይጥርጥር ሻዕብያ'ዩ፡" በለኒ።

"ኣይመስለንን።"

"ኣይትጠራጠር ሻዕብያ'ዩ።"

"ከመይ'ልካ ርግጸኛ ትኸውን?"

"ሻዕብያ እንተ ዘይከውን ከመይ ኢሉ ንተወልደ ኸምኡ ኢሉ ይደፍር?"

ኣነ እገድድ ምስ ተኽሉ ዘኸድድ! ትም ግዳ ዘይብል!

* * *

ኮናት ኢትዮ-ኤርትራ ከምቲ ብዓል ተወልደ ዝተመነይዎ ከይኮነ ምስ ጸሓየ፡ ብዓል ተወልደ ደይ መደይ ኢሎም፡ "ምስ ኤርትራ ዘካየድናዮ ኮናት ነቲ ወታሃደራዊ ታክቲክን ዶክትሪንን ዝነደፎ ጻድቃን'ዩ፡" እናበሉ የሳውሩ ነበሩ። መለስ ግና ኮናት እናተኻየደ ኸለ ኣብ ናይ ማስትረስ ናይ ምልእኣኽ ትምህርቱ ተጸሚዱ ነይሩ" እናበሉ ወረ ይነዝሑ ነበሩ። ናይ ብዓል መለስ ጃንዳ ብወገኑ፡ "ነቲ ኮናት ዝነደፎ መለስ'ዩ" ዝብል ፕሮፖጋንዳ ነዝሑ። ካብ ክልቲኡ ወገን ከምኡ ዓይነት ምምልላስ ክሰምዕ ከለኹ እሓዝን ነበርኩ።

ንምኽኑ ኣየናይ ወተሃደራዊ ጥበብ ተሰሪሑ'ዩ ክንድዚ ምጉት? ኣብ ሓንቲ ለይቲ ሚእቲ ሽሕ ወተሃደራት ስለ ዘህለኾካ ድዩ ወተሃደራዊ ጥበብ ክብሃል? ኣብ ቀዳማይ ኮናት ዓለም፡ እልቢ ዘይብሉ ሰራዊት ኣብ መጋርያ ሓዊ እናጠበስካ ዝካየድ ዝነበረ ድሑር ወተሃደራዊ ስልቲ፡ ኣብዚ ዘመነ ቴክኖሎጂ ስለ ዝደገምካዮ ከመይ ገይሩ ከም ሓደ ጅግንነት ክጽዋዕ ይኽእል?

ኣብቲ ኮናት ብጠቕላላ ክንደይ ኢትዮጵያዊ ተሰዊኡ? ክንደይ ቆሲሉ? ደበስ ስውኣትከ? እቶም ውጉኣት ሎሚ ኣበይ'ለው? መስዋእቶም ከም ጤለ-በጊዕ ንእለቱ ዝተረስዐኸ ደቂ መንዮም?... ዝብሉ ሕቶታት ብዓል ተወልደ መልሲ ከይሃቡሉ ጸግየም ሓዙ።

* * *

መለስ ኣብ መወዳእታ ካብቲ ብዓል ተወልደ ዘጻወዱሉ መጻወድያ ኣምሊጡ መንበረ ስልጣኑ ከረጋግጽ ከኣለ። መለስ፡ ካብ ዝተጻወደሉ

መጻወድያ ከመይ ገይሩ ከምልጥ ከም ዝኽእል ዝፈልጥ በሊሕ መራሒ ምኳኑ ይእመነሉ'ዩ። ካብታ ብዓል ተወልደ ዘጻወዱሉ "ተንበርካኽነት" ትብሃል መጻወድያ ኣንጭዋ ንምምላጥ፡ ረቀቕቲ ሜላታት ብምንዳፍ በንጻሩ ነቲ ውጽኢት ናብ ረብሓኡ ዝቐየረ ሰብ'ዩ።

ኮናት እናተኻየደ ኸሎ፡ መለስ ናይ ግዕዝይና ወረ ናብ ኩሎም ካድራት ኣባላት ውድብ ኢህወደግ ነገረሐ። ብኣዴናት፡ ቀንዲ ደገፍቲ ክኾኑ ፍቓደኛታት ነበሩ። ብኣዴናት ኣብዚ ጸወታ ብሓደ ልቢ ዝተሳተፉ፡ ከምቲ ብዓል ተወልደ ዝብልዎ ንናይ መለስ ዕድመ ስልጣን ከናውሑ ኢሎም ኣይኮኑን። እንታይ ደኣ ኣብ ልዕሊ ኣኽረርቲ ኣባላት መሪሕነት ህወሓት ነዊሕ ዝገበረ ቂም ሒዞም ስለ ዝነበሩ፡ ነቲ ኣጋጣሚ ክጥቀምሉ ዝኽእሉ መሲልዎም ስለ ዝነበረ'ዩ።

መለስ፡ "ኣባላት ውድብ ኢህወደግ!፡ ደጊም ናይ ተጋሩ ጭራ ምኳን ይኣኽለክን፡" ኢሉ ብስውር ምስ ለኣኽለን፡ እተን ኣባል ውድባት ከም ፈጣን ውተሃደር'የን ተንቀሳቒሰን።

ብዓል መለስ ይኹኑ ብዓል ተወልደ ግና ብዘይካ ህወሓት እተን ዝተረፋ ኣባል ውድባት ኢህወደግ ተላኣኣኽቲ ምኳነን ዝሰማምዑሉ'ዩ። ኣብ እዋን ምክፍፋል፡ መለስ ኣብ ግቡእ ሰዓቱ ስምዒቶም መዝሚዙ ተጻዊቱሎም'ዩ። ብመራሕነት በረኸት፡ ኣባላት መራሕነት ናይተን ውድባትን ወከልቲ ሰራዊትን ካድረታትን ኣብ ልዕሊ ብዓል ተወልደ ዘመቱ። ኣብቲ እዋን ዘመተ ኸኣ፡ መለስ፡ "ቦናፓርቲዝም" ትብሃል ባንዴራ ነቶም ወታሃደራት ኣዕተሮም።

"ቦናፓርቲዝም እንታይ ማለት'ዩ?

ኣእዛን ከም እዝኒ ማንቲለ ኮር በላ። ኣየ መለስ! ኣይጸድቕን'ዩ መሸም! ነታ ቦናፓርቲዝም ትብል ቃል ኣብ ማእከል ብዓል ተወልደ ምስ ደርበያ፡ መብዛሕትኦም ሰሚያማ ስለ ዘይፈልጡ፡ "ብዓል ተወልደ ትርጉም ቦናፓርቲዝም ንምፍላጥ መጽሓፍቲ ክእልሹ ክንየዩ ኸለው፡ ብዓል መለስን በረኸትን ጫት እናቑሓሙ ይስሕቑዎም ነይሮም፡" ኢሉ ሓደ ተዋዛያይ ናይ ብሕቲ ጋዜጠኛ ብሓደ እናዕለልና ኸለና ደኣለ። ኣነ ግና፣

"ክላእ ዋዛ'ዩ፡" ኢለ ሰሓቕኩ።

"ዋዛ ድዩ መሲሉካ?"

"እንታይ ደኣ?"

"ይቕሕሙ'ዮም!"

"ሓሶት'ዩ!"

"መለስን በረኸትን ኣብ እንዳ ዳዊት ይቕሕሙ'ዮም።"

(ሓቂ ይሓይሽ፡ መለስ ጫት ክቑሕም ርኢናዮ ኣይንፈልጥን ኢና። ኑቲ ወረ ዘረጋግጽ ሓበፊታ ግና ካብ ዶክተር ነጋሶ ረኺብናዮ። ነጋሶ፡ ኣብ ጋዜጣ ሪፖርተር ኣብ ዝጸሓፎ ዓንቀጽ፡ "ምክፍፋል ህወሓት ምስ ተጋህደ፡ ኣበየ ኣባይቲ መቐሓሚ ጫት Lobby ይግበር ነይሩ" ብምባል፡ መሪሕነት ኢህወደግ ኣብይተ መቐሓሚ ጫት ይተዓጸዋ ከም ዝበለ ሓቢሩና። ምቐሓምሲ ይቐሓሙ፡ መለሎም'ዩ፣ ምስ ተፈለሁ ግና፡ ጠባዮም ከመይ ከም ዝኸውን ስለ ዘይንፈልጥ የተሓሳስበና'ዩ። መንግስቲ ሃይለማርያም፡ ኣወዳይ ዝብሃል ጫት ይቕሕም ነይሩ። ብዙሕ ግዜ ቀኒሑ ምስ ወደኡ፡ ካብቶም ኣብ ቤተ-መንግስቲ ዝተኣስሩ እሱራት በብሓደ እናቐንጠረ ኣብ መንደቕ ኣጸጊው ብሽጉጥ ይርሸኖም ከም ዝነበረ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበሩ ኣባላት ሐለዋ ዝሃብዎ ቃል ምስክርነት ኣንቢብናዮ ኢና። መንጌ ቴክሳስ ቀኒሑ ምስ ሰጠለ፡ ናብ በኣሉ ግርማ ደዊሉ "ንዓ ዊስኪ ንስተ" እናበለ የሸግሮ ከም ዝነበረ፡ ደራሲ ስብሓት ገብረእግዚኣብሄር ኣዕሊሉኒ። መራሕቲ ዘመንና ሰጢሎም ዝወሰንዎም ውሳነታትስ እንታይ ኮን ይኸኑ?)

ብዝኾነ፡ ብዓል ተወልደ ቦናፓርቲዝም ትብል ቃል ምሰ'ጽንዕዋ ዝከኣሎም ዓጸፈታ ጸሓፉ። ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት፡ ኣብ ሓንቲ ለይቲ ናብ ደራሲ ተቀዪሮም ምሉእ ለይቲ እናቑሓሙ ክጽሕፉ ከም ዝሓደሩ ምስ ሰማዕና፡ ዳእላ ድዩ ሓቂ ምፍላዩ ኣጸጊሙና እእምሮና ብኣረቂ ከነደንዝዞ ነምሲ ነበርና።

ኣብታ ሰሙን፡ ትርጉም ቦናፓርቲዝም ካብ መዝገበ-ቃላት ሃሰው ኢልና ኣብ እፎይታ ኣውጻእና።

በረኸት ደዊሉ ተቐጥዐ።

"እንታይ'ዩ እቲ ጸገም?" ሓተትክዎ።

"ብዓል ተወልደን ኣለምሰገድን ትርጉሙ ምርዳእ ስኢኖም መድረኽ ረጊጾም ዝወጹእሉ ጉዳይ፡ ንስኹም ከመይ ጌርኩም ኣነኣኢስኩም ተቐርብዎ? ኑቲ ጉዳይ ከይትተናኽፍዎ፡" በለኒ።

ኣዝዩ እናገረመኒ ነታ ተሌፎን ዓጽኹዋ።

ብስሩ ቦናፓርቲዝም ዝብል ጽንሰ-ሓሳብ ምፍላጡን ዘይምፍላጡን መሰረታዊ ጉዳይ ፍልልዮም ኣይነበረን። ብዓል በረኸት፡ ነዚ ኣምር ከም ሓደ ፍሉይ ቅድሚ ሕጂ ተረእዩ ዘይፈልጥ ኣራዊት ጌሮም ከም መፈራርሒ ክጥቀሙሉ ሓሲቦም ነበሩ። እቶም ኣባላት'ውን፡ ቦናፓርቲዝም ዝብሃል ኣራዊት ንምርኣይ ተሃንጥዮም ነበሩ። ኣብቲ ግቡእ ግዜኡ ድማ ነቲ ኣራዊት ፈነውዎ።

"ቦናፓርቲዝም'፡ ናፖሊዮናዊ ናይ ቤተ-ሰብ ሰልፍን ሚላ ቤተ-

ሰባዊ መመንዝዒ ገንዘብን'ዩ" ዝብል ቅልጡፍን ሓጺርን ትንታነ ካበይ ከም ዝመጽአ ከይተፈልጠ ኣእዛን ካድራት ኢህወደግ ኣጽመመ።

ናይ ቤተ-ሰብ ሰልፊ!

"እዚ ኹሉ ተጋዳላይ ተቃሊሱ ዝተሰዋኣሉ ናብ ቤተ-ሰባዊ ናይ ጥቅሚ ማሕበር ክልወጥ!? እዚ ኹሉ መስኪን ሓረስታይ ህይወቱ ዝኸፈለሉ፡ ቤተ-ሰብ ስየ ሸነን ክብልሉ ድዩ? ብዓል ስየ፡ ኤኮትረታት ከዋፍሩ፡ ናይ ከተማ ከይኣኽሎም ኣብ ተንቤን ቪላ ክሰርሑ፡ ከም ሃብታማት እንግሊዝ ናይ ገጠርን ከተማን ገዛውቲ ሒዞም መሬት ኣይትጽርና ክብሉ! መለስ መስኪን ግና! መጽሓፍ ጥራይ ንብረቱ! እዋይ ኢትዮጵያ! 'ኢትዮጵያ ታብፅህ ኢደዊሃ ሃበ እግዚኣብሄር' እንቋዕ ደኣ መለስ ዜናዊስ ተወልደ!"

ደገፍቲ መለስ ከምዚ ክብሉ ኸረሙ።

ኣብታ ሰሙን፡ ናይ ጆርጅ ኦርዌል "Animal Farm" ዘርእስታ መጽሓፍ ብፎቶኮፒ እናተባዘሐት ብናጻ ተዓደለት። ነቶም እንግሊዝኛ ዘጸግሞም ድማ ናይ ኣምሓርኛ ትርጉም 'የእንስሳት እደር' (ሕርሻ እንስሳ) ተኣሊሻ ኣብ ኩሉ ኣብያተ-ጽሕፈት ተዓደለት። ብዛዕባ'ታ መጽሓፍ ሰሚያም ዘይፈልጡ ግና ነገራቱ ምርዳእ ስለ ዝኣበዮም፣

"እንታይ'ዩ እዚ ነገር?" እናበሉ ክሓቱ ጀመሩ።

"ዛንታ ሓሰማታት፡ ኣኽላባትን ኣእዱግን...."

"መን'ዩ ሓሰማ? መን'ዩ ኸልቢ? መን'ዩኸ ኣድጊ?"

"ብሓጺሩ፡ ንስኻ ሓላው ሓሰማ ከልቢ ኢኻ!"

ኣሰናዳእቲ ብሕታውያን ጋዜጣታት፡ ንኣና ንናይ ኢህወደግ ጋዜጠኛታት ኣብ ከባቢ ቲ-ሩም ክረኽቡና ኸለው ብዓውታ ክስሕቑና ጀመሩ። ከምቲ ኣባል ክፍሊ ፕረስ ተኽሉ ተኽላይ ዝብሎ፡ ዓው ኢልካ ምስሓቕ ክኽልከል ነይርዎ። ንሕና መታን ክንሰምየም፡ ጋዜጣኣም ከም መንዲል ዘርጊሖም ብዓውታ ይስሕቁና ነበሩ።

"ብዓል መን'ዮም ተኣልዮም?"

"ስየ፡ ተወልደ፡ ኣለምሰገድ..."

ብዝኾነ፡ መለስ ኣብ መወዳእታ ዝፍጸም ፈጺሙ ናይቲ ጸወታ ፍጻመ ኾነ።

ብዓል መለስ ዝተኸፋፈሉሉ ናይ መወዳእታ ኣኼባ፡ ኣብ ሆተል ሂልተን'ዩ ተኻይዱ ይብሃል። ሂልተን ዝተመርጸሉ ምኽንያት፡ ኣብ መንጎኡም ቡምባ ምፍንጫሩ ከም ዘይተርፎ ተገንዚቦሞ ስለ ዝነበሩ'ዩ። ብዓል ተወልደ ኑቲ ቤተ-መንግስቲ ኣይኣመንዎን። ከምቲ ጸኒሑ ዝወጽአ ምስጢር እንተ ኾይኑ ድማ፡ እቲ መኣከቢ ኣደራሽ ኣብ ትሕቲ ስውር ምክታትል ሲኣይኣይ መቐድሑ ምስልን ድምጽን ኣትዩ ነበረ።

መለስ፡ ብዓል ተወልደ ማሕበርነታውያን ምኽኖም ንኣመሪካውያን ከም ዘእመኖምን እቲ ኣኼባ ድማ ብቐረባ ክከታተልዎ ተሰማሚያም ምንባሮምን፡ ኣብ Paltalk፡ alama111 ብዝብል መጸውዒ ትጽዋዕ ሰብ ከምኡ ክትብል ሰሚዐያ።

(ሓቂ'ዩ ኩሉ ኣብ Paltalk ዝውረ ወረ ኣይእመንን'ዩ። alama111 ግና ፍልጥትን እምንትን ገዲም ተጋዳሊት ኢህኣፓ ክትከውን ከሳ፡ ምንጪ ሓበሬታ ጠቒሳ ከም ዘቕረበትልና ይዝከረኒ።)

ኣብቲ ኣብ ሆተል ሂልተን ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ብዓል ተወልደ ብድምጺ ብልጫ ተዓዊቶም ነይሮም እንተ ዝኾኑ'ውን እቲ ኹነታት ኣይምተቐየረን። መለስ፡ ብሓገዝ ኣመሪካውያን ነቲ ጃንዳ ዓፊኑ ምኣለዮ ብምባል ነቲ መስርሕ ብቐረባ ዝከታተልዎ ዝነበሩ ተንተንቲ ፖለቲካ ዝጸሓፍዎ ጽሑፋት ኣንቢበ ኣለኹ።

ኣብቲ እዋን ምክፍፋል፡ "መለስ ኣብ ትግራይ ደገፍ ክረክብ'ዩ፡" ኢሉ ዝገመተ ኣይነበረን። "ናብ ዓዲ'ዲኡ ኤርትራ ወጊኑ!" ብምባል ብውሽጢ-ውሽጢ ጎስጓስ ስለ እተገብረ፡ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ጎኒ ብዓል ተወልደ ክስለፍ ትጽቢት ተገይርሉ ነበረ። ሕሹ'ኹ ታ'ኳ ኽይተሰምዐ፡ ገብሩን ኣረጋሽን፡ "ከምታ ኣመጻጽኣኹም፡ ኪዱ ናብ ኣጉዶኹም!" ተባሂሎም ተረፈቱ። ብዓል ተወልደ፡ ብውሽጢ-ውሽጢ ኣካይድናዮ ዝበልዎ ምውድዳባት ኣድራሻኡ ኽይተፈልጠ ብኡ'ቢሉ ተሰቲዩ ተረፈ። ኣማስያኡ መለስ ነቲ ናይ ምክፍፋል ድራማ ክዓጽዎ ዝኽኣለ፡ ካብ ኣህዴድን ምክል'ኻልን ድጋፍ ንምርካብ ብዝወሰዶ ስጉምቲ'ዩ። እዚ ድማ ምስ ክንፈ ኮፍ ኢሎም ከም እተመያየጥሉ ዝርዝር ሓበሬታ ኣሎኒ።

ህወሓት እንተ ተዳኺሙ፡ ብኣዴን ናብ ሕቕፊ ኣደ ውድቡ ኢህኣፓ ክኣቱ ከም ዝኽእል ኣብ ግምት እተመርኮሰ ትንተና ኣቕረቡ። ንብኣዴን ጥራይ ምእማን ዘለዎ ሓደጋ'ውን ሸተቱ። ህዝብታት ደቡብ ግና፡ ኩነታቱ ዘይተፈልጠ እኳ እንተ ኾነ፡ ንግዜኡ "ኣብ ዝኽዶ የብሉ፡" ተባሂሉ ፋይሉ ተጸግዐ። ብዓል መለስ፡ ህዝብታት ደቡብ ክብሃል ከሎ ዶክተር ካሱ ይላላ ጥራይ'ዩ ኣብ ሓንጎሎም ዝመጽእ። ከምኡ ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ቀ'ርቀ'ስ ኣብ መዓልቦኡ ንምብጻስ ናይ ኣህዴድን ምክል'ኻልን ኩነታት ንምቁጽጻር ቀዳምነት ሃብዎ።

ሚኒስትሪ ምክል'ኻል እንተ ኾነ፡ ብዓንተቦኡ'ውን ብሰንኪ ሸውራር ፖሊሲ ተዳኺሙ'ዩ ጸኒሑ። መለስ ኣብ ምክል'ኻል ዘለዎ ኣረኣእያ ካብ ምግራም ሓሊፉ ዘሕዝን'ዩ። ሓደ ኣብነት ኣልዒልና ምስ እንሪኡ፡

ምክል'ኻል መን ምኳኑን ናይ ተከዘታት ተራ'ውን ከመይ ምኳኑን ክንርድኦ ንኽእል ኢና።

ብርክት ዝበሉ መንግስታት ኣፍሪቃ፡ ብወተሃደራዊ ዕልዋ ናብ ስልጣን ስለ ዝመጽኡ እሙናት ጆነራላት ምሽያም ቐዳማይ ስርሐም'ዩ። ምምሕዳር መለስ ግና፡ እሙናት ጆነራላት ጥራይ ምሽያም ንበይኑ ናይ መቁጻጸሪ ስልቲ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ ኢሉ ዝኣምን።

ኣብ 1995 ኣብ ዝተኻየደ ንምክል'ኻል ዝምልከት ኣኼባ፡ ናይ ስልጣንን መዓርግን ምዕዳል ምስ ተገበረ፡ "እንታይ ዓይነት ሰራዊት ይሃልወና?" ዝብል ኣከራ'ኻሪ ሕቶ ተላዒሉ ምንባሩ ብቐረባ ክፈልጠ ዕድል ረ'ኺበ ነይረ። መብዛሕትኦም ቀዳሞት ኣዘዝቲ ሰራዊት ፍርሕ-ትብዕ እናበሉ ዘንጎድጎድዎ ትርጉም ኣልቦ ዲስኩር ንጎኒ ገዲፈ፡ መለስ ሒዝዎ ዝነበረ መርገጺ ከዋግዓኩም። ነቲ ሽዑ ቀሪቡ ዝነበረ ኣጀንዳ ብዝበለጸ ብሩህ ንምግባሩ፡ እቲ ዘተ ኣድላይነት ምህናጽ ፕሮፌሽናል ምዱብ ሰራዊት ኣብ ዝብል ዛዕባ ዘተኮረ ነበረ። "ዘመናውያን ኣዘዝቲ ኩናትን ሰራዊትን ንምህናጽ፡ ደረጃኡ ዝሓለወ መደበር ወተሃደራዊ ስልጠናታትን ወተሃደራዊ ኣካዳሚታትን የድልዩና'ዮም፡" ዝብል ርእይቶ ምስ ተላዕለ፡ መለስ ስምዒታዊ ኾይኑ መደረ። እቲ ሽዑ ዝመደሮ ቃል ብቓል ካብ መዘክር ደብተረይ ከንብበልኩም።

"... ኢትዮጵያ፡ Elite ሰራዊት ኣየድልያን'ዩ። ንጉስ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዘመናዊ ሰራዊት ሃኒጹ ተበሊዑ ተሪፉ። ደርግ'ውን፡ Elite ሰራዊት ሃኒጹ ተደጋጋሚ ዕልዋ መንግስቲ እናተኻየደሉ ከም ኣትማን ንሓድሕዱ እናተነኻኸሰ ኣሕሊፍዎ። ደርግ ኣብ ምዕዋቱ እናፍሸሎ ከይተበልዐ ተሪፉ'ምበር፡ ዕጫ ናይቲ ንጉስ ምበጽሖ ነይሩ። ንሕና ካብዚ ክንመሃር ኣለና። Elite ሰራዊት ኣየድልየና'ዩ። Elite ሰራዊት መወዳእትኡ ጨፍጫፊ'ዩ ዝኸውን። ካብ ኩለን ብሄራት እተዋጽኡ፡ ህዝቢ ዘይዕምጽን ነቲ ክሕልዎ ዝሃነጸ ስርዓት ድማ ተመሊሱ ዘይበልዕን ሰራዊት ክህነጽ ኣለዎ። ብፍላይ ሓይሊ ኣየር፡ ከም ሓደ ሓይሊ ኮይኑ ክቕጽል የብሉን። ናይዛ ሃገር ዓቕሚ'ውን ንሓይሊ ኣየር ክሽከም ኣይክእልን'ዩ። ሓይሊ ኣየር ሓደ ክፍሊ ናይ ምክል'ኻል ኮይኑ፡ ናይ ትራንስፖርት ክፍሊ ጥራይ'ዩ ከጎልብት ዘለዎ። ብሓይሊ ኣየር ዝተሳዕረ ጸላኢ ርኢና ኣይንፈልጥን። ሓይሊ ማለት፡ ርእሱ ክኢሉ ንሓደ ወፍሪ ዝዕወተሉ'ዩ፣ ጥይት እናቐረበን ውግኣት እናውጸአን ጥራይ ሓይሊ'የ እናበለ ዝነብር ሓይሊ ኣየድልየና'ዩ። እዛ ሃገር ኣብ ሓደጋ እንተ ወዲቓ፡ ህዝቢ ከምቲ ኹሉ ግዜ ዝገበሮ ባዕሉ ክከላኸል ይኽእል'ዩ።"

መለስ ከምዚ ዓይነት ትንተና ምስ ኣቕረበ፡ ብዛዕባ ወተሃደራዊ

ኣካዳሚ፡ ብዛዕባ ምህናጽ ብቐዕ ዘመናዊ ሰራዊት፡ ብዛዕባ ምሁራት መኮንናት.... ዝልፍልፉ ዝነበሩ፡ ብምሉኦም ግልብጥ ኢሎም ናይ መንግስቱ ንዋይ ክሕደት፡ ናይ ጀነራል መርእድ ንጉሴ ዓቢ ጉድለት..... እናዘከሩ ንናይ መለስ ውተሃደራዊ ፍልስፍና ወዲሶም እቲ ኣጀንዳ ተዓጽወ። ብናይ ማይ ኣባይ መወዳእታ ኣብ ዘይብሉ ስግኣት እትነብር ኢትዮጵያ፡ ኣብ ከባቢኣ ዝርከባ ናይ ርሑቕን ቀረባን ጸላእታ ናይ ኒኩለስ ላቦራቶሪ ሃኒጸን ምርምር ኣብ ዘካይዳሉ ዘለዋ እዋን፡ መለስ ግና፡ ሓደጋ እንተ መጺኡ ከም ወትሩ ሓረስታይ ሃገሩ ክከላኸል'ዩ ይብለካ። ካርታ ዘርጊሑ ኣበይ ከም ዘሎ ብነጥቢ ክሕብረካ ዘይክእል ጀነራል፡ ዝለዓለ ውተሃደራዊ መዓርግ ንመራሒ ማኪናን ትሕቲኡን ዘለው ሞያውያን ዝዕደለላ ሃገር፡ ብዘይካ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ካልእ ሃገር ኣበይ ይህሉ?

ኣብቲ እዋን ምክፍፋል፡ መለስ፡ ናይ ምክል'ካልን ኦህዴድን ኩነታት ብዝቐለለ መገዲ ክቁጻጸሮ ከም ዝ'ክእል ዝኣመነ፡ ብብዓል መን ከም ዝምራሕን ከመይ ገይሩ ከም ዝሃነጸን ስለ ዝፈልጥ'ዩ። ክንዲ ዝ'ኾነ ንክንፈ ገብረመድህን ጸዊዑ፣ "ኣነ ንመኮንናት ክእክቦም'የ። ኦህዴድ ግና ውላድካ ስለ ዝ'ኾነ እንታይ ክትገብር ትኽእል?" በሎ።

ክንፈ ድማ፡ "ኦህዴድ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ህይወት ዝብሃል የብሉን። ሒደት ትንፋስ ዘሪእና ግና ከነንቀሳቐሶ ንኽእል ኢና። መሪሕቱ'ውን ሕጂ'ኳ ኣብ ጐንና ጸኒያም ደው 'ተዘይበሉ፡ እናተለወጡ ምኻዶም ግና ኣይተርፍን'ዩ፡" በሎ።

በዚ መገዲ'ዚ ናይ ስራሕ ምክፍፋል ምስ ገበሩ፡ ክንፈ፡ ንኣባላት መሪሕነት ኦህዲድ ኣኼባ ክገብረሎም፡ መለስ ድማ ንኣዘዝቲ ሰራዊት ክእክቦም ተሰማሚያም ተፈላለዩ። ነቶም ኣብቲ ኣኼባ ዝሳተፉ ከመይ ገይሮም ከም ዝሰብክዎም ኮፍ ኢሎም ንድፊ ነደፉ። እቲ ኣኼባ ግና ከምቲ ዝተመደቦ ኣይተተግበረን። ክንፈ ናብ መኮንናት ከደ። መለስ ድማ ናብ ኣባላት መሪሕነት ኦህዴድ ኣተወ። እቲ ምቅይያር፡ ንጽባሒቱ ንግሆ ኣኼባ ምስ ተጀመረ'ዩ ተገደሩ። ስለምንታይ ኣብ መበል ዓሰርተው ሓደ ሰዓት ከምኡ ተገርዩ፡ ብዘይካ ክንፈን መለስን ካልእ ዝፈልጥ ዋላ ሓደ ሰብ የልቦን። መለስ ግና ንጽባሒቱ ንግሆ ንኣባላት መሪሕነት ኦህዴድ ኣኪቡ፡ ምልውዋዋ ከም እተገብረ ሓቢርዎም'ዩ። ኣብ ክልቲኡ ኣኼባ ዝተሳተፉ ኣኼበኛታት፡ ኣብቲ ኣደራሽ ዝተረኽቡላ ደቒቕ'ዮም፡ እቲ ኣኼባ ብመን ከም ዝምራሕ ዝፈለጡ። ዝ'ኾነ'ኾይኑ፡ ክንፈ ኣብቲ ናይ መኮንናት ኣኼባ ተቐትለ።

ኣብታ ክንፈ ገብረመድህን ዝተቐትለላ ዕለት፡ መለስ፡ ንኣባላት መሪሕነት ኦህዴድ ኣኪቡ ቡቲ ዝተታሕዘ ፕሮግራም መሰረት ኣኼባ

ከም ዘካየደሎም ተፈልጠ። ኑቲ ምቅይያር መበገሲ ገይሮም "ኣብ ናይ ክንፈ ቅትለት መለስ ኢድ ይህልዎ ይኽውን'ዩ" ብምባል ኣጸቢቐም ዝጠራጠሩ ሒደት ኣይኮነን። ደራሲ'ዛ መጽሓፍ ግና ምስ'ዚ ጥርጣረ ኣይሰማማዕንዩ። ኣብ መንነ ክንፈን መለስን፡ ክሳዕ ምቅትታል ዘብጽሕ ዘይምስምማዕ ነይሩ'ዩ ዝብሃል ነገር ሰሚዕና ኣይንፈልጥን።

ዝኾነኾይኑ፡ መለስ ዜናዊ "ኣበይ ኣለኻ ደጋፊ!" እናበለ ደምበርበር ክብል ከሎ፡ ምስ ኣባላት መራሕነት ኦህዴድ፡ ኣደአን ከም ዝጠፍኣተን ጨቓዊት ተበታቲኖም ጫቕ-ጫቕ ክብሉ ኣብ መገዲ ተራኸቡ። ካብኣ እትበልጽ እተተኣሳስሮም ኣጋጣሚ ክረኽቡ ከም ዘይክእሉ ተረዲኦም ከኣ ተሓቂቖፉ። ኩማን ኣባዱላን፡ ንጻድቃንን ተወልደን እናወገዙ፡ "ምሓረና ኣባሆራ!" እናበሉ ኣብ እግሪ መለስ ወደቑ። ንህዝቢ ኦሮሞ ምዕፋን ከም ዝቐጽልዎ ድማ ዳግም ማሕላኦም ፈጸሙ።

እንታይ ተረፋ?

ዋላ ሓንቲ!

እቲ መምህር እንታይ'ዩ ዝበለ?

"ኦ ተምሃሮ! ኮካኮላ ካብ ምኻን የድሕንኩም!"

እቲ ጃንዳ ምስ ተኣልየ፡ ስም ብዓል ተወልደ ቀስ ብቐስ እናተረስዐ ኸደ።

ብዓል ተወልደ "ጃንዳ" ተባሂሎም ምስ ተፈርዱን ካብ ህወሓት ምስ ተረፈቱን፡ ዝተረፈ መራሕነት፡ "ጉጅለ ቤተ-መንግስቲ" ዝብል ስያመ ተዋህቦ። ካብ ተራ ኣባል ዘይጠቅም ድጋፍ ንምርካብ ዘውጽእዎ ቅጽል'ዩ ዝመስል። መለስ ዜናዊ ግና መራሒ ምኻኑ ስለ ዘይተርፎ ቤተ-መንግስቲ ክኣቱ ግድን'ዩ። ካብ ታሪኽናን ልምድናን ተበጊስና፡ ቤተ-መንግስቲ ማለት፡ ምሾትን ኣምባገነንነትን ዝብሉ ኣብ ኣእምሮኻ ስለ ዝመጽኡ፡ ብዓል መለስ በዚ መገዲ ክርኣዩ'ዩ ነይሩ ድሌቶም። መለስ ግና ብዙሕ ኣይተገደሰሎምን።

ብዝኾነ፡ ብዓል መለስ ዳግም ትንፋስ ረኺቦም ብድድ በሉ፣ ኮይኑ ግና ፈተናኦም ጌና ስለ ዘይተወደኣ፡ ሰሪርና እናበሉ "ቅንጅት" ዝብሃል ካልእ ሕማም ርእሲ ህዝባዊ ሓይሊ ኮይኑ ገጠሞም። እቲ እዋን፡ ንብዓል ተወልደ ጸልማት ዘመን ከም ዝኾኖም'ዩ ዝፍለጥ። ቅንጅት ተቐቲሉን ተኣሲሩን ዘፍ ከይበለ፡ ብዓል ተወልደ "ዓረና" ዝብል ስም ኣምሪሖም "ተመሊስና" ኢሎም ኣወጁ። ስም ኤርትራ ድማ ከም ጨው-በርበረ ንዘመናት ዝኣክል ፖለቲካዊ መማቕርቲ ኾይኑ ጌና ይቕጽል ኣሎ።

ድሕሪ'ዚ ኹሉ ኮፍ ኢልና ከባቢና እንተ'ስተውዓልናሉ፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብኵናት ክሕመስ ወይ ድማ ኣብ ቀራና መገዲ ወዲቑ ንርእዮ

ኣለና። ፍሹል ምትእትታው ግዳማዊ ሓይሊ ወያኔ፡ ኣብ ሶማል ዘኽትሎ ህልቂትን ምምዝባልን ተጀሚሩ'ምበር ገና ኣይተወደአን። ኣብ መንነ ሰሜንን ደቡብን ሱዳን ዘሎ ዘይምስምማዕ፡ ጸገም ዳርፉር ተወሲኽዎ እቲ ዝዓበየ ቅልውላው ናይዚ ዞባ ኾይኑ ይርከብ። ናትና ኢድ'ውን ኣሎዎ። ኢህወደግ ንዲሞክራሲያዊ መረጻ ድሉው ስለ ዘይኮነ፡ ውሽጣዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ኣብ ከቢድ ውጥረት ወዲቑ ይርከብ። ዶባዊ ግጭት ኢትዮጵያን ኤርትራ ገና መዓልቦኡ ኣይረኽበን ዘሎ፣ ክሳዕ ሕጂ'ውን ፍታሕ ስለ ዘይተረኽቦ፡ ቀንዲ ጠንቂ ዕግርግር ናይዚ ከባቢ ኮይኑ'ሎ ኢሎም ኣትሪሮም ዝጽሕፉ ተንተንቲ ፖለቲካ ኣለው። ወተሃደራዊ ምንጭታት ከም ዝግምግምዎ፡ ሃጸይ ሃይለስላሰን ደርግን፡ ንሕቶ ኤርትራ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ንምጉዕጻጽ ኣብታ ምድረ ሰንሰለታዊ ኣኽራን ልዕሊ ክልተ ሚእትን ሓምሳን ሽሕ ሰራዊት ከም ዘህለቑ ይግመት። ደርግ ወዲቑ ሌንጮ ለታ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን፡ "ኢትዮጵያውያን ኣብ መሬት ኤርትራ ደሞም ዝኽዕውሉ ግዜ ኣብቂው እዩ፡" ምስ በለ፡ ሓደ ናይ ታሪኽ ምዕራፍ ተዓጽዩ ኢሎም ብዙሓት ኣሚኖም ነበሩ። "ብኡናት ናይ ምእማን ኣተሓሳስባ ስነ-ስርዓት ቀብሩ ተፈጺሙ" ዝብሉ ጽሑፋት'ውን ተነቢቦም። መንግስቲ ሃይለማርያም፡ "ተገፊፉ ዘይውዳእ፡ ባሕሪ ዝኾነ ብዝሒ ህዝቢ ኣሎና" ክብል ዝገለጸ ዓቕሚ ሰብ፡ "ካብ ሕጂ ንንየው፡ ኣብ ልምዓት'ምበር ኣብ ኩናት ኣይውዕልን'ዩ" ዝብል ተስፋ'ውን ኣሕዲሩ ነበረ። እንተኾነ ግና፡ ተስፋ ጥራይ ኮይኑ ዝተረፈ ይመስል።

ብዓል መለስ ይኹኑ ብዓል ተወልደ፡ ሎሚ'ውን ከምቶም ዝሓለፉ መራሕቲ ካብቲ ልሙድ "ናይ ኩናት ኣተሓሳስባ፡" ኽወጽኡ ኣይክኣሉን። ኣብ ኩናት ዝጠፍእ ዘሎ ህይወት ኣሽሓት ዜጋታት ኣየተሓሳስቦምን'ዩ። ኣንጻር ደርግ ኣብ ዝተገብረ ቃልሲ፡ መራሕቲ ህወሓት ኣርብዓን ሓምሽተን ሽሕ ተጋደልቲ ከፊልና'ኳ እንተ በሉ፡ መን ኣበይ ከም እተሰውኡ ግና ብልክዕ ኣይፈልጡን'ዮም፣ ንቤተ-ሰቦም'ውን ኣየርድእዎምን። ምስ ኤርትራ ብሰንኪ ዶባዊ ምስሕሓብ ኣብ ዝተወለዐ ኩናት ዝተሰውኡ'ውን ብዝሒም ብልክዕ ኣይተገልጸን። ካብ ሰብዓ ክሳብ ሚእቲ ሽሕ ምኳኖም'ኳ ዝግመት እንተ ኾነ፡ ክሳዕ ሕጂ ግና እቲ ልክዕ ኣሃዝ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ገሊጾም ንቤተ-ሰቦም ኣየርድእዎምን። ጉዳይ ሶማል'ውን ከምኡ ብተመሳሳሊ። እዚ ጉዳይ'ዚ፡ ኣተሓሳስባኡም ከመይ ከም ዝኾነ'ዩ ዘብርሃልካ። ንዝጠፍእ ዘሎ ናይ ሰብ ህይወት ክብሪ ክሳብ ዘይሃቡ ድማ፡ ከምቶም ዝሓለፉ መራሕቲ፡ ካብ ናይ ኩናት ኣተሓሳስባ ክናገፉ'ዮም ኢልካ ዝሕሰብ ኣይኮነን...

- 14 -
ክንፈ! ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነት

ንግሆ እንተ ተራእየት - ጸሓይ ልዕል ኢላ
ምሸተ ምሸት - ትሃትፍ ኣንቁልቀሎ
ኣይተርፍን ምውራዳ - ኣይተርፍን ምዕራባ
ብርሃና ሰዊራ - ካብ ዓይኒ ምኽዋላ

(ግጥሚ - ሻምበል ኣፈወርቅ ዮሃንስ)

መንግስተ ሰማይ የዋርሶ!

ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነት ክንፈ ገብረመድህን ክቕተል ከሎ፡ ኣብ ናይሮቢ'የ ነይረ።

ብዕላል ዕላል ከም ዝሰማዕክዎ፡ ኣብ መንጎ ክንፈን ቀታሊኡ ሻለቃ ጸሃየን ዝነበረ ዘይምርድዳእ፡ ክንፈ መራሒ ሓይሊ 22፡ ጸሃየ ድማ ተራ ኣባል ናይታ ሓይሊ ከሎን'ዩ ተጀሚሩ። ብሓንሳብ'ዮም ተሰሊፎም'ውን ይብሃል። ክንፈ ግና፡ ብቕልጣፈኡ ኮነ ብፍልጠቱ ንጸሃየ ራሕራሕዎ ላዕሊ ወጽኡ። ጸሃየ፡ ብስየ ዝምካሕ ሰብ'ዩ ነይሩ ይብልዎ። ንክንፈ ካብ ዝሕንሕኑ'ውን ሓጺር እዋን ኣይኮነን። ግዜ ተለዊጡ፡ እታ መሬትን እቲ ውድብን ንብዓል ስየ ምስ ጠለሞም፡ ኣብቲ ቕነ'ቲ፡ ነቲ ጉጅለ ንምዕፋንን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርካ ንምእታውን ዓቢ ግደ ዝነበሮ፡ "ክንፈ መለስ" ብምባል ዝፍለጥ፡ ክንፈ ገብረመድህን ምንባሩ ይውረ ነበረ። ክንፈ፡ ነቲ ምክፍፋል ንምህዳእ ንመኮንናት ከረጋግእ መምርሒ ተዋሂብዎ ነበረ። ኣብ ክለብ መኮንናት ዝካየድ ዝነበረ ኣኼባ ተቓጻጺሩ ክምለስ ሓሲቡ ከም ዝነበረ'ውን፡ ኣብቲ ኣኼባ ዝተሳተፉ መኮንናት ይገልጹ።

ብዓልት-ቤቱ ንጆቤ ኮሎነል'ያ።

"ስለምንታይ ንሓድሕድኩም ትቀታተሉ?" ኢላ እናበኸየት ኣብቲ ኣኼባ ምስ ተዛረበት፡ ልቢ ብዙሓት ተጋሩ መኮንናት ከም እተተንከፈ ይዝረብ።

ኮሎኔል ጥጋቡ ዝብሃል መኮንን፡ ህወሓት፡ ፍትሒ ብዘይብሉ ኣገባብ ቁጠባ ኢትዮጵያ ተቓጻጺሩ ናብ ቤተ-ሰባዊ ረብሓ ከም ዝቐየሮ ብምግላጽ፡ ክሳዕ መወዳእታ ተማጉቱ ክሰማማዕ ከም ዘይክኣለ ሰሚዐ። ጀነራል ኣለምሸት'ውን ብወገኑ ኸምዚ በለ፣

"ዓቕሚ የብሎምን ኢልኩም ትሓስቡ ትኾኑ፣ እንተ ኾነ ኣብዚ ዘለና ኦሮሞ መኮናናት፡ ኣኼባ ረጊጽና ክንወጽእ ከም ንኽእል ክትፈልጡ ኣለኩም።"

ገመቹ ዝብሃል ኮሎኔል'ውን፣

"ክንፈ! ዕስራን ክልተን ሽሕ ደቂ ኦሮሞ፡ ብናትካ ትእዛዝ ተኣሲሮም ኣለው! ዝርዝር ኣስማቶም ምሳይ ኣሎ፡" ኢሉ ኣጓጠጠሉ። ቀጺሉ፡ "...ክንፈ! 'እምበርዶ'ዚ ወዲ መን ምኳነይ ይፈልጥ'ዩ? ዓሻ'ዩ' ኢልካ ከይትስሕቐ። ሎሚ ለይቲ ክትዕፍነኒ ከም ትኽእል እናፈለጥኩ'የ ከምዚ ዝብለካ ዘለኹ። ክደግመልካ! ወዲ ኦሮሞ፡ ኦሮሞ ጥራይ ብምኳኑ ስለምንታይ ይእሰር?" በሎ።

ክንፈ፡ ኑቲ ዝወረዶ ወቐሳ ከይተወላወለ ድሕሪ ምቕባል፣

"ተሓታቲ ናይዚ ጉዳይ'ዚ፡ እዚ ኣነ ዝመርሖ ዘለኹ ትካል'ዩ፣ ህዝቢ ኦሮሞ ይቕረ ይብለኒ ይኸውን፡" ብምባል ኑቲ ቐጥዓ ከዘሓሕሎ ፈተነ።

ኣብቲ ኣኼባ፡ ንናጻ ዕዳጋ ዝምልከት ኣርእስቲ ምስ ተላዕለ ግና፡ ክንፈን ጸሃየን ብሓያል ክትዕ ተራጸሙ። ሕጽረት ስሚንቶን ኩነታት ፋብሪካታትን ከም ኣብነት ምስ ቀረበ፡ ጸሃየ ኸምዚ በለ፣

"ሕጽረት ስሚንቶ ኸሎ፡ ከመይ ጌርካ ብዛዕባ ናጻ ዕዳጋ ክትዘራረብ ትኽእል? ኣብ ሓንቲ ሃገር ዝርከባ ኩባንያታትኩ፡ ብኸመይ መገዲ ይወዳደራ?"

ክንፈ ኣፉ መታን ክዓብሶ፣

"ንኸሙ ኢኻ ቢዝነስ ተማሂረ ትብል! እዚ ንብሎ ዘለና'ኳ ኣይርድኣካን!" ኢሉ ኣትሪሩ መለሰሉ።

ኣኼበኛታት ሰሓቑ።

ክንፈ ከምኡ ኢሉ ኣጸያፊ መልሲ ምስ መለሰሉ፡ ጸሃየ፡ ኸምትር ኢሉ ህጣሙ ከም ዝጠፍኦ ይዝረብ። ክንፈ፡ ከምኡ ኢሉ ጥራይ ስለ ዝመለሰ'ዩ ተቐቲሉ ኢልካ ክትዛረብ ግና ኣይክኣልን'ዩ። ጸሃየ፡ ንክንፈ ክቐትሎ ዝደፋፍኦ ቀንዲ ምኽንያት፡ ወልቃዊ ጽልኢ ዘይኮነ

ፖለቲካዊ መልክዕ መታን ክሕዝ ብዝብል ግጉይ ቀመር ምኽኑ ዝገልጹ ኣሎው። ብዓል ስየን ተወልደን፡ ምስ መለስን ክንፈን ዋላ ኣብ ከቢድ ምትፍናን በጺሖም ይንበሩ፡ ክሳብ ምቅትታል ዘብጽሕ ጉዳይ ከም ዘይነበሮም ግና ዝኾነ ውሽጣዊ ኩነታቶም ዝፈልጥ ዝርድኦዩ። ኣብ ምቅትታል እንተ በጺሖም፡ ተቓወምቲ ኣምሓራን ኦነግን ዘሊሎም ቤተ-መንግስቲ ከም ዝኣትውዎም ስለ ዝፈልጡ፡ ዋላ ይሰሓሓቡ፡ እቲ ስልጣን ብዘይገለ ጸገም ናብኣቶም ከም እተሰጋገረ ከየረጋገጹ፡ ንመለስ ካብ ዝፋኑ ከውርድዎ ኣይደልዩንዮም። ምትፍናኖም ካብ መለስ ተወልደ ይሕሸናዮ እምበር፡ ብርቱካን ሚደቅሳ ኣብ ኮረሻ ስልጣን ክርእዩዋ ከቶ ድሌቶም ኣይኮነን። ጸሃየ፡ ንክንፈ ቀቲሉ ፖለቲካዊ መልክዕ ከትሕዞ ምፍታኑ ግጉይ ቀመር ምኽኑ ድማ፡ በዚ ኢኻ ትርድኦ።

ብዝኾነ ክንፈ ተቐትለ።

ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብሩ፡ ኣበበ ወርቁ ዝብሃሉ ብዓል ሕጊ፡ "ክንፈ፡ ጥዑም፡ ልዙብ፡ ቤት-ጽሕፈቱ ንዝኾነ ዜጋ ክፉት ዝነበረ ሓያል ሰብዩ ነይሩ" እናበሉ ኣብ ሬድዮ ጀርመን ክገልጽዎ ምስ ሰማዕክዎም ኣስደሚሙኒ። ሓቂዩ፣ ክንፈ ጥዑም ሰብዩ ነይሩ። እንታይ ደኣ፡ ንናይ ህወሓት ኣተሓሕዛ ሰብኣዊ መሰል ብጽኑዕ ዝቃወም ዝነበረ ኣበበ፡ ከምኡ ኢሉ ክዛረብ ስለ ዝሰማዕክዎዩ ገሪሙኒ።

ምስ ክንፈ፡ ኣብ ትግራይ፡ ዓዴት ኣብ ዝብሃል ኣጻድፍ፡ ኣብ እዋን ምምስራት ኦህዴድ ኢና ተላሊና። ጋዜጠኛ ምኽነይ ሰሚዑ፡ ናብታ ዘዕረፈላ ቴንዳ ጸዊዑ ንእሽቶ ኣዕሊሉኒ። ኣቐዲሙ፡ "መጽሓፈ ሲራክ ትፈልጦዶ?" ኢሉዩ ሓቲቱኒ። በታ ዕላል ኣቢልና ኢና ክንቀራረብ ጀሚርና። እዚ ናይ ሓደ ጋዜጠኛ ዕለታዊ መዘክር ምኽኑ እናዘኻኸርኩ፡ ትረኻይ ክቐጽል።

* * *

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ኣሰፋ ማሩ ተቐትለ።

ፖሊስ፡ ኣብ መንደቕ ኣጸጊያም ብጥይት ረፋቲቶሞ። ጋዜጣታት ብሕቲ፡ ነቲ ቐትለት ብምኽናን ኣውያተን ኣስምዓ። ፕሮፌሰር መስፍን ወልደማርያም፡ ኣብ ኣደባባይ ወጺኡ ተቓውምኡ ኣስመዐ! ኣባል መሪሕነት ማሕበር መምህራን ዝነበረ ኣሰፋ ግና ስለምንታይ ተቐቲሉ? ፖሊስ፡ "ኢድካ ሃብ' ተባሂሉ እምቢ ስለ ዝበለ ተቐቲሉ" ዝብል መግለጺ ኣውጺኡ። ነቲ መስሓቕ ምኽኒት ዝኣመኖ ኣይነበረን።

ኣሰፋ፡ ሳምሶናይት ኣንጠልጢሉ ካብ ገዝኡ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ብእግሩ ይኸይድ ነይሩ። ኣብ ሓንቲ መህደምን መኸወልን ዘይብላ ጸግዒ፡ ካብ ሓምሽተ ዘይውሕዱ ፖሊስ ነቲ መገዲ ብቀጠልያ ላንድሮቨር ዓጽዮም፡ 'ኢድካ ሃብ' ኢሎም ተባሂሉ። ዘይእመን'ዩ! ኣሰፋ ከምኡ እንተ ተባሂሉ፡ እንታይ ኮይነ ኢሉ'ዩ ኢዱ ዘይህብ?

ዝኾነኾይኑ ኣሰፋ ማሩ ተቐትለ።

ድሕሪ ሒደት መዓልቲ፡ ንክንፈ ረኺበ ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ሓተትክዎ። ካብቲ ፖሊስ ናይ መግለጺ ዘይፍለ ተመሳሳሊ መልሲ ሃበኒ። መሊሰ፡ ምስ ስዩም መስፍን ብስራሕ ተራኺብና ጉዳይና ምስ ወዳእና፡ ጉዳይ ኣሰፋ ኣልዓልኩሉ። ናይ ኣሰፋ ቅትለት፡ ንእንግሊዝ ምሒር ኣነዲርዋ ነበረ። ኣምባሳደራ ከይተረፈ ስሒባቶ። ጀሚራቶ ዝነበረት ናይ ፖሊስ ስልጠና ኣቋሪጻቶ። ልዕሊ ዝኾነት ሃገር ተቓውሞኣ ተስምዕ ነበረት።

"እንታይ'ዩ እዚ ኹሉ ፈኸራ ናይ እንግሊዝ?"

"ናቶም ስለ'ዩ ነይሩ፡" በለኒ ስዩም መስፍን።

ድሕሪ ሒደት ሰዓታ፣

"እዚ ኩነታት'ሞ ናበይ ገጹ'ዩ? ስግኣት እናተሰምዓኒ ሓተትክዎ።

ስዩም መስፍን ፍሽኽ እናበለ ከምዚ በለኒ፣

"ዝሀቡና ዘለው ሓገዝ ኩሉ ከም ዘቋርጽዎ ሓቢሮምኒ ኣለው። 'ንሕና ድኻታት ኢና። እንተ ሓገዝኩምና ኣይንጸልእን፣ ኣይፋሉን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይኩም ኢድና ከነእቱ ኢና ትብሉ እንተ ኾንኩም ግና፡ ሓገዝኩም ይትረፈና እምበር ኢድኩም ከተእትው ኣይነፍቅደልኩምን ኢና' ዝብል መልሲ ሰዲደሎም ኣለኹ። ሕጂ ግና፡ ኣዝማድ ሃጸይ ቴዎድሮስ ም'ኳንና ዘኪሮም'ዮም መስለኒ፡ ዝሕል ኢሎም ኣለው።"

* * *

ሓደ መዓልቲ፡ ክንፈ ቀልጢፍካ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ምጻእ ስለ ዝበለኒ፡ ኣብ ውሽጢ ሒደት ደቓይቕ ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ደበኽ በልኩ። ካብ ተመዛዚ ሰደቓ፡ ክልተ ቄጽሊ ወረቐት ኣውጺኡ፡ 'ኣንብቦ' ኢሉ ሃበኒ። ኣንቢበዮ። ብኢድ ዝተጻሕፈ ቆሎ ዝመስል ፍሩይ'ዩ። እቲ ጽሑፍ፡ ካብ ፕሮፈሰር ኣስራት ወልደየስ ኣብ ሃረር ናብ ዝርከብ ወኪል መኣህድ[12] እተጻሕፈ ደብዳበ'ዩ። ትሕዝቶኡ ብሓጺሩ ኸምዚ ይብል፣

"ህዝቢ ሃረሪ፡ ምስ ወያኔ ኾይኑ ንኣምሓሩ የፈናቕሎም ኣሎ

12 ውድብ ህዝብታት መላእ ኣምሓራ

ዝብል ወረ ስለ ዝሰማዕና፡ ነዚ ጉዳይ'ዚ ኣጻሪኹም መልሲ ሃቡና።"

ምሰ'ንበብክዎ፡ ክንፈ ከምዚ ኢሉ ኣዘዘኒ፣

"ብመገዲ ጾስጣ ዝበጽሓና ኢልካ ኣብ መጽሔት ኣውጸዮ።"

"ካበይ ረኺብካዮ?"

"ዕዋላ ልኢኽና ቦርስኦም ምስ መንጢልናዮም፣ ኣብ ውሽጡ ጸኒሑና።"

"ነዚ ደብዳበ ምቅላው እንታይ'ዩ ረብሓኡ?"

"ህዝቢ ሃረሪ ክፈልጦ ስለ ዝደለና።"

ሕማቕ እናተሰምዓኒ ካብ ቤት-ጽሕፈቱ ወጻእኹ። ኣብታ መዓልቲ'ዮ፡ ሜላ ከፋፈልካ ምግዛእ ኒኮሎ ማኪያቬሊ ብዝበለጸ ጽግዕ ኢለ ዝረኣኽዎ። ነታ ደብዳበ ኣብ መጽሔትና ኣውጺናያ። ዝሓተተናን ዝኾሰሰናን የለን! ሰማይ ኣይሕረስ ...

(ጸኒሐ ከም ዘረጋገጽክዎ፡ ኣምሓሩ፡ ካብ ሃረር ንኹወጹ ዝተፈላለየ ድራማታት ይሰራሕ ነበረ። ሃገራዊ ድሕነት፡ ምስ ምምሕዳር ክልል ሃረር ብምትሕብባር ካብ ዝፈጸሞም ኣምሓሩ ናይ ምብርጋግ ገበናት ሓደ፡ እቲ ፍሩይ ኣብነት፡ ኣብ ልዕሊ ኣቶ ደጀኔ በቀለ ዝብሃሉ ወናኒ ሆተል ደሴ ዝተፈጸመ ዘስካሕክሕ ግፍዒ'ዩ። እዞም ወናኒ ሆተል፡ ዘይሞተ ሰብ ቀቲልኩም ብዝብል ሰበብ ምስ ቤተ-ሰቦም ተገሪፎም። ኣካላቶም ጐዲሎም ከይኣክል፡ ልዕሊ ኣርባዕተ ሚእቲ ሽሕ ብርን ቀዋሚ ንብረትን ከሲሮም። እቲ ብገንዘብ ተደሊሉ ሞይቱ እተባህለ ሰብ፡ ከም ዘይሞተ ምስ ተረጋገጸ'ውን ንይምሰል'ኳ መኣረምታ ኣይተገብረሉን።)

* * *

ሓደ እዋን፡ ዓሰርተው ሓምሽተ ኮንተይነራት ከይተቐረጸ ከም ዝሓለፈ ሓበሬታ ስለ ዝበጸሓኒ፡ ኣገዳሲ ዜና ዝረኸብኩ መሲሉኒ ንክንፈ ደዊለ ሓበርክዎ።

"ነቲ ዝሓበረካ ሰብ ሒዝካዮ ጽናሕ! ሰብ ክሰደልካ'የ፡" በለኒ።

ክልተ ኣባላት ሃገራዊ ድሕነት ናብ ቤት-ጽሕፈተይ መጽኡ። ነቲ ጉዳይ ዝፈልጥ ነጋዳይ ኣረዲኡ፡ ምስኣቶም ኣራኽብክዎ። ንጽባሒቱ፡ ነቲ ነጋዳይ ረኺበ ቡን እናሰተና እንታይ ከም ዝበልዎ ክነግረኒ'ኳ እንተ ደፋፋእክዎ፡ ንሱ ግና ተገምጢሉ ይስሕቕ ነበረ።

"ከመይ ድዩ'ቲ ጉዳይ?" ኢለ ተሃንጥየ ሓተትክዎ።

"ናይ ኣባላትኩም ንብረት'ዩ፡" ዘይተጸበ'ኽዎ መልሲ ቶግ ኣበለለይ።

"ሕራይ!?"

"ሓበፊታ ናይ ምርካብ ክእለትካ ነድንቕ ኢና! ንቀጻሊ'ውን ብሓባር ክንሰርሕ ኢና! ከምኡ ኢልካ ግና ንዝኾነ ሰብ ከይትነግር!' ኢሎምኒ"

ድሕሪ ሽድሽተ ኣዋርሕ፡ እዚ ነጋዳይ ሃብቲ ኣብ ልዕሊ ሃብቲ እናወሰኸ ክኸይድ ከሎ እርእዮ ነበርኩ። ካባይ ግና እናረሓቐ ከደ። ምስ ኣባላት ሃገራዊ ድሕነት'ውን ብዙሕ ግዜ እርእዮ ነይረ። ኣባል ብዓል ክንፈ ኮይኑ ከም ዝተወደበ ድማ ኣይሰሓትክዎን።

* * *

እምባታት ዘንቀጥቀጠ ወለዶ ብዝብል ኣርእስቲ ተኸታታሊት ናይ ቃልሲ ትረኻ ከሰናድእ ጀመርኩ። ሳልሳይ ቅጺ ተሓቲማ ምስ ወጽአት ግና ተጠዓስኩ። "ስለምንታይ?" እንተ ተባህለ፡ ክንፈን ኣለምሰገድን ዝንቡዕ ታሪኽ ክጽሕፍ ከገድዱኒ ስለ ዝጀመሩ'ዩ። ብፍላይ፡ ናይ ሙሴን ስሑልን ምስጢር ኣማውታ ኣካታዒ'ዩ ነይሩ። ናይ ዶክተር ኣታ'ክልቲ ቅትለት'ውን ከምኡ ብተመሳሳሊ!

ሙሴ፡ ካብ ሓይሊ 41 (ስየ ኣብርሃ'ዩ መራሒ'ታ ሓይሊ ዝነበረ) ብዝተተኮሰሉ ጥይት ሕቑኡ ተሃሪሙ ክንሱ፡ ኢዲዩ ከም ዝቐተልዎ ጌርካ ዝውረየሉ ም'ኽንያት፡ ክሳዕ ሎሚ ንብዙሓት ምስጢር ኮይንዎም ኣሎ ኢለ እኣምን። ኣብ ካናዳ ዝነብር ዘሎ በርሀ ሓጐስ ዝብሃል ቀታሊ ሙሴ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ተራ ኣባል ናይታ ሓይሊ'ዩ ነይሩ። በርሀ፡ ንሙሴ ምስ ቀተሎ ትሒምሒም ክብሃል ስለ ዝጀመረ፡ ናብ ሱዳን ከም ዝኸይድ ተገብረ። ሙሴ፡ ኣብ መላእ'ቲ ሰራዊት ህቡብን ብዘይካ ንሱ መራሒ የለን ተባሂሉ ይእመነሉ ስለ ዝነበረ፡ ብዘይጠቅም ናይ ስልጣን ህርፋን ግዳይ ዝኾነ ተጋዳላይ'ዩ ኢሎም ዝኣምኑ ኣሎው።

(ህወሓት ክምስረት ከሎ፡ "ሕንፍሽፍሽ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ዓቢ ናይ ስልጣን ቁርቁስ ከም ዝነበረ ይዝከር። ሙሴ ተጋዳላይ ሻዕብያ ስለ ዝነበረ፡ ንገዛእ ርእሱ ከም ኣባል መሪሕነት ክርእያ ድልየት ኣይነበሮን። እቲ ሰራዊት ግና፡ ከም ሓደ መተካእታ ዘይብሉ መራሒ ክርእዮ ስለ ዝጀመረ፡ እቲ ነገር ባህ ዘይበሎም ኣባላት መሪሕነት ነይሮም'ዮም።)

መሪ ዝተቐተለሉ ምኽንያት፡ ምስ ቅንጸላ ኣባላት መራሕነት ተጋድሎ ሓርነት ትግራይ ዘተኣሳስርዎ'ውን ኣሎው። ህወሓት ንተጋድሎ ሓርነት ትግራይ (TLF) "ውህደት ንግበር" ኢሉ ናይ ዕርቅን ዘተን ጻውዒት ምስ ገበረሉ፡ ኣብ ሓደ ገምገም ሩባ ክራኸቡ መዓልቲ ፈለዮም ተቐጸሩ። ግዜኡ ሕዳር 1976'ዩ ነይሩ። ለይቲ፡ ስዩም መስፍንን መለስ ዜናውን ብዝሃብዎ ትእዛዝ፡ ተጋደልቲ ተጋድሎ ሓርነት ትግራይ ደቂሶም ከለው ተረሽኑ። ስብሓት ነጋ እቲ ጉዳይ ንመሪ ምስ ነገሮ፡ መሪ ርእሱ ብኽልተ ኣእዳው ሒዙ ኩርምይ ከም ዝበለን ከቢድ ሓዘን ከም እተሰመዖን፡ ስብሓት ባዕሉ ኣዕሊሉኒ። መሪ ዝተቐተለሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ፡ በዚ ናይ ተቓውሞ መርገጺኡ ምኽኑ ዝገልጹ ኣሎው።

መሪ ትንፋሱ ቅድሚ ምሕላፉ፡ ብጾቱ ባዕላቶም ከም ዝወቐዕዎ ተረዲእዎ ነበረ። ነቶም ኣብ ጎኑ ዝነበሩ ኣውዓሎምን ሓየሎምን፡ ቀተልቲ ብጾቱ ምኽኖም ሓቢሩ ከም ዘባራተዖም፡ ነቲ ፍጻመ ብቐረባ ዝፈልጥዎ ዝነበሩ ኣውዓሎምን ኣሰፋ ማሞን ኣዕሊሎምኒ። ንጀነራል ጻድቃን ቃለ-መጠይቕ ምስ ኣካየድክሉ፡ ነቲ ክውን ታሪኽ ሓቢኡ "ኢዲዩ'ዮም ቀቲሎሞ፡" በለኒ። ነውዓሎም ምሰ'ዛራረብክዎ ድማ፣

"ጻድቃን ድዩ ኣማውታኡ ሓቢሩካ?" ኢሉ ሓተተኒ።

"እወ፡ ንሱ'ዩ ሓቢሩኒ፣ ዘሕዝን'ዩ፡" በልክዎ።

ኣውዓሎም ቀጺሉ፣

"ኣመና ዘሕዝን'ዩ፣ ብጾትና'ዮም ቀቲሎሞ፡" በለኒ።

ብምግራም ዝኣክል ኣዒንተይ ፈጠጥ በለ...

ጻድቃን ዝሃበኒ መልሲ፡ ፍልይ ዝበለ ስለ ዝኾነ ንኣውዓሎም ብሕቶ ኣዋጠርክዎ። ኣውዓሎም፡ ሓደ ኣባል ሓይሊ 41 ከም ዝቐተሎን ካልእ ሒደት ዝርዝራትን ወሲኹ ነገረኒ። ቀጺለ፡ ናብቲ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣካያዲ ስራሕ ሚጋ ማእከል ሓበሬታ ዝነበረ ኣሰፋ ማሞ ብምኻድ፡ መሪ ካብ ኣባላት ሓይሊ 41 ብዝተተኮሰሉ ጥይት ተሃሪሙ ከም ዝሞተ ዝፈልጥ እንተ ኾይኑ ሓተትክዎ። ኣሰፋ፡ ነቲ ሓቂ ክዝርዝረለይ ሰጋእ ኣይበለን። ስም ቀታሊኡ ከይተረፈ ሓቢሩኒ። መሪ፡ ተሃሪሙ ትንፋሱ ቅድሚ ምሕላፉ፡ ብጾቱ ከም ዝወቐዕዎ ተረዲእዎ ከም ዝነበረ'ውን ብተወሳኺ ኣዕለለኒ።

እዚ ዘዕልለኩም ዘለኹ ታሪኽ፡ ገለ ክፋሉ ኣብ እምባታት ዘንቀጥቀጠ ወለዶ ቅጺ ክልተ፡ 'የመሪ ገድል' (ውዕሎ መሪ) ብዝብል ኣርእስቲ ምስ ጸሓፍክዎ፡ ኣብ መንጎ ኣባላት መራሕነት ህወሓት ዓቢ መካትዒ ኣጀንዳ ኮነ። ኣብ ኩሉ ቦታታት ጫውጫው ተባህለ። ፈለማ ድምጹ ዘስመዐ በርሀ ሓጐስ'ዩ - ካብ ካናዳ።

"ቀታሊ ሙሴ መን'ዩ? ስለምንታይ ሽፍንፍን ተብልዎ? ንመን ክትረኽቡ ኢልኩም ደኣልኩም? ሽም ምጽላም እንተ ተጀሚሩ፡ ንፈልጦ ምስጢር ዘበለ ከም ነቃልየ ብዓል ስብሓት ክፈልጡ ኣለዎም፡" ኢሉ ጸሓፈ።

እምብዛ ገሪሙኒ! በርሀ ሓጐስ ዝብል ስም ኣብታ መጽሓፍ ኣየሰፈርኩን። "ሓደ ተራ ኣባል ሓይሊ 41 ዝነበረ፡ ሕጂ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ዝነብር ዘሎ" ኢለ ጥራይ'የ ኣስፈረዮ። እንታይ ደኣ ክንድዚ ኣለፋለፎ? "ሰራቒ ሞባእ ባዕሉ ይለፋለፍ!" ዝብልዎስ ለከስ ከምዚ'ዩ!

ቀጺሉ ክንፈ ደዊሉ ጨደረ።

"ነዚ ታሪኽ'ዚ ካበይ ኣምጺእካዮ?" ኢሉ ተቓጢዑ ሓተተኒ።

እቲ ታሪኽ፡ ካብ ኣምባሳደር ኣውዓሎምን ኣሰፋ ማሞን ከም ዝረኽብክዎ ህድእ ኢሉ ምስ ነገርክዎ መሊሱ ባግ በለ።

"ኣውዓሎም! ንሱ ድዩ ከምኡ ኢሉካ? ምስ ሻዕብያ እናወዓለ ዝሰምየ ታሪኽ! ኣሰፋ ማሞኽ? ኣበይ ዘሎ ለቕላቒ'ዩ! ንስኻኽ ንባዕልኻ! እንታይ ኽይንካኽ ከምታ ዝበሉኻ ብቑጥታ ዘይትጽሕፎ?"

ክንፈ ምዕባዱ ቀጸለ።

"ቤተ-ሰብ ኣታ'ኽልቲ ደዊሎምለይ ነይሮም። 'ኣማውታኡ ይነገረና' ይብሉ'ለው። እንታይ ኢና ክንብሎም? እንታይ ትሰርሕ ከም ዘለኻ ይርድኣካዶ ኣሎ? እንታይ ኢልና ኢና ኽንምልሰሎም?" በለኒ።

ቃል ከየተንፈስኩ ጽን ኢለ ሰማዕክዎ። ደጋጊሙ ውሕ! ውሕ! ምስ በለኒ፣

"ሙሴ ተሃሪሙ ህይወቱ ክትሓልፍ ከላ ኣውዓሎምን ኣሰፋን ምስኡ ነይሮም'ዮም። ስለዚ ናይ ሰለስተ ሰባት ምስክርነት ኣረጋጊጸ ዝጸሓፍክዎ ታሪኽ'ዩ፡" በልክዎ።

"ደይ መደይ ኢልካ ኢኻ፡" ኢሉ መሊሱ ብቑጥዓ ኣንፈኽፈኸ። ስለምንታይ ደይ መደይ ኢለ ገይረዮ ግና ኣየብርሃለይን። መሊሱ ምንባሑ ብም'ቕጻል፣

"ከይውዓልካ ከይሓደርካ፡ እዚ ታሪኽ'ዚ ሓሶት ም'ኳኑ ኣብ መጽሔትን ጋዜጣን ኣፍልጥ!" በለኒ።

በቲ ዝኣዘዘኒ መሰረት፡ ነቲ መኣረምታ፡ ካብ ውልቀ-ሰባት እተላእከ ደብዳበ ከም ዝኾነ ኣምሲለን ከም ዘይንበብ ገይረን ኣብ ውሽጢ ደቓይቕ ብምጽሓፍ፡ ኣብ መጽሔትና ኣውጸእኽዎ።

ካልእ መዓልቲ ድማ፡ የማነ ኪዳነ (ጆማይካ)፡ Joe Lee Anderson ዝብሃል ደራሲ ብዛዕባ ቼ ጉቬራ ዝጸሓፍ ሓዳስ መጽሓፍ ረኺቡ ከንብባ ቃል ኣትዩለይ ስለ ዝነበረ፡ ነታ መጽሓፍ ክወስዳ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ከድኩ። ሙሴ ኽመይ ኢሉ ከም እተቕትለ እናዕለልና ኽለና፡

ጆማይካ ክቆጻጸሮ ስለ ዘይክኣለ ገጹ ብንብዓት ተሓጽበ።

“እዚ ጽሒፍካዮ ዘለኻ ታሪኽ ፈጺመ ኣይፈልጠንየ! ሓቂኡ ኢለ ክኣምንውን የጸግመኒዩ።” በለኒ ንብዓቱ እናሓበሰ።

“ኣውዓሎም ወልዱ፡ ጻድቃንን ኣሰፋ ማሞን ግና ይፈልጡዮም።”

“ታይ ኮይነ ደኣ ኣነ ዘይፈልጥ?” በለኒ ገጹ ልውጥውጥ እናበለ።

ክምልሰሉ ኣይክኣልኩን። ጻድቃንን ጆማይካን ኣጸቢቆም ይቀራረቡ ነበሩ። ጻድቃን፡ እንታይ ኮይኑ ደኣ ንጆማይካ ከይነገሮ ትም ኢሉ? ጆማይካን ሙሴን፡ ክልቲኦም ተጋደልቲ ሻዕብያዮም ነይሮም። ካብ ጥቡቕ ዕርክነት እተላዕለ፡ ጆማይካ ንወዱ “ሙሴ” ኢሉ ስም ኣውጽኣሉ። ነታ ‘Che Guevara: A Revolutionary Life’ ዘርእስታ መጽሓፍ ሒዘ ካብ ቤት-ጽሕፈቱ ክወጽእ ከለኹ ድማ፡ ሙሴን ቼ ጉቬራን ኣማውታኦም ጥራይ ዘይኮነ መልክዖምውን ከም ዝመሳሰል ኣስተውዓልኩ።

ገብረመስቀል ዝብሃል ኣባል መሪሕነት ህወሓት፡ ኣብ ቐጽሪ ቤት-ጽሕፈት ኢህወደግ ኮፍ ኢሉ ጸንሓኒ። ሰላም ቅድሚ ምባሉ ከኣ ነቲ ጉዳይ ኣልዓለለይ።

“ብዛዕባ ሙሴ ዝጸሓፍካዮ እንታይዩ?”

“ንስኻውን ኣይትፈልጥን ዲኻ ብዛዕባቲ ታሪኽ?”

“ኢዲዩ ከም ዝቐተለቶየ ዘፈልጥ።”

“ገብረመስቀል! ብወገነይ ዝረኽብክዎ ታሪኽ ጽሒፈዮለኹ።”

“ሕራይ፡ ሓቂተኾይኑ ስለምንታይ ክሳዕ ሎሚ ተሸፋፈኑ? ሎሚኽ እንታይ ሓዲሽ ስለ ዝተረኽበዩ ዝንገረና ዘሎ?...”

“ነዚ ታሪኽ ክጽሕፎ ዝኣዘዘኒ ሰብ የለን። ኣጻርየ ሓቂ ምኳኑ ምስ ኣረጋገጽኩ፡ ብናተይ ሓላፍነት’የ ሓቲመ ኣውጺኦዮ!”

“ዋላ ሓደ ሰብ ከየንበቦ ባዕልኻ ጽሒፍካ ሓቲምካዮ?”

“እወ!”

ትም በለ፣ ሽጋራ ወሊዑ ክትክኽ ጀመረ። ድሕሪኡ ተፈላለና።

ምንኣስ ሓብቱ ንሙሴ፡ ገነት ተኽለ ደዊላ ኣብ ሆተል ግዮን ንራኽብ በለትኒ። ምሸት’ዩ ነይሩ። ኮፍ ኢልና ከነዕልል ድሕሪ ምጽናሕ፡ እናተነኽነኽት ክትበኪ ጀመረት።

“እቲ ታሪኽ ከምኡ ምኳኑ ትፈልጢ ኔርኪ?” ኢለ ሓተትክዋ።

“እታ መጽሓፍ ምስ ተሓትመት፡ ምኽኣል ኣብዩኒ ባሕሪ ከብደይ ግምጥልጥል ስለ ዝበለ ነቢዐ’ምበር፡ ባዕላቶም ከም ዝቐተልዎ ደኣ ኣዳዕዲዐ እፈልጥ’የ። ኣደይ’ውን ትፈልጥ’ያ፡” በለትኒ።

ንሳ ክትበኪ ኣነ ድማ ከጸናንዓ ነዊሕ ሰዓታት ገበርና።

ንኣለምሰገድ ገብረኣምላኽ፡ ድሕሪ’ዚ ኹሉ ደንጉየ ረኺበዮ።

ኣለምሰገድ ናይ ቀረባ ሓላፊየይ'ዩ። ናይ ሙሴ ገድላዊ ታሪኽ ከም ዘንበቦ ስለ ዝሰማዕኩ፣

"ከመይ ረኺብካዮ?" ኢለ ሓተትክዎ።

"ኣየናይ?"

"ታሪኽ ኣማውታ ሙሴ?"

ካብ ገጽ ኣለምሰገድ፡ ዝኾነ ዓይነት ስምዒት ከተንብብ ፈጺምካ ኣይክኣልን'ዩ። ገጹ፡ ከም ከውሒ ጸጥ ዝበለ'ዩ!

"ኣማውታ ሙሴ!" በለ ሽጋራ ቦክኽ እናበለ፣ "ኣከራኻሪ'ዩ፣ ብኢዲዩ ተቐቲሉ ዝብሉ'ለው። ኣይፋሉን፡ ብጸትና'ዮም ቀቲሎሞ ዝብሉ ከም ዘለው'ውን እፈልጥ'የ። ዝኾነኾይኑ ኽምዚ ዓይነት ኣከራኻሪ ታሪኽ እንተ ዘይተጻሕፈ ይሓይሽ።" ጽንሕ ኢሉ ድማ፣ "…..ድሕሪ ሕጂ ከምዚ ዓይነት ታሪኽ ክትጽሕፍ ከለኻ፡ ቅድሚ ናብ ማሕተም ምልኣኽካ ንኣይን ንክንፈን ሓሓደ ቅዳሕ ስደደልና፡" በለኒ።

በዝን ወድኽምዝን'ዩ ድማ፡ ታሪኽ ናይ ብዓል ስሑልን ገሰሰ ኣየለን ገለ ክፋሉ ሓቅነት ዘለዎ ዝንቡዕ ታሪኽ ሒዙ ክወጽእ ዝኽኣለ።

ናይ ስሑልን ገሰሰ ኣየለን ታሪኽ'ውን፡ ነቲ ሓቀኛ ፍጻመ ከየስፍሮ ወይ ድማ ከይትርኾ ተኣዘዝኩ። ሓደ ካብኡ፡ ስሑል፡ ንጉ'ጅለ ብዓል መለስ ንም'ቕንጻል ኣብ ዝተሓስበ ውዲት ኢድ ከም ዝነበሮ ዝገልጽ ታሪኽ'ዩ። ጉ'ጅለ ብዓል መለስ ዝብሃሉ ዝነበሩ፡ ኣባይ ጸሃየ፡ ስየ ኣብርሃ፡ ግደይ ዘራጽዮን፡ ኣውዓሎም ወልዱ፡ ሙሴ፡ ጀማይካን ስዩም መስፍንን ዝኣመሰሉ ተምሃሮ ዩኒቨርሲቲ ዝነበሩ ዝሓቖፈ ክኸውን ከለ። ካልኣ ድማ ጉ'ጅለ ሓረስቶት ዝብሃሉ ነይሮም። እዚኦም ናይ ስሑል መሪሕነት ጥራይ ዝድግፉ ዝነበሩ'ዮም።

ሓደ መዓልቲ፡ ጉ'ጅለ ሓረስቶት ንጉ'ጅለ ብዓል መለስ ዜናዊ ክድምስስዎም ወጠኑ። እቲ ውጥን ግና በጋጣሚ ይፈሽል። ድሕሪኡ ውዲት ከም ዝነበሮም ስለ እተፈልጠ ተደምሰሱ። ነቲ ናይ ቅንጸላ ውዲት ስሑል ይፈልጦ ከም ዝነበረ ዝጸሓፍክዎ ክፋል ድማ፡ ኣለምሰገድ ቈሪጹ ኣለዮ።

"ስለምንታይ ኣሊኻዮ?" በልክዎ።

እቲ ታሪኽ ስብሓት ነጋ ስለ ዘዕለለኒ፡ ስብሓትን ኣለምሰገድን ኣብቲ ዝተጻሕፈ ታሪኽ ዝተፈላለየ መርገጺ ከም ዝነበሮም ይርድኣኒ ነበረ። ስብሓት፡ ነቲ ምስጢር ዝነገረኒ ከም ዘለዎ ክጸሓፍ ኣለዎ ኢሉ'ዩ። ኣለምሰገድ ግና፣

"ናይ ስሑል ታሪኽ ዘባላሹን ዘዘንብዕን'ዩ፡" ኢሉ መለሰለይ።

እቲ ክውንነት ከምኡ ኣይነበረን። ጸኒሐ ከም ዝተረዳእክዎ ግና

ኣለምሰገድ ነቲ ታሪኽ ዝደምሰሶ፡ እቲ ሓቂ እንተ ተፈሊጡ፡ ነቲ ኣብ መንጎ'ቶም ኣባላት መራሕነት ዝነበረ ዘይምርድዳእ በርቢርካ ንምፍላጥ ኣፍደገ ስለ ዝኸፍትን ንኣከራኻሪ ጉዳይ ኣማውታ ስሑል ድማ ስለ ዘለዓዕልን'ዩ።

እቲ ውዲት ምስ ፈሸለ፡ ስሑል፡ ኣብ ትሕቲ ስውር ምክትታል ነዊሕ ገመድ ተኣሲርሉ ንሓደ ዓመት ምስኣቶም ጸንሐ። ኣብ ዲማ ኣብ ዝተገብረ ናይ መራሕነት መረጻ'ውን፡ በቲ ልሙድ ውድባዊ ኣሰራርሓ ከይተመርጸ ተረፈ። እንተኾነ ግና፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዓል መለስ ዜናዊ ይደልይዎ ነይሮም'ዮም። ስሑል፡ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ገዚፍ ስምን ተቐባልነትን ስለ ዝነበሮ፡ ብናቱ ዝና ካብ ሓረስቶት ደገፍ መታን ክረኽቡ ነታ ገመድ ኣየሕጸርዋን። ኣንዊሑም ገመድ ከም ዝኣሰርሉ ምስ ተረድኡ ግና፡ ሓደ መዓልቲ ከምዚ በሎም፣

"ዕድመ ደፊእ'የ! ስለዚ ናብ ሱዳን ከይደ ገንዘብ እናኣከብኩ ክሕግዘኩም..." በሎም።

እቶም ሓደስቲ እተመርጹ ኣባላት፡ ንሕቶኡ ብዕቱብ ድሕሪ ምምርማር፡ "ሓቂ ክኸውን ይኽእል'ዩ፣ ከይከውን'ውን ይኽእል'ዩ" ተባሃሃሉ። ሕቶኡ ሓቂ እንተ ኾይኑ፡ ኣብ ሱዳን ኾይኑ ብዙሕ ክሕግዞም ከም ዝኽእል ተረድኦም። ኣብኡ ከይዱ ምስ ኢድዩ እንተ ተሰለፈኸ? ስሑል፡ ደገፍ ሓረስቶት ስለ ዘለዎ ሓግሒጉ ክድምስሶም ከም ዝኽእል ኣይሰሓትዎን። ድሕሪ ብዙሕ ክትዕ ናብ ሱዳን ክኸይድ ፈቐዱሉ። ስሑል፡ ሽድሽተ ሽሕ ብር ክውሃቦ'ኳ እንተ ሓተተ፡ ክልተ ሽሕ ብር ጥራይ ሂቦም ዓጀብቲ ጌሮም ናብ ሱዳን ኣፋነውዎ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ንሱዳን ከም ዝኸደ ብዘይካ ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ካልኣ ዝፈልጥ ሰብ ኣይነበረን። ከም ሓደ ተራ ሓረስታይ ተኸዲኑ ድማ ተበገሰ።

ድሕሪ ሒደት መዓልቲ፡ ስሑል ዕጡቓት ኣባላት ኢድዩ ኣውቶቡስ ዓጊቶም ህዝቢ ከካላብቱ ምስ ረኣዮም፡ ስለ ዝተቓወሞም ቀቲሎሞ ተባሂሉ ተወርየ። ኢዲዩ ግና ከም ዝቐተለቶ ሓላፍነት ኣይወሰደትን።

ጸሓፍቲ ታሪኽ መታን ክመራመርሉ ዝሕደግ ካልኣ ኣከራኻሪ ጉዳይ'ውን ኣሎ። ስሑል፡ ከም ማርሻል ሮሜልን ሙሉኣለም ኣበበን ምስ ተቐትለ፡ "ዝለዓለ ሽልማት ዝተሸለመ ሰማእት" ብምባል ዝገልጽዎ ወገናት ኣሎው። ሂትለር ግና ንሮሜል ብግሁድ፡ "ካብ ንቐትለካ፡ ነዚ መርዚ ሰቲኻ ሙት! ብሓደጋ ማኪና ሞይቱ ኢልና ድማ ከም ሓደ ጅግና ንቀብረካ!"ዩ ኢልዎ። ሮሜል ከምታ ዝተኣዘዛ ገበረ። ኣበሳኡ፡

ሽሙ ልዕሊ ሂትለር በሪኹ ስለ ዝወጽአ'ምበር ክሒድዎ ኣይኮነን። ስሑል ግና ምስ ሮሜል ከተወዳድሮ ኸለኻ ንፈተውራሪ ተጋደልቲ ክሒድዎም'ዩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ናይ ስሑል ውጥን ተዓዊቱ እንተ ዝኸውን፡ ሎሚ መልክዕ ኢትዮጵያ ዝተፈልየ ምኾነ። ከመይ ኮን ምመሰለ!? ከከም ኣንባቢኡ ዝተፈላለየ ኣረኣእያ ምሃለወ!

በዚ ይኹን በቲ ኣለምሰገድን ክንፈን ዝኣኽሎም ምስ ጎማመድሉ፡ ናይ ስሑል ታሪኽ ብዝንቡዕ መገዲ ተሓቲሙ ወጽኡ።

* * *

ክንፈ ኩሉ ዝፈታዊኡ ዓይነት ሰብ ነበረ።

ንፕሮፈሰር ኣስራት ኣብ ካርሸሊ ምስ ዳጎኖም፡ ምስ ምክትል ፕረዚደንት ቀኝኣዝማች ነቃጥበብ በቀለ ተዓራሪኾም ነበሩ። ቀኝኣዝማች ነቃጥበብ፡ ኣብ ሞጆ ቤት-ሕብስቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ድማ መኽዘን ስለ ዝነበሮም፡ ካብ ውድባዊ ስራሕ ንላዕሊ ኣብ ውልቃዊ ስራሖም ተጸሚዶም ብምንባሮም ክንፈ ይፈትዎም ነበረ። ንሶም'ውን ኣብ ልዕሊኡ ጽቡቕ ኣረኣእያ ነበሮም። ጋዜጣታት ብሕቲ፡ ድኹም ጎኖም እናመዝመዛ ምስ ወቕሳኦም ግና፡ ሓደ መዓልቲ ደዊሎም ከምዚ ኸም ዝበልዎ ክንፈ ባዕሉ ኣዕለለለኒ።

"እንታይ ከም ዝበሉኒ ትፈልጥ?"

"እንታይ ኢሎም'ኻ?"

"እዘን ጋዜጣታት ሞኽ ኣቢለናኒ! 'ፕሮፈሰር ኣስራት ተኣሲሩ እናተሳቐየ፡ ንሱ ግና ሓሪጭ ክለውስ ይሓድር ኣሎ!' እናበላ ስመይ የጸልማኒ ስለ ዘለዋ፡ በጃኻ ሓደ ሰሙን ኣሲርካ ኣከላብተኒ!"

ክንፈ ከምኡ ኢሉኒ ብሰሓቕ ትዋሕ በለ። ኣነ'ውን ኣሰነኽዎ።

"እንታይ ደኣ በልካዮም?"

"ሸምጊልኩም ኢኹም፣ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ እንተ ሞትኩምና፡ ካልእ መዘዝ ስለ ዘስዕበልና ክተሓባበረኩም ኣይክእልን'ዮ' ኢለዮም።"

ድሕሪኡ ቀኝኣዝማች ነቃጥበብ፡ ናብ ክንፈ ብዙሕ ግዜ እናደወሉ፡ "ከምዝን ወዲ ኸምዝን ኣይትግበሩ፣ ንስምኩም'ውን ጽቡቕ ኣይኮነን፡" እናበሉ ከም ኣቦ ይምዕድዎን ይገንሕዎን ነበሩ። ንሱ ድማ መኣህድ መታን ክዳኸም፡ ቀኝኣዝማች ነቃጥበብ ካብ ስልጣኖም ክኣልዮም ዘኽእል ኩነታት ከይፍጠር ብስውር ይሕልዎም ነበረ።

* * *

ስቕታ ቡርቃ ተሓቲማ ምስ ወጽአት፡ ክንፈ ኣንቢቡ መታን ርእይቶኡ ክህበኒ ነታ መጽሓፍ ምስ ንእሽቶ ወረቐት ኣሰኒየ ለኣኽኩሉ። ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ኣንቢቡ ምስ ወድኣ ደዊሉ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ጸዊዑ፣

"ርእይቶ ክህበካ ፍቓደኛ ኣይኮንኩን፡" በለኒ።

"ስለምንታይ?"

"ስመይ ሰፊሩ ስለ ዘሎ ኣብዚ ጉዳይ ኢደይ ኣየእቱን'የ" በለኒ።

ሓለፍቲ ፕሮፖጋንዳን መራሕቲ ኦህዴድ ብዓል ኩማን ኣባዱላን፡ ኣብ ልዕለይ ጀሚሮሞ ዝነበሩ ስም ናይ ምጽላም ዘመተ ክዕወት ዘይክኣለ፡ ክንፈ ብዛዕብኡ ክዛረብ ፍቓደኛ ስለ ዘይነበረ'ዩ። ብዕላል ዕላል ከም ዝሰማዕክዎ፡ ረኺቦም ክሓባብልዎ'ኳ እንተ ፈተኑ፡ ንሱ ግና ዋላ ሓንቲ ርእይቶ ካብ ምህባ ይቐጠብ ስለ ዝነበረ እገርመኒ ነበረ።

ክንፈ፡ ንኹሉ መራኸቢ ብዙሓን ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ዘእተወ ሰብ'ውን'ዩ ነይሩ። ሓደ ኽልተ ብጥቕሚ እተደለላ ንእስ ዝበላ ጋዜጣታት ብሕቲ'ውን ንሓንቲ ጽሕፍቲ ሚእትን ሓምሳን ብር እናተኸፍላ ሃገራዊ ድሕነት ዘዳልዎም ዝነበረ ጽሑፋት ኣብ ዓምድታተን የስፍራ ነበራ። ንዋና ኣሰናዳእቲ ናይተን ጋዜጣታት፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ስራሕ ክሰርሑ ክልተ ግዜ ክሓባብሎም ተኣዚዞ። ክንፈ ከም ዘዕለለኒ፡ እቶም ጋዜጠኛታት ክንዲ መርፍእ ትኣክል ድምጺ ቀዲሓ ተመሓላልፍ መሳርሒ ሒዞም ኣብ ናይ ተቓወምቲ ኣኼባ ክኣትው ጥራይ፡ ሽሕን ሓምሽተ ሚእትን ብር ይኽፈሉ ነበሩ። ኣበራ የማነኣብ ዝተኣስረሉ ምኽንያት ኣብ ሆተል ግዮን ኣብ ዝተገብረ ኣኼባ ብእተዛረቦ ዘረባ'ዩ። ነቲ ንሱ እተዛረቦ ዘረባ፡ ክንፈን መለስን ኣብ ቤት-ጽሕፈቶም ኮፍ ኢሎም ብቀጥታ ተኻታቲሎሞ'ዮም። ክንፈ፡ ንክፍሊ መላትን በፍቃዱ ሞረዳን ዝብሃሉ ጋዜጠኛታት ካብ ምሒር ጽልኢ ዝተላዕለ 'ደመኛታት ጸላእትና' ይብሎም ነበረ።

ዋና ኣሰናዳኢ ጋዜጣ ሪፖርተር ኣማረ ኣረጋውን ክንፈን ኣዕሩኽ ነበሩ። ዕርክነቶም ካብ ቀደም ዝጀመረ'ምበር ሓዲሽ ኣይኮነን። ኣብ ሜዳ፡ ኣማረ ሰለስተ ዓመት ተኣሲሩ ኽሎ'ውን ዕርክነቶም ኣየቋረጸን። ጋዜጣ ሪፖርተር'ውን ቀንዲ ምንጪ ሓበሬታኣ ክንፈ'ዩ ነይሩ። ንሕና ኣብ ትሕቲ'ቲ ውድብ ተሓቑፍና ኽንስና ለሚንና ንረኽቦ ዝነበርና ሓበሬታ፡ ኣማረ ብድቁሱ ከይተሸገረ ይረኽቦ ነበረ። ክንፈ፡ ጋዜጣ ሪፖርተር ሓበሬታ ክትረክብ ዝተጻወቶ ተራ ዓቢ'ዩ ነይሩ።

* * *

ክንፈ ሓደ ንግሆ ረቡዕ ደዊሉ፣ "ንኤርትራን ሊብያን ዝምልከት ሎሚ ዝወጽአ ዜና ካበይ ረኺብካዮ?" ኢሉ ሓተተኒ።

ኣብ መንነ ኤርትራን ሊብያን፡ ሓድሓደ ዘይምርድዳእ ከም እተፈጥረ ዝገልጽ ዜና ኣብ ካልኣይ ገጽ ኣስፈርና ነበርና።

"መሓመድ ጣሃ፡" በልክዎ።

"እንተ ኾኢልካ ሕጂ ቀልጢፍካ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ምጻእ፡" ኢሉ ኣዘዘኒ። ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ምስ በጻሕኩ፣

"እዚ ዜና ሓቂ ኣይኮነን!"

"ብኸመይ?"

"ኣብ መንነ ኢሳይያስን ቃዛፍን ዝኾነ ጸገም የለን።"

ግደ ሓቂ እቲ ጉዳይ ፍሉይ ኮይኑ ኣይተራኣየንን። ኣብ እዋን ዶባዊ ምስሕሓብ ኢትዮጵያን ኤርትራን፡ ቀንዲ ማእከል ስሕበት ኮይኑ ተዋሂቡና ዝነበረ ፕሮፖጋንዳዊ ዕማም፡ ንሻዕብያን ኢሳይያስን ምንእኣስ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ዜና ዋላ ሓሶት ይኹን ዘምጽኦ ሳዕቤን ኣይተራኣየንን።

"ዝኾነኾይኑ፡ ስለምንታይ'ዩ እዚ ዜና ኣቓልቦኻ ስሒብዎ?"

"ዕላማኡ ክፈልጦ ስለ ዝደለኹ።"

"ከምቲ ዝበልኩኻ ካብ መሓመድ ጣሃ'የ ረኺበዮ። ሓሶት'ዩ ኢለ ስለ ዘይገመትኩ ድማ ከረጋግጸ ኣይደለኹን፡" በልክዎ።

እግረመገድና፡ መሓመድ ኣብ ከባቢ ዙላ እተወልደ ኤርትራዊ'ዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ወኪል ናይ ቀጠር ሚድያ ኮይኑ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተመዲቡ ይሰርሕ ነበረ። መሓመድ፡ ሓይሊ ሚዛንና እናረኣየ ኣካይዳኡ ዝለዋውጥ ናይ ረብሓ ሰብ'ዩ። ኣብ ሞያኡ መጺእኻ ግና፡ መራሕቲ ሃገራት ኣዕራብ ብኣካል ዝፈልጦም ፈጣን ጋዜጠኛ'ዩ።

"ብዛዕባ መሓመድ ጣሃ እንታይ ርእይቶ'ሎካ?" ሕቶኡ ቀጸለ።

"ንፉዕ ጋዜጠኛ'ዩ።"

"ማለተይ ዘለዎ ኣረኣእያ ትኣምኖ?"

ኣይተወላወልኩን።

"ሻዕብያ ከም ዝሃድንዎ ኣዕሊሉኒ'ዩ።"

"ትኣምኖ? ምስ ሻዕብያ ርክብ የብሉን ትብል?"

"ከምኡ ክብል'ኳ ኣይክእልን'የ፣ ዝፈልጦ ጭብጢ የብለይን።"

"ሻዕብያ ክቕንጽልዎ ይደልዩ'ዮም ኢልካኺ ትሓስብዶ?"

"እንድዒ! ሓበሬታ የብለይን።"

"መጠንቀቕታ ጽሒፎምሉ'ዮም። ብዛዕባ'ዚኸ ኣይትፈልጥን?"

"እወ፣ ነታ ናይ መጠንቀቕታ ወረቐት ኣርእዩኒ'ዩ።"

"ቅድሚ ኽልተ ሰሙን፡ ኣብ ሰንዓ ኣብቲ ኣዕሪፍሉ ዝነበረ ሆቴል መጺኦም 'ኩርኩር ወያኔ' ከም ዝበልዎን፡ ዝሰርሑ ዘሎ ስራሕ ደው ከብሎን ካብ ኣዲስ ኣበባ ክወጽእ ከም ዝኣዘዝዎንከ ሓቢሩካዶ?"

"ክንፈ! መሓመድ ጣሃ ንዝረኽቦ ሰብ ከምኡ እናበለ'ዩ ዝዛረብ።"

"ብግብሪ ንርእዮ ኽም ዘለና ግና ንሻዕብያ ዝጎድኡ ዜና'ዩ ዝሰርሕ ዘሎ። እቲ ዝገብሮ ዘሎ ንዓና ሓጋዚ'ዩ። እዚ ሎሚ ኣብ ጋዜጣኹም ወጺኡ ዘሎ ዜና ግና፡ መሓመድ ጣሃ ዝሃቦ ሓበሬታ ምኽኑ'ዩ ገሪሙኒ ዘሎ፡" በለኒ።

ዝኾነኾይኑ፡ ክንፈ እንታይ ዓይነት ሓበሬታ ካባይ ይደሊ ከም ዝነበረ ከይተረድኣኒ ተፈላለና።

ድሕሪ ክልተ ወርሒ፡ መሓመድ ጣሃ ካብቲ ዝነብረሉ ዝነበረ ኣብ ከባቢ ሆተል ሂልተን ዝርከብ ኣፓርታማ ወጺኡ፡ ሓደ ብምንጻፍ ዘጌጸ እጹብ-ድንቂ ቪላ ምስ ምሉእ ዘመናዊ ኣቑሑቱ ከም እተዋህቦ ሰሚዐ። ብዛዕብኡ ምስ ክንፈ ምስ ተዘራረብና፡ ክንፈ ካባይ እናረሓቐ ከደ። 'ስራሕ ጽኂቕዎ'ዩ ዝኸውን' ኢለ ሸለል በልክዎ። ናብ ቤት-ጽሕፈቱ እንተ ደወልኩ፡ ጸሓፈቱ ጸኒሕካ ደውል ክትብለኒ ጀመረት። ኣብቲ ግዜ'ቲ ክንፈ ምኽንያት መርሓቒኡ ብሰንኪ መሓመድ ጣሃ ድዩ ዋላስ ካልእ ክፈልጠ ኣይክኣልኩን።

ድሕሪኡ፡ ሓንሳእ'ዩ ንክንፈ ረኺበዮ። ንሳ ድማ ቅድሚ ምዅብላለይ ቅድሚ ክልተ ሰሙን ኣቢሉ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ምስ ጸውዓኒ'ዩ። ሻቡ ዝተዘራረብናዮ፡ ኣብ ዝቕጽል ምዕራፋት ክዋግዓኩም'የ።

* * *

እንሆ ኣብ ወሰናስን ኩተማ ናይሮቢ፡ ኣብ ሓደ ክልተ እንግሊዛውያን ሰብ-ሓዳር ዝውንንዎ ድኻታት ቱሪስት ዘዕርፍሉ ሆተል ኮፍ ኢለ ኣለኹ። ቅድሚ ሓምሽተ ደቒቕ፡ ሬድዮ BBC ክንፈ ከም እተቕትለ ዜና ምስ ኣቃለሐ፡ ኣብቲ ኮፍ ዝበልክዎ ቅዝዝ ኢለ ተረፍኩ...

- 15 -
ናይ መወዳእታ ምሸት

ናብቲ መወዳእታይ መወዳእታ - ገጸይ መለስኩ
ኑቲ ዝርእዮ ግና ምርኣዩ ሰኣንኩ
ናብቲ መጀመርታይ መጀመርታ ሓሳበይ መለስኩ
ሓሳበይ ግና ኣይኣመንክዎን
ናብቲ ውሻጠ ውሻጠይ ከይደ ኣተኹ
ኣብኡ ኽእላ ተረፍኩ

(ግጥሚ - ስንዱ ኣበበ)

ጎጋይሸይ፡ ናብቲ መእንገዲ ኣደራሽ ይኣትው'ለው...

ስብሓት ገብረእግዚኣብሄር፡ ሄለን መሓመድ፡ ሲሳይ ንጉሱ፡ መኣዛ ብሩ፡ ማሞ ውድነህ፡ ትእግስት ህሩይ፡ ደረጄ ደስታ፡ ታገል ሰይፉ፡ ተፈራ ገዳሙ፡ እናዳለጌታ ከበደ፡ ኣበበ ባልቻ፡ መስፍን ሃብተማርያም፡ ኣቦነህ ኣሻግሬ፡ ሰዓዳ መሓመድ፡ ኣብርሃም ረታ ኣለሙ፡ ዑቕባይ በርሀ፡ ሙላቱ ገብሩ፡ ፍቕረማርቆስ ደስታ፡ ተፈሪ ኣለሙ፡ ማንያዘዋል እናሻው ...

ክልተ ሚእቲ ሰብ ከመይ ገይረ ክጠቕሰልኩም? እንታይከ ዘድክም ኣሎኩም!

እዚኣቶም ብምልኦም፡ ደረስቲ፡ ጋዜጠኛታትን ወይ ድማ ስነ-ጥበበኛታት'ዮም። ኣብቲ ቀይሕ ምንጻፍ እተነጽፎ ኣፍደገ ሆተል ዋቢ ሸበሌ ደው ኢለ፡ ነጋይሸይ መጽሓፍ 'እፍታ' (ላህመት) ቅጂ ሓምሽተ ኣቕብሎም ኣለኹ። እቶም ዕዱማት፡ ንመመረቕታ መጽሓፍ ከም ዝመጽኡ'ዮም ዝፈልጡ፣ እንተ ኣነ ግና ብዛዕባ'ታ ናይ መወዳእታ ምሸት እሓስብ ነበርኩ። ስውር ናይ ፋንዋ ምሸት!

እቲ ፍጻመ፡ ከምዚ ሃተፍተፍ ዘብለካ ሕልሚ ኮይኑ ይስምዓኒ።

ነታ ዝተወለድኩላ ሃገረይ ዝባነይ ሂበ ክኾብልል ምስ ተገደድኩ፡ ንፍሉጣት ኢትዮጵያውያን ስነ-ጥበበኛታት ዓዲመ መመረቕታ ናይታ መጽሓፍን መፋነዊ እንግዶትን ዝገብረላ ዝነበርኩ ደቒቕ፡ ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነት ክንፈ ገብረመድህን ይፈልጥ ነበረ። እቲ ወጻኢታት ናይቲ ድግስ'ውን ብበረኸት ስምኦን ዝተፈቕደ ገንዘብ'ዩ።

ማሞ ውድነህ፡ ምሉእ ጸሊም ሱፍ ተኸዲኖም ኣለው። እቲ ቁመናኦምን ጡጥ ዝመስል ጸጉሪ ርእሶምን፡ ግርማ መጎስ ኣልቢስዎም ይረአ'ሎ። "ማሞ መን'ዮም?" ኢሉ ዝሓትት'ኳ የለን። ወራሪ ሰራዊት ጣልያን ኢትዮጵያ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን፡ ኣብ ሓንቲ ናይ ጣልያን ናይ ጽዕነት ማኪና ተሳፊሩ ኣዲስ ኣበባ ዝኣተወ ናይቲ ግዜ'ቲ ጓሳ፡ ናይ ሎሚ ደራሲ ኣርብዓ መጽሓፍቲ'ዮም - ማሞ።

ስብሓት ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣብ ጸግዒ መንደቕ ምስ ዜና ወዱ ኮፍ ኢሉ'ሎ። ስብሓት፡ ሓደ ካብቶም ኣብዚ ናይ ሎሚ መመረቕታ መጽሓፍ ቃል ዘስምዑ'ዩ። ነዚ ፍቱው ደራሲ፡ ምናልባሽ ንመወዳእታ ግዜ እርእዮ እህሉ። ንግሆ ቡን ክንሰቲ ከለና ዘዕልለኒ ዝነበረ መሰጥቲ ወግዕታት፡ ንሓዋሩ ኣይሰምየምን እኽውን። ንስብሓት ዘየኽብሮን ዘይፈትዎን መሸም የለን። ኣነ ብናይ ታሪኽ ኣጋጣሚ ሓላፊኡ'ኳ እንተ ኾንኩ፡ ርክብና ግና ናይ ተምሃራይን መምህርን'ዩ ነይሩ። ናይ ስነ-ጽሑፍ ዓቕመይ ከማዕብል ካብ ዝሓገዙኒ ሰባት፡ ብቐዳምነት ዝስራዕ ስብሓት ምኳኑ ኮሪዐ ዝዛረበሉ'ዩ። ልዕሊ ኹሉ ግና ንሱ ዓርኪ ኹሉ'ዩ። ሓላፊኡ ኾይነ ንዓመታት'ኳ ብሓባር እንተ ሰራሕና፡ ኣብ ገለ ጉዳያት ግና ንሱ ይእዝዘኒ ነበረ።

ሓደ መዓልቲ ከምዚ ኢሉ ሓቲቱኒ፡

"ሓንቲ ነገር ክትተሓባበረኒ እንድየ መጺኡ..."

"ሕራይ... እንታይ'ዩ ነይሩ ክሰምዓካ?"

"ገንዘብ ተሸጊረ በጃኻ..."

ትም በልኩ። ምኽንያቱ፡ ናይ ዝመጽእ ኽልተ ኣዋርሕ ደሞዙ ኣቕዲሙ ወሲድዎ ስለ ዝነበረ፡ እንታይ ከም ዝገብሮ ሕርብት በለኒ። ንሱ'ውን ተረዲእዎ'ዩ መስለኒ ቀልጢፉ፣

"ኣቕዲመ ደሞዘይ ሃበኒ ክብለካ ኣይክእልን'የ፣ ወሲደዮ'የ። ሕጂ ግና ከምዚ ዘይንገብር?"

"ኸመይ?"

"ትጉህ ሰራሕተኛ ኢልካ ቦናስ ዘይትህበኒ?"

ብሰሓቕ ክርትም በልኩ!!

ግደ ሓቂ ስብሓት ህርኩት ሰራሕተኛ'ዩ። 'እንሆ በረከት' እትብል ቀዋሚት ዓምዱ፡ ሓንቲ መዓልቲ ኣቋሪጸዋ ኣይፈልጥን። ብተወሳኺ

ንትርፊ ግዜኡ ብዝግባእ ዝጥቀመሉ ደራስን ጋዜጠኛን ምኳኑ፡ ዘነበ ወላ ኣብታ 'ማስታወሻ' (መዘክር) ዘርእስታ መጽሓፉ ደጋጊሙ ጠቒስዎ ይርከብ። ኣነውን ዕድመን ጥዕናን እንተ ሂቡኒ፡ ሓደ መዓልቲ ብዛዕባኡ ምጽሓፈይ ኣይተርፍንዩ።

በረኸትን ክንፈን፡ እንታይ ዓይነት ህይወት ይተርፈኒ ከም ዘሎ ካብ ዘይምርዳእ፡ ካብ ሃገረይን ፈተውተይን ይንጽሉኒ'ለው። እዚ ኣብ ልዕለይ ዝገብርዎ ዘለው መወዳድርቲ ዘይብሉ ግፍዕን ገበንን ምኳኑ፡ ኣይተረደኦምን ዘሎ።

* * *

መሳርሕተይ መኩርያ መካሻ፡ ኣብ ጸግኒ ምስ ዘይፈልጦም ሰለስተ ሰባት ኮፍ ኢሉ ቢራኡ ይጨርም ኣሎ። ብዛዕባ ሩስያውያን ደረስቲ የዕልሎም ከም ዘሎ ፍሉጥዩ። ቼኮቭን ቶልስቶይን፡ ኣባሓጎታቱ ክሳብ ዝመስሉኻ ምሒር'ዩ ዘድንቕምን ዝፈትዎምን። ኣብ መንጎ ደረስቲ ሃገርና ዘሎ ምቅንናእ ግና ኣመና'ዩ ዘሕዝኖ።

"ምቅንናእ ኣብ ዝኾነ ሃገር ዘሎ ንቡር ነገር'ዩ። ናትና ግና በዚሑ'ታ! ምቅንናእ ካብ ዝብሃል ምቅትታል እንተ ዝብሃል ይሓይሽ፡" ኢሉኒ ሓደ መዓልቲ። ቀጺሉ፡ "...እስኪ ሕጂ ናይ ታገል ሰይፉ ስርሓት ንርኣዮ። ካብ ናይ ፑሽኪን ግጥምታት ብምንታይ ይሓምቹ? ንታገል ብቕረባ ስለ ንፈልጦ ኢና ንፈትዎ'ምበር፡ እዛ ሃገር ደኣ መኣስ ዕድል ሂባቶ።"

ካልእ መዓልቲ ድማ ብዛዕባ ምቅንናእ እናዕለልና ኾለና፡ ንሩስያውያን ደረስቲ ኣልዒሉ፣

"ንጎግል ህቡብ ዝገበረቶ 'The great Inspector' እትብል መጽሓፍ፡ ነቲ ትልሚ ካብ ፑሽኪንዩ ረኺብዎ። ፑሽኪን ሓደ መዓልቲ ንጎግል ከምዚ ኢልዎ፡ 'ጎግል፡ ኣነ ካብ ዝጽሕፉ ንስኻ እንተ ጽሒፍካያ ብልጽቲ ስራሕ ትኾውን፡' ኢሉ ሂብዎ። እዞም ናትና'ኮ፡ ነቲ ዝጸሓፍካዮ ሓዲጎም ኣብ ካልእ ውልቃዊ ጉዳይካ ኣትዮም'ዮም ዝዛረቡ፡" በለኒ።

መኩርያ መከሻ ቀጢን'ዩ፣ ሓምሽተ ዓመታት ብሓንሳብ እናሰራሕና፡ ማዕረ እናበላዕናን እናሰተናን ዋላ ሓንቲ ክብደት ዘይምውሳኹ እቕንኣሉ ነይረ። "ብዛዕባ ምቅንናእ እናሓሰብካ ከተንጸርጸር ስለ ትውዕል ኢኻ'ኮ ዘይትረጉድ፡" እናበልኩ እድእለሉ ነይረ።

ኣጋይሽይ ይውሕዙ ኣለው...

ደረጀ ሃይሌ ገብረመድህን፡ ጋዜጠኛ ሳምሶን ማሞን ብዓልት-

ቤቱ ዜድን፡ ይሁብ እናሻው፡ ሰሎሜ ታደሰ፡ መታሰቢያ ተሾመ፡ ግሩም ላቀው፡ ኤፍሬም እናለ፡ ፈቃደ የምሩ፡ ግርማይ ወልደጊዮርጊስ፡ ሺፈራው ከበደ፡ ቶማስ አርጋው፡ ሰለሞን ኣበበ፡ ዘነበ ወላ፡ ወሰን ይሄይስ፡ ተክለ ተስፋልደት.... ከከም ኣመጻጽኣኡም ናብቲ ኣደራሽ ይኣትው ኣለው...

* * *

ላህመት ዘርእስታ እኩብ ሓጺር-ዛንታታት ዘሕትመሉ ዝነበርኩ ምኽንያት፡ ኣብዚ ወርቃዊ ዘመንና፡ ወርቃዊ ዘመን ምፍጣር ይክኣል'ዩ ዝብል ሕልሚ ስለ ዝነበረኒ'ዩ። ላህመት፡ ዝተፈላለዩ ምሩጻት ሓጺር ዛንታታት ኣኻኺባ እትሕተም መጽሓፍ'ያ። ቅጺ ሓምሽተ ከነሕትም ከለና፡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ጸሓፍቲ ከነሳትፍ ክኢልና ኢና። ነዚ ቅዱስ ፕሮጀክት ኣነ'ኳ ክቕጽሎ እንተ ዘይክኣልኩ፡ ካልኦት ግና ብዝሓሸ መገዲ ክቕጽልዎ ከም ዝኽእሉ ምሉእ ተስፋ ኣሎኒ።

* * *

ሓደ ጋዜጠኛ ኣባል ኣገልግሎት ዜና ክመጽእ ከሎ ረኣኽዎ። ከም ዘይተዓደመ እፈልጥ'የ። ኣጠማምታይ ተረዲእዎ'ዩ መስለኒ ተቐዳዲሙ።

"ኣዮ ስሜነህ መኮንን'ዩ ኣብ ክንድኡ ሰዲዱኒ፡" በለኒ።

"እንታይ ኮይኑ ደኣ ዘይመጸ?"

"ኣይጥዓሞን! ዘይምምጽኣይ ከኣ ይቕሬታ በለለይ ኢሉኒ።"

ይቕሬታኡ ተቐቢለ ናብ ውሽጢ ኣደራሽ ኣእተኽዎ። ስሜነህ ክመጽእ'የ ተመንየ ነይረ። ኣብ ጉዕዞ ህይወት ጋዜጠኛነትን ስነ-ጥበብን፡ ከም መምህራኒይ ካብ ዝርእዮም ከም ብዓል ኣረፋይነ ሓገስ፡ ኣበራ ለማ፡ ሃይለመለኮት መዋእል፡ መንግስቱ ወልደማርያም፡ ብርሃኑ ዘርይሁንን ስብሓትን፡ ቀጺሉ ስሜነህ ኣብ ህይወተይ ናይ ክብሪ ቦታ ሒዙ ይርከብ።

* * *

ብዛዕባ'ቶም ዘይመጽኡ ኽኣ ክሓስብ ጀመርኩ።

ዶክተር ፈቃደ ኣዘዘ ተዓዲሞም ነይሮም፣ እንታይ ኮይኖም ደኣ'ዮም ዘይመጽኡ? ሃያሲ ኣሰፋው ዳምጤ'ውን ከምኡ። ተስፋዬ ገሰሰ፡ ኣታክልት ሃገገ፡ ገበየሁ ዋለልኝ፡ ተሾመ ብርሃኑ፡ ቴዎድሮስ መላቱ፡ መኮንን ቶላ፡ ነቢይ መኮንን፡ ኣሰፋ ማሞ ጌና ኣይመጽኡን። ንጸሓፊት ክፍሊ ፕረስ ሂሩት ወረቐት ዕድመ ሰዲደላ'ለኸ። እንተ መጺኣ፡ ሪፖርተር ንምኳን ናይ ስራሕ ወረቐት ኣእትዩ መልሲ

ዘይረኽበ ኣነ ከም ዝኾንኩ ክነግራ'የ።

ናብቲ ኣፋፈት ናይቲ ኣደራሽ እናሻዕ ቀ·ሊሕ እብል ኣለኹ። ፈርማዬ ኣለሙ ብህይወት የላን'ምበር፡ ካብቶም ቀንዲ ዕዱማተይ ምኾነት።

'ክራር' እትብል ናይ ፈርማዬ ግጥሚ ትዝዶ ትብለኩም?

በጻብዕታ ሃሰው ኢላ - ዘውጽኣቶ መገዲ
ከብድኻ ትበልዕ - ኮፍ ኢላ ከተድሂ
ብሓምሽተ 'ጻብዕታ - ቅኒታ ቃንያ
ኣብ ጕነይ ከላስ - ከይዳ ተዓዚራ

ህቡብ ደራስን ገጣምን ኣበራ ለማ፡ ናብ ኖርወይ ተሰዲዱ ይነብር ኣሎ። ብናጻ ሕልና ክሓስብን ክጽሕፍን ካብ ዝሓገዙኒ ስነ-ጥበበኛታት ሓደ'ዩ። ንኣማረ ኣረጋዊ'ውን ወረቐት ዕድመ ሰዲደሉ ነይረ። ሳህለስላሴ ብርሃነማርያም ምስ ደንጎዩኒ፡ ብናይ ኣቶ ማሞ ውድነህ ሞባይል ደዊለሎም፣ "ይቕሬታ! ኣይጠዓመንን" ኢሎምኒ። ብስውር ተፋነኽዎም። ሴኮ ዋላ ኣይምጻእ 'ቃርማኡ' ልኢኹ'ሎ። እንታይ ከም ዝገበርክዎ ኣይፈልጥን፡ ክሳዕ ሕጂ ጸሚዱለይ'ዩ ዘሎ። መዝሙር ፈንቴ ጌና ኣይመጽኣን። ሓያል ጸሓፌ ድራማን ግጥምን'ዩ። 'ዳና' (ኣሰር) ኣትብል ዝጸሓፋ ድራማ ኣብ ኣደራሽ ትያትር ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ተዓዚቢያ'ለኹ።

መስፍን ሃብተማርያም ዓጻጽዩ ደበኽ በለ። ገሪሙኒ! ኽምኡ ተኽዲኑ ርእየዮ ስለ ዘይፈልጥ፣

"ዓጻጺኻ" በልክዎ ላህመት እናቐበልኩ።

"ሓወይ'ዩ ካብ ወጻኢ ኣምጺኡለይ" በለኒ ክዳኑ እናተና'ኸፈ፣ "... ሎሚ ኽምዚ ትርእየኒ ተኽዲነ ካብ ገዛ ምስ ወጻኹ፡ ደቂ ገዛውትና ከላልዩኒ ኣይክኣሉን። ገዛውትና ከም ትፈልጦ ጭቃን ኣእማንን ዝበዝሑ ስለ ዝኾነ፡ ተጠንቂቖ እና'ኸድኩ ከለኹ 'ካበይ ዝመጸ ሃብታም'ዩ?' እናበሉ ተገሪሞም ጠሚቶምኒ። ሽማግለታት ቡዳ ከይሕዘኒ ቱፍ ቱፍ ኢሎምለይ። ጸጉሮም ዝቖምቀሙ ዝነበሩ ከይተረፉ እናወጹ ርእዮምኒ። ገሊኦም ኣትኪሎም ገጸይ ብምጥማት 'መስፍን ይመስል' ምስ ተባሃሃሉ፡ 'መስፍን እንድየ'ሞ' ኢለዮም። 'ክዳንሲ ለካ ንሰብ ከምዚ ገይሩ'ዩ ዝልውጦ' ኢለ ግርም ኢሉኒ..." በለኒ።

ክዳውንቱ፡ ትንክፍ ትንክፍ እናበለ ሰሓቐ። መስፍን ከምዚ'ዩ ዝዛረብ። ላዛ ዕላሉ ባህ'ዩ ዝብለካ። ካብቲ ዝጽሕፎ ጽሑፍ ንላዕሊ፡ ዕላሉ ይምቕር። ንመስፍን ሃብተማርያ ክርእዮ ከለኹ፡ ኣብ ደብረዘይት ናይ ኣምሓርኛ መምህርና ዝነበሩ መምህር ዝናቡ ዘነበ'ዮም ዝዝከሩኒ።

* * *

ታግል ሰይፉ በይኑ መጽአ። ትሕትናኡ ከምቲ ግጥምታቱ'የ ዝፈትዎ። ታግል፡ ዝፈትዎ ዓርከይ'ዩ። ክመጽእ ምስ ረኣኽዎ ብግጥሙ ተቐቢለዮ። ካብተን ፍትዋት ግጥምታቱ ሓንቲ፡ ነተን ቀዳሞት መስመራት፣

"ኣብየት'ዛ ጨል ክኸፍእ ዕድላ ..." ዓው ኢለ ምሰ'ዝየምኩ።
ነዚ ከይረኣየት ምማታ!..." ኢሉ ንሱ ቐጸለ።

ስሒቕና ተሓጃቒፍና። ታግል ውሽጢ ምስ ኣተው፡ ነተን ዝተረፋ መስመራት ኣዝየምክወን።

ኣብየት'ዛ ጨል ክኸፍእ ዕድላ - ነዚ ከይረኣየት ምማታ
ዘይትርእዮ ሓዊ ከቃጽል - ሽሙ ቀይሩ ቐርበታ
ክብሪ ይሰማዓዮ መናፍሕ - ኣየር ስሒቡ ሓዊ ክኾልዕ
ዓይኒ ሓዊ ኣብሪሁ - ሓመድን ሓሞኽሽትን ክገላልህ
ከንቱ ሰብ ግና ከም መናፍሕ - ኣየር ስሒቡ እንተ ተፍኡ
ቡቲ ልኾፍ ትንፋሱ - ንመጻኢ ብርሃን ኣጥፊኡ

ከበደ ደበሌ ሮቢናን ሞጎስ ሃብቱን ተመራሪሑም ናብቲ ኣደራሽ ኣተው። ክልቲኦም፡ ተፈጥሮ ጥበብ መሊኣ ዝዓደለቶም ናይ ግዜና ጥበባት'ዮም። ሞጎስ ሃብቱ ተጋዳላይ'ኳ እንተ ኾነ፡ "ከም ኢህወደግ ምሕሳብ" ካብ ዝብሃል ቤት-ማእሰርቲ ሕልናኡ ናጻ ዘውጸአ ጅግና'ዩ። ናይ ሚኒስትሪ ምክል'ኻል ጋዜጠኛ ከም ምኾኑ መጠን፡ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኮናት እናተ'ኻይደ ከለ፡ ናብ ግንባር ከይዱ ኣዘዝቲ ብቺቫዝ ዊስኪ ክገሚጨቡ ምስ ረኣዮም ደስ ኣይበሎን። ከምቲ ዝነገረኒ ንሱ'ውን ሰትዩ'ዩ፣ እናሰተየ ኾሎ ግና ነዛ ትስዕብ ሓጻር ግጥሚ ጽሒፉ። ገለ ካብ ክፋላ ከንብበልኩም፣

ሚእቲ ሽሕ ብር ሰልዑ
ሰባት ጸጊቦም ከጕሰዑ
ዊስኪ'ውን ብዙሕ ግዝኡ
ቢራ'ውን ብዙሕ ግዝኡ
ምግቢ'ውን ብዙሕ ግዝኡ
ሰባት ጸጊቦም ከጕሰዑ
በሊዕኩም ኣብልዑ ሰቲኹም ኣስትዩ
ካብ ህዝቢ'ምበር መኣስ ካብ ጆባኹም ወጺኡ!

* * *

ኣጋይሽይ ናብቲ መአንገዲ ኣደራሽ ይኣትው ኣለው...

መብዛሕትኦም መጺኦም ኣለው። ርብዒ ዝኾኑ ግና ኣይመጽኡን። ንምክትል ዋና ኣሰናዳኢ ጋዜጣ ሪፖርተር እሸቴ ኣሰፋ፡ ወረቐት ዕድመ ሰዲደሉ ነይረ። ዝመጽእ ግና ኣይመሰለንን። ተቐዲሙኒ ኸም ዘሎ ነጊሮምኒ ሰሚዐ። እንታይ ከም ዝበደልክዎ ግና ኣይርድኣንን'ዩ። "እሸቴ ካብ ጃንሜዳ" ብዝብል ናይ ብርሂ ስም ዝጽሕፈን ጽቡቕት ዓንቀጻቱ እፈትወን'የ። ብርሃኑ ዘርይሁን ኣብ መጽሔት 'የካቲት' ዝጸሓፋ ዓንቀጽ ከመይ ጽቡቕ ገይሩ ገሊጽዎ'ሎ መስለኩም!? መእተዊ'ታ ዓንቀጽ፡ ብናይ ብርሃኑ ዘርይሁን ግጥሚ ከም ትጅምር ከይተረፈ ትዝ ይብለኒ። ኩላ ግና ኣይዝክራን'የ።

እቲ ነዊሕ ትልሙ - መዓልቦኡ ከይረኸበ
ቀልጢፉ ተቐጽየ - ህዝቢ ምስ ኣልቀሰ
ደው ዝበለ ኾሉ - ክፋነዎ እናተሳለመ
ከምኡ'ዩ ዝብሃል...
"ናይ ምንባር ግዜኡ - ወዲሰብ ፈጸመ"

ትእግስት ህሩይ ደንጒያ መጽኣት። ሰላምታ ምስ ተለዋወጥና፣
"The Brothers Karamazov' ኣንቢብካያዶ?" በለትኒ።
"ኣንቢበያ ትእግስት፣ ጽብቕቲ መጽሓፍ'ያ።"
"ኣብ ሞስኮ፡ ሓራስ ከለኹ'የ ኣብ ዓራት ኮይነ ኣንቢበያ።"
"ካልኣይ ግዜ ከንብባ ደልየ'ለኹ በጃኺ።"
"ክህበካ'የ።"
ናብቲ ኣደራሽ መሪሐ ኣእተኹዋ። ምስ ትእግስት ኣመና ኢና ንረዳዳእ።

* * *

ኣርቲስት ኣበበ ባልቻን ጋዜጠኛ መኣዛ ብሩን ብሓንሳብ መጽኡ። ኣዲስ ኣበባ ዝኣተናሉ ሰሙን፡ ሰንበት መጽኣት ኣብ እንዳ መኣዛ ተኣኪብና ግጥምታት ነስተማቕር ነበርና። ኣማረ፡ ተምሃራይ ዊንጌት ከሎ ምስ መኣዛ ይፈለጡ ስለ ዝነበሩ፡ ብመገዱ'የ ንኡቴሎን ብዓልት-ቤቱን ፈሊጠዮም። ሓንቲ ናይ ስነ-ጥበብ ማሕበር መስሪትና ኔርና፣ ነዊሕ ከይቀጸለት ግና ፋሕፋሕ ኢላ። ካብቶም ኣባላት'ታ ማሕበር ዝነበርና፡ ኣነን ኣማረን ጥራይ ኢና ወየንቲ። 'መሳልል' ዘርእስታ ናይ ፕሮፈሰር መስፍን ግጥሚ፡ ኣብ እንዳ መኣዛ'የ ካብ ኣርቲስት እሸቱ ጥሩነህ ሰሚዐያ። "ብመሳልል ናብ ላዕሊ ክትድይብ ከለኻ፡ ነቲ

ዝጨበጥካዮ ትረግጾ፡ ክትወርድ ከለኻ ድማ ነቲ ዝረገጽካዮ ትጭብጦ" ዝብል ትሕዝቶኣ ኣመና ፈትየየ። ሓላፍነት ክፍሊ ፕረስ ከይምቅረኒ ካብ ዝመሃረትኒ ሓንቲ 'መሳልል'ያ። ኣንዳርጋቸው ጽጌ'ውን ምሳና'ዩ ነይሩ። ደሓር ግና ምስ ሰልከዮ ገዲፍዎ። ንሕና'ውን ነዊሕ ከይጸናሕና ተበታተንና...

ሃይለመለኮት መዋእል ኣበይ'ሎ?

ምምጻኡን ዘይምምጻኡን ርግጸኛ ኣይኮንኩን። ሃይለመለኮት መዋእል፡ ብሓደ ጎኑ መንዜ ብሓደ ጎኑ ድማ ኤርትራዊ'ዩ። ኣሞኡን ሓትነኡን ኣብ ገዝኡ ክራኸባ ከለዋ፡ ንሱ እናተርኣመ የተዓልለን። ማርያም ሰላም ከተውርድ ዝልምና፡ ለዋሃት ኣሞን ሓትነን'የን ዘለዋኦ። ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኵናት እናተኻየደ ኸሎ፡ ንሳተን ቡን እናሰተያ ጸሎት ይገብራ ነበራ። ኣየ ናይ ዘመንና ፖለቲካ!

* * *

ካብ ሃገር እኸብልል ስለ ዘለኸ፡ ንደቂ ቢሾፍቱ ብሓሳበይ ተሰናበትክዎም! ንሕና'ውን ከም ኩሎም መተዓብቲ ብዙሕ ተዘክሮታት ኣሎና። ገንዘብ ኣትሒዝና ኩዕሶ ንጻወት ኔርና። ግደ ሓቂ ኣነ'ኳ ኩዕሶ ኣይፈቱን'የ። ኣደይ ሓደ መዓልቲ፡ "ኩሎም ቄልዑ ኩዕሶ እናተጻወቱ፡ እንታይ ኪንካ ትፈዝዝ፡" ኢላ ብእዝነይ ወጢጣ ናብቲ ኩዕሶ ንጻወተሉ ሜዳ ሒዛትኒ ከደት። ካፖ ናይቲ መጻወቲ ሜዳ ኩዕሶ እግሪ፡ ሲራክ ተሾመ'ዩ ነይሩ። ኣብ ቢሾፍቱ፡ ፍትሒ ብዘይብሉ መገዲ ናይ ሲራክ ካልኾን ቡኾን ዘይጠዓመ ቄልዓ የለን። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግና ሲራክ ኣባል ሚኒስትሪ ፍትሒ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ'ዩ። ኣደይ ብእዝነይ እናወጠጠት ናብኡ ወሲዳ፣

"ኩሎም ቄልዑ ኩዕሶ እናተጻወቱ፡ እዚ ግና ፈዛዝ ኮይኑ። ምሳኹም ኣጻውትዎ፡" በለቶ።

"ዝዋጻእ ሰልዲ ስለ ዘሎ ሓምሳ ሳንቲም ይኽፈል፡" በላ።

ኣደይ ከይተወላወለት ጸዕዳ ሓምሳ ሳንቲም ሂባቶ ናብ ገዛ ተመልሰት። ሲራክ፡ ብኡንብኡ ሓላዊ ማዕጾ ጋንታኡ ገይሩ ኣሰለፈኒ። ልዳት ማዕጾ ተደጊፈ፡ ብሓሳብ ተዋሒጠ ከለኹ ጎል ኣተወትኒ። ሲራክ፡ ከም ነብሪ ተቕጢው ብምምጻእ፡ ምስ መራር ጽፍዒት ነቲ ሓምሳ ሳንቲም መሊሱ ኣባረረኒ። እናበኸኹ ናብ ገዛይ! ኣብ ምሉእ ህይወተይ፡ ሓንቲ መዓልቲ'የ ናብ ስታድዮም ኣዲስ ኣበባ ኣትየ፣ ሽዑ'ውን፡ ኣታዊኡ ንግዳያት ደርቂ ዝኸውን ገንዘብ ንምእካብ ዝተዳለወ መደብ ስለ ዝነበረ፡ ንታምራት ላይኔ ኣሰንየዮ ክርከብ ግድን ስለ ዝኾነኒ'ዩ።

ንዘረባ፡ ዘረባ የምጽኡ ከም ዝብሃል፡ ኣብቲ ስታድዮም ዝጸናሕናሉ

ግዜ ኣሰቃቒ'ዩ ነይሩ። ብወገን ካታንጋ ዝነበሩ ተዓዘብቲ፡ ንታምራት ላይኔ፡ "ሰራቒ! ሰራቒ!" እናበሉ ክጸርፍዎ ከለው ኣብ ዝኣትዎ ክሳብ ዝጠፍኣኒ ተሰከፍኩ። ታምራት ከብደይ በሊዑኒ። ዓሰርተው ሾብዓተ ዓመታት ኣብ ኩርኳሕ እናደቀሰ ዝተጋደለ ንኽዋረድ ኣይኮነን። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ብዓል መለስ ነቶም ብወገን ካታንጋ ዝነበሩ ተዓዘብቲ፡ ዓዋሉ'ዮም ኢሎም ምግላጾም ንታምራት ከጸናንዕዎ ደልዮም እምበር፡ ድምጺ ካታንጋ ነጸብራቕ ድምጺ ህዝቢ ም'ኳኑ ጠፊእዎም ኣይኮነን። ኣብቲ ናይ ምርኢት መዓልቲ፡ ኣብ ጥቓ ታምራት ኮፍ ኢለ ስለ ዝነበርኩ፡ ኣብ ገጽ ፍርሒ ወይ ሕርቃን ክርኢ'ኳ እንተ ተጸበኽ፡ ንሱ ግና ፍዝዝ ኢሉ ነቲ ዝጸርፎ ዝነበረ ህዝቢ ይጥምቶ ነበረ። ታምራት፡ ካብቲ ብተሪር ሓጺን እተሰርሐ ጋብያ ኽምልጥ ዝኽእለ፡ ናይቶም ካታንጋታት ጸርፊ ኣበርክቶ ከይገበረሉ ከም ዘይተርፍ ገመትኩ።

(ታምራት፡ ምኽንያት መእሰሪኡ ብልሽውና ወይ ምስ ህወሓት ስለ ዝተጋጨወ ከም ዘይኮነ ብዙሓት ኣባላት ኢህወደግ ኣፎም መሊኦም ዝዛረብሉ'ዩ። ብትሒም ትሒም ግና ናብ ኤውሮጳ ብስራሕ ምስ ገሸ፡ ምስ ኢህኣፓ ምስጢራዊ ርክባት ኣካዪዱ'ዩ ዝብሃል። ክሳዕ ሕጂ ብብልሽውና ዝተኣሰረ ኣባል መሪሕነት ኢህወደግ የሎን። ህወሓት፡ ንኣባላት መሪሕነት ናይቲ ውድብ፡ "ብላዕ! ሰተ! ደስ'ውን ይበልካ!፡ ፖለቲካዊ ተቓውሞ ግና ከይተልዕል" ብዝብል መርሓ ከም ዘመሓድሮም ኩሉ ዝፈልጦ'ዩ።)

* * *

ኣብርሃም ረታ ኣለሙ፡ ምውቕ ዕላል እናዕለለ ኸሎ ካብ ማዕዶ ረኣኽም። 'ኣልን፡ ተባልን፡ ይባላል' (በልና፡ ተባሃልና፡ ይብሃል) እትብል ዓንቀጹ፡ ካብተን ዝፈትወንን ዝመዝገብክወንን ሓንቲ'ያ። ኣብርሃም ኣብታ ዓንቀጽ፡ ካብ ሃጸይ ቴዎድሮስ ጀሚሩ ክሳዕ መለስ ዘሎ ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ኣካይዳ ብዘስሕቕን ገላጽን መገዲ ከቕርቦ ዝኽእለ ሓያል ጸሓፊ'ዩ። ካልእ፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ተኣዊጁ ዝነበረ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ከመይ ገይሩ ከም ዝገለጸ ንእሽቶ ከውርደልኩም።

"ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ሃገርና ዘሎ ሽግር ንምፍታሕ፡ 'ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ' እቲ እንኮ ኣማራጺ'ዩ ተባሂሉ ሃታ-ሃታ ተባህለ። ሻዕ ኣስመራን ምጽዋዕን ቀይሕ ተሰሊመን 'ቀይሕ' ተኣሊሙለን። ህዝቢ 'ቀይሕ'

ሓሲቡ። ውጺእቲ ድማ 'ቀይሕ' ኮይኑ ተሪፉ። ሽዑ ንሽዑ ኢህድሪን[13] ቅዋምን ዝብሃል መጺኡ ተባሂሉ። ህዝቢ፡ 'ቀይሕ' ሙታቲን ምስ ሰማያዊ ካኪ ጁባን ስረን ተኸዲኑ....." እናበለ ይቕጽል። ኣናዲኹም ኣንብብዋ።

* * *

ሞገስ ሃብቱ በይኑ ደው ኢሉ ኸሎ ካብ ርሑቕ ረኣኽዎ። ገጹ ከም ቀደሙ ተጻዊጉ ነበረ። መኣስ ኮን'ዩ ዝስሕቕ? እንተ ሰሓቕ'ውን ናይ ሕርቃን ሰሓቕ'ዩ ዝስሕቕ። ዝኸነኸይኑ፡ ሓደ መዓልቲ 'ጥርስና ሳቕ' (ስንን ሰሓቕን) ዘርእስታ ግጥሚ ኣምጺኡ ኣዝይማ ኢሉ ሃበኒ። ብምልእታ ኣይዝክራንየ፣ ገለ ክፋላ ግና ፈጺመ ኣይርስየንየ፣ እቲምንታይ ከም ሸም ኣቦይ ኣብ ሓንጎለይ ተቕሪጻ'ያ።

ካብ ክሳድ ንላዕሊ ክንስሕቕ - ኣስናንና ረጊፉ
ሰሓቕ ንባዕሉ ኣስናን ናፊቑ - ኣስናን ንባዕሉ ፍሽኽታ ሃሪፉ
'ታይ'ዩ ጉዱ ኩሉ ሰብ ሰሓቕ ናፊቑ
'ታይ'ዩ ጉዱ ኩሉ ሰብ ኣስናኑ ሞሊቑ
ቀ'ም ነገር ኣጉላዕሊዑ - ህይወት ኮይኑ በሪኹ
ኣስናን ንሰሓቕ ግዜ ስኢኑ - ቢቃ ምሕያኽ ዋራይ ኮይኑ ስርሑ
ልዕሊ ዓቕን ምጥሓን ለሚዱ - ከርስና እናጉሳዕባዓሉ
ኣስናንና ባዕኺኹ - ከንቱ ስራሕ ኣጽዒቑ
ዘይደኽመሉ ክኹልስ - ረሃጽ ሰብ ዘዘቐቑ

ሞገስ፡ ተጋዳላይ ኢህወደግ ምኳኑ ኣይትረስዑ። በረኸት ይኹን ካልኦት ሓለፍቱ፡ ንሞገስ፡ ከም ኣውራ ገጸ-ባህሪ ኖቨል 'ፍቕሪ ክሳብ መቓብር' (ፍቕር እስከ መቓብር) ጉዱ ካሳ፡ ስሑው ጌሮም ዝሓስብዎ እመስለኒ።

* * *

እንሆ ኩሎም ዕዱማተይ በቦታኦም ሒዞም! ዘይመጽኡ እንተ ዘይመጽኡ፡ ዝመጽኡ መጺኦም ኣለው፣ ከምቲ ወግዑ ቃል ከስምዕ ናብ መድረኽ ደየብኩ። ናይታ ሃገር ኣለው ዝብሃሉ ስነ-ጥበበኛታት ኣብዚ ኣሎው። ኩሎም ፈተውተይ'ዮም። እዚ ናይ ፋንዋ እንግዶት'ዩ።

13 ሕዝባዊት ዲሞክራሲያዊት ሪፑፐሊክ ኤትዮጵያ

ናብ መድረኽ ደይበ ሓጻር ናይ ንባብ ቃል ኣስማዕኩ።

ጸሓፍቲ መንእሰያትና መድረኽ መታን ክረኽቡ፡ ኩሉ ሰብ ኣእጃሙ ከበርክት ካብ ምምሕጻን ሓሊፉ ዝብሎ ኣይነበረንን። ስዒቦም ኣማረ ማሞ መደረ ኣስምዑ። ማሞ ውድነህን ደረጄ ደስታን በብእብረ ቀጸሉ። ደረጄ ደስታ ዝድነቐ ጸሓፊ'ዩ። ብፍላይ፡ እታ ናብ ጎጃም ዓደ ኣቦሓጎታቱ ከይዱ 'ኣፈርና ሰው' (ሰብን ሓመድን) እትብል ዝጸሓፋ ዓንቀጽ፡ ወትሩ'የ ዘድንቖ። ኣነ ወዲ ሓረስታይ'የ፣ ከምኡ ብዛዕባ ሓረስታይ ክጽሕፍ ዘይም'ኽኣለይ ግና የቐንኣኒ ነበረ።

ስብሓት ገብረእግዚኣብሄር ተራኡ በጺሑ ናብ መድረኽ ደየበ።

ህንዳውያን፡ ጸገም ኪጋጥሞም ከሎ ወይ ድማ ውሕስነት ክስእኑ ኽለው ከምዚ ኢሎም ከም ዝተኣኻኸቡ ብምግላጽ፡ ነታ ምሸት ኣሞነሳ። ኣስዒቡ፣ "ከምዚ ኢልና ተኣኻኺብና ክንዘራረብ ከለና ውሕስነት ይስምዓና፡" በለ። ንኣይ'ውን፡ ኩሉ ናይ ስራሕ ሓላፍነት ገዲፈ ኣብ ጽሑፍ ጥራይ ክተኩር መኽረኒ።

"ኣካያዲ ስራሕ ምኳን ገዲፍካ፡ ትም ኢልካ ከም ስቕታ ቡርቃ ዝኣመሰላ መጽሓፍቲ ጽሓፍ!" ብምባል ኣብ ቅድሚ ኩሎም ዕዱማተይ መኽረኒ። "ኣማልኽቲ ጥበብ፡ ክኸብልል ክልተ መዓልቲ ጥራይ ከም ዝተረፍኒዶ ደኣ ሕሹኽ ኢሎሞ?" ኢለ ኣነ'ውን ብትሑት ድምጺ ኣጉረምረምኩ። ኣብ ጐነይ ደው ኢሉ ዝነበረ ደረጄ ደስታ፣

"ከም ስብሓት፡ ንዝኣምነሉ ዝነብረሉን ናይ ልበይ ዝዛረበሉን መዓልትስ መኣስ ኮን ይኸውን?" በለኒ።

ድሕሪ ስብሓት፡ ሓላፊ ክፍሊ ስነ-ጥበባትን ትያትርን ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ መምህር ኣቦነህ ኣሻግሬ፡ ናብ መድረኽ ደይቡ ዘይተጸበኽዎ ቃል ስለ ዘስምዐ፡ ኣጋይሸይ ኣቓልቦኦም ተሳሕበ።

"ዕዱማት! እዛ ክትዕደለና ዝወዓለት መጽሓፍ ኣብ መጠረሽታ ገጻ ዘሎ ጽሑፍ ኣንቢብኩሞዶ?" ብምባል ኣትራሩ ሓተተ። ቀጺሉ፣"..... ተስፋዬ ገብረኣብ፡ እዛ መጽሓፍ ናይ መጠረሽታ ቅጺ ከም ዝኾነት ጽሒፉ ክታመ ኣንቢሩላ ኣለ። እቲ ም'ክንያት 'ካብ ዓቕመይ ንላዕሊ' እዩ ዝብል። ንሕና ክንፈትሖ ዘይንኽእል ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝኾነ ሽግር እንታይ'ዩ? ላህመት ናትና መድረኽ'ያ! ከተቋርጽ የብላን..." በለ።

ዕዱማት ሃንደበት ክዘራረቡ ምስ ጀመሩ ቀሩብ ሲጋእኩ። ኣብ መጠረሽታ ገጽ ናይታ መጽሓፍ ዘላ ሓጻር ጽሕፍቲ፡ ኣብ ምውት ሰዓታት'የ ኣስፈረያ። ኣብቲ መመረቕታ ዘንብባ ሰብ ይህሉ'ዩ ኢለ ግና ኣይተጸበኹን።

ደምሴ ጽጌ ናባይ ቅርብ ኢሉ፣

“ስለምንታይ ደኣ ከተቋርጻ ደሊኻ?” ኢሉ ሓተተኒ።

“ጸገም ኣሎ በጃኻ!” በልክዎ ብድብድቡ።

“ክፍታሕ ዘይክእል ጸገም ድዩ?”

“እወ፡ ከምኡ እመስለኒ።”

ከምኡ ድማ ኣቦነህ ኣሻግሬ ብሕቶ ኣዋጠረኒ።

“እንታይ ኢኻ ኪንካ?”

“ዋላ ሓንቲ ኣይኮንኩን?”

“ዘጋጠመካ ጸገም ኣሎ ድዩ?”

“ብዙሕ ኣይኮነን።”

ደረጀ ስለ ጠርጠረኒ ካብ ኣጣንቱ ሃደምኩ። ዑቕባይ በርሀ’ውን ሰጊኡ ነበረ። ትግራዋይ ኣሚቹ’ዩ። ደገ ሒዙኒ ብምውጻእ፣

“እንታይ ሓድሽ ነገር ኣሎ ድዩ?” ኢሉ ሓተተኒ።

“ካልእ መዓልቲ ኽነግረካ’የ፡” በልክዎ።

ካብኡ ምስ ተፈለኹ፡ መኣዛ ብሩ ሕዝ ኣቢላ ኣጥቢቓ ሓተተትኒ። ምስ መኣዛ ብሩ ዝነበረኒ ርክብ ዳርጋ ቤተ-ሰባዊ ስለ ዝነበረ ንእሽቶ ኣካፈለያ።

“መኣዛ፡ በረኸትን ክንፈን ኣይደለዩንን።”

ሰጋእ ከይበለት፣

“ስራሕ’ሞ ዘይትገድፍ? ናባና ምጻእ! ብዙሕ ትሰርሑ ስራሕ ኣለካ! ስለምንታይ ነፍስኻ ተሳቐያ!?” ብምባል ሓሳባታ ኣካፈለትኒ።

መኣዛ ብሩ፡ ወናኒት “ኣደይ ፕሮሞሽን” ዝብሃል ትካል’ያ። ዝኾነኸይኑ ነቲ ሓቂ ክነግራ ኣይክኣልኩን፣ ግዜ’ውን ኣይነበረንን። ልኡኻት ክንፈን በረኸትን ኣብዚ መመረቕታ ከም ዘለው እፈልጥ’የ። እዚ ዓሰርተታት ኣሽሓት ዝፈሰሶ እንግዶት፡ ንሳቶም ዘፍቀቕዎ ገንዘብ ስለ ዝኾነ፡ ኣብዚ እንግዶት ዝሞለቑት ዘረባ ንምሸታ ከም እትበጽሖም ጽቡቕ ገይረ እፈልጥ’የ፣ ክንዲ ዝኾነ፡ እቲ ቕንዲ ምኽንያት ንመኣዛ ክነግራ ኣይደፈርኩን።

ፈተውተይ ተጨኒቕም ስለ ዝረኣኽዎም ግና፡ ሓዘነይ ክጻወሮ ኣይክኣልኩን። ናብ ዓይኒ-ምድሪ ኽይደ ኽእ፡ ነቲ ንልበይ ዓፈንዎ ዝነበረ ንብዓት ብዘይገደብ ኣፍሰስክዎ። ናይ ማክሲም ጎርኪይ ኣበሃህላ ክጥቀመላ፡ “እቲ ካብ ልበይ ገንፊሉ ዝወጽኣ ንብዓት፡ ነቲ ኣብ ውሽጠይ ተኣኪቡ ዝኸረመ ጽልኢ ሓጻጺቡ ሒዝዎ ወጽኣ… ....”

- 16 -
ዘይጻላእ ሕልና

ኣይጽውየም - ኣይጸውዑኒ
ስመይ ከየልዕሉኒ - ከይተንክፉኒ
ከመይ'ልካ ኽምዚ ትብል - ከም ዘይገድፈካ እናፈለጥካ
ዝተወግአ ኣኺልዎ በቃ - ዝወግአ ድቃስ ዝወስዶዶ 'መስለካ?
ሚዛን ሕልና ረጊኡ - ኩሉ ክፍኣት ተኾሊዑ
እግዚኣብሄር የርእኽም ኢልካ - ከይትብል ዳንዩ ፍረዱ
ፈጺሙ ከየሐቐቕካ
መኣስ ሰላም ይህበካ
ሰላም ዝሃበካ መሲሉካ - ብሃንቀውታ ተዛኒኻ
ማእሚኡካ ከይትዕርፍ - ብተስፋ ሩፍ ኢልካ

(ግጥሚ - ሎሬት ጸጋዬ ገብረመድህን)

ካብ ኢትዮጵያ ቅድሚ ምዅብላለይ ቅድሚ ዕስራ መዓልቲ፡ በረኽት ስምኣን ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ጸዊዑ፣

"ብገዛእ ገንዘብና ብዝሕተም መጽሔት እናተጸረፍና ክንቅጽል ኣይንኽእልን ኢና። ጎንደር ኬድካ ዝሰራሕካዮ ስራሕ ንብዙሓት ብጸትና ኣጉህይዎም'ዩ። ስለዚ እዚ ትመርሖ ዘለኻ ትካል ዝዕጸ እንተ ኾይኑ ወይ'ውን ካልእ፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን ሓደ ውሳነ ክሕበረካ'ዩ፡" በለኒ።

ተሰናቢተዮ ወጻእኹ።

ድሕሪ ሳልስቲ፡ ኻልኣይ ሳዕ ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነት ክንፈ ገብረመድህን ጸዊዑ ንሻዕብያ ሓበሬታ ከም ዝምጡ ካብ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ከም ዝረኽቡ ሓበረኒ። እንተኾነ ግና፡ እኹል ጭብጢ ከም ዘይረኽቡ ገሊጹ መልሰይ ተጸበየ።

ኣይፈራሕኩን!

ዘረባኡ ዘፍርሕ'ኳ እንተ ኾነ፡ ዘይፈራሕኩሉ ምኽንያት ግና ኔሩኒ - ዝኽረመ ወረ ብምንባሩ። ኣብታ ሰሙን'ቲኣ፡ ሓድሓደ ጋዜጣታት ብሕቲ ከምዚታት እናበላ ስመይ ኣልዒለን ይጽሕፋ ነበራ። ኣሰናዳእቲ ጋዜጣታት 'ኣብዮታዊ ዲሞክራስን ወይንን'ውን ከምዚ ዝኣመሰለ ወረ ከውርዩ ቀንዮምሉ'ዮም። ምስ ኣካያዲ ስራሕ ሬድዮ ፋና ሙሉጌታ ገሰሰ፡ ኣብ ልዕሊ መደበር ባቡር ዝርከብ መጻወቲ ቢልያርዶ ተራኺብና ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ እናዕለልና ኽለና፡ "ሰላዩ ሻዕብያ'ዩ ኢሎም እንተ ኣሚኖም ደኣ እንታይ ጭብጢ ኣድልይዎም? ብሕቡእ ክከታተሉኻ'ዮም እምበር፡" ኢሉ ሓሳቡ ኣካፈሉኒ ነበረ። ዘይሩ ዘይሩ፡ ብዝተፈላለዩ መበገሲታትን ድሌታትን፡ ተኣዚዞም ኮነ ብውልቀም ኣብ መራኺቢ ብዙሓን ስመይ ኣብ ምጽላም ተጸሚዶም ከም ዝነበሩ ብሩህ'ዩ። እንሆ ኽኣ ክንፈ ገብረመድህን ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ጸዊው ካልኣይ ሳዕ ይዛረበኒ'ሎ።

(ድሕሪ ምሹብላለይ ጋዜጣ 'ጦብያ' ኣብ ናይ 10 ግንቦት 2001 ሕታማ፡ ሰላዩ ሻዕብያ ኮይነ ጸኒሐ ስርሐይ ወዲኡ ከም ዝወጸእኹ ኣብ ዓምድታታ ኣስፈረት። ኣተሓሒዞም፡ ካድራት ፕሮፓጋንዳዊ ጉዳያት "ዝሰምዓና ስኢ'ንና'ምበር ተዛሪብና እንዲና" ኢሎም ከም እተቐጥዑ ዝገልጽ ጸብጻብ ኣንበብኩ። Indian Ocean Newsletter ኣብ ቁጽሪ 949 ሕታማ፡ ንኣይ ዝምልከት መብዛሕትኡ ሓሶት ዝኾነ ጸብጻብ ኣስፈረት። መራሕቲ ኢህወደግ ራሕሪሕዎም ንዝኽደ ኣባሎም፡ ሽሙ ኣብ ምጽላም ከም ዝጽመዱ ጽቡቕ ገይረ እፈልጥ'የ።)

ብዝኾነ፡ እቲ ወረ ሓሶት ምኽኑን መራኺቢ ብዙሓን ድማ ክጽሕፋ ከም ዝኽረማን ኣሕጺረ ከረድኡ ፈተንኩ።

ክንፈ ምስ ሰምዓኒ፣

"እዚ ወረ ሓሶት ድዩ ኣይኮነን ኣብ መጻኢ ክንርእዮ ኢና፡" ኢሉ ዘረባኡ ድሕሪ ምጅማር፡ ቀጺሉ፡ "...ኣብ ልዕሌኻ ብዙሕ ጸቕጢ ኣሎና፡" ኢሉ ኣፋነወኒ።

ክንፈ፡ ሰበብ ኣናድዩ ካብ ሃገር ከባርረኒ ከም እተኣዘዘ ገመትኩ። ስቕታ ቡርቃ ኣይተዋሕጠትሎምን። ቡቲ ኣብ ጋዜጣታት ዝጽሕፎም ዝነበርኩ በረኸት ተቐዲሙኒ ነበረ፣ በቃ ንሱዩ፣ ከምኡ እንተ ዘይከውን ክንፈ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ጸዊው ዓይኑ መሊኡ ክርእየኒ እናተሰከፈ ኣይምተዛረበንን። ብርግጽ ሰላዩ ሻዕብያ'ዩ ኢሎም እንተ ዝጥርጥሩኒ፡ ከም ኣሰፋ ማሩ ኣብ መንደቕ ኣጸጊያም ምረሽኑኒ...

...ብጹእ ኣቡነ መርቆርዮስ ናብ ኬንያ ክሃድሙ ኽለው፡ ክንፈ

ይፈልጥ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ መገዲ ዕንቅፋት ከየጓንፎም ሓለዋ ተገይርሎም ነበረ። ንሶም ግና ሓለዋ ከም እተገበረሎም ኣይፈልጡን ነበሩ። ኣብ ልዕሊ ኣሰፋ ጫቦ ዝተሰርሐ ድራማ ተሳቲፈ ነይረ። ጉዳይ ደራስን ገጣምን ኣበራ ለማ'ውን ቡቲ ልሙድ ድራማ ክኸብልል ከም እተገደደ ሰሚዐ። ፍሉጥ ዲፕሎማትን ጋዜጠኛን ማእረጉ በዛብህ፡ ሃገሩ ገዲፉ ክኸብልል ፍቓደኛ ስለ ዘይነበረ፡ ብዘይወዓሎ ሽሙ ኣጸሊሞም ኣብ ቤት-ማሕቡስ ኣቑንይዎ። ብተመሳሳሊ፡ ኣካያዲ ስራሕ ቴለቪዥን ኢትዮጵያ ዝነበረ ተሾመ ኣስራት፡ 'ውጻእ ኣይትበሎ ከም ዝወጽእ ግበሮ' ከም ዝብሃል፡ ተገፊው ከም ዝኾብለለ እናፈለጥና ከም ዘይፈለጥና ኸረምና። ፕሮፈሰር ታየ ወልደሰማያት፡ ካብ ኣመሪካ ከይምለስ ተነጊርም ነበረ። እንተኾነ ግና ፍቓደኛ ስለ ዘይነበረ ሓምሽተ ዓመት ተኣስረ። ኣሰፋ ማሩ ብጥይት ዝተቐትለ፡ ሰላዪ እንግሊዝ'ዩ ብዝብል ጥርጣረ'ምበር ሃገራዊ ድሕነት ዝተጨበጠ ሓበሬታ ስለ ዝነበሮ ኣይኮነን። ታምራት ላይኔ "ተማዒደ ተመኺረ ኣይሰማዕኩን" ዝበሎ መስደመም መደረ፡ "ከምዚ እንተ ዘይኢልካ፡ ብሌን ወድኻ ክንቀትሎ ኢና" ኢሎም ስለ ዘፈራርሕዎ ምኳኑ ባዕሉ ተዛሪቡ'ዩ።

....ሓለፍተይ፡ ንዘይደለይዎም ሰባት ንምእላይ ካብ ናይ ጃንሆይን ደርግን ዝተፈለየ ሜላ'ዮም ዝጥቀሙ። ጃንሆይ፡ ኣብ ኣብያተ-መስተ እምባጋሮ ኣለዓኢሎም ሓደጋታት ይፈጥሩ ነበሩ። ደርግ ግና ሰበብ ኣየድልዮን ነበረ፣ ቀቲሉ ብሬድዮኡ ፍየል ወጠጤ[14] እና'ቃለሐ "ኣካኪ ዘራፍ"[15] ይብል። እዚኣም ግና ክኣልዩኻ እንተ ደልዮም ዝጥቀምሉ ሜላ ካብቶም ዝሓለፉ ስርዓታት ብኾሉ ሸነኹ ዝተፈልየ'ዩ። ፈለማ ምስ ቀይ-ሽብር ከተሓሕዙኻ ይፍትኑ። ምኳን እንተ ኣብይዎም፡ ብልሽውና ዝመስል ነገር ክረኽቡልካ ላዕሊን ታሕትን ይብሉ፣ ወይ ድማ ገንጺሎሞ ዘይፈልጡ ቅዋም ይጠቐሱ። ፍትሓዊ ንምምሳሉ ድማ ናብ ቤት ፍርዲ እናመላለሱ ብቲቪ እናርኣዩ የፋራርሑኻ።

ከእስረካ ዝኽእል ምኽንያት ሃሰው ኢሎም እንተ ስኢኖም፡ ከይፈተኻ ሃገርካ ሓዲግካ መታን ክትኹብልል የፈራርሑኻ። ኣባል ሰልፊ እንተ ኾንካ ድማ ብጐኒ ይምስክሩልካ። ንኽትእሰር እተወሰነልካ ወረቐት ከም ትርእዮ ይገብሩ። ሻቡ ምስጢር ዝረኽብካ መሲሉካ፡ ሓረስታይ ወይ ድማ ከም ሓደ ተዋሳኣይ ተመሳሲሉካ ብወገን ሞያሌ ትሃድም። ንሳቶም ድማ እናሰሓቑ ኣብ መፈተሺ ነቑጣ ከይትተሓዝን ዕንቅፋት ከይገጥመካን መገዲ ይጸርጉልካ። ካብ ኢትዮጵያ ወጺእኻ ኣብታ ዝኣተኻያ ሃገር ከመይ'ልካ ከም ዝወጻእኻ ሰሙን ዝኣክል

14 ንናይ ደርግ ኣዋጅ እተሰኒ ዝነበረት ዜማ
15 ፈኸራን ታህዲድን

ብሬድዮ ምስ ለፍለፍካ፡ ድሕሪኡ ንሓዋሩ ትርሳዕ። ሓለፍተይ፡ "ሰላዪ" ትብል ቃል ከም ሓደ ፍቱን ሚላ ይጥቀሙላ። ካብ ኣመሪካ እንተ መጺእካ ኣባል CIA ዝብል ወረ የውርዩልካ። "ካብ ነገር ጸም ምሕዳር" ዝብል ዘይተደርፈ ደርፊ እናደረፍካ ድማ ትኬትካ ተሕድስ። መሕልፎ ንCIA ከም ዝምጡ ዝሕመ ሰብ ክሽየምን ክሽለምን ክትርኢ ከለኻ ናይ ሃገርካ ነገር የደናግረካ። ወዲ ዜናዊ ብማስትሬት ምስ ተመረቐ፡ ሰበብ ፈጢርካ ናይ ምእሳር ክእለቱ መሊሱ እናረቐቐ'ዩ ኸይዱ። ጉዳይ ቴዲ ኣፍሮ ከም ኣብነት ክጥቀስ ይክኣል።

ብኸምዚ ዝተፈለለየ መለለዪ ታርጋ እናተለጠፈሎም ዝተቐትሉ፡ ዝተኣስሩን ካብ ሃገር ዝተባረሩን ዜጋታት ኣደኣም ትቕጸሮም።

ኣነ እውን፡ ምስቲ ስርዓት ኢድን ጓንትን ኮይነ እንተወሓደ ኣብ ሚድያ ብዝፍኖ ስም ናይ ምጽላም ወፍርታት ሰሪሐ'የ። ሓደ እዋን 'ማኔ ተቁል መስፍን' (ንመን ከተዕሽዎ መስፍን) ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ መጽሔት እፎይታ ብዛዕባ ፕሮፌሰር መስፍን ወልደማርያም ዝወጽኣ ጽሑፍ፡ መብዛሕትኡ ጻዕዳ ሓሶት'ዩ። ኣናብስ ዘመንና ቃላትን ሓሳባትን ኣዋሲቦም ዝጽሕፍዎም ጽሑፋት ናይ ምሕታሞም ግዴታ ኔሩኒ።

ሕጂ ድማ ተራይ በጺሑ።

ንኣይ ዝተለጠፈትለይ መኣዲ ታርጋ፡ ሰላዪ ሻዕብያ ትብል ነበረት። ኣብታ ዕለት ካብ ቤት-ጽሕፈት ክንፈ ምስ ወጻእኹ፡ ሒደት ግጥምታት ፕሮፌሰር መስፍን ወልደማርያም እናዘከርኩ ብማኪና ናብ ቢሾፍቱ ኣምራሕኩ። ኣብኡ ክሓድር ወሲነ ነበርኩ።

ዘይጻላእ ሕልናኡ!
ከመይ እተዓደለዩ?
ሕልናኡ ዝቐተለ ሰብ ግና!
ንመን ይንሕፎ? እንታይከ ይእግሞ?
ንሱ እንድዩ ሓይሉ
ንሓይሉ ግዜ ክሳዕ ዘርክበሉ

* * *

ሚያዝያ 2001፡ ሓደ መዓልቲ ሓንቲ ፈኳስ ሳንጣ ኣንጠልጢለ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ቦሌ ተረኽብኩ። ኣቕሑተይን መጻሕፍተይን ከም ዘለዎም ገዲፈዮም'የ። እንተኾነ ግና መግሻይ ተዓናቒፈ። ኣብ መወዳእታ መሕለፊ ነቕጣ ካብ ዝነበሩ ተቐጻጻርቲ ፓስፖርት ሓንቲ፡ ሃንደበት ዘይተጸበኽዎ ዘረባ ደርጉሓትለይ።

"ተስፋዬ ገብረአብ... ካብ ሃገር ከይወጽእ፡' ዝብል ትእዛዝ ካብ ቤት-ጽሕፈት ሃገራዊ ድሕነት መጺኡና'ሎ፡" በለትኒ።

ክንፈ ክኣስረኒ ደልዩ ኣሎ ማለት'ዩ ኢለ ጠርጠርኩ።

"ስለምንታይ?" በልክዋ።

"ብዛዕባኡ ኣይፈልጥን'የ፡" ጽንሕ ኢላ፣ "ስዓበኒ ጥራይ፡" በለትኒ።

መሪሓ ናብ ሓንቲ ዕብይ ዝበለት ሰበይቲ ወሲዳ ኣረከበትኒ። እታ እተረከበትኒ ሰበይቲ፡ ኣብታ ክፍሊ ኮፍ ኣቢላትኒ ውሽጢ ኣትያ ቴለፎን ደወለት። ማዕጸ ስለ ዘይዓጸወቶ ክትዘራረብ ከላ እሰምዓ ነበርኩ። ኣእዛነይ ኵር ኣበልክወን።

"መጺኡ'ሎ እወ...." ዝብል ድምጺ ሰማዕኩ።

ጸኒሓ ድማ ብዓውታ፡ "ኣብዚ'ሎ፣ እወ... ዋላ ሓንቲ ኣይበልናዮን... ተረዲኤካ... ሕራይ ተረዲኤካ፡" በለት።

ተሌፎን ዓጽያ ናብታ ዝሓደገትኒ ኽፍሊ ምስ ተመልሰት፡ ብፍሽኽታ ተዋሒጣ ፓስፖርተይ እናመለሰትለይ፣

"ይቕሬታ! ደው ዘበልናካ ተመሳሳሊ ስም ኮይኑ ስለ ዘደናገረና'ዩ። ሕጂ መገድኻ ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ፡" በለትኒ።

ኣብታ ካልኢት'ቲኣ ሓደ ሓሳብ ብልጭ ስለ ዝበለኒ፣

"ናብ ክንፈ ዲኺ ደዊልኪ?" ኢለ ሓተትክዋ።

"እ! .... ኣይኮንኩን! ኣቶ ክንፈ ኣይኮነን!"

ሃንደበት ስለ ዝሓተትክዋ፡ በቲ ኣብ ገጻ ዝንበብ ዝነበረ ፍርሒ ናብ ክንፈ ከም ዝደወለት ጠርጠርኩ።

"ብዘይካ ክንፈ ደው ከብለኒ ዝኽእል የለን ኢለ'የ" በልክዋ።

"ኣዪ! ንሱስ ኣይፈልጥኩን! ሕጂ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ፡"

ድሕሪ ሰዓትን ፈረቓን፡ እታ ነፋሪት ናይሮቢ ዓለበት። 'እታ ሰበይቲ ማዕጸ ከይዓጸወት ንክንፈ ዘዘራረበቶስ፡ ከምኡ ክትገብሮ ተኣዚዛ ትኸውን' ኢለ እናሓሰብኩ ናይሮቢ ኣተኹ። ክንፈ ሒዙኒ ከብቕዕ ስለምንታይ ከም ዝፈነወኒ ከይሓተትክዎ ግና ተቐትለ!

- 17 -
ዝጠፍኡ ወገናትና

መን ኢኻ ደቒስካ ዘለኻ?
ድቃስ ጸቒጡካ - ሰብነትካ ዝደርበኻ
'ታይ ኔርካ ንስኻ - ቐደሙኽ ኔርካ ዲኻ?
ዓስቲኹ ሓንጎልካ - ሞላሊቕ ኣዕጽምትኻ
ምስ ማሕበር ምውታን - ኣብ መዝገብ ኣቲኻ
ከም ተራ ዓጽሚ - ኣስከሬን ኲንካ ኣለኻ

(ግጥሚ ገብረክርስቶስ ደስታ)

ኧንሆ! ዳግማይ ተሰዲደ ...

ካብ ዕስራ ዘይንውሕድ ካብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝመጻእና ስደተኛታት፡ ኣብ ሓንቲ ጸባብ ክሽነ ትመስል ቤት-መስተ ተጨቓጭቒቕና ኣለና። ኣብዛ ጸባብ ቤት-መስተ፡ ኣብቲ ነዊሕ ሰደቓ ኮፍ ኢሉ ዘሎ ኹሉ ጫቱ ወይ ቢራኡ እናመዓገ ይቕንዝም ኣሎ።

ሴጎር፡ ኣብ ማእከል ኩተማ ናይሮቢ ኣብ ዞባ ሚሊማኒ ዝርከብ'ኳ እንተ ኾነ፡ እቲ ኽባቢ ግና ሻውላት'ዩ። እቲ ቦታ፡ ብዝመረተ ዚንጎ ዝተሰርሑ ኣባይቲ፡ ዓይኒ ምድሪ ሻንብቆኦም መሊኡ ዝተዓብሰ፡ ጽሬት ብዘይብሉ ኣገባብ ስጋን ባንን ተሓዋዊሶም ዝሸየጡሉ ግዕዙይ ከባቢ'ዩ። መሕደሪየይ ኣብዚ ቦታ'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ምስቶም በጋጣሚ ዝተኣኻኸቡ ስደተኛታት ክውዕል ግና መሪጸ ኣለኽ።

ዝፈልጠኒ ሰብ የለን፣ ስመይ'ውን ቀይረዮ'የ። ኣብዛ ጸባብ ቤት-መስተ፡ ብዓል ኢዝን ዎዝን ብእግሮም ጠጠው ኢሎም ዳንኬራ ይወቅው ኣለው። እቶም ኤርትራውያን ብትግርኛ'ዮም ዘዕልሉ። ኣምሓርኛን ኦሮምኛን ድማ እቶም ቀንዲ ቋንቋታት ናይዛ ቤት-መስተ'ዮም። ካብ ኩሎም፡ ኣነ እተፈልየ ዕድል ነይሩኒ። እዚ ድማ ንሰለስቲኡ ቋንቋታትን ባህልን ቀረባ ብምኽነይ ናይ ኩሎም ፈታዊ ክኸውን ኣኽኢሉኒ'ዩ።

ሎሚ ድሕር-ቐትሪ፡ ኣብዛ ጸባብ ቤት-መስተ ኮፍ ኢለ'ለኹ። ዱባለ ኣዋጺኦም ዝሃብዎ ጫት እናቐናጠበ ብዓውታ ይሓሚ'ሎ።

"ምኽሪ ሰብ ኣይትስምዑ!" ይብል፣ "ንሰብ መጥፍኢኡ ምኽሪ ሰብ'ዩ። ኣነ ከምዚ ኾይነ ዝተረፍኩ ምኽሪ ሰብ ስለ ዝሰማዕኩ'የ።"

"እንታይ ኪንካ?" ኢለ ሓተትክዎ።

"ፍቐሪ ዝብሃል ኣይፈልጥን'የ። ለዋህ'ኳ እንተ ኾንኩ ጨካን'ውን'የ! ብፍላይ ቀልባዕባዕ ዝብል ሰብ እንተ ሪእየ ደመይ'ዩ ዝፈልሓኒ። ህጻናት ኣይፈቱን'የ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ህይወት ክወድቐ ዝኽእልኩ፡ ናይ ሓደ መላኩ ዝብሃል መማህርተይ ዝነበረ ዓርኪይ ምኽሪ ሰሚዐ'የ። ከሐክየኩምዶ?" ብምባል ነቶም ኣብታ ቤት-መስተ ዝነበርና ኾላህና ሓተተና።

ዝመለሰሉ ኣይነበረን።

ንሱ ግና ትም ኢሉ ሕክያኡ ቀጸለ።

"ሓንቲ ጤል ትመስል ቀያሕ ቁልዓ ኣፍቂረ ነይረ። ኣብ ላዕለዋይ ከንፈራ ከም ወዲ ጭሕሚ ዘብቁለት ነፋሒቶ ዓይነት'ያ። 'ፍቐር'ኺ ወግሒ ጸብሒ ከም ጸሓይ ብልጭ ይብለኒ'ሎ' ኢላ ደብዳበ ጽሒፈላ። እቲ መላኩ ዝበልክ'ኹም ዓርኪይ'ዩ ጽሒፉላ። ምምስሳል ኣይፈቱን'የ። እንታይ ኢላትኒ መስለኩም፡ 'ከምቲ ብልጭ ዝበለካ ህልም ይበልካ!' ኣንታ ገጽ ኣባ ጨጎራ!!' ኢላ ቡቲ ግምጣል ናይቲ ዝሰደድኩላ ደብዳበ መልሲ ጽሒፋትለይ።"

ብርቱዕ ሰሓቐ ነታ ቤት-መስተ ነቐነቓ።

ዱባለ ገጹ ከም ኣባ ጨጎራ መሰንበዲ ዓይነት ስለ ዝኾነ፡ ሰሓቑም ጠጠው ከብሉ ኣይክኣሉን።

ወርቂ ግና ኣይሰሓቐን።

ምስ ዱባለ ኣይፋተውን'ዮም። ወርቂ ሓጺር ቀይሕ'ዩ። ወዲ ሓምሳን ሽድሽተን ዓመት'የ ይብል። ንደቂ ሃጸይ ሃይለስላሰ እንግሊዝኛ ይምህሮም ነይረ እናበለ ዘዕልል'ኳ እንተ ኾነ፡ ዝኣምኖ ሰብ ግና የለን። ኣብታ ሰፈር ድኻታት ካብ ዝነበሩ ሓበሻ ስደተኛታት ግና፡ እቲ ዝሓሸ እንግሊዝኛ ዝዛረብ ሰብ ከም ዝኾነ ከእምን ክኢሉ'ዩ።

ዱባለ እቲ ሰሓቐ ክሳዕ ዝዝሕል ተጸብዩ ሕክያኡ ቀጸለ...

"ነታ ደብዳበ ምሰ'ንበብክዋ፡ ፍቐሪ ዝብልዎ ካብ ልቡይ ጠፊኡ! በቃ! ጨካን ኮይነ። ትምህርተይ ኣቋሪጸ ናብ ናይሮቢ ተሰዲደ። ናብ ኣመሪካ ክኸይድ'የ ሓሲበ ነይረ። ከምዛ ትርእዩኒ ግና ኣብዚ ዓሰርተ ትሽዓተ ዓመት ገይረ። ጫት እናለመንኩ ይቕሕም..." በለ።

"ስለምንታይ ዘይትሰርሕ?" በልክዎ።

ፍሽኽ እናበለ፣

“ሓደ እዋን ፍሉጥ ሽቃጢ ሕኛ ሃብታም’የ ነይረ...” ድሕሪ ምባል ቀጺሉ፣ “...ሕኛ ትፈልጥዶ?” በለኒ።

“ህንዳውያን ዝልከይዎ ቀጠልያ ነገር...?”

“ልክዕ ኣለኻ።” ቀጺሉ፣ “ሕኛ ብኹባያ እናዓሸግኩ ነከፋፈልቲ እቕርበሎም ነይረ። ጽቡቕ ስራሕ’ዩ ነይሩ። ኣቑጽልቲ ኣኪበ፡ ኣንቂጸ ኣብኡዐ ኣብ ኩባያ እመልኡ፣ ድሕሪኡ፡ ናይ ብሓቂ ሕኛ ዝሓዘ ገረወኛ ገዚኣ እናቕንጠርኩ ናብቲ ኩባያታት መሊሰ ላዕሊ ላዕሉ ኣመሳስሎ። ነጋዶ ጽሩይ ሕኛ ምኳኑ ንምርግጋጽ ላዕሊ ላዕሊ ጥራይ’ዮም ዝርእይዎ። ክሳዕ ዝፈልጡኒ ብዙሕ ግሒጠ፣ ግሒጠዮ’የ ዝብሃል ዝዓርከይ! መወዳእታኡ ግና ተታሒዘ ሰለስተ መዓልቲ ተኣሲረ ተፈቲሑ። እዚ ኬንያ’ዩ እንታይ ጸገም ኣሎ? ንፖሊስ ’ተኾሊስካዮ ይገድፈካ...” በለኒ።

ወርቁ፡ መድረኽ ብዱባለ ስለ ዝተባሕተ ኮርዩ ትም ኢሉ ጭሕሙ እናፈተገ ጫት ይጠዋም ኣሎ። ንደቂ ጃንሆይ እንግሊዝ ይምህሮም ከም ዝነበረ እንተ ዘይኮይኑ፡ ካልእ ዕላል የብሉን። ምናልባሽ’ውን ብዛዕባ ፍቕሪ ኣዲኡ የዕልለና ይኸውን። ብዛዕባ ኣዲኡ ዕላል እንተ ጀሚሩ ከይነብዐ ኣየቋርጸን’ዩ።

ሓደ መዓልቲ ኸምዚ ኢለዮ፣

“ወዲ ሓምሳን ሸድሸተን ዓመት’የ እናበልካስ፡ ከመይ ጌርካ ኣዴኻ እናዘከርካ ትብኪ?”

ሕቶይ ምሒር ስለ ዘሕረቐ፣

“ፍቕሪ ኣደ ብዕድመ’ዩ ዝልካዕ ዝበላካ መን’ዩ? እሞ ኸኣ ኣደ ክትብሃል ኩለን ኣዴታት ሓደ ዓይነት ድየን? ኣደይ፡ ሱቕ ኢልካ ኣደ ጥራይ ትብላ ኣይነበረትን። ክገልጻ ኣይክእልን’የ፣ ብሓጺሩ ኣደ’ያ ነይራ። ካብ ፈለማ ብፍሉይ’ያ ኣዕብያትኒ! ቁልዓ ከለኸ፡ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ደቒቕ ትስዕመኒ ነይራ። ፋፋ ገዚኣ መጊባትኒ። ካልእ ይትረፍ፡ ወርቁ ዝብል ኸም ዘውጽኣትለይ ኣደይ’ያ፡” በለኒ።

ነተን ንብዓት ዝቐጸራ ኣሚንቱ ድሕሪ ምድራዝ፡ ዱባለ ኣብቲ ከባቢ ከም ዘየሎ ኣረጋጊጹ ዕላሉ ቀጸለ። “...ብዛዕባ ኣደ ዱባለዶ ክነግረኩም? ወዲ ሸድሸተ ዓመት ከሎ ኣዲኡ እንጌራ ሰሪቐካ ኢላ ብዕንጨይቲ ርእሱ ተርቢዓቶ። ባዕሉ’ዩ ነጊሩኒ፣ እቲ በሰላ ከይተረፈ’ውን ኣርእዩኒ፡” በለና።

ሓደ ነቲ ሓደ ዝሓምዮ ካብ ክልቲኦም ሓዲኦም ኣብታ ቤት-መስተ እንተ ዘየሎ’ዩ። እንተ ዘይኮይኑ ንባእሲ’ዮም ዝተዓዳደሙ። ኣነ ከለኸ ጥራይ ሰለስተ ግዜ ተባኢሶም ዓሪቐናዮም ኢና። ሎሚ ግና ዱባላ ነቲ መድረኽ ብሒትዎ’ሎ።

"ተስፋ ኽትቆርጽ የብልካን! ዋላ ጫት ይኹን ሽቐጥ ክትጅምር ትኽእል ኢኻ።" በልክዎ።

ዱባላ ግና ንምኽረይ ኣዋደቐ።

"ጫት ሽቂጥካ ኣብ ትበጽሖ የብልካን ዝሓወይ። ሓድሽ ምኽሪ ትመኽረኒ ዘለኻ ከይመስለካ፣ ፈቲነዮ'የ፣ ዘይፈተንክዎ ስራሕ የለን፣ ካልእ ይትረፍ። ቅድሚ ክልተ ዓመት ሞምባሳ ኽይደ ጸዕዳ ኣመሪካዊት ክምርያ ፈቲነ'የ። ጸዓዱ ራስታ ስለ ዝፈትዋ፡ ጀብጀብ ተቒኒነካ ሞምባሳ ኪድ'ሞ ዕድልካ ፈትን ኢላ ዘታለለትኒ ሓንቲ ጽልልቲ ኡጋንዳዊት'ያ። ሽዑ ዓሻ ስለ ዝነበርኩ ምኽሪ ሰብ ሰሚዐ ተበጊሰ። እታ ኡጋንዳዊት ሰብ ክትብሃል ኣይትኽእል'ያ። ኣብ ርእሳ ጨጉሪ ዝብሃል የብላን። ኣርተፍሻል ክትልቅበሉ ስለ ዘይትኽእል፡ ጨጉሪ ዘለዎ ቆብዕ'ያ ትወዲ። ዝኾነኾይኑ ራስታ ንምኻን ቆሪጸ ተበጊሰ። ጨጉረይ ክነውሕ ግና ዓሰርተ ዓመት ኣይኣኽሎንዮ! ረኣይዎ ጨጉረይ.... ከም ቈጥቋጥ ኮርዳድዮ። ኣርተፊሻል ለቂበ በቋራጭ ራስታ ምስ ኮንኩ፡ ድሕሪኡ ባቡር ተሳፈረ ሞምባሳ ኣትየ። ካብኡ ናብ ናይት ክለብ!

ኣብቲ ቦታ ዘለዋ ሓበሻ ኣመንዝራታት ክበዝሓ! ርእይ ምሰ'በላኒ ደመን ፈሊሑ። ወዲ ዝምንጥለን መሲልወን ብቕንኢ ዝኣክል ቀዚዘን ተሪፈን! ቅንኢ ሓበሻ ደው ኢሉ ክኽይድ ዝረኣኽዎ ሽዑ'ዩ። ሰብ ግና ስለምንታይ ይቕንኣለይ? ...እንታይ እዋኑ ጸዕዳ ተመርዕዩ ኣመሪካ ክኣቱ ኢለን'ኳ እየን ቀኒን።

ኣየ ሓበሻ! ሓበሻ ክብሃል መቸም!

ኣብቲ ናይት ክለብ እትው ምስ በልኩ፡ ሓንቲ ጓል መጺኣ 'እንታይ ደኣ ርእሲ ቋንጣ መሲልካ?' ኢላ ለኺፋትኒ። ከምዚ ይብሃል? ወዲ ዓዳ ወዲ ገዛው-ታ'የ፣ ናይ ብሓቂ'የ ዝብለኩም ሙደይ'ያ ሰይራቶ።

ንሳ ኪድ ምስ በለት ድማ ኻልእ መጺኣ፣

"ጸጉሮኻ ኣንጭዋ ዝበለዓቶ ጐልፎ መሲሉ!' ኢላትኒ። በብሓደ ከምዚ ኢለናኒ። ከምዚ ይብሃል? ሓሳረ መከራ ናይ ሰደት ኣይኣኽለንን? ርእሲ ቋንጣ፡ ኣንጭዋ... ጎልፎ... እንታይዶ መይዶ! ሰብኣይ'ኳ'የ! ንኽልቲኡን መንጋጋኡን ምሰበርክዎን፣ ኣብ ምንቲምንታይ ግና? ዕላማ ኣለኒ። ንዕላማይ ክብል ሽለል ኢለየን ናብቲ መሳዕስዒ መድረኽ ደዪበ፡ ጸዓዱ ደቀንስትዮ ቱሪስት ከም ዝርእያኒ ኾይነ ክስዕስዕ ጀሚረ።

ኣይትርኣይዎ ሽዑ! ከምታ መዓልቲ'ቲኣ ተዋሪደ ኣይፈልጥን'የ።

እናሳዕሳዕኩ ከለኹ፡ ወዮ ኣርተፊሻል ተተሞዝሒቑ ክወድቑ ጀሚሩ። ዳርጋ ፍርቂ ተፈቲሑ ፈለል እናበለ ካብ ርእሰይ ተኣልዩ። ሽዑ ሰብ ክስሕቀኒ ስለ ዝጀመረ እብለካ፡ እንታይ ክገብር ደኣ ትቱዓት ኣርተፊሻል ኣራርየ ተኣልየ..." በለኒ።

ኣብ መንነ'ቲ ዕላል፡ ኣብታ ዝነበርናያ ቤት-መስተ ሓደ ሰብ ክሳዱ ኣቑልቕል ኣቢሉ፡ "ቹቹ ውኻርያ ርኢኺሞዶ?" ኢሉ ሓተተ።

"ኣይረኣናዮን፡" ምስ በልናዮ ተመሊሱ ኸደ።

በታ ዘረባ ኣመና ዝሓረቐ ዱባለ'ዩ። ዕላሉኡ ኣቋሪጹ ናብቲ ጋሻ ብምስጋር፣

"ርኢኺሞ'ዶ!? ንቹቹ ውኻርያ ደልዩ ዝመጸ መሲልኩም? ጫት ክልምን ወይ ድማ መን ምስ መን ይቑሑም ከም ዘሎ ንኸውሪ'ዩ! ቹቹ ኸኣ ይብል! ሓበሻ ክበሃል መቸም ሸውዓተ'ዩ ልቡ! ንዓ ቀኑሓም እንተ ንብሎ'ኳ ሰተት ኢሉ ምኣተወ! ከብዱኸ ርኢኺሞዶ? ዝረኸቦ ስለ ዝውሕጥ ኽንድምንታይ ኮይኑ!? ከዕልሉ ሰሚዑ ድማ ጂም ጀሚረ'ለኸ እናበለ ሰብ ይነፍሕ ኣሎ። ሽድሽተ ወርሒ ምሉእ ከውሪ ከብዱ ኣይኮነንዶ ክነድል መሊሱ ዘፍጢጡ። ትሽዓተ ወርሒ ምስ ገበረ እንተ ዝወልዶ ምሓሾ። ኣብዛ ሰሙን'ዚኣ ኸኣ፡ 'ተመርዕየ' ጥራይ ኮይኑ'ላ ዕላሉ። ነታ ዝተመርዓዋ ሰበይቲ ርእየ'የ። ከም ዘንቢል ኣንጠልጢልዋ'ዩ ዝዘወር። ክንዲ ጭሩ ትኸውን ደቓቕ'ያ። እዝስ ካትም ስለ ዝገበረ ኻልእ ጓል ረኺቡ ክንሕፍ? ክነግረኩም! እዚ ገዚፍ ቀለቤት ኣስሪሕካ ኣብ ክልተ ኣእጋሩ ከይኣሰርካሉ፡ ፈጺምካ ኣይእመንን'ዩ። ሓደ መዓልቲ ተጸሊእዎ ንሆስፒታል ኣካዪደዮ ነይረ። እታ ነርስ ጃኬትካ ኣውጻዮ ምስ በለቶ፡ ዝደለየቶ መሲልዎ ወጠጥ ኢሉ። እንታይ ወጠጥ ዘብል ነይርዎ'ስክ! ትም ኢሉ ኣየውጽኦን? ከፊሉ እንተ ዝሕከም እኳ ደሓን! ካብ UN፡ ናጻ ናይ ሕክምና ወረቐት ሒዙ ከይዱስ ዝደለየቶ ኸመስሎ! ገጹኸ ርኢኺሞዶ? እንታይ ይመስል? ሓባዋ ጎባጥ! ስስዕቲ ጭሩ ዝተኾበቶ ማንጉስ ይመስል። ገሊኦም ሰባት ድሙን ከልብን ከዕብዩ ርእዩ ኸኣ ኣባጎብየ የዕቢ ኣሎ። ዕድመ ኣባጎብየ ሰለስተ ሚእቲ ዓመት'ዩ፣ ደቂ ደቁ'ውን ዓብዮም ክርእይዎ ኣይክእሉን'ዮም፣ ክጭክን ድማ! ካብ ገዛ ክወጽእ ኸሎ ኣብ መስማር'ዩ ዘንጠልጥላ። 'ፍጥርቲ'ንድያ ስለምንታይ ከምኡ ትገብር?' 'ተበልክዎ እንታይ ኢሉኒ መስለኩም፣ 'ኣብ ምድራ-ቤት 'ተሓዲገያ ጸብሒ ክትደፍኣለይ'ያ' ኢሉ ከም ጽላል ኣብ መንደቕ የንጠልጥላ። ውርደተኛ ኣረሜን! ሞባይሉኸ ርኢኺማዶ? ክንዲ በትሪ ትኸውን! ኣይሓፍርን'ዩ ኸኣ ኣብ ቅድሚ ሰብ ዊጥ ኣቢሉ የውጽኣ? ሕንጉጉ!"

ኣብታ መዓልቲ ንዱባለ ሓንቲ ቢራ ጋበዝክዎ።

ኣምሳያ ናይታ ዝጋበዝክዎ'ዩ መስለኒ ኣብ ኬንያ ነዊሕ ከም ዝገበረ መጠን፣ "ፓስፖርትኻ ከይጠፍኣካ ተጠንቀቕ! ፓስፖርትኻ ካብ ዝጠፍኣካ ሓንቲ ኢድካ ክትቀረጽ ይሕሸካ!" ኢሉ መኸረኒ።

ዱባለ ፖለቲካ ዘዕልለሉ ግዜ'ውን ኣሎዎ፣ ናይ ዱባለ ፖለቲካ ግና፡ ንብርሒ መለስ ኣልዒልካ ካብ ምጽራፍ ዝሓልፍ ኣይኮነን።

ፖለቲካ ምዕላል ባህ እንተ ኢልዎ፡ "እዚ በራሕ!" ኢሉ ይጅምር። "...ሰብ ኣርብዓ ዓመት ከይመልኡ ከመይ ኢሉ ጸጉሩ ይምለጥ። ጀንሆይ ከማን ሽምጊሎም ወዲ ሰማንያ ዓመት ከለው ኣይበርሑን። መንጌ'ውን ርእሲ ስፓስላ ኾይኑ'ምበር በራሕ ኣይኮነን። እዚ ጸጉሩ ኣብ ንእስነቱ ዝኸሓዶ ከሓዲ ግና!"

ኣብ ዝኸድክዎ ሃገር ንመለስ ዜናዊ ስለ ዝጸርፍዎ ተቓወምቲ ፖለቲከኛታት ዝመስሎም፡ ዘይመሃሩ፡ መጽሓፍ ዘየንብቡ፡ ዝነደዩን ሃካያትን ኣብ ኩሉ ኣብያተ መግብን ሻህን የጓንፉኒ ነበሩ። ጸጋዬ ገብረመድህን፡ ነዞም ጥራዝ-ነጠቕ ናይ ወጻኢ ፖለቲከኛታት ጽብቕቲ ግጥሚ ገጢሙሎም ኣሎ።

እዚ'ዩ ናትካ ናብራ? - እዚ'ዩ ናትካ ዋጋ?
ሽርፍራፍ ፍልጠትካ - ካብቲ ናብቲ 'ናኣዋቓዕኻ
ሓንጎልካ ምስ ካልእ ሓንጎል - ኣብ ቤት-መስተ እናላጋዕካ
ፈቐዶ እንዳ ትልሂትን ጠላዕን - እናኸድካ ክትላግፅ
ግዜ ምጸትካ ኣርኪቡ - ከይገበርካሉ ቁውም ነገር
ትምህርቲ እንተ ትጸግብ - ጽሑፉት 'ተተንብብ
ናይዛ ሃገር ወዲኣካ - ናብ ስግር ማዕዶ 'ተትሰግር
ሓሳብ ዘይኮነ ዕንበባስ - ፍረኡ'ዩ እቲ ዓቢ ነገር

ካልእ መዓልቲ'ውን ዱባለ ከምዚ ኢሉ ሓተተኒ፣

"እዚ ርእሲ ኩባያስ ንባንዴራና ጨርቂ ኢሉ ጸሪፉዋ?"

መለስ ከምኡ ኾብ ዝብል ዓሰርተ ዓመት ከም ዘሕለፈ እናሓሰብኩ፡ ብእወታ ርእሰይ ነቕነቕኩሉ።

"ትማሊ እንድየ ሰሚዐ፡" በለኒ ብሕርቃን ሰለፉ እናሃረመ። ዱባለ ከምዚታት እናለፍለፈ፡ እቲ ናይ ድሕር-ቕትሪ ነዊሕ ግዜ ከይተፈለጠና ይሓልፍ።

ሙሉኣለምን ፊልሞንን ዝብሃሉ ኣባላት ናይዛ ቤት-መስተ ዝነበሩ ኣይርስያምንየ። ፊልሞን ኤርትራዊ'ዩ፣ ቀይሕ ነዊሕ ኮይኑ ገጹ ፍሽኽታ ዝዓብለሎ'ዩ። ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራ ዝተኻየደ ኵናት ተሳቲፉ፡ እቲ ኵናት ደው ምስ በለ ናብ ኬንያ መጺኡ። ኣብታ ዝተጸንበረና ሰሙን፡ ብዛዕባ'ቲ ኵናት እናተረኽ ኣሸጊሩና። ካብ ኣንደበቱ ዝወጹ ቃላት ኩሎም ብሬንን ቦምባን'ዮም። ነታ ቤት-መስተ በጽዋር ዓቕላ ኣጽጽበበላ። ብዝኾነ ዝገበርና ጌርና ተሓጋጊዝና ኣረሳሳዕናዮ። ደሓር ካልእ ሕክያ እናለመደ ምስ ከደ፡ ከማና ብዛዕባ

ኣዋልድ ምዕላልን ምሕማይን ለሚዱ። ብዙሕ እንተ ሰትዩ ግና፡ ብሬን ኣልዒሉ ጠራዕራዕ ክብል ይጅምር።።

ሙሉኣለም ስቐተኛ'ዩ። ሓደ መዓልቲ ብዙሕ ምስ ሰተየ፡ ኣብ ጐነ፡ መጺኡ ኮፍ ድሕሪ ምባል ከምዚ በለኒ፣

"ኣነ ወሓለ ኢድ ዘለኒ መካኒክ'የ፡" ብምባል ብዛዕባ ሞያኡ ከዕልለኒ ጀመረ። "... ድሌተይ ኣርቲስት ምኳንዩ። ኮሚድያን ምኾንኩ ነይረ፣ ብዓል ዱባለን ወርቁን ግና ዕድል ምሃብ ኣብዮምኒ'ምበር፡ ነዚ ኹሉ ሰብ ብሰሓቕ ክርትም መበልክዎ።"

"ከምኡ'ዩ እንታይ ይግበር ኢልካዮ፡" ቀጺለ፣ "ዘይተመነኻዮ ምንባር ትዕድልትን ብጽሒትን ኣፍሪቃውያን'ዩ፡" ኢለ ኣጸናናዕክዎ።

ከምኡ ምስ በልክዎ ስለ እተሓጐሰ፡ ወትሩ ክረ'ኽበኒ ኾለ፣

"...እታ ዝበልካኒ ኣበሃህላ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ኣእምሮይ ኣላ፡" እናበለ ከትክኸኒ ጀመረ። ንሱ ከይኣክል ነታ ኣበሃህላ ብታይፒን ኣጽሒፉ ኣብ ልዕሊ መንደቕ ከም ዝጠቕዓ ሓበረኒ። ካብ ኬንያ ክሳዕ ዝወጽእ፡ "ፍልይቲ ጥቕሲ'ያ፡" እናበለ እዝነይ ኣጽመመኒ።

* * *

ካብታ ንተኣኻኸበላ ቤት-መስተ ፊትንፊት ትርከብ ብዚንጎ ዝተሰርሐት ዱኳን፡ wa ku peda - wa ku peda (እፈትወኪ'የ) ትብል ደርፊ ብስዋሂሊ ክትድረፍ ትስማዕ። ዋና'ታ ዱኳን ጀራልድ ይብሃል። ንሱ'ውን ጫት ይቕሕም'ዩ፣ እታ ደርፊ ዝሕል ክትብል ከላ ድማ ኣብቲ ቀንዲ ጐደና ደው ዝበላ ታክስታት፡ እቶም ፎቶሪኖታት ተሳፈርቲ ደልዮም እናሳዕ ዓንገረር ክብሉ ይስምዑ። እታ ቃል ፈጺማ ኣይትልወጥን'ያ፣ ምሉእ መዓልቲ "Bado mutu mojo" ኽብሉ ይውዕሉ። ብስዋሂሊ "ሓደ ሰብ ተሪፉ፡" ማለት'ዩ።

ኤዱ ዝብሃል ወዲ ሽድሽተ ዓመት ቄልዓ፡ ኩሉ ግዜ ናብታ ጸባብ ቤት-መስተ ቅልቅል ኢሉ ንዱባለ፡ "Embuwfu" እናበለ ተጻሪፍዎ ይሃድም። ሓደ መዓልቲ፣

"እንታይ ማለት'ዩ 'Embuwfu'? ኢለ ንዱባለ ሓተትክዎ።

"Useless ማለት'ዩ፡" ምስ በለኒ ካብ ልበይ ስሒቐ።

ኣርእስቲ ናይዛ ዝትርኽልኩም ዘለኹ ምዕራፍ፡ ካብ ኤዱ ወይ ድማ ኤድዋርዶ ዝብሃል ኣብቲ ከባቢ ዝመሃር ተምሃራይ'ያ ሰሚዐያ። እቲ ቄልዓ ምናልባሽ ወለዱ ብዛዕባና ከምኡ ክብሉ ከለው ሰሚዕዎም ይኸውን ዝብል ግምት ኣለኒ።

ከባቢ እታ ቤት-መስተ፡ ብዝተፈላለየ ዚንጎ እተረቐዐ ዱኳናት ዝተኸበበ'ዩ። ባራት፡ ዱኳናት፡ እንዳ ስጋ፡ እንዳ ቀምቃማይ ዘየለ የለን። ወናኒ ቤት-መስተ ማቱምቦ ኩቡ፡ ፑል እናተጻወተ ክቋመር ዝውዕል ዓዲ ውዒል ሽማግለ'ዩ። መስተ ሸይጡ ዝኣከቦ ገንዘብ፡ ኣብኡ ተቓሚሩ የረክቦ። ዱባለ እንተወሓደ ኣብ መዓልቲ ንማቱምቦ ኩቦ ሚእቲ ሽልንግ ይበልያ። ወናኒ ናይቲ እንዳ ስጋ ካማዎ ይብሃል። ማካዎ ዝብሃል ታክሲስታ'ውን ኣሎ። ማርጋሬት ባሪስታ ማቱምቦ ኩቦ'ያ። ሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ማልስ ብልክዕ ሂባ ስለ ዘይትፈልጥ፡ እቶም ዓማዊል ብጉስጢ'ዮም ዝሰሃልዋ።

* * *

እንሆ ኣብታ ጸባብ ቤት-መስተ ኮፍ ኢልና ኣለና።

ዱባለ ኣብታ መዓልቲ ብዛዕባ ሞምባሳ ከዕልል ከሎ፡ ብዘይካይ ዝሰሓቐ ዋላ ሓደ ኣይነበረን። ስለምንታይ ከም ዘይሰሓቁ እቲ ኣብ ጥቓይ ዝነበረ ስደተኛ ሕሹኽ በለኒ። ነታ ዕላል ዕስራ ግዜ ስለ ዝደጋገማ፡ ንኹሎም ኣሰልችያቶም'ያ። ባህ ክብሎ ኢሎም'ውን ዝሰሓቐ ኣይነበሩን። የግዳስ ዱባለ ትም እንተ ኢሉ፡ እታ ቤት-መስተ ዝሕልሕል ስለ ትብል ዘሕርቐ ሰብ የለን። ወርቂ ግና ስለ ዝጸልኦ'ዩ መስለኒ፡ ሕክያኡ ከይሰምዕ ጫቱ ኣብ ቱሸቱሹ ቀርቂሩ ገዲፉና ናብ ቤት-መስተ ማቱምቦ ኩቦ ገጹ ከደ።

ዱባለ ውጽእ ምስ በለ፡ ወርቂ ደስ ስለ ዝበሎ እዚ ዘይብሃል ማስያ ኸውርደሉ ጀመረ።

"ቀይሕ ተመን! ሕያዋይ ከኣ ይመስል። ኣነ ካብዚ ሓሳዊ'ዚ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ይሓይሸ፣ 'ተለኒ ተኻፊለ ምብላዕ ዝፈቱ ለዋህ'የ። ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ኣብዚ ዝነበሩ ሓበሻ ሕተትዎም። ካብ ካማዎ ፍርቅ-ኺሎ ስጋ ኣቑሪጹ፡ ኣብ ካቹንባሪ ኣስሪሐ ካብ ኡጋሊና እንጀራ ኣዚዘ ተኻፊለ እበልዕ ነይረ። ንማቱምቦ ኩቦ ኸማን ጋቢዘዮ ይፈልጥ'የ። እዚ ግና ባኒ ገዚኡ በይኑ ዝበልዕ ጉራምራ ዝብኢ! ወርቂ ኸኣ ይብልዎ! ንሱ ወርቂ እንተ ተባሂሉ ደኣ ንሕና እንታይ ክንብሃል ኢና? ታኒካ 'ተዝብልዎ ምሓሸ። ዘይሓፍር ድማ፡ ዕላል ረኺበ ኢሉ 'ወርቂ ኢላ ሽም ዘውጽኣትለይ ኣደይ'ያ!' ይብል። ወርቂ ካብ ዝብልዎ ናይ እዝኒ እንተ ዝብልዎ ይሓይሸ። ሰላዪ ዓይነት'ዩ፣ ኢህኢፓዶ እንታይዶ ነይረ'ዩ ዝብል። ኣብዚ ሰብ ክስሊ'ዩ ዝውዕል፣ ምሸት-ምሸት ክስልል ሓዲሩ፡ ንማሆ ዝሰምዖን ዝረኣዮን ቀጽር ኣቢሉ ይነግረና። ጸላም ተጐልቢቡ ነፍስ-ወከፍ እንታይ የዕልል ክጻናጸን'ዩ

ዘምሲ። ዘይተዓስበ ሰላዪ! ከይተዓስበ ኽምዚ ዝሰርሐስ፡ እንተ ዝዕሰብ ደኣ ከመይ መሰርሐ? ፖሊስ ድማ ክፈርሕ ኣብየት!.... ኣነ ፖሊስ ኣይፈርሕንየ፣ ኣዕሩኽተይ'ዮም። ስለምንታይ ፖሊስ ከም ዝፈርሕ ትፈልጥዶ?"

ኣይመለስክሉን። ቀጺሉ፣ "...ናይ ኢትዮጵያ ፎርጂድ ፓስፖርት ይሰርሕ ነይሩ። ሓደ መዓልቲ ካብ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ደዊሎም፡ 'ካብ ኢትዮጵያ ጸስጣ መጺኡካ'ሎ ንዓ ወሰዶ' ኢሎሞ። ወዲ፡ ኣዲኡ ሽሮን በርበረን ዝሰደደትሉ መሲልዎ ቀልጢፉ ኸደ። ፖሊስ ድማ ሒዞም ሓደ ወርሒ ኖጉኖሞ። ድሕሪኡ ፖሊስ እንተ ርእዩ ደንበርበር'ዩ ዝብል። ብዙሓት ጸላእቲ ስለ ዘለውዎ ድማ፡ ኣብ ሓንቲ ቦታ ቀሲኑ ኮፍ ኣይብልንዩ፣ ሓደ ሶማላዊ ካራ ሒዙ ክደልዮ'ዩ ዝውዕል ዘሎ። እንተ ረኺብዎ ኣኺልዎ'ዩ፡" ኢሉ ብሰሓቕ ፍ..ል..ሕ በለ።

"ምስቲ ሶማላዊ ደኣ እንታይ ኣራኺብዎ?" ኢለ ሓተትክዎ።

"ኣዕሩኽ ነይሮም፡" ቀጺሉ፣ "ብሓባር ጫት ይቕሕሙ ነይሮም። እቲ ሶማላዊ፡ ናብ ካናዳ ክኸይድ ፕሮሰሱ ወዲኡ ምርመራ ደም ምስ ገበረ፡ ኤይድስ ኣሎካ ኢሎም ኣትሪፎሞ። ብኽምኡ'ዩ ክቕትሎ ደልዩ፣ ንሱ'ዩ ኤይድስ ኣሕሊፉለይ ኢሉ'ዩ ዝኣምን፡" በለኒ።

"ከመይ ኢሉ?" በልክዎ ገሪሙኒ።

"ብሓባር ጫት ይቕሕሙ ነይሮም፣ ብሓንቲ ጥርሙዝ ናይ ኮካኮላ ይጥቀሙ ስለ ዝነበሩ፡ በታ ጥርሙዝ ዝሓለፎ መሲልዎ። ሶማላዊ፡ እንታይ ይፈልጥ ኢልካዮ! ነጊርካዮ'ውን ኣይርድኦንዩ፣ ሽዑ ምስ ወርቂ ፓቸ ስለ ዝነበርና ምስቲ ሶማላዊ ከረዳድኦም ምስኡ ኸይደ። 'ዘደቀስካያ ሰበይቲ እንተላ ኬድካ ንዓኣ ቅተላ! ኤይድስ ብጥርሙዝ ናይ ኮካ ኣይሓልፍን'ዩ፣ ወርቂ ድማ ኤይድስ የብሉን፡' ኢልናዮ። እቲ ሶማላዊ፡ ምስ ዝኾነት ሰበይቲ ተራኺቡ ኣይፈልጥን'የ እዩ ዝብል..." በለኒ።

ወርቂ ተመሊሱ ምስ መጽአ ዱባለ ሕክያኡ ቀየረ።

ወርቂ'ውን እንተ ኾነ ሰናፍ ኣይኮነን። ዱባለ እንተ ዘየሎ ንሱ'ውን ብግደኡ ኣይገድፈሉን'ዩ። ብቕድም ትማሊ ዱባለ ስለ ዘይመጽኡ ጽግዕ ኢሉ፣

"ከምዚ ዝርእየካ ዘለኹ ክቡር ሰብ ኢኻ ትመስል። ምስዚ ከታሪ ኮፍ ክትብል ንኽብር'ካ'ውን ጽቡቕ ኣይኮነን። ልዕሌ'ካ'ኳ 'ተዘይፈለጥኩ፡ ናብዚ ከባቢ እንተ ዘይመጻእኻ ግና ይሓይሽ፡" በለኒ።

"ክዘናጋዕ ኢለ እንደኣለይ፡"

"ይትረፈካ!" ኢሉ ኣጠንቀቕኒ፣ "...ዱባላ ተኸታቲሉ ሓደ መዓልቲ ብ'ካራ ቀቲሉ ክዘምተካ'ዩ።"

"ከምኡ ይገብርዶ ኢልካዮ?"

"ከመይ ደኣ! ካብ ዝውለድ ኣትሒዙ ሰራቂ እንድዩ፡" ድሕሪ ምባል ቀጺሉ፣ "...ኣብ ማርካቶ'ዩ ተወሊዱ፣ ካብ ማህጸን ኣዲኡ ኣብ መገዲ ሞሊቹ ወጺኡ። ብኽምኡ'ያ ኣዲኡ 'ዱብ በለ' ዝበለቶ። ካብ ማህጸና ዱብ ኢሉ ምስ ሃደማ ደኣ እንታይ ክትብሎ? 'ዱባለ' ኢላቶ። እዚ እናታለለ ዝዘምት ሰራቹ! ክነግረካዶ? 'ናብ ኢትዮጵያ ክምለስ'የ' ኢሉ ሰለስተ ግዜ ዘዋጽእሉ ገንዘብ በሊዕዎ ኣይተመልሰን። ኣብ ሓንቲ ብዚንን ዝተሰርሐት ገዛ ትነብር ኣመንዝራ ኣጸጊዓቶ ምስኣ'ዩ ዝነብር ዘሎ! እዚ'ኮ! ክትሰክር ከላ ቦርስኣ ፈቲሹ ይምንድላ እብለካ። ብገንዘባ ድማ ተመሊሱ ክራይ ገዛ ይኸፍለላ። ስደት ማዕረ ገይሩና'ምበር፡ ኣነ'ኮ ንደቂ ጃንሆይ እንግሊዝኛ ዝምህር ዝነበርኩ ሰብ'የ። ንስኻ መቸም ምሁር እንዲኻ ኩሉ ነገር ይርድኣካ'ዩ። ኣብ ኣዲሳባ ጉርድ ሸላ ኼድካ ወርቁ መን'ዩ ኢልካ ሕተት? ዝሕዘኒ ሰብኣይ ኣይነበረን፣ ክሕዘንስ ይትረፍ ቀኒሕ ኢሉ ዝርእየኒ ኸማን ኣይነበረን፣ ሎሚ ግና መላገጺ ብዓል ዱባለ ኾይነ ተሪፈ! ዱባለ ኢልካ ሽምከ ወደይ እንታይ'ዩ? ዱባ እንተ ዝብልዎ ምሓሸ - ርእሲ ዱባ!" በለ።

ንጽባሒቱ፡ ዱባለ ኸይቅድሞ ቀልጢፉ ኣብ ጥቓይ ኮፍ ብምባል፣

"ሓንቲ መስደመም ዝኾነት ነገርዶ ከርእየካ?" በለኒ።

"እንታይ?"

"ደገ ንውጻእ ከርእየካ።"

"ኣብዚ እንዶ ኣርእየኒ?"

ካብ ጁባኡ ሓንቲ ጽብቕቲ ላይተር ኣውጺኡ ኣርኣየኒ።

"እዚ'ሞ እንታይ'ዩ?"

"ካብ ዓዲ እንግሊዝ ዝመጽኣት ሰበይቲ ህያብ ሂባትኒ።"

"እንታይ'ሞ!?"

ክብሎ ዝደለየ ክፈልጥ ተሃንጥየ ነይረ። ንሱ ግና ብሕቶይ ኣመና ስለ ዝሓረቐ፣

"ሂባትኒ በቃ! ከመይ'ልካ እንታይ'ሞ እዚ? ትብለኒ፡" በለኒ።

ሓሪቐ ተሲኡ ኼደ።

ወርቁ ምስ ከደ፡ ዱባለ ቀልጢፉ ናበይ ብምምጻእ፣

"... ላይተር ህያብ ተዋሂበ ድዩ ኢሉካ?" በለኒ እናሰሓቐ፣ "ካብ ትማሊ ጀሚሩ ብጀካኣ ኻልእ ዘረባ የብሉን። ንኹሎም ደገ እናውጽኦ ሓቢኡ የርእያ'ሎ፣ ንኣይ ከሕርቐ ኢሉ'ዩ። ክውልዓላ ኢሉ'ዩ ሰሪቑዋ። ነዚ ኣረጊት እንታይ ኢላ'ያ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ዝመጸት ሰበይቲ ላይተር ክትህቦ? ምሳይ ስለ ዝተሃላለኸ እኮ'ዩ፡" በለኒ።

“ምሳኻ ደአ እንታይ ዘተሃላልኽ ኣሎዎ?”

“ክህድድ ኢለ ሓንቲ ሃብታም ኬንያዊት ፈትያትኒ’ላ ምስ በልኩ፡ ንሱ ድማ ላይተር ሒዙ መጺኡ።”

ቀጺሉ እናሰሓቐ፣

“እታ ብፋሻ ተጠቕሊላ ዘላ ኢዱ ርኢኻያዶ?” በለኒ።

“ኣየስተብሃልኩላን። እንታይ’ዩ ኾይኑ?”

“ኬንያውያን ብኻራ ወጊኦሙኒ’ዩ ዝብል። ግና ኣልዕል ኣቢሉ’ዩ። ሰኺሩ ኣብ ስባር ጥሙዝ’ዩ ወዲቑ። እዚ ኣብ ምንታዩ ክውጋእ’ታ!? ዓጻም!!” በለኒ።

ኣብ መንጎና ሓደ ዘርኣይ ዝብሃል ትግራዋይ ነይሩ። ኣብታ ዝመጸላ ሰሙን ‘ወዲ ዓድዋየ። መለስ ጎረቤተይ’ዩ’ እናበለ ሞኽ ስለ ዘበለና፡ ዱባለ ቀጥቂጡ ኣባረሮ። ድሕሪ ሰሙን ሰብ ልኢኹ መለስ ጎረቤቱ ምኻኑ ከየዕልል ቃል ምስ ኣተወ፡ ኩሎም ብኣኣ ተሰማሚያም መሊሶሞ። ነዊሕ ከይጸንሑ ድማ ምስ ዱባለ ተዓራረኹ።

“እዚ በራሕ’ዚ ፈላልዩና’ምበር ኣሕዋት እንዲና፡” ብምባል ዱባለ ምስ ኩላቶም ዓረቐ።

ኣብታ ቤት-መስተ፡ ክሰትዩ ኾለው ይኹን ኮፍ ኢሎም ከዕልሉ ከለው ፈጺሞም ዘይፈላለዩ ሰለስተ ኤርትራውያን ነይሮም። ብትግርኛ’ዮም ዘዕልሉ፣ ወትሩ ዲቐ ዝበለ ዕላል ሒዞም’ዮም ዝስሕቑ። ሓደ መዓልቲ፡ እዝነይ ኮር ኣቢለ እቲ ብዕድመ ዝመርሖም ልክዕ ከም ሓላፊኦም ዝርእይዎ ዓርኮም ከምዚ ክብል ሰማዕክዎ፣

“ሓደ መዓልቲ ኣቦይ ክሃርመኒ ኢዱ ምስ ወርወረለይ፡ ቀልጢፈ ሕዝ ኣቢለ ‘ስለ ማርያም ከይትሃርመኒ’ ምስ በልክዎ፡ ኢዱ ምልስ ኣቢልዋ። ኣቦይ ብማርያም ዝመጸ ኣይፈቱን’ዩ።”

በዛ ዘረባ’ዚኣ ክርትም ኢሎም ክስሕቁ ምስ ሰማዕክዎም ገሪሙኒ። ብንጹር’የ ሰሚዐዮ፣ ክንድዚ ዘስሕቕም እንታይ ምኻኑ ግና ፈጺሙ ክርድኣኒ ኣይክኣለን። ኣብታ ሰሙን ግና ነቲ ምስጢር ፈሊጠዮ።

ሓደ መዓልቲ ከምቲ ልሙድ ወጃዕ እናበሉ ኽሰትዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሃንደበት ዘይተጸበናዮ ባእሲ ተላዒሉ ጥርሙዝ ክሳብ ምድርባይ በጽሑ። ብኽንደይ ጭንቂ ገላጊልና ኮፍ ምሰ’በልናዮም፡ ነቲ ኣብ ገኖይ ኮፍ ኢሉ ዝነበረ ዓርኮም፣

“እንታይ ደኣ ኣባኢስኩም?” በልክዎ።

ነጊሩኒ።

ለከስ፡ እቲ ሓለቓኦም ዝመስል ዓርኮም’ዩ ኩሉ ግዜ ዘስትዮም። ንሱ ኣዕሊልዎም እንተ ዘይስሒቕም ይኽራ። ኣብታ መዓልቲ፡ ስሩዕ ደርግ ኮይኑ ዝፈጸሞም ጅግንነት ምሰ’ዕለሎም፡ ሓደ ካብኦም ምእማኑ

ከቢድዎ ተኸራኸሮ። ወዮ ዝጋብዙም ዝነበረ ምሒር ሓሪቑ፣

"ዘሕክየካ ዘለኹ ዘይትኣምን እንተ ኾንካ ከፊልካ ስተ! ብገንዘበይ እናሰተኻ ኣይትካትዓኒ። ወይ ከፊልካ ስተ ወይ ድማ ትም ኢልካ ስማዕ፡" በሎ።

መበገሲ ናይታ ባእሲ እዚኣ'ያ። ኣብታ መዓልቲ ከጸናንያ ኢለ ንሱ እናዕለለ ኣነ ጋቢዙዮ። ምስ ጋበዝክዎ ኣመና ደስ ስለ ዝበሎ፣

"ኣሳቕዩና'ኮ'ታ ወዲ! ካብ ክሳድ ንላዕሊ ክስሕቕ ኣፈይ ተሰንጢቑ! ተጸሚመዮ! ሎሚ ግና ኣይክኣልኩን። ግብዣኡ ይትረፈኒ..." በለኒ።

በይኖም ኮፍ ዝብሉ ተወላዶ ኦሮሞ ድማ ኣለው። ምሳይ ይረዳድኡዮም። ሓደ መዓልቲ ሓደ ኻብኣታቶም፣

"ብዙሕ ግዜ ክትሰምዕ ጥራይ'የ ዝዕዘበካ፣ እንታይ ኩንካ ኢኻ ዘይተዕልል?" ኢሉ ብኦሮምኛ ሓተተኒ።

"ትም ምባል ሕማቕ ድዩ?" ተመሊሰ ሓተትክዎ።

ምስ ሰሓቑ፡ ሓንቲ ናይ ኦሮሞ ጥቕሲ ጽሒፉ ሃበኒ። ጥቕስታት ናይ ምእካብ ድልየትን ልምድን የብለይን። ነታ ጥቕሲ ግና ኣብ መዘክር ደብተረይ ጽሒፈያ። ከምዚ ትብል፣

"yoomiyyuu kan hin maraanne hoolaadha, maraachuu irraa kanhinoolle ammoo sareedha" ትርጉሙ፣ "ኣብ ዝኾነ ግዜ ዝጽለል በጊዕዩ፣ ምጽላሉ ዘይተርፎ ድማ ከልቢ'ዩ" ማለት'ዩ።

ካብ ኬንያ ኣብ ኣጋ ምውጻእይ፡ እቲ ነዛ ጥቕሲ ዝሃበኒ ኦሮሞ ን ስቕታ ቡርቃ ሒዙዋ ረኣኽዎ።

ሓደ መዓልቲ ወርቁ ሰኽሩ ክግዕር ጀመረ። ነቲ መድረኽ ብሓይሊ ካብ ዱባለ መንጢሉ'ዩ ተቑጻጺርዎ። ኣብታ ዕለት ወርቁ ፍሉይ ባህሪ ከንጸባርቕ ወዓለ። ምርር ኢልዎ ከምዚ ኽብለና ጀመረ፣

"ያ ጅምዓ ኬንያ ሰልችዩኒ! እመኑ ኣይትእመኑ ኣብዛ ዓመት'ዚኣ ዓደይ ክኸይድ'የ። ሃገር ክብሃል ድዩ'ዚ? 'ጸገም የለን' ክብሉ 'ሃኩና ማታታ' ይብሉኻ! 'ማታታ' ጸገም ማለት'ዩ። 'ማቲቲ' ድማ ጡብ። 'ሙቶዶ' ህጻን። 'ማታቱ' ታክሲ.... ከመይ ኢሉ ከምዚ ይኸውን? ንበንዚን 'ማፋታ'፡ ዘይቲ ብልዒ ክትገዝእ እንተ ኸድካ 'ማፋታ'፡ ንጠስሚ 'ማፋታ'፡ ንጋዝ 'ማፋታ'፡..... ንኹሉ ማፋታ! እንታይ'ዩ'ዚ? ንርግቢት፡ ኳኵ፡ ሄሊኮፕተር፡ ነፋሪት..... ንኹሉ 'ኢንዳን' ይብልዎ! ንዝነፍር ዘበለ ብሓደ ስም ዝጽውዑ ጉዳመኛታት። ኣብ ማእከል'ዞም ጉዳመኛታት ምንባር ስልችዩኒ'ሎ ያዓኽ! ..... ሳዕስዒቶምከ ሪኢኹሞዶ? ከም ወዓግ'ዮም ንላዕሊ ዝዘሉ። እቲ ክሳዶም እናነቓነቐ ዝስዕስዕዎ ሳዕሳዒት ካብ ዑፍ'ዮም ቀዲሖሞ፣ ዋነስ ካብ እትብሃል ዑፍ። ብዛዕባ ዓሌት ማሳይከ ሰሚዕኩምዶ? ነዛ ቢራ ኽሰትዩ ከብቲ ምሉእ ይሸጡ!

ኣሓ ዘበላ ናታቶም ይመስልኦም። ዝፈርሐ ኳዅን ዝነፈጸ ፈረስን ዝመስል ሳዕሳዒት ኣሎዎም። ጓል እንተ'ፍቂሮም፡ 'Wa ku peda kama niama choma' ይብሉ። I love you like a roasted meat ማለት'ዩ። ንኹም ብዓል ዱባለ እንግሊዝኛ ዘይክእሉ ድማ፡ 'ከም ቁልዋ ስጋ የፍቅረኪ' ማለት'ዩ ትርጉሙ።"

ኣብታ መዓልቲ፡ ዱባለን ወርቁን ምስ ተጓሰጡ ብኽንደይ መከራ ገላገልናዮም። ድሕሪ ገለ መዓልቲ፡ ንወርቁን ዱባለን ናብ ፍሎሪዳን ማዘርላንድን ዝብሃላ ኣብያተ-መግብን ክለብን ወሲደ ኽተዓርኞም ፈተንኩ። ምሒር ተቐያዪሞም ስለ ዝነበሩ ግና ክሰልጠኒ ኣይክኣለን። ክሳዕ ክንድኡ ከቃራሕኖም ዝኽኣለ ምኽንያት እንታይ ምኳኑ ክልቲኦም ኣይነግሩኻን'ዮም።

ካልእ መዓልቲ ዱባለ ብዛዕባ ኣቦኡ ቀሩብ ኣዕለለኒ።

"ኣቦይ ነፍሱ ይምሓሮ ፍሉይ ሰብ'ዩ ነይሩ፡" ኢሉ ዕላል ጀመረ፣ "...ኣቦይ ኣይተማህረን፣ ኬንያ ከመይ ትመስል ፈጺሙ ኣይፈልጣንዩ። ኬንያ ዝኣተኹላ ሰሙን፡ 'ወደይ ወጻኢ ኣትዩ' እናበለ ከዕልል ሓገዩ። ህዝቢ ኣዲሳባ ድማ ክፉእ'ዩ፡ 'ወድኻ ዶላር ኣይሰድድን ድዩ? ስደድ'ባ በሎ? ጋብዘና'ምበር?' ከምዚታት እናበሉ ኣጸሊሎሞ። ዓርከይ ድማ፡ 'ንኣናስ ደሓን ኣቦኻ ግና መስሓቕ ዓዲ ካብ ዝኸውን ሓንቲ ሚእቲ ዶላር ዘይትሰደሉ፡' ኢሉ ጽሒፉለይ። እንታይ ክገብር ደልዮምኒ?! ካበይ ክወልደሎም!? ኣቦይ ናይቲ ከባቢ ሽምጠጣ ምስ በዝሑ እንታይ ገይሩ መስለካ? ናብ እንዳ ጊዮርጊስ ከይዱ ኩሎም ደቂ ገዛውትና እናሰምዕዎ ከም ኣቡነ ተኽለ ብሓደ እግሩ ደው ኢሉ ረጊሙኒ። እቲ ዓርከይ ከምኡ ኢሉ ምስ ጸሓፈለይ ኣይቀሰንኩን። ገንዘብ ግና ካበይ ይምጻእ? ሽዑ ኣርተፊሻል ሽጉጥ ገዚእ ኣብ ሓደ ዱኳን ብምእታው፡ ኣፋራሪሐ ክልተ ሚእቲ ዶላር መንዚዐ። ነታ ሓንቲ ሚእቲ ዶላር ናብ ኣቦይ ሰዲደ ነታ ዝተረፈት ምስቶም ክሕዙኒ ዝመጽኡ ፖሊስ ሰቲናያ። ኣቦይ እታ ሚእቲ ዶላር ምስ በጽሓቶ እንታይ ከም ዝገበረ ትፈልጥ? እንዳ ጊዮርጊስ ከይዱ፡ ነታ ሚእቲ ዶላር ንኹሉ ሰብ እናረኣየ ብሓንቲ እግሩ ደው ኢሉ መሪቑኒ። ህዝቢ ኣዲሳባ መቸም ክፉእ'ዩ፡ እንታይ ኢሎም ተዋዝዮምሉ መስለካ? 'ገርግሽ ፋይል ዱባለ ክጽሕፍን ክድምስስን መከራኡ ርእዩ..."

* * *

ሕጂ ምድረ-ሰማይ ክጽልምት ጀሚሩ'ሎ።

ድሕሪ ፍርቅ-ሰዓት ካብቲ ሻውል ናብ ለይታዊ ትልሂት ኣምራሕና። ፍሎሪዳ ዝብሃል ናይት ክለብ ኣፉ ከፊቱ ይጽበየና'ሎ። ኣብ ሃውስ ክለብ ኣቲና ፑል ተጻወትና። ልዕሊ ዓሰርተ ሃገራት ዝፈልጥ'ኳ እንተ ኾንኩ፡ ከምቲ ኣብ ናይሮቢ ዝርከብ ፍሎሪዳ 2000 ዝዳረግ ክለብ ግና ኣጓኒፉኒ ኣይፈልጥንዩ። እቶም ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ፡ ሲያትል፡ ዱባይ፡ ኣዲስ ኣበባ፡ ኬፕታውን፡ ጆሃንስበርግ፡ ፕሪቶሪያን ዝረኣኽዎም ክለባት ንፍሎሪዳ 2000 ፈጺሞም ኣይዳረግዎንዮም። ኣብ ናይሮቢ ህይወት ኣሎ፣ ጽባቐ ኣሎ፣ ኣፍሪቃዊ ሙዚቃ ኣሎ፣ ግደ ሓቂ ገበንን ድኽነትን'ውን ኣሎ። ኣብዚ ኣህጉራዊ ደረጃ ዝሓዘ ዓቢ ክለብ፡ ዜማታት ኣስቱር ኣወቀን ሃመልማል ኣባተን እናሰምዑ ዝስዕስዑ ኣፍሪቃውያንን ኤውሮጳውያንን ምርኣይ ካልእ ናቱ ፍሉይ ጽባቐ'ዩ።

ሕጂ ዞባ ሚሊማኒ ጸልሚቱ'ሎ።

ኣብ ደገ ብዓል ታክሲ ማካዎ ይጽበየና ኣሎ። ጸኒሕና ካብታ ብትኪ ሽጋራ ዝተዓጥነት ቤት-መስተ ግዳም ወጻእና።

* * *

ብኽምዚ ዓይነት ተደጋጋሚ ህይወት ኣብቲ ሻውል ሒደት ኣዋርሕ ምስ ጸናሕኩ፡ ካብ ናይሮቢ ክወጽእ ዘገድድ ሓድሓደ ኩነታት ከጋጥመኒ ጀመረ።

ናብታ ሻውል፡ ወትሩ ምሸት እናመጽኣ ዝሰቲ ጁማ ዝብሃል ብዓል ስልጣን ኣሎ። ኣባል ጸጥታ ኬንያ ምኳኑ ሰሚዐ። ሓደ መዓልቲ ፑል እናተጻወትና ኽለና ከምዚ በለኒ፣

"ካብዞም ኣብዚ ዘለው ስደተኛታት ፍልይ ዝበልካ ኢኻ?"

"ብኽመይ?"

"ሳንጣ ትሕዝ! ኣብ ውሽጡኽ እንታይ'ዩ ዘሎ?"

"ሬድዮን መዘክር ደብተርን።"

"ጋዜጠኛ ዲኻ?"

"እወ ነይረ።"

ሽጋራኡ እናትከኸ ባህ ብዘየብል ኣጠማምታ ይከታተለኒ ከም ዘሎ ምሰ'ስተውዓልኩ፡ ናብቲ ቦታ ክመላለስ ከም ዘይብለይ ወሰንኩ። ነዊሕ ከይጸናሕኩ ድማ ካብ ኬንያ ክወጽኣ ከም ዘለኒ ተገንዘብኩ።

ሓደ መዓልቲ ምስ ሙሉኣለም እናዕለልና፣

"ብዛዕባኻ ከዕልሉ ሰሚዐ።" ኢሉ ሕሹኽ በለኒ።

"እንታይ እናበሉ?"

"ነምሓራን ኦሮሞን ዘናቑት መጽሓፍ ጽሒፉዶ እንታይዶ መይዶ ይብሉ ነይሮም፣ ኣነ'ኳ ተኻቲዐዮም'የ፣ ንሱ ኣሽንኳይዶ ሰብ ከናቑት፡ ንወርቁን ዱባለን ክዓርቆም ከሎ ኽማን ርእየዮ ኢለ ተማጉተዮም።"

ብተደጋጋሚ ኽምዚ ስለ ዝሰማዕኩ ሕማቐ ተሰምዓኒ።
“ነታ መጽሓፍ እንተ ዘንብብዋ ከምኡ ኣይምበሉን፡” በልክዎ።
ሙሉላለም ጽንሕ ኢሉ፣
“ብዛዕባኻ ብዙሕ’ዮም ዘውርዩ?”
“ካልእከ እንታይ ይብሉ?”
“ብዓል ስልጣን ወያኔ ነይሩ፣ ጋዜጠኛ ነይሩ፣ ዘይብልዎ የለን፣ ሰላዪ’ዩ እናበሉ’ውን የዕልሉ’ዮም።”
“ሰላዪ!? ናይ መን ሰላዪ!?” በልክዎ።
“ናይ ወያኔ።”
ጽንሕ ኢለ፣
“ንምኻኑ ንመን’የ ዝስልዮ? ኢለ ሓተትክዎ።
“ኣብዚ ቦታ ፖለቲካ ዘዕልል ዱባለ’ዩ። ንሱ ዘዝበሎ እናጸሓፍካ ንኤምባሲ ከም ትህቦም’ዩ ዝውረ። ንእኡ’ውን ኣጠንቂቕሞ ነይሮም። ንመለስ፡ ‘በራሕ ርእሲ ኩባይ!’ እንታይዶ መይዶ እናበለ ስለ ዝጻረፍን ተደጋጋሚ ፖለቲካ ስለ ዘዕልልን፡ ‘ዓዲ እንተ ቀየርካ ይሕሸካ፡’ ኢሎም መኺሮሞ…”
ድሕሪ ኽልተ ሰሙን ካብ ኬንያ ናብ ደቡብ ገጸይ ጉዕዞ ጀመርኩ። ህይወት ናይሮቢ ፈጺመ ክርስየ ስለ ዘይክኣልኩ፡ ንሻውል ሚሊማኒ፡ ንነበርታን ስደተኛታትን ሓንቲ ንእሽቶ ግጥሚ ገጠምክሎም።

ትዝ ኢላትኒ ናይሮቢ - ሚሊማኒ ዞባ ዕኑዳት
ሰፈር ዝነደዩ ሓበሻ - ሚሊማኒ ናይ ሰሓቕ ሻውላት
ትዝ ኢሉኒ እቲ መሕለፊ ግዜ ጸልማት እዋናት
Wa ku peda - ክብሃል kama niama choma
ትዝ ኢሉኒ ስዋሂሊ - ናይ ቃላት ጸወታ
ካብ ሃኩና ማቲቲ - ክሳብ ሃኩና ማታታ
Wa ku peda ናፊቐዮ Wa ku peda
ኣብ ሲፐርስ ኣብ ባቫሪያን - ኣብ ክለብ ሃውስ ኣብ ፍሎሪዳ
ኦ! ናይሮቢ ኦ! ኬንያ - ጸልማት’ውን ይናፈቕ’ዩ ለካ
ትዝ ኢሉኒ’ቲ ሻውል - ትራንፔት ኪኪዩ ክንቕ’ወልካ
ትዝ ኢሉኒ ዞባ ሚሊማኒ
ጫት ክመረካ - ታስካር ቢራ ከሰክረካ - ፖሊስ ከጓየካ
ኦ! ፖሊስ ምንኣስ ዲያብሎስ
ተጉባዕብዕ ኣለኻ ኣብ ልዕሊ ሓበሻ - ትህድዶ ኣለኻ ብዓል ግዜ ኬንካ
እወ! ሕጂ ኹሉ ተረሲዑ - ብሕትውና ንብሕቱ ነጊሱ
ፖለቲካ ዱባለ ከምኡ’ውን - ምስቁርቋር ወርቁ ተሪፉ
ዝኽሪ ገዲፉለይ - ዋላ ኣርሒቐ ’ተኸድኩ

ብዝወጻኽዎ ኣይተረፍኩን።

ኣብ መፋርቐ 2007፡ ንእሽቶ ናይ ጉልበት ስራሕ ረኺበ ናብ ሲሸልሽ እናኸድኩ ብናይሮቢ ክሓልፍ ዕድል ረኸብኩ። ዝነበረትኒ ግዜ ሓንቲ ለይቲ ጥራይ ብምንባራ፡ ሳንጣይ ደርብየ ብታክሲ ትኸ ኢለ ናብ ሚሊማኒ ተወንጨፍኩ። ኣብቲ ዞባ፡ ብዘይካ ዱባለ ኻልኦት ኣይጸንሑንን። እቲ ህይወት ዝጸልመተቶ ዱባለ፡ ምስታ ዘጸግዓቶ ኣመንዝራ ኣብታ ብዚንጎ እተሰርሐት ገዛ፡ ጸሓይ ዋርዋር እናበለት ኮቦርታ ተጎምጒሙ ደቒሱ ጸንሓኒ።

ምስ ረኣየኒ ክኣምን ስለ ዘይክኣለ፡ ንደቓይቕ ዝኣክል ፈቐ ኢሉ በኸየ። ጽምዋን ምርሳዕን ከም ዝሃለዮ ተገንዘብኩ። ምሰ'ጸናናዕክዎ ኩሉ ኣዕለለኒ።

ኣብቲ ሻውል ዝነብሩ ዝነበሩ ስደተኛታት ሓበሻ፡ ገለ ቀኒዕዎም ንኣውስትራልያን ካናዳን ከም ዝኸዱ፡ ወርቂ ግና ገንዘብ ኣዋጺኦምሉ ንኢትዮጵያ ከም እተመልሰ ዱባለ ኣዕሊሉኒ። እናዕለለኒ ኸሎ፡ ኣብቲ ኣብቲ ዚንጎ ስእሊ ብርሃኑ ነጋ ተለጢፉ ረኣኹ። ገሪሙኒ! ዋዛ ኣምሲለ ኸኣ፣

"መን'ዩ እዚ?" በልክዎ።

ቀልጢፉ፣

"ዶክተር ብርሃኑ እንድዩ! ወዲ'ቦይ ነጋ!" ቀጺሉ፡ "..እንታይ ኮይንካ ዘይትፈልጦ?" በለኒ።

"ኣሃ! ንሱ ድዩ'ዚ?" ብስም እምበር ስእሉስ ርእየዮ ኣይፈልጥን'የ፡" ኢለ ኣታለልክዎ።

"ደቂ ገዛውቲ ኢና፡" ዱባለ ዘረባኡ ቀጸለ፣ "...ኣቦይ ቅድሚ ምማቱ ዋርድያ ሆተል ዳማ'ዩ ነይሩ። ኣቶ ነጋ ማለት ንኣይ ኣቦይ ማለት'ዮም። ገዛናን ገዝኦምን ከምዝን ከምትን'ዩ። ኣብ ገዝኦም ልክዕ ኸም ገዛይ እኣቱን እወጽእን ነይረ። ኣውደኣመት ክኸውን ከሎ ኣትየ እበልዕ እሰቲ። እንታይ ዋጋ ኣሎዎ ኢልካዮ ኢ'ካ? እዚ በራሕ መለስ፡ ኣክሮባት ሰሪሑ ንኹሉ ከም ዘይከውን ገይሩዎ'ምበር፡ ኣነዶ ሎሚ ኣብዚ ምሃለኹ ነይረ..."

ድሕሪ ሒደት ስቕታ፣

"በል ክዳንካ ተኸድን'ሞ ንኺድ ንደረር?" በልክዎ።

ዱባለ፡ ነታ ተጎምጊምዋ ዝነበረ ጸላም ኮቦርታ ንላዕሊ ወርዊሩ ብቕጽበት ተሰአ። ንሱ ክዳውንቱ እናተኸድነ ኣዒንተይ ኣብቲ መንደቕ ዓለባ። ነታ ካብ መጽሔት ተቐዲዳ ኣብቲ ዚንጎ ተጠቂዓ ዝነበረት ስእሊ ኣስተብሃልኩላ። ዱባላ፡ ብርሃኑ ነጋ በራሕ ምኳኑ ኣየስተውዓለሉንዶ ደኣ ኾይኑ....

- 18 -
ዶባት ኣፍሪቃ ኽንሰግር ከለና

ብካባ ሓዘን ተጐልቢቡ - ሕልናኡ ምስ ጸልመቶ
ከምዛ ዘይጸንዐት ፈልሲ - ኣብራኹ ምስ ጠለሞ
ሓጹር መከራ ሓሊፉ - ካብ ጭንቀት ክገላገል
ግሩም ጸጋ ክረክብ - ብተስፋ ጥራይዩ ዝሳግር

(ግጥሚ - ከበደሽ ተኽለኣብ)

* * *

ኣዒንትኺ ይርእዩኒ - ውሽጥኺ ኣይርእየንን
ኣእዛንኪ ይሰምዑኒ - ውሽጥኺ ኣይሰምዓንን
ከንፈርኪ ይብህንኒ - ውሽጥኺ ኣይስዕመንን
ዑድ ነይሩ ሽታኺ - ካብ ውሽጢ ዘይተሸሽ
እብህኪ ጥራይ - እርእየኪ ቀው ኢለ
እምነ ውሽጥኺ - ጠሚተ ደገኽኺ
ሕዝን እብል - ረኺበ ክስእነኪ

(ግጥሚ - ደረጀ ደስታ)

እንሆ ሉሳካ ትብሃል ኣሰልካዪት ከተማ ሓዲገ ንምብራቕ ገጸይ ጐዕዞይ እቕጽል ኣለኹ። እዛ ኣረጊት ትመስል ኣውቶቡስ ካብቲ ዝተጸበኽዎ ንላዕሊ ቅልጥፍቲ'ያ። ጫካታት ዛምቢያ እናሰናጠቕት ናብ ዶብ ሞዛምቢክ ገጻ ትሕምበብ ኣላ። ኣብ ናይሮቢ ዝርከቡ ዲፕሎማት ወያኔ ፓስፖርተይ'ኳ እንተ'ሕደጉኒ፡ ኢትዮጵያውነተይ ግና ክትንክፍዎ ኣይክኣሉንዮም። ዝኾነ ሰብ'ውን ኽምኡ ክገብር ዓቕሚ የብሉን። ኣሸንኳይዶ ኢትዮጵያ፡ ኣፍሪቃ'ውን ባዕላ ናተይ'ያ። ጐዕዞ ናብ ባሌ ጎባን ጐዕዞ ናብ ሞዛምቢክን፡ ዝኾነ ይኹን ፍልልይ ከም ዘይብሉ ብዓይነይ እርእዮ ኣለኹ። ኣብ ዘንቢል፡ ደርሆን ቃንጫን ዝሓዙ ሓረስቶት ኣብ ጐነይ ኮፍ ኢሎም ኣለው።

እዚ ዱር ኣፍሪቃዊ'ዩ፣ እዘን ደርሁት'ውን ከምኡ ኣፍሪቃውያን'የን፣ ጸሕቲረን ዕለታዊ ድራረን ዝረኽባን፡ ጨቓዊተን መጊበን ዘዕብያን ኣፍሪቃውያን ደርሁት።

ኣብ ናይሮቢ ዝነበረ ዲፕሎማት ወያኔ፣

"ኣይትሓዘለይ ፓስፖርትኻ ከሐድሰልካ ኣይክእልን'የ። ዜግነትካ ተኣጊዱ'ዩ!" ኢሉ ጥራይ ኢደይ ከሰናብተኒ ኽሎ፡ እቲ ተግባር ካብ ሕጊ ወጻኢ ምኻኑ'ኳ ዝፈልጥ እንተ ኾንኩ ደፊረ ክምልሰሉ ግና ኣይክኣልኩን።

ካብቲ ኣብ ናይሮቢ ዝርከብ ቐጽሪ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ክወጽእ ከለኹ፡ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ሃገር ኣልቦን ብሕትውናን ተሰሚዐኒ ነበረ፣ ሕጂ ግና ንኹሉ ለሚደዮ'የ። ትምዩን ሰነዳት ገዚእካ፡ ንዱር ኣፍሪቃ ብዘይ ሕጋዊ መገዲ ክትስንጥቕ ከም ትኽእል ተማሂረዮ ኣለኹ።

ጸለምቲ ዜጋታት ደቂ'ዛ ኣህጉር፡ ሳንቲም ከይሓዙ፡ ካብ ኵናት፡ ድኾነትን መዳጐኒ ውልቀ-መለኽትን ኣምሊጦም ናብታ ከም መሰጋገሪ እትሕሰብ ምድረ-ተስፋ ኽኣትው ንዱር ኣፍሪቃ ብእግርን ኣረግቶት ኣውቶቡሳትን ይሰናጥቕዎ'ለው። እዛ ኣደ ምድረ-ተስፋ ትብሃል ሃገር ደቡብ ኣፍሪቃ'ያ። እዛ ዓዲ ምድረ ጸለምትን ጸዓዱን፡ ዓዲ ኔልሰን ማንዴላ ዝኾነት ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ንደቂ ድኻታትን ሓጋዚ ዘይብሎም ስደተኛታትን ክልተ ኣእዳዋ ዘርጊሓ ኽም ትቕበል ስለ ዝሰማዕኩ፡ ናብኣ እንዓዝ ኣለኹ።

ብዘይተጸበኽዎ ምኽንያት ካብ ሃገረይ ምስ ተባረርኩ፡ ናይ ድርሰት መንፈሰይ በኒኑ ጠፍኣ። ብርዕን ወረቐትን'ኳ እንተ ዘይተፈለየኒ፡ ኣብ ሒደት ኣዋርሕ ሓደ መጽሓፍ ምሉእ ክጽሕፍ ዝኽእል ዝነበረ ዓቕመይ ግና ተዳኺሙ'ሎ። እታ ብመደብ ተመራሓ ዘይትፈልጥ ህይወተይ፡ መዓልቦኣ ኣበይ ከም ዝኾነ ኽፈልጥ ኣይክእልን'የ።

'በባእድ ሃገር' (ኣብ ዓዲ ንና) ዘርእስታ ናይ ገብረክርስቶስ ደስታ ግጥሚ መዓልታዊት መዝሙረይ ኮነት።

ኣበይ ከም ትበጽሒ ...
'ታይ ከም ትሰርሒ ...
መከረኛ ነፍሰይ - ንገርኒ ብሕሹኽታ
ጨኒቐኒ'ዩ ዘሎ - ዘለኽዮ ቦታ

"ንምኻኑ ስለምንታይ ኣብ ቢሾፍቱ ተወሊደ? ዕድል ንእስነተይ፡ ግዳይ ኵናት ክኸውን ዝተቐሰበ ብናይ መን ጌጋ'ዩ? ስለምንታይ ንቢሾፍቱ ረሲዐ ናይ ካልእ ሃገር ልምድን ባህልን ክወርስ ዘይክኣልኩ? ሕጂኸ ኣብዚ ዱር ኣፍሪቃ እንታይ'የ ክሰርሕ? ናበይ'ዩ ኣንፈተይ?

መጻኢ ህይወተይ እንታይ'ዩ ክኸውን? ድሕሪ ሕጂ ምጽሓፍ ዝብልዎ ነገር ኣብቂው ማለት ድዩ?" መልሲ ዘይብሎም ሕቶታት፡ ንኣእምሮይ ክኸሕኩሕዎ ይውዕሉን ይሓድሩን ኣለው።

* * *

ኣብ ሉሳካ ዝሓደክዎ ነገር ዘሎ ኣይመሰለንን። ነታ ኣብ ምሉእ ህይወተይ ክረግጻ ኢለ ሓሲበያ ዘይፈልጥ ድቅስቲ ኣፍሪቃዊት ኽተማ፡ ቀልጢፈ ክርስዓ ተሃዊኸ ኣለኹ። እተን ኣብ ሉሳካ ዝጸናሕኩለን ክልተ ኣዋርሕ ኣድከምትን ኣሰልከይትንየን ዝነበራ። ዓራትን መናብርን ዘለዋ ክፍሊ ተኻርየ እነብር'ኳ እንተ ነበርኩ፡ ነቶም ምሸት-ምሸት ኣብቲ መናድቐ ለመም ዝብሉ ጠባብቐ ክርኢ ሰለም ከየበልኩ እሓድር ነበርኩ። ቐትሪ ድማ Manda hill ተባሂሉ ኣብ ዝፍለጥ ኣደራሽ ዕዳጋ እኸይድ። ኣብቲ ከባቢ ዘወን ክብል ድሕሪ ምውዓል፡ ፍርቅ-መዓልቲ ዝረኸብክም በሊዐ O'Hagan's ኣብ ዝብሃል ናይ ኣይሪሽ Pub ኣትየ ኣብኡ እዕዘም። ናይ ዝጠፈሸ ሰብ ስምዒት ይስምዓኒ ነበረ።

O'Hagan's ድሕር-ቐትሪ ጽምጽም'ዩ ዝብል። ዝበዝሕ ግዜ ሙሲ ዝብሃል ሕሱር ድራፍት እናገልበጥኩ በይነይ ክቐኑዝም እውዕል ነበርኩ። ኣብ ሉሳካ ዝኾነ ተዘክሮታት ኣይገደፍኩን ኢለ ከይምሕል ግና፡ ካሮል ጆሴፍ ትብሃል ጐርዞ ኣብ ልበይ ኣትያ ነበረት። ዛንብያዊት ሓንፈጽ'ያ። ከምዚ ኾማይ ናብ ትኸዶ ቦታ ስለ ዘይነበራ፡ ድሕር-ቐትሪ ናብ ኦሃጋንስ ትመጽእ ነበረት። ቀስ ብቐስ ከኣ ተላሊና ከነዕልል ጀመርና። ኣመና ምልክዕቲ፡ ብዘይምቀራጽ ሽጋራ እተትክኽ ዝነደደት ናይ ሉሳካ ባርዕ ሓዊ'ያ - ካሮል።

"ስራሕ የብልካን ድዩ? ኢላ ሓተተትኒ።

"ስደተኛ'የ" ንስኺ ኾ?"

"ኣነ ስራሕ የብለይን፣ ኣበይ'ዩ ዓድኻ?"

"ኢትዮጵያ! ንስኺ ኾ?"

"ዛምብያ፣ ኣቦይ ግና ጸዕዳዩ፣ ኣይፈልጠንየ፡" ቀጺላ፣ "ኢትዮጵያ ኣበይ ትርከብ?" ኢላ ሓተተትኒ።

"ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ።"

ቀሩብ ሕስብ ኣቢላ፣

"ኣብ ሞዛምቢክ ድዩ ደርባን?"

ስሒቐ ትም በልኩ። ነዚ ዘይምፍላጣ ኣይገረመንን። ንሕና ሓበሻ ውልድ ከይበልና ካርታ ዓለም እንሽምድደሉ ምኽንያት፡ ካብ ሃገርና

ተስፋ ስለ ዘይንረክብ'ዩ። ከም ውጽኢቱ፡ ሃምናን ቀልብናን ብምዕባለን ሃብትን ስግር ባሕሪ ተማሪኹ መንፈስና ኣቐዲሙ ይኹብልል። እዛ ጽብቕቲ ጓል ደቡብ ግና፡ ካብ ዓዲ ርሒቓ ክትስደድ ድልየት የብላን። ስለዚ ኣፍሪቃ ክብሃል ከሎ "ደቡባዊ ኣፍሪቃ" እንተ መሰላ ዘገርም ኣይኮነን።

ምስ ካሮል እናተቐራረብና ምስ ከድና፡ ኣብ ሳልስቱ ናብ ገዛኣ ሒዛትኒ ኸደት። ምስ ንእሽቶ ሓዋን ኣደኣን፡ ኣብ ሓንቲ ብዚንጎ እተሰርሐት ነቀይ-ነቀይ ትብል ገዛ'ያ ትነብር። እቲ ከደራይ፡ ድልዱል ኣፍሪቃዊ ሰብነት ዘለዎ ሓዋ፡ ንዓባይ ሓብቱ ምሒር ከኽብራን ክከናኸናን ተዓዘብክዎ። ወንበር ኣውጺኡ ኣብ ትሕቲ ገረብ ጀካራንዳ ገበረልና። ኑቲ ዝተማላእናዮ ክልተ ደርዘን ቢራ ተቐቢሉ ሸቐጥቀጥ እናበለ ኣሳሰየና። ሓዋ፡ ከም ጸባ ዝምጽዕዳዎም ኣስናንን ሰሓቕቲ ዓይነት ጸለምቲ ኣዒንትን ዝተዓደለ መንእሰይ'ዩ። ካሮል፡ በዲኦም ኣሕዋት ከም ዝኾኑ ኣዕለለትኒ። ኣደኣ ዓባይ ምኳነን በቲ ዝዓጠረ ቄርበተን ይፍለጣ። ምዕብልቲ ከም ዝነበራ ግና ካብ ገጸን ከተንብቦ ትኽእል ኢኻ። ንለን'ውን ከም ጓለን ሰታይን ኣትካኺትን'የን። ሕውስትን ጥዕምትን ኣደ ኮይነን ግና ረኽብክወን። ካብቲ ሒዝናዮ ዝመጻእና ቢራ ንሰለስተና ምስ ከፈታልና፡ ሽጋራኣን ወሲዐን ሕቶ ከጽዕቕለይ ጀመራ።

"ካበይ ኢኻ መጺኻ.... ኢትዮጵያ? .....ኣብ ህንዲ ድያ ትርከብ? ጸጉሮኻ ናይ ህንዳውያን ይመስል ኢለ'የ። እንታይ ኪንካ ደኣ ተሰዲድካ ወደይ!? ...ሰበ-ስልጣን ድዮም? .....ዘይትኽሶም? መኣስ ኢኻ ናብ ዓድኻ ትምለስ? ...ኣይትፈልጠን? ....ካብ ስድራኻ ተፈሊኻ ደኣ ከመይ'ልካ ክትነብር ኢኻ? ...ጸገም'ዩ። ...ኣነ ካብ ደቀይ ሓንቲ መዓልቲ ተፈልየ ክነብር ኣይክእልን'የ። ብትምህርቲ ናብ ኣመሪካ ዝኸዱ ደቂ ዛምቢያ፡ ናይ ጉልበት ስራሕ ስለ ዝኸበዶም ብጥሜት ክሞቱ ከም ዝቐረቡ ሰሚዕና፡ ሰብ ካብ ዓዱ ክወጽእ የብሉን፡" በላኒ።

ካሮል ጆሴፍ ስመይ ብልክዕ ኣይሓዘቶን። "ደስፋሂ" እናበለት'ያ ትጽውዓኒ። ኣገዳስነቱ ስለ ዘይተራእየኒ ኣይኣረምክዋን። መሕልፎ ደስፋሂ'ኳ ደኣ ተዋሃህደትኒ። ፈለማ፡ "ካሮል ዕዋላ'ያ" ዝብል ግምት ነይሩኒ። እናተቐራረብና ምስ ከድና ግና ብዘይምቀራጽ ከተትክኽን ክትሰትን ስለ ዝረኣኽዋ እንተ ዘይኮይኑ ኣዝያ ጥዕምቲ ሰብ'ያ። ኣብ ካፌ፡ ኣሳሳዪት ኮይና እናሰርሐት ቤተ-ሰባ ትሕግዝ ከም ዝነበረት ኣዕሊላትኒ። ሕጂ ካልእ ስራሕ ተናዲ'ላ። ከምኣ ሓንፈጽ ዛምቢያዊ ዓርኪ ኣሎዋ። ድሕሪ ሽድሽተ ወርሒ ናይ ኮለጅ ትምህርቱ ምስ ዛዘመ፡ ክምርዓው ምኳኖም ከይተረፈ ኣዕሊላትኒ።

ካሮል፡ ኩነታተይ ኣመና የተሓሳስባ ነበረ። ስደተኛ፡ ኣፍሪቃውን ናብ ዝኸዶ ዘይፈልጥ ምኽነይን እምብዛ ስለ ዘጨነቕ፡ "እንታይ'ሞ ክንሕግዘካ!?" እናበለት ደጋጊማ ትሓተኒ ነበረት። ካብ ሃገረይ፡ ደቂ ዓደይ ከም ዘባረሩኒ ምስ ነገርክዋ ፈጺሙ ክርድኣ ኣይክኣለን። ጸዓዱ ድዮም ኣባሪሮሙኻ ኢላ ትሓተኒ። ኣነ ድማ ኣብ ሃገርና ጸዓዱ ጸላእቲ ከም ዘየለው፡ እንታይ ደኣ ከም ኣራዊት ንሓድሕድና ከም እንባላላዕ ብዝርድኣ መገዲ ኣዕለልክዋ። ብዛዕባ ኡጋንዳ፡ ኮንጎ፡ ኵናት ሓድሕድ ሶማል... ኣዕለልክዋ። ነቲ ኩነታት ብተሌቪዥን'ኳ ትከታተሎ እንተ ኾነት፡ ብዙሕ ግና ይርደኣ ኣይነበረን። ኵናት ሕድሕድ ኮንጎ፡ ብምዕራብያውያን ዓደንቲ ዝተኣልመ ቅልውላው ምኽኑ ግና እኹል ፍልጠት ኔርዋ። ብዛዕባ ኢትዮጵያ ግና ዝኾነ ኣፍልጦ የብላን። ስምና ተደጋጋሚ ብደርቅን ጥሜትን ከም ዝልዓል፡ ኢትዮጵያ፡ ካብ ሃገራት ኣፍሪቃ እታ ዝበዝሐ ማይ ዘለዋ ለምለምን ሃብታምን ሃገር ከም ዝኾነት፡ ራእይ ዘለዎ መራሒ ስለ ዘይብላ ግና ህዝባ ከርፋሕ መነባብሮ የሕልፍ ከም ዘሎ ኣስፊሐ ገለጽኩላ። ሕማቕ እናተሰመዓ ጽን ኢላ ሰምዓትኒ። ኣዒንታ ንብዓት ከዕቕራ ምስ ረኣኽ፡ ኣርእስቲ ዕላለይ ለወጥክዎ።

ንሉሳካ ዝባነይ ሂበያ ኣውቶቡስ ተሳፈረ ናብ ሞዛምቢክ ክኸይድ ከለኹ፡ ካሮል ኣብ ውሽጠይ ተሪፋ ነበረት። እተን ቦቕባቓት ቀልጢፈን ዝሓዝናን ኣዒንታ ጌና ምሳይ ኣለዋ። ሌላና ሓጺር'ኳ እንተ ኾነ፡ ምሒር ተለማሚድናን ተቐራሪብናን ስለ ዝነበርና፡ ክሰናበታ ከለኹ ገጻ ሓሞኽሸቲ መሲሉ ነበረ። ንብዓት ኣብ ዓይና ቀምበይበይ እናበለ፣

"ናበይ ኢኻ ትኸይድ ዘለኻ?" በለትኒ ኣብ ስምዒት ጥሒላ።

"ናብ ሞዛምቢክ፣ ካብኡ ዶብ ኣቋሪጸ ደቡብ ኣፍሪቃ ክኣቱ'የ።"

"ስለምንታይ ኣብዚ ኣብ ዛምብያ ዘይትቕመጥ?"

"ኣብዚ ስራሕ የለን፣ ዘለዋኒ ገንዘብ ከይተወደኦ ኽለዋ ስራሕ ክረክብ ኣለኒ።"

ሒደት ሕንቕንቕ ድሕሪ ምባል፣

"ስለምንታይ ደኣ'ሞ ብነፋሪት ዘይትኸይድ?" በለትኒ።

"ቪዛ ኣይህቡንን'ዮም።"

"ስለምንታይ?"

"ፓስፖርት የብለይን ካሮል።"

"ከመይ'ልካ ደኣ ናብዚ ኣቲኻ?"

"ትምዩን ናይ ማላዊ ፓስፖርት ኣሎኒ። ኣብ ዶብ ንፖሊስ ጉቦ እናሃብኩ'የ ዝሓልፍ። ብነፋሪት ግና ምቕጽጻር ጽኑዕ'ዩ።"

ገጻ ብምሒር ድንጋጸ ደቢኑ ነበረ። ዓቕሚ የብላን'ምበር፡ ዘለዋ

ዘበለ ክትህበኒ ድሕር ከም ዘይትብል እምሕል። ስደት እንታይ ማለት ም'ኳኑ ንመጀመርታ ግዜ ዝተረድኣ እመስለኒ። ብዙሓት ዘስሕቐ ዛንታታት ኣዕሊለያ ክሳዕ ትነብዕ ስሒቕ'ያ። ንሳ'ውን፡ ብዛዕባ ኣወዳት መሓዙታን ኣብ ዛምቢያ ዘጋጠምዋ ኣጋጣሚታትን ከተዕልለኒ ከላ ተመሲጠ እሰምዓ ነበርኩ። ኣብተን ሒደት ሳምንቲ ግሩም ግዜ ኢና ኣሕሊፍና። ካቸንባሪ ዝብሃል ብኣቦካዶ፡ ኮሚደረን ጉዕበርበረን ዝዳሎ ባህላዊ ምግቢ ኬንያውያን ኣዳልየ ምስ ቀረብኩላ፡ ጥዒማቶ ክትዓብድ'ያ ደልያ። ብፍላይ ነቲ ኣብ ፊለማ "ሽጎማኖ ይመስል!" ኢላ ምብላዕ ዝኣበየቶ እንጌራ፡ ጸኒሓ ምስ ቀመሰቶ ግና ዳርጋ ወልፊ ሒዙዋ ነበረ። ንበይና'ውን እንጌራ ክትበልዕ ናብ ኣብያተ-ምግቢ ሓበሻ ትኸይድ ነበረት።

እንሆ ሕጂ ግድን ኮይኑኒ ንካሮልን ንኸተማ ሉስካን ሕቐይ ሂበየን እኸይድ ኣለኹ። ኣማራጺ የብለይን፣ ምስ ኣፍሪቃ ጥቡቕ ርክብ ስለ ዘሎኒ፡ ካብኣ ተፈልየ ክነብር ኣይክእልን'የ። እዛ ሃብታም ኣህጉር'ዚኣ፡ ንዜጋታታ ላም ከም ዝሓየኸቶ ጨርቂ ዕጥርጥር ኣቢላ መናኒሃቶም'ያ። ብዝኸነ ኣፍሪቃዊ ስለ ዝኾንኩ፡ ኣብ ማእከል ጸዓዱ ክነብር ኣይክእልን'የ። ምስቶም ብቋንቋ ዘይረዳድኦም ኣፍሪቃውያን፡ ዝበለጸ ሰላምን ምርድዳኣ ኣለኒ። ዓሰርተ ሳዕ እስጋእ፡ ምስ ኣሕዋት ኣፍሪቃውያን ክኸውን ከለኹ ተድላ'ዩ ዝዓስለኒ። ሕጂ ኣብ ትሕቲ ጽላል ዕሙራት ኣግራብ ክጸንሕ ከም ዘለኒ እስምዓኒ ኣለ። ኣብ ሲያትል ዝወረደኒ ሃስያ ኣይርስያን'የ። ኣብታ ኹተማ፡ ከም ካሮልን ኬንያውያንን ፍሕሹው፡ ሓቀኛ ወጅህን ካብ ልቢ ዝመንጨወ ፍሸኽታን ዘለዎ ሰብ ፈጺሙ ኣየጋጠመንን። ሓደ እዋን ካብ ወላይታ ናብ ኣርባ ምንጭ እናተጉዓዝኩ ከለኹ፡ ዝተሰምዓኒ ስምዒት ፈጺመ ኣይርስያን'የ። እቲ ዝረኣኽዎ ቅርጺ መሬት፡ ኮባ፡[16] እቲ ልሙዕ ሳዕሪ፡ እንሰት[17]፡ ምልኩዓትን ፍሕሸዋትን ወጅህታት ኩሎም ናተይ'ዮም። ናተይ ናይ ብሕተይ ኮይኖም ከኣ ንዘልኣለም ክነብሩ'ዮም።

ነብሰይ ከታልል ከም ዘይክእል እፈልጥ'የ። ዓረብያ ፈረስ ኣይኮንኩን። መንፈስ ሓርነት ኣለኒ። ከም ዱር ኣፍራስ ብናጽነት ክጋልብ'የ ዝደሊ። ብናጻ ሕልና ናይ ምሕሳብ ተውህቦይ ክትንክ ኣይደልን'የ። ምስ ወያኔ ከለኹ። ብዘይምፍላጥ ይኹን ካብ ዘይምብሳል ነቲ ምሳይ እተፈጥረ ናጽነት እናሰኣንኩ ናብ ዓዘቕቲ ባርነት ይሽመም ከም ዝነበርኩ ሕጂ ተረዲኡኒ ኣለ። ስቕታ ቡርቃ ብምጽሓፈይ፡ ብናተይ ኣተሓሳስባ ክጉዓዝ ከም ዝኽእል ንነብሰይ ከእምና ፈቲነ'የ።

16 ፍረ ኣልቦ ተኽሊ ባናና

17 ካብ ሱር ገረብ ዝርከብ ባህላዊ ምግቢ ብሄረ ጉራጌ

ብሓርነት ክትሓስብ እንተ ጀሚርካ ግና፡ ንገዛኢ ደርቢ ጸላኢኡ ምኳንካ ኣይተርፍን'ዩ። ክንዲ ዝኾነ ሕጂ ክስደድ ተገዲደ ኣለኹ።

* * *

እዛ ተሳፈረያ ዘለኹ ኣውቶቡስ፡ ናብ ዶባ ሞዛምቢክ ገጻ ትሕንበብ ኣላ። እተን ምሳና ተሳፈረን ዘለዋ ደርሁት፡ ኣብ ዘንቢል ኮይነን ጸጸኒሐን ይንቅዋ ኣሎዋ። ኣተሓዛዝላ ዘይጠዓሞም ንቑሉቁሉ ገጾም ዝተሓዝሉ ኣፍሪቃውያን ህጻናት፡ ሃሩር ተወሲኽዎ ዓቕሎም ስለ ዝጸበቦም ዋጭ-ዋጭ ይብሉ'ለው። ኣዒንተይ፡ ነቲ ብጽባቐኡ ተወዳዳሪ ዘይብሉ ጫካታት ኣፍሪቃን ግሩም ፓኖሮመን የስተማቕራኦ ኣሎዋ። ነቶም ኣብ ደረት መገዲ ዝተኾየጡ ኣጓዱ፡ ኣብ ኣፍደገኡ ዝመላለሱ ኣኽላባት፡ ደርሁን ጨለበጊዕን እናረኣኹ እጉዓዝ ኣለኹ። ሓሓሊፎም ናብዝን ናብትን እናበሉ ዝጓየዩ ጸለምቲ ሓሰማታት እርኢ'ለኹ። ቅድሚ ሕጂ ጸለምቲ ሓሰማ ርእየ ኣይፈልጥንየ።

እቲ ምድሪ ካብ ጻት ንጻት ቀጠልያ እተሸፈነዩ። ኣብ ምውጋሑ፡ ነቲ ጎላጉል ሓሊፍና ኣብ ሓደ ጫካ ምስ ኣተና፡ ኣብ ማእከል'ቲ ዕሙር ጫካ ዕስለ ሓራምዝ ረኣኹ። ሓንቲ ዘራፍ ደው ኢላ ቁጽሊ ክትጠዋም ከላ ሸው ኢልና ሓለፍናያ። እታ 'ቁንዲ ኣንገቷን ኣስግጋ' (ቁንዲ ክሳዳ መዚዛ) ዘርእስታ ኣደፍርስ ዝተረኻ ናይ ዳኛቸው ወርቁ ትረኻ፡ ኣብ ኣእምሮይ መጺኣ ቅጅል በለት። ቁንዲ ግና፡ ዊጥ ኢላ ዝወጽኣት ኣብ ዓዲ ኣምሓራ ትርከብ ታባ'ምበር ዘራፍ ኣይኮነትን።

ምርኢት ዕስለ ሓራምዝ ተደጋገመ። ኣብ 'National Geography' ጥራይ ዝርእዮ ዝነበርኩ ውላድ ሓርማዝ፡ ሕጂ ብኣካል እርእዮ ኣለኹ። ዓበይቲ ሓራምዝ ኣምሳለን ተኪኣን ኣለዋ። ወዲ ሓርማዝ ሓርማዝ'ዩ። ኣፍሪቃውያን ግና ኣፍሪቃውያን ክንከውን ዝግብኣና፡ ከም ኣራዊት ንሓድሕድና ንበላላዕ ኣለና። ርሕራሐ ብዘይብሉ መገዲ ንተሓሳስድ! ንባዕዳዊ ኣኽቢርና ንናትና ንንዕቆ! ወያኔ ካብ ኢትዮጵያ ኣባሪሩኒ! ካሮል ግና ሃገር ኣልቦ ምኳነይ ርእያ፡ ብድንጋጸ ኣዒንታ ብንብዓት ተሓጽበ! መዝነት ኣይነበራን'ምበር ዛምብያዊ ዜግነት ምሃበትኒ።

መዘክር ደብተረይ ኣውጺኡ ንካሮል ሓጸር ግጥሚ ገጠምኩላ። ብመስኮት ኣውቶቡስ ኣማዕድየ ዝርእዮ ዝነበርኩ ውቁብ ፓኖሮመ፡ ንቆለ ስነ-ጽሑፈይ ኣለዓዓሎ። ሃንደበት ድማ፣

"ካሮል!" ኢለ ጨደርኩ!

ካሮል ሓንፈጽ ጸሊምን ጻዕዳን
ሕምብርቲ ሉሳካ ናይ ሕንቃቕ ዕብዳን
ሕውስዋስ ህይወት ድኽነትን ቅንዕናን
ዓርከይ ኣይትበልኒ - ስቓይ ጥራይዩ ነይሩ ርክብና
ከም ጸሓይ ሓምለ - ብልጭታ ጥራይ ብርሃንና
ምረት ጸላም ኣህጉር - ናይዛ ኣፍሪቃ ምድረ'ባሓታትና
ዛንታ ርኽበትን ስእነትን - ኣህህታ ጸሊም ህዝባ
እሞ ካልሮ - ቻው! ቻው! ይኣክል በቓ
ፍጹም ረስዕኒ - ህልም ይበል ምዕዛም
ደስፋሄ ኣይነበረን - የለን'ውን ንዘልኣለም

ነዛ ግጥሚ ክገጥማ ዘገደደኒ፡ ካብዛ ለዋህን ጽብቕትን ዛምቢያዊት ኣርሒቕ ብም'ኻደይ ኣብ ልበይን ኣእምሮይን ዝነበረ ዘጨንቕ ስምዒት ዘንቀሎ'ዩ። ድሕሪኡ'ውን ዝረኽባ ኮይኑ ኣይስመዓንን ነይሩ።

ለከስ ተጋግዮ'የ።

ንካሮል ዳግማይ ረኺበያ!

* * *

ዶብ ሞዛምቢክ በጺሕና ካብታ ኣውቶቡስ ክንወርድ ከለና ዳርጋ መስዩ ነበረ። እታ ኣብ ጥቓ ዶብ ትርከብ ናይ ዛምቢያ ከተማ፡ ህይወትን ምንቅስቓስን ዘይብላ፡ ቀጽሪ ዘይብሎም ዓፍሽ-መፍሽ እተሰከሙ፡ ድሙ'ቕ ኣጭር'ቲ ዝለበሱ ሽማግለታት ዝረኣዩላ ካብ ዘመናውነትን ምዕባለን ዝርሓቐት ሓውሲ ኸተማ'ያ።

ነቲ ዓዲ ዝፈልጡ ኣብ ሉሳካ ዝነበሩ ሓበሻ ብዘሓበሩኒ መሰረት፡ ቀልጢፈ ናብቲ ሚኒባሳት ዝርከባሉ ከባቢ ብምምራሕ፡ ናብቲ ዶብ ክኸይድ ከም ዝደለኸ ሓበርክዎም። ብዘይካይ ናብቲ ዶብ ዝኸይድ ካልእ ሰብ ስለ ዘይነበረ፡ ካብ ግቡእ ታሪፍ ሰለስተ ዕጽፊ ወሲኸ ብም'ክፋል ንበይነይ ክወስዱኒ ተሰማማዕኩ።

ድሕሪ ፍርቅ-ሰዓት ኣብቲ መፈተሺ ነቑጣ ምስ በጻሕኩ፡ ነቲ ኣብኡ ኸሎ ስእለይ ዝተለጠፎ ናይ ማላዊ ፓስፖርት ነቲ ተቐጻጻሪ ሃብክዎ። ኣብ ውሽጢ'ታ ፓስፖርት ዕስራ ዶላር ኣእትየ ስለ ዝሃብክዎ፡ እቲ ተቐጻጻሪ ነታ ዕስራ ዶላር ምስ ረኣያ ገጹ ብርህ በለ። መወጽኢ ፍቓድ ማሕተም ድማ ብዘይገለ ዘረባ ወቕዓለይ! ኣብኡ'ውን ደው ኣይበለን፣ ቤት-ጽሕፈቱ ዓጽዩ ሻንጣይ ኣብ ርእሱ ተሸኪሙ ናብ ዶብ ሞዛምቢክ ገጹ ከፋንወኒ ጀመረ። ኣብ መገዲ፣

"ኣበይ'ዩ ዓድ'ኻ?" በለኒ።

"ኢትዮጵያ።"

"ብዙሓት ኢትዮጵያውያን በዚ ይሓልፉ'ዮም፣ ንተሓባበሮም ኢና፡"

ጽንሕ ኢሉ፣ “ደሓን ኣጆኹም! ሰላም ምስ ኮነ ሓደ መዓልቲ ናብ ሃገርኩም ክትምለሱ ኢኹም። ታሪኽኩም ከነንብብ ኽለና ብኣኻትኩም ዘይቀንእ ኣይነበረን። ግዜ ኣዋሪድኩም’ምበር ንባዕልኹም ኪንኩም ንኻልኦትዶ ትሕግዙ ኣይነበርኩምን፡” በለኒ።

እዚኣን፡ ኣብ ጐዕዞይ ካብ ዝሰማዕክወን እተን ተስፋ ዘስነቓንን ዘይርስዐንን ቃላት’የን። ጸልማት ምድሪ፡ ኣብ ዶባ ሞዛምቢክን ዛምቢያን ሓደ ትምዩን ሰነድ ዝሓዘ ስደተኛ፡ ከምዚ ዓይነት ዘረባ ክሰምዕ ኽሎ እንታይ ኮን ይስምየ ይመስለኩም? ክቆጻጸሮ ዘይክእል ሕንቕንቕ ዝብል ከቢድ ስምዒት መጸኒ። እቲ ዛምቢያዊ ሰናይ ዘረባ እተዛረበኒ፡ ብዕስራ ዶላር ተደሊሉ ከም ዘይኮነ ኣፃዕዲዐ ክዛረብ እኽእል’የ። ጉቦ ክትህበኒ ሓሲብካ ኢሉ እንተ ዝኣስረኒ ዘሎኒ ኹሉ ምሃብክም። ክዘምተንን ክቕትለንን ወስኽኒ’ውን ክብለኒ ምኽኣለ። ወዲ ማላዊ ከም ዘይኮንኩ ይፈልጥ’ዩ። ናይቲ ዛምቢያዊ ተቑጻጻሪ ምድንጋጽ ዝልካፅ፡ በንጻር እቲ ዝነበረኒ ጸገም’ዩ። ምሸት’ዩ፣ ገጠር’ዩ፣ ሕጋዊ ኣይኮንኩን፣ ኣብ ርእሲኡ ነቲ ከባቢ ኣይፈልጦንየ፣ እንተኾነ ግና፡ እንሀለኩም ብዛዕባ ኢትዮጵያ ትብሃል ሃገር ጸጽቦቑ እናዕለለ ሳንጣይ ተሰኪሙ ዶብ ዛምቢያ የሳግረኒ ኣሎ። ከምዚ ብምባል እናበለ ድማ ኣፋነወኒ፣

“ደሓን ኩን! መገድኻ የቓናዓልካ! ኣብ ዶብ ሞዛምቢክ ዘሎ ተቑጻጻሪ ኣንጀሎ ይብሃል። ኣማሂድካ ንገሮ ክትሓባበረካ’ዩ።”

ኣብዛ ዓለም ዝተረፈትኒ ጭርምራም ወረቓቕቲ ዝመልኣት ሳንጣ ኣንጠልጢለ፡ በይነይ ናብቲ መፈተሺ ነቑጣ ሞዛምቢክ ጽግዕ በልኩ። ኣብ ዶብ ሞዛምቢክ ዝነበረ ተቑጻጻሪ ኢሚግረሽን፡ ኣብቱን ተር ኢለን እተሰርሓ ሰለስተ ክፍልታት ዘለዎ ቤት-ጽሕፈቱ ንበይኑ ኣብ ኣፍደገ ኮፍ ኢሉ ሻሂ ክሰቲ ጸንሓኒ። ፓስፖርተይ ተቐቢሉ መእተዊ ፍቓድ ምስ ወቕዓለይ፣

“ሕጂ መስዩ’ዩ! ስለዚ ኣብዚ ኢኻ ትሓድር፡” በለኒ።

“እሞ ሆተል እርከብዶ?”

“ሓሙሽተ ዶላር’ዮ።”

“ደሓን ጸገም የለን።”

“ሓንሳእ’ሞ ተጸበየኒ ብሓባር ክንከይድ ኢና።”

ተታሓሒዝና ምስ ከድና፡ ድሕሪ ርብዕ-ሰዓት ኣብ ሓንቲ ብጭቃ እተሰርሐት መረባዓት በጻሕና። ሆተል ክብሃል ኣይክኣልን’ዩ። እቲ ተር ኢሉ እተሰርሓ ሓምሽተ ኽፍልታት ናይቲ ሆተል፡ ማዕጾ ዝብሃል የብሉን። ኣብ ሓንቲ ክፍሊ፡ ዓራት ዝመስል ዝተጋደመ ነገር ኣብ ሓደ ጸግዒ ረሳእ ኮቦርታ ተነጺፉ ረኣኹ። ምልስ ኢለ ነቲ ወናኒ ሆተል፣

"ማዕጸ ዘለዎ ክፍሊ የብልኩምን?" ኢለ ሓተትክዎ።

"የብልናን።" በለኒ ፍሸኽ እናበለ፣ "ኣብዚ ማዕጸ ዘለዎ ኽፍሊ ኣየድልየካን'ዩ። እንተ ደሊኻ ኣብ ግዳም ክትድቅስ ትኽእል ኢኻ። ነዘን ክፍልታት፡ ነጋዶ በዚ ኽሓልፉ ኽለው ከይሸገሩ ኢልና ኢና ሰሪሕናየን። ኣጆኻ ኣይትፍራሕ! ኣሕዋትካ ኢና።"

ናይቲ ኢሚግረሽን ተቐጻጻሪ ብወገኑ ፍሸኽ እናበለ፣

"ሳንጣኻ ኣብዚ ግደፎ'ሞ፡ ገዛ ንዓናይ ምሳይ ተደረር። እንተ ደሊኻ ኽኣ ክፉት ባራት ስለ ዘሎ ኣብኡ ኬድና ነምሲ።" በለኒ።

ክኣምኖ ኣይክኣልኩን፣ ኣማራጺ ግና ኣይነበረንን። ሳንጣይ ኣብቲ ማዕጸ ዘይብሉ ሆተል ሓዲገ ምስኡ ኸድኩ። ሳንጣይ ዋላ ትጥፋእ፡ ህይወተይ ከይስእና ግና ክጥንቀቕ ከም ዘለኒ እሓስብ ነበርኩ።

እታ ቕሽት ኤለክትሪክ ስለ ዘይነበራ፡ እቲ ዋና ሆተል ላንባዲና ሃበኒ። ተታሓሒዝና ድማ ምስቲ ተቐጻጻሪ ናይቲ መፈተሺ ነቕጣ ገዛኡ ብምኻድ ብሓባር ተደረርና። ሸኾና ሓሰማ ብገዓት'ዩ ተቐሪቡልና። ሕፍረት ሒዙኒ እናተጸየንኩ በላዕኩ። ከምልሰኒ እናደለየ ነቲ ገዓት ኣብቲ መረቕ ሸኾና ሓሰማ እናጥለቕኩ ምስ በላዕኩ፡ ምስቲ ተቐጻጻሪ ቢራ ክንሰቲ ተተሓሒዝና ወጻእና።

(ድሓር ግና፡ ሸኾና ሓሰማ ምስ መረቕ ኣብ መላእ ኽተማታት ደቡብ ኣፍሪቃ እቲ ዝበለጸ ምግቢ ምኻኑ ፈለጥኩ። ድሕሪኡ ሰለ ዝለመድክምን ዝፈተሽምን፡ ኣብ ፕሪቶሪያ ሸኾና ሓሰማ ምስ መረቕ ዝሸየጠሉ ኣብያተ-ምግቢ ንምርካብ ኮለል እብል ነበርኩ።)

ደገ ጸልሚቱ ኣሎ።

ላምባዲና ሒዝና እናኸድና ኽለና፡ ሃገረሰላም - ትግራይ ትዝ በለኒ። ምስ ወያኔ ኣብ ቃልሲ ከለኹ፡ ላምባዲና ሒዝካ ብጸበብቲ መገዲ ኣጋር ጥውይውይ እናበልካ ምኻድ ለሚደዮ ነበርኩ።

ምስቲ ተቐጻጻሪ፡ ዶዝም ዝብሃል ናይ ሞዛምቢክ ቢራ እናሰተና ብዙሕ ኣዕለልና። ሓላፊ'ቲ መፈተሺ ነቕጣ፡ ፖለቲካ ዝብልዎ ነገር ኣየዕልልን'ዩ። ኩሉ ዕላሉ ብዛዕባ ቢዝነስ'ዩ። ካብቶም በቲ መፈተሺ ነቕጣ ዝሓልፉ ስደተኛታት ዝረኽበን ሒደት መቀናሽሽ ኣናዋህለለ፡ ሚኒባስ ክገዝእ ከም ዝኽኣለ ተሓቢኑ ኣዕለለኒ። ቀጺሉ፡ ክልተ ቄልዑ ከም ዘለውዎ፡ ናብ ማፑቶ እንተ ቐዪሮሞ ግና ከም ናይ ሞት ፍርዲ ገይሩ ከም ዝሓስቦ ኣዕለለኒ። ርእሰይ እናነቕነቕኩ ምስ ሰማዕኽዎ፣

"ብዙሕ ተሓባቢርካኒ ኢኻ። እዚኣ ኽኣ ንቢራ ትኾነካ'ያ፡" ኢለ ነታ ኣቐዲመ ኣዳልየያ ዝነበርኩ ዕስራ ዶላር ኣዕመኹክዎ። ሕጉስ

ኢሉ ክሳብ'ቲ ሆተል ኣፋነወኒ።

ሳንጣይ ከይተተንከፈት ጸንሓትኒ።

ኮይኑ ግና ኣይቀሰንኩን።

ሰረቅቲ፡ ለይቲ መጺኦም ከይሰርቑኒ ስለ ዝሰጋእኩ፡ ነታ ክፍሊ ገዲፈ ኣብ ደገ ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ገረብ ኮቦርታ ኣንጺፈ ሳንጣይ ተተርኢሰ ደቀስኩ። ሰረቕትን ከተርትን ክመጽኡ'ዮም እናበልኩ ከይደቀስኩ ቀባሕባሕ ክብል'ኳ እንተ ሓደርኩ፡ ዋላ ሓደ ኽይመጽኣ ግና መሬት በርሃው በለ። እቲ ብዓል ሆተልን ስድራኡን ኣርፈዶም ብምትንሳእ እንቋቑሑ ፍሪታታ ጋቢዞም ኣፋነውኒ።

ከባቢ ፍርቅ-መዓልቲ፡ ናብ ማፑቶ ትኸይድ ኣውቶቡስ ተሳፈረ ጉዕዞ ጀመርኩ። ድሕሪ ናይ ኽልተ መዓልቲ ኣድካሚ ጉዕዞ ድማ ኣብታ ኽተማ ኣተና።

ሳሞራ ማሸል ዝተዋግኣሉ ጫካን በረኻን ሓሊፍና ጉዕዞና ቀጸልና። ነቲ ፍሉጥ ሩባ ዛምቤዚ ክንሰግሮ ኽለና፡ ካብ ክቱር ታሕጓስ ዝኣክል ብዓውታ ጨደርኩ። በቲ ሩባ ዕስለ ሓራምዝ እናሓንበሱ ክሰግሩ ኽለው፡ ክሳደይ ብመስኮት ኣቀልቂለ ረኣኽዎም። ነቲ ርኢኻዮ ዘይውዳእ ኣብ ሞዛምቢክ ዝርከብ ዱር እናሰንጠቕና ኽንጉዓዝ ከለና፡ መልክዐን ዘፍዝዘካ ጎራዙ ኣብ ውኽጢ'ቲ ጫካ ማንጉስ ክቕንጥባ ኽለዋ ረኣኽወን። እዚ ጉዕዞ፡ ልክዕ ነቲ ካብ ኣርባ ምንጭ ናብ ዶርዜ ዝገበርክዎ ጉዕዞ ኣዘኻኽረኒ። መልክዕ መሬቱ፡ ኣግራቡ፡ ወሓይዙ፡ መልክዕን ቁመንና ናይቶም ህዝቢ ... ፍጹም ተመሳሳሊ ነበረ።

ኣብ ማፑቶ ክልተ ወርሒ ምስ ገበርኩ፡ ናብታ ምድራ-ተስፋ ትብሃል ደቡብ ኣፍሪቃ ክሰግር ወሰንኩ።

ኣብ ማፑቶ ኽልተ ወርሒ ክገብር ዝኽኣልኩ፡ ኣብታ ከተማ ኣዝዮም ዘገርሙ ሒደት ሓበሻ ስለ ዝረኸብኩን ንእሽቶ ትካል ከፊተ ህይወተይ ክመርሕ እኽእል'የ ዝብል ግምት ስለ ዝነበረንን'ዩ። ይኹን'ምበር ከምቲ ዝሓሰብክዎ ግና ኣይኮነን። ፖርቺጊዝ ዝብሃል ቋንቋ ክለምዶ ኣይክኣልኩን። ነቲ ህዝቢ ፈትየዮ'የ። ኣብታ ሃገር ሰራቒ ዝብልዎ ዳርጋ የለን። ማኪና'ኻ ዋላ ኣብ ደገ ኣሕድራ ዝትንክፈልካ ሰብ የለን። ኣብ ማእከል ጥዑም፡ ምዝንጋዕን ሙዚቃ ዝፈቱ ህዝብን ምቕናይ ንመንፈስካ የሐድሰ'ዩ። ሞዛምቢካውያን፡ ምሽት-ምሽት ኣብ ገማግም ህንዳዊ ውቅያኖስ ኮይኖም ዓለሞም የስተማቕሩ። ኣብ ገማግም'ቲ ውቅያኖስ፡ ጥብሲ ዓሳን ደርሆን ብሕሱር'ዮም ዝሽየጡ። ሞዛምቢካውያን ፍቕሪ ይፈልጡ'ዮም ካብ ምባል፡ ብድፍኑ ንባዕሎም'ውን ፍቕሪ'ዮም ክትብሎም ይቐልል። ጥራሕ ጆባ'ኻ ኣብቲ ገማግም ውቅያኖስ ደቂስካ፡ ሓጐስ ብኽኻ ሓፊስካ ናብ ገዛ'ኻ ትምለስ። "ኣብሪጋዶ" (የቕንየለይ)

እትብል ቃል፡ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ካልኢት ትሰምዓ። ዝበዝሑ ዋላ ኣብ ኣእዛኖም ቀሪብካ ዓው ኢልካ ጨድር፡ እንግሊዝኛ ኣይሰምዑን'ዮም። ብዙሕ ግዜ ግና ንምርድዳእ ቋንቋ ኣየድልየካን'ዩ። እቲ ውቅያኖስ እንተ ገይሹ፡ ናብ ውሽጢ ባሕሪ ንኣቱ። ድሕር-ቐትሪ ድማ ፉፍ እናበለ ኽምለስ ከሎ ጮርባሕባሕ እናበልና ናብቲ ገምገም ንወጽእ። ዓይኒ ሕዝ እንተ'ቢሉ፡ ህንዳዊ ውቅያኖስ ከም እተቐጥዐ ኣንበሳ ነቲ ገማግም ቀውጢ ይገብሮ። መንእሰያት ማጉቶን ኣንስቲ ምስ ሰብኡተንን፡ ሓጺር ስረ ወድዮም ነቲ ገማገም ባሕሪ ፍስስ ይብልዎ። ኣብቲ ገምገም ውቅያኖስ ተላልዮም፡ ኣብኡ ብፍቐሪ ዓቢዶም ኣብኡ ናይ ቄጸራ መርዓኦም ዝወድኡ ፍቐራት ምርኣይ ልሙድ'ዩ። እዚ ናይቲ ባሕሪ ጸጋ'ዩ። ከምቲ ኣብ ገማግም ቀላይ ቢሾፍቱ ዝርከቡ ሓረስቶት ዝገብርዎ፡ ኣብቲ ገማግም ውቅያኖስ ኮይኖም ዝጥንቀኑ፡ ርሑስ ቄጽሊ ሒዞም ነቲ ባሕሪ ዝልምኑ'ውን ይረኣይ'ዮም። እዚ መሬቱን ባሕሩን ኣፍሪቃ'ዩ። እተን ኣብ ማጉቱ ዘሕለፍክወን ክልተ ኣዋርሕ፡ ኣእምሮይ ሃዲኡን ተረጋጊኡን ነበረ።

* * *

ኣብ ሞዛምቢክ ክልተ ወርሒ ምስ ገበርኩ፡ ቀጺለ ናብ ስዋዚላንድ ኣተኹ። ኣብታ ሃገር ንሓበሻ ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዘሳግር "ሰለሞን ማጂላን" ብዝብል ስም ዝፍለጥ ሓበሻ ኣሎ። ኣብ ማጉቶ ዝተላለኽዎም ፈተውተይ፡ ንማጂላን ሓደራ ተቐበሎ ኢሎም ነጊሮሞ ስለ ዝነበሩ፡ ኣብ ርእሰ ኽተማ ምባበኔ በጺሐ ምስ ደወልክሉ ጽቡቕ ገይሩ ተቐበለኒ።

"መጻኽ! ሓሙሽተ ደቂቕ ጥራይ ተጸበየኒ፡" በለኒ።

ኮይኑ ግና ድሕሪ ዕስራ ደቂቕ መጽአ።

ንጽባሒቱ ንግሆ፡ ነቲ ትምዩን ናይ ማላዊ ፓስፖርተይ ቀዳዲደ ደርበኽዎ። ንማጂላን ኣሚነ ድማ ንጉዕዞ ድልው ኮንኩ። ቅድመይ፡ ኣሽሓት ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ቄልዓ ሰበይቲ ሒዞም ስለ ዝሰገሩ ኣይሰጋእኩን። ሕሉፍ ሓሊፈን ነፍሰ ጸራት ከይተረፋ በዚ መገዲ'ዚ ተመላሊሰን'የን። ማንዴላ ናብ ስልጣን ምስ መጽኡ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣካቢት ኩሉ'ያ ኾይና። ይኹን'ምበር፡ ብርክት ዝበሉ ገበናት የጋጥሙኻ'ዮም። ኣብ መገዲ፡ ብሸፋቱ ተኽቲሮም ዝተቐትሉ፡ ዝተዓመጻ ደቀንስትዮ፡ ኣራዊት ዝበልዕዎም ዜጋታት... ሒደት ኣይኮነን። ናብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ክኣትው ዓቕሚ ዘይብሎም፡ ዘጋጥሞም ጸገም እናተጻወሩ ናብዛ ምድረ-ተስፋ ሃገር ይጉዓዙ'ለው። እቶም ብሰላም

ክኣትው ዝኸኣሉ፡ ጽዒሮም ለፊየም ቀሩብ ገንዘብ ድሕሪ ምውህላል ናብ ኤውሮጳ ወይ ኣመሪካ ጉዕዞኦም ይቕጽሉ። እንተ ማእሚእዎም ድማ፡ ኣብኡ ተመርዕዮም፡ ወሊዶም፡ ህይወቶም ይመርሑ። ብርግጽ ኣብታ ሃገር ገበን ኣሎ። ብዙሕ ግዜ'ውን ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ብኻራ ተቕቲሎም'ዮም። ብጥይት ከተርቲ፡ ህይወቶም ዝሰኣነ'ውን ኣለው። እዚ ምስጢር ኣይኮነን፣ ነዚ ኽሉ እናፈለጡ'ዮም ናብዛ ምድረ-ተስፋ ዝግስግሱ።

ኣነ'ውን ማጂላን እናመርሓኒ፡ ንጫካታት ደቡብ ኣፍሪቃ ክሰግሮ ኸለኹ፡ ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ጽቡቕ ኣየጋጠመንን። ኣብቲ ዶብ በጺሕና ነቲ ትሪከላታ በጥ ኢሉና ብምሕላፍ ኣብቲ ቀንዲ ቅጥራን ውጽእ ምስ በልና፡ ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ፖሊስ ኣካቢዐም ሓዙና።

* * *

ሸሞንተ መዓልታት ተኣሰርና!

ኣብቲ ቤት-ማእሰርቲ ዝጸናሕናሉ ግዜ ከቢድ ኣይነበረን። ኣብያተ ማእሰርቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ሕማቕ ኣይኮነን። ኣጋጣሚ ዛሕሊ ይኹን ዋዒ ኣይነበረን። ጽሩይ ውዑይን ዝሑልን ሻወር ኣሎዎ። እታ ዓሰርተ ሓምሽተ ሰባት እተኣሰርናላ ኽፍሊ፡ ኣርባዕተ መሕጸቢ ሰብነትን ክልተ ዓይኒ ምድርን ነበራ። ምሽት ንዕጸ፣ ቕትሪ ድማ ኣብቲ ቕጽሪ ጸሓይ ክንጽሎ ንውዕል። ክዳውንትና ንሓጽብ። እቲ ምግቢ ዋላ ጽቡቕ ኣይኹን ጥሜት ግና ኣይነበረን። ፓፕ ዝብሃል ገዓትን ስጋ ዝወሓዶ መረቕን ምስ ሻሂ ይቕርቡልና ነበሩ።

ኣብቲ ቤት-ማእሰርቲ ምስ ማጂላን ከነዕልል ዕድል ስለ ዝረኸብና፡ ኤውሮጳን ላቲን ኣመሪካን ግርም ገይሩ ከም ዝፈልጠን ተረዳእኹ። ስደተኛታት ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ናይ ምስግጋር ስራሕ ካብ ዝጅምር ትሸዓተ ዓመት ኣቁጺሩ'ሎ።

ኣነ'ውን ናይ መንግስቲ ጋዜጠኛ ከም ዝነበርኩ ምስ ኣዕለልክዎ፣

"ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ትሰርሕ ኔርካ?" ኢሉ ሓተተኒ።

"እወ።"

"ኣብ ተለቪዥን ትሰርሕ ትእግስት ትብሃል ጓል ትፈልጣዶ?"

"ኣይፈልጣን'የ። ኣነ ኣብ ክፍሊ ፕረስ'የ ነይረ።"

"ኣብ ክፍሊ ፕረስ? ፍጹምክ ትፈልጣዶ!?"

"ፍጹም!" በልኩ ድምጸይ ክብ ኣቢለ፣ "...ኣጸቢቕ እፈልጣ'የ።"

"ብሓንሳብ ኢና ተማሂርና።"

"ዶ? ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳ ከም ዝተማህረት እፈልጥ'የ።"

"ፍጹም ማራ ሓሪፍ ጓል'ያ!"

"ልክዕ ኣለ'ካ፣ ሓያል ጋዜጠኛ'ያ።"

ነቲ ዕላላ ክቕጽሎ ስለ ዘይደለኸ፡ ኣርእስቲ ቀየርኩ።

"ስለምንታይ ናብ ኤውሮጳ ዘይትኸይድ?"

"እንታይ ክገብር?" በለኒ ቅልጥፍ ኢሉ፣ "....ናይ ኣውሮጳ ጓሓፍ ከጽሪ?"

"ኣብዚ ካብ ምንባር ኣብኡ ኣይሕሸካን?"

"ኣይሕሸንን! ... ሰብ ናብ ኤውሮጳ ዝፈልስ ዘሎ ብጌጋ ግምት'ዩ። ነቶም ኣብ ሃገርና ብሰላም ክንነብር ዘይንኽእል፡ ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ምንባር ይሓሸና እብል። ሓንጎልካ ብዝግባእ ከተስርሖ እንተ ኸኢልካ ብፍላይ ኣብዚ ይበልጽ። እዚ'ኮ ገኑት'ዩ ዝዓርከይ!" በለኒ።

ሓቂ ክኸውን ይኽእል'ዩ፣ ኮይኑ ግና ናይ ማጂላን ናብራ እንተ ረኣኻዮ ገኑት ክብሃል ኣይክኣልን'ዩ። ስደተኛታት ሒዝካ፡ ኣንበሳን ካልኦት ኣራዊትን ዝመላለስዎ ጫካታት ከተቋርጽ ኣስጋእን ፈታንን ኮይኑ ይስምዓኒ። ማጂላን፡ ብርክት ዝበለ ገንዘብ ከም ዝረክብ ፍሉጥ'ዩ። ንኤውሮጳ ዝፈልጥን እንተ ደልዩ ኸኣ ክኸይድ ዝኽእልን ምኽኑ ምስ ፈለጥኩ ገረመኒ። ከም ኣራዊት በረኻ፡ ኣብ ማእከል ኣጓዱ ዝበዝሑ ገጠራት ክነብር ብዘይጥርጥር ፈትዩ ዝመረጸ'ዩ። ናይቲ ከባቢ ቋንቋታት'ውን ከም ኣምሓርኛ ኣጽርዩ'ዩ ዝመልኮ። ኣብ መገዲ ሓረስቶት ስዋዚላንድ ሽሙ እናጸውዑ ሰላም ክብልዎ ኸለው ሰሚዐዮም'የ። ሓደ መዓልቲ ኣብ ሓንቲ ገዛ ማይ ክንሰቲ ምሰ'ዕረፍና፡ እቶም ሰብ ገዛ ከም ሰብ-ቤት ኣእንጊዶሙና'ዮም። "እንጌራ ብልዑ፡" እናበሉ ወጠጥ ኢሎምና። ቀዳድ ሓጺር ስረ ዝወደዩ ቄልዑ፡ ንማጂላን ከመ'ባሓጎኦም እናዘለሉ'ዮም ዝቕበልዎ።

ኣብ ሳልሳይ መዓልትና፡ ምስቶም እሱራት ክንቀራረብ ጀመርና። ካብ ኮንጎ፡ ታንዛንያ፡ ሶማል፡ ኢትዮጵያ፡ ኣልጀርያ፡ ናይጀርያ፡ ዚምባብወ እተኣኻኽብና ኢና። እቲ ኢትዮጵያዊ እሱር፡ ሓድሓደ ዘስሕቕ ፍጻመታት የዕልለና ስለ ዝነበረ ጽቡቕ ግዜ ነሕልፍ ነበርና። ከበደ ይብሃል።

"ናይ ደርግ ኣስር ኣለቃ'የ ነይረ፡" ኢሉ ዕላል ጀመረ። ".... ኣብ ሞያለ ተመዲበ እናሰራሕኩ፡ ሓያል ቢዝነስ የካይድ ነይረ እብለኩም። ደረጅኡ ዘይሓለወ ዚንጎታት፡ ጉቦ እናሃብኩ ናብ ኢትዮጵያ ብምእታው ኣሽሓት ገንዘብ ኣኪበ። ድሕሪኡ ... ኣብኡ ኣብ ሞያለ መጸለል ዝኾነ ሺላ ሰሪሐ፣ ጸኒሐ ሓንቲ ጽብቕቲ ጓል ኣናድየ ተመርዕየ፣ ወሊደ፣ እንታይ ተረፋኒ? በቃ! ዝተረፈትኒ ቦርድ ተራኢኻ ካብ ሰራዊት

ምስንባት ጥራይ'ያ ነይራ። ደሓር.... ብሰበሰብ ጉቦ እናሃብኩ ላዕሊ በጺሐ ጭንቀት ኣእምሮ ኣለኒ ኢለ ኣብ ሆስፒታል ሓይሊ ምድሪ ኣትየ። 'ቦርድ ክትብሃል እንተ ኾንካ፡ ሓመ'ሽተ ዶክተራት'ዮም ዝምርምሩኻ' ምስ በሉኒ ግና ብፍርሒ ዝኣክል ምኽኽ ኢለ። ሕሰብዎ'ሞ! ጥውይ'የ! ጽሉል ከመይ ይገብሮ'ውን ኣይፈልጥን'የ።

ድሕሪኡ፡ ሓንቲ ደቃቕ ነርስ መሪሓ ናብቶም ዶክተራት ዝነበሩዋ ክፍሊ ምሰ'እተወትኒ፡ ጽሉል ምኳነይ ኽርኢ በዚ ክንዲ ሰተታ ዝኸውን ኢደይ ነታ ነርስ ስሕብ ኣቢለ ብጽፍዒት ጅው ኣየብላን! ጥቕልል ኢላ ኣብዛ እግረይ! ኣየርኢኹም ሸው! ብኽንደይ ቃልሲ ተሓጋዚዞም ድሕሪ ምሓዝ መርፍእ ወጊኦሙኒ።

ድሕሪ ኽንደይ መዓልቲ ምኳኑ ኣይዝክሮን፡ ካብቲ ዝደንዘዝክዎ 'ተተባራበርኩስ ኣብ ኣማኑኤል ሆስፒታል ኣብ ማእከል እቶም ጽሉላት ከም ዘለኹ ተፈሊጡኒ። ወይ ኣነ ከበደ! ከቤ! ከቢሾ! መስሓቕ ሰብ ኮይነ! ኣእምሮይ ምዝካር ኣብዩኒ። ጸኒሐ-ጸኒሐ ኣብ ሞያለ ዝሰራሕክዎ ገዛ ትዝ ኢሉኒ። ቀጺሉ መልክዕ ሰበይተይ ቀስ እናበለ መጺኡኒ። ደሓር ደቀይ ድሕሪኡ ወተሃደር ምኳነይ... ጸኒሐ ነታ ነርስ ብጽፍዒት ከም ዝጨልገምክዋ ትዝ ምስ በለኒ፡ ብድድ 'ተበልኩስ ለከስ ይተሃራረም'ዩ ስለ ዝተባህለ መሊሶም ብኽንደይ ሓይሊ ግቡጥ ኣቢሎም መርፍእ! ወይ ኣነ ከቤ! ከቤ! ከቢሾ! .....ሒሹኒ'ዩ ኽብሎም እኳ'የ ሓሲበ ነይረ.....

ድሕሪ ኽንደይ መዓልቲ ምኳኑ እንድዒ፡ መሊሰ ብር እንተ በልኩስ መሊሶም ግቡጥ ኣቢሎም መርፍእ! ኣጸቢቐ'ኩ ኣይተበራበርኩን፣ ኣንታ ንዑ'ባ ግደፉ እንተ በልካስ መን ክሰምዓካ! ዘረባ የለ ገለ የለ! መሊስካ ዕግርግር! "ሓዞ! ሓዞ!" ኢሎም እንደገና መርፍእ! ክንደይ ግዜ ከም ዝወግኡኒ ኣምላኽ ይፈልዋ ... ኣብ መወዳእታ እንተ ተበራበርኩስ፡ ሰብ የለ ኦም የለ! ውሑዳት ጽሉላት ጥራይ... ተሲአ ደገ እንተ ወጻኹ ዋርድያ'ዩ መስለኒ ተረቢሹ እትው ውጽእ ክብል ጸኒሑኒ፣

'እንታይ'ዩ እዚ ነገር?' ኢለ ሓቲተዮ።

'ደርግ ወዲቑ ወያኔ ኣዲሳባ ኣትዮም!' ኣይብለንን።

ወይ ኣነ ከበደ ቅርሱስ! ደርግ ኣብ ምውዳቑ'የ እዚ ኹሉ መርፍእ ክውጋእ ሓግየ ኢለ እብለኩም፡ ክዳነይ ተኸዲነ ናብ ሞያለይ...."

እቲ ኣልጀሪያዊ ድማ ዓብዱልመጂድ ይብሃል። ስለምንታይ ከም እተሰደ ኣዕሊሉና።

ሓደ ምሸት፡ ዓብዱልመጂድ ንሓደ ኣብ ሓንቲ ከተማ ዝነብር ዝነበረ ሙባረክ ዝብሃል ሃብታም ሰብ ክቕትል ከሎ ርእይዎ። ከይዱ ንፖሊስ ስለ ዝሓበረ ግና ተኣስረ። ኣብ ሻድሻይ ወርሑ ሓደ ኻብቶም

ፖሊስ ጸዊዑ፡ "መባረክ ሰብ ክቐትል ከሎ ኽትርእዮ ኣይነበረካን። ተጋጊኻ ኢኻ! ርኢኻ ከም ዘይረኣኻ ትም ክትብል ኔሩካ፣ ከይተትሕዞ ኢሉ ክቐትለካ ይኽእል'ዩ፣ ሕጂ'ውን ክንመኽረካ ካብዛ ሃገር ጥፋእ። ብጩቕ ከኣ ኽይትብል!" ኢሉ መኺሩ ፈትሑ።

እቲ ኣልጀሪያዊ ክስደደላ ዝኽእል ሃገር ደቡብ ኣፍሪቃ ጥራይ'ያ ነይራ። ናብኣ ኽኣ መጺኡ።

እቲ ናይጀርያዊ ጁነዲን ይብሃል። ቁኑን፡ ጉልቡት፡ ጨካን ትርኢት ዘለዎ መንእሰይ'ዩ። ነጋዳይ ዕጹ-ፋርስ ምኳኑ ኣይሓብኣልናን።

እቲ ሶማላዊ ዕላል እንተ ጀሚሩ፡ ኣርባዕተ ነጥቢ ዝብሃል ኣይፈልጥን'ዩ። ኩሉ ዕላሉ ንኣመሪካ ምዅናን'ዩ፣ ሕልሙ ድማ ናብ ኣመሪካ ምኻድ'ዩ።

"ሕጂኽ 'ታይ ትሰርሕ ኣለኻ?" ሓተትክዎ ንከበደ ወዲ ሞያለ።

"ኣብኡ ኣብ ሞያለ እነብር ኣለኹ። መናውሒ መድሃኒት ኤይድስ፡ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ ናብ ኢትዮጵያ እናወሰድኩ ኽኣ እነግድ ኣለኹ። ንደቂ ሃድያ ብሞያለ ገይረ ክሳብ ናይሮቢ ኣስግሮም... ኮታስ ዘይሰርሖ ዓይነት ስራሕ የብለይን። ቪዛ ስለ ዘይብለይ ግና፡ እንታይ ደኣ ክገብር ዶባት እናጠሓስኩ'የ ዝንቀሳቐስ።" በለኒ።

ደቂ ኮንጎ ስደተኛታት፡ ብዛዕባ'ታ ብማዕድናዊ ሃብቲ ፍልጥቲ ዝኾነት ሃገሮም ከዕልሉኒ ከለው ጸልማት መንፈስ ይወረኒ ነበረ። ምዕራባውያን ጸዓዱ፡ ጸጋታት መታን ክምዝምዙ ዝኣጎድዎ ኵናት ሓድሕድ፡ ዜጋታት'ዛ ኣህጉር ካብ መሬቶም እናተነቕሉ ይስደዱ'ለው። ኮንጎ ካብተን ምዕቡላት ሃገራት ሓንቲ ኽትከውን ዝግብኣ፡ ርኣይዎም! መንእሰያት ኮንጎ ኣብዚ ቤት-ማእሰርቲ'ዚ ተዳጉኖም ይርከቡ።

ኣብ ፌትና ትርከብ ክፍሊ፡ ሰለስተ መንእሰያት ጸዓዱ ተኣሲሮም ኣለው። እቶም ጸዓዱ ይኹኑ ጸለምቲ፡ ምሉእ መዓልቲ ክስሕቁን ክጨራረቑን'ዮም ዝውዕሉ። ጭንቀት ዝብሃል የብሎምን። ዝደለይዎ ነገር ይኣትዎም'ዩ። ማሪዋና የትክኹ። ብናይ ፖሊስ ቴሌፎን ናብ ኣዕሩኽቶምን ቤተ-ሰቦምን ይድውሉ። እቶም ፖሊስ ብሕውነታዊ መንፈስ ብኽብሪዮም ዘዛረርቡና።

ኣብ ራብዓይ መዓልትና፡ ኑቲ ኣዛዚ ከዘራርቦ ደልየ ከም ዘለኹ ንሓደ ካብቶም ዝሕልውና ዝነበሩ ፖሊስ ሓተትክዎ። ምሰ'ፍቀደለይ ድማ፡ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ቀሪበ መኣስ ውሳነ ከም ዝወሃበና ሓተትክዎ።

"ኣብ ፍርዲ ከይቀረብኩም ኣብዚ ምጽናሕኩም ናተይ ጉድለት ኣይኮነን። ንስኻትኩም ብሓደራ እትረከብኩም እሱራት ኢኹም።"

"መኣስ'ዩ እሞ ውሳነ ዝውሃበና?"

"ብዘይ'ገባብ ኢኹም ኣብዚ ተኣሲርኩም ዘለኹም። ኣብ ውሽጢ'ዘን

ሰለስተ መዓልቲ መጺኦም እንተ ዘይወሲዶምኹም ክፈትሓኩም'የ።"

ኣመስጊነዮ ሓፍ ከይበልኩ ከለኹ ግና፣

"ምናልባሽ ኽተማ ብጽሕ ኢልካ ክትምለስ እንተ ደሊኻ፡ ሓሚመ ኢልካ ምጻኒ፡" በለኒ።

ንጽባሒቱ፡ ኣነን ማጂላንን ብሓደ ፖሊስ ተሓሊና ናብ ሆስፒታልን ከተማን ከድና። ዝተፈላለየ ዓይነት ጋዜጣታት ገዚአ ተመለስኩ። ማንዴላ ናብ ስልጣን ምስ መጽኡ፡ ኣብያተ-ማእሰርቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ሓድሓደ ምምሕያሻት ከም እተገበረሉ ፈለጥኩ። ቅድመና ኣብዛ ተኣሲርናላ ዘለና ኽፍሊ ተኣሲሮም ዝነበሩ እሱራት፡ ካብቲ ብዙሕ ኣብ መናድቐ ዝጸሓፍዎ ጽሑፋት፡ ሓንቲ ኽምዚ ትብል፣

"ኣብዚ እንተ ተኣሲርካ ንማንዴላ ዘክር! እቲ ምንታይ ንሱ ኽሉ ስቓይ ቤት-ማእሰርቲ ተሳቐዩልካ'ዩ!"

ድሮ'ታ ዝተፈታሕኩላ ለይቲ ሰለም ኣየበልኩን። መተኣስርተይ ልዋም ድቃስ ደቂሶም ኣለው። ከቢድ ፈተና'ኳ እንተ ዘይኣጋጠመኒ፡ ልዕሊ ሓደ መዓልቲ ክእሰር ግና ፈለማይ ብምንባሩ፡ ተፈቲሐ ዝርእየላ መዓልቲ ምሒር ደንጉያትንን ተሃንጥየያን ነበርኩ።

ለይቲ፡ ኣኳንተይ ኣብ ናሕሲ ተኺለ ነዊሕ ሰዓታት ሓሰብኩ። እንታይ'ዩ ዘዕግበኒ? ኢለ ኣዕሚቔ መርመርኩ። እንታይ'የ ዝደሊ? ዋላ ሓንቲ ዝጭበጥ ድልየት ኣይረኸብኩን። ዕግበት ኣብ ጥቓይ ቀሪቡ ዘይፈልጥ ኮይኑ ተሰምዓኒ። ኣቐድም ኣቢሉ፡ መጻሕፍተይ ክሕተማ ኽለዋ ኣብ ዝለዓለ ጫፍ ናይ ዕግበት ዝበጻሕኩ ኮይኑ ይስምዓኒ ነበረ። ምስ ተዘርግሓ ግና ንእለቱ ባዶነት ይስምዓኒ ነበረ፣ መንፈሰይ ድማ ኣብ ጸልማት ጉድጓድ ወዲቑ እረኽቦ ነበርኩ።

ከምቲ ወትሩ ከቢድ ስምዒት ኽጽዓነኒ ኽሎ ዝገብሮ፡ ነተን ምሒር ዘፍቅረን ግጥምታት እናዘከርኩ ክዝይም ጀመርኩ። በይነይ እንተ ኾይነ ግጥምታት እዝክር'ምበር ኣይደርፍን'የ...

ሶረኔ ትብል ኣላ ዋይ
ዜጋታታ ተወዲኦም ከምዚ ኽማይ
* * *
እቲ ደርሆ ነቅዩ - ምውጋሑ ነጊሩኒ
ሎም-መዓልቲ ክሓርዶ - ቄጸራ ነይሩኒ
* * *
ኣያ ዝብኢ ምስ ነቀወ - ትማል-ምሸት
ጽብቕቲ ናተይ - ብፍርሒ ተዋሕጠት
ጥቓ ሓዊዩ ነይሩ - ኮፍ ዝበለቶ
ብስንባደ ዝኣክል - ነቲ ጓህሪ ጨበጠቶ

እዘን ክልተ ግጥምታት፡ ናይ ሻምበል ኣፈወርቂ ዮሃንስን ናይ ታገል ሰይፉን'የን። ናይ ፑሽኪን፡ ናይ ጸጋዬ፡ ናይ ኣበራ ለማ፡ ናይ መንግስቱ ለማ.... እናበልኩ ክሳዕ ዝኣኽለኒ ብዓውታ ኣዝየምኩ።

ካብ ናይ ኣረጋሽ ሰይፉ ግጥምታት ሓንቲ...

ኣዒንቱ 'ታይ ይመስሉ - ከዋኽብቲ
ኣስናኑን ከናፍሩን - የብረቕርቕ ከም ወርቂ
ኣብየት ወጅሂ - ከመይ እተዓደለ
መላእ ሰውነቱ - ጽባቐ እተቐብአ
ግናስ ....
እቲ ተኽለሰብኦት - እቲ ምልኩዕ ቁመና
ኮይኑ እንዶ'ሞ ተሪፉ...
እንዶ ኣልቦ - ናይ ምግንዛብ ዑና

'ፍርሃት' ዘርእስታ ናይ ኣበራ ግጥሚ'ውን ናብ ኣእምሮይ መጽአት። ብፖስተር ዝወቀበት ግጥሚ'ያ። ኣብታ ፖስተር፡ ሓደ ሽማግሌ፡ ከልቢ ጠበንጃን ጽላልን ሒዞም ብፍርሒ ዝኣክል ኣዒንቶም ኣብቲ ጸልማት ኣፍጢጦም ይረኣዩ። ምናልባሽ ናብቲ በረድን ማይን ዝውሓጦ ግዳም የማዕድው ይህልው። እቶም ሽማግሌ ዘለውዋ ዑናን ኣነ ዘለኽዋ ሽላን ይመሳሰላ'የን። እታ ግጥሚ ቃል ብቓል ተዘከረትኒ፣

እዚ መርበብ ልበይ - ከኒው ሓንጊዱ
ነዛ ነፍሱ ምስጋር ኣብዩ - ሰንከልከል ኢሉ
ፍርሕን ስግኣትን - ኣብ ልዕለይ ነጊሱ
ኣምዑተይ ሓስዩ - ቤተይ ቦናቑሱ
እንታይ'የ ግና ፈሪሐ - ወነይ ተሸምቂቁ
ብፍርሒ ተዋሒጠ - ነፍሰይ ተጨኒቁ
ዕድመይ ተባሕጉጉ - ሃገር እንተ'ስደሚሙ
ንስኻትኩምከ ከምዚ ኽማይ - ፍርሒ ድዩ ወሪርኩም
ጠበንጃን ከልብን ኣብ ኣኣዳውኩም ሒዝኩም?

ናይ ቀኝ ጌታ ዩፍታሄ ንጉሰ ድማ፣

ናይ ወኻርያ ጋሻ - ኣብ ገዛ ኣሕዳሪ
ካብ በጊዕን ወኻርያን - ንወኻርያ ኣኽባሪ
ወኻርያ ንገዛ - በጊዕ ገድል ኣምርሒ
ኣጎዛ ተኽዲንካ - ኣባጊዕ ኣባራሪ
ብኣዋጅ ወኻርያ - ሃገሩ ወራሪ
ዓይነይ ሰብ ደልዩ
ዓይነይ ሰብ ደልዩ
ሓቐኛ ሰብ ናፊቑ...

ንኢያልነህ ሙላቱ ከድንቐ ቃላት ይሓጽረኒ። ንግጥሚ ዝኣክል ከቢድ ነገር፡ ምስ ላዛኡ ካብ ሩስያኛ ክትርጉም ዝኽእል ሓያል ናይ ብርሂ ሰብ'ዩ። ናይ ኒክራሶቭ፡ ናይ ፑሽኪን.... ካብ ናይ ካልኦት ሃገራት ድማ፡ ናይ ኤሚ ሲዘር፡ ናይ ዴቪድ ዲኦፕን በብተራ ንኹሉ...

ብድንቁርናኦም ካብ ዝምክሑ ዓያሹ
ዘዋህለልክዎ ቅርሕንቲ ኹሉ
ምስ ዘመናት - ሓኽኽክዎ ብቑሊሉ
* * *
ሓርነት ከተምጽእ መኣስ ተጋዲልካ
ንስኻ ዝደለኻዮ ናይ ናጽነት ባና
ንበይንኻዩ ነይሩ ንውልቐ ዝናኻ

ኣሌክሳንድር ፑሽኪን፡ ነዘን ግጥምታት ንብዓል በረኸትን መለስን ዝገጠመንዶ ኣይመስለኩምን? መሊሱ ድማ ኽምዚ ይብለና፣

ናይ ቁጸራ ሰዓት ከም ዝጽበ ደው ኢሉ ክሳዕ ዝብተኽ ስሩ
መንእሰይ ዝራኸበላ ንጽህቲ ደቂቕ ምስ ፍቕሩ
ንሕና ድማ ዝማህመነት ተስፋ መሓለውታ ሒዝና
ነዛ ቅድስቲ ናጽነት ንደቂቕ ክንርእያ'ኳ ኣንተ በቓዕና

ፑሽኪንን ኣያልነህን ምስጋና ይብጻሓዮም። ከምቲ ፑሽኪን ዝበሎ፡ ግጥሚ ዘስተማቕር ሰብ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ክሳዕ ዘሎ፡ ነዘን ግጥምታት ወትሩ ከድንቐን ክነብር'ዩ.....

...ኣብ መወዳእታ ደኺመ።

ኣዒንተይ ከደንክወን። ክንደይ ሰዓት ከም ዝደቀስኩ እንድዒ። ማዕጾ ናይታ ተኣሲርናላ ዝነበርና ኽፍሊ ምስ ተራሕው፡ ካብ ድቓሰይ ነቓሕኩ። "ተስኡ!" ዝብል ድምጺ ናይ ሓደ ፖሊስ ድማ ኣቃልሐ።

ኣብ ከተማ ኔልስፕሪት፡ ምስቶም ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ሽሞንተ መዓልቲ ምስ ተኣሰርና፡ ኣብ ናይ ፖሊስ ፒክኣፕ ተሳፈርና ናብ ፕሪቶሪያ ተወሰድና።

ኣብ መገዲ ብኽቢድ ስቕታ ተዋሒጠ ነበርኩ። እታ ተሳፈርናያ ዝነበርና ፒክኣፕ ጥቓ ፕሪቶሪያ ምስ በጽሐት ማጂላን፣

"ዝተጸለኣካ ትመስል፡" ኢሉ ከበራብረኒ ፈተነ።

"ደሓን'የ።"

"ፕሪቶሪያ ምስ በጻሕና ክፈትሑና'ዮም።"

"ንሱ ኣይኮነን ዘሕስበኒ ዘሎ።"

"እንታይ ደኣ?"

"ታይ'ሞ ክብለካ'የ እንድዒ፣ ግና ምሽ ኣለካ.... ስደት ከምዚ ካብ ባሕሪ ዝወጽኣ ዓሳ ኮይንኒ'ሎ... ዝኾነኾይኑ ፈትየ ጸሊኡ ክለምዶ'የ..." በልክዎ።

* * *

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ፕራቶሪያ በጺሕና ናይ ትምህርትን ስራሕን ግዝያዊ ወረቐት ፍቓድ ምስ ሃቡና፡ ሓደ ኣባል ናይቲ ቤት-ጽሕፈት፣

"እዚ ዓዲ ኔልሰን ማንዴላ'ዩ፣ ናጻ ኢኾም!" ኢሉ ኣሰናበተና።

ማጂላን ኣብዚ መገዲ ጥራይ ክእሰርን ክፍታሕን ሓምሻይ ግዜኡ ምኽኑ እናዕለለኒ ክሳብ ነቐጣ መጉዓዝያ ባቡር ኣፋነኽዎ። ንሱ ብባቡር ናብ ስዋዚላንድ ኽምለስ ከሎ ኣነ ኣብ ፕራቶሪያ ተረፍኩ።

ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ክነብር ከም ዝኽእል ዝገልጽ ግዝያዊ ፍቓድ ወረቐት ኣብ ኢደይ ኣሎ። ሕጂ ብርግጽ ሓራ'የ። እዚ ሃገረ'ኳ እንተ ዘይኮነ ኣፍሪቃ'ዩ። ነታ በግራብ ሊላ ጃካራንዳ እትፍለጥ ፕራቶሪያ ጋሻ ኣይኮንኩን። ብዓል ስልጣን ወያኔ ከለኹ እፈልጣ ነይረ'የ። ሽዑ ግና፡ ነታ ኽተማ ብኤምባሲ ኢትዮጵያ ብኽብሪ ተዓጂቦ'የ ተዘዋዊረ'ያ። ግደ ሓቂ ኣብቲ ግዜ'ቲ ውሽጣዊ ናጽነት ኣይነበረንን። ሎሚ ጫካ ሰናጢቕ ዳግማይ ተመሊሰያ ኣለኹ። ምስቲ እዋን ከወዳድሮ ኸለኹ ግና፡ ሕጂ ኣጸቢቑ ምሉእ ናጽነት ይስምዓኒ....

ፕራቶሪያ ስለ ዝፈልጣ ኣይተጸገምኩን። ድሕር-ቐትሪ ታክሲ ተሳፈረ ናብቲ ዝፈልጦ ሆቴል ከይደ ዓራት ሓዝኩ። ቀጺለ፡ ሳንጣይ ኣቐሚጠ ናብቲ ብስም ዝፈልጦ ቤት-ምግቢ ትርሲት ሓቲተ ከድኩ። እታ ተፈጥሮ ቅኑዕ መንፈስ ብዘይስፍሪ ዝዓደላ ወናኒት'ቲ ቤት-ምግቢ፡ ብኢትዮጵያዊ ወግዕን ባህልን ተቐቢላ ኣእንገደትኒ።

* * *

ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ፡ ኣብ ፕራቶሪያ ዝርከብ ዩኒቨርስቲ UNISA ታሪኽን ፖለቲካዊ ሳይንስን ክጽንዕ ተመዝገብኩ። ኣብታ ሰሙን'ውን ኣርባዕተ ኮምፕዩተራት ዝሓዘት ንእሽቶ ኢንተርነት ካፌ ከፈትኩ። ተመሊሰ ድማ ተረጋጊኡ ክጽሕፍ ጀመርኩ። ካብ ዕለታት ሓደ ምሸት፡ ነታ ብጭርምራም ወረቓቕቲ ዝተተኽተኸት ሳንጣይ ከፊተ ኣብ ጠረጴዛ ዛሕዛሕክዋ። መዘክር'ቲ ጋዜጠኛ ትብል ኣርእስቲ ድማ ናብ ኣእምሮይ መጽኣት።

* * *

ኣብ ፕሪቶሪያ ኽልተ ዓመት ምስ ገበርኩ፡ ሓንቲ ኣባል ውሽጣዊ ጉዳያት ደቡብ ኣፍሪቃ ጸዊዓ ኣብ ሓደ ወረቐት ኣፈረመትኒ። ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ረኺበ ማለት'ዩ። ድሕሪ ሒደት ሳምንቲ መንነት ወረቐትን ፓስፖርትን ተዋህበኒ።

(ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ኣብ ጆሃንስበርግ ሓዲሽ ዓመት እናኽበርና ኽለና፡ ሳንተን ኣብ ዝብሃል ከባቢ፡ ኣብ ሓደ ለይታዊ ትልሂት ንካሮል ረኸብክዋ። ኣነ ብውሽጢ ጫካታት ስሉኽሉኽ እናበልኩ ዝበጻሕክዎ ሃገር፡ ንሳ ንሰለስተ መዓልቲ ጥራይ ንዕረፍቲ መጺኣ። "ደስፋሂ" ኢላ ብምውጫጭ ኣእዳወይ ሒዛ ከም ህጻን ክትዘልል ጀመረት። ምስቲ ዝሰተናዮ መስተ ተደሚሩ፡ ሓጐስና ሰማይ ዓረገ። ማእከላይ ዝዕድሚኡ ከምኣ ሓንፈጽ ወዲ ምስኣ ነበረ። ሰብኣያ ምኻኑ ነጊሩ ኣላለየትኒ። ሓዳስ ዓመት 2005 ፍርቅ-ለይቲ ኣብ ጆሃንስበርግ ኽትኣቱ ከላ ብሓባር ተቐቢልናያ። ንካሮል፡ ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ወረቐት መንነትን ፓስፖርትን ከም ዝረኸብኩ ምስ ነገርክዋ፡ ድርብ ሓጐስ ኮነላ። ስምዒታ ከይሓብኣት ከኣ፡ ክልተ ኣእዳዋ ዘርጊሓ ሕቑፍ ኣበለትኒ።)

ደቡብ ኣፍሪቃ እፈትዋ'የ።

ሓቂ'ዩ፣ ሽቕለተ-ኣልቦነት እናባእሰ ስለ ዝኸደ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ ንስደተኛታት ተስግእ ሃገር ኮይና ትርከብ። ከምኡ ስለ ዝኾነ፡ ኣነውን ከም ኩሉ ስደተኛ ዝተረጋግአ ህይወት ክመርሕ ኣይክእልን'የ።

ለይቲ፡ ብሕልሚ ኣብ ቢሾፍቱ'የ ዝሓድር። ሓንቲ ለይቲ'ውን ትኹን ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ እተሰርሐ ሕልሚ ሓሊመ ኣይፈልጥን'የ። ለይቲ ኣብ ቢሾፍቱ እናሓደርኩ፡ ንግሆ ንግሆ ናብ ፕሪቶርያ ምምልላስ ተታሓሒዞ ነበርኩ።

- 19 -
ጭርምራም ወረቓቕቲ

ስርዓተ ሓበሬታ - ብዙሕ'ዩ ዓይነቱ
ኣብየት ኣፈራርያኡ - መስደመም ቅልጣፈኡ
እከይን ሰናይን - የቕርቦ ሓናፊጹ
'ኢንፎቴክ - ኣይ.ሲ.ቲ - ብዝብል ተዋዕዊው
ተጸባቢቑ ይቕርብ - ረብሓኡ ጥራይ ኣዕብዩ
ፈላጥ ግና ኣይኩልስን - ዝረኸቦ ዘበለ
ፈልዩ ከይመመየ - ነቲ ጥረ ዘይበሰለ

(ግጥሚ - ኣሰፋው ዳምጤ)

ኣብዛ ምዕራፍ እዚኣ፡ ኣብ ጭርምራም ወረቓቕቲ ዘስፈርክዎም ኣጋጣሚታት ኣኻኺቦ'የ ከዋግዓኩም። ገሊኦም ስለ ዘስሕቑ "ዋዛታት ሰውራ" እንተ በልናዮም የሳልዩና'ዮም። "ዋዛታት ሰውራ" ከየስሕቑ ይኽእሉ'ዮም። ዘሕርቑን ዘንብዑን ዋዛታት ምህላዎም ግና ኣይትረስዑ። እቶም ጥቕሞም ዝተተንከፎም ኣብ መረጻ ዝተሳዕሩ፡ በዞም ንገጠራት ዘማእከሉ ዋዛታት ሰውራ እንተ ዘይስሓቑ ኣይገርመንን'ዩ። የስሕቑ'ዮም ኢለ'ውን ኣይጽበዮምን'የ። "ኣይንስሕቕን ኢና" ኢሎም ኣብ ህልኽ እንተ ኣተው ክሳብ ፍርቂ መገዲ ኣብጺሕና ከነስሕቑም ኢና። እምቢ እንተ በሉ ድማ መገዲ ሰሓቕ ይግበረሎም። እቲ መገዲ ሰሓቕ ብሰሓቕ ክኸውን'ዩ ኢሎም እንተ ዘይተጸበዩ ግና ጽቡቕ'ዩ። ኣርባዕተ ነጥቢ!

* * *

ሓደ መዓልቲ ኣብ ሓደ ኣኼባ ዶክተር ባርነባስ ገብረኣብ ኢዱ ሓፍ ኣቢሉ፣

"ክልል፡ state ንእትብል ናይ እንግሊዝኛ ቃል ኣይትገልጸን'ያ፣ ስለዚ ክትልወጥ ኣለዋ፡" በለ።

"እንታይ ደኣ ንበሎ ዶክተር ገብርኣብ?" ሓተተ መለስ ዜናዊ።

"ንግዜኡ ትትክኣ ቃል ኣየዳለኹን።"

"በል መተካእታኣ ኣምጽኣልና'ሞ ሽዑ ንመያየጠላ።"

ካልእ መዓልቲ ድማ ነጸነት ኣሰፋው ኣብ መቐለ፣

"ኣብ ክልል ደቡብ፡ ካብ ዒባ ባዮጋዝ መስሪሑም ዕዮኦም የሳልጡ ኣለው። ንደቀንስትዮ ካብ ምእራይ ዕንጨይቲ ዘገልግል ጠቕሚ ፕሮጀክት'ዩ፣ ከይደ'ውን ተዓዚበዮ'የ፣ ስለዚ ኣብ ክልል ትግራይ፡ ከምዚ ዓይነት ፕሮጀክት እንተ ዝሕንጸጽ ጽቡቕ ይመስለኒ፡" በለት።

መለስ ዜናዊ ብቕልጡፍ፣

"ሓደ ኣድግን ክልተ ኣጣልን ሒዝና ብዛዕባ ባዮጋዝ ኽንዘራረብ ኣይንኽእልን ኢና!" ኢሉ መለሰላ።

* * *

ሓደ እዋን፡ ኣብ መቐለ ኣብ ዝተገብረ 4ይ ጉባኤ ህወሓት ክሳተፍ ዕድል ረኺበ ነይረ። ኣብቲ መለስ ዝመርሖ ዝነበረ ጉባኤ፡ ንሓደ ብወዲ መምሬ ዝፍለጥ ኣብ ከባቢ ጀንሜዳ ሓላፊ ነዳዲ ሚኒስትሪ ምክል'ካል ዝነበረ ተጋዳለይ ዝፈጸሞ ብልሽውና ዝምልከት ጸብጻብ ቀሪቡ ነበረ።

ኦዲተራት ናብ ወዲ መምሬ ምስ ከዱ፡ ሾብዓት ሚልዮን ብር ከም ዝገመደለ ተፈልጠ። ኣብ ተመዛዚ ሰደቓኡ፡ ቅጥዒ ዝሰኣነ ፈርማ ዘለዎ ሒደት ቅብሊት ጥራይ ተረኽበ። ወዲ መምሬ፡ ዋጋ ክንደይ ነዳዲ ከም ዝተቐበለን ዋጋ ክንደይ ብር ነዳዲ ንመን ከም ዝሃበን ክምዝግብ ዓቕሚ ኣይነበሮን። ሾብዓት ሚልዮን ብር ኣጉዲልካ ምስ በልዎ፡ ኣብ ክንዲ ዝስንብድ ይስሕቕ ነይሩ። ዝኾነኾይኑ፡ እቲ ጉዳይ ኣብቲ ጉባኤ ምስ ተላዕለ መለስ ዜናዊ ኣቓልቦ ስለ ዘይሃቡ፡ ትም ኢሉ ተሰግረ። ዓቕሚ ከም ዘይብሉ እናተፈልጠ ግና ስለምንታይ ክንድዚ ዝኣክል ሓላፍነት ተዋሂብዎ? ብሸሙ መን? እንታይ ክንደይን መንዚዑ? ዝፍለጥ ነገር ኣይነበረን። ወዲ መምሬ ነቲ ገንዘብ ኣብ ውልቃዊ ጥቕሙ ከም ዘየውዓሎ ግና ኣነ ምስክር'የ። ካብቲ ጎዲሉ ዝተባህለ ሾብዓት ሚልዮን ብር እቲ ኽልተ ሚእቲ ኣነ ዝወሰድክዎ'ዩ።

እቲ ነገር ከምዚ'ዩ፣

ሓደ መዓልቲ ናብ ላንጋኖ ከይደ ክዘናጋዕ ምስ መደብኩ፡ ብዛዕባ ጉዳይ ነዳዲ እናዕለልና፣

"ንወዲ መምሬ ኬድካ ለምኖ ክትሓባበረካ'ዩ፡" በሉኒ።

ቀዳም ንግሆ ናብ ጀንሜዳ ከድኩ። ወዲ መምሬ፡ ሓላፊ ነዳዲ ናይቲ ነቕጣ ኽንሱ፡ "ህርኩት" ስለ ዝኾነ ባዕሉ'ዩ ነዳዲ ዝመልእ። ከእምኖን ክረዳድኦን ኢለ ቃላት እናመረጽኩ ከለኹ፣

"ካበየናይ ኣሃዱ ኢኻ?" በለኒ።

"ካብ ፕሮፓጋንዳዊ ጉዳያት።"

ነዳዲ እናመለኣለይ ዕላል ቀጸሉ፣
"ኣለምሰገድ ደሓን ድዩ?"
"ደሓን'ዩ።"
"ሃመልማልከ ምሳኹም ድያ?"
"ኣይኮነትን፣ ኣነ ኣብ ካልእ ቦታ'የ።"
"ሃመልማል ዜና ከተንብብ ከላ ደስ'ያ ትብለካ፣ ተባዕ'ያ!"
በዚኣ ተፈላለናሩ።
ቅድሚኡ ኣይንፋለጥን ኢና። ንኣለምሰገድን ሃመልማልን ስለ ዝፈልጥ ጥራይ፣ ንእኡ እኹል ቅብሊት'ዩ ነይሩ። ወዲ መምሬ፣ ነቲ ብናይ ወጻኢ ሸርፊ ዝተገዝአ ነዳዲ ከምዚ ገይሩ ክዕይም ኽንሱ፣ ሕንቲኹቲኽ ከም ዘበልካዮ ሰብ ይስሕቕ።

* * *

ኽህወደግ ንኹተማ ባህርዳር ምስ ተቐጻጸራ፣ ኣብ ሓምሻይ መዓልቱ ኣቢሉ ሰለስተ መንእሰያት'ታ ኹተማ ንሓደ ተጋዳላይ ኢህዴን ቅርብ ኢሎም ክሓትዎ ኸም ዝደለዩ ሓበርዎ። ጌጋ ይኽለኣለይ፣ እቲ ተጋዳላይ ናይ ህላዌ ዮሴፍ ጋርድ ኮይኑ፣ ነታ ናቱ ላንድክሩዘር ይሕልዋ ነበረ።
እቲ ተጋዳላይ ትርር ኢሉ፣
"እንታይ ደሊኹም?" ኢሉ ሓተቶም።
"ሕቶ ነይሩና?"
"እንታይ ሕቶኡ?"
"ጉዳይ ኤርትራ ኣይተረዳኣናን፣ ንኤርትራ ንምንጻል'ዮም ዝቃለሱ ዘለው ይብሃል፣ ሓቂ ድዩ?"
እቲ መንእሰይ ተጋዳላይ ዘይተማህረ ጓሳ'ዩ። ከም ዝፍለጥ፣ ኣብቲ እዋን'ቲ ተጋደልቲ ኣብቶም ቀንዲ ፖለቲካዊ ሕቶታት ኣብ ሽምደዳ ዘተኮረ ፍልጠት ስለ ዝነበሮም፣ ነቶም ብዕድመ መሳትኡ ዝኾነ ደቂ ኹተማ መብርሂ ክህቦም ተኾየጠ፣ ንሳቶም'ውን ከምኡ ተኾየጡ።
"……ህዝቢ ኤርትራ ዕድሉ ብገዛእ ርእሱ ክውሰን ዲሞክራስያዊ መሰሉ…" ድሕሪ ፍርቅ-ሰዓት እቶም መንእሰያት ሕቶኦም ብልክዕ ከም እተመለሰሎም ብምግላጽ ኣመሲጊኖሞ ኸዱ። ተጋዳላይ ሓለዋኡ ቀጸለ።
ህላዌ ዮሴፍ፣ ኣኼባኡ ወዲኡ ምስ ወጽኡ፣ በቲ ዝረኣዮ ክኣምን ኣይክኣለን። ብየማናይ ወገን ዝርከብ ክልቲኡ ጎማ ሞሊቹ፣ ማኪናኡ እምኒ ተደጊፉ ጸንሓቶ። እቲ ተጋዳላይ ድማ፣ በቲ ሓደ ሽነኽ ደው ኢሉ ሓለዋኡ ይቕጽል ነበረ።

* * *

ሄለን መሓመድ፡ ሪፖርተር VOA ኽይና ከይትሰርሕ ምስ ተኣገደት፡ ንኣመሪካ ከም ዝተሰደደት ሰማዕኩ። ዘሕዝን ወረ'ዩ። ንሄለን ዘባረራ፡ መጕባዕብኒ በረኸት ስምኣንዩ። በረኸት ክሹብልል ጸቕጢ ምስ ገበረለይ፡ ከም ዝሹብልል ካብ ዝነገርክዎም ውሑዳት ሓንቲ ሄለን'ያ ነይራ። ንኣኣ'ውን ኣይነሓፋን፣ ንሳ'ውን ካልኞኡ ተቀቢላ ኣብ ስደት ትርከብ። "ኡራኤል ከምታ ኢድካ ይፍደ'ኻ" ካብ ምባል ሓሊፉ ዝብሎ የብለይን። ንኡራኤል ዝፈልጦ'ኳ ኣይመስለንን። ነዚ ከንብቦ ከሎ'ውን ኣብ ክንዲ ዝፈርሕ ብሰሓቕ ይልሎ ይኸውን። ኣብ ሃገርና ከም መስራቲ ማሌሊት[18] ዝነበረ ስየ ኣብርሃ ኢ-ኣማኒ ኣይነበረን። ሕጂ ግና፡ ካብ ናይ ትማሊ ሳውል ናብ ናይ ሎሚ ሃዋርያ ጳውሎስ ተቕይሩ ይርከብ። ስየ ኣብርሃ፡ ንታምራት ላይኔ "ሓወይ" እናበለ ከም ዝጸዎየ ኣንቢብና። ንቴዲ ኣፍሮ'ውን "እንቋዕ ን2009 ሓድሽ ዓመት ኣብጻሓካ!" ክብል ኣብ ዝጸሓፈሉ ሓደ ምሉእ ገጽ ደብዳበ፡ ልዕልና እግዝኣብሄር ኣርባዕተ ግዜ ጠቒስዎ። ንስየ ብቕረባ ዝፈልጥዎ ነታ ደብዳበ እንተ ዘንብብዋ ምደንጸዎም። ስም እግዚኣብሄር ኽጽውዕ ዝጀመረ ሰብ፡ ሓጥያት ካብ ምግባር ይቕ-ጠብ'ዩ። በረኸትን መለስን፡ "ኦ ኣምላኽ! ብዝበደልናዮ ይቕረ በለልና" ኢሎም ክልምኑ መታን ንጸልየሎም። "ካብ ዕማኽ ሓመድ ኢና ተፈጠርና'ሞ ክንቀትል ስልጣን የብልናን። ...ብዝገበርናዮ ይቕረ በለልና!" ዝብልሉ ግዜ ኽመጽእ... ሲቪላዊ ጅግንነት ክፍትኑ... ዝተወልዱሉ ኣጉዶን ዝወደቑ ትዕቢተኛታት መራሕትን መታን ክዝክሩ... ፈንጂ ረጊጾም ከም ዘለው ክንነግሮም ይግባእ። እቲ ምንታይሲ፡ መዓልቱ እንተ ኣኺሉ ቕጥዓ ህዝቢ ነታጉ'ዩ!

* * *

ደርግ ዝወደቐሉ ምሸት ፍርቅ-ለይቲ፡ ኣርባዕተ ተጋደልቲ ኣባላት መደበር ሬድዮ፡ ኣብቲ ስየ ኣብርሃ ዝርከበሉ ኣንደር ግራውንድ በጻሕና። እቲ ሸጓሸጉን ጥውይዋይን ዝበዝሐ ኣንደር፡ መንበርን ቤት-ጽሕፈትን መራሕነት ህወሓት'ዩ። ነፍስ-ወከፍና ላም-ፓዲና ሒዝና ስየ ምስ ዓጀብቱን ተሓጋገዝቱን ኣብ ዝነበሩሉ ኣንደር ግራውንድ ክንኣቱ ኸለና፡ ድምጺ ሓጐስ ዝመስል ዋዕዋዕታ ሰማዕና።

እንተ ዘይተጋግየ፡ 21 ወይ 22 ግንቦት'ዩ ነይሩ። ስየን ዓጀብቱን ብኽቱር ሓጐስ ወ'ኻዕካዕ ክብሉ ጸንሑና። ካብታ ኣብ ማእከል ሰደቓ

18 ማርክሲስት ሌኒንስት ሊግ ትግራይ

ዝነበረት ኣብ ፍርቂ ዝበጽሐት ዊስኪ፡ እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ተጋደልቲ ብንኣሽቱ ኩባያታት እናቐድሑ ተሓጉሰም ይሰትዩ ነበሩ። ምኽንያት ናይቲ ግብዣ ደርግ ስለ ዝወደቐ ከም ዘይኮነ ርግጸኛ'የ። መንግስቱ ሃይለማርያም ቅድሚ ሰሙን ምስ ሃደመ፡ ደርግ ዕምሩ ከም ዝኣኽለ ምሉእ ዓለም ተገንዚብዎ ነበረ። ስለዚ ናይ ብዓል ስየ ፈንጠዝያ ካልእ ከም ዝነበረ ብሩህ'ዩ ነይሩ። ፈለማ መዝሙር ፈንቴን ሙሉጌታ ገሰሰን ምስ ስየ ሰላምታ ምስ ተለዋወጡ፡ እንታይ ሓድሽ ነገር ከም እተረኽበ ሓተትዎ።

ስየ ህድእ ዝበለን ቀሰይ ኢሉ ዝዛረብን'ኳ እንተ ኾነ፡ ኣብታ መዓልቲ ግና ካብ ባህሪኡ ወጻኢ ብኽቱር ሓጐስ እናተሰራሰረ ነዚ ዝስዕብ ብስራት ኣበሰረና።

"ደርግ ኣሲርዎ ዝነበረ ንእሽቶ ሓወይ፡ ብህይወቱ ከም ዝተረኽበ ሕጂ ሰሚዕና። እንሆለናልኩም ኣዝዩ ደስ ኢሉና!" በለና።

ብዛዕባ ሓው መብዛሕትና ንፈልዋ ስለ ዝነበርና፡ ንሕና'ውን ብሓጐስ ጨደርና። ዝኾነኾይኑ ንኣና'ውን ካብቲ ዊስኪ ምስ ተቐዳሓልና፡ ኣሰፋ ኣብርሃ ብህይወቱ ስለ እተረኽበ ነቲ ብስራት ምስ ስየ ኣብርሃ ኮይና ብሓባር ጸንበልናዮ። እቶም ብሓባር ዝኸድና ኣባላት መደበር ሬድዮ፡ ፍርቅና ንኣዲስ ኣበባ ክንከይድ ተኣዚዝና ስለ ዝነበርና፡ ብዛዕባ ኩነታት ጉዕዞና ምስ ስየ ንምዝርራብ ኢና ናብ ቦታኡ ኼድና። ጉዳይና ወዲእና ድማ ናብ ቦታና ተመለስና።

....ነዛ መዘክር ኣብ ዝጽሕፈላ ዘለኹ ግዜ፡ ብዛዕባ ኣሰፋ ኣብርሃ ንእሽቶ ሓሰብኩ። ዕድል ኣሰፋ ከኣ ዘሕዝን ኮይኑ ረኸብክዎ።

ደርግ፡ ሓው ስየ ኣብርሃ ብምኽኑ ጥራይ ልዕሊ ሸሞንተ ዓመት ኣሲርዎ። ወያኔ ድማ ሓው ስየ ስለ ዝኾነ ዓቢ ሓላፍነት ሂብዎ። መለስን ስየን ኣብ ሓደ ኣኼባ ተራር ቃላት ምስ ተላዋወጡ፡ ስየ፡ "ናብ ደደቢት'ውን እንተ ኾነ ተመሊስና ቃልሲ ክንጅምር ኢና፡" ስለ ዝበለ፡ በዛ ምኽንያት'ዚኣ ኣሰፋ ትሽዓተ ዓመት ተፈርደ። ሸብዓተ ዓመት ተኣሲሩ ድማ ተፈትሐ። ምኽንያት መእሰሪኡ ብልሽውና ኾይም ዘይኮነ እቶም ዝፈረድዎ ደያኑ ሕልናኦም ይምስክሮ'ዩ። ናይ ኣሰፋ እቲ ዘሕዝን ነገር፡ ወርቃዊ ግዜ ንእስነቱ ብዘይብቑዕ ምኽንያትን ብዘይናቱ ኣጀንዳን፡ ካብ ዓሰርተው ሓምሽተ ዓመታት ዘይውሕድ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ምብ'ኻኑ'ዩ።

* * *

ኣብ እዋን ቃልሲ ፍቕርን መርዓን ፍቑድ ኣይነበረን፣ ድሓር ግና ተፈቒዱ። ኣብቲ ዝተፈቐደሉ ሰሙን ተጋደልቲ ልምዲ ስለ

ዘይነበሮም ጋን ኮኖም። ምእንቲ'ዚ ብዛዕባ ሓዳርን ፍቕርን ተመክሮ ንምልውዋጥ ኣብ ክፍልታት ሰሚናር ክካየድ ስብሓት ነጋ ሰርኩላር ኣመሓላለፈ።

ነቲ ብኽፍሊ ባህሊ ህወሓት ዝተኻየደ ንፍቕራ፡ ልምድን ምልውዋጥ ተመክሮን ዝምልከት ሰሚናር ዝመርሑ ዝነበረ ድምጻዊ ኢያሱ በርሀ'ዩ። ኢያሱ ዕባይ ከተማ ከም ምኽኑ መጠን ብዛዕባ ፍቕሪ እኹል ኣፍልጦ'ኳ እንተ ነበሮ፡ እቲ ዕድል ግና ንኻልኦት ሃቡ። ሽዑ ገዳሙ ዝብሃል ድምጻዊ ብስምዒት ኢዱ ኣልዓለ። ገዳሙ፡ ካብቶም ኣቕዲሞም ሓዳር ዝገበሩ'ዩ። ኢያሱ በርሀ ምስ ፈቕደሉ ኽኣ ተመክሮኡ ኽካፍል ጀመረ።

"ፈለማ ንሰበይተይ ከፍቕራ ዝኽኣልኩ፡ ኣብ መትከላ ጽንዕቲ ስለ ዝኾነት'ያ። ክምርዓዋ ምስ ወዳእክዎ፡ መሰረታውያን ኣብ ዝኾኑ ፖለቲካዊ ሕቶታት..... ማለተይ ኣብ ሕቶ መሬት ዘለዋ መርገጺ ኣጽኒዐዮ። መሬት ኣይሸየጥ ኣይልወጥ! ኣብ ዝብል መርሓና ዘየወላውል መርገጺ ከም ዘለዋ ምስ ተገንዘብኩ ኣብ ልዕሊኣ ዝነበረኒ ፍቕሪ መሊሱ ዛይጹ። ካልእ፡ ኣብ ልዕሊ ተወላወልትን መድሓርሓርትን ሓይልታት ዘለዋ መርገጺ ምስ ተገንዘብክዎ..... ኣብ ኣከራኽርቲ ጉዳያት ኤርትራ ኮነ ማሌሊት...."

* * *

ኣብ መወዳእታ 1991 ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ ኮይነ ምስ ተሸምኩ፡ ኣብቲ ቤት-ጽሕፈት ካብ ዝነበራ መካይን ንኣይ ትኽውን ሓዳስ መሪጸ ወሰድኩ። እታ ማኪና፡ ሽድሽተ ሚእቲ ኪሎሜተር ጥራይ ዝኸደት ሚትሱቢሽ ፓጃሮ'ያ። ኣብ ካልኣይ ዓመተይ ነቲ ቤት-ጽሕፈት ንጸሃየ ደባልቆ ኣረኪበዮ ክሰናበት ከለኹ። እታ ፓጃሮ ምሒር ዓነውነው ኢላ ነበረት። ኣብ ምሉእ ሚኒስትሪ ዜና ኢትዮጵያ፡ ከምታ ኣነ ዝተረከብክዋ ማኪና ገልጠምጠም ዝበለትን እተሳቐየትን ካልእ ፈጺማ ኣይነበረትን። መንግስተ ሰማይ የዋርሶ! ግሩም ሃይለስላሰ ዝብሃል ዓርከይ "ንኣኻ ማኪና ዘይኮነ ዓረብያ ፈረስ'ዩ ዘድልየካ፣ ምኽንያቱ ዋላ ንስኻ ነታ ዓረብያ ኣይተጠንቐቕላ እቲ ፈረስ ግና ባዕሉ ክጥንቀቕላ'ዩ" ዝበለኒ ዘረባ ኩሉ ግዜ'የ ዝዝክራ። ብርግጽ ግሩም ንኣይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንኹልና ሰበ-ስልጣን ኢህወደግ'ዩ ከምኡ ኢሉና። መብዛሕትና ወየንቲ ኣብ ጐደናታት ኣዲስ ኣበባ ክንዛወር ኽለና፡ ኮነ ኢልና ጎዳጉዲ እናመረጽና ንኽይድ ዝነበርና ኢና ንመስል። ናተይ ሽለልትነት ምቕዳሙ ስለ ዝሓይሸ፡ ነታ ሓዳስ ፓጀሮ ከመይ ገይረ ከም ዘዕነኹዋ ከዋግዓኩም።

ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ ኮይነ ምስ ተመዘዝኩ፡ ኣብ ካልኣይ ሰሙን ሓላፊ ክፍሊ ቴለቪዥን ኮይኑ ዝተመደበ ኣማረ ኣረጋዊ ደዊሉ፡ "ካብ ስራሕ ምስ ወጻእኻ ብቤት-ጽሕፈተይ ሕለፍ'ሞ ብሓንሳብ ንገዛ ክንከይድ ኢና" በለኒ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ኣነን ኣማረን ኣብ ሓደ ቪላ ኢና ብሓንሳብ ንነብር ኔርና። ክልቴና ድማ ማኪና ዘዊርና ኣይንኽእልን ነበርና። ኣነ ግና መንእሰይ ስለ ዝነበርኩ ቀልጢፈ መሊኸየ። ኣማረ ግና ተጠንቂቑ'ዩ ዝዝውር ነይሩ። ኣብ ኣገልግሎት ዜና ተመዲቡ ዝነበረ መዝሙር ፈንቴ ዝብሃል መሳርሕትና'ውን፡ ቅድመና ማኪና ይዝወር ነይሩ። የግዳስ ቀዳማይ ማርሻ ጥራይ ይጥቀም ስለ ዝነበረ፡ ሓደ መዓልቲ ኣማረ ብዙሕ ግዜ ብቀዳማይ ማርሻ ጥራይ እናዘወረ ገዝና ከብጽሓና ምስ ተዓዘበ፣

"ስለምንታይ ኢ'ካ ካልኣይን ሳልሳይን ማርሻ ዘይተእቱ?" ኢሉ ሓተቶ። መዝሙር፣

"ደሓን ኩሉ ቀስ ኢልና ክንበጽሖ ኢና፡" ኢሉ መለሰሉ።

ብርግጽ ብኣባህላ መዝሙር ቀኒኣ'የ። ብቀዳማይ ማርሻ'ውን እንተ ኾነ፡ ማኪና ኽዝውር ልዑል ድልየት ነይሩኒ። ሙሉጌታ ገሰሰ ዝብሃል ኣባልና ግና፡ ብዛዕባ ማኪና ካብ ኩላትና ዝሓሸ ፍልጠት ነይርዎ። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ትግራዎት ከይበዝሑ ብዝብል ም'ኽንያት ግና ሓላፍነት ይኹን ማኪና ኣይተዋህቦን። ሓደ መዓልቲ ንኣይ፡ ንሙሉጌታ፡ ኣማረን መዝሙርን ሒዙና እና'ኸደ ኾሎ፡ ሳርቤት ኣብ ዝብሃል ከባቢ ምስ በጻሕና፡ እቲ ኣነን ኣማረን ንነብረሉ ኣሮጌው ኣይሮፕላን ማረፊያ ዝብሃል ከባቢ መገዱ ጠፍኣና። ብቀዳማይ ማርሻ ኢና ንኸይድ ኔርና። ሙሉጌታ ኣመና ሓሪቑ፣ "ተኣለ'ሞ ቅልጥፍ ኢለ ከብጽሓኩም'የ!" ኢሉ ኣንጸርጸረ። መዝሙር ወይከ ምንቕ! ከም ኣካይዳ ኣባኑብየ ብቀዳማይ ማርሻ ነታ ማኪና ዓገግ እናበለ ከም ዘይእቶ የለን ገዛና ኣብጻሓና። እዚ ሕሜት ኣይኮነን፣ ንመዝሙር ሕተትዎ፣ እቲ ሓቂ ክነግረኩም'ዩ። ብዘይንሱ'ውን ተዋዛያይ'ዩ።

ናብቲ ቀንዲ ዕላልና ኽምለስ፡ ኣብታ መዓልቲ'ቲኣ ብማኪናይ ገይረ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ኣማረ በጻሕኩ። ኣማረ ስራሑ ስለ ዘይወደአ ዝነበረ ድሕሪ ሓደ ሰዓት ተታሓሒዝና ወጻእና። ሕላፍ ሰዓት ልክዕ ሰዓት ሾብዓት ስለ ዝነበረ ገዛና ንምብጻሕ ሸበድበድ በልና። ግደ ሓቂ ኣይሰጋእናን። ኣዲስ ኣበባ ጸጥ ኢላ ነበረት። ኣብ መገዲ ተጋደልቲ ደው እንተ'በሉና፡ እንተገደደ ብጻይ! ብጾት! ንሕና ኢና! ብሩኽ ለይቲ! ተባሃሂልና ክንሓልፍ'ምበር ከምኡ ዓይነት ሓደጋ ኪጋጥመና'ዩ ኢልና ኣይተጸበናዮን። ስለዚ ሰዓት ሓሊፉ'ኳ እንተ ነበረ ከይተረበሸና መገድና ቀጸልና። መስቀል ኣደባባይ ምስ በጻሕና ግና ኣማረ ኣረጋዊ፣

“እስከ ኣነ ድማ ክዝውር?” በለኒ።

“ሕራይ ፈትን!” ኢለ ስቴርሶ ሓደግኩሉ።

ኣማረ ክዝውር ጀመረ።

ሓላፍነት ስለ ዝስምዖ፡ ቀጥቀጥ እናበለ ተጠንቒቑ ስለ ዝመርሕ እንተ ዘይኮይኑ ጽቡቕዩ ዝዝውር። ሳርቤት ዝብሃል ከባቢ ሕልፍ ምስ በልናዮ ግና፡ ጣያይቲ ክዘንበና ጀመረ። ኣብቲ ግዜ’ቲ፡ ኣእምሮና ስራሑ ጠጠው ከም ዘበለ ርግጸኛ’የ። ኣማረ ከይተረድኡ ነቲ ስቴርሶ ፈነዎ። ዕምብረ ዝኾነ ተኹሲ ቀጸለ። ማኪናና ንድሕሪት ገጻ ከይዳ ምስ ሓደ ዓንዲ ኤለክትሪክ ተጋጭያ ደው በለት። ሞተራኣ ጠፊኡ ተኹሲ ድማ ጠጠው በለ። ብኡንብኡ ካብ ዓሰርተ ዘይውሕዱ ተጋደልቲ ንማኪናና ከበብዋ። ተረጋጊእና ካብ ማኪናና ወረድና። ደንዚዘ ከለኹ፡ ኣማረ ነቶም ተጋደልቲ ክቑየቕም ከሎ እሰምየ ነበርኩ። በምሓርኛ ይዛረቡ ስለ ዝነበሩ ተጋደልቲ ኢህዴን ከም ዝኾኑ ገመትኩ። ከምዚ ድማ በሎም፣

“ቅድሚ ምትኳስኩም ስለምንታይ ደው በሉ! ዘይትብሉና?”

“ደው በሉ ኢልናኩም እንዲና፣ ረጊጽኩምና ምስ ሓለፍኩም ግና ተኩስናልኩም።”

“ሰብ ዝብሃል ኣይነበረን፣ ኣበይ ኔርኩም?”

“ድሕሪ’ቲ ኣእማን።”

“ድሕሪ’ቲ ኣእማን!? ኣብኡ ተቐቢርኩም ደኣ ከመይ ጌርና ክንሰምዓኩም? ቀስ ኢልናዶ ኣይኮናን ንኽይድ ኔርና። ካልእ ይትረፍ ንላዕሊ ኣይትትኩሱን! ተጋደልቲዮም ዝኾኑ ኢልኩም ከማን ኣይትጥርጥሩን! ኣይትሓስቡን ዲኹምከ?” በሎም።

ኣማረ ክሳብ ዝኣኽሎ ምስ ኣንጸርጸረ ናብ ማኪናና ተመለስና። ብወገን ኣማረ ዝነበረ ቬትሮ ሓርጭ ኮነ። ብኣይ ወገን ዝነበረ ዳሽ ቦርዶ ተሰናጠቐ። ብድሕሪት ዝኣተወት ጥይት፡ ነቲ ኮፍ ኢለሉ ዝነበርኩ ሰዲለ ከም ቋንጣ ዘልዘለቶ። እንተወሓደ ዕስራ ጠያይቲ ንማኪናና ብስዕስዕ ኣበላ። ኣነን ኣማረን ንስክላ ደሓንና። ኣብ መወዳእታ ብስቕታ ተዋሒጥና ገዛና ኣተና።

ብኽምዚ ዝኣመሰለ ሓደጋ ዝጀመረት ማኪናይ፡ ጸኒሓ ንሓደጋ ልማዳ ገበረቶ። ድሕሪ ሕደት ኣዋርኡ፡ መሓመድ ሰይድ ዝብሃል ተጋዳላይ ክምርያ ናብ መቐለ ክኽይድ ስለ ዝደለየ ማኪና ክቕይሮ ሓተተኒ፣ ተሰማማዕና። ማኪናይ ምስ መለሰለይ፡ ማዕጾኣ ሞላሊቑ ጨርቂ ሰዲለኣ ተቐዳዲዱ ጸንሓኒ።

ሓላፊ ክፍሊ ሬድዮ ስዩም መለስ፡ ኣዝማዱ ክበጽሕ ናብ ክልል ኣምሓራ ክኽይድ ማኪናኻ ሃበኒ ኢሉኒ፡ ክምለስ ከሎ ተገልቢጡ። እታ

ማኪና ከም ባኮ ስለ እተጫማደደት፡ ክትዕረ ሰለስተ ኣዋርሕ ወሰደት። ኣማስያኡ ኣነ'ውን ከይተገልበጥኩ ከይተርፍ'ዩ መስለኒ፡ ሰ'ኺረ ማኪና እናመራሕኩ፡ ኣብ መገዲ ኮተቤ ዝብሃል ከባቢ ተገምጠልኩ። ዝገበርኩ ገይረ ብምንፍሓኹ ካብታ ዝተጎንበወት ማኪና ምስ ወጻእኹ፡ ካብ ቤት-ትምህርቲ እተፈደሱ ምሽታዊ ተምሃሮ ዕጉግ በሉኒ።

"ፈኳስ'ያ፣ ተሓጋጊዝና ነተስኣያ፡" በልክዎም።

ተሓጋጊዝና ሓፍ ምሰ'በልናያ፡ ብዘይጸገም ጠጠው በለት። ኣትየ ሞተረ እንተ ፈተንኩ ራን ኢላ ተስኣት። ነቶም ተምሃሮ ኣመስጊነ ተሰናቢተዮም መገደይ ቀጸልኩ።

ኣብ ካልኣይ ዓመተይ ካብ ክፍሊ ፕረስ ናብ ካልእ ክ'ቐየር ከለኹ ትንፋሳ ዝወጽኣት ማኪና ንጸሃየ ደባልቆ ኣረከብክዎ። እዚ ናይ ብዙሓት ሰበ-ስልጣን ኢህወደግ ዛንታ'ዩ። ካባይ ዝገደዱ'ውን ኣሎው። ሞገስ ሃብቱን በረኸትን ገለ ካብኣታቶም'ዮም። ሞገስ ሃብቱ ማኪና ፍስሃ ደስታ'ዩ ተረኪቡ። ማይን ዘይትን ከይመልኣ ምስ ዘወራ፡ ሓደ መዓልቲ ልባ ተተኩሳ ጸጥ በለት።

ንበረኸት ስምኣን ዘጋጠሞ ሓደጋ ማኪና ግና እምብዛ ዘስሕቕ'ዩ። Hyundai ዝዓይነታ ብጫ ማኪና'ዩ ተረኪቡ። ሓደ መዓልቲ ብኽቢድ ስለ እተጋጨወ፡ እታ ማኪና ካብ ስራሕ ወጻኢ ኾነት። ኣምላኽ ኣውጽእዎ ድሒኑ። ኣበይ ከም እተጋጨወዶ ክነግረኩምዶ? ኣብ ውሽጢ ቐጽሪ ቤት-ጽሕፈት ኢህወደግ! እታ ኣብታ ጸባብ ቐጽሪ ምስ ካልእ ማኪና ፊትንፊት እተላግዐት ማኪናኡ፡ ዓሰርተ መዓልቲ ዝኸውን ኣብቲ ቐጽሪ ከም ሓወልቲ ደሪቕ፡ በረኸት ህውኽ ምኳኑ ክትትርኽ ምቕናያ ትዝ ይብለኒ።

* * *

እዋኑ ጥቅምቲ 1992'ዩ። ብታህዋኽ ካብ ቤት-ጽሕፈት ፕረስ'ኳ እንተ ወጻኽ፡ ከምቲ ዝተሃወኽክዎ ግና ናብቲ ዝኸዶ ዝነበርኩ ቦታ ቀልጢፈ ክበጽሕ ኣይክኣልኩን። ከባቢ ኣራት ኪሎ ምስ በጻሕኩ፡ ቀይሕ መብራህቲ ተወሲዑ ኸሎ ሕጊ ትራፊክ ጥሒሰ ክሓልፍ ፈተንኩ፣ ከምልጥ ግና ኣይክኣልኩን። ሽምግል ዝበሉ ብዓል ሞተር ብሽክለታ ትራፊክ፡ ፊስካ እናነፍሑ ደድሕረይ ሰዓቡ። የማነይ ሒዘ ደው በልኩ። እቶም ትራፊክ፣

"መምርሒ ፍቓድካ!" በሉኒ።

ቀልጢፈ ክገላገል፡ ኣብታ እዋን'ቲ ዝነበረት ሜላ ተጠቐምኩ።

"ምምርሒ ፍቓድ የብለይን።"

ዝስዕብ ሕቶ ፍሉጥ ነበረ።

“ወረቐት መንነትካ!”

ተጋዳላይ ኢህወደግ ምኽነይ ዝገልጽ ወረቐት መንነት ኣውጺኡ ኣቐበልክዎም። እንተኾነ መንነተይ ምስ ረኣዩ ከይቀጽዑ ቀልጢፎም ከሰዱኒዮም ኢለ እናተጸበኹ፡ በንጻሩ ብሕርቃን ክተኩ ጀመሩ።

“እንተ ኾንካ’ሽ’ሞ!” ኢሎም ኣንጠጡለይ። “...ተፈራርሓኒ ኣለኻ? ስራሕና ክንሰርሕ ኣይንኽእልን? ከተፈራርሓኒ ኢልካ ዲኻ ነዚ ወረቐት መንነት ኣውጺኻዮ!? ንዝኾነ ሕጊ ዝጠሓሰ ሰብ ምቕጻዕ ስራሕይዩ፣ ተረዲኡካ!? ቀይሕ መብራህቲ ጥሒስካ ጠጠው ኣቢለካ። እንታይዩ እቲ ናተይ ጌጋ?”

“ተጋጊኹምዶ ኢለኩም’የ? ወረቐ መንነት ስለ ዝሓተትክሙኒ’የ ሂበኩም።”

ዝሕል ምባለይ ርእዮም ንሶም’ውን ዝሕል በሉ።

“ስለምንታይ ቀይሕ መብራህቲ ጥሒስካ!?”

“ሓንቲ ጓል ስለ ዝቐጸርኩ፡ ደንጉየያ ገዲፋትኒ ከይትኸይድ ኢለ’የ...”

ዘረባይ ኣገረሞም፣ እንተኾነ ግና ኣይገደፉንን።

“ሓጋጊ ኣካል ባዕሉ ሕጊ እንተ ጥሒሱ፡ ፈጻሚ ሕጊ ድማ ንሓጋጊ ኣካል እንተ ፈራሕዎ ደኣ ሕጊ ብኸመይ’ዩ ክጸንዕ’ዩ?” በሉኒ።

“ልክዕ ኣለኽሙ፣ እንተኾነ ግና ሓንቲ ኸምቲ ዝበልክኽሙም ሓንቲ ጽብቕቲ ጓል ስለ ዝቄጸርኩ’የ። ቀጽሪ ቴለፎና ስለ ዘይፈልጠ እንተ ዘይረኸቢያ ክጽለል’የ፣ ዘልኣለም ድማ ክረግመኩም ክነብር’የ...”

እናሰሓቑ ወረቐት መንነተይ መለሱለይ።

“...ንስኻ ኸምዞም ካልኦት ተጋደልቲ ኣይኮንካን፣ ሰብ ተኽብር ኢኻ። እዝግሄር ይባርኽካ! ኣብ መርዓኻ ዓድመኒ። ሕጂ ቀልጢፍካ ኺድ፡” በሉኒ።

ድሕሪ ኽልተ ዓመት፡ ንሶም እዞም ትራፊክ ኣብ ሚክሲኮ ኣደባባይ ቀይሕ መብራህቲ ምስ ጠሓስኩ ካልኣይ ሳዕ ሓዙኒ። ኣይዝክሩንን ይኾኑ ኢለ ተስፋ ብምግባር ከይሓተቱኒ መምርሒ ፍቓድ ማኪና ኣቐበልክዎም።

“ኣታ ልማደኛ!” በሉኒ። “ሎሚኽ ምስ መን ኢኻ ተቋጺርካ?”

ብሰሓቕ ክርትም በልኩ። ቀጺሎም ከምዚ ኢሎም ሓተቱኒ፣

“ንምኽኑ ሽዑ መዓልቲ ነታ ጓል ረኽብካያዶ?”

“ረኽቢያ፣ ኣዝየ’የ ዘመስግነኩም።”

“እሞ ኸመይ ኮነ?” ሕቶኦም ኣናውሑ።

“ጽቡቕ! ተፋቲና እንታይ’ሞ ክብለኩም’የ፣ ጽቡቕ ነይሩ።”

“ድሕሪኡኸ?”

"ድሕሪኡ'ሞ ጽቡቕ ነይሩ። ዓለምና ርኢና... ከምኡ'ዩ በቃ።"

"ማለተይ ሕጂኸ ብሓንሳብዶ ኣለኸም?"

"ኣዪ!" ...ብዙሕ ኣይቀጸልናን... ዜርና ድሕሪኡ..."

"እንታይ ኽንኩም ተባኢስኩም?"

"ኖኖ፣ ምድውዋል ኣቋሪጽና.... በቃ! ኣብ መገዲ እንተ ተራኸብና ጥራይ ሰላም ንብሃሃል... ከም ቀደምና....."

ብቕድሚ'ታ ማኪና ኸይዶም ቀጽሪ ሰሌዳኣ ምስ መዝገቡ፡ መቕጽዒ ጥራዞም እናውጽኡ ከምዚ በሉኒ፣

"ምስቲ ናይ ዝሓለፈ ደሚረ ክቕጽዓካ'ዩ ዝግባኣኒ።" ቀጺሎም ከምዚ ብምባል ካልኣይ ሳዕ ኣስሓቑኒ፣ "...ንፍቕሪ ሓንቲ መዓልቲ ኽትብል ሴማፎሮ እናጠሓስካ ትሃድም ኣለኻ?" በሉኒ።

ኣብታ መዓልቲ ክሰዱኒ ኢለ ዝምሃዝክዋ ምኽኒት ኸኣ ስመይ ኮይና ተረፈት።

* * *

ረፈረንደም ኤርትራ ዝተኻየደሉ ምሸት፡ ሓለፍቲ ክፍልታት ሚኒስትሪ ዜና ኢትዮጵያ ተኣኪብና ነበርና። ኣማረ ኣረጋዊ ሰዓታት ኣኼባ ብምኽባር ፍሉጥ'ዩ፣ ናብቲ ኣኼባ ደንጉዩ ስለ ዝመጽኣ ግና እንታይ ከም ዘጋጠሞ ክነግረና ተሃንጢና ሓተትናዮ።

"ተኣፋፊ ዜና ዳርጋ ኣብ ምቅልሑ ዓጊተዮ!" በለና።

"እንታይ ተኣፋፊ ዜና'ታ!?" ኩላትና ኣዒንትና ኣፍጢጥና ሓተትናዮ።

"ኣደ መለስ፡ ረፈረንደም ከም ዘድመጸን 'እወ ንናጽነት' ኢለን ከም ዝመረጻን ብድምጺ ዝተሰነየ ዜና፡ ብተለቪዥንን ሬድዮን ክፍኖ ተዳልዩ ከሎ ኣርኪበ ኽልቲኡ ከይቃላሕ ጠጠው ኣቢለዮ።"

ንኻልኢታት ጸዋ በልና።

"ጸላእትና ኣብ ማእከልና ተሰግሲጎም የጥቅዑና ምህላዎም፡" ተዘራሪብና ኣኼባና ቀጸልና። ምሸት ንገዛይ እናኸደኩ፡ ሬድዮ ማኪናይ እንተ ኸፈትኩ ኣብ ናይ ሰዓት ዓሰርተ ዜና፡ ኣደ መለስ ኣብ ረፈረንደም ኤርትራ ከም እተሳተፋን "እወ ንናጽነት" ኢለን ከም ዘድመጻን ዝገልጽ ዜና ይንበብ ነበረ። ምእማን ስለ ዝሰኣንኩ፡ ማኪናይ ደው ኣቢለ ተሌፎን ናብ ዝርከቦ ድኳን ተወንጨፍኩ። ደዊለ ንሓላፊ ፕሮግራም ሬድዮ ኢትዮጵያ ሱሌማን ደደፎ ምስ ረኸብክም፡ ህውኸ ኢለ ብዛዕባ'ቲ ዜና ሓተትክዎ። ሱሌማን፣

"ይቃላሕ ስለ ዝተባህለ ፈኒናዮ፡" በለኒ።

"መን'ዩ ይቃላሕ ዝበለ?"

"ካብ ላዕሊ ዝመጸ ትእዛዝ'ዩ።"

ቴሌፎን ዓጽየ መገደይ ቀጸልኩ። ስለምንታይ ግና ክንድዚ ተፈሪሑ። ንጽባሒቱ፡ ኣማረ ስለምንታይ ንባዕሉ ፈሪሑ ንኣና ከም ዘፍረሓና ክሓቶ ሓሲበ'ኳ እንተ ነበርኩ፡ ረሲዐዮ ግና ብኡ ኣቢለ ትም በልኩ...

* * *

ካብ እዋን መረጻ ማእከላይ ሽማግለ፡ መለስ ዜናዊ ክምረጽ ንዝደለዮ ሰብ ከም ዝምረጽ ይገብሮ፣ ብተመሳሳሊ ድማ ክምረጽ ንዘይደለዮ ሰብ ብረቂቕ ሜላ ይኣልዩ። ኣብ ልዕሊ ተስፋማርያምን ጀማይካን ከምዚ ዓይነት ሜላ ክፍጸም ከሎ፡ እናሰማዕኩን እናሰሓቕኩን ነቲ ዘረባ ኣብ ጭርምራም ወረቓቕቲ እምዝግቦ ነበርኩ።

ተስፋማርያም ንማእከላይ ሽማግለ ተሓጽየ።

ዝኾነ ሰብ ምስ ተመርጸ መሸም ደገፍን ተቓውሞን ክህሉ ንኮር'ዩ። መለስ ዜናዊ ኢዱ ኣልዓለ፣

"ተስፋማርያም፡ ብግዕዝይና ዘይተቈማጠዐ ሓያል ተጋዳላይ'ዩ። ካብ ኩሎም ተጋደልቲ ህወሓት፡ ከም ተስፋማርያም ንጹህ ተጋዳላይ የለን። ሳንቲም'ውን ትኹን ገንዘብ ውድብና'ውን ብዘይኣገባብ ኣልዒሉ ኣይፈልጥን'ዩ። ኣብ ብቕዓት ኣመራርሓኡ መጺእኻ ግና ድኽመታት ኣሎዎ..."

ተስፋማርያም ከይተመርጸ ተረፈ።

ስዒቡ ጀማይካ ተሓጽየ።

ስዩም መስፍንን ስየ ኣብርሃን፡ በብተራ ኣእዳዎም ኣልዒሎም ድኽመታት ጀማይካ እናዘርዘሩ ንኽይምረጽ ጎስጎሱ።

መለስ ብድሕሪኦም ኢዱ ኣልዓለ፣

"ኩሉኹም ከም ትፈልጥዎ፡ ጀማይካ ንሕና ሜዳ ከይወጻና ካብቶም ቃልሲ ዝጀመሩ መስርቲ ኣባል ሓደ'ዩ። ኣብዚ ዘለና ኹልና ኽኣ ጀማይካ ዘሰልጠነና ኢና!...." በለ።

ጀማይካ ተመርጸ።

ኣብ ኩተማ ጅማ ዝተኻየደ ጉባኤ ኢህወደግ ድማ፡ ንኣባላት ባይቶ ናይቲ ግንባር ዝኾኑ ካብ ኦህዴድ መራሕቲ ኣባላት ክሕጸዩ ከለው፡ ንኒጋሱ፡ ኩማን ሓሰን ዓሊን ግና ዝመርጸም ሰብ ተሳእኑ። ሻቡ መብዛሕትና ሰንበድና። ኣታ እቶም ቀንዲ ሰባት ግዲ ጉድ ክኾኑ'ዮም እናበልና መወዳእታኡ ንምርኣይ የማኑ-ጸጋም ቊሊሕሊሕ እናበልና ኸለና፡ መለስ ከምቲ ልሙድ ኣክሮባት ሰሪሑ ዕጽፍጽፍ በለ!

"...ከመይ ድዩ ነገሩ!? እቶም ቀንዲ ሰባት'ኻ ተረሲያም። መን

ኣሎ ዝሓጺ? ሕራይ... ንስኻ..." በለ'ሞ፡ እቲ ዕድል ንሓሰን ዓሊ ሃቦ። ሓሰን ንኩማ ሓጸዮ። "ካልእ ...መን ኢኻ ኣብቲ ዘለኻ? እወ... እወ ንስኻ፡" ንኩማ ዕድል ሃቦ። ኩማ ንነጋሶ ሓጸዮ።

እታ ኣደራሽ ትንፋስ ሰኹዐት። ድሕሪኡ ዝተርፍ ምቕጻር ድምጺ'ዩ። ሽግር የብሉን፣ ኢህወደግ ልምዲ ስለ ዘለዎ ከተዓራርዮ ይኽእል'ዩ።

(..... ኢህወደግ፡ መረጻ ምስ ተገብረ ዝገብሮም ምድንጋራት፡ ከምቲ ኣብ ልዕሊ ቅንጅት ዝገበሮ ብደረጃ ሃገር ኣብ ዝግበሩ መረጻታት ጥራይ ዝሕጸር ኣይኮነን። እቲ ኣብ ውሽጣዊ መረጻኡ ዝተለማመደ'ዩ ኣብ ኣደባባይ ዝደግም። ኣባላት ኦህዴድ፡ ድሮ ባይቶኣዊ መረጻ ጫት እናቑሓሙ ካርድ ክመልኡ ከለው ዘርኢ ቪድዮ ካሴት፡ ንኣቦ ወንበር ቦርድ መረጻ ኣሰፋ ብሩ ተላኢኹሉ ዓፊኑዎ ትም ከም ዝበለ እፈልጦ'የ። ነቲ ፍጻመ ብቪድዮ ዝሰኣልዎ ተወላዶ ሃረር'ውን ካብ ሓላፍነቶም ተባሪሮም'ዮም።)

* * *

ሓደ እዋን፡ ኣለምሰገድ በቦሓነኡ ዘርኢ ኦሮሞ ከም ዘለዎ ሰሚዐ ኣሚነ ነይረ። እቲ ዕላል ሓሶት ምኻኑ ግና ጸኒሐ ፈሊጠ። ንኣለምሰገድ ኣቦቱ ጫላ ዝብሃል ሓው ነይርዎ። ክንፈን ኣለምሰገድን ንኣቦቱ ጫላ ንምርካብ ክሳብ ገጠራት ኣምቦ ተጓዒዞም ረኸብዎ።

ኣቦ ኣለምሰገድ ግራዝማች ገብረኣምላኽ፡ ኣብ ግዜ ጃንሆይ ኣመሓዳሪ ሓንቲ ወረዳ ኸለው፡ ካብ ሓንቲ ነባሪት ናይቲ ከባቢ ዝኾነት ተወላዲት ኦሮሞ ወዲ ይወልዱ። ናብ ዓድዋ ምስ ተመልሱ፡ ብዛዕባ'ቲ ብወሰን ዝወለድዎ ቄልዓ ንደቆም ነጊሮም፣

"ኣብ ዝጥዕመኩም እዋን ንሓው'ኹም ኣናዲኹም ርኸብዎ፡" ኢሎም ሓደራ በልዎም።

ኣለምሰገድ፡ ምስ ብጾቱ ኮይኑ ንደርግ ካብ ስልጣኑ ምስ ኣለዮ ንሓው ዘከሮ። ኣብ ምርካቡ መታን ክሕግዞ ድማ ንክንፈ ኣማኸሮ። ክንፈ ኣባላቱ ኣዋፈሩ ንኣቦቱ ጫላ ምሰ'ናደዮ፡ ኣብ ውሽጢ ሒደት ኣዋርሕ ኣድራሻኡ ተረኽበ። ኣቦቱ ጫላ ግና ብዛዕባ ኣሕዋትን ኣሓቱን ዝፈልጦ ነገር ኣይነበሮን።

ብርሳ ደራሲ ገይረ ክትርኽልኩም።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ፡ ልክዕ ፍርቅ-መዓልቲ ኽልተ ማይ ዘይጥዓማ ኒሳን ፓትሮል ኣብ ኣፍደገ ሓንቲ ብጭቃን ሳዕርን እተሰርሐት ኣጉዶ ደው በላ።

ኣቦቴ ጫላ ፈርሐ!

ዕንጸይቲ ክኣሪ ምሳር ኣብ ኢዱ፡ ብዒቃ ዝተሰርሐ ገመድ ድማ ኣብ መንኩቡ ኣንጠልጢሉ ንበረኻ ክወፍር ኣብ ምብጋስ ነበረ። እተን መኻይን ኣብ ኣፍደገ ገዛኡ ምስ ተጸግዓ፡ ብዛዕበኣን ክሓስብ ዕድል'ኳ ከይገበረ መዓጹኣን ተኸፊቱ ንእኡ ዝመስሉ ኣወዳትን ኣዋልድን ወረዱ። ኣሕዋቱን ኣሓቱን ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ኣይገመተን። ሮማን ዝተባህለት ንኣለምሰገድ ንእሽቶ ሓብቱ፡ ነቦኣ ዝመስል ሓረስታይ ምሳር ሒዙ ኣብ ኣፍደገ እታ ኣጉዶ ምስ ረኣየት፡ ንብዓታ ምቑጽጻር ስኢና ኣውያታ ደርጉሓቶ....

ግዜ እንተ ዝህልወኒ፡ 'ኣቦቴ ጫላ' ዘርእስታ ሓንቲ ታሪኽ ሓዘል ልብ-ወለድ ምጻሓፍኩ። እንተ ዝጽሕፋ ግና ትሕዝቶኣ ሓደ ዓቢ ግጭት ምፈጠረ ...

ንኽድ ደኣ ሒደት ብግምት ንጉዓዝ...

...ኣብታ ዕለት፡ ኣቦቴን ኣለምሰገድን ኣብ ብርኽ ዝበለ ቦታ ኮፍ በሉ።

"እንታይ ሸግር ኣሎኩም ኣቦቴ?" ኣለምሰገድ ሓተተ።

"ሸግር የብልናን፣ ከምዚ ትርእዮ እዚ መሬት ሃብታም'ዩ።"

ጽንሕ ኢሉ ግና፣ "...ኦህዴድ ዝብሃሉ ወየንቲ ግና ኣሸጊሮምና በጃኻ። ሓውኻ ኦነግ'ዩ ኢሎም ኣሲሮም ቀጥቂጦምኒ። እዚ ናተይ ኣበሳ ድዩ? ንሓወይ ኦነግ ካብ ምኳን ከመይ ገይረ ከም ዝኽልክሎ ኣይፈልጥን'የ።"

"ሕጂኽ ኦነግ ኣብዚ ከባቢ ይንቐሳቐስ ድዩ?"

ኣቦቴ ጫላ ፍሽኽ በለ።

"ዓዲ ብምሉኡ ኦነግ እንድዩ! ህዝቢ ንኦህዴድ ዓሳክር ተጋሩ እናበለ'ዩ ዝጽውያም።"

እንተ'ኾነ ኣለምሰገድ ብናይ ኣቦቴ ዘረባ ኣይሰንበደን። ህወሓት ንብሄር ውድባት ብኣምላኡ እናጫጭሐ መሳርሒ ከም ዝገበረን ዝተሰወጠ ግና ደሓር ምስቲ ጉጅለ ምስ ተባረረ'ዩ።

* * *

ኣቶ ፍሬው ለምለም ኣዝዮም ጥዑም ሽማግለ'ዮም ነይሮም። እዞም ሽማግለ ግዝያዊ ኣካያዲ ስራሕ ሃገራዊ ሎተሪ ኮይኖም ምስ ተመደቡ፡ ከም ኣንበጣ ውርር በልናዮም። መራኸቢ ብዙሓን መንግስትን ኢህወደግን፡ ካብ መወዕዋዒ ኣታዊ መታን ክረኽቡ፡ ወከልቲ መሸጣ ከድዎም። ግዜያዊ ኣካየድቲ ስራሕ፡ ስልጣኖም ክሳዕ ዝጸድቀሎም ኩሉ ግዜ'ዮም ዝፈርሑ። ኣቶ ፍሬው ለምለም'ውን፡ ነዚ ሓድሽ ቤት-

ጽሕፈት ኣብ ዝተረከብሉ ሰሙን ከበድቲ ፈተነታት'ዩ ኣጋጢምዎም። ካብ ተለቪ'ዥን፡ ሬድዮ፡ ጋዜጣታት ኣዲስ ዘመንን በራሳን ንዝመጽኡ ወከልቲ መሸጣ ከይብሉኒ እናበሉ ንኹሎም በብሓደ ቸክ ፈረምሎም። ቀጺሉ ወኪል መሸጣ ጋዜጣ 'ኣብዮታዊ ዲሞክራሲ' መጸም። እምቢ ክብልዎ ኣይክኣሉን፣ ዝሸሞም ኢህወደግ ስለ ዝ'ኾነ ቸክ ፈረምሉ። ካብ ጋዜጣ 'ማህቶት' ንዝመጸም ወኪል መሸጣ ከም ዘይህብዎ ወሲኖም ነበሩ። "ነዚ ትብልዎ ዘለኹም ዘረባ፡ ኣብ ክልል ኣምሓራ ንዘለው ዓማዊልኩም ክንነግሮም ኢና" ኢሉ ምስ ኣጉባዕብዕሎም ግና መታን ክገላገሉ ቸክ ፈረምሉ። ንጽባሒቱ፡ ወኪል ጋዜጣ 'ኦሮሚያ' መጸም። ነዚ ድማ፡ "ነምሓራይ ፈሪምካ ንኦሮሞ ዘይፈረምካሉ ም'ኽንያት ነፍጠኛ[19] ስለ ዝ'ኾንካ ዲኻ?" ክይብሃሉ ሰጊኦም ቸክ ፈረሙሉ። ካብ ደቡብን ትግራይን ድማ ከምኡ በብሓደ ሰዓቡ። ነዚኦም'ውን ካብቲ ነገር ንምህዳምን ንኽይትንከፉን ቸክ ፈረምሎም። ኣብ መወዳእታ ካብ መጽሔት እፎይታ ንሕና ከድናዮም። ዓርቢ ንግሆ፡ ምስ ፍቅረስላሴ ጋሻው ዝብሃል ወኪል መሸጣ ኮይነ ናብ ቤት-ጽሕፈቶም ክኣቱ ከለኹ ናብ ነብሪ ተለዊጠም ጸንሑኒ።

"ንስኻትኩምከ 'ታይ ደሊኹም!?" ኢሎም ነደሩ፣ ....ኣይትሓፍሩን! ፍሬው ለምለም ከም ጸበል ጻድቕ ገንዘብ እናሓፈሰ ይዕድል'ዩ ዝበለኩም መን'ዩ? ሃየ ጠቕሊልኩም ውሰድዎ ነዚ ምንጻፍ! ነዚ ጣውላ'ውን ጽዓንዎ! ንሱ'ዩ ተሪፍኩም በቃ! ነውሪዶ ኣይኮነን'ዞም ደቀይ፡" በሉና።

ምስ'ዝሓልናዮም፡ ምሉእ ሰሙን ክወርዶም ዝቕነየ ምፍርራሕ ኣምሪሮም ምስ ኣዕለሉና፣

"እስከ ደሓን! ካልኣይ ሳዕ ኣይትቀልቀሉኒ'ምበር.... ሎምስ ጥራይ ኢድኩም ኣይመልሰኩምን'የ... " በሉና።

* * *

ፓልቶክ እሰምዕ ነይረ።

በይነይ ብሰሕቕ ትዋሕ በልኩ። ንበይኑ ዝስሕቕ ጽሉል'ዩ ዝብሃል። እንታይ'ሞ ይገበር? ገሊኦም ተዛረብቲ መልሓሶም በሊሕ መላጸ'ዩ። ሓጐስ 24 ዝብሃል ቀዋሚ ዓሚል ECADF[20] ብናይ ጎንደር ኣምሓርኛ ከምዚ ክብል ኾሎ ሰሚዐዮ።

"ኣብ ኣመሪካ እናተቀመጥኩም እንግሊዝኛ ዘይትኽእሉ ብዙሓት

19 ሰብ ነፍጠ፣ ቅድሚ ነዊሕ እዋን ኣብ መሬት ኦሮሞ ዝሰፈሩ ዕጡቓት ብሄራ ኣምሓራ

20 Ethiopian Current Affairs Discussion Forum

ኣለኹም። ኢዝ እንተ በሉ "ኣብዚ" ዝበሉ ይመስለኩም። ዎዝ እንተ በሉ ድማ "ኣብቲ" እተባህለ ይመስለኩም። ኢዝን ዎዝን ፍልልዩ ከይፈለጥኩም ድማ ፖለቲካ ተዕልሉ። ኢ-መይል እንታይ ምኻኑ ዘይትፈልጡ'ውን ኣለኹም። ወያኔ ወዲቑ ስልጣን ምስ ሓዝኩም ብጥሩምባ ዲኹም ክትዘራረቡ? ስለዚ ተማሃሩ፣ ከመይ ጌርካ ብኢ-መይል ከም እትጸሓሓፍ ክትመሃሩ ኣለኩም። ኣይትፍርሑ! እንግሊዝኛ'ውን ቀሊል'ዩ፣ ፈትንዎ። ሰይቲ መለስ እንግሊዝኛ ኣብ ትፍትነሉ ዘላ ዘመን ንስኻትኩም ትታኽሱ ኣለኹም..."

* * *

ኣብ መወዳእታ 1994፡ ኣብ ወተሃደራዊ መዓስከር ታጠቅ ዝካየድ ዝነበረ ፖለቲካዊ ዘተ ተሳቲፈ ነይረ። መራሒ ዘተ ጉጅለና በረኸት ስምኦን'ዩ ነይሩ። ዝበዝሑ ተሳተፍቲ ናይቲ ዘተ፡ ካብ ጎንደርን ጎጃምን ዝመጽኡ እዮም ነይሮም። በረኸት ኣብ ማእከል'ቲ ርሱን ዘተ፣

"መኣህድ፡ ኣብ ምርጫ እንተ ዝዕወት ህዝባዊዶ ምበልናዮ ዋላስ እንታይ?" ኢሉ ሓተተ።

ኣእዳዎም እናልዓሉ ክምልሱ ጀመሩ።

"ብህዝቢ እንተ ተመሪጹ ደኣ'ሞ ህዝባዊ'ዩ!"

"እወ፡ ህዝባዊ ንብሎ! ህዝቢ እንተ መሪጽዎ ደኣ ካልእ እንታይ ይብሃል?"

በረኸት ጽን ኢሉ ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ልክዕ ከም ተምሃሮ ራብዓይ ክፍሊ ከፈራርሓና ጀመረ። ካብ መንፈስ ናይቲ ዘተ ንምህዳም ሃዋሁ ፈጢሩ ርእይቶ ምቕባል ኣቋረጸ።

"ነዚ ሓሳብ'ዚ ትድግፉ እስከ ኣእዳውኩም ኣልዕሉ፡" በለ።

ኩልና ኣእዳውና ኣልዓልና።

በረኸት ኣመና ሓሪቑ ብዙሕ ወቕሰና። ከምዚ እናበለ ድማ ፖለቲካ ክምህረና ጀመረ፡

"መኣህድ ኣብ ምርጫ ይተዓወት ኣይተዓወት ብዘየገድስ፡ ጸረ ህዝቢ መርገጺኡ ኣይልውጥን'ዩ። ህዝቢ፡ እንተስ ተታሊሉ እንተስ ተጋግዩ ጸረ ህዝቢ ዝኾነ ውድብ ክመርጽ ይኽእል'ዩ።"

(እዛ ናይ በረኸት መግለጺ፡ ኣብቲ ኣብ 2005 ዝተኻየደ መረጻ ተግባራዊት ክትከውን ከላ ርእየያ። ህዝቢ ኣዲስ ኣበባ ተታሊሉ ድዩ ተጋግዩ ንጸረ ህዝቢ ቅንጅት መረጹ። ህዝቢ ወረዳ ቡግና ንበረኸት ክመርጸ ዝግብኡ፡ ብጌጋ ደስታው ካሴ ንዝብሃል ተቐማጢ ሓረስታይ' ናይቲ ኮባቢ መሪጽዎ። በረኸት ድማ "ዝፈትወናን ንፈትዎን ህዝብና

ዓይንና እናረኣየ ክጋገ ከሎ ሱቕ ኢልና ክንርእዮ ኣይንኽእልን ኢና፡" ብምባል እቲ መረጻ ከም ዝድገም ተገይሩ ህዝቢ ጌጋኡ ኣረመ። ሎሚ ጸረ ህዝቢ ደስታው ካሴ ኣበይ ከም ዘሎ'ኳ ኣይፈለጥን'ዩ።)

ኣብቲ ኣብ ወተሃደራዊ መዓስከር ታጠቅ ዝተኻየደ ዘተ፡ በረኸት ኣምሪሩ ምስ ወቕሰና፣ "መኣህድ፡ ኣብ ምርጫ ይተዓወት ኣይተዓወት ኩሉ ግዜ ጸረ ህዝቢ'ዩ ትብሉ ኢድኩም ሓፍ ኣብሉ።" ኢሉና ነበረ።

ሕሹኽሹኽ ኢልና እናሰሓቕና ኣእዳውና ኣልዓልና። ኣብቲ ዘተ፡ ሚእትን ሓምሳን ካድራት ኢና ተሳቲፍና። ብምልኣቶም ኣምሓሩ'ዮም ነይሮም - ብዘይካ ኣነን በረኸትን።

ኣብታ መዓልቲ፡ እቲ ፍሉጥ ሩስያዊ ደራሲ ኢቫን ቱርጌኔቭ ነዕሩኽቱ ካብ ዝጸሓፈሎም ደብዳበታት ሒደት መስመራት ትዝ በላኒ።

"በጃኹም! ብህዝቢ ምልጋጽ ይክኣል'ዩ ኢልኩም ኣይትሕሰቡ። ....ንስኻትኩም ሃገር ምሉእ ሓሳዊ'ዩ ትብሉ? ተታልሉ!... ድሕሪኡ ጽቡቕ ከም ዝሰራሕኩም ኩተርእዩ ትፍትኑ። ንህዝቢ ቅንጣብ ትኣክል ከተታልሎ ከም ዘይክኣል ትፈልጡ ዲኹም? ህዝቢ ካባና ንላዕሊ ይልብም። ስለዚ ገዛእ ነብስኹም ረሲዕኩም፡ ደምኩምን ረሃጽኩምን ኣፍሲስኩም ስርሑ። ህዝቢ ንስራሕኩም እንተ ርእይዎን ንድኻምኩም ዋጋ እንተ ሂብዎን፡ መን ምኳንኩም ድማ ከስተውዕለልኩም እንተ ጀሚሩ፡ ሽዑ ብዝበለጸ ነቲ ህዝቢ በዓል ውዕለቱ ክትኮኑ ኢኹም። እዚ ብሩህ'ዩ። ዝያዳ ከነጽሮ፡ ህዝቢ'ዩ ዘድልየኩም እምበር ንስኻትኩም ንህዝቢ ኣይተድልይዎን ኢኹም።"

* * *

*ሓ*ደ መዓልቲ፡ ኣብ መንነ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኮናት እናተኻየደ ኸሎ፡ ብስራሕ ናብ ቤት-ጽሕፈት ስብሓት ነጋ ከድኩ። ስብሓት ነዊሕ ናይ ቴሌፎን ዘረባ ሒዙ ስለ ዝነበረ፡ ክሳዕ ዝውድእ ኣጊንተይ ኮሊለን ኮሊለን ኣብ ሓንቲ ብገዳ እተደፍኣት መጽሓፍ ዓለባ። ኣጥፊእካ ምጥፋእ ዘርእስታ ናይ ሙሉጌታ መጽሓፍ'ያ። ከም ዋዛ ኣልዕል ኣበልክዋ። ኣብታ ተዓጺፋ ዝነበረት ገጽ 202፡ ዝተወሰና ምሉኣት ሓሳባት ብቢሮ ተሰሚሩለን ነበረ። ከምዚ ይብላ፣

"...ሓደ እዋን፡ መንግስቱ ሃይለማርያም ናብ ሚኒስትሪ ዜና ናይ ስራሕ ምብጻሕ ምስ ኣካየደ፡ ልዕሊ ዝኾነ ኣቓልቦኡ ዝሰሓቦ ነገር ጉዳይ ጀሚንግዩ ነይሩ። ድልየቱ ሬድዮ ድምጺ ኣመሪካ ፕሮግራም ኣምሓርኛ ክዕፈንዩ ነይሩ። እቲ መደበር ሬድዮ ግና፡ ልዕሊ ሰማንያ

ትራንዝሚተራት ስለ ዘለዎ ክዕፈን ከም ዘይክኣል ተገለጸሉ። ግደ ሓቂ፡ ሚኒስትሪ ዜና ንመደበራት ሬድዮ ሻዕብያን ወያኔን'ኳ ክዕፍን ዓቕሚ ኣይነበሮን። እቲ ዘገርም ግና በቲ ሓደ ጃም ይገበር እናተባህለ፡ በቲ ኻልእ ወገን ድማ ካብዞም መደበራት ዝፍነው ዝነበሩ ዜናን ፕሮግራምን እናተመልኡ ወትሩ ንግሆ ይቕረበልና ዝብል ተሪር ትእዛዝ ይወሃብ ምንባሩ'ዩ ...” ይብል።

ነታ መጽሓፍ ከምታ ዝነበረታ ኣቕመጥክዋ።

ሎሚ ክግምግሞ ከለኹ፡ ኣብ ስራሕ ጃሚንግ ኢህወደግ ዓቢ ለውጢ ኣርእዩ ይርከብ። ንሻዕብያ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ንመደባት ኣምሓርኛ ድምጺ ኣመሪካን ሬድዮ ጆርመንን ዝዓፈነን ይመስል።

* * *

ኣባዱላ ገመዳ ሾብዓተ ሚእቲ ሽሕ ብር ዝወደአ ቪላ ኣስሪሑ ብዶላር ምስ ኣካረዮ፡ እቲ ጉዳይ ኣብ ገምጋም ኦህዴድ ተላዒሉ ነበረ።

“ነቲ ቪላ ካበይ ኣምጺእካ ሰሪሕካዮ?” ተባሂሉ ተሓተ።

“ኣዕሩኽተይ ኣለቂሑሙኒ። ኣካርየ ድማ ካብቲ ዝረኽቦ ኣታዊ ልቃሐይ እኽፍል ኣለኹ።” ኢሉ መለሰ።

እቲ ጉዳይ፡ ውሳኔ ንምሃብ ኣጸጊሙ ስለ ዝተባህለ ካብ ኦህዴድ ናብ ኢህወደግ ተሰጋገረ። እቲ ዝርዝር ንመለስ ምስ ቀረበሉ፡ መለስ ዝሃቦ መልሲ ሓጺር'ዩ ነይሩ።

“ነባዱላ ክንትንክፎ ኣይንክእልን ኢና፣ ንዕኡ ዝትክእ ካልእ እሙን ሰብ የብልናን።”

* * *

ህዝቢ ኣዲስ ኣበባ ሆ! እናበለ ናብ መስቀል ኣደባባይ ይውሕዝ ነበረ! ህዝቢ ይጭፍር.... ከበሮ ይድስቕ.... እቲ ሆሆታን ዕልልታን መግትኢ ኣይነበሮን። ሕብሪ ባንዴራ ህድእ ኢሉ የንበልብል ነበረ። ዝበዝሐ ብጫን ቀይሕን'ዩ። ቀይሕ ደም'ዩ። ብጫ ድማ ተስፋ። ትርጉሙ፣ “ብደምና ሰብ ተስፋ ኪንና” ማለት'ዩ።

እዚ ኹሉ ሓቂ'ዩ።

ተቐማጦ ኣዲስ ኣበባ፡ ንመስቀል ኣደባባይ ክውሕዝ ከሎ ብዓይነይ ሪእየዮ። ካብ ቀበና - ቦሌ - ኮተቤ - ጉርድሾላ - ቄራ - ሳሪስ - .....

ጋዜጠኛ'የ! ናብ ውሽጢ'ቲ ባሕሪ ኣተኹ። ሓደ በዓል ፈረስ ኣቓልቦይ ሰሓበዎ። ፈረሶም ተሸላሊሙ ነበረ። ንሶም'ውን ንፈረሶም መሲሎም ነበሩ። እዞም ሽማግለ ይድብሉ፣ ዅርማጆም ሓያል ድምጺ

ይፈጥር! "ኣብ እዋን ሃይለስላሰን ደርግን ዝተገፍዑዶ ይኸኑ? ወይስ መሬትን ገዛን ዝተወርሶም?" ኢለ ሓሰብኩ።

ዝኾነኸይኑ ግንቦት ዕስራ ቀዳማይ ዓመት በዓል ዝፈጠረሎም ሓጐስ ምጽዋሩ ከም ዝሰኣኑ ርዱእ'ዩ። ቅርብ ኢለ ንቃለ ምልልስ ጋበዝክዎም።

"ኣቦ መጀመርታ ምሉእ ስምኩምዶ ምገለጽኩምለይ?"

"ባህሩ እብሃል፣ ባህሩ ከበደ!"

ሓያል ድምጺ!

"ኣቶ ባህሩ፡ ሎም-መዓልቲ ንስኹምን ፈረስኩምን ተሸላሊምኩምን ንመስቀል ኣደባባይ ዘምጻኩም ምኽንያትዶ ምገለጽክሙለይ?"

እቶም ሽማግለ ሰጋእ ከይበሉ ብቕልጡፍ መለሹ።

"ኣነ" በሉ፣ "... ኣነ፡ ካብ ሃይለስላሰ ጀሚረካ ደርጊ ሓዊስካ ሕጂ'ውን ወያኔ ምስ መጸ፡ ሰላማዊ ሰልፊ ዝብሃል ኣምሊጡኒ ኣይፈልጥን'ዩ። ሰልፊ'ሎ እንተ ሰሚዐ፡ ክዳውንተይ ተኽዲነ ፈረሰይ ተወጢሐ ከተፍ'የ ዝብል!"

* * *

ኣብ ደርባን - ደቡብ ኣፍሪቃ ዝተላለኸዎ ሓደ ጋዜጠኛ ሻዕብያ ዘዕለለኒ ከዋግዕኩም!

24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ንምኽባር፡ ህዝቢ ኣስመራ ግልብጥ ኢሉ ካብ ገዛኡ ወጽኡ። ካብ ጎዳይፍ፡ ገጀረት፡ ሰታንታኣቶ፡ ፎሮቪ፣ እምባጋልያኖ፡ ቲራቮሎ፡ ካምፖቮሎ፡ ፓራዲዞ፡ ኣባሻውል... ህዝቢ ከበሮ እናወቐዐ ኣዴታት ዕምባባ እናነጸገ ንጉደና ሓርነት.....

ካብ መንጎ እቲ ብዙሕ ህዝቢ፡ ሓንቲ ኣደ ኣበ'ዒንቲ እቲ ጋዜጠኛ ኣተዋ። ከበሮ ዝሓዛ መራሒት ደርፊ'የን። ቁኖኣን ካብ ምጽባቹ እተለዕለ ኣንበሳ መሲለን ነበራ... ጻዕዳ ብጻዕዳ ተኽዲነን... ብኽቱር ሓጐስ ይዘላ ነበራ። እቲ ጋዜጠኛ፡ ነተን ኣደ ክሓተን ኢሉ ነተን ከቢበናኣን ዝነበራ ኣንስቲ ፈጕፈጉ ናብ ማእከል ኣተወ።

"ኣደ! ...ሓንሳእዶ ክትሰምዓኒ.... ሓንሳእ..." ኸኣ በለን።

እተን ኣደ ከበሮ ምውቃዕ ኣቋረጻ።

"እንቋዕ ንበዓል ናጽነት ኤርትራ ኣብጽሓክን?"

"ኣሕቢሩ ዝወደይ! ደስ ኢሉኒ፣ ሃገርና ኣለትሪያ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ናጻ ወጺኣ! ደስ ኢሉና! መዓልቲ ልደትና'ዩ ሎሚ! ዕልል... ልልል... ዕልል.....

"ግርም፡ መን ክብል ኸምክን ኣደ?"

"ወይዘሮ ኢትዮጵያ ይብሃል ዝወደይ!"

* * *

እንተ ሰልችዩኩም፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ መርበብ ሓበሬታ ጉግል ከፊትኩም ስምኩም ይኹን ስም ዓርክኹም እናጸሓፍኩም ሓበሬታ ድለዩ፣ ግሩም መዘናግዒ'ዩ። እቲ ሓበሬታ ፍርቂ ሓሶት ኮይኑ እንተ ረኺብኩሞ ግና ኣይትገረሙ። ይኹን'ምበር፡ ዝኾነ ሓላፊ መገዲ ከፊቱ ዝደለዮ ክጽሕፍ ኣብ ዝኽእለሉ ዘመነ ቴክኖሎጂ ንርከብ ስለ ዘለና፡ ዝተረኽበ ኩሉ ክትውሕጥዎ የብልኩምን።

ቅድሚ ሒደት ዓመታት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ጉግል፡ tesfaye - gebre-ab ኢለ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ጸሓፍኩ። 5 መስከረም 2005፡ ሙሉጌታ ኣሸናፊ ዝተባህለ ሰብ ኣብ 'ethio-media.com' ንኣይ ዝምልከት ክልተ ሓሶት ጽሒፉ ረኺብክዎ። እቲ ቀዳማይ፡ ካብ ኢትዮጵያ ፍርቂ ሚልዮን ብር ሒዘ ምዅብላለይ'ዩ። እቲ ኣነ ዝመርሖ ዝነበርኩ ክፍሊ ፕረስ፡ ሚእቲ ሽሕ ብር ኣብ ባንክ ኣቀሚጡ ኣይፈልጥን'ዩ። እቲ ሓቂ ግና በንጻሩ'ዩ። ካብ ሜጋ ምዝርጋሕ ዘይወሰድክዎ ሰላሳን ሓምሽተን ሽሕ ብር ሽያጥ መጽሓፍቲ ኣሎኒ'ምበር፡ ካብ ወያኔ ዝወሰድክዎ ገንዘብ የሎን። ክወስድ እንተ ዝደሊ'ውን ዝክኣል ኣይነበረን። ምኽንያቱ ዓሰርተ ብር ንምውሳድ፡ ሰለስተ ሰባት ቸክ ይፍርሙ ነይሮም። በረኸት ብዛዕባ'ዚ እንተ ዝሕተት ኣይምኽሓዱን።

እቲ ኻልኣይ ዘገርም ሓሶት፡ ኣማኻሪ ቁጠባ መለስ ዜናዊ ንዋይ ገብርኣብ፡ ዓቢ ሓወይ ምኳኑ ምጽሓፉ'ዩ። ንንዋይ ገብረኣብ፡ ብቲቪ እንተ ዘይኮይኑ ብኣካል ርእየዮ ኣይፈልጥን'የ፣ ጽባሕ ድማ፡ ይልማ ገብርኣብ ሓው'ዩ ኢሉ ክጽሕፍ'ዩ፣ ድሕሪ ጽባሕ'ውን ገብርኣብ ባርናባስ ኣቦይ ምኳኑ እንተ ዘንብብ ኣይምገረመንን። "ስብሓት ነጋን ብርሃኑ ነጋን" ምዕባይን ምንኣስን ኣሕዋት'ዮም" ኢለ እንተ ዝጽሕፍ እንታይ ምበልኩምኒ? "መንግስቱ ለማ፡ ንኣበራ ለማ ዓቢ ሓዎም'ዮም" እንተ ዝብለኩምከ እንታይ ምበልኩም? እዚ'ኳ ክእመን ይክኣል'ዩ፣ ብዝወሓደ ክልቲኦም ስነ-ጥበበኛታት'ዮም። ወናኒ መርበብ ሓበሬታ ethio-media.com ኣብርሃ በላይ ግና፡ ጽቡቕ ገይሩ ዝፈልጠኒ ክንሱ ስመይ ስለ ዘጸለመኒ፡ ኣስደሚሙኒ "ስለምንታይ ስመይ ብሓሶት ተጻልመኒ?" ኢለ ኢ-መይል ገይረሉ። "ሽሕ'ኳ ቀደም ሓላፊየይ እንተ ነበርካ፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ንኢትዮጵያ ሃገረይ እሙን'የ፡" ኢሉ መለሰለይ።

ንኣብርሃ ላዕለዋይ ሓላፊኡ'የ ነይረ። ኣብርሃ፡ ኣብቲ ፍሉጥ መርበብ ሓበሬታኡ ሓሶት ምጽሓፉ ፍሉይ ምኽንያት ነይሩዎዶ

ይኸውን? ዋላስ ወረ ከጐሃሀር ደልዩ? ምናልባሽ ንኣይን ንኣማረ ኣረጋውን ተቐዲሙልና ይኸውን ዝብል ጥርጣረ ኣሎኒ። ዝኾነኾይኑ፡ ኣብርሃ ሓሶት ጽሒፉ ሰብ ይጎድእ ከም ዘሎ ዘመዛዝን ኣእምሮ ኣሎዎ ኢለ ኣይኣምንንየ። ኣሸንኳይዶ ሓሶት፡ ሓቂ ጽሒፍካ ሰብ ክትጎድእ ትኽእል ኢኻ። ብዝኾነ ብዛዕባ ኣብርሃ ገለ ክብለኩም ተገዲደ ኣለኹ።

"ንሕና" ወየንቲ ኣዲስ ኣበባ ምስ ኣተና፡ ኣነ ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ ኮይነ ክምደብ ከለኹ። ባዕሉ ናብ ቤት-ጽሕፈት ፕረስ መጺኡ ኣባል ወያኔ ክኸውን ዝተመልመለ ቀዳማይ ሰብ ኣብርሃየ። "ጸላእትና" ካብ ክፍሊ ፕረስ ክንለቕሞም ከለና፡ ዋና ሓባርን መራሒ መገድን ከም ዝነበረ ብምሉኦም ሰራሕተኛታት ናይቲ ክፍሊ ዝፈልጥዎ ስለ ዝኾነ ምስጢር ኣይኮነን። ኣብቲ እዋን'ቲ ዘርኣዮ ምትሕብባር፡ ኣብ ዕላማና ኣሚኑ ገይርዎ እንተ ዝኸውን ኣብዛ ምዕራፍ ኣይምጽሓፍክዎን። ከምቲ መለስ ዝበሎ፡ ሕማቕ ይኹን ጽቡቕ፡ ዕላማ ዘለዎ ሰብ ከተኽብሮ ኣለካ። ኣብርሃ ግና ኣብቲ እዋን እቲ ቀልጢፉ ከም ንፋስ ዝተጸግዓና፡ ንረብሓኡ ኢሉ ስለ ዝኾነ ካብ ጥቓይ ከባርሮ ተገዲደ'የ። ሓደ ፍጻመ ከወግዓኩም፣

ሓደ እዋን ቀዳማይ ሚኒስተር ታምራት ላይኔ፡ ናብ ደሴታት ጣና ዑደት ከካይድ ከሎ፡ ሪፖርተር ጋዜጣ Ethiopian Herald ኮይኑ ምስኡ ክኸይድ ዝመረጽክዎ ኣብርሃየ። ኣብርሃ ኣብቲ ቦታ በጺሑ ካብ መግሻኡ ምስ ተመልሰ፡ "ኣዝዩ ምልኩዕን ቆማትን ቀዳማይ ሚኒስተርና" ኢሉ ኣብ ጋዜጣ ስለ ዝጸሓፈ፡ ታምራት ሓሪቑ "ብዛዕባ ቁመናይን መልክዐይን ምጽሓፍ ንምንታይ ኣድለየ? ኣመና'ዩ ዘሕፍር። ከምዚኦም ዓይነት ሕሱራት ጋዜጠኛታት ኣይተቕርብዎም" ኢሉ ደወለለይ።

ኣስተውዕሉ! መለስ ዜናዊ ኣዝዩ ሓጺር'የ። ኣብርሃ ብዛዕባ ቁመናን መልክዕን ታምራት ክጽሕፍ ከሎ፡ መለስ እንታይ ክስምዖ'ዩ ኣይበለን። ምስ ታምራት ዘረባይ ወዲኡ ናብ ኣሰናዳኢ Ethiopian Herald ክፍሎም ኣድጎይ ደወልኩ። ክፍሎም፡ ካብ ግዜ ደርጊ ኣትሒዙ ኣብቲ ቦታ ዝተመደበ ብኽእለቱ'የ። ኣባል ኢሰፓ ይኹን ወያኔ ኣይነበረን። ዝፍለጠሉ ባህሪ ድማ ዝመሰሎ ስለ ዝዛረብ'የ። ደዊለ፣

"ክፍሎም! እንታይ ኢኹም ትሰርሑ ዘለኹም? ታምራት ንውድድር ጽባቐ ድዩ ናብ ጣና ኸይዱ? ኑቲ ብዛዕባ መልክዑ ዝተጻሕፈኸ ስለምንታይ ትም ኢልካ ተሕልፎ? ኢለ ተጭየቕኩዎ።

ክፍሎም ኣድጎይ ተገምጢሉ ተጭየቒኒ።

"ተመሊስካ ንኣይ ትጭየቒኒ? ባዕልኻዶ ኣይኮንካን ምስኡ ክኸይድ

መሪጽካዮ? ኣነ ንመን ከም ዝመርጽ እፈልጥ'የ። ስለ ዘሕንቀቕካዮ ኣብ ርእስና ሽይሽይ ኢሉ። ብመሰረቱ እቲ ወዲ ቀባጥ'ዩ። ጥቕሚ እንተ ርእዩ ከም ቀጕርዲድ'ዩ ዝጠብቕ። ደገፍቲ ረኺብና ኢልኩም ዘዝመጻኩም ሰብ ኣይትኣክቡ በጃኻ! ኢሰፓ ንዒቕም ዝገደፍዎም ከም ዘለው'ውን ኣይትረስዑ።" በለኒ።

ከምቲ ክፍሎም ዝገለጸ፡ ናይ ኣብርሃ ጠባይ እናበርሃለይ ከደ። ኣብ ቤት-ጽሕፈት ፕረስ ድማ ምስሊ ኢህወደግ ከባላሽወልና ጀመረ። ቀንዲ ጸገሙ "ትግራይ" "ትግራዋይ" እናበለ ምምጽዳቕ'ዩ። እቲ እዋን ድማ ትግራዋይ ምኳንካ ትፍክረሉ ግዜ ዘይኮነ፡ ካብ ካልኦት ብሄራት ደገፍ ክንረክብ ሃለኽለኽ ንብለሉ ዝነበርና ኣጸጋሚ ግዜ'ዩ ነይሩ። ኣብርሃ ኣይተረድኦን፣ ትግራዋይ ብምኳኑ ጥራይ ሽመትን ክብርን ደልዩ። ደገፍቲ ሙሉጌታ ሉሌ ዝነበሩ ጋዜጠኛታት፡ ዝርዝር ኣስማቶም ጽሒፉ ዘቕረበልና ብዓል ውዕለትና ስለ ዝኾነ ግና ክነድኦ ኣይደለኹን።

ሓደ መዓልቲ ኣብ ኣኼባ ሓለፍቲ ክፍልታት፡ ኣማረ ኣረጋዊ ሕጽረት ጋዜጠኛታት ቋንቋ እንግሊዝ ኣለኒ ኢሉ ምሰ'ማረረ፡ "ኣብርሃ በላይ ዝብሃል ንፉዕ ጋዜጠኛ ኣለካ ንእኡ ውሰዶ፡" በልክዎ። ኣማረ ምሒር ተሓጉሱ ንኣብርሃ ወሰዶ። ድሕሪ ኽልተ ወርሒ ግና፡ ኣነን ኣማረን ኣብ ሆተል ፊንፊኔ እናተደረርና ኽለና ከምዚ በለኒ፣

"ንኣብርሃ ናባይ ዝቐይርካዮሲ ንኣይ ኢልካ ዲኻ ዋላስ ስለ ዘትከኽካ'ዩ።"

"ንኣኻ ኢለ እምበር፡" በልክዎ ትርር ኢለ።

ኣማረ እንተ ዘይተዋሒጥሉ ዝጥቀመላ ሓንቲ ናይ ትርጀጋ ሰሓቕ ኣላቶ። ንኣኣ ስሒቁ ትም በለ።

"ኢሂ? ኣትኪኹካ ድዩ?" ኢለ ሓተትክዎ።

"ኣዪ ደሓን'ዩ፡" ኢሉ ትም በለ።

ኣማረ ዋላ ኣይዛረብ ከም ዘይተቓደው ግና ገመትኩ። ኣማረን ኣብርሃን ክረዳድኡ ከም ዘይክእሉ ፍሉጥ'ዩ። ንበረኸት "ዓፈርፈር ኣይትበለለይ! ኢሉ ዝዘለፎ ዝመስሎ ዝዛረብ ኣማረ፡ ንኣብርሃ እንታይ ክብሎ ከም ዝኽእል ምግማቱ ኣየጸግምን'ዩ። ብጉስጢ'ውን ተሳሂልዎ ይኸውን'ዩ። ኣብርሃ፡ ኣባይ ዝለመዶ ሓለፋን ኣሕሊፍካ ዘይምሃብን ካብ ኣማረ ክረኽቦ ስለ ዘይክኣለ ኣማተር ጋዜጠኛ ኾይኑ ምሉቕ ኢሉ ንኣመሪካ ኼደ። ብኣ ኣቢሉ ኣይተመልሰን። ኣብ ስያትል ሓንቲ ጸዕዳ ተመርዕዩ ጸዕዳ ሓሶት ምዝርጋሕ ጌና ይቕጽሎ'ሎ። ስለምንታይ ስመይ ተጸልመኒ እንተ በልክዎ፡ "ኣብ ዝኾነ ግዜ ንኢትዮጵያ ሃገረይ እሙን'የ" ኢሉ መለሰለይ። "ከመይ ሓዲርኩም? እንጣጢዕ ንዘርእ

ኣለና" ኾይኑ ነገሩ።

ነሓሰ 2008 ኣማረ ኣረጋዊ ተኣሲሩ ንጎንደር ምስ ተወስደ፡ ተቓዳዲማ ኣብ ርእሰ ዓንቀጻ ስም ኣማረ ዘጸለመት ናይ ኣብርሃ መርበብ ሓበሬታ እያ። "ኣማረ ናብ ጎንደር ተወሲዱ እተኣስረሉ ምኽንያት፡ ምስቲ ስርዓት ቅርሕንቲ ከም ዘለዎ ከምስልን ህዝቢ ድማ ኣብ ጋዜጣ ሪፖርተር ዘሕደሮ ጥርጣረ ንምእላይን'ዩ ነይሩ።" ይብል። ኣማረ ኣረጋዊ ሕጂ'ውን ንህወሓት ከም ዝሰርሕ ሕቶ ኣየድልዮን እዩ። ናብ ተወሲዱ እተኣስረሉ ምኽንያት ግና ምስ በረኸት ብዘለዎም ነዊሕ እዋን ዝገበረ ጽልኢ'ዩ። ንዝጸላእካዮ ሰብ ጸለሎ ትቕብእ እንተ ኾይንካ ተኣማምነትካ የጕድሎ'ዩ። ኣብርሃ ቀንዲ ጸገሙ ንሱ'ዩ። ዕድለኛ ኣይኮነን፣ ቂምን ጽልእን ኣብ ልቡ ሒዙ'ሎ። ቂምን ጽልእን ኣብ ልቡ ዝሓዘ ሰብ ከኣ ፈጺሙ ጋዜጠኛ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ.....

* * *

ስቕታ ቡርቃ ምስ ኣብ ዕዳጋ ምስ ተዘርግሑት ብዙሓት ፈተውትን ጸላእትን ኣጥርየ'የ። ፈለማ ርእይቶ ዝሃበኒ ስብሓት ገብረእግዝኣብሄር'ዩ። ማኪያቶ ጋቢዙ፣

"ሓሪፍ መጽሓፍ ጽሒፍካ? ሓሪፍ መጽሓፍ ጽሒፉ ኢልካ እንተ ተነፈሕካ ግና ኣኺሉካ'ዩ። ጌና ኣይጸሓፍኩን ኢልካ ካብ ባዶ ጀምር። ሰብ ከድንቕካ ኸሎ ኣይትነፋሕ! ከነኣእሰካ ኸሎ ድማ ኣይትሰንብድ። ዘናሽውኻን ዘድንቕኻን ብብዝሒ ክፍጠሩ'ዮም። ኣይትመልሰሎም። ሕጂ ነዚኣ ረስዓ'ሞ ካልእ መጽሓፍ ጀምር። እዚኣ ናይ ጸጋዬ ገብረመድህን ሜላ'ያ።"

ኣብታ ሰሙን ጋዜጣ ጠብያ ከምዚ ዝብል ጽሑፍ ኣብ ዓምድታት ኣስፈረት፣

"ስቕታ ቡርቃ፡ ሻዕብያን ወያኔን ብስም ውልቀ-ሰብ ዝጸሓፉዋ መጽሓፍ'ያ። ዕላማኣ ድማ ነምሓራን ኦሮሞን ኣናቕጭትካ ነዛ ሃገር ምብትታን'ዩ። ደራሲኣ ድማ ምስታ መጽሓፍ ነዲዱ ካብ መሬትና ዝእለየሉ መዓልቲ ርሑቕ ኣይኮነን።"

ሴኮ ዝብሃል ጋዜጠኛ ኣብዮታዊ ዴሞክራሲ ደብዳበ ጽሒፉለይ፣ ብሓጺሩ ክጽሞቕ ከሎ ከምዚ ይንበብ፣

"መጽሓፍካ ኣንቢበያ። ኣብ ድሬዳዋ ዝርከብ ኣባልና (ኮሎኔል'ዩ) ኣንቢቡ 'ጸላኢና ኣብ ውሽጥኹም ሓቕፍኩም ትኸዱ'ለኹም' ምስ በለኒ'የ ኣንቢበያ። ጸላኢ ኢህወደግ ምኳንካ ብቕሉዕ ኣዊጁካ ኣለኻ። እንቋዕ 'ሓንሰካ!" በለኒ ብኣሽሙር።

ኣብታ ሰሙን ድማ ስብሓት ነጋ ወዱ ሒዙ ናብ ሆተል ግዮን እናኣተወ ኽሎ ኣብ ኣፍደገ ምስ ተራኸብና፣

“ኣንቢበያ” በለኒ ሰላም ቅድሚ ምባሉ፣ “....ጽብቕቲ መጽሓፍ ጽሒፍካ። ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ምጻእ’ሞ ክነዕልል ኢና።”

ምስ ህላዌ ዮሴፍ ብቴሌፎን እናዕለልና፣

“ፈትየያ! ምስ ጀመርክዋ ጠጠው ምባል ኣብያትኒ። በረኸት’ውን ኣንቢብዋ’ዩ። ከመይ ከም ዝረኸባ ሓቲተዮ ነይረ፣ “ፍራንክ እዩ፡” ኢሉኒ። ርኽቦ ጽቡቕ ገይሩ ርእይቶኡ ክህበካ’ዩ...” በለኒ።

ንበረኸት ምስ ረኸብክዎ ግና ብግምጣሉ፣

“ሻዕብያ ኣርባዕተ ታንኪ ሒዙ ስለ ዝኣተወ እዚ ኩሉ ጅግንነት ጽሒፍካሉ። ንኣበርክቶ ኢህዴን ግና ምሉእ ብምሉእ ዘሊልካዮ፡” በለኒ።

በረኸት፡ ባህ መታን ከይብለኒ ኢሉ ነታ መጽሓፍ ከም ዘድነቓ ክነግረኒ ከም ዘይደለየ ገሚተን ተዓዚበን ትም በልኩ።

ንጀነራል ኣለምሸት ደግፌ ቃለ-መጠይቕ ክንብረሉ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ምስ ከድኩ ከምዚ በለኒ፣

“ኣነ ኣየንበብክዋን፣ ኣባዱላ ኣንቢብዋ ግና ባህ ኣይበሎን፣ ’ታይ ዓይነት መጽሓፍ ዲኻ ጽሒፍካ? ከንብባ እደሊ’የ...”

ብትካል ስለያ ፈረንሳ ትዳሎ Indian Ocean Newsletter ኣብ ቀጽሪ 949 ሕታማ፡ “Yeburka Zimta (The Silence of Burka), a fictional account a bit too close to reality since it led to accusations of his having wanted to stir up passions between the Oromo and the Amhara communities.” ዝብል ኣብ ዓምድታታ ኣስፈረት።

ኣበበ ባልቻ ድማ ብቴሌፎን ኽምዚ በለኒ፣

“ኣዝየ ፈትየያ፣ ብፍላይ ድማ እቶም ሃዋኒ ዋቆ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ዝረኸቦም መንእሰያት.... ኣመና ስሒቕ። መኣዛ (ብዓልት-ቤቱ) ግና ኣይፈትወታን። ብፍላይ ኣስናቀ ዝብሃል ገጸ-ባህሪ ብልክዕ ኣይሃነጸን ዝብል ርእይቶ’ሎዋ። ደውለላ ኢኻ፣ ብዙሕ ርእይቶ ክትህበካ’ያ...”

ኣብ ህንጻ ከበደ፡ ኣብ ጥቓ’ታ ሊፍት ንደራሲ ‘ከቡስካ በስተጀርባ’ (ድሕሪ ቡስካ) ፍቅረማርቆስ ደስታ ምስ ረኸብክዎ ከምዚ በለኒ፣

“...ምጽሓፍ ማለት ከምዚ’ዩ። ንስቕታ ቡርቃ ከምቲ ኣዝዮም ዝፈትውዋ ማዕሪኡ ድማ ዝጸልእዋ ብዙሓት’ዮም። ንመጽሓፍተይ ዝምልከት ኣሽሓት ደብዳበ ተቐቢለ’ለኹ። ምሒር ዝጸለኣኒ ወይ ካብ ልቡ ዘድነቐኒ ግና ኣይረኸብኩን....”

ደራስን ጋዜጠኛን ሙሉጌታ ጉዴታ ብወገኑ፣

"ስቕታ ቡርቃ መጽሓፍ ካብ ትብሃል ኣርባዕተ ሚእትን ስሳን ሓደን ዝገጻታ ጋዜጣ 'ተትብሃል ምሓሸ፡" ኢሉ ኣናሸዋ።

ኣይገረመንን፣ ሙሉጌታ፡ ብዘይካ ገዛእ ነብሱ ንዝኾነ ሰብ ኣድኒቑ ኣይፈልጥን'ዩ። ሳሕቲ'ውን ምስ ገዛእ ርእሱ ይባኣስ'ዩ....

ሲሳይ ንጉሱ፣

"....ፖለቲካዊ ጉዳይ ኣልዒልካ ተነባቢ መጽሓፍ ምጽሓፍካ ዝድነቕ'ዩ፡" በለኒ።

ኣሰፋው ዳምጤ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ምስ መጽኡ፣

"ኣከራኻሪት መጽሓፍ'ያ" ካብ ምባል ሓሊፎም ካልእ ኣይበሉን።

ሓደ ዘይፈልጦ ኣንባቢ፡ ነታ መጽሓፍ ምስ ሓንቲ ሓጻር ደብዳበ ኣሰንዩ ብጾስጣ ዝሰደደለይ ድማ፣

"እዚ 'ክእለትካ ንቕዱስ ተግባር ዘይትጥቐመሉ። ኣምላኽ ከምታ ኢድካ ይፍደኻ። መጽሔት ጦብያ፡ ንመጽሓፍካ 'ብመርዚ ዝቦኽዐ ቅጫ' ኢላ ምግላጻ ሓቅነት ኣሎዎ። መርዚ ዘለዎ ቅጫ ድማ ኣብ ገዛይ ክሕዝ ስለ ዘይደሊ እመልሰልካ ኣለኹ፡" በለኒ። እዚ ግና ብመጠኑ ከየሰንበደኒ ኣይተረፈን።

ምስ ሓው ሌንጮ፡ ኣባጫላ ለታ ኣብ ተርሚናል ዱባይ ትራንዚት ተራኺብና ብሓባር ተመሳሕና። ኣነ ናብ ደሴት ሲሸልስ ንሱ ድማ ናብ ኣስመራ ይጉዓዝ ነይሩ። እናሰሓቐ፣

"....ምሰ'ንበብክዋ ኣመና ሓሪቐ፣ ነዛ መጽሓፍ ወዲ ኦሮሞ 'ተዝጽሕፋ ኢለ ተመንየ፡" በለኒ።

ዶክተር ሰለሞን ዕንቋይ፡ ብዓል ስልጣን ክልል ትግራይ'ዮም። ኣንቢቦም ፈትዮማ። ንሪፖርተር እፎይታ ጸዊየም ኣድንቐቶም ገለጽሉ። እቲ ሪፖርተር፡ ንኣኦም ቃለ-መጠይቕ ኣካዪዱ ለኣኸልና። ስብሓት ገብረእግዚኣብሄር ነታ መጽሓፍ ሃይስዋ ስለ ዝነበረ፡ ነቲ ህየሳን ነቲ ቃለ-መጠይቕን ብሓንሳብ ኣውጻእናዮ።

ጋዜጠኛ ወይን ኣታ'ክልቲ ናብቶም ዶክተር ደዊሉ፣

"ደራሲኣ ኤርትራዊ'ዩ። ምስ ሻዕብያ ይተሓባበር'ዩ ተባሂሉ'ውን ይጥርጠር'ዩ። ከመይ ጌርኩም ከምኡ ዝኣመሰለ ኣድንቐት ዝሓዘ ርእይቶ ትህቡ?" በሎም።

ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኵናት ይካየድ ስለ ዝነበረ፡ እቶም ዶክተር ፈራሑም "መኣረምታ ይውጻለይ፡" በሉ። ሪፖርተርና ምሰ'ዛራረቦም፡ "እቲ ደራሲ ኤርትራዊ ምኻኑ ስለምንታይ ዘይነገርካኒ?" ኢሎም ኣንጸርጸርሉ። ነቲ ዘረባ ንምዕጻው ናይቶም ዶክተር መኣረምታ ደብዳበ ኣውጻእናዮ። ነቲ መኣረምታ ኣታ'ክልቲ'ዩ ጽሒፍዎ። ሰሚዕና ከም ዘይሰማዕና 'ኽኣ ትም ኢልና ኣውጻእናዮ። እቲ መኣረምቲ

ተሓቲሙ ምስ ወጽኡ፡ ኣለምሰገድ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ጸዊዑ፣

“እንታይዩ እዚ?” ኢሉ ሓተተኒ።

“እቶም ዶክተር ከምኡ ዓይነት ርእይቶ ከም ዝሃቡ መርትዖ’ሎና። ኩተዓባብዮ ስለ ዘይደለኹ ከምታ ድሌቶም መኣረምታ ኣውጺኣሎም። ትግራዋይ ስለ ዝመሰልክዎም’ዮም ኣድኒቖምኒ፣ ከም ዘይኮንኩ ምስ ፈለጡ ግና ሓሳቦም ለዊጦም....” ኢለ ኣረዳእኩዎ።

ኣለምሰገድ ሕማቕ ተሰሚዕዎ ኣፋነወኒ።

ኣማረ ኣረጋዊ፡ ነታ መጽሓፍ ኣንቢቡ ከም ዝወደኣ ምስ ሰማዕኩ ተሌፎን ደወልክሉ። ብዙሕ ኣዕለልና፣ ብዛዕባ’ታ መጽሓፍ ግና ኣየልዓለለይን፣ ከም ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ትም ኢሉ፣ ትም ትም ትም ሕትምትም! ሻቡ ሓንቲ ግጥሚ ትዝ በለትኒ።

እኒ ኣብርሃም - እኒ ማቱሳላ
ዕድመ ዘናውሕ - ሰትዮም ካቲካላ
ኣይተዛረቡን ’ቲ ምስጢር ንማንም
ሰትዮም ትም ኢሎም - ትም ሕትምትም

ንእሽቴ ኣሰፋ ምኒልክ “ኣቱም” ክብሎም ዝግብኣኒ “ኣታ” ኢለ ስለ ዝዘንጠልክዎም፡ ሕማቕ ከም ዝተሰምየም ብዕላል ሰሚዐ። ኣብታ ሰሙን ድማ መጽሔት ሪፖርተር ክሳዕ ዝኣኽላ ወቕሰትኒ።

ናይ እስክንድር ጋዜጣታት ከምኡ’ውን ‘ሰይፊ ነበልባል’ ግና ሚዛናዊ ዝኾነ ርእይቶ ስለ ዘስፈራ ኣስደመመኒ።

ዶክተር ግሩም ላቀው ዝብሃል መተዓብይቲ ዓርከይ፡ ካብ ጀርመን ከምዚ ዝብል ናይ ኢ-መይል መልእኽቲ ለኣኸለይ።

“ምሉእ ለይቲ ቀም ከየበልኩ ኣንቢበ ወዲኡያ። ብዓንደ ርእሳ እዛ መጽሓፍ ዓባይ ስራሕ’ያ። ዘይንሰማማዓሉ ኣረኣእያ እንተ’ሎ ኸኣ ንሱ ብ’ሳልኣይ ደረጃ ዝስራዕ’ዩ። ብዝኾነ እንቋዕ ደስ በለካ!” በለኒ።

ዶክተር ሰለሞን፡ “ደራሲኣ ኤርትራዊ’ዩ” ምስ በልዎም ሰንቢዶም። ሰለሞን ሙሉ ታፈሰ ዝብሃል እተራእዮ ዝዛረብ ኣባል ናይ ብሕቲ ጋዜጣ ግና፣

“ኤርትራዊ እንተ ኾነኸ’ሞ እንታይ ድዩ? ዋላ ኣፍጋናዊ ዘይከውን! ነቲ ዘድንቕ ከድንቕ’የ...” ኢሉ ጸሓፈ።

ስብሓት ድማ ኣብ መጽሔት እፎይታ ከምዚ ዝብል ጸሓፈ፣

“ፈረንሳዊ ኣንድሬ ማልሮ (Andr’e Malraux) ንሰውራ ቻይና ዝተረኽሉ ቅዲ ኣዘኪራትኒ - ስቕታ ቡርቃ። ዝያዳ ምስኣ ትመሳሰል ድማ፡ እታ Ernest Hemingway ዝጸሓፋ ‘For whom the bell tolls’ ትብል’ያ።”

መኩሪያ መካሻ ብወገኑ፣

"ንተፈጥሮ ዘድንቕ ቃላት ሩስያውያን ደረስቲ ኣብታ መጽሓፍ ተኾሊያም ይርኣዩኻ፣ ናይ ቼኾቭ፡ ቺንጊዝ ኣይትማቶቭ፡ ቭላድሚር ናቦኮቭ ('Lolita' ኣብ 1955 ዝጸሓፋ) ኣሰራት..." ኢሉ ጸሓፈ።

ናይ ደገፍን ተቓውሞን ጽሑፋት ምስ በርከቱ፡ ደለይቲ ናይታ መጽሓፍ ድማ ብመንጽሩ ሰሰኑ። ቀዳማይ ሕታም ንእለቱ ተሸይጡ ተወድኡ። ካልኣይ ሕታም'ውን ተሓትመ። ነቲ ካልኣይ ሕታም ኣብ ማኪና እናጸዓንናዮ ኾለና ተኽሉ ተኽላይ መጺኡ፣

"ነጋዳይ'ምበር ተቐይርካ፡" በለኒ።

ነገር ምድላይ'ዩ።

"ሰረቕቲ'ዮም ነዛ ሃገር ኣሸጊሮማ ዘለው፡" በልክዎ።

"እንታይ ኢኻ ክትብል ደሊኻ?"

"ገንዘብ መንግስቲ ዝዘምቱ ኣባላት ኢህወደግ በዚሑም ማለተይ'የ።"

ድሕሪ ሓጺር ስቕታ፣

"መጽሓፉ ዝገዝኣ የለን ክብሃል እንድየ ደኣ ሰሚዐ። ከመይ ጌርካ ካልኣይ ሳዕ ኣሕቲምካያ?" በለኒ።

"ንስኻ ካበይ ኣምጺእካ ኣንቢብካያ?" በልክዎ።

"ካብ ሰብ ለሚነ።"

"ዶላር እናተኾፈልካ ከመይ ጌርካ ለሚንካ ተንብብ?"

"ናይ ምንታይ ዶላር?" በለኒ ስንብድ ኢሉ።

"ዝብሃል ዘሎ'የ ነጊረካ።"

"እንታይ'ዩ እብሃል ኣሎ?"

"ሕጂ ተሃዊኽ'ለኹ፣ ቻው። ቢራ 'ተጋቢዝካኒ ግና ኻልእ መዓልቲ ብዛዕባኻ ዝውረ ዘሎ ኽነግረካ'የ፡" ኢለ ሓዲገዮ ብግስ ክብል፡ ኢደይ ሒዙ ጠጠው ኣበለኒ።

ኣእዳው የንቀጥቅጣ ነበራ።

ሓቂ ይሓይሽ፡ ብዛዕባ ክፍሊት ዶላር ዝሰማዕክዎ ነገር ኣይነበረን። ኣብ ኣመሪካ ዝሸየጡ ናይ ትግርኛ ጋዜጣን መጽሔትን፡ ብዘይ ቅብሊት ብዶላር ከም ዝለኣኽሎም ስለ ዝፈልጥ ከሰንብዶ ኢለ'የ ከምኡ ኢለዮ። በዚኣ ነቲ ነገር ምድላዩ ግልብጥ ኣበልክዋ። ኢዱ ከም ዝፍንወኒ ምስ ገበርኩ፣

"ኣብ ውዕውዕ ንግዲ'የ ዘለኹ፣ ተሃዊኽ'ለኹ!" ኢለዮ ኾድኩ።

ናይ ቀደም ሓላፍተይ፡ መብዛሕትኦም ስቕታ ቡርቃ ብምጽሓፈይ ሕጉሳት ኣይነበሩን። እቲ ትረኻ ክውሓጠሎም ግና ተስፋ እንብር።

- 20 -
ተረካብ ዘረባ ኣሰፋ ማሞ

ሓደ መዓልቲ ስለ ዝረኣየት - ተቐዲዱ ነጸላ
ንዝተፈታትሑ ክትሰፋፍዮም ኢላ
መርፍእ ቅርብ በለት - መልሓሳ ስሒላ
ነጸላ ከምዚ በለ - ግርህ ኢሉ
“ንል ሓጺን መርፍእ - በቲ በሊሕ ገጽኪ
ኣነ ከይጉዳእ ቅድሚ ምሕሳብኪ
ነቲ ቀዳድኪ ክትዓብስዮ ኔሩኪ።”
ከምዚ ኸኣ በለቶ - መርፍእ ንነጸላ
“ሓወይ ነጸላ - ዓሻ ዲኻ ተታሳላይ
መኣስ ፈሊጥካዮ - እቲ ቀንዲ ስራሐይ
ንኣኻ ምልቃብኮዩ - እቲ ምብሳዕ ናተይ።”
መርፍእ ማለታ ኸይኑ - ከምኡ ምስ በለቶ
የዋህ ነጸላ ክትዕ ነይክኣሎ

(ግጥሚ - ኣቤ ጉበኛ)

ካብቶም ዘይርስዖም ተጋደልቲ ህወሓት ሓደ ኣሰፋ ማሞ ይብሃል። ኣሰፋ፡ ኣዝዩ ጥዑም ሰብ ነይሩ። መጽሓፍ ጽሒፉ ክሕትም ክቱር ድልየት ኔርዎ። ነፍሱ ይምሓሮ ነፍስሄር’ዩ...

ሓድሓደ ግዜ ቢራ ክንሰቲ ኸለና፡ ብዛዕባ’ታ ክጽሕፋ ዝሓሰበ መጽሓፍ የልዕለለይ ነበረ።

“ጀሚርካያዶ?” ኢለ ሓቲተዮ ሓደ መዓልቲ።

“ሓድሓደ ነጥብታት ይኣኻኽብ ኣለኹ፣ ከምዚ ትርእዮ ዘለኻ ግና ስራሕ ጽዒቑኒ’ሎ...”

“ብዛዕባ እንታይ ኢኻ ክትጽሕፍ ደሊኻ?”

"ውልቃዊ ናይ ቃልሲ ህይወተይ።"

"መኣስ ኢ'ኻ ትጅምራ?"

"ኣብ ኣእምሮይ ስለ ዘላ ውድእቲ'ያ። ዝተረፈ ብርዕን ወረቐትን ምውሳብ'ዩ። እንተ ጀሚረያ ክውድኣ'የ፣ ርግጸኛ ግና ኣይኮንኩን። ጽቡቕ ናይ ምጽሓፍ ክእለት ኣሎኒ ክብለካ ኣይክእልን'የ።"

"ደሓን ሒደት ካብ ትሕዝቶኣ ኣዕልለኒ፡" በልክዎ።

ክትር'ኽለይ ጀመረ፣

"ሓደ ግዜ ምስ ኢዲዩ ኵናት ገጢምና፡" ኢሉ ኑቲ ትረ'ኻ ጀመሮ፣ "....ኣነ ኣዛዚ መለስ ድማ ኮሚሳር'ዩ ነይሩ። ኢዲዩ ሓዪላ ኣብ ከበባ ኣእትያትና፣ ኣይክኣልናያን። ኣነ ሬድዮ ርክብ ሒዘ እእዝዝ ነይረ። ኢዲዩ፡ ኣብቲ ውልዕ ጥፍእ ዝብል ብርሃን ናይታ ሬድዮ ታርጌት ኣሲረን ታሕተዋይ ከንፈረይ ጀሊዐናኒ። ሽዑ ኣስናነይ ብኹሉ ረጊፉ..."

ትረ'ኻኡ ኣቋሪጹ፣

"...እዚ ትርእዮ ዘለ'ኻ ኣስናንን ከንፈርን ብምሉኡ ኣርተፍሻል'ዩ፡" ብምባል ኑቲ ትረ'ኻ ካብቲ ዘቋረጸ ቀጸሎ፣

"ከንፈረይ ጀሊዐናኒ፣ ኣስናነይ ድማ ረጊፉ... ድሕሪኡ ወዲቐ። መለስ ንኣይ ተኪኡ ኑቲ ኵናት መሪሕዎ። ኣብ መንጎኡ ንሳሚኤል ብሬድዮ ርክብ ገይረ ረዳት ሓቲተዮ..." ድሕሪ ምባል ከምብሓድሽ ትረ'ኻኡ ኣቋሪጹ፡ "...ሳሚኤል ፈሊዋካዮ'ለኻ?" በለኒ።

"ኣብ ቤት-ጽሕፈት ቀዳማይ ሚኒስተር ሓላፊ ጸጥታ ኮይኑ ዝሰርሕ ዘሎ ድዩ?" በልክዎ እናተጠራጠርኩ።

"ልክዕ ኣለ'ኻ፡" በለኒ። ቀጺሉ፣ "....ሳሚኤል ሓንቲ ጋንታ ሒዙ ምሉእ ለይቲ ክይድ ሓዲሩ ወጋሕታ ኣርኪቡና። ሽዑ ኢዲዩ መጥቃዕቲ ምስ ተኸፍተላ ገዲፉትና ሃዲማ። ኣብቲ ውግእ ሳሚኤል 'ተዘይረድኣና፡ ኣነን መለስን ሕጂ ብህይወት ኣይምሃለናን...."

ኣሰፋ፡ ንናይ ቃልሲ ተመክሮኡ ክጽሕፎ ከም ዘይክእል ርግጸኛ'የ ነይረ። ምኽንያቱ፡ ኣሰፋ ሓያል መዳሪ ደኣ'ምበር ጸሓፊ ከም ዘይኮነ እፈልጥ ነይረ'የ። ታሪኽ ውልቀ-ህይወት ክትጽሕፍ ብስሩ ቀሊል ኣይኮነን። ብርግጽ ብዙሕ ተመክሮ ኣሎዎ። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ኑቲ ውልቀ-ታሪኽ ባዕለይ ክጽሕፎ እሓስብ ነይረ፣ ይኹን'ምበር ክሕግዞ ኣይክኣልኩን፣ ግዜ'ውን ስለ ዘይነበረኒ ባዕለይ ክጽሕፈልካ'የ ኢለ ቃል ኣይኣተኹሉን።

ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ተሰዲደ ኣርባዕተ ዓመት ምስ ገበርኩ፡ ኣሰፋ ማሞ ክሕከም ናብ ፕሪቶሪያ መጺኡ ኽሎ ከይደ በጺሐዮ ነይረ። ሽዑ

ሒደት ኣዕሊልና ኔርና። ኣመና ተኻኢሉ ነበረ። ከም ዘይሓዊ'ውን ነጊሩኒ ነበረ።

ኣብ መወዳእታ ዕላልና ከምዚ በለኒ፣

"...ብዙሕ ዳያሪ ሒዘ ነይረ፣ ከይጸሓፍክዎ ግና ግዜ ኣኺሉ... ኣብዛ ዓለም እንታይ ዝተርፍ ነገር ኣሎ ኢልካዮ ኢኻ? እቲ ዘሕለፍናዮ እንተ ንጽሕፎ፡ እንተወሓደ መጻኢ ወለዶ ምተጠቕመሉ... እንታይ'ሞ ገበር? ንስኻ ክትጽሕፎ ሓሲብ ነይረ..." በለኒ።

ጽንሕ ኢሉ ድማ ዘይተጸበኾዎ ሕቶ ሓተተኒ።

"...እስከ ሓቂ ንገረኒ እንታይ ኪንካ ኾብሊልካ? ...ዝኾነ ብቑዕ ምኽንያት ኣይነበረካን... ንገረኒ... እንታይ'ዮም ገይሮምኻ?"

ኣሰፋ፡ ኣብ ኣፋፊት ሞት ስለ ዝነበረ ሓንቲ ከይሓባእኩ ዘርዚረ ኣዕለልክዎ። ብጽሞና ምስ ሰምዓኒ፣

"እሓዝን!" በለ ትክዝ ኢሉ፣ "...ብርግጽ ብዙሕ ጸገማት ኣሎ። እንታይ ይግበር ንሓድሕና እናተባላላዕና ንነብር ኣለና፡" በለኒ።

ድሕሪ ሒደት ሳምንቲ፡ ኣሰፋ ከም ዝዓረፈ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ተጻሒፉ ኣንበብኩ።

ኣሰፋ ወኪል ኢህወደግ ኣብ ኣመሪካ ኮይኑ ነዊሕ እዋን'ዩ ሰሪሑ። ኢህወደግ ንኣዲስ ኣበባ ምስ ተቖጻጸራ፡ ኣብ ዋሽንግተን ዲስን ከባቢኣን ንዝነበሩ ኢትዮጵያውን ኣኼባ ኣካይዱሎም ነይሩ። ኣብቲ ኣኼባ ድማ ሓያል ተቓውሞ ዝሓዙ ሕቶታት ተሓቲቱ ነበረ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝሃበ ዘደንቕ መልሲ ፈጺመ ድማ ኣይርስያንየ።

ካብቲ ዝሃበ መልስታት፡ ሓደ ክልተዶ ወስ ከብለልኩም።

"ኣብዚኣ ኣዶ ኣሰፋ፣ እስከ ብቕንዕና ንዘራረብ፡ ካብ ኩላቶም ተጋደልቲ ወያኔ እንግሊዝኛ ዝዛረቡ ንኣኻ ሓዊስካ ሓሙሽተ ጥራይ ኢኹም ይብሃል። ከመይ ጌርኩም ኢኹም ነዛ ሃገር ክትመርሑዋ?"

ኣሰፋ ቅልጡፍ መልሲ ሃበ!

"ንሕና'ኮ ንኢትዮጵያዊ ሓረስታይ ደኣ'ምበር፡ ንእንግሊዛውያን ሓራ ኣይውጻእናዮምን!"

ብርቱዕ ሰሓቕ ነታ ኣደራሽ ነቕነቓ።

"ገይሩሉ! ዓቢስዎ! ኣፉ ሸርኒርዎ!" ዝብል ዋዕዋዕን ዳእላን ናይ ዝተፈላለዩ ሰባት ምስቲ ሰሓቕ ቀጸለ።

"ኣዮ ኣሰፋ፡ ኣብዚኣ ኻልእ ሕቶ፣ .....ብቲቪ ኾም ንርእዮም ሰራዊትኩም ደቀቕቲ'ዮም። ነዊሕ እጅግኡ ተኸዲኖም ጀልጀል እናበሉ ኣብ ዋና ከተማና ይርኣዩ ኣለው! ኣዋሪድኩሙናከ!"

"ሓቂ'ዩ! 'ታይ'ሞ ክንገብር!? ኣዲሳባ ምስ ተቐጻጸርናያ ዝረኸብናዮ ወተሃደራዊ ዩኒፎርም ንኸብዳማት ጀነራላት ተባሂሉ ዝተሰፍየ'ዩ። ዓቑንና ክሳዕ ነስፊ ኸኣ በጃኹም ተዓገሱና።"

ብስሓቕ ትዋሕ!

ገሹ ወልዴ ኢዱ ኣልዓለ።

"ኣቶ ኣሰፋ፡.....ኣዲሳባ እንተ ተመሊሰ እንታይ የጓንፈኒ?"

"ዋላ ሓንቲ፣ ካብ ኤርፖርት ትኽ ኢልካ ናብ ቤት-ማእሰርቲ ትኣቱ።"

ብስሓቕ ትዋሕ!

"ኣብዚኣ... ኣብዚኣ.... ሓረስቶት ኢኹም! ምዕቡላት ኣይኮንኩምን! ነዚ ትኽሕዶዶ?"

ኣሰፋ ስሒቑ!

"ኣይክሕዶን! ምዕቡላት ኣይኮናን! ሓረስቶት ኢና! ዝተቓለስናሉ ምኽንያት ደኣ ደይ ንሱ'ዩ ነይሩ! ዘይምምዕባልና ግና ናትና ጌጋ ኣይኮነን። ድሓር ከኣ መን ምስ መርሓና ኢና ክንምዕብል?"

ኣሰፋ ማሞ እምብዛ መዳሪ ነበረ። መንግስቲ ሰማይ የዋርሶ!

- 21 -
ደብዳበ'ቲ ጋዜጠኛ

መቐደስ'ያ ሃገረይ - ኣድባር'ያ ሃገረይ
እናሓንስኩ እኽይድ - ዋላ ተተሰብረ እግረይ
ኣሎኒ ቁጸራ - ምስ ወላዲት ሃገረይ
ኣሎኒ ቁጸራ
ምስ ወላዲት ሃገረይ - ምስ ዘዕበየኒ ገደናይ

(ግጥሚ - ገብረክርስቶስ ደስታ)

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነብር ሓደ ፍሉጥ ጋዜጠኛ ፈታዊ ኣሎኒ። ኣብ 2005 ኣብ ዝተኻየደ መረጻ፡ CUD[21] ንዝተባህለ ተቓዋሚ ሰልፊ ደጊፍካ ብዝብል ምስምስ ካብ ክፍሊ ፕረስ ከም ዘባረርዎ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ምስ ኣንበብኩ ደብዳበ ሊኢ'ኸሉ። ንሱ ድማ ነዛ ትስዕብ መልሲ ሰዲዱለይ። ሓንቲ ቃል ከይወሰኽኩን ከየጕደልኩን ከም ዘላታ ከቕርበልኩም።

* * *

ስማዕ እስከ! ደሓን ዲኻ'ኸ?

ዝጻሓፍካለይ ፈላሚት ታሪኻዊት ደብዳበኻ በጺሓትኒ። ሰላምን ጥዕናን እናተመነኸ ኣመስግነካ። መቸም ኩሉ ኩነታትና ታሪኻዊ'ዩ። ባህልና ኾይኑ፡ ደብዳበና ታሪኻዊ፣ ሓላፍነትና ታሪኻዊ፣ መደረና ታሪኻዊ፣ ሰሓቕናን ብኽያትናን ታሪኻዊ፣ ኣማውታናን ኣቀታትላናን ከይተረፈ ገድላውን ታሪኻውን'ዩ። ዛንታና'ውን ንባዕሉ ታሪኻዊ'ዩ።

21 Coalation for Unity and Democracy

ታሪኻዊት ደብዳበኻ በጺሓትኒ።

ከመይ ባህ ኢሉኒ ይመስለካ? ኣመና ግና ደንጉያ። 21 ግንቦት ዝተጻሕፈት 29 ሰነ በጺሓትኒ። ታሪኻዊ ጉዕዞ'ያ ኣካይዳ። ንምኽኑ መኣስ ኢና ባህላዊ፡ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ... ሓላፍነትና ንስከም? ኣብዚ ህሉው ታሪኽ፡ ንታሪኽ ክንብል እናነበርና ከም ታሪኽ ንነብርን ንታሪኽ ክንብል ንመውትን ጉዳመኛታት ኴንና'ኮ ተሪፍና!

ኣይገርመካን?

ሓንቲ ናተይ'ያ ዝብላ ዘይብሉ ሕልኩስ ዝኾነ ወለዶ! ኣየሕዝንን! ኣብ ዓቕሚ ፈጠራ ጽውጽዋይ መጺኻ'ኳ፡ ናቱ ጽውጽዋይ ዘይብሉ ጽውጽዋይ ኣቦታቱ ዘዘንቱ ወለዶ! ንድሕረት፡ ከም ቲፎ ብውርሻ እናተቐባበለ ወራሲ ዘጫጭሕ ወለዶ!

ወዲ እኖይ፡ ፈን ኣቢሉኒስ ናበይ ደኣ'የ ኾይደ?

ናተይ ነገር ከምኡ እንድዩ። ድንግርግር ኢሉኒ መስመር ህይወተይ ስሒተ ኣለኹ። ኣምላኽ ድማ ሓድሓደ ግዜ እንተ ዘይፈቐዱ ህልኽኛ እንድዩ፡ ተዓኒደ መስመር ህይወተይ ስሒተ እናበልኩሲ ተስዓ ዓመት ከይህበኒ'ሞ ጉደይ ከይቅላዕ'ዩ ስግኣተይ። ርኣዮ'ሞ! ሓምሳ ዓመት ዒቕ እናበለንስ ተስዓ ክሕቕፈኒ!?

ዝኾበርካ ፈታዊየይ! እፈትወካ ነይረ...

ሰብ'ኮ ብቐሊሉ ኣይፈቱን'የ። ሰብኣውነት ስለ ዘይብለይ ከም ዘይኮነ ግና ትፈልጥ ኢኻ? ኣነ ኣይፈልጥን'የ። ነፍሰይ ንባዕላ እንታይ ከም ትደሊ ከይፈለጥኩ እነብር ኣለኹ። ንስኻ ድማ ካብ ስራሕ ከም ዝተባረርኩ ብዜና ሰሚዕካ መጸናንዒ ደብዳበ ጽሒፍካለይ። ዓሻ ኢኻዶ ክብለካ? ዝኾነ ሰብኪ እንታይ ስራሕዶ ኣሎዎ'ዩ? "ስራሕ" ትብል ቃል ብልክዕ ንተርጉማ እንተ ንብል'ኮ፡ እንጀራ ሕሱም፡ ዕላማ፡ ባህጊ፡ ድልየት.. ኮይኑና ይኹውን'ምበር ሰራሕና ንፈልጥ ኣይመስለንን። ስራሕ እንተ ኢልና'ሞ ከማና ናይ ስራሕ ህዝቢ ተራእዩ ኣይፈልጥን'ዩ። እቲ ቅኑዕ እምነተይዶ ክነግረካ? ቀደም'ውን እንተ ኾነ ከምቲ ዝተፈቕደለይ'ምበር፡ ከምቲ ዝምነዮ ነቢረ ኣይፈልጥን'የ። ምንባር ማለት ከምዚ እንተ ኾይኑ ትርጉሙ፡ ዘሰክፍ ምጸት'ዩ።

ብዝተረፈ ኣብ ኣዲስ ኣበባ እንታይ ሓዲሽ ነገር ኣሎ ኢልካ ሓቲትካኒ እመስለኒ? እንታይ ሓድሽ ነገር ክህሉ ደኣ? ሓዲሽ ነገር ንምቕባር'ምበር፡ ሓዲሽ ነገር ንምምሃዝዶ ተፈጢርና ኢና! ንዕድመ ሰዓትን ፈረቓን ኣይትጨነቕ። እቲ ዝኾፍኣ ድማ፡ እዛ ዕድመ ሰዓትን ፈረቓን ሕነኣ ከየርኣየትካ ዘይምውዳኣ'ዩ።

ሕጂ ዋዛ ገዲፍካ፡ ካብታ ንምጽሓፍ ትተርፈካ ግዜ፡ እምኒ ሴርካ ድዩ ባኮ ተሰኪምካ ንኽራይ ገዛ ዝኾውን ገንዘብ ስደድ። እዚ ድማ

ንነፍስኻ ክትብል ኢኻ ተገብሮ። ሓቀይ’የ! ኣበይ ቀሲነ ደኣ’የ እሞ በየናይ ኣድራሻ ክጽሕፈልካ?

ብዛዕባ ፍልስፍናይ ዘልዓልካዮ ነገር ኣሎ! ኣነ ወዲ ገጠር ምኳነይ እፈልጥ’የ። ኣብ ኣዲሳባ ምንባር ማለት ምዕቡል ሰብ የብለካ ማለተይ ኣይኮነን። ሓደ ነገር ግና እፈልጥ፣ ንሱ ድማ’ዩ ካብ ኩሎም ደቂ ዓደይ ዝፈልየኒ። ኩሉ እምነተይ፡ “ሰብ” ኣብ እትብል ቃል ዝተሰረተ’ዩ። ሰብ ማለት ድማ ንኣይ ዓሌት ወይ ኢትዮጵያውነት ዘይኮነስ፡ ኣምላኽ ኣብዛ ደረት ኣልቦ-ምድሪ ብኣምሳሉ ዝፈጠሮ ኩሉ ሰብ ንኣይ ሰብ’ዩ።

ከምዚ ኽይሓስብ ዝኽልክለኒ የለን። ኣምላኽ ንውልቀይ ፈጢሩኒ ንውልቀይ ድማ እነብር ኣለኹ። ዋላ ወገናዊ ክኸውን’የ እንተ በልኩስ ብኽመይ ክኸውን እኽእል? ብዘይካ’ዚ፡ ዋላ’ኳ ባህገይ ኣይስመረለይ መንፈስ ደራሲ ከም ዘለኒ ኣይትረስዕ። ከምኡ ስለ ዝኾነ’ዩ ኩሎም ፍጥረታት ሓባራዊ ስምዒት ዝፈጥሩለይ።

ኦ ፈታዊየይ! ቅኑውን ሕያዋይን ምኳንካን ዘይምኳንካን ነፍስኻ ሕተት’ምበር ብዛዕባ ሰባት ሕማቕ ክትሓስብ ግዜኻ ኣይተጥፍእ። ኣብዛ ብሓጥያት፡ ብምድንጋርን ብጭካነን ዝበዝዐት ምድሪ፡ “ግብርኻ የውጽ’ኻ” ተባሃሂልና ዝተበታተንና ጉዳማት ምኳንና ኣነ ንኣኻ ክነግረካ ኣለኒ ማለት ድዩ?

እንተ ኽኢልካ ሓደ ነገር ግበር። ዕድመን ጨርቅን ከምዛ ዋዛ ይኣርገ’ዮም እሞ፡ ቅድሚኡ ሰይጣን ድዩ መልኣኽ ሕሹኽ ምስ ዝብለካ ወይ ድማ ኣብ ውሽጢ መንፈስካ ዝድውል ነገር ክህሉ ከሎ ጽሓፍ! እዚ ጻውዒት ናይ ህይወትካ’ዩ! እዚ ተውህቦ ድማ ንዋዛ ዝተወሃበካ ከይመስለካ። ተውህቦ ባዕሉ ዕድመኻ ብኽመይ ከም ትፍጽሞ ተፈጥሮ ዝዓደለካ መዘናግዒ’ዩ። ሓንዳይ፡ ነዳቓይ... ኹሉ እሰርሕ ኣለኹ እናበለ’ዩ ዝነብር። እዞም ኩሎም ሰሪሐ እነብር ኣለኹ እናበልካ ከይሓሰብካዮ ኩንትራትካ ትውድኣሎም ሚላታት’ዮም። በቃ! ህይወት ከምዚ ገይራ’ያ መዓልትኻ ትውድኣ።

ስለዚ ዝድንቕ ስኢነ ኢልካ ትጭነቕሉ ነገር ክህሉ የብሉን። በቃ! ክትነብር ንበር እንተ ሚትካ ድማ ሚትካ ኢኻ! ብወገነይ ክሳዕ እዛ ደቒቕ ንሰብ ዘለኒ ፍቕሪ ኣይተጸንቀቕን። ብጽልኢ ዝነብር ሰብ ሪኺኻ ትፈልጥ? ብፍቕሪ እንተ ዘይኮይኑ?

ብዝተረፈ እቲ ኣብ ደብዳበኻ ጽሑፍካዮ ዘለኻ ዘገርም’ዩ። ብፍላይ እቶም ኣብ ዛምቢያን ሞዛንቢክን ዘጋጠሙኻ መሰናክላት ልበይ ተንኪፎምኒ’ዮም። ኣብ ልዕሊ ሰባት ዘለኒ እምነት ንኽሓይል’ውን ሓጊዞምኒ ኣለው። ዱባለ፡ እቲ ናይ ዘመንና ፖለቲከኛ ዘይርስየ ሰብ’ዩ። ኣዘናትዋኻ ኣመና’ዩ ዘስሕቕ፣ ኣነ ግና ኣይሰሓቕኩን። ከረጺት

ንብዓተይ ነቒጹ ኮይኑ እምበር፡ ፈቐ ኢለ እንተ ዝበኪ ምሓሸኒ።

እቲ ቢሾፍቱ! ቢሾፍቱ! ምንባዕካ ግና ደስ ኣይበለንን። ዝሓወይ... እዚ ህዝቢ'ዚ ዝሓዘ ሒዝዎ መራሒ ስኢኑ'ምበር፡ ኣብ ሃገሩ ተስፋ ቆሪጹ ሃሙን ቀልቡን ካብ ዝኾብልል ደኣ መኣስ ሓጺር እዋን ኮይኑ።

ከም ገብረክርስቶስ ደስታ ብዝወጻኸዎ ክተርፍ'የ ኢልካ ትወላወል እንተሊኻ ኳይንካ፡ ጽቡቕ ኣይኮነን። ብዝወጻኻዮ ኣብኡ እንተ ተረፍካስ እንታይዶ ኣሎዎ'ዩ? በቃ! ኣብቲ ዘለኻዮ ኣብኡ ትመውት። ምስዳድካ ዘይተረፈካ ግና ናብ ኣመሪካ እንተተቕንዕ ምሓሸካ። ቀደሙ'ውን ካብ ሲያትል ዘምልስ ኣይነበረካን።

ዝኾነኾይኑ ከምቲ ዝበልኩኻ ካባኻ ዝጽበዮ ነገር ምጽሓፍ ጥራይ'ዩ። እታ መዘክር'ቲ ጋዜጠኛ ብዝብል ኣርእስቲ ጀሚረያ ኣለኺ ዝበልካኒ መጽሓፍ ከኣ እባ ተወዲኣ ከንብባ ተሃንጥየ'ለኺ። ዘዝጸሓፍካዮ ኣቐዲምካ እንተ ትልእኽለይ ጽቡቕ ነይሩ። ከምቲ ዝሰጋእካዮ ብኡ ኣቢልካ መኺክካ ትተርፍ እንተ ኾይንካ ግና፡ ንሕና ከም ዝኸውን ክንገብሮ ኢና።

ደሓን ኩን!
ክጽሕፈልካ'የ!

- 22 -
ደሓን ኩኒ ሲያትል!

ደሓን ኩኒ - ማዓ ሰላማ
እቲ ጌጋ ኣይኮነን - ካብ ክልተና
ፍቕሪ ስለ ዝኾነዩ - ጽድቅን ኩነኔን
ንስኺ ንስኺ ምኳንኪ - ኣነ ኣነ ምኳነይ

(ግጥሚ - መንግስቱ ለማ)

ዓሰርተ ዓመት ንድሕሪት ተመሊሰ ከዋግዓኩም.....

...ልዕሊ ክልተ ሽሕ እንሽውን ሰራሕተኛታት፡ ጉያ ብዝመስል ቅልጣፈ በቲ ናብቲ ፋብሪካ ዘእቱ ገማግም ናይቲ ውቅያኖስ ንውሕዝ ኣለና። መሬት ጌና ኣይወግሐን። ካብቲ ውሽጢ'ቲ ከቢድ ጸልማት፡ ኣብቲ ውቅያኖስ ዝርከባ ኣዕዋፍን ካልኦት ፍጡራትን ጭቕጫቕታ ይስማዕ ኣሎ። ሰማይ ምብራቕዊ ወገን ሲያትል ዋሽንግተን ክበርህ'ኳ እንተ ጀመረ፡ በቲ ኣብ ወሰናስን ናይቲ ውቅያኖስ ዝተተኽሉ ኣዕኑድ መብራህቲ እናተሓገዝና ንስጉም ኣለና። ታህዋኽ ዝዓብለሎ ስጉምትና፡ ንመገድና ወተሃደራዊ ጉዕዞ ኣምሲልዎ ይርከብ።

ኣፍሪቃዊ ስለ ዝኾንኩ፡ ኑቲ ባህ ከይበለኒ ዝሰርሖ ዘለኹ ስራሕ ተለማሚደዮ። ቅድሚ ሒደት ዓመታት ክቡር ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ ነይረ። ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ'ውን ናይ ሓንቲ ፍልጥቲ መጽሔት ኣሰናዳኢ ነይረ። ሕጂ ድማ፡ ካብቶም ኣብ ፋብሪካ ምዕሻግ ዓሳ ዝሰርሑ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰራሕተኛታት ሓደ'የ። ግዜኡ መወዳእታ 1995 ....

ጌና ከይወግሐ ቀጽሪ 305 ኣውቶቡስ ተሳፊረ ናብ ማእከል ከተማ እኳቱ። ድሕሪኡ መገዲ ዕስራ ደቒቕ ብእግረይ እኸይድ።

ክልተ ብዕድመ ዝደፍኣ ኣደታት፡ ስጒም ስጒም እናበላ ሓዲገናኒ ተዓዝራ። ሓበሻ'የን፣ ከምዚ ክብሃላ ሰማዕክወን፣

"እዚ ስራሕ'ዚ፡ ደቅና'ምበር ንሕና ክንሰርሖ ኣይምተገብአን።"

"እንታይ'ሞ ይገበር! እንጌራ ሕሱም ኮይኑና።"

"ሕጂስ ነዕርፈሉ ግዜ'ዩ ነይሩ!"

ሓሊፈናኒ ተዓዝራ። ብትግርኛ ዝዘራረባ ኤርትራውያን'የን። እዛ ከተማ ኣድካሚ ናይ ጉልበት ስራሕ ብዝሰርሓ ኤርትራውያን ኣደታት ዝተጎብኣት ምኳና ተዓዚበ። እተን ኣብ ሲያታል ታይምስ ዝብሃል ቤት-ማሕተም ጋዜጣ ናይ ለይቲ እብረ ዝሰርሓ ኤርትራውያን ኣደታት፡ ካብ ምብዘሓን ዝተላዕለ ኑቲ "ሃርሊ" ዝብሃል ኣካያዲ'ቲ ትካል "ሃይለ" እናበላ'የን ዝጽውዓኣ። ንሱ'ውን ትግርኛ ምዝራብ መሊኹ'ዩ።

ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ፡ ናብቲ ዝሰርሓሉ ኣደራሽ ኣትየ፡ ጸጉረይ፡ ጭሕመይ፡ ኣእዳወይ ብፕላስቲክ ጓንቲ ተሸፋፊነ ዓሳ ክዕሸግ ተዳሊኹ። ስራሕና ከም ዝኣተና ዘረጋግጽ ኣብ ፊትና ብስምና ዝተዳለወ ካርድ ማሕተም እናወቓዕና ተኣ'ኻሽብና።

እንሆ! ተገራፎም ዝደረቑ ዓሳታት ዝሓዘ መንኩርኩር ክሕንበብ ጀመረ። ስራሕና ነቶም ዓሳታት ኣብ ውሽጢ ባኮ ምጽፍጻፍ'ዩ። ነቶም ኣብ ባኮታት ዝተጸፍጸፉ ዓሳታት ብፕላስቲክ እትዕሸግ ጉጅለ ኣላ። ነቲ ዝተዓሸገ ንኣሽቱ ባኮታት ናብ ካልእ ገዝፍቲ ባኮታት ብፎርክሊፍት ትጽዕን ካልእ ጉጅለ'ውን ኣላ። እቲ ስራሕ ሩቲናዊ'ዩ። እቲ ማሽን ካብ ወጋሕታ ክሳዕ ለይቲ ከሽከርክር ይሓድር። እቲ መንኩርኩር ኽዘውር ከሎ ርእስና'ውን ምስኡ'ዩ ዝዘውር። ብዝኾነ ኣብዚ ቦታ ክትሰርሕ ርእሲ ኣየድልየካን'ዩ። ዘይከውን ኮይኑ'ምበር፡ ርእስና ከም ቆብዕ ኣብ ገዛና ሓዲግናያ ምመጻእና። ኣብዚ ቦታ ክትስርሕ ኣእዳውካ ጥራይ ሒዝካዮም እንተ መጺእካ እኽል'ዩ።

ሸሞንተ ሰዓት ምስ ሰራሕና ክንፍደስ ከለና'ውን ካልኣይ ሳዕ ማሕተም እናወቓዕና ናብ ቦታና ዝወስዳና ኣውቶቡሳት ንጽበ። ህይወት ከምዚ እናበለት'ያ ትሽክርክር! ዘንትእለት! ኣመሪካ ዝሽክርክር መንኩርኩርኩራዊ ህይወት!!

ኣብዚ ስራሕ ካብ ዝጅመር ዓሰርተው ትሽዓተ መዓልቲ ኣቑጺረ እርከብ። ንኣይ ግና ብሓቂ ዓሰርተው ትሽዓተ ዓመታት ኮይኑኒ'ሎ። ቅድሚኡ፡ ኣብ ከተማ ኣብ ሓደ ቤት-ጽሕፈት ሰራሕተኛ ጽሬት ኮይነ ኣብ ናይ ለይቲ እብረ እሰርሕ ነይረ። ሓደ ሰሙን ምሉእ ምስ ኣጽረኹ ግና፡ እቲ ርስሓት ብምሉኡ ኣብ ርእሰይ ዝመልአ ኾይኑ ስለ

እተሰምዓኒ ኑቲ ስራሕ ጠንጢነዮ ሃደምኩ።

ቀጺለ ባኒ ናይ ምሽካም ስራሕ ጀመርኩ። ኽልተ መዓልቲ ግና ኣይሰራሕኩን። ባኒ ዝመልኡ ባኮታት እናጸዓንኩ ምስ ነፍሰይ ከምዚ እናበልኩ የዋግዕ ነበርኩ፣

"ሕራይ ጋዜጠኛ! ባኮ ትጽዕን ኣለኻ! ርእሲ ባኮ! ወኒኻ'ውን ባኮ'ዩ። ኣዕሩኽትኻን ኣዝማድካን 'ኣመሪካ'ሎ' እናበሉ ብኣኻ ይሕበኑ'ለው! 'ክምሃር'የ'ዶ ትብል ኣይነበርካን? ኣበይ ደኣ'ሎ እቲ ትመሃሮ ዘለኻ? ዶላር ኢኻ ኽኣ ትኽፈል! ሃብሮም ብዓል ባኮ! ኣብ ኣመሪካ ኢኻ ትነብር! በል መሳርሕትኻ መን'ዩ ሽሙ? ኣሽንኳይዶ ሽሙ ካበይ ሃገር ከም ዝመጸ'ውን ኣይትፈልጦ ኢኻ! ትንፋስካ ክሳዕ ትሞሉኞ ትሸኞል ኣለኻ! ገዛኻ ኣቲኻ ኣብ ዓራት ትድርበ! ርእሲ ባኮ!"

ነፍስኻ ምውራድ ስለ ዝኾነኒ፡ ነቶም ባኒ ዝመልኡ ባኮታት ደርብየ እንሆ ኣብዚ ዓሳ እዕሽግ ኣለኹ። እቶም ዓሳታት ኣይውድኡን'ዮም። ሰዓት ምንኞ ኣይብልን'ዩ። ሓደ ሰዓት ኣብ ዘይመልእ ግዜ፡ ልዕሊ ሽሕ ዝኾኑ ዓሳታት ዓሺግና ኣለና። እዋን ምሳሕ ግና ኣመና ርሒኞና። ነታ ኣብ ቅድመይ ተንጠልጢላ ዝነበረት ዓባይ ሰዓት ቅንዕ ኢለ ክርእያ ኣዝዩ ኣጸጋሚ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብዛ ሓጻር ህሞት ኣብቲ መንኰርኰር ዝተጻዕኑ ዓሳታት እናነጠሩ ክወድቁ ይኽእሉ'ዮም። እቲ መንኰርኰር ይዘውር! ደው ዘብሎ የለን። እንተ ዘይተባላሽዩ ይዘወር...

ተመስገን ኣምላኽይ!

ሃንደበት እቲ መንኰርኰር ደው በለ። ዝኾነ ቴክኒካዊ ብልሽት ኣጋጢምዎ ኣሎ ማለትዩ። እፎይ! ዕረፍቲ ስለ ዝረኸብኩ ብሓጐስ ዓበድኩ። ትንፋሰይ ኣኻኺበ ናብቲ ኣብ ገነነይ ዝነበረ ሰራሕተኛ ቅርብ በልኩ። እቲ ሰራሕተኛ፡ ኣፍንጫኡ ምስ ገጹ ዘይትማጣጠን ጎባጥ ከም ጉራደ ኮይና፡ ኣዒንቱ ድማ ኣብ ጉድጓድ ዝጠለቓ'የን ዝመስላ።

"ሰላም!" በልክዎ።

"ሰላም!"

"ካበይ መጺእኻ?"

"ካብ ዒራቕ።"

"እንታይ ኪንካ ተሰዲድካ?"

"መምህር'የ ነይረ። ጭኮና ሳዳም ሑሴን ክጻወሮ ስለ ዘይክኣልኩ ናብዚ መጺአ። እንሆ ድማ ኣብዚ ዓሳ እዕሽግ ኣለኹ። ኣብ ሓደ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ መምህር ናይ ኬሚስትሪ'የ ነይረ። ንስኻኽ ካበይ መጺኻ?"

"ካብ ኢትዮጵያ፣ ጋዜጠኛ'የ ነይረ።"

"ኣብ ዓድኹም ዲሞክራሲ የለን ድዩ?"

"ናይ ይምሰል ዲሞክራሲስ እባ'ሎ። ኣነ ግና ዝኾነ በደል ከይበጽሓኒ'የ መጺአ።"

"እሞ እንታይ ክትገብር ደኣ መጺኻ?"

"ኩሉ ህዝቢ ናብዚ ይመጽእ ኣሎ ኢለ።"

እቲ መንኰርኰር ተዓርዩ ዓሳታት ክመጽኡ ስለ ዝጀመሩ ዕላልና ተቓረጸ።

ድሕሪ ፍርቅ-ሰዓት ግና ርእሰይ ክዞረኒ ጀመረ። እቲ መንኰርኰር ጠጠው ኢሉ ኣሎ። ዋላ ጠጠው ይበል'ምበር ቡቲ ናይቲ መንኰርኰር ቅልጣፈ ግና ዝዘውር ዘለኹ ኾይኑ ተሰምዓኒ። ነቶም ዓሳታት ካብቲ መንኰርኰር ብልክዕ ከልዕሎም ስለ ዘይክኣልኩ፡ ካብ ኣእዳወይ ክነጥቡ ጀመሩ። ኣዒንተይ ዓመትክወን፣ መሊሰ ከፈትክወን። ጸኒሐ ውነይ ክፈልጥ ጀመርኩ። ጠጠው ኢለ ኣለኹ፣ መንኰርኰር ክዘውር ጀመረ።

እቶም ዓሳታት ካብታ መንኰርኰር መሊኦም እናነጠሩ ክወድቁ ስለ ዝጀመሩ፡ ብስጻኛ ክዛረብ ዝቐሎ ድንበልቡል ዝበለ ላቲናዊ፡ በንፍጫኡ እናገዓረ ናበይ ገጹ መጽአ። እንታይ ይብለኒ ከም ዘሎ'ኳ እንተ ዘይሰማዕክዎ፡ ይጸርፈኒ ከም ዘሎ ግና ኣይሰሓትክዎንን። ኣብ ኣመሪካ ክነብር ከም ዘይክእል ስለ ዝገመትኩ፡ ኣብዛ ደቒቕ እዚኣ ናብ ሃገረይ ክምለስ ወሰንኩ።

ነቶም ዓሳታት ሓዲገ ቡቲ መሳልል ንታሕቲ ገጸይ ወረድኩ። ኣብ ርእሰይ፡ ጭሕመይን ኣእዳወይን ዝነበሩ ብፕላስቲክ እተሰርሑ ጓንቲ እናምሎቕኩ ናብቲ መውጽኢ ኣፍደገ ኣምራሕኩ። እቲ ተርባብ ላቲናዊ ብዘይሰምየ ቋንቋ እናገዓረ ደድሕረይ ሰዓበ። መልሲ ከይሃብክዎ ነቲ ኣብ ፊተይ ዝነበረ ስመይ ዝሰፈሮ ማሕተም ሃሪመ ግዳም ወጻእኹ!

ፍርቅ-መዓልቲ ኣይኣኽለን።

ሓጋይ ብምኻኑ ኩነታት ኣየር ሲያትል ፈተኽዎ። ሲያትል ግርምቲ ከተማ'ያ። ሽማግለታትን ዓቢይትን ዝበዝሑዋ፡ ምስ ካልኦት ግዝኣታት ኣመሪካ ኣወዳዲርካ ዝሑል ኣየር ዘለዋ፡ ዕግርግር ዘይብላን ሓበሻ ዝፈትውዋን ከተማ'ያ። ምስ ኣሽሓት ሰራሕተኛታት ብጸልማት እናኸድኩ ዝመላለሶ ዝነበርኩ ፋብሪካ፡ ኣብ መበል ዓሰርተው ትሽዓተ መዓልተይ ብኽምዚ ዝበለ መገዲ ስራሐይ ደው ኣቢለ ከይተሰናበትኩ ወጻእኹ። ልክዕ ከምዚ ጎታን ጸጉረይ ዝተቐምቀምክዎ ድማ ፍኹስ በለኒ። ኣብ መገዲ ሰብ ዝብሃል የሎን፣ ሓሓሊፈን ጥራይ መኻይን ይርኣየ!

ናብ ኣመሪካ ብዕረፍቲ'ኳ እንተ መጻእኹ፡ ንእግሪ መገደይ ዝሰርሑ ሰራሕ ግና ተዋሂቡኒ ነበረ። ምስ ወያኔ ናይ ምቕጻል ድልየት ስለ ዘይነበረኒ፡ 'ኣይምለስን'የ' ኢለ ወዲአዮ ነበርኩ። እንተኾነ ግና ኣብ ኣመሪካ ክነብር ከም ዘይክእል ተረዲኡኒ ነበረ።

ከምዚ እናበልኩ በይነይ ብዓውታ ጨደርኩ!

"ኣመሪካ! ጅንስኪ ወሲድኪ ክብረተይ ምለስለይ!

ኣውቶቡስ ተሳፊረ ማእከል ከተማ ምስ ኣተኹ፡ ዝተጠብሱ ዓሳታት ክሽየጡ ርእየ ደመይ ፈልሓኒ። እቶም ክዕሽነም ዝኽረምኩ ዓሳታት እናተጠብሱ ይሽየጡ ኣለው። ማእከል ከተማ ሲያትል፡ ሰሙን ምሉእ ዋዒ ዝዓብለሎ ኩነታት ኣየር ይውዕል። ዘገም እናበልኩ ኣብቲ ገማግም ናይቲ ውቅያኖስ ዘወን በልኩ። ብርግጽ ኣርሒቕ ብምምጻአይ ብሕትውና ተሰሚዑኒ'ሎ። ልክዕ'ዩ በይነይ ኣይኮንኩን፣ ምስ ሕጽይተይ ስለ ዝመጻእኹ ሓንቲ ክፍሊ ተኻሪና ንነብር ኣለና። ህይወት ትብሃል ጽብቕቲ ጓል'ያ። ክልቴና ናብ ሲያትል ተመራሪሕና ስለ ዝመጻእና ኣጋይሽ ኢና። እንተኾነ ግና፡ "ናብ ኢትዮጵያ ንመለስ" ዝብል ሕቶ ከልዕለላ ስለ ዝጀመርኩ ክንጨቓጨቕ ጀመርና። ኣዝማድ ክልቴና ድማ ከም ጽሉል ቆጺሮምኒ'ለው። ንሳ'ውን ብኣይ ተስፋ ከም ዝቖረጸት ኣስተውዒለላ'ለኹ።

ህይወት ለይትን መዓልትን'ያ ትሰርሕ። ኣብ ትርፊ ግዜኣ ድማ፡ ቀዳም ለይቲ ኣብ ሓደ ቤት-ማሕተም ጋዜጣታት ከትድርድር ሓዲራ ክወግሕ ከሎ መጺኣ ሕቐይ ድረዚኒ ትብለኒ። ሕቐኣ ክደርዛ ከለኹ ግና ድቃስ ሒዙዋ ህልም ይብል። ብኽምዝን ወድኽምዝን ነብሰ-ስጋኣ ክሳዕ ዝፈላለ ስርሕ ሓዲራ፡ ሰማንያ ዶላር ሒዛ ትመጽእ። ኣየ ኣመሪካ!

ስራሕ ምስ ኣቋረጽኩ ንነፍሰይ ከም ቱሪስት'ያ ቁጺረያ። ናብ ኣዲስ ኣበባ ደዊለ ንናይ ቀረባ ሓላፊየይ ኣለምሰገድ ገብረኣምላኽ ብምድንጓየይ ይቕሬታ ሓቲተ፡ "እመጽእ ኣለኽ!" በልክዎ። ቀጺለ ናብ ቤት-ጽሕፈት መጽሔት እፎይታ ደወልኩ። ኣብቲ እዋን መሳርሕተይ ዝነበረ ደረጀ ደስታ ተቐቢሉ፣

"ኣመሪካ ከመይ'ዩ?" ኢሉ ሓተተኒ።

"ድሕሪ ዓሰርተ መዓልቲ ኽምለስ'የ።"

"ኣነ'ውን ተጸብየካ ነይረ።"

"ሓቅኻ ዲኻ?"

"እወ! ኣመሪካ ንኣኻ ዝኸውን ዓዲ ኣይኮነን።"

ሰንበት ሰንበት፡ ብሮድወይ ኣብ ዝብሃል ዞባ ዝርከብ ቤተ-ክርስትያን እናኸድኩ'የ ግዜ ዘሕልፍ። ዋላ ደስ ኣይበለኒ፡ ኣማራጺ

ስለ ዘይብለይ ኣብኡ ከይደ ምስኦም እውዕል። ኣብቲ ቤተ-ክርስትያን፡ ኣብ እዋን ጸሎት ካብ ባዶ ተበጊሶም ዝነብዑን ዝበኽዩን ይበዝሑ።

ሓደ መዓልቲ ኣብ ጐነይ ኮፍ ኢላ ዝነበረት ጓል ከምዛ ሰብ ዝሞታ እናተነኽነኸት ትከኪ ስለ ዝነበረት፡ ከብዲ ኢዳ በጻብዕይ እናደራረዝኩ ኣጸናናዕክዋ። ቀሰይ ኣቢለ ምስ ደራረዝክዋ፡ ብኡንብኡ ኣዒንታ ከም ከዋኽብቲ ደመቐ። ንብዓታ'ውን ህልም በለ።

"ረቢሸካዶ? ኣይትሓዘለይ! ፈትየ ኣይኮንኩን፡" በለት።

"እንታይ'ዩ እቲ ጸገም?"

ቕሩብ ድሕሪ ምምታእ፣

"ጋሻ ኢ'ኻ ሓቐይ? ኣብዚ ርእየካ ኣይፈልጥን'የ።"

"እወ፡ ጋሻ'የ።"

"እቲ ሓቂዶ ክነግረካ?"

"ንገርኒ ክፈ'ዩሰኪ'ዩ።"

ተኪዛ እናንቀጥቀጠት ዘብክያ ዝነበረ ምኽንያት ኣዕለለትኒ።

"እንታይ ይመስለካ!? ይልማ ዝብሃል ሰብኣይ ኔሩኒ። ኣነ ሲትዘን'የ ተረዲኡካ? ንሱ ወረቐት ኣይነበሮን። ዘፍቐረኒ መሲሉኒ ተመርዒና። ድሕሪ ኽልተ ዓመት፡ ብቐድሚ ትማሊ ዓርቢ ወረቐት ረ'ኺቡ... ተረዲኡካ? ብኣይ'ዩ ረ'ኺብዎ! ተረዲኡካ? ሽዑ እንታይ ከም ዝገበረ ትፈልጥ? ወረቐቱ ዓርቢ ተቐቢሉ... ቀዳም ንግሆ ሳንጣኡ ሒዙ ራሕሪሑኒ ኺይዱ..." መሊሳ ክትንኽነኽ ጀመረት። "...ከምዚ ይግበር? ወረቐት ደልዩዩ ተመርዕዩኒ ማለት ድዩ? ሕራይ ደሓን! ዘየመ'ኽኒኽ? ቕሩብከ ቅንይ ዘይብል? ምኽንያት ፈጢሩ እንተ ዝብኣሰኒ'ሞ ብሸማግለ ከም ንፋታሕከ ዘይገብር? ሰብዶ ኣይኮንኩን? ሓፍቱዶ ኣይኮንኩን? ሞራለይ እንተ ተሰብረ ንዕኡ እንታይ ይጠቕሞ?"

ኣእዳዋ ሓዝክዋ፣ ረስንን ረሃጽን ይተፍኣ ነበራ።

ሽማ ነገረትኒ፣ ኣነ'ውን ነገርክዋ። ከብዲ ኢዳ ጭብጥ ኣቢለ፡ "ንእሽቶ ኢ'ኺ፣ ጽብቕቲ ኢ'ኺ፣ ሓዲሽ ናብራ ክትጅምሪ ትኽእሊ ኢ'ኺ፡" እናበልኩ ኣጸናናዕክዋ። ከምኡ ክብላ ሰለ ዘለኒ'የ እምበር፡ እተሰብረ ሞራላ ክጽገን ብርቱዕ ጻዕሪ ከም ዘድልዮስ ኣይሰሓትክዎን። እዛ ድልድልቲ ጓል፡ ንፍዕቲ ሰራሕተኛ ምኳና ክትፈልጣ ዘጸግም ኣይነበረን። ከም ዘዕለለትኒ፡ ናብቲ ኣእምሮኻ ዘደንዝዝ ኣላስካ ተጓዒዛ ክልተ ወርሒ ምሉእ ኣብ ምግፋፍ ዓሳ ሰሪሓ እተመልሰት ጅግና'ያ። ቅርጺ ሰብነታ ርኢኻ ግና 'ጽብቕቲ' እትብሃል ስለ ዘይኮነት፡ መጻወቲ ኮተቴ ምኳና ተረዲኣ ካብ ልበይ ሓዘንኩላ። ብስምዒት ተዋሒጣ ከም ዘዕለለትኒ፡ ኣላስካ ከይዳ ዘዋህለለቶ ገንዘብ እቲ መንእሰይ ቁርጥም ኣቢሉ'ዩ በሊዕዎ።

ካልእ መዓልቲ ከኣ ኣብቲ ቤተ-ክርስትያን ምስ ሓንቲ ጣዕሳን መከራን ዘቃጸላ ጓለንስተይቲ ተላልየ። እዚኣ ግና ዝወጻ ዘይብላ ምልክዕቲ'ያ። ሰብኣይ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ፓይለት'ዩ ነይሩ። ክልተ ቈልዑ ወሊዳ ንዕረፍቲ ናብ ኣመሪካ ምስ ሰዳዳ ኣብኡ ተሪፋ። ድሕሪ ሓደ ዓመት 'ተጣዒሰ ክምለስ' ኢላ ሸማግለ ሰዲዳትሉ። ሰብኣይ ግና "ኣይከውንን'ዩ፡" በለ። ሕጂ፡ ጣዕሳን ናፍቆት ደቃን ክቐትላ ደልዩ'ሎ። ዘርዚራ ኩሉ ኣዕለለትኒ። ካብ ኣንደበታ ዝወጹ ምሉኣት ሓሳባት ብምኡኣም ሕቶ'ዩም።

"እንታይ ደልየ ኣብዚ ተሪፈ? ሕጂ ኣነ መን'የ? ምስ ደቀይን ብዓል ቤተይን ከለኹ እንታይ ዝጎድለኒ ነገር ነይሩ ድዩ? ሕንቃቕ'ምበር ካልእ እንታይ ክብሃል ይክኣል? ሎሚኽ መን'የ? ኣብዚ ኣብ ነርሲን ሆም እሰርሕ ኣለኹ። ኣረግቶት... እ... ሓቂዶ ክነግረካ? ...ክሕሱ ኣይክእልን'የ! ...ናይ ብሓቐይ'የ! ስለምንታይ እሕሱ? 'ማር ቆራጭ'[22] 'ዮም ዝብሉኒ ነይሮም። .....ደቀይ ናፊቐዮም፣ እዞም ዕንባባታት ደቀይ ...ዋይ ኣነ ሓዳረይ! ዋይ ኣነ ገዛይ!"

ኣብ ቀረባ ግዜ ከም ትዓብድ ወይ ድማ ካብ ርሻን ዘሊላ ነፍሳ ከም ተጥፍእ ኣይተጠራጠርኩን።

* * *

ካብ ስራሕ ደው ምስ በልኩ፡ ኣእምሮይን ሓሳበይን ናብ ድርሰት ከም እተመልሰ ኣስተውዓልኩ። ኣቓልቦይ ዝስሕቡ ፍጻመታት ከጓንፉኒ ኸለው፡ ኸምታ ቐደመይ ኣብ ጭርምራም ወረቓቕቲ ከስፍሮም ጀመርኩ።

ፖለቲከኛታት ከምኡ'ውን ካብቲ ዘስካሕክሕ ሕማም ርእሲ ዝኾነ ናብራ ኣመሪካ ገዛእ ርእሶም ዘገላገሉን ሓሸ'ውን ኣጓኒፎምኒ'ዮም። ካብዚኣም ሓደ ሰለሙን ዝብሃል ተቐማጢ ሲያትል ዝነበረ'ዩ። ሓደ መዓልቲ ኣብ ገዛኡ ዓዲሙ ሒደት ኣዕለለኒ። ካብቲ መውጽኢ ዘይብሉ ዓዝቐቲ ናብራ ኣመሪካ፡ ገዛእ ርእሱን ደቁን ከመይ ኣቢሉ ከድሕን ከም ዝኸኣለ ምስ ኣዕለለኒ፡ ብኣጋኡ ክምለስ ምውሳነይ ልክዕ ምኳኑ ኣረጋገጸለይ። ኣብ ኣመሪካ ዘጋጠመ ናይ ሓደ ሓበሻ ዘገርም ዛንታ'ውን ኣዕለለኒ። ነቲ ዘዕለለኒ ብናተይ መገዲ ከዕልለኩም።

...እቲ ሰብኣይ ኣብ ኣመሪካ ክልተ ቈልዑ ዝወለደ'ዩ። እዚ ሰብ፡ ኣብ ገዛኡ ኩሉ ግዜ እንጌራን ጸብሕን ክህሉ ይደሊ ነይሩ። እንጌራ እንተ ዘይበሊው ዓይኑ ኣይክፈትን። ደቂ ቤት-ትምህርቲ ስለ ዝውዕሉ እንጌራ ኣይፈልጥዎን'ዮም። ሓደ መዓልቲ ድራር ምስ ተቐረቡ ባእሲ ተላዕለ። እቶም ቈልዑ ካልእ ምግቢ ክበልዑ ደለዩ። ኣቦኣም ግና

22 ቀጥታዊ ትርጉሙ (ጓል ትራታ)

ከምታ ናቱ ኣተዓባብያ ምስ ብዓልት-ቤቱን ደቁን ኣብ ሓደ መኣዲ ክቕረቡ ደለየ። እቶም ቄልዑ ግና እንጌራ ምብላዕ ስለ ዝኣበዩ፣

"ፈቲኹም ጸሊእኩም ትበልዑ! ደቀይዶ ኣይኮንኩምን፡" ኢሉ ኣቦኣም ከገድዶም ፈተነ።

እቲ ቦኽሪ ወዱ፡ ትእዛዝን ሕርቃንን ኣቦኡ ኣየሰንበዶን። ትኽ ኢሉ ናብ ተሌፎን ብምኻድ 911 ደወለ።

ፖሊስ ደበኽ በሉ። "ኣቦይ ዘይፈልጦ ምግቢ ብላዕ ኢሉ የገድደኒ ኣሎ፡" ኢሉ ሸግሩ ኣረድኦም። እቶም ፖሊስ ጸዓዱ'ዮም። ነቲ ምግቢ ክርእይዎ ደለዩ። እቲ ናይ ነዊሕ ዘመን ታሪኽ ዘለዎ ክቡር እንጌራና ነቶም ፖሊስ ተቀረበሎም። ከምኡ ዓይነት ምግቢ ርእዮም ኣይፈልጡን'ዮም። ድሕሪኡ ንመርኣዩ ዝኸውን ንእሽቶ ብመቐስ ጨሪሞም ከዱ። መርሚሮሞ ድማ ተመልሱ። እቲ እንጌራ ጉድኣት ዘስዕብ ምግቢ ምኻኑ ኽእ ተረጋገጸ። ነቲ ኣቦ ድማ ከምዚ በልዎ፣

"ባህላዊ መግብኻ ንስኻ ኽትበልያ መሰልካ'ዩ፣ ንደቅኻ ግና ኣይተገድዶም፣ እዞም ቄልዑ ዝደልይዎ ዓይነት ምግቢ ክትምግቦም ዓቕሚ 'ተዘይብልካ ድማ ንገረና ባዕልና ክንምግቦም ኢና፣ ምኽንያቱ ኣመሪካውያን'ዮም!"

ኣቦ ቡቲ ዘጋጠሞ መዓንጣኡ ሕርር ኩምትር በለ። ንደቁ ድማ ፒሳን በርገርን ክምግቦም ጀመረ፣ እንተኾነ ኣዝዩ ሕማቕ ተሰመየ። ነቲ ዓቢ ወዱ፡ ቀስ ብቐስ ኣረሳሲዑ ቤት-ትምህርቲ ክሳዕ ዝዕጸ ተጸብዩ ሀድእ ኢሉ ቀረቦ።

"ቤቢሾ! ንሓደ ሰሙን ናብ ዓባይካ ክንከይድ ኢና፡" በሎ።

ቄልዓ ሓቂ መሰሎ።

ኣቦ ንወዱ ነፋሪት ኣሳፊሩ ምስኡ ሒዝዎ ናብ ኣዲስ ኣበባ በረረ። ኣብ እንዳ ኣዲኡ ምስ በጽሐ ድማ ነደኡ ከምዚ በላ፣

"በሊ፡ ከምታ ንኣይ ቀጺዕኪ ዘዕበኽኒ ነዚ ቀሩጽ ሰይጣን ኣቦስትኡ ኣትሒዝኪ ሰጥ ኣብልለይ!" በላ።

ብድሕሪኡ ነቲ ቄልዓ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሓዲግዎ ናብ ኣመሪካ ተመልሰ። ገዛ እትው ምስ በለ እታ ንእሽቶ ጓሉ፣

"ሓወይኪ፡" በለቶ።

"ምስ ዓባዩ ይምሃር ኣሎ፡" መለሰ ኣቦ።

እንተኾነ ግና እታ ንእሽቶ ጓሉ ደስ ኣይበላን። ኣቦኣ ናብ ስራሕ ክሳዕ ዝኸይድ ተጸብያ ናብ ፖሊስ ደወለት። ፖሊስ መጺኡም ብዛዕባ ሃለዋት ናይቲ ቄልዓ ሓተትዎ። ኣቦ ከምኡ ኪጋጥመኒ'ዩ ኢሉ ስለ ዘይተጸበዮ፡ መሬት ተኸፊታ ክትውሕጠ ኣይጸልአን። ነቶም ፖሊስ ምስ ዓባዩ ኣሎ ኢሉ ከእምኖም ፈተነ። እቲ ቄልዓ፡ ብድልየቱ ድዩ ዋላስ

ብዘይ ድልየቱ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ዓባዩ ዝቕመጥ ዘሎ ንምርግጋጽ፡ እቶም ፖሊስ ቀጽሪ ቴሌፎን ክህቦም ሓተትዎ። ደዊሎም ድማ ነቲ ቁልዓ ኣዘራረብዎ። ቆልዓ እናበኸየ ዝበጽሖ "ግፍዒ" ዘርዘረሎም። እቶም ፖሊስ ነቲ'ቦ፡ ወዱ ናብ ኣመሪካ ክመልሶ ናይ ኣርብዓን ሽሞንተን ሰዓታት ዕድል ሃብዎ። ቁልዓ ተመሊሱ መጽኣ...

ሰለሞን ነዚ ኣዕሊሉኒ ምስ ወደኣ ፍሽኽ በለ።

"ኣብ ኣመሪካ፡ ደቕኻ ብሜላ ክተዕብዮም እንተ ዘይክኢልካ፡ መወዳእትኡ ናትካ ኣይኮነን፡" ድማ በለኒ።

ሜላ እንታይ ማለት'ዩ?

ካልእ ምስጢር የብሉን። ምስ ደቕኻ ትውዕለሉ ግዜ ክህልወካ ኣሎዎ። ኮይኑ ግና ኣብ መዓልቲ ልዕሊ ዓሰርተ ሰዓት ኣድካሚ ስራሕ እናሰራሕካ ከመይ ጌርካ ምስ ደቕኻ ተሕልፉሉ ግዜ ክትረክብ ትኽእል? ስለዚ ወድኻ መወዳእታኡ ናትካ ኣይኮነን - ዳርጋ ዝበዝሕ!

"ዳርጋ ዝበዝሕ" እናበልና ስለ ንዕልል ኢና'ምበር፡ ኣብ ኣመሪካ ሒደት ዕውታት ስድራቤታት'ውን ኣሎዋ። ዝበዝሕ ግዜ ግና ህይወት ኣብ ሓንቲ ዙርያ ከተሽከርክር ከም ትውዕል፡ ካብ ስራሕ ምስ በኾርኩ ተዓዚበ'የ። ካብታ ተሳፈረያ ዝነበርኩ ፈጣን መንኩርኩር ዘሊለ ምስ ወረድኩ፡ ጋሪዱኒ ዝነበረ ዋግዋጎ ብምሉኡ ግልህልግ ኢሉ ክረኣየኒ ጀሚሩ ነበረ።

ሓደ መዓልቲ ምስ ሓደ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝፈልጦ ዝነበርኩ ኢንጂነር ተራኺብና እናዕለልና ኸለና፣

"ኣብ ፋብሪካ ቦይንግ ተቐጺረ እሰርሕ ኣለኹ፡" በለኒ።

"ዕድለኛ ኢኻ፡" በልክዎ።

"እወ ዕድለኛ'የ፡" በለኒ ንሱ'ውን።

ናብ ከተማ ወሪድና ቢራ ኽንሰቲ ጀመርና። ሰሰለስተ ምስ ሰተና ግና እቲ ኢንጂነር ክበኪ ጀመረ።

"ኣብ ፋብሪካ ቦይንግ'የ ዝሰርሕ ምስ በልኩኻ፡ እንታይ ኪንካ 'እንታይ ዓይነት ስራሕ'ዩ' ኢልካ ዘይሓተትካኒ? ...እ!? ...እንታይ ከም ዝሰርሕዶ ክነግረካ? ዕሹጋት ሳናዱቕ ይመጽ፣ ነቲ ዝተሰመረ መስማር እነቕሎ። በቃ! መስማር ምንቃል'ሲ ስራሕ ድዩ? ክሳዕ ሎሚ ክንደይ መስማር ከም ዝነቕልኩ ትፈልጥ? ሓደ ሚልዮን መሳምር ይኽኑ'ዮም። ካብ እዝግስ ኢንጂንየር'የ፣ ሕጂ ግና ኣብዚ መሳምር ክነቕል እውዕል ኣለኹ..." በለኒ።

"እቲ ቕንዲ ዘገድስ ዕላማ'ዩ! ዕላማ እንተ'ለካ ገንዘብ ኣጠራቒምካ ናብ ኢትዮጵያ ተመሊስካ ናትካ ትካል እንተ ኸፊትካ፡ እዚ ናይ ሎሚ ሃስያ ጽባሕ ዘሐጉስ ነገር ክኸውን ይኽእል'ዩ..." በልክዎ።

እቲ ኢንጂነር ኢዱ ሓፍ ኣቢሉ ኮለፈኒ! ድሕሪኡ ኣጻብዑ ኣብ ኣፉ ገይሩ፣ "ትም ደኣ በል! ትም!" በለኒ።

ትም በልኩ፣

ጸኒሑ፣ "ንስተ" በለኒ።

ትም ኢልና ምስታይና ቀጸልና!

ኣብ ሓደ ብቻይናውያን ዝውነን ንእሽቶ ኣምፑል ዘፍሪ ፋብሪካ ተቁጺሩ ዝሰርሕ መምህር'ውን ኣጋጢሙኒ። ስራሕ ናይዚ መምህር፡ እቲ ኣምፑል ዝበርህን ዘይበርህን ምፍታን'ዩ። ኣብ መዓልቲ ቀጽሪ ዘይብሎም ኣምፑላት ከም ዝፍትንን እቲ ስራሕ ድማ ከዕብዶ ከም ዝቐረበን ኣዕለለኒ።

"ዕድለኛ ኢኻ፡" ቀጺለ፣ "ኮፍ ኢልካ ኣምፑል ምፍታን ጽቡቕ ስራሕ'ዩ፣ ኣየድክመካንዩ፡" በልክዎ።

ካዕካዕ ኢሉ ካብ ምስሓቕ ሓሊፉ ዋላ ሓንቲ ኣይበለንን። ሕጂ ክሓስቦ ከለኹ ግና፡ ከቢድ ስራሕ ከም ዝኾነ ተረዲኡኒ ኣሎ። እቶም ኣምፑላት ኣብቲ መፈተኒ ክትሰኹዮም ከለኻ ይበርሁ። ንእኦም ኣብ ካርቶን ኣእቲኻ ካልእ ዝፍተን ኣምፑል ተልዕል። እቲ ኣምፑል ኣይውዳእን'ዩ፣ ዘልኣለም! ከምዚ ዝኣመሰለ ስራሕ፡ ኣብ ማእከል ህዝብ'ኻን ሃገርካን ኪንካ እንተ ትሰርሖ ኣይምኽፍኣን። ስደተኛ ኪንካ ከምዚ ክትሰርሕ ግና ኣሰልካዪ'ዩ። ሓንጎልካ ኩሉ ግዜ ዘይትጥቀመሉ እንተ ኾይንካ፡ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ደቂቕ ኣሽሓት ዋህዮታት ካብ ስራሕ ወጻኢ'ዮም ዝኾኑ።

ኣማስያኡሽ? ኣማስያኡ ደኣ እቲ ጽቡቕ ነገሩ፡ ህይወት ከም ኣምፑል'ያ ግብ ኢላ እትሓርር።

* * *

ናብ ዓደይ ከም ዝምለስ ምስ ተፈልጠ፡ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎ ሕጽይተይን ክኣትው ዝዳናደኑ ዝነበሩ ኣጉባዝ ሓበሻ ተቐማጦ ሲያትል፡ ከይቕደሙ ሸበድበድ ክብሉ ከም ዝጀመሩ ኣስተውዓልክሎም።

ፈለማ ብስንባደ ዝኣክል ደንዚዘ'የ ነይረ። ሰብ-ሓዳር ከይተረፉ ክከናኸኑዋ ምስ ረኣኹ፡ ቅንኢ ውሽጠይ ክበልዓኒ ጀሚሩ ነበረ። ሕጽይተይ ናብ ኢትዮጵያ ከም ዘይትምለስ ውሳነኣ ስለ ዝነገረትኒ፡ ፍቕርና ከም ዘብቕዐ ተረዲኡኒ ነበረ። ኮይኑ ግና ጌና ከይተመለስኩ ጸደፍደፍ ክብሉ ስለ ዝረኣኽዎም'ዩ ኣሕሪቑኒ። ጸኒሐ ግና ነቲ ጉዳይ ኣቕሊለ ክርእዮ ስለ ዝወሰንኩ፡ ነቶም ፈተውቲ ተመሲሎም ኣብ ገዛና ዝዝንብዩ ዝነበሩ ኣጉባዝ ሸለል ክብሎም ጀመርኩ። ልዕሊ ኵሉ ዘስሕቕ ግና፡ ንኣይ 'ሓድሓደ ህያባት ንምሃብ' ብዝብል ምኽንያት ናብ ገዛ ምምጻአም'ዩ። ንህይወት፣

“ንኣኸ ደልዮምዮም ዝመጽኡ ዘለው፡” ምስ በልክዋ ተቐጠዐት።

“ፈተውትናዮም፣ ከምኡ ክትሓስብ ጽቡቐ ኣይኮነን፡” መለሰት።

ንሳ’ውን ነቲ ጸደፍደፍ ፈትያቶ ትኸውን’ያ ኢለ ጠርጠርኩ። ዝብገሰሉ ግዜ’ውን እናተቓረበ መጽአ።

ሓደ መዓልቲ ናብቲ ህይወት ትሰርሓሉ ሬስቶራንት ብምኻድ፡ ካብ ስራሕ ክሳዕ ትፍደስ እናተጸበኸዋ ከለኹ፡ ሓደ ብዓል ሓዳር ጎረቤትና መጺኡ ቡቲ ሓደ ወገን ማኪናኡ ኣጸግዕ ኣበላ። ካብ ስራሕ ትፍደሰሉ ሰዓት ምኻኑ ፈሊጡ ከም ዝመጽአ ኣይሰሓትክምን። ሕርቃነይ ውሕጥ ኣቢለ፡ ነቲ ዝኸውን ክርኢ ክከታተል ጀመርኩ።

ህይወት፡ ሰዓት ዓሰርተው ሓደ ካብ ስራሕ ተፈደሰት።

ምሳይ ቄጸሬ ስለ ዝነበራ ትኽ ኢላ ናባይ ገጻ እናመጽኣት፡ ኣብቲ ቦታ ምንባረይ ዘይፈለጠ ጎረቤትና ክላኽ ወቐዐ።

ርእያቶ! ርእያትኒ! ድንግርግር በላ። ንሱ ግና ኣይርኣየንን። ካብ ማኪናኡ ወሪዱ፡ ትኽ ኢሉ ናብኣ ገጹ ኣምረሐ። ኣነ’ውን ተሲእ ናብኣ ከድኩ። ርእይ ምሰ’በለኒ፡ ከም በረድ ኣላስካ ድርቐ በለ። ስሒቐ፣ ስሒቐ ካብ ዝብል’ኳ ተገይጸ እንተ ዝብል ይሓይሽ፣ ተቓጺለ’የ እዩ ዝብሃል። ንሱ ከምስል እናፈተነ ቅርብ ኢሉ ሰላም በለኒ።

“እንታይ ክትገብር መጺእካ?” በልክዎ ብዘይሕብእብእ።

“ንእግረመገደይ ክማልኣ ኢለ’የ ... በዚ ክሓልፍ ከለኹ...”

“ገዛና ቐረባ’ዩ፣ እንታይ ምፍናው ኣድልዩዋ?”

“ማለተይ...” ኢሉ ወልደፍደፍ በለ።

እዚ ብዓል ሓዳር ጎረቤትና፡ ሓንፈጽ ኮይኑ ጨና ምንስናስ ዝፈቱ ሕልኩስ ዓይነት’ዩ። ከምዛ ዋላ ሓንቲ ደልዩ ዘይመጽኣ ከምስል ተሰናቢቱና ናብ ማኪናኡ ገጹ ብግስ ምስ በለ፣

“ሰበይትኻ ቆንጆ’ያ!” በልክዎ ድምጸይ ኣበር’ኽ ኣቢለ።

ሰበይቱ እፈልጣ’የ፣ ፍርሓት ኣምላኽ ዘለዋ እድብትን ዘድንቓን ሰብ’ያ። እቲ ሓንፈጽ ደው ድሕሪ ምባል ተገልቢጡ ጠመተኒ። ኣይተዋላወለን፣ ተመሊሱ ናባና ግዙ ብምቐራብ፣

“እዚ ኣመሪካ’ዩ፡” በለኒ።

“እንተ ኾነኸ!?”

“ንነገራት ኣቐልል ኣቢልካ ክትርእዮም ፈትን።”

ምኽሩ ኣይተቐበልክዎን። ምኽንያቱ ከምዚ ዓይነት ብዕሉግ ኣመል ተላማሚደ ኣብ ኣመሪካ ካብ ዝነብር፡ ናብታ ዝተወለድኩላ ቑሽት ተመሊሰ ክነብር ዝኽእል ዓይነት ሰብ’የ ነይረ። ሕጽይተይ፡ ቡቲ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎቲ ሓንፈጽን ዝተፈጥረ ምፍጣጥ ስለ ዝሰግኣት ትንፋስ ሓጸረ።

"ወዲእና በቓ!" በልክዎ፣ "....ሰበይትኻ ትኣኽለካ'ያ!"

ሓንቲ ቃል ከየምለቒ፡ ገጹ ተደዊኑ ሕቑኡ ሂቡና ጸላም ስቴሽንዋገን ማኪናኡ ኣልዒሉ ተዓዝረ።

ኣነን ህይወትን ዕዝም ኢልና ናብ ገዛና ኣምራሕና። ህይወት ቡቲ ፍጻመ ሰንቢዳ'ያ። ሕውስውስ ዝበለ ስምዒት ድማ ወሪርዋ ነበረ።

"ንሱ ዋላ ድላዩ ይግበር ኣነ እንተ ዘይደልየ ዋላ ሓንቲ ኽገብር ኣይክእልን'ዩ። ንምንታይ ከምኡ ትብሎ?" ኢላ ዘረባ ጀመረት።

"እንታይ ክብሎ ደኣ ትጽበዪኒ ኔርኪ?"

ኣይመለሰትለይን።

ጽንሕ ኢሉ ግና ገጻ ልውጥውጥ በለ።

"ኣዝየ'የ ዘፍቕረካ፡" ኢላ ዝርንዝሕ ነብዐት።

ሕቑፍ ኣበልክዋ!

"ኣነ'ውን ኣፍቕረኪ'የ፡" ኢለ ኣስተንፈስኩ።

ካብ ልቢ ዝነቐለ ግና ኣይነበረን። ነቶም ዝንከባኽብዋ ዝነበሩ ኣጕባዝ ናይ ምእንጋድ ኣንፈት ስለ ዝረኣኽላ ልበይ ሰንቢሩ ነበረ። ድሕሪኡ ሓንቲ ቃል ከየምሎቐና ገዛና ኣተና። ገዛ ድሕሪ ምእታውና፡ ጥዑም ድራር ሰሪሓ ደስ ኢሉና ብፍቕሪ እናዕለልና ተደረርና። ምውቕ ፍቕሪ እናተለጋገስና ክንጻወት ሓደርና። ኽልቴና፡ ንዘልኣለም ንፈላለ ኽም ዘለና ስለ ተረዲኡና ስለ ዝነበረ፡ ዝተረፈትና ግዜ ብጽቡቐ ጸወታ ኣሕለፍናያ።

ንጽባሒቱ፡ ህይወት ካብ ስራሕ ኣብኩራ ፌየሪ ኣብ እትብሃል መርከብ ተሳፈርና ንሓደ ሰዓት ዝኣክል ኣብ ሰላማዊ ውቅያኖስ ኣንሳፈፍና። ናይ ጀርመን ገዘፍቲ መራኽብ፡ ናብ ወደብ ሲያትል ክጽጋዓ ኽለዋ ንጸሓይ ይጋርዳኣ ነበራ። ቡቲ ውነኻ ዝምስጥ ፍሉይ ትርኢት ስለ እተመሰጥኩ ድማ፡ ብኽቱር ሓንሰ ዝኣክል ብዓውታ ጨደርኩ። ኣብ ምምሳዩ ድማ ነቲ ኣብ ሌክ ሲቲ ዝብሃል ከባቢ ዝርከብ ሰብ-ሰርሓ ቀላይ ቀሰይ እናበልና ኮለልናዮ። ኣብታ ደቒቕ፡ ኣብ ልቢ ሕጽይተይ ብልክዕ እንታይ ከም ዝነበረ ምሉእ ብምሉእ'ኳ እንተ ዘይፈለጥኩ፡ ምሉእ ስምዒታ ሂባትኒ ከም ዝነበረት ግና ርግጸኛ'የ።

ኣብ ከባቢና ዝነበሩ ኣጕባዝ፡ ንኣኣ ምክትታልን ምዕዳብን ስራሕና ኢሎም ሒዞሞ ከም ዝነበሩ እናረኣኹ ከም ዘይረኣኹ ኮይነ ቀነኹ።

ኣብ መጠረሽታ ግዜኡ ኣኽለ።

ሳንጣታተይ መጽሓፍቲ ጥርንቕ ኣቢለ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ተረኽብኩ። ምስ ህይወት ዓሰርተ ደቒቕ ዝኽውን ተሓጭቑፍና ድሕሪ ምድፍናቕ ንሓዋሩ ተፈላለና!

* * *

ናብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ተመለስኩ፡ ንማሕበራዊ ህይወተይ ዝምልከት ነገራት ኩሉ ርግጥ ኣቢለ ብምዕጻው፡ ምሉእ ግዜይ ኣብ ምንባብን ምጽሓፍን ከውዕሎ ጀመርኩ። ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ፡ ሓንቲ ምሽት ስቕታ ቡርቃ እትብል ኣርእስቲ ኣብ ሓንቲ ጭራም ወረቐት ኣስፈርኩ። ብርግጽ ስቕታ ቡርቃ ክጽሕፉ ካብ ዝሓስብ ዓመታትዩ ሓሊፉ። ካብ ኣመሪካ ምስ ተመለስኩ ግና ከመይ ገይረ ክጽሕፉ ከም ዝኽእል ብልክዕ ክፈልጥ ክኣልኩ።

* * *

ድሕሪኡ ዳግማይ ክስደድ ተገዲደ ኣብ ፕሪቶሪያ ምስ ኩተምኩ'የ ብዛዕባ እታ ኣብ ኣመሪካ ዝሓደግክዋ ቆንጆ ወረ ዝሰማዕኩ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ኣብ ሆተል ግዮን ድግስ ደጊሳ ቃል ኪዳን ከም ዝኣሰረት ብወረ ወረ ሰማዕኩ። ኣምላኽ ሓዳራ ይባርኽላ! ክንዲ'ቲ ኣነ ዘፍቅራ ድማ ሰብኣያ ከፍቅራ እምነየላ....

- 23 -
ኢብሳ ኣይሞተን!

ገፈርሳ ኬድካ - ዕንጸይቲ ምስባር ተሪፉ
ኣብ ሁራፌ ቦምቢ - ምራኹት ምውሳል ተሪፉ
ዝባን እንጦጦ ደዪብካ - ግራውቲ ምርኣይ ተሪፉ
ኣሓ ፈንፊኔ ወሲድካ - ኣብ ሆራ ማይ ምስታየን ተሪፉ
ኣብ ዝባን ዳሊቲ - ባይቶ ጉለሌ ተሪፉ
'ዞም ሰባት ምስ መጽኡ - ናጽነትና ሃጢሙ

(ግጥሚ - ደጉኣ ህዝቢ ኦሮሞ)

ገኣል ትንሳኤ ንምኽባር ናብ ከተማ ደርባን እጉዓዝ ኣለኹ። ብንያም መስፍን ዝብሃል ዓርኪይን ቤተ-ሰቡን ኣብታ ከተማ ይጽበዩኒ ስለ ዘለው፡ ቀልጢፈ ናብኦም ክበጽሕ እሕምበብ ኣለኹ።

* * *

ሌዲስሚዝ ኣብ ትብሃል ቑሽት ቅድሚ ምብጻሐይ፡ ኽልተ ሓበሻ ዝመስሉ መንእሰያት ኣብ ወሰን መገዲ ጠጠው ኢሎም በእዳዎም እናመልከቱለይ ሓሊፈዮም ከድኩ። ሓንቲ ብፕላስቲክ ከረጺት እተዓሸጉ ናይ ቻይና ዓራትን ክዳውንትን ተደርዲራ እተጻዕነት ፒክኣፕ፡ ኣብቲ ቅጥራን ደው ኢላ ትረአ ነበረት። ተባላሽያቶም'ያ ትኸውን ኢለ ስለ ዝገመትኩ ንድሕሪት ገጸይ ተመለስኩ።

'ገብርኤል መልኣኽ! ኢብሳ ገዳ!'

ካብ ማኪናይ ወሪደ ጨራሕኩ!

"ኢብሳ ገዳ'ዶ ኣይኮንካን!?"

"እወ!" በለኒ ምዝካር እናኣበዮ።

"ንኣይ ኣይትፈልጠንን!?" ኢለ ብስምዒት ጨደርኩ።

"ይቕረታ! ኣይፈለጥኩኻን፡" በለኒ፣ ድንግርግር እናበለ።

ከዘክሮ ኢለ፣ “Dheekamsa Burqaa Hirraanfattaa?” በልክዎ ብኦሮሚኛ፣ ቑጥዓ ቡርቃ ትርስየ ዲኻ!? ማለተይ’ዩ።

ኢብሳ ገዳ፡ ካብ ናተይ ብዝብላሰ ድምጹ ብዓውታ ደርጉሐ!

ብወገነይ ዝሞተ ሓወይ ካብ መቓብር ተንሲኡ ዝርእዮ ዘለኹ ኾይኑ ተሰምዓኒ። ኢብሳ ገዳ’ውን ብምርኻብና ዝተሰምየ ስምዒት ካብ ናተይ ንላዕሊ ነበረ። ዝዛረቦ ጠፍኡ። ምስ ተሓጃቒፍና፡ ብኽልቲኡ ኣእዳው ገጹ ሸፊኑ ኣብ ባይታ ኾፍ በለ። እቲ ምስኡ ዝነበረ ኻልኣይ፡ ዝዛረቦ ጠፊእዎ ፊዚዙ ይርእየና ነበረ። ጽንሕ ኢለ፡ ካብቲ ተዋሒጥዎ ዝነበረ ሓሳብ ኽገላግሎ ብዙሕ ጸዓርኩ።

“ኣነስ ሞይቱ’ዩ ዝኾውን ኢለ ነይረ! እንቋዕ ብህይወት ረኽብኩኻ፡” በልክዎ።

ኣይመለሰለይን።

ኣነ’ውን ከምኡ ብርከይ ዓጺፈ ኣብ ባይታ ኮፍ በልኩ። ኣብ ፊትና ሰፊሕ ግራት ዕፉን ተዘርጊሑ ይረአ። ሓደ ክንዲ ጎቦ ዝኾውን ጻዕዳ ደቡብ ኣፍሪቃዊ ሓረስታይ፡ ኣብታ ኣብ ማእከል ግራቱ ጠጠው ኢላ ዘላ ጸላም ቼቭሮሌት ተጸጊው ሽጋራ የትክኽ ኣሎ። መኻይን ብልዑል ፍጥነት ናብ ደርባን ገጸን ይሕምበባ’ለዋ። ጥዑም ንፋስ ኣብቲ ከባቢ ፍሽፍሽ ይብል...

ኣማስያኡ ኢብሳ ቅንዕ ኢሉ፣

“ይቕሬታ!” ኢሉ ኣስተንፈሰ።

“ጸገም የለን፣ ስምዒትካ ይርድኣኒ’ዩ፡” በልክዎ።

* * *

ኣብ መወዳእታ ክራማት 2000፡ ሓደ ንግሆ ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነት ክንፈ ገብረመድህን ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ጸዊው፣

“ሓደ ክብድ ዝበለ ስራሕ ክህበካ ደልየ’ለኹ፡” በለኒ።

“ጽቡቕ፡” በልክዎ ንኽሰምዖ እናተዳለኹ።

ክንፈ፡ ቅድሚ ሕጂ ብርክት ዝበለ ምስጢራዊ ስራሕ የስራሓኒ ስለ ዝነበረ ለሚደዮ’የ። ሕጂ ግና ኣዘራርባኡ ቀሩብ ስግኣት ኣሕደረለይ። ትም ኢለ ኽኣ ዓይኒ-ዓይኑ ክርእዮ ጀመርኩ። ዘረባኡ ብም’ቕጻል፣

“ሓደ ኣባል ኦነግ ተኣሲሩ’ሎ። ዝፈልጦ ምስጢር ይህልዎ ይኽውን’ዩ ኢልና ጠርጢርናዮ’ለና፣ እንተኾነ ግና ብጨቕ ኣይበለን። ተምሃራይ ኣዲሳባ ዩኒቨርሲቲ’ዩ። ጫካታት ባሌ ኽቃጸል ኽሎ ነቲ ባርዕ ንምጥፋእ ዝዘመቱ መንእሰያት ካብ ዘወሃሃዱ’ውን ሓደ’ዩ። ሓደገኛ ሰብ’ዩ። ስለዚ ከምዚ ዝብለካ ዘለኹ ምስ ኦነግ ርክብ ኣሎዎ ኢልና ጠርጢርናዮ’ለና። እቲ መስመር ግና ክንረኽቦ ኣይክኣልናን።

ካብ ሰበ-ስልጣን ኦህዴድ ምስዚ መንእሰይ'ዚ ርክብ ክህልዎም ዝኽእል ኣስማት ረኺብና'ለና። ጭቡጥ ሓበሬታ ስለ ዘይኮነ ግና ስጉምቲ ክንወስደሉ ኣይክኣልናን። ገሪፍናዮ፣ እንተ'ኾነ ግና ኸምቲ ዝበልኩኻ ብጩቕ ኣይበለን። ብዙሕ ፈቲንናዮ ኢና። ስለዚ እስከ ሕጂ ድማ ንስኻ ፈትና?" በለኒ ኣትኩሩ እናጠመተ።

ኣዝየ ሰንበድኩ።

"ኣነ ጋዜጠኛ'የ፣ ከመይ ገይረ ክምርምሮ? እንታይ'የ'ኸ ኽብሎ?" በልክዎ።

ክንፈ፡ ካብቲ ልሙድ ጠባዩ ወጻኢ ርግእ ኢሉ ክሓስብ ተዓዘብክዎ።

"እንታይ መስለካ?" ዘረባኡ ቀጸለ፣ "....እዚ መንእሰይ ስቕታ ቡርቃ ኣንቢብዋ'ዩ። ምስ ውሑዳት ተምሃሮ ዩኒቨርሲቲ ተወላዶ ኦሮሞ ተኣኪቦም ነታ መጽሓፍ ከም ዝገምገምዋ ሓበሬታ ረኺብና'ለና። ክንምርምሮ ኸለና'ውን ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ሓቲትናዮ ኔርና። እንተ'ኾነ ግና፡ ስቕታ ቡርቃ ዝጸሓፈ ናትኩም ካድር'ዩ፣ ኬድኩም ንእኡ ሕተትዎ'ምበር ንኣይ እንታይ ትብሉኒ ኣለኹም፡' ኢሉና። ዝኾነኾይኑ ንኣኻ ክእምነካ ይኽእል'ዩ። ስለዚ ኣቲኻ ኣዘራርቦ። ንኣና እናነኣኣስካ ቅረቦ። 'ንታሪኽ ዝተርፍ ስለ ዝኸውን ትፈልጦ ንገረኒ' ኢልካ ሓባብሎ። ክቕትሉኒ'ዮም ኢሉ ተስፋ ቆሪጹ ስለ ዘሎ፡ ....እ ሓድሓደ ምስጢራት ክነግረካ ይኽእል'ዩ። ስቕታ ቡርቃ ንስኻ ከም ዝጸሓፍካያ እንተ ፈሊጡ ኣይጥረጥረካን'ዩ፡" በለኒ።

ሀድእ ኢለ ሓሰብኩ።

ዝተፈላለዩ ሓሳባት እናዘለሉ ናብ ኣእምሮይ መጽኡ። ኣብ ምሉእ ህይወተይ፡ ከምታ ደቂቕ እቲኣ ፈታኒት ህሞት ኣጋጢማትኒ ኣይትፈልጥን።

ጌና ካብ መበገሲኡ፡ ስቕታ ቡርቃ ስለምንታይ ከም ዝጸሓፍክዋ ክንፈ ገብረመድህን ንዓዕሉ ከም ዘይተረድኦ በርሃለይ። ኦሮሞ'ኳ እንተ ዘይኮንኩ፡ ኣብ ማእከል ሕብረተሰብ ብሄረ ኦሮሞ'የ ዓብየ። ደግኑት ዝፈልጡ፡ ጥዑማት፡ በሊሕ ኣእምሮ ዘለዎምን ቅንዕና ዝመለለዩኦምን ጐረባብቲ ነይሮምና። እንተ ፈትዮም'ኻ ናቶም ዝገብሩ'ኻ፡ እንተ ጸሊኦም'ኻ ድማ ስምዒቶም ዘይሓብኡልካ ሓረስቶት ኦሮሞ ብቐረባ እፈልጥ'የ። ንዕዳጋ ቀዳም ኣቐሑቶም ጽዒኖም ካብ ከባቢ ገጠራት ቢሾፍቱ ክመጽኡ ኸለው፡ ብኣፍደገ ገዛና'ዮም ዝሓልፉ። ሸልሸል ዝብሃል ኩቦ፡ ደርሆ፡ እንቋቕሓ፡ ንመጎጎ ዝኸውን ንእስ-ንእስ ዝበለ ዕንጸይቲ፡ ብቐጽሊ ዝተጠቕለለ ጠስሚ፡ ጠለ-በጊዕ፡ ሓሰር-ንፋዩ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት እኽሊ፡ ጥረምረ፡ ሸዊት ዓተርን ዓይኒ-ዓተርን....

ሒዞም ብኣፍደገና ንዕዳጋ ይሓልፉ። ኣደይ ኦሮምኛ ትዛረብ'ያ፣ ኣብቲ ከባቢ ምስ ዝነብሩ ኦሮሞን ምንጂርን ጽቡቕ ዝምድና ነይርዋ። ኦሮምኛ'ውን ትፍትን ስለ ዝነበረት፡ እቶም ኦሮሞ ኣዝዮም ይፈትውዋ ነበሩ። ቀይሕ ጣፍ ተኽራኺራ ካብኣታቶም ትገዝእ። "መስፈሪ ኣይጸበቕንን"፡ "ኣየዋጽእን'ዮ"፡ "ክሳራ'ዩ"... እናበሉ ዋጋ ዕዳጋ ክገብሩ ኸለው ክሳዕ ሕጂ ትዝ ይብለኒ። ኣደይ ንሓንቲ ደርሆ ብሰለስተ ቅርሽን ሓምሳ ሳንቲምን ክትገዝኣ ኸላ፡ ሰለስተ እንቋቑሓ መቑኾሽሽ ብላዕሊ ይህብዋ ነበሩ። ኣደይ ድማ ካብ ዕዳጋ ክምለሱ ኸለው ተጸብያ፡ "እተው ቡን ስተዩ" ትብሎም። እዚ ኸሉ ዝኽሪ ንእስነት ኣብ ኣእምሮይ ተሓቲሙ ኣሎ።

ኣብቲ እዋን እቲ ከምኡ እናበሉ ምሰ'ደይ ክዛራረቡ ኸለው፡ ክዳና ብኢደይ ጨቢጠ እሰምየም ነበርኩ። እቲ ምምልላስ ድማ ኣብ ኣእምሮይን መንፈሰይን ስእሊ ይፈልዋ ነበረ። ሓድሓደ ግዜ ሓረስቶት ጋራብሩ ብኣፍደገ ገዛና ክሓልፉ ኸለው ማዕጸና ብምኹሕካሕ፣

"ኩቦ ኣሎና፣ ናብ ዕዳጋ 'ተወሲድናዮ ሰለስተ ቅርሺ ኢና ንሸጦ! ንስኺ ግና ዓሚልና እንዲኺ ብኽልተ ብር ውሰድዮ፡" ይብልዋ። ኣደይ ድማ ከይተኽራኸርካ ምግዛእ ኣይትፈቱን'ያ።

"ሓቕኹም፣ ሰለስተ ብር'ዩ ዝሸየጥ። ግና ቕርሽን ሓምሳ ሳንቲምን ጥራይ'የን ዘለዋኒ" ትብሎም።

ሕራይ ምስ በልዋ፡ 'እቲ ኩቦ ክሳዕ ዝራገፍ ቡን ሰቲኹም ትኽዱ' ትብሎም።

ቡኖም እናሰተዩ፡ ቀጕርሲ ቡን ሕምባሻ ይቕረብ። መብዛሕትኡ ግዜ ብዛዕባ ክብሪ መነባብሮን ብዛዕባ ደቆምን'ዩ ዘዕልሉ። ሰለስተ እንቋቑሓ ከም መቑኾሽሽ እናተቈጽረ፡ ብዛዕባ ክብሪ መነባብሮ ነዊሕ የዕልሉ። ብፍላይ ነቲ ለግዳ ዝብሃል ነጋዳይ ዘይቲ፡ ሽሙ እናልዓሉ ከም ቋንጣ'ዮም ዝዘላዝልዎ። ቀንዲ ስክፍታኦም ድማ ዘይቲ ክሰፍር ከሎ ስለ ዘጕድለሎም'ዩ። እቲ ዘገርም ግና ኣብተን ዝቕጽላ መዓልታት ተመሊሶም ካብኡ'ዮም ዝገዝኡ። ዘይቲ ካብ ለግዳ ምግዛእን ንእኡ ብሕሜት ምምንጫትን ምስ መዓልታዊ ህይወቶም ዝተተሓሓዘ ልምዲ'ዩ። ብዛዕባ ጥዕናኦምን ዝሓመሙ ሰባትን የዕልሉ። ኣደይ መቑመጢ መድሃኒት ሳንዱቓ ኮሪዓ ብምኽፋት፡ እንታይነቶም ዘይፍለጡ ግዜኦም ዘሕለፉ ከኒናታት ቆንጢራ ትህቦም። ዝኾነ ዓይነት መድሃኒት ምእካብ ትፈቱ ስለ ዝነበረት፡ ንገዛእ ርእሳ ከም ሓኪም ትቈጽራ ነበረት። ንዝኾነ ሕማም ብዘይነግፈረግ መድሃኒት እትህብ ኣደ'ያ ነይራ።

"...ቅርጸት ዲኹም ሓሚምኩም? እዚ ደኣ'ታይ ጸገም ኣሎዎ?

ነዚኣ ውሓጥዋ። ኣነ ነዚኣ ምስ ወሓጥኩ'ዩ ሒሹኒ። ስቶማኮ ድያ? በርበር ከይትበልዉ... ፈሊሑ ዝዘሓለ ጥራይ ጸባ ስተዩ። ጽንሑ-ጽንሑ ሽሮፖ'ሎኒ...” ካብቲ ሓኪም ዝኣዘዘላ ሽሮፖ ኣብ ንእሽቶ መትሓዚት ገይራ ትህቦም። “ነዚኣ ምሸት ምስ ሰተኹማ፡ ጥቕልል ኢልኩም ደቕሱ። ቁልዑ ከየዕገርግሩ ኽእ ሱቕ ኣብልዎም። ስቶማኮ፡ ጫውጫው ናይ ቁልዑ'ዩ ዘግድዳ” ትብሎም። ናባይ እናመልከተት ከኣ፡ “እዚ'ኳ ፈዛዝ'ዩ፣ ኣፉ ኽፊቱ ኣብዛ ጥቓይ ተኾዲሙ'ዩ ዝውዕል” ትብሎም ጸጉረይ እናደራረዘት። “...ምንኣሱ ግና ቀሩጽ ሰይጣን'ዩ። ንሱ ክርብሽ ከሎ ስቶማኮይ'ያ ትልዓለኒ...”

እቶም ገባሮ ነደይ ይኣምኑዋ'ዮም። ዋጋ ቅርሽን ሓምሳን ኩቦ ሽይጠም፡ ቡኖም ሰትዮም፡ ሕምባሻኦም በሊያም፡ መድሃኒቶም ሒዞም ንገዛኦም ይምለሱ። ኣብ ዝቕጽል መዓልቲ ዕዳጋ፡ ዝጽዓን ጽዒኖም ብኣፍደገ ገዛና ክሓልፉ ኽለው ከምታ ልማዶም ማዕጸና ይኹሕኩሑ። እዞም ገባሮ ፈጺሞም ውዕለቶም ኣይርስዑን'ዮም።

ሓደ መዓልቲ ማዕጸና ተኳሕኩሑ ምሰ'ርሓ'ኽዎ፡ ሓንቲ ብዕድመ ዝደፍኣ ኣደ ምስ ክልተ ኣእዱግ ጠጠው ጸንሓኒ።

“ኣዴ'ኻ ኣላዶ?” በላኒ።

“የላን።”

“ናበይ ከይዳ?”

“ናብ ዕዳጋ።”

“በል እዚ ሃባ! ከይወድቀካ ተጠንቂቕካ ሓዞ። ሓዲሽ ል'ኻይ'ዩ። 'ንጸጉር'ኺ'ዩ፣ ኣይክፈሎን'ዩ፡' ኢልካ ንገራ። 'እቲ ዝሃብክኒ መድሃኒት ንሕማመይ ህልም ኣቢሉ ኣጥፊእዎ ኢልካ 'ኽእ ንገራ። ካብ ዕዳጋ ክምለስ ከለኹ በዚ ክሓልፍ'የ በላ፣ ከይትርስዕ።” በላኒ።

ስቕታ ቡርቃ ክጽሕፋ ከለኹ፡ ሓረስቶት ኦሮሞ ኣብ ልበይን ኣእምሮይን ነበሩ።

እንሆ ሕጂ ክንፈ ንሓደ ተምሃራይ ኦሮሞ ገልቢጡ ክገርፎ ከም ዝቕነየ ድሕሪ ምሕባር፡ ነቲ ብበትሪ ዝቐሰለ መንእሰይ ኣለፋልፎ ይብለኒ'ሎ። ክንፈ፡ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ህወሓትን ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነትን ብምኻኑ ንኣይ ላዕለዋይ ሓላፊየይ'ዩ። ኣብ ውሽጢ ልበይን ኣእምሮይን፡ ጽኑዕ መሰረት ፍቕሪ እናሃነጹ ንዘዕበዩኒ ሕብረተሰብ ኦሮሞ ሰልዮም ምስ በለኒ ግና ብሓቂ ሓዚነ'የ። ዝኾነኾይኑ፡ “ጽቡቕ ክፍትን'የ፡” ኢለ ቅልጡፍ መልሲ ሃብክዎ።

ብዓንቶብኡ'ውን መሪሩኒ'ዩ ዝነበረ። ነቲ ክንፈ ዝበለኒ ኽም ዘይገብሮ'ኳ እንተ ፈለጥኩ፡ ስለምንታይ ኽምኡ ኽግበር ይእዝዘኒ ኢለ ግና ምሒር ሕማቕ ተሰምዓኒ።

ብዝኾነ፡ ነቲ እሱር ዘዘራርበሉ መዓልቲ ፈሊና ተፈላለና።

ኢብሳ ገዳ፡ ብድሕሪ ኢሲኤ ኣብ ዝርከብ ምስጢራዊ ቤት-ማእሰርቲ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ጸባብ ክፍሊ ኣብ ወንበር ኮፍ ኢሉ ይጽበየኒ ነበረ። ሽሕ'ኳ መንፈሱ ተዳኺሙ ኣብ ገጹ ዝንበብ ቃንዛ ኣይንበር፡ ኮፍ ኣበሃህላኡ ግና ዝተሃሰየ'ዩ ዝመስል። ረሳሕን ዝተጨማደደትን ጻዕዳ ካምቻ ተኸዲኑ፡ ብዘይንቡር መገዲ ጸጉሩ ተላጽዩ፡ ጸጋመይቲ ዓይኑ ጓሀሪ መሲላ፡ ናይ ጽልኢ ረመጽ ዝተፍእ ዝቐሰለ ኣራዊት ኮይኑ ተሰምዓኒ።

ምሉእ ስመይ ነጊረ ተላለኽዎ። ቃል ትብሃል ከየምሎቐ ሱቐ ኢሉ ሰምዓኒ። ካብ ኣዒንቱ ዝውርወሩ ዝነበሩ ቀስትታት ጽልኢ ወግኡኒ። ስመይ ብልክዕ ኣይሰምየን ኢለ ስለ እተጠራጠርኩ፡ ወረቐት መንነተይ ኣውጺአ ኣብ ቅድሚኡ ኣንበርክሉ። ንመንነተይ ብዙሕ ግድ ከይገበረ ግንባሩ ክእሰርን ክፋታታሕን ኣስተውዓልኩሉ። ኣብ ገጹ ምልውዋጥ ምስ ረኣኹ ፈሊጡኒ ኣሎ ኢለ ገመትኩ። እንተኾነ ግና ከም እተጠራጠረ ኣይሰሓትክዎን።

"ቃለ-መጠይቐ ክካይደልካ ቤት-ጽሕፈት ጸጥታ ፈቂዱለይ ኣሎ። ምሳይ ናጻ ኪንካ ተዘራረብ።" በልክዎ።

ኣቐዲመ ተዳልየ ስለ ዝነበርኩ፡ ካብ መዘክር ደብተረይ ወረቐትን ቢሮን ኣውጺአ ናብ ቅድሚኡ ድፍእ ኣበልኩሉ። ኣብታ ወረቐት ከኣ፡ "ኣነ ንባዕለይ ናጻ ኣይኮንኩን። ኣብዛ ውሽቲ ኽፍሊ'ዚ መምልኢ ድምጺ ክህሉ ይኽእል'ዩ። ቃለ-መጠይቐ ክትገብር ፍቓደኛ ከም ዘይኮንካ ገሊጽካ ኣፋንወኒ፡" ኢለ ጸሓፍክሉ።

ኢብሳ ገዳ ፍሽኽ በለ። ብዓይንና ተረዳዲእና፣ ጽቡቐ ጌርና ተረዳዲእና። ድሕሪኡ ንፍርቅ-ሰዓት ዝኣክል ድራማ ሰሪሕና። ኣነ ከእምኖ እፍትን ንሱ ድማ ዓው ኢሉ ይከራኸረኒ።

"ስቕታ ቡርቃ ኣነ'የ ጽሒፈ'ያ። ንዓይ ክትኣምነኒ ኣለካ። ወያኔ ክቐትሉኻ ይኽእሉ'ዮም። ስለዚ ንታሪኽ ዝተርፍ ምስጢራት ንገረኒ። ብህዝቢ ኦሮሞ ክምሕለልካ'የ! ከም ምስጢር ከኣ ሒዞ ክጸንሕ'የ፡" እናበልኩ ሓባበልክዎ።

ንሱ'ውን ብተመሳስሊ።

"ኣነ ኦነግ ኣይኮንኩን። ጫካታት ኦሮሚያ ምስ ተቃጸለ ነቲ ባርዕ ንምጥፋእ ዝወደብኩ ኣነ'የ። ከምኡ ስለ ዝገበርኩ ከመይ ኣቢሉ ኦነግ የብለኒ? 'ካብ ሰበ-ስልጣን ኦህዴድ ምሳኻ ዝራኸብ መን'ዩ?' እናበሉ ይቕጥቕጡኒ'ለው። ኣነ ዝፈልጦ የብለይን። ዘይኮነ ሰብ ክጽውዓልኩም እንተ ደሊኹም ድማ ኣባዱላ እብለኩም። ካልእ ንመን ኽጠቕሰልኩም ደሊኹም?"

ድሕሪ ፍርቅ-ሰዓት ናብ ክንፈ ቀሪበ፣

"ፍቓደኛ ኣይኮነን፡" ቀጺለ፣ "....ከም ዝመስለኒ ግና ስምዒታዊ ኮይኑ ይንቀሳቐስ ይህሉ ይኸውን'ምበር፡ ዝተወደበ ዋህዮ ይህልዎ ኢለ ኣይግምትን'የ፡" በልክዎ።

ኣነን ኢብሳ ገዳን ክንዘራረብ ኸለና፡ ክንፈ ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ኾይኑ ሰሚዑና ይኸውን ኢለ ገመትኩ።

ክንፈ፡ ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝገብሮ ንእሽቶ ተዋዝዩ ኣፋነወኒ። ናብ ቤት-ጽሕፈተይ እናተመለስኩ፡ ንኣይዶ ይኸውን ዝሰለየኒ? ዝብል ጥርጣረ ኣብ ኣእምሮይ ብልጭ በለኒ። ኢብሳ እዚ ኹሉ ተገሪፉ ብጨቕ ዘይበለ፡ ኣነ ስቕታ ቡርቃ ስለ ዝጸሓፍኩ ከመይ ኣቢሉ ምስጢር ክነግረኒ ይኽእል? ክንፈ ኑቲ ምስጢር ካብ ኢብሳ ዘይኮነ ካባይ ከም ዝደለዮ ጠርጠርኩ። ርግጸኛ ግና ኣይኮንኩን። ኣብታ ዝነበርናያ ክፍሊ፡ መምልኢት መሳርሒ ኣቀሚጡን ኣየቕመጠን ርግጸኛ ኮይነ ክዛረብ ኣይክእልን'የ። ከምኡ ከም ዝገብር ግና ኣቕዲሙ ባዕሉ ኣዕሊሉኒዩ። ዘመተ ምጥፋእ ባርዕ ሓዊ ካብ ዝካየድ ዓሰርተው ሸሞንተ ኣዋርሕ ስለ ዝገበረ፡ ኢብሳ፡ ምኽንያት መእሰሪኡ ምስቲ ዝተኻይደ ዘመተ ዝተተሓሓዘ ከም ዘይኮነ ገመትኩ። ክንፈ ከም ዝነገረኒ፡ ኦነግ ኣብ ውሽጢ ኦህዴድ ዝዘርግሖ መርበብ ካብ ኢብሳ ክረኽቦዶ ይጽዕር ይህሉ? ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ክንፈ ስለምንታይ ከሳትፈኒ ደልዩ?

ኣብ ዝተሓዋወሰን ንሓድሕዱ ዝተዋቐዐን ሓሳባት ጥሒለ ቀነኹ። ክንፈ ብዝሃበኒ ትእዛዝ፡ ኑቲ እሱር ዝበልክዎ ጸረ ወያኔ ዝኾኑ ቃላት ከም መርትዖ ሒዙ፡ ተገልቢጡ ገበነኛ ኢኻ ኢሉ እንተ ኸሰሰኒኸ?

ድሕሪ ነዊሕ እዋን፡ ኑቲ ኣብ ኣእምሮይ ዝነበረ ሕውስውስ ዝበለ ስምዒትን ንኢብሳን እናረሳዕክዎም ከድኩ። ካብ ማሕዩር ይፍታሕዩ ኢለ ግና ፈጺመ ኣይተጸበኹን። ሞይቱዩ ዝኾውን ኢለ ጥራይ ደምዲመዮ ነበርኩ። እንተኾነ ግና፡ እንሆ ሕጂ ኣብ መሬት ደቡብ ኣፍሪቃ ረኺበዮ።

* * *

ኑቲ ምስኡ ዝነበረ መሳርሕቱ ምስታ ዝተበላሸወት ማኪና ኣብቲ ቦታ ሓዲግናዮ፡ መካኒክ ክንደሊ ናብ ሌዲስሚዝ ገጽና ጕዕዞ ጀመርና። በይንና ስለ ዝነበርና፡ ዓቕሊ ምግባር ኣብዩኒ ዘጋጠሞ ፈተና ክነግረኒ ተኳተኹከዎ።

"ምስኻ ምስ ተዘራረብኩ ድሕሪ ክልተ ሰሙን ፈቲሖምኒ፡" ቀጺሉ፣ "....ድሕሪ ሕጂ ኣብ ዝኾነ ዓመጽ ኣይሳተፍንየ፡' ዝብል ወረቐት ጽሒፎም ኣፈረሞም ፈቲሖምኒ፡" በለኒ።

ካብ ማሕዩር ምስ ተፈትሑ፡ ናብ በረኽታት ቦረና ከይዱ ምስ

ሰራዊት ኦነግ ከም እተሰለፈ፡ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ጸጥታ ተኣሲሩ ኸሎ ብዝወረዶ መግረፍቲ፡ ኣብ የማነይቲ እግሩ ምሽምቓቕ ጭዋዳታት ስለ ዘጋጠሞ ቅድሚ ኽልተ ወርሒ ንሕክምና ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ከም ዝመጽኡ፡ ኣብዚ ምስ ኣዕሩኽቱ ይቕመጥ ምህላውን ሕክምናኡ ምስ ወደአ ድማ ናብ በረኻታት ባሌ ከም ዝምለስን ኣዕለለኒ።

ኣብ መንጎ ሓንቲ ሕርኽርኽ ትብለኒ ጉዳይ ኣልዓልኩሉ።

“ምስ ሰበ-ስልጣን ኦህዴድ ርክብ ኔሩካዶ?”

ፍሽኽ በለ።

“እወ! ንኽመውት ድሉው’የ ነይረ፣ ካባይ ዝኾነ ምስጢር ከም ዘይረኽቡ ፍሉጥ’ዩ ነይሩ።”

“ኣጸቢቕም ድዮም ገሪፎምኻ?”

“ከቢድ’ዩ ነይሩ።” በለኒ ገጹ ጽውግውግ እናበለ፣ “ደርግ ይጥቀመሉ ነይሩ ዝብሃል ኣገባብ መግረፍቲ’ዮም ዝጥቀሙ። ገልቢጦም ከብዲ እግረይ ገሪፎምኒ! ረሳሕ ማይ ኣብ ዝመልኡ በርሚል ቀ-ልቀ-ል ኣፈይ ተኺሎም ምስጢር ክረኽቡ ፈቲኖም። ካብ ቄርበት ጉማረ ዝተሰርሐ መግረፊ ዅርማጅ’ውን ኣሎዎም።”

ኢብሳ ገዳ ስክሕክሕ እናበለ ኣዕለለኒ። ዝወረዶ ግፍዕን ስቓይን ጌና ካብ ኣእምሮኡ ከም ዘይሃሰሰ ካብ ቃና ድምጹ ይፍለጥ ነበረ።

“ክትምክቶ ምኽኣልካ ዘገርመ’ዩ፣ ሓያል ኢኻ።” በልክዎ።

ኢብሳ ዝን ኢሉ ድሕሪ ምጽናሕ፣

“ብዘይምቕራጽ ክገረፉኒ ኸለው፡ ነቶም ቀዳሞት ተጋደልቲ እናዘከርኩ ጽንዓት እረክብ ነይረ። ብዓል ኣብዩ ገለታ፡ ብዓል ዳውድ፡ ብዓል ኢብሳ ጉተማ፡ ብደርግ ተኣሲሮም ከለው ዝወርዶም ኣሰቃቒ መግረፍቲ ስለ ዝፈልጥ፡ ንኣኣቶም እናዘከርኩ ውሽጣዊ ሓይሊ እረክብ ነይረ....”

* * *

እዚ መንእሰይ’ዚ፡ ብዛዕባ ቀዳሞት ተጋደልቲ ኦነግ ምስ ኣልዓለለይ፡ ብዝኽሪ ናብ ድሕሪት ተመለስኩ።

እምባታት ዘንቀጥቀጠ ወለዶ ዘርእስታ መጽሓፍ ከዳልው ከለኽ፡ ብወገነይ ኣብ ቅጺ ሰለስተ ንኽሕትማ ዘዳለኽወን ክልተ ትረኻታት ነበራ። ንሳተን ድማ፡ ገድላዊ ታሪኽ መራሒ ህወሓት ነበር ስሑልን ከምኡ’ውን ኣብቲ እዋን’ቲ ኣባል መራሕነት ኦነግ ዝነበረ ዳውድ ኢብሳን’የን።

ክንፈን ኣለምሰገድን፡ ንታሪኽ ስሑል ቄራሪጸም ኣሕትሞ ኢሎም ከፍቅዱለይ ኸለው፡ ንታሪኽ ዳውድ ኢብሳ ግና ኣገድዎ። ክንፈ በቲ ልሙድ ኣዘራርባኡ፣

"ኦነግ ግብረሽበራዊ ውድብ ምኻኑ እናፈለጥካ፡ ከመይ ጌርካ ታሪኽ ዳውድ ትጽሕፍ!?" ኢሉ ነዲሩ ተዛሪቡኒ ነበረ።

ከረድኦ ፈተንኩ፣

"ከምዚ ትብሎ ዘለኻ ኦነግ ግብረሽበራዊ ምኻኑ ዘንጊዐዮ ኣይኮንኩን። እንተኾነ ግና እታ መጽሓፍ ህዝቢ ምእንቲ ኽንብባ፡ ዋላ ኣይንእመነሉ ታሪኽ ዳውድ እንተ ተኻተተ ጽቡቕ'ዩ።" በልክዎ።

ኣይተዋሓጠሉን! ከልከለኒ!

ውዕሎታት ቃልሲ ዳውድ ኢብሳ ካብ ቤት-ጽሕፈት ክንፈ'የ ረኺበዮ። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ምስጢራዊ መዛግብቲ ጸጥታ ይኹን ናይቲ ብኣባዱላ ገመዳ ዝእዘዝ ዝነበረ ስታፍ ስለያ ምክልኻል ኢትዮጵያ መዛግብቲ ንኣይ ክፉታት'ዮም ነይሮም። ዝደለኽዎ ሰነድ ናይ ምውካስን ገዛይ ወሲደ ክጥቀመሉን ፍሉይ ፍቓድ ይውሃበኒ ነበረ። ጀነራል ኣባዱላ ገመዳ ከም ዘዕለለኒ፡ ብዘይካይ ዝኾነ ይኹን ሰብ ናይ ታሪኽ ሰነዳት ክውከስ ዝሓተተ ሰብ ኣይነበረን።

ብዓል ክንፈ፡ ንዳውድ ዝምልከት ታሪኽ ከይጽሓፍ እለዮ ኢሎም ክእግዱኒ ኸለው፡ ዝኾነ ይኹን ብቐዕ ምኽንያት ኣይነበሮምን።

...ዳውድ ኢብሳ ኣብ ሆሮጉድሩ'ዩ ተወሊዱ። ከም መለስ ዜናዊ ተምሃራይ ቤት-ትምህርቲ ዊንጌት'ዩ ነይሩ። ንመለስ ብኽልተ ዓመት ይቕድሞ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣራት ኪሎ ስታቲስቲክስ'ዩ ኣጽኒዑ። ወለዱ ዘውጽእሉ ስም ፍሬው ከም ዝነበረ፡ ኣብ ግዜ ደርግ፡ ኣብ ምምሕዳር ወለጋ ኣብ ትሕቲ ንጉሴ ፋንታ ዝምራሕ ዝነበረ ጨንፈር ጸጥታ ንተስፋይ ወልደስላሴ ኣብ ዝጸሓፎ ሪፖርት ተጠቒሱ ይርከብ።

ኣብ እዋን ምንቅስቓስ ተምሃሮ፡ ደርግ ክልተ ዓመት ኣሲሩ ፈትሑ። ካብ ቤት-ማእሰርቲ ምስ ተፈትሐ ድማ ክጋደል ምስ ኦነግ ተጸንበረ። ኣብ 1976፡ ኦነግ ዕስራን ሸሞንተን ኣባላት ማእከላይ ሸማግል ክመርጽ ኸሎ፡ ዳውድ ኢብሳ ሓደ ኻብኣቶም ኮይኑ ተመርጸ። ኣብ 1979 ኦነግ ቃልሱ ንምዕራብ ኢትዮጵያ ከስፋሕፍሕ ምስ ወሰነ፡ ዳውድን ሓው ንሌንጮ ለታ፡ ኣባ ጫላ ለታን ዋና ጸሓፍን ምክትልን ኮይኖም ነቲ ቃልሲ ክመርሕም ተመርጹ። ብሓፈሻኡ ዓሰርተው ሾብዓት ኾይኖም ብሱዳን ኣቢሎም ናብ ወለጋ ብምእታው ኣብ ከባቢ ቤጊን ጊዳሚን ምንቅስቓስ ጀመሩ።

ደርግ፡ ነቲ ኣብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ምንቅስቓስ ኦነግ ንምዕፋን ኣቓልቦ ሂቡ ከጽንዖ ጀመረ። ኣመሓዳሪ ወረዳ ጊዳሚ፡ ሂካ መሳዲን ኣመሓዳሪ ክፍለ ሃገር ወለጋ ዝነበረ ንጉሴ ፋንታን፡ ነቲ ቃልሲ ንምቅሃም ሓደ ውጥን ይሕንጽጹ። ካብቶም ዳውድ ዝመርሖም ዝነበረ ዓሰርተው ሸድሸተ ተጋደልቲ፡ ሓደ ኻብኦም ዘካርያስ ሾሮ

ዝብሃል ሓው ነበሮ።

ሂካ መሳዲ ንዘካርያስ ኣብ ገዛኡ ጸዊው ሓደ ዕማም ይህቦ።

“ንሓውኻን ንኣዕሩኽቱን ኣብ ገዛ ድራር ዓድሞም። ንህበካ ስሚ ኣብ ምግቢ ሓዊስካ ክትቕርበሎም ኢኻ። ነዚ ዘይትፍጽሞ እንተ ኾይንካ ግና ምስ ቤተ-ሰብካ ክትቅተል ኢኻ! ከብትኻ ክዝመታ’የን! መሬትካ’ውን ክህገር’ዩ! ዘርእኻ ካብ ገጽ ምድሪ ክጠፍእ’ዩ!” በሎ።

ዘካርያስ ከምኡ ክገብር ምስ ተሓበረ፡ ግድን ኮይንዎ ክሰግማዕ ከም ዝኾነሉ ኣብ መዛግብቲ ቤት-ጽሕፈት ሃገራዊ ድሕነት ተሰኒዱ ይርከብ።

“ንሓወይ ከመይ ገይረ ብስሚ እቕትሎ?” ኢሉ ሕስይስይ በለ።

“እንተ ኾኢልካ፡ ንሓውኻ ፈሊኻ ከም ዘይበልዕ ግበሮ። እንተ ዘይተኻኢሉ ድማ ምስኡም ይሙት! ሓውኻ ሃገር ከጥፍእ ዝተዓስበ ከሓዲ’ዩ፡” በሎ ትርር ኢሉ።

ዘካርያስ ሾሮ ከይሃድም፡ ክዳን ሓረስቶት ዝተኾድኑ ወተሃደራት ኣድብዮም ይሕልውዎ ነበሩ። ስሚ ካብ ኣዲስ ኣበባ ተላኢኹ ብመገዲ ንጉሴ ፋንታ ንሂካ መሳዲ ተዋህቦ። ሂካ ንዘካርያስ ኣረከቦ። ዘካርያስ ድማ ንሓውን ኣዕሩኽቱን ናይ ድራር ዕድመ ልኢኹ በጊዕ ሓሪዱ ጽቡቕ ምግቢ ኣዳለወሎም። ኣብቲ ግዜ’ቲ፡ እቶም ዓሰርተው ሾብዓት ተጋደልቲ ኦነግ ኣብ ክልተ ተኾፊሎም ይንቀሳቐሱ ነበሩ። ኣባ ጫላ ለታ ምስ ታሽዓይ ርእሱ ብኻልእ ከባቢ ይንቀሳቐስ ነበረ። ዳውድን እቶም ዝተረፉ ተጋድልትን ድማ ዕድመ ዘካርያስ ተቐቢሎም ኣማስያኡም ኣብ ዙርያ መኣዲ ተረኽቡ።

ዘካርያስ ንሓው ፈልዩ ከትርፎ ኣይክኣለን። “ንስኻ ጽናሕ ድሓር ትበልዕ” እኳ እንተ በሎ፡ ኣይፋለይን ኢሉ መኣዲ ተቐረበ። ሓውን ኣዕሩኽቱን ብስሚ ዝተለውሰ ምግቢ በልዑ ኾለው፡ ዘካርያስ ኣብ ዓንዲ ናይቲ ኣጉዶ ተጸጊው ቀዚዙ ይርእዮም ነበረ። እዚ ኣብዚ ግዜ’ዚ ኣቦ ወንበር ኦነግ ዘሎ ዳውድ ኢብሳ፡ ካብቲ ምግቢ ሒደት ቀሚሱ ምስ ኣእከለ፡ ኣብ ደገ ሓለዋ ዝነበረ ብጸዮም ንምትካእ ካብቲ መኣዲ ተሲኡ ንግዳም ወጽኡ። እቶም ካልኦት ምምጋቦሞ ቀጸሉ። ብዙሕ ከይጸንሑ ግና እቶም ተጋደልቲ መላእ ሰብነቶም ሓዊ እጉድ ስለ ዝበሎም እናእወዩ ክወድቁ ጀመሩ። ዘካርያስ፡ ሬሳ ሓው ኣብ ኢዱ ሓቖፈ። ዳውድ ኢብሳ ብዙሕ’ኳ እንተ ዘይበልዐ፡ ካብ ምምራዝ ግና ኣየምለጠን። ኣብ ሓለዋ ከሎ ሰብነቱ ምስ ኣቃጸሎ፡ ቁጽለ መጽልን ሓመድን እናቕሑመ ብዙሕ ማይ ሰተየ። ከምኡ ምስ ገበረ፡ ደጊሙ ደጋጊሙ ኣምለሶ። ኣእምሮኡ ስሒቱ ድማ ከም ብጾቱ ኣብ ገዛ እንዳ ዘካርያስ ወደቐ።

እቶም ክዳን ሓረስቶት ተኸዲኖም ኣድብዮም ዝሕልው ዝነበሩ ወተሃደራት፡ በቲ ዝተሓበሮም መሰረት ኣብ ገዛ ዘካርያስ ምስ በጽሑ እቶም ሾብዓት ተጋደልቲ ሞይቶም ጸንሕምም። ዳውድ ኢብሳ ግና ኣብ ሃለፍታ ኣትዩ ጸንሖም። ንእኡ ሒዞም ናብ ደምቢዶሎ ተዓዝሩ። ምስጢራት ኦነግ ካብኡ ክረኽቡ ህንጡይነት ስለ ዝነበሮም ቁልጡፍ ረድኤት ብምግባር ህይወቱ ኣትረፍዋ። ካብኡ ድማ ናብ ነቀምት ኣመሓላለፍዎ። ተወሳኺ ሕክምና ድማ ገበርሉ። ሕክምናኡ ምስ ወድኣ፡ ናብ ቤት-ማሕቡስ ወሲዶም ገልቢጦም ክቕጥቕጥዎ ጀመሩ። ቤት-ጽሕፈት ጸጥታ ክፍለ ሃገር ወለጋ ኣብ ጸብጻቡ ኸም ዝገለጾ፡ ካብ ዳውድ ኢብሳ ዝኾነ ምስጢር ክረኽቡ ኣይክኣሉን። ምኽን ምስ ኣበዮም፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝርከብ ማእከላዊ ዝብሃል ቤት-ማእሰርቲ ወሲዶም ኣብ በንዚንን ረሳሕ ማይን ዝመልእ በርሚል እናጥለቕ መርመርዎ። ንሞት ድልው ስለ ዝነበረ ግና ሓንቲ ቓል ኣየምለቑን። እናሳዕ ናብ ኣብያተ ማእሰርቲ ማእከላውን ኣለምበቃኝን እናመላለሱ ብዝተፈለለዩ ኣገባብ እናሳቐዩ ኸም ዝመርመርዎ፡ ቤት-ጽሕፈት ጸጥታ ኣብ ሰነዳቱ ብዝርዝር ገሊጽዎ ይርከብ።

ኣብ ኣለም በቃኝ ሓምሽተ ዓመት ምስ ተኣሰረ፡ ካብ ብዝሒ ምልምማድን ምቅርራብን ነቶም ዝሕልውዎ ዝነበሩ ፖሊስ ክውድቦም ክኣለ። ንሕክምና ኢሉ ምስ ወጽኦ ድማ ምስ ብጸቱ ኣምሊጡ ናብ ወለጋ ኣተወ። ኦነግ ኣብ ዘለዎ ቦታ ንምብጻሕ፡ ንጫካታት ቤንሻንጉል ኣቋሪጹ ክልተ ሰሙን ዝወሰደ ናይ ለይቲ ጕዕዞ ኣካዪዱ ኣብቲ ቦታ በጽሐ። ዳውድ ተሰሚሙ ክማረኽ ከሎ፡ ኣብ ውሽጢ በረኻታት ምዕራብ ወለጋ ዝገደፎም ኣባጫላ ሊታን ትሽዓተ ብጸቱን ልዕሊ ሓደ ብርጌድ ኮይኖም ጸንሕዎ። መራሒኦም ብህይወት ምምላሱ ክኣምኑ ስለ ዘይክኣሉ፡ እቶም ተጋደልቲ ብዓቢ ሓጐስ ተቐበልዎ...

እታ እምባታት ዘንቀጥቀጠ ወለዶ ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ኣርብዓን ሽድሽተን ገጻት ከሕትማ ኣዳልየያ ዝነበርኩ ናይ ዳውድ ውዕሎ ትትርኽ መጽሓፍ፡ ትሕዝቶኣ ብሓጺሩ እዚ ዝጠቐስክዎ'ዩ ነይሩ። እንተኾነ ግና፡ እዚ ታሪኽ ንብዓል ክንፈ ደስ ኣየበሎምን።

እቲ ሓቀኛ ናይ ታሪኽ ቃልሲ፡ ምሉእ ብምሉእ ናብ ወገናዊ ልሳን እናተለወጠ ይኸይድ ምንባሩ ስለ ዝተገንዘብኩ ድማ ኣብ ምጽሓፍ ዝነበረኒ ኣበርክቶ ኣቋረጽክዎ።

* * *

ምስ ኢብሳ ገዳ ክሳብ ሌዲስሚዝ እናዕለልና ኸድና።

እዋናዊ ፖለቲካዊ ኩነታት እናልዓልና፡ ብዙሓት ኢትዮጵያውያን ዝሓትዎ እኸል መብርሂ ዘይረኸበ ሓደ ዓቢ ሕቶ ኣልዓልኩሉ።

“ኦነግ ሕጂኸ ናይ ምንጻል ሕቶ ድዩ ዘለዎ?” ድማ በልክዎ።

ኢብሳ ገዳ ንጹር መልሲ ክህበኒ ፈተነ።

“ህዝቢ ይወስን ኢና ንብል! ....ማለተይ ረፈረንደም፣ OLF ኣብ 1991 ኣብ ውሽጢ መሰጋገሪ መንግስቲ ክሳተፍ ከሎ፡ እቲ ንደልዮ ዲሞክራሲ ይመጽእ ይኸውን’ዩ ኢልና ተስፋ ጌርና ስለ ዝነበርና ኢና። እንተኾነ ግና ወያኔ ኣብ ልዕሌና እንታይ ከም ዝፈጸመ ንኣኻ ኣይጠፍኣካን’ዩ። ኣብ ማዕርነት ህዝብታት ዝተሰረተ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት...”

ኣብ መንጎ ኮለፍክዎ፣

“ውልቃዊ ምርጫኻ ንገረኒ!” በልክዎ ትርር ኢለ።

ኢብሳ ገዳ ብሕቶይ ከም ዘይተሓጎሰ ኣስተውዓልክሉ።

“ኣነ ኣባል OLF’የ። ካብ ዕላማታት’ቲ ውድብ ዝተፈለየ ምርጫ ድማ ክህልወኒ ኣይክእልን’ዩ፡” ኢሉኒ ትም በለ።

“እፈልጥ’የ፡” በልክዎ። ቀጺለ፡ “...ናይ ኦነግ ፕሮግራም እፈልጦ’የ። እስከ ሕጂ ናይ ልብኻ ኣዕልለኒ።”

ኢብሳ ብምግራም ክጥምተኒ ድሕሪ ምጽናሕ፣

“ኦሮሞ ዘይኮኑ ወገናትና ንኦነግ ከም ዝጥርጥርዎ እፈልጥ’የ። ዘሕዝን’ዩ። ኣነ ኣብ በረኻታት ባሌ ኣብ ውሽጢ ህዝበይ’የ ዘለኹ...”

ዝን ድሕሪ ምባል፣

“.....ሕቶ ምንጻል ዘበገሶ ጭቆና’ዩ፡” ኢሉ ዘረባኡ ቀጸለ፣ “....ካልኣይ ዜጋ ስለ እተቐጸርና’ዩ እዚ ሕቶ’ዚ መጺኡ። ጭቆና እንተ ተኣልዩ፡ ህዝቢ ኦሮሞ ምንጻል ዝብል ሕቶ ከልዕሎ ኣይደልን’ዩ። ኦሮሞ ኣብ ኢትዮጵያ ጉንዲ’ምበር ጨንፈር ኣይኮነን፣ ስለዚ ጉንዲ ኣይንጸልን’ዩ.....

ኢትዮጵያውነት ኣብ ዝብል ጉዳይ’ውን ውልቃዊ ጽልኢ የብለይን፣ ኢትዮጵያውነት ገበን ኣይኮነን። ገዛእቲ ደርብታት፡ ኣብ መንጎ ዜጋታት ‘ዝበለጸ ኢትዮጵያዊ’ ዝብል ፍልልይ ስለ ዝፈጠሩ ዝመጸ ጸገም’ዩ። ብመሰረቱ ኢትዮጵያ ማለት ዝተቓጸለ ገጽ ወይ ድማ ጸሊም ማለት እንተ ኾይኑ ድማ፡ ንሕና ዝበለጽና ኢትዮጵያውያን ኢና ማለት’ዩ።

...ከምዚ ዝብለካ ዘለኹ’ዩ፣ ፖለቲካዊ ቁማር ኣብ ዘብጽሓካ የብሉን። ዝልዓለ ድምጺ ዝረኸበ ነዛ ሃገር ክመርሓ ኣለም። ንዲሞክራሲ ግና ከም መደናገሪ መሳርሒ ስለ ዝተጠቐምሉ ኢና ዕጥቃዊ ቃልስና ቀጺልናዮ። ድልየት እንተሎ መፍትሒ’ውን ኣሎ። ንህዝቢ ኦሮሞ ዲሞክራሲ ሓዲሽ ኣምር ኣይኮነን፣ ካብ ነዊሕ ዝጸንሐ’ዩ። ናይ ገዳ፡ ናይ ሞጋሳ፡ ናይ ጉዲፈቻ ባህሊ ዘለና ህዝቢ ኢና። ክንረዳዳእ እንተ

ኽኢልና ብሓድነት ኢትዮጵያ ዝበለጸ ተጠቕምቲ ንኽውን ንሕና ኢና።

.....ወያኔ ፈጠርቲ ራዕዲ'ዮም ዝብሉና። እዚ ዝብልዎ ዘለዎ ፕሮፖጋንዳ ከም ዘይሰመረሎም ከረጋግጸልካ እደሊ። ኦሮሞን ኣምሓራን ክላዘቡ ጀሚሮም ኣለው። ህዝቢ ከም ህዝቢ ሸግር ኣሎዎ ኢለ ኣይኣምንን'የ። ህዝቢ ትግራይ፡ ጸላኢ ህዝቢ ኦሮሞ ኾይኑ ኣይፈልጥን። እዚ መራሕቲ ዝፈጠርዎ ሸግር'ዩ። ወያኔ ኦነግ ሞይቱ ተቐቢሩ እናበለ ወግሒ-ጸብሒ ዝልፍልፍ ዘሎ፡ ክጠፍእ ከም ዘይክእል ስለ ዝፈለጠን ሰለ ዝሰግእን'ዩ።

...ሓድነት የድልየና'ዩ... ምጽውዋር... እዛ ሃገር ማዕረ ከም ትብጽሓና እንተ ዘይተኣማሚንናን ኣብዛ ሃገር ማዕረ ሓላፍነት ከም ዘለና እንተ ዘይተረዳዲእናን ግና ሰላም ክሰፍን ኣይክእልን'ዩ። ...እዚ ዝብለካ ዘለኹ ለውጢ ከይመጸ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ በረኻታት ቦረና ኮይነ ቃልሰይ ክቐጽል'የ። ...ኣብ ጎቦታት ባሌ ጠበንጃይ ተሓንጊጠ ክጋደል'የ!.... እዚ ድማ ናብ ዘየድሊ ውጽኢት ክመርሓና ከም ዝኽእል ምግንዛብ የድሊ.....”

ሽዑ ኣብ ሌዲስሚዝ ምስ በጻሕና ምስ ኢብሳ ተፈላለና።

ኣብዛ ሓጻር መገዲ ዘልዓልክሉ ሕቶታት፡ ኢብሳ ዘዕግብ መልሲ ኣይሃበንን። ድሕሪ ብዓል ትንስኤ ኣብ ፕራቶሪያ ክንራኸብ ተቋጺርና ኣለና።

ድሕሪኡ ጉዕዞይ ናብ ደርባን ቀጸልኩ። ብዓል ፋሲካ ኣብ ከተማ ደርባን ከሕልፍዎ ዝወሰኑ ደቡብ ኣፍሪቃውያን፡ ነቲ መገዲ ምልእ ኢሎሞ ከም ንፋስ ይሕምበቡ ኣለው....

- 24 -
ደራራ ስለምንታይ ተቐቲሉ?

ኣይከውንን ኣይትበሉ - እንተ ኾነኽ ኣጋጢሙ
ዝደቀሰ ራሳ - ተደፊኑ ተቐቢሩ
መን ይፈልጥ ’ተተሰአ - ዝጸቐጦ ኣእማን ፈንቂሉ
በእማን ተጨሪሑ - ሓመድ ተለዊሱ
ኣብ ዕረፍቲ ዘሎ - ሳዕሪ ተኸዲኑ
በድኒ’ዩ ገምቢ - ኣይርኢ ኣይሰምዕ
ዝፈረሰ ስጋ - ግሉዝ’ዩ ዘየድምዕ
ኢልኩም ኣይትንዓቑ - ውሽጡ ከይፈለጥኩም
ኣነ ፈሪሐልኩም - ተፈንጂሩ ከይውድኣኩም

(ግጥሚ - ፑኒት ሃኒት)

ካብተን ኣብ ውሽጢ ሳንጣይ ዝሓዝክወን ጭርምራም ወረቓቕቲ ሓንቲ፡ ንኣማውታ ደራራ ከፈኔ ትትርኽ’ያ። እዛ ንነዊሕ ዓመታት ሒዘያ ዝጸናሕኩ ጭራም ወረቐት፡ ዝሓዘቶ ምስጢር ምእማኑ ኣጸጊሙኒ ጸኒሑ። መስከረም 2008 ግና፡ ነቲ ዘሕዝን ኣማውታ ደራራ ዘራጉድ ተወሳኺ መርትዖ ስለ ዝረኸብኩን እቲ ነዚ ምስጢር ዝነገረኒ ሰብ ድማ ከም ዝሞተን ስለ ዝሰማዕኩ፡ ኣብዛ መጽሓፍ ክጽሕፎ ወሲነ’ለኹ።

* * *

ኦነግ ካብ መሲጋገሪ መንግስቲ ካብ ዝወጸሉ 1992 ንደሓር፡ ኩነታት ኦሮሚያ ዝተሓላለኸን ኣሸጋርን እናኾነ ከም ዝኸደ ይፍለጥ። ኣብ ገጠራት ኦሮሚያ ብፍላይ፡ ዓመጽን እምቢታን ካብ ግዜ ናብ ግዜ መመሊሱ እናሓየለ’ዩ ኸይዱ። ንክልል ኦሮሚያ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምእታዋ፡ ሃገራዊ ድሕነት ካብ ዝሃንደሶም ሜላታት ሓደ፡ ንፍሉጣት ደገፍቲ ኦነግ፡ ህዝቢ ከለዓዕሉ ይኽእሉ’ዮም ተባሂሎም ዝጥርጠሩን ህዝቢ ከም ታቦት ዝርእዮምን ኣበየ ኩተማኡ ብምቕንጻል፡ ሞራል ህዝቢ ሓምሺሽካ ተሸቕሪሩ ከም ዝግዛእ ንምግባር ዝዓለመ

ነበረ። እዚ ናይ ቅንጸላ ወፍሪ ብዝረቐቐ መገዲ ተሓንጺጹ ኣብ ስራሕ ወዓለ። ህዝቢ ኦሮሞ፡ ከም መላእኽቲ ዝርእዮም ፍሉጣት ሰባት ኣብ ቀንዲ ከተማታት ኦሮሚያ ግንባሮም እናተወቐዑ ተቐቲሎም። ኣብዚ ትረኻ፡ ንህዝቢ ኣምቦ ክሳዱ ንምድናን መን ከም እተቐንጸለን እቲ ቅንጸላ ብኽመይ ከም እተፈጸመን ከዋግዓኩም'የ።

"ኣብ ኣምቦ መን ይቀተል?" ዝብል ሕቶ ብኮሚተ'ዩ ተወሲኑ። ነታ ኮሚተ ዝመርሐ ስታፍ ስለያ ምክልኻል ዝነበረ ጀነራል ኣባዱላ ገመዳ ክኽውን ከሎ፡ እታ ኮሚተ ብሓምሽተ ኣባላት ዝቁመት ነበረት። ንሳቶም ድማ፡ ኣብቲ ኣዋን'ቲ ሓላፊ ፖለቲካ ማእከላይ እዚ ዝነበረ ጀነራል ሃይለ ጥላሁን፡ ሓላፊ ወፍሪ ማእከላይ እዚ ዝነበረ ጀነራል ተኽላይ ኣሸብር (ወዲ ኣሸብር)፡ ሓደ ስሙ ዘይተፈልጠ ንሃገራዊ ድሕነት ወኪሉ ዝመጽኣ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ከባቢ ኣምቦ ተመዲቡ ዝነበረ ምክትል ኣዛዚ ቦጦሎኒ ኣዶ ኮሎኔል ድሪባ መኮንን፡ እንተላይ ኣብቲ እዋን'ቲ ሓላፊ ፖለቲካ ቦጥሎኒ ኣዶ ዝነበረ ሻለቃ ጀማል የሱፍ ነበሩ። ኣዛዚ ቦጦሎኒ ኣዶ ዝነበረ ውመር የሱፍ ግና፡ ፖለቲካዊ መርገጺኡ ኣጠራጣሪ'ዩ ብዝብል ምኽንያት ኣብቲ ኣኼባ ከም ዘይሳተፍ ተገብረ። ንጸጥታዊ ስራሕ ብዝብል ምኽንያት ከኣ፡ ናብ ፌንጫሃ ከም ዝኸይድ ተገብረ።

ኣባላት'ታ ኮሚቴ፡ ኣብ ቤተ-መንግስቲ ኣምቦ ተኣኪቦም "ኣብ ኣምቦ መን ይቀተል?" ንዝብል ሕቶ መልሲ ሃቡሉ። እቶም ክቕንጸሉ ዝተሓጽዩ ሰለስተ ፍሉጣት ተወላዶ ኦሮሞ ተቐማጠ ከተማ ኣምቦ'ዮም። ንሳቶም ድማ፡ ኣቦኣ ንድምጻዊት ኣበቦች ደራራ፡ ደራራ ከፈኔ፡ ዳቃ ሙለታን ደንደናን ይብሃሉ። ብህዝቢ ተቐባልነት ዘለዎን ምስ ኦነግ ይትሓባበርን'ዩ ተባሂሉ ዝተጠርጠረ ደራራ ከፈኔ ድማ፡ ብድምጺ ብልጫ ተዓዋቲ ኮነ። እቲ ቅንጸላ ብኽመይ መገዲ ከም ዝትግበር ምስ ተሓንጸጸ፡ ደራራ ዝቕተለሉ ዕለትን ሰዓትን ቦታን ብምውሳን እቲ ኣኼባ ተዛዘመ።

በቲ ውጥን መሰረት፡ እቲ ቅትለት ተፈጸመ።

ንምሽቱ፡ ደራራ ኣብ ኣፍደገ ገዛኡ ከሎ፡ ዕጡቓት፡ ኣብ ላንድክሩዘር ኮይኖም ብዝተኮስሉ ክልተ ጠያይቲ ርእሱ ተሃሪሙ ህይወቱ ሓለፈት። ድምጺ ተኵሲ ምስ ተሰምዐ፡ ብመሰረት'ቲ ውጥን ኮሎኔል ድሪባን ሻለቃ ጀማልን ናብ ኣዛዚ ቦጦሎኒ ኣዶ ኮሎኔል ዮሱፍ ብምኻድ፡ ደራራ ከም ዝተቐትለ ሓቢሮም፡ እታ ቦጦሎኒ ብህጹጽ ንኽተማ ኣምቦ ብምኽባብ ተፍትሽ ከተካይድ ብዝተረበሸ መንፈስ ሃወኽዎ። ኮሎኔል ዮሱፍ፡ ብዛዕባ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ ድራማ ዝፈልጦ ነገር ስለ ዘይነበሮ፡ ካብቶም ኣብ ትሕቲኡ ዝርከቡ ኣዘዝቲ ዝቐረበሉ መደናገሪ ሓበሬታ

ብግርህና ተቐቢሉ፡ እታ ቦጦሎኒ ተፍትሽ ከተካይድ ኣዘዘ። ነቶም ገበነኛታት ኣሳፊራ ዝነበረት ላንድክሩዘር ድማ፡ ገጻ መሊሳ ኣዋሃሃዲት ናይቲ ተፍትሽ ኮነት። ሽዓ መዓልቲ፡ ኣብታ ከተማ ዝተረክቡ ኣባላት ፖሊስ ከይተረፉ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣተው። ኣምቡ፡ ምሉእ ለይቲ ብተፍትሽ ክትናወጽ ሓደረት። ኣብ ትሕቲ ጀነራል ኣባዱላ ገመዳ ዝእዘዙ ዝነበሩ ኮሎኔል ድሪባ መኮንንን ሻለቃ ጀማል ዮሱፍን፡ እቲ ድራማ ዕላማኡ ብዝግባእ ከም ዝወቅዕ ገበሩ።

ደራራ ተቐትለ!!!

ንኽስዋእ ብድምጺ ስለ ዝሰዓረ ተቐንጸለ!

ውጽኢቱ ግና በንጻሩ ኮነ። ንጽባሒቲ ወጋሕታ፡ ህዝቢ ነቲ ክካየድ ዝሓደረ ድራማ ኩሉ ስለ ዝተገንዘቡ፡ ተቓውሞኡ ብግሁድ ኣብ ኣደባባይ ኣስመዐ። ኣብ ስነ-ሰርዓት ቐብሪ ደራራ፡ ህዝቢ ግልብጥ ኢሉ ወጽኣ። ብኽቱር ነድሪ ዝፍክሩ'ምበር፡ ዝበኽዩ ኣይተራእዩን። ኣብ ታሪኽ ከተማ ኣምቡ፡ ከምኡ ዝብዝሑም ቀባሮ እተረኽብሉ ስነ-ስርዓት ቐብሪ ተፈጺሙ ኣይፈልጥን። ህዝቢ፡ "ደራራ! ሓደ መዓልቲ ከም ዘሕቅቐኻ ንፈልጥ ኔርና። መግስተ ሰማይ የዋርስካ! ጸላእትና፡ ኣብዛ መዓልቲ'ዚኣ ኣሸሓት ደራራ ተወሊዶም ከም ዝሓደሩ ዘይምፍላጦም ግና የዋሃት'ዮም!?" ክብል ተሰምዐ። እቲ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ድማ ብሆይሆይታን ሕራነን እተሰነየ ነበረ።

* * *

ንኢህወደግ ሓዲገ ቅድሚ ምጽብላለይ ቅድሚ ሓደ ዓመት፡ ሓደ መዓልቲ ምሸት ኣብ ሞባይለይ ተደወለለይ።

"መን ክብል?" በልኩ።

"ሻለቃ ጀማል እብሃል፣ ንስኻ ኣይትፈልጠንን ኢኻ። ኣነ ግና እፈልጠካ'የ"

"ሕራይ! እንታይ ክሰምዓካ?"

"ብሓደ ጉዳይ ስለ ዝደለኽኻ፡ ዝጥዕመካ እንተ ኾይኑ ምሸት ሰዓት ሸሞንተ ኣብ ራስ ሆተል ንራኽብ።"

"ናይ ደሓን ድዩ!? ንገረኒ'ንዶ እንታይ ኢኻ ደሊኻኒ?"

"ብቴሌፎን ዝዝረብ ኣይኮነን። ምስ ተራኽብና ክነግረካ'የ።"

"ሕራይ! ብኽመይ ክፈልጠካ'የ ግና?"

"ኣነ ስለ ዝፈልጠካ መጺኣ ባዕለይ ክረኽበካ'የ"

ጋዜጠኛ ስለ ዝኾንኩ፡ ከምዚኣም ዝኣመሰሉ ብዙሓት ኣጋጣሚታት

የንንፉኒ'ዮም። እዚ'ውን ከምቲ ልሙድ ኣቓልቦይ ኣይሰሓቦን። ምስ ተራኸብና፡ ቀጢን ነዊሕ፡ ኣዒንቱ ጉድጉድ ዝበላን ብጣዕሳ ዝኣክል ጸጉሩ ዝተበናጨረን ሰብ መጺኡ፡ ሰላም ድሕሪ ምባል፡ "ሻለቃ ጀማል የሱፍ" እብሃል በለኒ።

ክልተ ሰዓት ዝኣክል ኮፍ ኢልና ኣዕለልና።

እቲ ኣብ ላዕሊ ዝዕለልኩኹም ኩሉ ዘሎ ምስ ኣዕለለኒ፡ ክልተ ቄጽሊ ወረቐት ኣውጺኡ እናቐበለ፣

"ኣስማቶም ከይትርስዕ ቀንዲ-ቀንዲ ነጥብታት ኣብዛ ወረቐት ጽሒፈልካ'ለኹ። ኣብ ኢትዮጵያ ክሳዕ ዘለኸ'ውን ነዚ ታሪኽ ክትጽሕፎ ኣይትኽእልን ኢ'ኻ። ምኽንያቱ፡ ነዚ ምስጢር ንፈልጥ ሰባት ውሑዳት ስለ ዝኾንና ብቐሊሉ ክሕዙኒ'ዮም። ስለዚ ነዚ ምስጢር ዓቂብካዮ ጽናሕ'ሞ፡ ኣብ ዝጥዕመና ግዜ ተመ'ኺርና ከነቓልየ ኢና። ንኣበበች ኣቦኡ ደራራ ከፈኔ፡ ከመይ ጌርና ከም ዝቐተልናዮ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክፈልጦ'ለዎ። እዚ'ዩ ኑዛዜይ ዝሓወይ!" በለኒ።

ከምኡ ምስ በለኒ፡ ነታ ዝኣዘዛ ዊስኪ ብሓንሳእ ግስም ኣቢሉ ኣውረዳ። ገጹ ኸኣ ዝተቐምረረ ፕላስቲክ መሰለ። ጣዕሳ፡ ውሽጡ ልቡ እናቃጸለ የሳቐዮ ከም ዝነበረ'ኳ ተስተውዓልክሉ፡ መጻወድያ ክንፈ ስለ ዝፈልጦ ግና፡ እቲ ሻለቃ ድራማ'ዩ ዝሰርሕ ዘሎ ኢለ ጠርጠርኩ።

"ኣባል ህወሓት ምኳነይ እናፈለጥካ፡ ከመይ'ልካ ነዚ ከቢድ ምስጢር ኣሚንካ ክትነግረኒ ትኽእል?" በልክዎ።

"ንኣኻ ክኣምነካ እኽእል'የ፡" በለኒ ትርር ኢሉ፣ ስቕታ ቡርቃ ብምጽሓፍካ፡ ኣባዱላን ኩማን ብዓይኒ ጽልኢ ከም ዝጥምቱኻ እፈልጥ'የ። ወዲ'ምበይተይ'ውን ስሩዕ ኦነግ'ዩ ዝብለካ... ስብሓት ነጋ እናተኸላኸለሉ'ምበር ክእለ ዘለዎ ሰብ'ዩ ዝብል። ስለዚ ስለምንታይ ከም ዝጸልኡኻ ኣጸቢቕ ስለ ዝፈልጥ ኣይጠርጠርኩኻን... ኣብዚ ቀረባ እዋን ድማ ኤርትራዊ ምኳንካ ሰሚዐ....."

ክኣምኖ ተደናደንኩ። ወዲ እምበይተይ ዝብሃል ጀነራል ህወሓት፡ ምስ ኮሎኔል ገመቹ ዝብሃል ላዕለዋይ መኮንን፡ በታ መጽሓፍ ከም ዝተገራጨው ሰሚዐ ስለ ዝነበርኩ፡ ንጀማል ናብ ምእማኑ ገጸይ ዘንበልኩ። እንተኾነ ግና፡ ኣብ ገጸይ ዝኾነ ስምዒት ከይንበብ እናተጠንቀቕኩ ሕቶይ ኣናዋሕኩ።

"መኣስ ኢ'ኻ ተጣዒስካ?" በልክዎ።

"ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብሩ!" በለ ቅልጥፍ ኢሉ። ኣስዒቡ ኣብ ሓያል ስምዒት ጥሒሉ፣ "……ንጽባሒቱ ኣብቲ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ህዝቢ ከተማ ኣምቦ ከም ማዕበል ግልብጥ ኢሉ ምስ ወጽኡ፡ ፍርሒ ከም ዓሶ'ዩ ኣንቀጥቂጡኒ። ኦሮሞ'የ፣ ብትእዛዝ ህወሓት ግና ንገዛእ ወገነይ

ቀቲለ። እዚ ባህሊ ኣቦታተይ ኣይኮነን፣ ንመባእስትኻ ብዕርቂ ሓውኻ ትገብሮ'ምበር ኣይትቐትሎን ኢኻ። ነዚ ክሕደት ካበይ ከም ዝወረስክዎ ግና እንድዒ!? ንጽባሒቱ ህዝቢ ኣምቦ ብነድሪ እናፈከረ ናብቲ መቓብር ምስ ወሓዘ... እንታይ'ሞ ኽብለካ'የ.... ቃላት ይሓጽረኒ... ነፍሰይ ንዒቐያ፣ ኣብታ መዓልቲ ደራራ ኣይኮነን ሞይቱ፣ ዝሞትኩስ ኣነ'የ.... ኣነ ከልቢ'ምበር ሰብ ኣይኮንኩን!! ልክዕ ከምቲ ጀነራል ታደሰ ብሩ ብሓንቲ ፍጻመ ተጣዒሱ ሃንደበት ዝተለወጠ፡ ኣነ ድማ ኣብታ መዓልቲ'ቲኣ፡ ንህዝቢ ኦሮሞ ዳግማይ ከይክሕዶ ምስ ነፍሰይ ቃል ኣትየ....” በለኒ።

ንደቓይቐ ዝኣክል ስቐ ኢልና ድሕሪ ምጽናሕ፣

“ሕጂ ምስ ኦነግ ትተሓባበር ዲኻ?” በልክዎ።

“ንኣኻ ኣይሓብኣልካን'የ። ርክብ ኣሎኒ!”

“ኣማውታ ደራራኽ ሓቢርካዮምዶ?”

“ብጽሑፍ ልኢኽሎም ኣለኹ። ንድሕነተይ ክብሉ ግና ብሚድያ ኣየቃልሕዎን'ዮም። መዓልታዊ ካብዚ ዝኽፍኣ ብዙሕ ግፍዕታት ስለ ዝሰምዑ፡ ኣማውታ ደራራ ከይገርሞም ይኽእል'ዩ። ንኣኻ ክነግረካ ዝወሰንኩ ኽኣ፡ ደራሲ ስለ ዝኾንካ ፍሉይ ኣቓልቦ ክትገብረሉ ትኽእል ኢኻ ኢለ'የ። ከምዚ ዝበልኩ ግና ኣብ ኢትዮጵያ ክሳዕ ዘለኹ፡ እዚ ምስጢር ግድን ክዕቀብ ኣሎዎ...”

በዚኣ ተፈላለና። ቅድሚ ምፍልላይና ግና ነታ ዝሃበኒ ወረቐት መለስኩሉ።

“ስለምንታይ ደኣ?” በለኒ።

“ደሓን ኩሉ ኣብ ሓንሳለይ መዝጊበዮ'ለኽ፡” በልክዎ።

ዝከታተሉኒ ሰባት ይህልው ይኾኑ ኢለ ስለ ዝሰጋእኩ'የ ነታ ወረቐት መሊሰሉ። ምስ ተፈላለና ድማ ፍንትት ኢለ ነተን ኣብታ ዝመለስኩሉ ወረቐት ተጻሕፈን ዝነበራ ነጥብታት ከየጕደልኩ ብናተይ መገዲ ኣብ ጭራም ወረቐት ኣስፈርክወን። እቲ ሻለቃ፡ ካብ ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነት ክንፈ ገብረመድህን እተላእኸ ሰላዪ'ውን እንተ ኾነ፡ ዝረኽቦ መርትዖ ስለ ዘይህልዎ ኣይሰጋእኩን።

* * *

ድሕሪ ሓምሽተ ዓመት፡ ሓደ ፈታውየይ፡ ሻለቃ ጀማል የሱፍ ከም ዝዓረፈ ብኢ-መይል ሓበረኒ። ብሓፈሻኡ ሓሚሙ ከም ዝሞተ'ምበር፡ ዝርዝር ኣማውታኡ ክረክብ ኣይክኣልኩን። እንሆ'ምበኣር እቲ ዘሕዝን ፍጻመ ዝቃልዓሉ ግዜ ኣኺሉ። ሞያዊ ሓላፍነተይ ንምፍጻምን ናይ ደራራ መስዋእቲ ንኽዘንቱን፡ ጭርምራም ወረቐቕተይ ክፈታትሽ ጀመርኩ.....

- 25 -
ኢትዮጵያዊ ወተሃደር

እቲ ዝሞተ ወተሃደር - ቅሳነት ዝሰኣነ - እንታይ ኣሎ ዝሓደጎ?
እንታይ ዝሓደጎ ዝኽሪ'ለዎ - ድሕሪ መቓብር ዝገደፎ?
ከንጮድኮዱ ውዒሎም - ከንጮድኮዱ ዝሓድሩ መዳፍዕ
ነቲ ምውት ወተሃደር - ውርሻኡ ድዮም?
ዝተሰባበሩ ጠበናጁኽ - ዝኽርታቱ ድዮም?

(ግጥሚ - ሹንታሮ ታኒካዋ)

- ትርጉም ከበደ ደበሌ ሮቢ -

ደርግ ክወድቕ ተቓሪብሉ ዝነበረ እዋን'ዩ። ኣብ ትግራይ ዓረና ኣብ ዝብሃል ቕሽት ምስ ኣማረ ኣረጋዊ ተልሜደን ጋዜጠኛታት ከነሰልጥን መደብ ተዋሂቡና ነበረ። ዝተዋህበና መደብ ምስ ወዳእና፡ ንኣማረን ነቶም ተምሃሮን ተሰናቢተ ናብ መደበር ሬድዮ ክምለስ ተዳለኹ።

ይኹን'ምበር እቲ ዝሓሰብክዎ ተዓናቒፉ። ነቲ ኣነ ዝመርሖ ዝነበርኩ ኣብ ሰሙን ሰለስተ መዓልቲ ዝቕርብ ሬድዮ ፕሮግራም፡ ንእኡ ዝኽውን መደብ ንምድላው ናብ ግንባር ክወፍር ተኣዘዝኩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ኣብ ግንባር ወሎ ኵናት ይካየድ ስለ ዝነበረ ንፕሮፓጋንዳ ዝኽውን ብዙሕ ሓበሬታ ከም ዝረክብ ብምትእምማን ኣብታ ለይቲ ካብ ዓረና ናብ ግንባር ደሴ ኣቕናዕኩ።

ኣብቲ ግንባር ምስ በጻሕኩ፡ ኵናት ይካየድ ከም ዘሎ ኣዛዚ ኣሃዱ መድፍዕ ኣለምሸት ደግፌ ሓበረኒ። ሬሳታት ወተሃደራት ደርግ ከይተቕብረ ኽለ፡ ደብዳበታት ካብ ጁባኦም ንምፍታሽ ናብቲ ዓውዲ ኵናት ትጉዓዝ ምስ ዝነበረት ፒክኣፕ ናብቲ ጎቦታት ከድኩ።

ለይቲ'ዩ ነይሩ፣ ግብ ዝበለ ጸልማት ውሒጡና ነበረ። ኣብታ ፒክኣፕ ሽድሽተ ሰባት ተሳፊርና ነበርና። መን ምኳኖም ኣይፈልጦምን'የ። ኩላትና ናብ ግምባር ጉጉፍቱ ብዝተፈላለየ ስራሕ ንጉዓዝ ከም ዝነበርና ግና ፍሉጥ'ዩ። ካሜራ ኣንጠልጢሉ ሰማያዊት ክሹኽ ኣብ

ክሳዱ እተጠምጠመ፡ ልስሉስ ዝጸጉሩን ዓው ኢሉ ዝስሕቐን ተጋዳላይ ኣብ ፊተይ ኮፍ ኢሉ ነበረ። ሰኣላይ ከም ዝኾነ ገመትኩ፣ እንተኾነ ኣይተዘራረብናን።

በቲ ዘይጥሙሕ መገዲ ሓጎጽጽ እናበለት ትሕንበብ ዝነበረት ፒክኣፕ፡ ናብዝን ናብትን እናበለት ተላግዓና ነበረት። ኣብቲ ኵናት ዝካየደሉ ዝነበረ ግንባር ጉጉፍቱ ምስ ቀረብና፡ ሃንደበት፣

"ርድኡኒ! ርድኡኒ! ኣሕዋተየ ርድኡኒ!" ዝብል ድምጺ፡ ነቲ ድቕድቕ ጸልማት ሰንጢቑ ንኣእዛና ኳሕኩሐ። እቲ መራሕ ማኪና ሃንደበት ልጓም ስለ ዝሓዘ፡ እቶም ብድሕሪት ተሳፈርና ዝነበርና ንሓድሕድና ተላተምና። እታ ማኪና ቀሩብ ንድሕሪት ገጻ ተመሊሳ፡ ኣብቲ ድምጺ ዝሰማዕናሉ ከባቢ ደው በለት። እቲ ኣውያት መመሊሱ ይቕጽል ነበረ።

"ኣብዚ'የ ዘለኹ! ቀቢሮምኒ'ዮም! ኣሕዋተየ በጃኹም ርድኡኒ! ኣይሞትኩን!"

ዘዘሊልና ካብታ ፒክኣፕ ወረድና። እቲ መራሕ ማኪና፡ ነታ ፒክኣፕ ናብቲ ኣውያት ዝስምዓሉ ዝነበረ ኣንፈት ገጻ ጠውዩ ነዊሕ መብራህቲ ኣብረሀ። በቲ ከም ጸሓይ ቐትሪ ባዕ ዝበለ ናይታ ማኪና መብራህቲ እናተመራሕና ናብቲ ኣውያት ዝሰማዕናሉ ኣጻድፍ ጣሻ ምስ ተጸጋዕና፡ ሓደ ክትኣምኖ ዘጸግም ነገር ጎፍ በለና።

ብህይወቱ ዝተቐብረ ወተሃደር ደርግ!

እቲ ወተሃደር፡ ካብቲ ተቐቢርሉ ዝነበረ ጉድንድ ሓንቲ ኢዱን ክሳዱን ጥራይ ፈንቂሉ ኣውጺኡወን ነበረ።

ኣሚንቱ ፈጢጠን! የእዊ! ጥራይ...

ክልተ ተጋደልቲ፡ ተሓጋጊዞም ጎቲቶም ምስ ኣውጽእዎ፡ ካብኡ ዝገደደ ካልእ ዘስካሕክሕ ትርኢት ረኣና። ታንኪ ዝረገጸቶ ክመስል፡ ክልቲአን ኣእጋሩ ተሓማሺሸን መላእ ሰብነቱን ተጨፋሊቑዎ። ካብቲ ጉድንድ ምስ ወጽኡ መሊሱ ኣውያቱ ደርጉሐ።

"ተፈሪ ዘመድኩን እብሃል! ወዲ ኣዲሳባ'የ! ጎላ'ዩ ገዛውተይ! ብህይወተይ ከለኹ ቀቢሮምኒ ኽይዶም!!" በለ እናተጻዕረ።

እቲ ወተሃደር፡ ፍርሕን ሓጐስን ብዝተሓዋወሰ ስምዒት ሕንቕንቕ እናበለ ክህተፍትፍ ተመሊሱ ድማ ተስፋ ገይሩ ፍሽኽ ክብል ክፍትን ክሎ ምስ ረኣኽዎ፡ ዝተሓዋወሰን ግንብንብ ዘብል ስምዒትን ፈጠረለይ።

"መኣስ'ዮም ቀቢሮምኻ?" ኢሉ እቲ መራሕ ማኪና ሓተቶ።

"እንድዒ።"

"ክቐብሩኻ ከለውኽ ይርድኣካዶ ነይሩ?"

"እንድዒ!"

"ከመይ'ልካ ደኣ ፈንቂልካ ወጺእካ?"

"እንድዒ!"

እቲ ብደምን ጭቃን ልውስውስ ዝበለ ወተሃደር፡ ኣካላቱ የንፈጥፍጥ ነበረ። እታ ካልኣይቲ ኢዱ ከም እተሰበረት ኣስተብሃልኩላ። ፍሕት ከም ዘይክእል ኮይኑ ከም ገመድ'ዩ ተዓኺሊሉ። ብፍርሒ ዝፈጠጣ ኣዒንቱን የማነይቲ ኢዱን ጥራይ፡ ብዘለወን ሓይሊ ብህይወቱ ከም ዘሎ ከእምናና ጸዓራ። ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ ንሓድሕድና ክንጠማመት ጀመርና።

እቲ ተጋዳላይ መራሕ ማኪና ሽጉጥ ሒዙ ነበረ።

"መን'ዩ ስምካ?" ኢሉ ሓተቶ።

"ተፈሪ ዘመድኩን፣ ኣዲሳባ.... ጎላ'ዩ ገዛውተይ.... ኣቦይ ኣብ ጎላ ፍሉጥ መምህር'ዩ ነይሩ... ሕጂ ጥሮታ ወጺኡ'ዩ... ዘመድኩን ዋሴ ይብሃል.... መምህር ሻብዓይ ክፍሊ ዝነበረ..." እናበለ ኣህተፍተፈ።

"ኣዚኻ ተወጺዕካ ስለ ዘለኻ ክንሕግዘካ ኣይንኽእልን ኢና።"

"ኣይሞትኩን! ምሽ እዛረብ ኣለኹ? ከይሞትኩዮም ቀቢሮምኒ ኽይዶም... ጥዑይ'የ... እንተ ደጊፍኩምኒ ክኽይድ እኽእል'የ!"

ጸኒሑ፡ ክልቲኣን ኣእጋሩ ከንቀሳቕሰን ፈተነ፣ ወይከ ፈልከት! ሓርጭ ከም ዝኾና ተረደኦ። ኣብ ገጹ ግና ዋላ ሓንቲ ዝንበብ ቃንዛ ኣይነበረን። ከመይ ኢሉ ከምኡ ክኸውን ከም ዝኽኣለ ክሳዕ ሎሚ መልሲ ኣይረኽብኩሉን። ከምኡ ኢሉ ተጨፋሊቑ ክንሱ፡ ነቲ ሓይሊ ካበይ ከም ዘምጸኦ እንድዒ? ኣብየት ድምጹ ኽኣ ክሕይል! ነቲ ወተሃደር ክዝክሮ ከለኹ፡ ምእማኑ ስለ ዘጸግመኒ ክሳዕ ሎሚ ሕልሚ ኮይኑ'ዩ ዝስምዓኒ። ዝኾነኾይኑ እቲ መራሕ ማኪና ደጊሙ፣

"ማራ ተወጺዕካ ስለ ዘለኻ ክንሕግዘካ ኣይንኽእልን ኢና፡" በሎ።

እቲ ወተሃደር ገጹ ልውጥውጥ እናበለ ብምምሽኻን፣

"ወያኔ ዲኹም?" ኢሉ ሓተተና።

"እወ! ወያኔ!"

ተስፋ ስለ ዝቐረጸ ኣዒንቱ ከደነን፣ ጸኒሑ ከፈተን፣ ቀጺሉ ንሓዋሩ ህልም ኣበለን።

ገጸይ ከዊለ ካብቲ ቦታ እልይ በልኩ። ስቓይ ናይቲ ወተሃደር ብድሕሪይ ይስማዕ ነበረ። ነዊሕ ከይጸንሐ ግና ኣቋረጸ። እተን መወዳእታ ዝሰማዕክወን ቃላት፣

"....ኣቦይ ከም ዘይሞትኩ 'ተፈሊጡ.... ቍጽሪ ቴሌፎን ናይ ጎረቤት...." ዝብላ ነበራ።

ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ ጉዕዞና ቀጸልና። ዝተረፈና ጉዕዞ ግና

ኣዝዩ ከቢድን ስቕታ ዝዓብለሎን ነበረ!

እቲ ሰኣላይ፣

“ኣማራጺ ኣይነበረናን” ብምባል ከዕልለኒ ፈተነ።

“ሓቅኻ’ለኻ!”

“ምማቱ ኣይተርፎን’ዩ ነይሩ።”

“ሓቅኻ’ለኻ!”

ድሕሪ ዓመት ደርግ ወደቐ።

ንሕና ጋዜጠኛታት “ወተሃደራት ደርግ” እናበልና ብመራኸቢ ብዙሓን ክንልፍልፍ ከለና፡ ብዙሕ ግዜ ተፈሪዩ ዝዝከረኒ። እዚ መንእሰይ’ዚ ካልእ ይተረፍ “ኢትዮጵያዊ ወተሃደር” ዝብል ስም’ኳ ክረክብ ብዘይምኽኣሉ እናሓሰብኩ ከቢድ ሓዘን እስምዓኒ ነበረ።

* * *

እንሆ ግዜ ንግዜ ወሊዱ ይሕንበብ ኣሎ።

ነዛ መዘኻር፡ ኣብ ፕሪቶያ ኣብ ስደት ኮይነ’የ ዝጽሕፈልኩም ዘለኸ። ጸጥታ ኣብ ዝሰፈኖ ሃዋሁ፡ ኣብ መንበሪ ገዛይ ኮፍ ኢለ መርበብ ሓበሬታ ከፊተ እርኢ’ለኸ። ንኢትዮጵያ ዝምልከት ጽሑፋት ዝዝርግሓ መርበባት ሓበሬታ፡ ብዛዕባ ውግእ መቓዲሾ ሰፊሕ ጸብጻብ ኣቕሪበን ኣሎዋ። ኣብቲ መርበብ ሓበሬታ፡ ኣብ መቓዲሾ ሬሳ ናይ ሓደ “ወተሃደር ወያኔ” ብገመድ ተኣሲሩ እናተጎተተ እርእዮ’ለኸ። ሽክና ርእሱ ተፈላልዩ ምስ ረኣኽዎ፡ ልበይ ብሓዘን ተደፍነ። “ወተሃደራት ወያኔ” ዝብሉ ኣገላልጻታት ኣበየ መርበብ ሓበሬታ ምስ ረኣኹ ድማ ድርብ ሓዘን ንመላእ ኣካላተይ መሊሱ ኣንቀጥቀጠ።

መሪር ሓዘን ተሰሚዑኒ!

ኣብ ሶማል ዝተሰውኡ ኣስታት ሰለስተ ሽሕ ዝኾኑ ኢትዮጵያውያን ወተሃደራት፡ ምምሕዳር መለስ ዜናዊ ሬሳኦም ኣብ ጫካ ደሎመና ከም ዝቐበሮምን ንቤተ-ሰቦም መርድእ ከም ዘይነገሮምን ምስ ኣንበብኩ፡ ሓዘነይ መሊሱ በኣሰ። ወያኔ ናብ ሶማል ተላኢኹ “ጅግንነት” ስለ ዝፈጸመ፡ ምምሕዳር ዋሽንግቶን ተስዓን ክልተን ሚልዮን ዶላር ጉንየ ከም ዝሃቦ ተገሊጹ’ዩ። ብመሰረት ምንጪ ናይቲ መርበብ ሓበሬታ ግና፡ እቲ ዝተዋህበ ገንዘብ ኣብ ካዝና መንግስቲ ኣይኣተወን። እንታይ ደኣ፡ ኣበይ ከም ዝኣተወ ከይተፈልጠ ሕሹኽሹኽ ጥራይ ተባሂሉ ከምዛ ዋዛ ሃፈፈ። ኣብ ሶማል ዝተሰውኡ ወተሃደራት፡ ካሕሳ ክረኽቡስ ይትረፍ “ኢትዮጵያውያን ወተሃደራት” ክብሃሉ’ውን ኣይበቕዑን። ዝኾነኾይኑ፡ እዚ ወተሃደር’ዚ “ኢትዮጵያዊ ወተሃደር” ዝብል ናይ ክብሪ ስም ረኺቡ፡ ንሃገሩ ብስራሕ ዘገልግላን ሞቱ ዘብቅዓሉን ግዜን መኣስ ኮን ይመጽእ ይኸውን?

- 26 -
ባሕታዊ ወ"ኻርያ

ሰናይ ግርማ መጎስ - ዕምባባ ቃላቱ
ርቱዕ ኣንደበቱ - ውሕሉል ዝኽእሉቱ
ሓቂ ክትምስክር - ክትረትዖ ክፍኣቱ
ባሕታዊ ወ"ኻርያ
ቐርበት በጊዕ ተኽዲኑ - ኣተወ ኣብ ዙርያኣ
ናይ ተንኮል ፈላስፋ - ድቡቐ ብዓል ፍላጻ
ብኽውሊ ገምጋም...
ይወግኡ ብሕቆኡ - ነቲ ህርኩት ተጋዳላይ

(ግጥሚ - ሺፈራው ከበደ)

እንሆ! ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኣቓልቦይ ዝስሓበ ጽሑፍ ኣንብብ ኣለኹ። እቲ ዜና፡ ሱሌይማን ደደፎ ዝብሃል ኣምባሳደር ኢትዮጵያ፡ ምስ ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ጂሚ ካርተር ኣብ ኣቡጃ ናይጀርያ ተራኺቦም ከም እተዘራረቡ ዝገልጽ'ዩ። ብኡንብኡ ንመርበብ ሓበሬታ ጉግል "ብዛዕባ ኣምባሳደር ሱሌይማን ጎልጉልለይ" በልክዎ። ጉግል፡ ጎልጉሉ ዘርጋሐለይ። ብ13 ጥሪ 2006፡ ፕረዚደንት ግርማ ወልደጊዮርጊስ ዓሰርተው ትሽዓተ ኣምባሳደራት መዚዞም ነበሩ። ሓደ "ኻብኣም እቲ ኣነ ዝፈልጦን ንሱ ጽቡቐ ገይሩ ዝፈልጠንን ሰብ ኮይኑ ጸንሐ።

ንደቓይቐ ዝኣክል ሓሰብኩ።

ሱሌይማን ደደፎ ወዲ ኣርሲ'ዩ። ኣምባሳደር ኮይኑ ብምምዛሙ ዝተሰምዓኒ ስምዒት ፈተሽኩ። ብቐዓት ከም ዘለዎ ኣይጠራጠርን። ሓደ-ክልተ ዲግሪ ከም ዘለዎ'ውን እፈልጥ'የ። ምስዚ ሰብ ንዓመታት ዝኣክል ብህይወት ተደላሊና ኢና። "ሃንደበት ሞይተ 'ተረ'ኺብኩምኒ፡ ቀታሊየይ ሱሌይማን'ዩ።" እናበልኩ እዋዘ ነይረ። እንሆ ሕጂ ሱሌይማን ደደፎ ኣምባሳደር ወያኔ ኣብ ናይጀርያ "ይኑ ከም እተመዘዘ ኣንብብ ኣለኹ።

ምስ ሱሌይማን፡ ኣብ ግዜ ቃልሲ ኣብቲ መደበር ሬድዮ ኢህወደግ ተደኩንሉ ዝነበረ ሃገረሰላም ዝብሃል ገጠር ኢና ተላሊና። ሓያል ብርሂ ነይሩቶ፣ ይጽሕፍ! ኣዝዩ ይጽሕፍ! ኣብቲ ኣብ ሰሙን ሰለስተ ግዜ ዝመሓላለፍ ዝነበረ ፕሮግራም ሬድዮ፡ ወተሃደራት ደርግ ዕጥቆም ክፈትሑ ንጉስጉስ ኔርና። ኣብቲ ግዜ'ቲ ጽቡቕ ዕርክነት'ውን ክንምስርት ክኢልና ኔርና ኢና። ዕድመ ንበረኽት፡ ኣዲስ ኣበባ ምስ ኣተና ግና ሕለፍያ ንብሃገል ተጻረርቲ ኮንና። ክሳዕ ሕጂ ኩሉ ግልህልህ ኢሉ ይረኣየኒ።

ኣዒንተይ በቲ መስኮት፡ ናብቲ ስግር ማዕዶ ወርወርክወን...

ካብቲ ኮፍ ኢለዮ ዘለኹ ሳሎን፡ በቲ መስኮት ፌትንፌት ኣብ ዝርከብ ስግር ማዕዶ፡ ሊውንድ ዝብሃል ኣብ ፕሪቶሪያ ዝርከብ ከባቢ ልክዕ ከም ገጠር ኣርሲ ብዕሙር ጭካ ተኸቢቡ ኣብ ፌተይ ተዘርጊሑ ይረኣየኒ ኣሎ...

* * *

ግዜኡ መፋርቐ 1993'ዩ ዝነበረ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ'የ ነይረ። በረኸት ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ደዊሉ ሓደ ዘይተጸበኽዎ ተልእኾ ቶግ ኣበለለይ። ምስ ሓላፊ ፕሮግራም ሬድዮ ኢትዮጵያ ዝነበረ ሱሌይማን ደደፎ፡ ሓደ ናይ ሓባር ገምጋም ክንገብር ንዳለወሉ ዝነበርና ግዜ'ዩ። በረኸት ደዊሉ፡ ሓደ ንእምነተይ ዝፈታተን ተልእኾ ክፍጽም መምርሒ ሃበኒ። ሱሌይማን ካብ ናይ ስራሕ ሓላፍነቱን ካብ ኣባልነት ናይቲ ውድብን ክስንግ ክወዳድብ ኣዘዘኒ። ነታ ተሌፎን ምስ ዓጸኹዋ፡ ብቆንጠጠፈ ከም እተታሓዘ ሰብ፡ ኣብ ሓደ ዘጨንቕ ነገር ኣትየ ከም ዝነበርኩ ይዝከረኒ። ንሓደ ዋላ ሓንቲ ኣበሳ ዘይረኣኹሉ ሰብ፡ ካብ ባዶ ተበጊስካ ጸለሎ ቐቢእካ ከም ዝስንግ ምግባር ንእምነትካ ስለ ዝፈታተን፡ እንታይ ክገብር ኣለኒ ኢለ ኮፍ ኢለ ሓሰብኩሉ።

ንገዛእ ነብሰይ ኣብ ቦታ ሱሌይማን ኣቐሚጠ ምስ ረኣኽዋ ሕማቐ ስምዒት ተሰምዓኒ። በረኸት ላዕለዋይ ሓላፊየይ'ዩ። ጽኑዕ ትኣዛዙ ክጥሕሶ እኽእልን ኣይኽእልን ርግጸኛ ኾይነ ክዛረብ ኣይክእልን'የ። "ቃልሲ ማለት እምበኣር ከምዚ'ዩ?" እናበልኩ ምስ ገዛእ ነብሰይ ምጉት ገጠምኩ። ቃልሲ ዝብልዎስ ለከስ ሓደ ጨቋኒ ስርዓት ኣሊ'ኻ፡ ንገዛእ ነብስ'ኻን ህዝብ'ኻን ናጻ ምውጻእ ማለት ጥራይ ኣይኮነን! ንሓደ ሕብሪ ዓይኑ ደስ ዘይበለካ ሰብ፡ ብድሕሪኡ ክትወግኡ ከለ'ኻ'ውን ቃልሲ'ዩ። ናይ ቃልሲ መጋዝ፡ ክኽይድን ክምለስን ከሎ ይቐርጸካ'ዩ። ቃልሲ፡ ናጻ መውጽኢ ጥራይ ዘይኮነ መዐፈኒ ናጽነትን መግፈፍን'ዩ እምበኣር። ናይ ክልቲኡ ቃልሲ ትሕዝቶን ባህርን ተመሳሳሊ ድዩ? ወይስ ቃልሲ ብናይ መራሕቱ ባህርን ድልየትን'ዩ ዝቃነ?

ከምዚኦም ዓይነት ሓሳባት፡ እናልዓልኩን እናደርበኹን ካብ ሓደ ጫፍ ናብቲ ካልእ ጫፍ ገልታዕታዕ በልኩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ሓደ መውጽኢ ዘይብሉ መዋጥ'ኳ እንተ ኣተኹ፡ ብዛዕባ ሓደ ጉዳይ ግና ርግጸኛ ነበርኩ። ናይ ግዜ ጉዳይ እንተ ዘይኮይኑ፡ ኣነ'ውን ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓደጋ ዝድሕነሉ መከላኸሊ (Immunity) ከም ዘይብለይ ኣስተውዓልኩ። ኢያሱ በርሀ ጌና ብግስ ከይበልኩ፡ "ኣባል ውደብ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ።" ዝበለኒ ትዝ በለኒ። ዝኾነኾይኑ ንቃልሲ ዝገዝኡ ሕጊ የለን፣ በቲ ተጋደልቲ ከካይደና ይኽእል'ዩ ኢሎም ዘውጽእዎ ምምሕዳራዊ መምርሒታት፡ ዝጉዳእን ዝረብሕን ኣሎ። ጉዳያት ናይ ምፍጻም ስልጣን ዘለዎ ድማ ብዝበለጸ ተጠቃሚ ይኸውን። ነቲ ሕጊ ተፈጻሚ ዝገብሮ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ "ምርሓኒ" ኢሉ ካብ መሰሉ ነክዩ ዝሃቦ ሓፍሽ ተጋዳላይ'ዩ።

ኣብዛ ደቂቕ'ዚኣ፡ ሓደ ነገር እስምዓኒ ኣሎ።

ጸዓዱ "Law of the jungle" ዝብልዎ ዓይነት። ኣብ ሕጊ ጫካ፡ ናይ ስልጣን ሴፍ ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ኾሉ፡ ሴፉ እናመዘዘ ክሳድ ጠላሕ ዘይበሎ ሰብ'ዩ ዝበት'ኽ። ኣዝዮም ዝተዓጸጸፉ ክሳድ ጥራይ'ዮም - ምንባሮም ዝ'ቕጽሉ። ከምቲ ተፈጥሮ ዝዓደለትካ ክትነብር፡ እዚ ዓይነት ሕጊ'ዚ ፈጺሙ ኣየፍቀደልካን'ዩ። ርእስ'ካ ነቶም ሴፍ ዝሓዙ ጨካናት ከተጠዓዕማ ኣለካ። ኣብ ነፍስ-ወከፍ ደቂቕ ርእስ'ካ እናስተ'ኻኽልካ ተሰቂቕካ ናይ ምንባር ዕድል ጥራይ'ዩ ዘለካ። ሱሌይማን ጽቡቕ ጠባይ ከም ዘይብሉ እፈልጥ'የ። ብሜላ ስለ ዝሕዞ'የ እምበር፡ ኣብ ስራሕ ብዙሕ ግዜ ተሰሓሒብና ኢና። ኮይኑ ግና፡ ብምሉእ ሓይሉ ዝሰርሕ ሰብ ምኳኑ እናፈለጥኩ ከመይ ገይረ ኣንጻሩ እዘመት? ኣብ ሓንቲ ጋዜጣ ዘንበብክዋ ጥቕሲ ትዝ ትብለኒ።

"If you are one and have no one, leave the way for twos"

ቲፎዝያ! ምቅላስ ሓዲግካ ሕኽኽኒ ክሓክካ ዝዓይነቱ ምጉንባሕ!

ኣብ መንጎ በረኽትን ሱሌይማንን ዝነበረ ዘይምርድዳእ ጠንቁ ኣይፈልጠን'የ። ደርግ ወዲቑ ምድልዳል ስልጣን ክግበር ከሎ፡ በረኽት፡ ንሱሌይማን ሓላፊ ክፍሊ መደበር ሬድዮ ኮይኑ ክምደብ መረጽዎ ከም ዝነበረ ግና ይዝከረኒ። ሙሉጌታ ገሰሰ ኣጸቢቑ ስለ እተቓወመ ግና፡ ስዩም መለስ ዝብሃል ከም ዝሕዞ፡ ሱሌይማን ድማ ምክትሉ ኮይኑ ክሰርሕ ተወሰነ። ሕጂ ድማ በረኽት፡ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ኣብ ልዕሊ ሱሌይማን ሴፉ መዚዙ ይርከብ። እንሆ! ናይ በረኽት ስምዒታዊ ንፋስ ዝነፍሰሉ ኣንፈት እናሸተትና ስራሕና ነካይድ ኣለና...

ንምሸቱ ሰላመይ ግፍፍ በለ። እቲ ገምጋም ክጅመር ኽልተ

መዓልቲ ተሪፍዎ'ሎ። በረኸት ከምኡ ኢሉ ምስ ኣዘዘኒ፡ ስለምንታይ ፈትንፈት ዘይተቓወምክዎ ዝብል ብርቱዕ ሕልናዊ ወቐሳ'ኳ እንተ ተሰምዓኒ፡ ምሽት ናብ ኣለምሰገድ ናብ ገዛኡ ደዊለ ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ኣዕለልክዎ።

"ሓደ ነገር እንድየ ደኣ ከዘራርበካ ደልየ።"

"ጸገም ኣሎ ድዩ?"

"በረኸት ሎሚ ደዊሉ፡ ሱሌይማን ካብ ስራሑን ካብ ኣባልነት ውድብን ክስንግ ክወዳድብ ኣዚዙኒ።"

"እንታይ'ዩ'ቲ ምኽንያት?"

"እንታይ'ሞ ፈሊጠ።"

"ንስኻኸ እንታይ ሓሲብካ?"

"ምስጓጉ ኣይኣምነሉን'የ።"

"እንተ ዘይኣሚንካሉ ነቲ ዝኣመንካሉ ግበር።"

ምስ ኣለምሰገድ ዘረባና ኣብዚኣ ወዳእና። ኣለምሰገድ፡ ኣብዚ ጉዳይ ኢዱ ከእቱ ከም ዘይደለየ ጠርጠርኩ። ምኽሪየ ሓቲተዮ፣ የግዳስ ሚዛናዊ መሲሉ ኣብ ማእከል ሜዳ ሓደገኒ። ንጽባሒቱ በረኸት ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ደዊሉ፣

"ተዳሊኻዶ?" በለኒ።

"ንሱሌይማን ዝምልከት ነቐፈታ ሃሰው ኢለ ዋላ ሓንቲ ግና ክረክብ ኣይክኣልኩን። ነዚ ትእዝዘኒ ዘለኻ ከመይ ገይረ ክግብሮ እኽእል?" በልክዎ።

"ሱሌይማን ብብልሽውና ይጥርጠር'ዩ" ኢሉ ዓውዓው በለ። "... ጉቦ ከም ዝቐበል ሓበሬታ ረኺብና'ለና። ጉቦ ተቐቢሉ፡ ናይ ዜናነህ መኮንን ልቢ-ወለድ መጽሓፍ ብሬድዮ ከም ትትረኽ ገይሩ። ጸቢብን ናይ ኦነግ ኣመለኻኽታን ከም ዘለዎ'ውን ሓበሬታ'ሎና። ነዚ መደበር ሬድዮ ንኦነግ ኣሕሊፍና ክንህቦ ኣይኽእልን ኢና። ንኣባላት ኢህዴን ይንዕቕ'ዩ፣ ትምክቲኛ'ዩ። ነዚ ኹሉ ሰብ ይፈልጦ'ዩ፣ ንስኻ'ውን ትፈልጦ ኢኻ። ካብዚ ንላዕሊ እንታይ ትደሊ?" ብምባል ትርር ኢሉ ሓተተኒ።

"ክፍትን'የ!" ኢለ ኣስተንፈስኩ።

ነታ ተሌፎን ምስ ዓጸኽዋ፡ ኣብ ሓደ ሕውስውስ ዝበለ ነገር ኣተኹ። ሽዓ ምሸት ቮድካ ክገላብጥ ሓደርኩ። ሱሌይማን ብብልሽውና ይጥርጠር'ዩ ኢለ ኣይግምትን'የ። ብርግጽ እቶም በረኸት ዝጠቐሶም ክስታት ኣቐዲመ ሰሚዐዮም'የ። ዜናነህ መኮንን ኣንባቢ ዜና ኽንሱ፡ ንሱሌይማን ጉቦ ክህቦ ኣይክእልን'ዩ። ንጉቦ ዝኽውን ኣታዊ'ውን የብሉን። መጽሓፉ ኣብ ሬድዮ ክትትረኽ ለሚንዎ ክኽውን ይኽእል'ዩ።

መርትዖ'ውን ስለ ዘይብልካ ከምኡ ክትብል ኣይትኽእልን ኢኻ። ብተወሳኺ ኣባል ኦነግ ምኳኑ ዘረጋግጽ መርትዖ'ውን የለን። ብድፉኑ ጥርጣረ ጥራይ'ዩ፣ ምኽንያቱ ኣባላት መራሕነት ህወሓትን ብኣዴንን፡ ትርር ንዝበሎም ሰብ ኦነግ ወይ ድማ መኣህድ ዝብል መፍለዪ ታርጋ እናለጠፉ ምብራር ለሚዶሞዮም።

"ሱሌይማን ንኣባላት ኢህዴን ይንዕቕ'ዩ" ዝብል ዘረባ'ውን ዝተጋነነ'ዩ። እቲ ሓላፊ ክፍሊ ሬድዮ ኢትዮጵያ ኮይኑ ዝተመደበ ተጋዳላይ ኢህዴን፡ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ክሳዕ ክንደይ ከቢድ ከም ዝኾነ ዘይርድኣ መስኪን ናይ እግዚኣብሄር ሰብ'ዩ ነይሩ። ብምሉኡ'ቲ ሓላፍነት ናብ ሱሌይማን ደርብዩ፡ ካብ ቤት-ጽሕፈት ናብ ቤት-ጽሕፈት እናኣተወ ብዘይምቑራጽ ክስሕቕ ዝውዕል፡ ካብ ስራሕ ውጽእ ኢሉ ናብ ባራት ዝጐዪ፡ ኣብ መዓልቲ ክልተ ግዜ ማኪና ዘጋጨ ሕያዋይ ሰብ'ዩ ነይሩ። ካልእ ኣብ ሬድዮ ኢትዮጵያ ዝተመደበ ኣባል ኢህዴን፡ ሞገስ ሃብቱ ዝብሃል ገጣማይ'ዩ። ሞገስ ሃብቱ ሓያል ገጣማይ'ዩ፣ ነቲ መደበር ሬድዮ ኣብ ምምራሑ ግና፡ ንሱሌይማን ክሕግዞ ዝኽእል ዓቕሚ ኣይነበሮን።

ብዝኾነ ሱሌይማን ክስጎግ ዝተደልየሉ ምኽንያት ብሩህ ኣይነበረን። ንነዊሕ እዋን ናይታ ሃገር ርእሰ ዓንቀጽ ዝጽሕፎ ዝነበረ ባዕሉ'ዩ። ብርግጽ ገታር፡ ህልኽኛን ተቐያምን ምኳኑ ዝከሓድ ኣይኮነን። ኣብ ሓሳቦም ድሩቓትን ተቐየምትን ኩሎም ይባረሩ እንተ ተባሂሉ ድማ፡ እቲ ምጽራግ ካብ ላዕሊ ክጅምር ኣለዎ። እቲ ግንባር ብገታራትን ተቐየምትን ዝተመልአ ምኳኑ እንታይ ዘተሓታትት ኣሎዎ?

ነዚ ኹሉ ሓቂ እናፈለጥኩ፡ በረኸት ከምኡ ኢሉ ምስ ኣዘዘኒ ፈትንፈት ክገጥሞ ኣይክኣልኩን። ስለምንታይ'የ ግና ክገጥሞ ዘይክኣልኩ? ስልጣን ንምርካብ ክመሳሰል ኢለዶ እኽውን? ኣይመስለንን፣ ናይ ስልጣን ጽምእን ድልየትን ከም ዘይብለይ ዓይነይ ከይሓሰኹ ዝምድረሉ'ዩ። እንታይ ደኣ'ሞ? ፈራሕ'የ! ኣይፋልን! ፈራሕስ ኣይኮንኩን። ብርግጽ ጠበንጃን ኣምባጋሮን ኣይፈቱን'የ፣ ንሓቂ ግና ኣይፈርሓን'የ። ክንዲ ዝኾነ፡ ነቲ ትእዛዝ ብትሪ ክነጽጎ ዘይምክኣለይ ምናልባሽ ካብ ዘይምብሳል'ዩ ዝኽውን። ኣብቲ ግዜ'ቲ በረኸትን ሱሌይማንን ኣርብዓ ዝረገጹ ዓበይቲ ክኾኑ ኽለው፡ ኣነ ግና ዕስራታት'ኳ ኣየፋረቕኩን። ተመክሮ ኣይነበረንን፣ ናይ ፖለቲካን ሓንኩልካ ምውዳቕን ተንኮል ኣይነበረንን። ዝኾነኾይኑ ኣብታ መዓልቲ ገምጋም፡ በረኸት ዘዕጠቕኒ ቦምባታት ሒዘ ናብቲ ኣኼባ ብምእታው፡ እናተወላወልኩ ንሱሌይማን "ኣባል ኦነግ ኢኻ፡" ብምባልን ብብልሽውናን ክነቕፎ ጀመርኩ። ሱሌይማን ግና ትም

ኢሉ ኢዱ ኣይሃበን፣ ተገልቢጡ ከጥቕዓኒ ጀመረ። ብሕቶ ኣዋጠረኒ። ካብ ፈለማ'ውን ነቲ ክሲ ምሉእ ብምሉእ ይኣምነኡ ስለ ዘይነበርኩ ከይደፋእኩሉ ኣንሳሓብኩ። ብመሰረቱ፡ 'ሱሌይማን ካብ ዜናነህ ጉቦ ተቐቢሉ፡' ኢለ ከእምን እኽእል ኣይነበረኩን። ክንደይ'ዩ እቲ ገንዘብ? መን ሓቢሩካ? ብኽመይ ኣረጋጊጽካ? ንዝብል ሕቶ'ውን መልሲ ኣይነበረንን። 'ሱሌይማን ኦነግ'ዩ' ኣበይ'ሎ እቲ መርትዖ? ናይ በረኽት ውዲት ቀልጢፉ ፈሸለ። "ባዕልኻ ዝፈሓርካያ ጉድጓድ ተመሊስካ ትኣትዋ" ዝብል ኣበሃህላ ኣባይ ተፈጸመ። በንጻሩ ሱሌይማን ኣብ ልዕለይ ተንሰኣ። ኣኼበኛታት ብድሕሪይ ዝደፍኣኒ ሰብ ከም ዘሎ ተረዲኦም ኣብ ልዕለይ ብምልዓል፡ ካብ ሓላፍነተይ ክወርድ ወሰኑ። እቲ ገምጋም ምስ ተወደአ ናብ ኣለምሰገደ ከድኩ።

"ከመይ ነይሩ ገምጋም?" በለኒ።

"ኣባሪሮምኒ፡" በልክዎ።

ኣለምሰገድ ብሰሓቕ ፈልሐ። ኣነ ግና ኣይሰሓቕኩን።

"ስለምንታይ?" በለኒ።

"ሱሌይማን፡ ኣብቲ ኣኼባ ዝተሳተፉ ኹሎም ኣንጻረይ ከም ዝልዓሉ ገይርዎም። ከምቲ ዝበልኩኻ በረኽት ስለ ዘገደደኒየ፡" በልክዎ።

ኣብታ ደቒቕ ንበረኽት ከም ሰይጣን ጸሊኦዮ። ስለምንታይ ትእዛዙ ፈጺመ ዝብል ጣዕሳ ውሽጠይ ክሓቕየኒ ጀመረ። ካብታ እዋን'ቲኣ ንድሓር ግና፡ ከምኡ ዓይነት ሕሱር ተግባር ከይገብር ምስ ገዛእ ነብሰይ ቃል ኣተኽ። ኣለምሰገድ ጽቡቕ ገይሩ ተረዲእዎ ነበረ። ናብ ኣባይ ጸሃየ ደዊሉ ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ኣዕለሎ። እቲ ዝተጀመረ ገምጋም ተቓሪጹ፡ ከምብሓድሽ ብኣላይነት ኣባይ ጸሃየ ከም ዝካየድ ተገብረ። "ተወዳዲቦም ኣባሪሮሙኒ" ኢለ ብምኽሳስ፡ ነፍሰይ ንምድሓን ናይ ግድን ንሱሌይማን ከጥቅየ ኣለኒ። ሕጂ ግና ናተይን ናቱን ምስሕሓብ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ስለ ዝበጽሐ፡ ቁሪጸ ክገጥሞ ተላዓልኩ። ኣባይ ጸሃየ ነቲ ገምጋም ክመርሖ ኽሎ፡ ናባይ ወጊኑ ክብል ኣይክእልን'የ። ተወዳዲቦም ከም ዘባረሩኒ ግና ከእምን ክኢለ'የ። መርትዖ ዘይብለይ ንሱሌይማን ብብልኣዊናን ምስ ኦነግ ይተሓባበር'ዩ ኢለ ምኽሳስይ'ውን እንተ ኾነ ዘውቅስ ኣይነበረንን። ነቐፌታን ነፍሰ ነቐፌታን እንተ ኾይኑ ኣኼበኛታት ዝመሰሎም ክነቕፉ መሰሎም'ዮም። እቲ ነዚ ጉልባብ ተጠቒምካ ኣብ ልዕሊ ሱሌይማን ዝተገብረ ናይ ምብራር ፈተነ ግና ኣብቲ ኣኼባ ኣይተላዕለን። ኣብ ምዝዛም ናይቲ ገምጋም፡ ናተይ ሓያል ጐኒ ብዝግባእ ተጠቒሱ ኣብቲ ዝነበርክዎ ሓላፍነት ክቕጽል፡ ሱሌይማን ድማ ካብ ሓላፍነቱ ክወርድ ተሰማሚዕና ኣኼባና ዛዘምና።

በረኸት፡ ንኣይን ንሱሌይማንን ከም ተጓሰጥቲ ደራውህ ኣካራፊሱ ዝሓለሞ ሕልሚ ብኽፊል ተዓወተሉ። ብወገነይ ድሕሪ'ቲ ኣኼባ ዝለበስክዎ ቁርበት በጊዕ ቀንጢጠ ደርቢኽዎ። በረኸት ግና ዝተፈላለየ ቅዲ ዘለዎ ቁርበት በጊዕ እናሰፈየ ምልባሱ ቀጸሎ። እቲ ገምጋም ተወዲኡ ካብ ቤት-ጽሕፈት ኢህወደግ እናወጻእና ኽለና፡ ሱሌይማን ማኪና ስለ ዘይነበረቶ ክማልኡ ሓተተኒ። ምስ ካልእ ክኽይድ ምኽኣለ፣ ክዛረበኒ ስለ ዝደለየ ግና "ምሳኻ'የ ዝኽይድ፡" በለኒ። ኣብ ልዕለይ ዘሕደሮ ጽልኢ ኣብ ገጹ ብግሉጽ ይንበብ ነበረ።

"ናበይ ኢኻ፡" በልክዎ።

"ናብ መደበር ሬድዮ።"

ናብኡ ገጽና እናኽድና ከምዚ በለኒ፣

"መን'ዩ ከምኡ ግበር ኢሉካ?"

"እንታይ ኢኻ ትብል ዘለኻ?"

"ደፊኡምኻ ዲኻ ተጸልመኒ ዘለኻ?"

"ኣየጸለምኩኻን፣ ነቐፌታን ነፍሰ ነቐፌታን ኢና ኣካይድና።"

ናይ በረኸት ትልሚ ምኻኑ ክነግሮ ከም ዘይክእል ብሩህ'ዩ። ኣብታ መዓልቲ'ታኣ ኣብቲ መደበር ሬድዮ ኣብጺሐዮ ናብ ሓንቲ ባር ብምእታው ኣብ ኣጋ ምውጋሑ ሳንጣ ኾይነ ገዛይ ኣተኹ። ሱሌይማን ዓቕሚ ዘለዎ ሰብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሃይማኖቱ ዘኽበር፡ ዝጸውም፡ ዝሰግድ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ብዙሓት ቁልዑን ምኻኑ እፈልጥ'የ።

ሱሌይማን፡ ድሕሪ'ቲ ገምጋም ስለ ዝደስከለ ኣብ ገዛ ይውዕል ከም ዘሎ ሰማዕኩ፣ ኩነታቱ ካብ ምክትታል ግና ኣየዕረፍኩን። ኣብ ናብራኡ ጸገም ከጋጥሞ ከም ዝጀመረ ምስ ሰማዕኩ፡ ውሽጣዊ ዕረፍቲ ስኢነ ክጭነቕ ጀመርኩ። ኣብታ ሰሙን ኣለምሰገድ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ጸዊው ከም ዘዘራረቦ ምስ ሰማዕኩ ግና ብመጠኑ እፎይታ ተሰምዓኒ። ቀጺሉ፣ ኣብ ሬድዮ ፋና ሓላፊ ፕሮግራም ኦሮምኛ ኮይኑ ተመደበ። ናብ ናይ ቀደሙ ዝተራጋገአ ህይወቱን'ውን ተመልሰ። ንኣይ ግና ናይ እግዝኣብሄር ሰላምታ'ኳ ነፈገኒ።

ሓደ መዓልቲ፡ ኣብ ሆተል ሻራተን ኣብ ሓደ እንግዶት ተራኺብና ሰላም እንተ በልክዎ ገጹ ኸወለለይ።

እቲ ነገር ከምኡ ምስ ኮነ፡ ድሕሪ ሓምሽተ ዓመት ንሓደ ምስ ሱሌይማን ዝቀራረብ ሰብ ኣናድየ "ኣይትሓዘለይ ይቕሬታ ግበረለይ ኢሉካ በለለይ፡" በልክዎ። እቲ ከምኡ ዝበልክዎ ሰብ ኣብ ሳልስቱ ረኺቡ ከምዚ በለኒ፣

"ኣዝዩ'ዩ ዝጸልኣካ።"

"ይቕሬታ ምባል ኣብዩ?"

“እወ ኣብዩ! ተጣዒስካ ኢኻ ኢሉ ኣይኣመነን፣ ዝኾነ ሰብ ከም ዝለኣኸካ’ዩ ዝጥርጥር።”

“ዝለኣኸኒ ሰብ ከም ዘየለ ነጊረዮ ነይረ እንድየ፡” በልክዎ።

“እሞ ኣይኣመነካን፡” ድሕሪ ምባል፣ “ክሳዕ’ቲ ገምጋም ዝተኻየደሉ መዓልቲ ጽቡቕ ዕርክነት ከም ዝነበረኩም፡ ንኹሉ ነገር ዘገናዝብ ሰብ’ዩ ኢሉ ይኣምነካ ኸም ዝነበረ ነጊሩኒ። ሽዑ መዓልቲ ግና፡ ጭብጢ ዘይብልካ ስለምንታይ ከም ዝነቐፍካዮ ኑቲ ሓቂ ክፈልጠ ደልዩ ኣሎ። ብሓጺሩ ግና ክረኽበካ ኣይደልን’ዩ፡” በለኒ።

“ዝጠርጠሮ ነገር ኣሎዎ ድዩ?” ኢለ ኣትሪረ ሓተትክዎ።

“እወ።”

“ንገረኒ!”

“ዝኾነ ሰብ እንተ ዘይልእኩ፡ ኣብ ልዕሊ ኦሮሞ ጽልኢ ኣሎዎ ማለት’ዩ ኢሉ’ዩ ዝሓስብ።”

ንሓጺር እዋን ዝን በልኩ።

በረኸት ከም ዝኣዘዘኒ ክነግሮ ኣይደለኽን። ምኽንያቱ፡ ኣብቲ ግዜ’ቲ በረኸት ናይ ክልቴና ሓላፊ’ዩ ነይሩ። ኣብ ልዕሊ ኦሮሞ ፍሉይ ጽልኢ ኣሎዎ ዝበሎ ግና መልሲ ክህበሉ ኣደሳይነቱስለ ዘይተራእየኒ ትም በልኩ። ኣብቲ እዋን’ቲ፡ ስቕታ ቡርቃ ዘርእስታ መጽሓፈይ ቤት-ማሕተም ኣትያ ነበረት።

ስቕታ ቡርቃ ተሓቲማ ምስ ተዘርገሐት፡ ድሕሪ ክልተ ወርሒ ኣቢሉ ነጋሽን ኣታኽልትን ዝብሃሉ ካድራት ህወሓት ዝመርሕዎ ብዛዕባ እታ መጽሓፍ ገምጋም ተገብረ። ነጋሽ ኣብቲ ገምጋም ዘገርም ርእይቶ ኣቕረበ።

ስቕታ ቡርቃ፡ ኦነግ፡ ሻዕብያ፡ ኢሰፓን ኢህኣፓን ጥራይ ክፈትውዋ ዝኽእሉ መጽሓፍ ምኳና ኣፋ ዝሃቦ ትንተና ኣቕረበ። ኣታኽልትን ሴኮን ዝመስለሎም ተዛረቡ። ታደሰ ዝብሃል ኣሰናዳኢ ጋዜጣ ኦሮሚያ እውን መትሓዚ ብዘይብሉ ቃላት ደብደበኒ። ሱሌይማን ኣብቲ ኣኼባ ተሳቲፉ ነይሩ። ክንዲ ብዝሒ ጸጉረይ ጸላእቲ ኣብ ዝነበሩሉ ገምጋም ድማ፡ ኣብ ልዕለይ ሕነ ክፈዲ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ከም ዝኾነሉ ሓሲቡ ዝብሎ ክሰምዕ እጽበ ነበርኩ። ጸኒሑ ኢዱ ሓፍ ኣበለ። ዕድል ምስ ተዋህበ፣

ስቕታ ቡርቃ ንምንታይ ዕላማ ጽሒፍካያ?” ኢሉ ሓተተኒ።

ዋላ ሓንቲ ዝተፈልየ ዕላማ ከም ዘይብለይ ገለጽኩ። ቀጺለ፡ ናይቲ እዋን’ቲ ሰብ ከመይ ኢሉ ይነብርን ይሓስብን ከም ዝነበረ ዘርኢ ዛንታ ምኳኑ ኣሕጺረ ገለጽኩ።

ሱሌይማን ሕቶኡ ኣብኣ ገትኣ።

ኣታኽልቲ ግሉጽ ዘይኮነ ሓበሬታት እናቐረበ፡ ምስ ሻዕብያ ምስጢራዊ ርክብ ከም ዘለኒ ከእምን ጸዓረ። እቲ ገምጋም ኣድካምን ኣሰልቻውን ኮነ። ሰዓተይ ደጋጊመ እናረኣኹ ኣምባሃቕኩ። ንብዓል ኣታኽልቲ "ኣጣል እግዝኣብሄር" ኢለ ሰይመዮም ነበርኩ። በጊዕ ከይትብሎም ከም በጊዕ ለዋሃት ኣይኮኑን። ለባማት ከይትብሎም ድማ ዝዛረብዎ ኣይፈልጡን'ዮም። ካብ ዝፈልጦም ኣትሒዘ ከም ጀነሬተር ምስ ግዓሩ'ዮም። ብዙሕ ግዜ እንታይ ክብሉ ከም ዝደልዩ ኣይርድኣንን'ዩ። ስቕታ ቡርቃ፡ ሻዕብያ፡ ኢሰፓ፡ ኢህኣፓን ኦነግን ክፈትውዋ ዝኽእሉ መጽሓፍ ምኽና ነጋሽ መዲሩ። እንታይ ማለት'ዩ? ንሱ ዝዛረቦ ስለ ዘይፈልጥ'ዩ እምበር፡ እዞም ዝጠቕሶም ፖለቲካውያን ውድባት፡ ኣሽንኳይዶ ብስቕታ ቡርቃ ብብዓል ፋሲካ'ውን ክሰማምዑ ኣይክእሉን'ዮም። ሓድሓደ ግዜ እቶም ካድራት ዘረባ ካብ ምብዛሕ እተላዕለ፡ ድምጾም ቅኒቱ'ዩ ዝቕየር። ብፍላይ ነጋሽ፡ ኣብ ፕሮፖጋንዳዊ ጉዳያት በቶም ነዋሕቲ መደረኡ ፍሉጥ ነበረ። ኣብ ኣኼባ ዘረባ እንተ ጀሚሩ ስለ ዘየቋርጽ፡ ኢዱ ሓፍ እንተ ኣቢሉ ተስፋ'የ ዝቐርጽ። ኩሉ ግዜ ዘረባ ክጅምር ከሎ፡ ናይ ሎሬት ጸጋዬ ገብረመድህን ግጥሚ ትዝ ትብለኒ ነበረት።

ኪድ'ታ ዓሻ ኣይትበጽብጸኒ - ደገ ወጺእኻ ኣጉርዕ
በዚ ነጎድጓዳዊ ሓሳብካ - ኣብ ርእሰይ ኣይተጉባዕብዕ

ብመሰረቱ ንመጽሓፍ ስቕታ ቡርቃ ኣብ መድረኽ ኣምጺኦም እናተቓወሙ ክኾንኑኒ ዋላ ሓንቲ መሰል የብሎምን። ናይ ምጽሓፍ ናጽነት ተፈቒዱ'ዩ። ርእይቶ እንተለዎም ከኣ ኣብ ጋዜጣ ክጽሕፉ መሰሎም'ዩ።

ኣብታ መዓልቲ፡ ክንምሳሕ ፋሕፋሕ ምስ በልና ንእሽቶ ሓሰብኩ። ድሕር-ቕትሪ ናብቲ ኣኼባ ከይከይድ ወሰንኩ። ናብ ደብረዘይት ብምኻድ፡ ኣብ ገማግም ቀላይ ሆራ ኾይነ ዝሑል ቢራ ክሰቲ ከም ዝሕሸኒ ኣሚነ ናብ ቢሾፍቱ ተመርቀፍኩ። ጸኒሐ ከም ዝሰማዕክዎ ኣነ ኣብ ዘይብሉ'ውን ክኹንኑኒ ኣምሰዩ።

ሱሌይማን ኣብታ መዓልቲ ገምጋም፡ ትም ኢሉ ክሰምዕ ምውዓሉ ገረሙኒ ኣምሰየ። እንታይ ይሓስብ ከም ዝነበረ ግና ክፈልጥ ኣይክኣልኩን። ምቕሉል ሕቶ'ዩ ኣቕሪቡ። ገሊኡም ኣዕሩኽትና ብዛዕባይ ከልዕልሉ ኾለው ዋላ ሓንቲ ከም ዘይብል ሓበሩኒ። ንኣይ ንምጥቃዕ ምሹእ ግዜ ረኺቡ ኾንሱ፡ ስለምንታይ ከምኡ ከም ዘይገበረ ኣዕሚቔ እሓስብ ነበርኩ። ክኣምኖ ግና ኣይክኣልኩን። ምኽንያቱ፡

ካብቲ ተቐያሚ ባህሪኡ ተበጊሰ ዋላ ሓንቲ ኣይገብረንን'ዩ ኢለ ክኣምን የጸግመኒ'ዩ።

ዝኾነኾይኑ ኣብ ከምዚ ኹነታት ከለና፡ ኣነ ካብ ኢትዮጵያ ወጻእኹ። ሱሌይማን ድማ ኣምባሳደር ኮይኑ ከም እተመዘዘ ዝገልጽ ዜና እንሆ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኣንብብ'ለኹ። እዛ መጽሓፍ ተሓቲማ ምስ ወጽኣት፡ ብመን ተደፋፊኡ ከም ዘጥቃዕክዎ ክፈልጥ'ዩ። ቁርበት በጊዕ ምስ ዝተኸድነ ተኹላ፡ ኣብ ሓንቲ ኣጉዶ ይነብር ከም ዘለ'ውን ክግንዘብ ዕድል ክረክብ'ዩ። ኣብቲ ብዙሓት ጸላእቲ ዝተላዕሉኒ ሕማቐ ግዜ ከጥቅዓኒ እንተ ዘይሓሲቡ ግና ከየመስገንክዎ ክሓልፍ ኣይደልን። ብርግጽ ኣምባሳደር ኮይኑ ስለ እተመዘ፡ "ሹመትካ ይዕበ!" ክብሎ ኣይክእልን፣ ምኽንያቱ፡ እቲ ንእኡ ዝመዘዮ ስርዓት ዕምሪ ምምሕዳሩ ክነውሕ ኣይደልን'የ። "ሹመትካ ይዕበየልካ" ኢልካ ምምራቕ ባህልና እንተ ኾይኑ ግና፡ እንታይ ይገበር በታ ደራስን ገጣምን ታገል ሰይፉ ዝገጠማ ግጥሚ ገይረ "እንቋዕ 'ሓንሰካ!" እብሎ።

ልዕል በል ንላዕላይ...
ስምካ ልዕሊ ኣደባባይ - ስልጣንካ ይውጻእ ልዕሊ ሰማይ
ብሃብቲ ልዕል በል - ልዕል በል ናብ ጠፈር
ደሓር ምስ ወደቕካ - ዓጽምኻ ክሰባበር

- 27 -
ንጽገራዳ ዳግማይ ረኺበያ

ገጽካ'ሞ ርኣዮ - ኣብ መስትያት ቀሪብካ
ሸው ከምዚ በሎ - ኣግህድ ኣቢልካ
"ኣንታ ገጸይ ሕጂ'ዩ ብተግባር - ካልእ ገጽ ዝህነጽ"
ዕድመ'ካ'ውን ከምኡ'ዩ - ሓባሪ መስትያትካ
ንዓይንኻ ብዓይንኻ - ትርእየሉ ኣነጺርካ
ክርሳዕ ካብ በልካ ግና - ይኹን ከንቶ መንቶ
ምንባርካ ከንቶ - ምማትካ'ውን ከንቶ

(ግጥሚ - ተስፋዬ ገሰሰ)

* * *

ክፈትውኒ ጸሊኣ - ክቐርቡኒ ተኣልየ
ንሰፈፍ ወለላ - ብዕረ ለኻኸየ
ረሃጸይ ጥብ ኣቢለ - ለይትን ቀትርን ለፊዐ
ንፍቕሪ ቀቲለዮ - ሞይተ ተማዊተ

(ግጥሚ ቶማስ ኣርጋው)

ጽገራዳ ዮውሃንስ ሕጂ ሓብተይ'ያ። ኣዝየ'የ ዝፈትዋ። ስጋዊ ሕውነት እንታይ ይዓብስ? ጐረባብቲ ኢና ኔርና። ርሕቀት ገዛይን ገዛኣን ካብ ሓምሳ ሜትሮ ኣይሓልፍን ነበረ። ጽገራዳ ቆንጆ'ያ! በዅሪ ኣፍቃሪተይ! ምሳ'ዛ ሰቲ ትመስል ዕባይ ቢሾፍቱ'የ ፍቕሪ ጀሚረ። ኣብ ቃራና መገዲ ተዓኒደ ሎሚ ጽባሕ ንመርዓ ክሓታ እናበልኩ ላንጋላንጋ ክሓስብ፡ ንሳ ተመርዕያ ኣርባዕተ ቁልዑ ካብ ትወልድ ድሮ ዓሰርተ ዓመት ኮይኑ። ጽሑፈይ ክጅመር ከለኹ 'ሓብተይ'ያ'

ዝበልክዋ፡ ናታ ነገር ውዱእ ስለ ዝኾነ'ዩ። ንሳ ሓደ ቁልዓ ክትወልድ ከላ ኣነ ድማ ሓንቲ መጽሓፍ ከሕተም ክሳብ ሕጂ ብሕውነት ጸኒዕና ንነብር ኣለና። ሕጂ ኣብ ሽወደን ትነብር ኣላ። ለይትን ቀትርን እናሰርሐት ቤተ-ሰባ ትናቢ'ላ!

ጽገራዳ፡ ድሮ ብዓል ልደት 2006 ክትርእየኒ ናብ ፕሪቶሪያ መጺኣ ነይራ። ንሓደ ሰሙን ዝኸውን ናብ ኬፕታውን ወሲደ፡ ኔልሰን ማንዴላ ተኣሲሩላ ናብ ዝነበረት ደሴት ሮቢን ኣዛዊረያ። ኣብ ገማግም ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ፡ ኣብቲ ኣዝዩ ባህ ዘብል Waterfront ኮፍ ኢልና ጥብሲ ዓሳ ኣዚዝና Windhoek ዝብሃል ፍሉጥ ቢራ ናይ ናሚብያ እናሰተና ነዕልል ኔርና።

ጽገራዳ ናይ ደብረዘይት ዕላል እናምጸኣት ከተዋጋዓኒ ኸላ፡ ኣብ እዝነይ ክትውተፍ ዳርጋ ዝተረፋ ኣይነበረን።

"ገዙ ኣባነፍሶ'ኸ መይቱ።"

"ታይ ትብሊ'ቲ!" በልክዋ ስንብድ ኢለ፣ "እንታይ ደኣ ረኸቦ?"

"እንታይ ከም ዘጋጠሞ'ኳ እንድዒ፣ ግና ሞይቱ። ኣመለወርቅን ቀለመወርቅን ዝብሃላ ኣሓት'ውን ሞይተን። ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ብሓደጋ ማኪና ሞይተን። ኣቦኣን ድማ ኣስማተን በብሓደ ካብ ዝጽውዐን፡ ንምብካይ ክጥዕሞ ኢሉ ኣሕጺሩ 'ወርቆቼ፡ ወርቆቼ' እናበለ የልቅስ ነይሩ'ሎሞ። ተዋዘይቲ ቢሾፍቱ ድማ፡ 'ወርቂ ዝተሰረቕ'ዩ ዝመስል ነይሩ' እናበሉ ክድእልሉ ውዒሎም...."

"ዋይ ገዙ ኣባነፍሶ!" በልኩ ብዝኸሪ ናብ ድሕሪት ተመሊሰ፣ ንገዙ ኣባነፍሶ፡ ብሓንቲ ነገር ፈጺመ ኣይርስየንየ።

* * *

....ሓደ መዓልቲ ሰንበት ኣብ ጐደናታት ደብረዘይት ማኪናይ ኣብ ትሕቲ ጽላል ገረብ ትሩማንትሪ ኣጸጊዐ፡ ላህመት ዘርእስታ መጽሓፍ ዝቖረቡ ሓጺር-ዛንታታት እናንበብኩ ከለኸ፡ ገዙ ኣባነፍሶ ደበኽ ኢሉ፣

"ሰላም፡" በለኒ።

ጸጉሩ ኣይተመሸጠን፣ ምዕጉርቱ ድማ ብጫት ተወጢሩ ነበረ።

"ናብራ ኣጽሊኡና ያዓኸ! ህይወተይ ክሕልፋ'ያ፡" በለኒ።

"ተጸሊልካ ዲኻ!?" በልክዎ። "እንታይ ኪንካ?"

"ኣብ ጥራሕ ከብደይ ጫት እቕኑሕም ኣለኸ።"

ስንባደይ ፍኽስ በለለይ። ወትሩ "ህይወተይ ክሕልፋ'የ" ዝብል ከምታ ኣመሉ ዓሰርተ ቅርሺ ደልዩ ምኳኑ ፍሉጥ'ዩ። ኣነ ግና ከም ዘይተረዳኣኒ መሲለ ትም በልኩ።

"እንታይ መሲሉኪ ተስፊሽ.... ስራሕ ደው ኢልና ያኣኺ! ኣብ ቀላይ ሆራ Lifesaver እየ ነይረ። ሕጂ ግና ኣላሙዲን ገዚእዎ ስራሕ ደው ኢልና በጃኻ.... ጸገም'ዩ..."

ዓሰርተ ቅርሺ ሃብክዎ፣ ነታ ገንዘብ ቀልጢፉ ኣብ ጁባኡ እናኸተተ፣

"ቁልዓ ከም ዝወለድኩኽ ፈሊጥካዶ?" በለኒ።

"እዋእ! ኣይፈለጥኩን፣ መኣስ ደኣ ወሊድካ?"

"ተኣሲረ ከለኹ'ያ ተወሊዳ።"

"ተኣሲርካ ኔርካ ዲኻ?"

"ኣይሰማዕካን ዲኻ?"

"ፈጺመ!" በልክዎ። "እንታይ ጌርካ ደኣ ተኣሲርካ?"

"ሓደ ጽጋበኛ ሃብታም ነይሩ እብለካ። ትፈልጦ ኢኻ! ሃይለ ቅቤ ዝብልዎ! እዚ ወዲ'ዚ፡ 'ገንዘበይ ዝድርብየሉ ቦታ ስኢነ' እናበለ ሰብ ምስ በጽበጸ፡ ለይቲ ገዝኡ ኸይደ ተቐቢለዮ። በዛ ምኽንያት እዚኣ ክልተ ዓመታት ተኣሲረ..."

"ተቐቢለዮ ማለትካ... ኣይተረድኣንን..."

"ለይቲ ገዝኡ ኣትየ ነተን ክቡራት ሶፋ ወሲደ ሸይጠየን። ፖሊስ ድማ ከምዛ ትፈልጠን ስራሕ የብለንን። ነዚ ከም ገበን ቁጺረን እብለካ ክልተ ዓመት ሰጂነናኒ..."

"ብኸመይከ ወሊድካ?"

"ቅድሚ ምእሳረይ ንሓንቲ ኣሕቐፈያ ነይረ። ንፋቶ ኢና። ንፍዕቲ ጓል'ያ ነይራ።"

"እሞኸ ሕጂ ቁልዓኻዶ ተዕቢ'ለኻ?"

"ኣነ'ሞ እንታይ ገንዘብ ኣለኒ? ስፖንሰር ግና ረኺቦሙላ'ለው። ግና እንታይ ይገብሩ መስለካ? ሓምሳ ዶላር እንተ ተላኢኹ፡ ነተን ዕስራ ኣጉዲሎም ንኣኣቶም'ዮም ዝጥቀምሉ ይብሃል። ወሊደባ ንኻልኦት ሸሻይ ኮይነ!"

"ደሓን! እቲ ዘገድስ ጓልካ እንተ ተማሂራ እኹል'ዩ፡" በልክዎ።

"ንሱስ እወ! ግና ገንዘብ ጓለይ ጓኖት ካብ ዝበልዕዎ፡ ኣነ ጫት እንተ ዝቐሕመሉ ኣይምሓሸን?"

"መን'ዩ ስፖንሰር ረኺቡላ?"

"ባዕላቶም! ብስም ጓለይ ጎይቶት ኮይኖም ክርእዮም ከለኹ'ዩ ዘሕርቐኒ ዘሎ።"

"ደሓን ስራሕ ምስ ረኸብካ ጓልካ ባዕልኻ ተዕቢ! ክሳዕ ሸዑ ግና ክትዕገስ ኣለካ፡" ኢለ ሞራል ሃብክዎ።

"ልክዕ ኣለኻ፣ ምኽር'ኻ ኩሉ ግዜ'ዩ ዘሐጉሰኒ።"

ጽንሕ ኢለ፣

“ስራሕ እንተ ዘይብልካ ደኣ ግዜኻ ኣብ ምንታይ ተሕልፎ?”

“ልብ-ወለድ እጽሕፍ።”

“እንታይ ትብል ኣታ!” በልክዎ ገራሙኒ።

“እወ! ንኣኻ ዘኽብረካ’ኸ ሓደ ዓይነት ሞያ ስለ ዘለና’ዩ።”

“ኣይፈልጥን’የ ነይረ።”

“ጽናሕ ከርእየካ።” ኢሉ ነታ ኣብ ድሕሪ ጁባኡ ወቲፍዋ ዝነበረ ደብተር ኣውጺኡ ኣቐበለኒ።

ብታህዋኽ ገንጸልክዋ።

ፍልስፍና ዝዓይነቱ ጽሑፍ ኮይኑ፡ ብዛዕባ ህይወት ዝትንትን ቆሎ ዝመስል ናይ ኢድ ጽሕፈት’ዩ። ብዙሕ ከይተገደስኩ ከንብቦ ጀመርኩ። እቲ ኣወዳድቓ ቃላትን ሓረጋትን ቅድሚ ሕጂ ኣብ ገለ ዘንበብክዎ እመስለኒ። ኣበይ’ዩ ግና እንድዒ? ናይ በኣሉ ግርማ ቃላት ግና ይመስሉ። ከረጋግጽ ኢለ ኽኣ፣

“እዚ ደኣ ካብ ናይ በኣሉ ግርማ ድርሰት ዝተቐድሐ እንድዩ፡” በልክዎ።

ገዙ ኣባነፍሶ ኣይተኽራኽረንን።

“ስምዓኒ ተስፈኽ.... ናይ በኣሉ ድዩ ናይ ካልእ ኣይፈልጥን’የ፣ እዚ ጽሕፈት ናተይ ምኳኑ ጥራይ’የ ዝፈልጥ። እንተ ደሊኻ ቢሮ ሃባ ሕጂ ጽሒፈ ከርእየካ፣ ሽዑ ተነጻጽሮ....”

ንሒደት ካልኢታት ትም ድሕሪ ምባል፣

“ጽሕፈትካ ግና ጽቡቕ’ዩ፡” ካብ ምባል ሓሊፈ ካልእ ዝብሎ ኣይነበረንን።

ገዙ ብዝተረጋግአ መንፈስ፣

“ቤተ-ሰብና ብምሉኦም ጽሕፈቶም ከምዚ ናተይ’ዩ። ግና እንታይ ዋጋ’ለዎ! ...ከምዚ ዓይነት ክእለት ከለኒ ጥራሕ ከብደይ እቕኦም ኣለኹ።” ኢሉ ኣማረረ።

ጽገራዳ፡ ገዙ እቲ ወዲ ቢሾፍቱ ከም ዝሞተ ሕጂ ትርድኣኒ ኣላ! እንታይ ኮን ረኺብዎ መይቱ ይኸውን?

* * *

ጽገራዳ፡ ናብ እዝነይ ከይትኣቱ እናተኸላኸልኩ እሰምዓ ኣለኹ።

“ዓርክኻ ነቢዩ ኣበበ ናብ ኣመሪካ ከም ዝኸደን ሓንቲ ጽብቕቲ ቄልዓ ከም ዝተመርዓወንከ ሰሚዕካዶ?”

“እወ ሰሚዐ።”

“ደሞዙኸ ክንደይ ከም ዝኾነ ኣይሰማዕካን?”

“ኣይሰማዕኩን።”

"ወርሓዊ'ውን ካብ ዕቑብ ገንዘብ ይረክብ'ዩ ይብሃል። እታ ሆስተስ ዓርክ'ኻ'ኸ ትረኽባዶ'ለ'ኻ?"

"ፊጺመ፣ ክልተ ቄልዑ ከም ዝወለደት ግና ሰሚዐ'ለ'ኹ።

"ንሙለታ'ኸ ትዝክሮዶ?"

"መን ሙለታ?"

"ትሸዓተ ኣእዱግ ዝነበርኦ፣ እቲ'ኳ ጸለምቲ ኣእማን ጽዒኑ ብገዛውትና ዝሓልፍ ዝነበረ ሙለታ ብዓል ኣድጊ? ንሳለ እቲ ጊድግዳ ዝልጥፍ ዝነበረ ጎረቤቱ..."

"ነዞም ኣስማት ክዝክሮም'ኳ እንተ ዘይክኣልኩ፡ ጸለምቲ ኣእማን ተጻዒነን ብኣፍደገ ገዛና ዝሓልፋ ዝነበራ ኣእዱግ ግና ትዝ በላኒ። ብዝ'ኾነ ግና ኑቲ ዕላል ቀጸልኩላ....."

"ሕራይ! እቲ ብዓል ኣድጊ'ኸ እንታይ ኮነ?"

"ዓይኑ ዓዊሩ! ከይደ በጺሐዮ ነይረ። ንቡን ይ'ኾነካ ኢለ ሚእቲ ብር ምስ ሃብክዎ፡ ገጸይ እናደራረዘ 'ዝረገጽክዮ ለምለም ዝተዛረብክዮ ቀለም' ይግበረልኪ ኢሉ መሪቑኒ። ናብ ደብረዘይት ምስ ከድኩ፡ ሳንጣ ምሉእ ምረቓ ሓፊሰ'የ ተመሊሰ። ኣብ ሆራ ምስ ብዓል ሚልክያስ ኬንኩም ካብቶም ካብ ኣዲሳባ ዝመጽኡ ተምሃሮ ዝሰረቕኩሞ ኣግልግል ምሉእ ፍትፍት ደርሆ'ኸ ይዝከረካዶ?"

"ንሱስ ኣይርስያን'የ፡" በልክዋ። እቲ ዝገበርናዮ ተግባር ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ቅጅል እናበለኒ።

"ነታ ደርሆ ምስ በላዕኩ፡ ኑቲ ኣገልግል ንዋናታታ በርባዕተ ብር ከም ዝሸጥኩምሎምከ ኣይትዝክሮን?"

"ኣይዝከረንን።"

"ስለምንታይ ከም ዘይረሳዕክዎዶ ክነግረካ? 'ኑቲ ፍትፍት በሊዕኩም ከይኣ'ክለኩም ከመይ ጌርኩም ኑቲ ኣገልግል ትሸጡሎም?' ምስ በልክዎ ንምልክያስ እንታይ ኢሉኒ መስለካ?"

"እንታይ ኢሉኪ?"

"ወለዶም፡ ኣገልግል ኣጥፊእኩም ኢሎም ከይቋየቑዎም ኢልና ኢና፡' ኢሉኒ።"

"ኣልዕል ኣቢልኪ፡ ...ማዕረ ክንድኡ ግፍዐኛታት ኣይነበርናን።"

"ስጋ'ደይ ማርያም!" ብምባል እናሰሓቐት ዘረባኣ ቀጸለት፣ "..... ንስ'ኻ ግና ትሮቦ ኢ'ኻ ትርስዕ።"

"ዘድልየኪ ጥራይ ትዝክሪ ከይትህልዊ!"

"ሕራይ ነዝስ ንግደፎ! ኣነን ንስ'ኻን ግና ብ'ኽመይ ክንዘራረብ ጀሚርና?"

"ኣብ ቤት-ትምህርቲ።"

“ኣይኮነን! ካብ እንዳ ቹቹ ጸባ ሒዘ ናብ ገዛ እናተመለስኩ ከለኸ፡ ‘እንታይ ኮይንኪ ኢኺ ሰላም ዘይትብልኒ?’ እናበልካ ወጠጥ ምስ በልካኒ እቲ ሒዘዮ ዝነበርኩ ጸባ ተደፊኡ። ድሕሪኡ ኣደይ ነዲኻ ምስ ነገረታ ተቐጥቂጥካ....”

“እዚ’ሞ ደሓር’ዩ፣ ቅድሚኡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ምስ ረኣኹኺ’የ ፈትየኪ። ኣብቲ እዋን’ቲ ንኣኺ ‘ተዘይፈቱ ነይረ ሎሚ ኸምዚ ኢሉ ኣይምተዘረገንን። ፍቐሪ ሓንሳእ’ዩ ዝብሃልሲ ሓቂ’ዩ። ሕጂ ግና ኽልቴና ብሸበት ተወሪርና። ምሳኺ ዘለኒ ፍቐሪ ግና ክሳዕ ሕጂ....”

“ሱቐ በል! ለፍላፊ!..... ንኣኻዶ ፍቐሪ ሒዙካ ይፈልጥ’ዩ..... እምቢእ! ንኣይ የፍቅረኪ’የ እናበልካ ምሽ ንርብቃ ዓሰርተ ገጽ ናይ ፍቐሪ ደብዳበ ጽሒፍካላ? ኣርእያትኒ’ያ እኮ’ያ! ምንባቡ ኣድኪምዋ ኸማን ኣይወደኣቶን።”

ከምዚ ኢላትኒ ክርትም ኢላ ክትስሕቐ ጀመረት።

“ርብቃ እቲ ጊንጢ ባህሪኣ ደስ’ዩ ዝብለኒ ነይሩ። ሓቂ ምዝራብ ግና ናትኪ’ኮ ኩሉ ነገርኪ’ዩ ደስ ዝብለኒ ነይሩ...”

ጽገራዳ ተገሪማ ክትርእየኒ ድሕሪ ምጽናሕ፣

“ሕጂ ድማ ከተታልለኒ ትፍትን ኣለኻ? ንመሰረት’ውን ትፈትዋ ኔርካ።” በለትኒ።

“እዋእ! ንዓኣ ደኣ መንከ ዘይፈትዋ ነይሩ!? ብምሉኦም ተምሃሮ ናይቲ ኸባቢ’ኮ ብፍቐራ ዝኣክል ዓቢዶም’ዮም ነይሮም። ንም’ኣኑ ደሃያ ኣሎኺዶ?”

“መሰረት..... ምስ ሓደ ኢንጅነር ተመርዕያ ኣብ ሓደ ናይ ወጻኢ ትካል ትሰርሕ ኣላ። ከምታ ቀደማ ቅጥንጥን ኢላ ጥዒምዋ’ሎ። ናብ ስሉልታ እናኸደት ፈረስ ተጋልብ ኣላ።” ቀጺላ፣

“ምስ ሄለን ትብሃል ጓል ድማ ዕርክነት ጀሚርካ ኸም ዝነበርካ ሰሚዐ።”

“ኣዪ! ምጅማር ኣይብሃልን’ዩ።” ኢለ ተቓወምክዋ፣ “ሓደ መዓልቲ ኣብ ገዝኣ ዓዲማትኒ... ኣብኡ ድማ ኣብቂዑ።”

“እንታይ ኴንኩም ዘይቀጸልኩሞ?”

“ኣይትኽነንን’ያ።”

“ስለምንታይ?”

ዘርዚረ ብምዕላል ኣእመንክዋ። ብኸመይ ተጀሚሩ ብኸመይ ከም ዝተዛዘመ ከዕልለኩም.....

* * *

ሄለን ጽብቕቲ ጓል ሃረር’ያ።

ጽባቐኣ ኣብ ዓይና’ዩ፣ ማግኔት ዝኽነ ዓይኒ’ሎዋ። ንመርዓ ክሓታ

ዳርጋ ወዲአየ'የ ነይረ። ክብረተይ ሓልየ ኮፍ ኢለ ከለኹ ባዕላ ተኻቲኻ ተላልያትኒ። ድሕሪኡ ገዝአ ዓዲማትኒ። ዝኾነ ሰብ ነቲ ዕድመ ክነጽጎ ኣይክእልን'ዩ።

ገዛእ ምስ ኣተኹ። ሉባን ዘክር ዝብሃል ዕጣን ናብ ናሕሲ እናሃገገ፡ ናውቲ ቡን፡ ሰቲ፡ ፍርናሽ ተፈሪሹ..... ብጀካኡ ድማ ኣብ ደብረዘይት ምኻኑ ተወሲኽዎ..... ዓለም ኣብ ከብዲ ኢደይ ኮፍ ዝበለት ኮይኑ ተሰምዓኒ።

"ኣብ ጎንኻዶ ኮፍ ክብል?" በለትኒ ሄለን።

"ብዓጀባ እምበር!"

ኣብ ጐነይ ኮፍ በለት።

ሰብለ ትብሃል ጓል ቡን ተፍልሓልና'ላ። ምስ ሄለን ዘፋለጠትኒ'ውን ንሳ'ያ።

.....ከምቲ ልሙድ፡ ቀዳም መዓልቲ ናብ ደብረዘይት ኣብ ዘእቱ ወሰናስን ናይቲ ጐደና ዝርከብ ጽላል ትሩማንትሪ ማኪናይ ዓሺን፡ ስቕታ ቡርቃ ዘርእስታ መጽሓፍ እጽሕፍ ነበርኩ። ሰብለ፡ ነቶም ኣብ ትሕቲ'ቲ ገረብ ኮይኖም ዝዘናግው ሰብ መኻይን ሻሂ እናሸጠት'ያ ናብራኣ ትመርሕ።

ኣብታ መዓልቲ ሰብለ ሻሂ ምስ ተኣዘዘትኒ፣

"ክንደይ'ዩ ዕድመኺ?" በልክዋ።

ሰሓቐት።

"ገምት እስከ?"

"ዓሰርተ ሸሞንተ ትገብሪዶ?"

"ተጋጊኻ ዓሰርተ ትሽዓተ።"

"ተመሃሪት ዲኺ?"

"ኣቋሪጸዮ።"

"ስለምንታይ?"

"ንኣሽቱ 'ሕዋተይ መታን ክመሃሩ ኣነ ነደይ እሕግዛ ኢለ።"

"ወለድኺ እንታይ ይሰርሑ?"

"ኣቦይ የለን፣ መዋቲ'ዩ። ኣደይ ድማ እንጌራ ትስንክት።"

ኣብ ገጻ ናይ ሓዘን ምልክት ስለ ዝረኣኹላ ዕላለይ ቀየርክዎ።

"ጽብቕቲ ምኻንኪኺ ትፈልጢዶ?"

"እወ።"

"ብኽመይ ትፈልጢ?"

"ኣብ መስትያት እንድየ ዝርእዮ።"

ከምኡ ኢላ ዓይና ኣፍጢጣ ሰሓቐት። ቀጺላ የማነ-ጸጋማ ቀባሕባሕ ምስ በለት፡ ሻሂ ትሸጠሉ ግዜ ከም ዝተሻመኽዋ ዘኪረ፣

“ዕላልዶ ኣትሒዘኪ?” በልክዋ።

“እወ።”

“ክትከዲ ደሊኺ ዲኺ?”

“እወ።”

“ኪዲ ደሓን ግዜ ከየጥፍኣልኪ፣ ድሕሪ ፍርቅ-ሰዓት ግና ቡን ኣምጽእለይ.....”

“ሕራይ!”

ድሕሪ ፍርቅ-ሰዓት ቡን ሒዛትለይ ምስ መጽኣት፡ ሽዑ በንጻሩ ንሳ ሓታቲት ኣነ ድማ መላሺ ኾንኩ።

“ወዲ ደብረዘይት ኢኻ እምብኣር?”

“እወ!”

“ወዲ ደብረዘይት ምኳንካ ምስ ፈለጥኩ ባህ ኢሉኒ፡” ኢላ ሰሓቐት።

“ወዲ ደብረዘይት ምኳነይ ደኣ መን ነገሩኪ?”

“ዝፈልጡኻ ኣለው።”

“መን’ዮም?”

“ኣይትፈልጣን ኢኻ!”

“መን’ያ?”

ሰብለ፡ ገጻ ካብቲ ዝነበርክዎ ቦታ በቲ ሓደ ሸነኽ ጠውያ ኣመልከተትለይ። ክልተ ኣዋልድን ሓደ ወድን ኣብ ትሕቲ ጽላል ትሩማንትሪ ምንጻፍ ኣንጺፎም ጫት ይቕሕሙ ነበሩ።

“እታ ጸሊም ተኽዲና ዘላ ጓል መጽሓፍካ ኣንቢባታ’ያ፣ ንሳ’ያ ነጊራትኒ።” በለትኒ ሰብለ።

መላእ ሰብነተይ ሓዊ ዝርእ በለኒ።

ነታ ጸሊም ክዳን ተኽዲና ዘላ ጓል፡ ማኪናይ ክዕሽጋ ከለኹ ርእየያ ነይረ። ይኹን’ምበር ሓደ ወዲ ኣብ መንነኣን ስለ ዝነበረ ኣየቃለብኩላን፣ ማራኺ መልክዕ ከም ዘለዋ ግና ኣስተውዒለላ’የ።

“እሞ ደኣ እንታይ በለትኪ?”

“ዋላ ሓንቲ፣ በይን’ኻ ኻብ ትኽውን ግና ምስኣን ዘይትኽውን።”

“ንስኺ ዲኺ ከምኡ ትብሊ ዘለኺ ዋላስ ንሳ?”

“ኣየናይ?”

“ብዛዕባይ እንታይ ኢላትኪ?”

ሰሓቐት! ክትስሕቕ ከላ ክትጽብቕ!

“ከይትነግራ እምበር ‘ንዓ’ በልዮ’ያ ኢላትኒ።”

ብኡንብኡ፡ ካብ ምሕንስ ዝተላዕለ ክገልጾ ዘይክእል ስምዒት ተሰምዓኒ።

"እቲ ምስአን ዘሎ ወዲ እንታዋይ'ዩ?"

"ዘመደን'ዩ፣ ጸገም የብሉን።"

"እሞ ኽይደ ምስአን ኮፍ ክብል?"

"እንታይ ጸገም ኣሎዎ? ወዲ ቢሾፍቱዶ ኣይኮንካን!?"

ሰብለ ብኽምዚ'ያ ምስ ሄለን ኣላልያትኒ። ድሕሪኡ ኣደኣ ናብ ቤተ-ክርስትያን ቁልቢ ከይደን ስለ ዝነበራ ሄለን ኣብ ገዛኣ ዓደመትኒ።

....እንሆ! ሰብለ ቡን እናፍለሓት ደስ ኢሉና ምስ ሄለን ነዕልል ኣለና። 'እንታይ ኣሎዎ ከምዚ ዓይነት ፍቕርን ጽባቐን ንዘልኣለም ዘይቕጽል?' ኢለ እናሓሰብኩ ኽለኽ። ሄለን ካብቲ ኮፍ ኢላቶ ዝነበረት ተሰኣት።

"ናበይ ደኣ ደሊኺ?" በልክዋ፡ ምትንሳኣ እናጸላእኩ።

"ኣልበም ከርእየካ።"

"ኦ! ብጣዕሚ ጽቡቕ! ኣልበም ምርኣይ እፈቱ'የ።"

ሓቂ ምዝራብ ኣልበም ምርኣይ ኣይፈቱን'የ። ሓደ ገዚፍ ኣልበም ሒዛ ምስ መጽኣት ተጸጋጊዕና ኮፍ በልና። በተን ኣፍዘዝትን ኣደንዘዝትን ኣዒንታ ኽትጥምተኒ ኽላ፡ መላእ ሰብኣተይ ብታሕንስ ዝኣክል ተዘዝ ይብለኒ ነበረ። መሊሳ ነታ ኣልበም ሒዛ ኣብ ጐነይ ጽግዕ ኢላ ኮፍ በለት።

ናይ ሄለን ኣልበም ተገጸለ!!

እታ ናይ ፈለማ ጋውን ተኽዲና ዝተሳእለታ ስእሊ ዘይተጸበኽዋ ነበረት። ዕትብ ኢላ'ያ ተሳኢላ። ኣብ ኮሌጅ ነይራ ኢለ ፈጺመ ኣይተጸበኹን። ቅንዕ ኢለ ረኣኽዋ፣ በተን ምልኩዓት ኣዒንታ እናጠመተት፣

"ናተይ ድዩ መሲሉካ?" ኢላ ፍሽኽ በለትኒ።

"እንታይ ማለትኪ'ዩ?"

"እዚኣ፡ ሓደ ዘመደይ ዩኒቨርሲቲ ወዲኡ ኽምረቕ ከሎ ኣብታ መዓልቲ ናቱ ጋውን ተኽዲነ ዝተሳኣልክዋ ስእሊ'ያ።"

ኣይመልስኩላን፣ ናብቲ ዝቕጽል ኣሳእል ሰገርኩ።

ሄለን ኣብ ገማግም ቀላይ ኣዋሳ ሓጻር ጐና ተኽዲና ዝተሳእለቶ ስእሊ ሰዓበ። ጀላቶ እናለሓሰት ዘርኢ ስእሊ ቀጸለ። ድሕሪኡ፡ ኣብ ትሕቲ ገረብ ስየ መነጸር ወድያ ጸላም ሓጻር ጐና ተኽዲና ዝተሳእለቶ ስእሊ ይረኣ። ሓጺር ስረ ተኽዲና ቴንስ እናተጻወተት ዘርኢ ስእሊ'ውን ሰዓበ። ኣብየት ቅርጺ ሰብነታ ኽጽብቕ! ጕዳም'ዩ።

"ቴንስ ትጻወቲ ዲኺ?" ሓተትክዋ።

"ስፖርት ኣይፈቱን'የ፣ ክሰኣለሉ ኢለ'የ።"

ምስ ኣወዳትን ኣዋልድን መሓዙታ፡ ኣብ ገማግም ቀላይ ሆራ

ክዳውንቶም ተላዋዊጦም ዝተሳኣልዎ ብዙሕ ኣሳእል እናገንጸልና ሓለፍናዮ። ቀጺልና ኣብ ማእከል ዕምባባታት ኮፍ ኢላ ኸላ እተሳእለቶ ስእሊ በጻሕና።

"ዕምበባ ማራ'የ ዝፈቱ፡" በለት ሄለን።

"ብሓቂ!"

"ከማይ ዕምበባ ዝፈቱ የለን!"

ቀጺልና ነቲ ኣልበም ምስ ገንጸልናዮ፡ ንሓንቲ ብዕድመ ዝደፍኣ ኣደ ሓቑፋቶን ከላ ዘርኢ ስእሊ በጻሕና።

"መን'የን'ዚኣን?"

"ኣደይ፣ ነደይ ብጣዕሚ'የ ዝፈትዋ! ኣብዚ ቕጽም ነገር ክበጽሕ ዝኽኣልኩ ሳላኣ'የ። ንሳ እንተ ዘይትህሉ 'ሎሚ ኣበይ ምሃለኸ?' ኢለ ክሓስብ ከለኸ እስምብድ'የ። ብፍላይ መሓዙተይ ዘለውኡ ህይወት ክርኢ ከለኸ..."

"መሓዙትኪ ኣበይ ድየን ዘለዋ?"

"እንታይ ክገብረልካ'ዩ'ሞ?" ኢላ ፍሸኽ በለት።

ነቲ ኣልበም መሊሳ ገንጸለቶ።

ኣብ ማእከል ዩኒፎርም ፓይለት ዝተኸድኑ መንእሰያት ኣባላት ሓይሊ ኣየር ኮይና ዝተሳእለቶ ስእሊ በጻሕና። ካብኣቶም እቲ ሓደ ዘመዳ ምኳኑ ነገረትኒ። ድሕሪኡ ኣብ ሓደ ድግስ ምግቢ እናልዓሉ ኸለው ይረኣዩ። ካብኡ ሓደ ወጥዋጥ ኣፍንጫኡ ጻዕዳ፡ ኢዱ ኣብ መንኩባ ሰቒሉ ዝተሳኣልዎ ስእሊ ቅልቅል በለ።

"እዚ ትርእዮ ዘለኻ ይፈትወኒ ነይሩ።" ቀጺላ፣ "...'ናብ ሆላንድ ክወስደኪ'የ፡' ይብለኒ ነይሩ፣ እንተኾነ ነደይ ሓዲጎ ክኸይድ ኣይደልን'የ ኢለዮ፡" በለትኒ።

ምግንጻልና ቀጸለ። ሓደ ጨሓም መንእሰይ ውትፍ በለና። ሄለን፡ ዘይተጸበኸዎ ነቲ ኣልበም ናባይ ደርብያ ገጻ ብኽልተ ኣእዳዋ ሸፊና እናተነኽነኸት ክትበኪ ጀመረት። ብኽንደይ ሽግር ምስ ኣበድክዋ፡ ብኽያታ ኣቑሪጻ፣

"ኣኮይ'ዩ፡" በለትኒ።

"ኣዚኹም ትፋተው ኔርኩም?"

ብእወታ ርእሳ ላዕልን ታሕትን ድሕሪ ምንቕናቕ፣

"መርዓይ ክርኢ ይምነ ነይሩ። ኩሉ ግዜ 'ኣብ መርዓኺ ማኪና ዝሕዘልኪ ኣነ'የ፡' ይብለኒ ነይሩ። ብሓደጋ ማኪና ግና ሃንደበት ሞት ቀዲማቶ....."

ሓዘና ከረሳስዓ ብምባል ነቲ ኣልበም ገንጸልክዎ።

ምስ ካልኣ ጻዕዳ ዝተሳእለቶ ስእሊ'ውን ደጊሙ ቅልቅል በለ።

"ምስዚ ትርእዮ ዘለኻ ድማ ንፋቶ ኔርና፣ ጀርመናዊ'ዩ። 'ሜሪ' እናበለ ይጽውዓኒ ነይሩ። ብዓል ሓዳር ስለ ዝኾነ ተፈላሊና፣ ብዓል ሓዳር 'ተዘይከውን ነይሩ ግና ምተመርዓኽዎ ነይረ፡" በለትኒ።

ናይ መወዳእታ ገጽ ተገንጸለ።

ኣብ ጐኒ ፓናሶኒክ ቲቪ ተጸጊዓ እተሳእለቶ ስእሊ!

ብዛዕባ እዚኣ ድማ፡ "ነዛ ቲቪ ምስ ገዛእናያ መዘክርታ ክትኮነኒ ኢለ ዝተሳኣልክዋ'ያ፡" በለትኒ።

ኣብታ መዓልቲ'ቲኣ ዝገበርኩ ገይረ ካብታ ገዛ ወጻእኹ። ድሕሪኡ ፈጺመ ናብታ ገዛ ገጸይ ኣይተመለስኩን፣ ድሕሪ'ውን ረኺበያ ኣይፈልጥን'የ። ንሰብለ ግና ሳሕቲ በቲ መገዲ ክሓልፍ ከለኹ ቡን ሻሂ ክትሸይጥ እርእያ ነበርኩ....."

* * *

ዕላለይ ምስ ወዳእኩ፡ ጽገራዳ ብሰሓቐ ተነኽነኸት።

"ኣይኣምነካን'የ፡" በለትኒ። "... እፈልጠካ'ንድየ መጋነኒ እንዲኻ!"

ብቃጅማ ጊዮርጊስ ምስ መሓልኩላ፡ ከም ዘየጋነንኩ ኣመነትኒ። ኣደይ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ጊዮርጊስ ስለ እተቐብረት፡ "ብቃጅማ" ኢለ እንተ ምሒለ ናይ ብሓቀይ'የ ማለት'ዩ።

* * *

ንኻልኢታት ዝኣክል ስቐ ኢልና ማዕበል ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ ክገላበጥ ተዓዘብናዮ። ድሕር-ቐትሪ ዝነበረ ንፋስ ነቲ ውቅያኖስ ከናውጸ ጀመረ። ኣብ ገማግም ናይቲ Waterfront ኮፍ ኢልና ኣለና። ጸዓዱ ቱሪስት ኣሳፊራ ናብ ደሴት ሮቢን ትጉዓዝ ዘላ ዓባይ ሰማያዊት መርከብ ካብ ማዕዶ ንርእያ ኣለና። ጸዓዱ ኣዕዋፍ ባሕሪ፡ ኣብ ልዕሌና ኾይነን እናዘመራ ብሙዚቃኣን የዘናግዓና ኣለዋ። ደስ ኢሉና ኣሎ። ጽገራዳ ብፍላይ ኣመና ደስ ከም ዝበላ ኣስተውዓልኩላ።

"ሓደ ነገር ክሓተካ?" በለትኒ ሃንደበት።

"እንታይ!?" በልክዋ ስንብድ ኢለ።

"ፈለማ ግና ቃል እተወለይ፣ ደሓር እምቢ ከይትብለኒ።"

"ዝኽእሎ እንተ ኾይኑ ቃል ይኹነኒ!"

"ጌራ ኣዚመለይ በቦኻ! ....."

ትክዝ በልኩ።

ቀደም ቁልዑ ኽለና ዝገብረላ ዝነበርኩ'ያ ትሓተኒ ዘላ። ሕጂ ግና ጽገራዳ ብዓልቲ ሓዳር'ያ። ንጌራ ምዝካር ግቡእ ኣይኮነን። ኮይኑ ግና ቃለይ ከየዕብር፡ ክዝክረን ዝኽእል መስመራት ግጥሚ ሎሬት ጸጋዬ ገብረመድህን ከዝዪመላ ጀመርኩ።

ኣሸንኳይዶ ሰብ ከንቱ - እንተ ዘብርህ መለኮት ወሪዱ
ጌራ መኣስ ትገድፈካ ኾይና ብቑንዱ
ከምኡ ኾምቲ ልሙድ - ነህተፍትፍ ብድቑስና
ሃንደበት መጺኣ ብልጭ ትብለና
ተሸጉጣ ኣብ ውሽጢ ዱር ብዓትና
ከም መስታ በርቂ ህልም ትብለና
ፈሊጣ ተፍዝዘና ብደዋና
ይኣኽለና ክንብል'ዩ ነይሩ ጻዕራ - ምኣኽለና 'ተትገድፈና
ክኢላ ምኽኣል 'ተተኽእለና

ኣብ ሓያል ስምዒት ጥሒለ ምዝያመይ ቀጸልኩ። ኣዒንተይ፡ ኣብ ኣዒንቲ ጽገራዳ ዘይኮና፡ ክንየው'ቲ ማዕዶ ውቅያኖስ ኣብ ዝነበረ ግመ ኣተዋ። ናተይ ክትከውን ዝግባኣ ጽገራዳ ብርግጽ ተምሳል ጌራ'ያ ነይራ። ጸጋዬ ንኣይ ዝገጠመለይ ክሳዕ ዝመስለኒ፣

ጌራ ግና ከምኡ'ያ ጌራ
ኮይና ናይ ሕልሚ እንጌራ
ከይጸዋዕካያ ትመጽእ ነፊራ
ኪዲ ከይተባህለት ትኽይድ በሪራ
ንሕናስ ደሓን ንበላዕ - መኾርመዪና መሊሱ ይጽበብ
ሃንደበት ኣብ በዓቲ ምውታን - ገበንና ቦሎኽ ይበል

ነተን ዝቐጽላ መስመራት፡ እናሰሓቐኩን ዓይኒዓይናን እናጠመትኩን'የ ኣዚመላ። ከምዚ እናበልኩ፣

እንተ ፈተና ፈቲና ኣይንብል
እንተ ነደድና ነዲድና ኣይንብል
ሕትም ኢልናስ ክርትም ክንብል?

ጌራ በሪ ራእይ ቁንጅና
ንሕና ክንበርር ንስኺ ትርሕቐና
ንቐርበኪ 'ናሃደምና - ትኽዲ ናብ ዘይትፈልጥዮ ሃገር
ንስኺ ተዓጂብኪ ክትበሪ - ንሕና ክንፍና ኽሰባበር
ፍትሕልና ጌራ ፍትሕልና - ሰብ ኣይክርምን'ዩ ብሕልሚ ተርኪሱ
ብሃተፍተፍ ሽታኺ ዳህሲሱ - ብተስፋ ክበጽሑ ሸው ኢሉ
ቐትሪ ብደው 'ተዘይጸለየ - ጌራ! 'ናበለ ደጋጊሙ

ኣዒንታ በርበረ መሲሉ "ይኣኽለካ! ይኣኽለካ!...." በለትኒ። ከምቲ ዝበለትኒ ምዝያመይ ኣቋረጽኩ። ኣዒንተይ መሊሰ ናብቲ ውቅያኖስ መለስክወን። ናይቲ ውቅያኖስ ማዕበላዊ ድምጺ ንመንፈስና ኣህዲእዎ ነበረ። ጽገራዳ ንብዓታ ክትውሕጠ ትቃለስ ስለ ዝነበረት ሱቐ በልኩ።

ድሕሪ ርብዕ-ሰዓት ከምዚ ኢላ ኣስተንፈሰት፣
"እዋን ቁልዕነት ምሓሸና!"

* * *

"ስለምንታይ ከይነገርክኒ ቀልጢፍኪ ተመርዒኺ?" በልክዋ።
"ሰብኣየይ ክትከውን ከም ዘይትኽእል እፈልጥ ነይረ። ኣነ ቁልዓ ክወልድ ተሃንጥየ ነይረ። ንስኻ ድማ መጽሓፍ ጠኒስካ ኔርካ። ክርብሸካ ኣይደለኹን፣ ኣይኣምነካንየ'ውን ነይረ። ልብኻ ተኽፋፉሉ ነይሩ። ኣብ ርእሲኡ ዕጉስ ኣይኮንካን። ኣብ ምሉእ ህይወተይ ከማኻ ትዕግስቲ ዘይብሉ ሰብ ሪእየ ኣይፈልጥንየ። ናትካ ነገር ኣዝዩ'ዩ ዘተሓሳስበኒ።"
"ኣባይ ዝኾነ ስምዒት ኣይነበረክን?"
"ኣብ መገዲ ኽቲርካ ጸባይ ክትደፍኣለይ ከለኻ ኣትሒዘ እፍትወካ ነይረ ምሽ ኢለካ።"
"ኣቲ ሃዳዲት፡" በልክዋ ኣዝዩ ገሪሙኒ።
"...ዝኾነኾይኑ ሕጂ ሓወይ ኢኻ! ከምኡ'ውን መሓዛይ። ሰብኣየይ ክትኽውን ኣይትኽእልን ኢኻ ይበልካ'ምበር፡ ከምቲ ምሳኻ ገይረ ዝወሓሓመስ ምስ ካልእ ኣይወርደለይን'ዩ....."
"ካብ በልክስ ይኹነልኪ፣ ሕጂ ግና ክምርያ ወሲነ'ለኹ።"
"ቅድሚ ዒስራ ዓመት'ውን ከምኡ ኢኻ ኢልካኒ። ሕጂ ወዲ ኣርብዓ ክትከውን እንታይ ተሪፉካ? ሽዱብካ! ክምርያ'የ እናበልካ ዋላ ፈክር ኣይትምርያን ኢኻ። ወዲ እገለ እምበር ሰብኣይ እገለ ኢልናስ ኣይንጽውዓካን ኢና።"
"ሕጂ ግና ናይ ብሓቀይ'የ፡" ኢለ ፈከርኩ።
ጽንሕ ኢላ ፈጺመ ዘይተጸበኽዎ ኣርእስቲ ኣልዓለትለይ።
"ኣብ በረኻ ከለኻ ሓንቲ ተጋዳሊት ጋዜጠኛ ኣፍቃሪት ኔራትካ ሓቀይ?"
"መን ነጊሩኪ?" በልክዋ ገሪሙኒ።
"ሓደ ሰብ ኣዕሊሉኒ።"
"ሚልክያስ ድዩ?"
"ኣይኮነን።"
"መን ደኣ'ሞ?"
"ኣይነግረካንየ! ብዝኾነ..... ካልእ ጋዜጠኛ'ውን ንኣኣ ይፈትዋ ነይሩ ይብሃል?"
"እወ፡" በልክዋ ትክዝ ኢለ።

“እሞ ሓቂ’ዩ።”

“ኣየናይ?”

“ኣዲሳባ ምስ ኣተኹም ዝነበረ ኩነታት።”

ዘይደልዮ ኣርእስቲ’ኳ እንተ ኾነ፡ ከይፈተኹ ግና መለስኩላ።

“እወ ሓቂ’ዩ፡” በልክዋ ኣብ ሓሳብ ጥሒለ።

“መን’ያ ትብሃል ነይራ?”

“ዝፋን ፍስሃ፡” በልክዋ። እታ ከደረይቲ ቆንጆ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ቅጅል እናበለትኒ።

* * *

ምስ ዝፋን ፍስሃ፡ ኣብ ትግራይ ሃገረሰላም ኣብ እትብሃል ንእሽቶ ቐሽት ተተኺሉ ኣብ ዝነበረ ቴንዳታት፡ ኣብ ውሽጢ ኮፍ ኢለ ከለኹ’የ ተላሊና። ኣብቲ ግዜ’ቲ፡ ምስ ኣማረ ኣረጋዊ ኳንና ጋዜጠኛታት ከነሰልጥና ብብዓል ታምራት ላይኔ ተኣዚዝና ስለ ዝነበርና፡ ንመምህሪ ዝኸውን ሃንድኣውት ኣብ ምድላው ተጸሚደ ነበርኩ።

ሴኮን ብርሃነ ኣባዲን ዝተባህሉ ጋዜጠኛታት ሬድዮ ኢህወደግ፡ ካብ መደበር ሬድዮ ናብ መቐለ ብእግሮም እናኸዱ ኸለው፡ ናብታ ኣነ ዝነበርኩላ ቴንዳ መጺኦም ተላለዩኒ። ምስዞም ጋዜጠኛታት እዚኦም፡ ብስም’ምበር ብኣካል ኣይንፋለጥን ኢና ነይርና። ሓንቲ ከደረይቲ፡ ምሉእ ተኽለ-ሰብነት ዘለዋ ኣመና ምልክዕቲ ጓል ምስኦም ነበረት። ጋዜጠኛ መደብ ትግርኛ ምኳና ሓቢሮም ምስ ኣላለዩና፡ “ዝፋን” እብሃል በለትኒ።

ናብ መደበር ሬድዮ ምስ ተቐየርኩ፡ ምስ ዝፋን ፍቕራዊ ርክብ ጀመርና። ኣብ እዋን ቃልሲ ግና ቅድሚ መርዓ ርክብ ምፍጣር የቕጽዕ ስለ ዝነበረ፡ ፍቕራዊ ህይወትና ጥንቃቐ ዝተሓወሶ’ዩ ነይሩ። ዝፋን፡ ለይቲ ብላምፓዲና ጸልማት እናሰንጠቐት ናብታ ኣነ ዝነበርክዋ ስንጭሮ ትመጽእ ነበረት። ኣብታ ጸልማት ህድሞ ድማ መዓልታዊ እናተሓባእና ርክብና ቀጸልና።

ሓደ መዓልቲ፡ ንጽባሒቱ ዝኸውን ዜና መሊኣ ምስ ወደኣት ከምቲ ልሙድ ጸላም ተጐልቢባ ብላምባዲና እናተመርሐት ናብታ መደቐሲተይ ህድሞ መጽኣት። ከምታ ልማድና ክልቴና ኳቦ ኳንና ደርግ ምስ ወደቐ ብዛዕባ እንምስርቶ ሓዳር እናዕለልናን ኑቲ ተኸዊልካ እተሕልፎ ጥዑም ናይ ሜዳ ፍቕራዊ ህይወት እናስተማቐርናን ኸለና፡ ሃንደበት ማዕጾ ናይታ ዝነበርናያ ህድሞ ተኳሕኩሐ።

ምእማን ሰኣንኩ! ፍርቅ-ለይቲ ሓሊፉ ነበረ!

“መን ኢኻ?” ድማ በልክዎ ትርር ኢለ።

"ንዝፋን ኢና ደሊና።"

"የላን! 'ታይ ክትገብር'ያ ሕጂ ኣብዚ ትመጽእ? በልክዎ ሓሪቑ።

"እንተ ዘየላስ ደሓን።"

"ታይ ኣሎ ድዩ ሓዲሽ ነገር?"

"ኣምቦ ተታሒዛ'ላ፣ ናይ ጽባሕ ንግሆ ፕሮግራም ክቕየር ስለ ዝተኣዘዘ ኢና ንዝፋን ንደልያ ዘለና፡" በለኒ።

"ምስ ማርታ ከይትህሉ ኣብኡ ርኣያ።"

"ኣብኡስ የላን፡" ኢሉኒ ኸደ።

ዝፋን ካብቲ ደቂስናሉ ዝነበርና ንእድን ተኸዲንናዮ ዝነበርና ኮቦርታን ሰተት ኢላ ድሕሪ ምውጻእ፡ ሰላሕ ኢላ ካብታ ህድሞ ወጺኣ ናብ ስቱድዮ በረረት። ንጽባሒቱ ንግሆ ድማ ድምጻ ብሬድዮ ሰማዕክዎ። በቲ ልብኻ ዝሰልብ ድምጻ፡ ከተማ ኣምቦ ከም ዝተታሕዘት ንኻልኣይ ግዜ ኣበሰረትኒ።

ኣዲስ ኣበባ ምስ ተታሕዘት ፍቕርና ብጽቡቕ ቐጺሉ ነበረ። ይኹን'ምበር ኣብ መንጎኡ ዘይተጸበናዮ ሓደጋ ተፈጥረ። ንነዊሕ ግዜ ዝከታተላ ዝነበረ ሓደ ጋዜጠኛ ቋንቋ ትግርኛ፡ ምስ ዝፋን ከም ንምርያ ምስ ሰምዐ ስምዒቱ ምቀሮጽጻር ኣብይዎ ናብታ ደቂሳትላ ዝነበረት ክፍሊ ኣትዩ ቀተላ፣ ንፍሱ'ውን ኣጥፊኡ።

ኣብቲ ሬድዮ ኢህወደግ ተደኩንሉ ዝነበረ ቐጽሪ ኣስራቲ ካሳ ሓመድ ምስ ለበሰት፡ ንምሸቱ ናብኡ ኸድኩ። ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኣን ዝነበረ ጥቡቕ ፍቕሪ፡ ኣባላት መደበር ሬድዮ ይፈልጥዎ ነበሩ። ኣብቲ ቐጽሪ ምስ በጻሕኩ፡ ዝተሰምዓኒ ሓዘን ፈጺመ ክቆጻጸሮ ስለ ዘይክኣልኩ ዝርንዛሕ ነባዕኩ። ቅድሚኡ፡ ኸምኡ ዓይነት መሪር ብኽያት ዝብኸኽሉ፡ ኣደይ ምስ ሞተት ጥራይ'ዩ...

* * *

ጽገሬዳ ኩነታተይ ርእያ ተከዘት።

"ይቕሬታ! ዘይትደልዮ ኣርእስቲ ኣልዒለልካ፡" በለትኒ።

"እታ በሊሕ ኣእምሮ ዝነበራ ቆንጆ መንእሰይ ህይወታ ስኢና'ምበር፡ ኣነስ ሓዚነ ኣይሓዚነ እንታይ ለውጢ ከምጽእ?"

ንደቓይቕ ዝኣክል ተደፊኣ ተከዝኩ። ቀጺለ፣

"ብዛዕባ ዝፋን መኣስ ኢኺ ሰሚዕኪ?" በልክዋ።

"ኣብቲ ዝተቐትለሉ ሰሙን..."

"ሽዑ ደኣ ንራኸብዶ ኣይነበርናን? ስለምንታይ ዘየልዓልክለይ?"

“ከቢድ ሓዘን ተሰሚዑካ ከም ዝነበረ ተረዲኡኒ ነይሩ። እንተ ኣልዒለልካ ድማ መሊስካ ከም ትጉዳእ ስለ ዝፈለጥኩ...”

“ስለዚ ኢኺ’ምበኣር ቀልጢፍኪ ዝተመርዓኺ?”

“ኣይኮነን!” በለት ድሮኞ ኢላ፣ “ከምዚ ዝብለካ ዘለኹ’ዩ፣ ንስኻ ኣብ ቀራና መገዲ ከም ዝነበርካ ስለ ዝፈለጥኩ ናተይ መገዲ መሪጸ። ንሳ ስለ ዝተቐትለት ኣይ ምሳይ ኣይ ምስኣ ላንጋላንጋ ተሪፍካ። ዝኾነኸይኑ ኣነን ንስኻን ነቲ ዝተመነናዮ ኣይረኸብናዮን..... ህይወት ከምዚ ዓይነት ጸወታ’ያ ትጻወት.....”

ናይ ሓዘን ሃዋህው ኣብ መንጎና ሰፈነ።

ብኽብኽ መጸኒ። ፊቕ ኢለ እንተ ዝበኪ ምፈኾሰኒ። ኣይፋልን ኣይገብሮን’የ! ፈጺመ ክገብሮ የብለይን! ዝገበርኩ ገይረ ወሓጥክዎ።

“ናባይ ከም ዝመጻእኪ ሰብኣይኪ ይፈልጥ ድዩ?”

“ይፈልጥ’ዩ!” ኣስዒባ፣ “....መሓዛይ ከም ዝኾንካ ይፈልጥ’ዩ። ኣዝዩ ጥዑም’ዩ፣ ይኣምነኒ’ዩ..... ንቕንኢ ዝኸውን ግዜ’ውን የብሉን፣ ካብ ትግምቶ ንላዕሊ ንፉዕ ሰብ’ዩ።”

ብዘይገለ ሕብእብእዶ ክነግረኩም!? ጣዕሳ ዝብልዎ ስምዒት ከም በሊሕ መላጸ ንውሽጢ ልበይ ይሰናጥቖ’ሎ። ንበኹሪ ኣፍቃሪተይ ዝሰኣንክዋ ክውሰን ብዘይም’ኽኣለይ ጥራይ’ዩ። ድሮ ኣደ ኣርባዕተ ቈልዑ ኾይና ኣላ። እዛ ኸበት በቲ ሉስሉስ ኣእዳው ብሓደ ጐና ኣንውሕ ኣቢሉ ዝሓጠጣ ጽገራዳ፡ እንሆ ምስ ግርማኣ፡ ምስ ጽባቐኣ፡ ምስ ላዛኣ ኣብ ጐነይ ኮፍ ኢላ ትርከብ።

“ሓደ ነገር ክነግረካ?”

“እንታይ?”

“ንመጀመርታ ግዜ ኣብ መደበር ፈልሲ ናይ ጉልበት ስራሕ ሰራሕካ ኣዝማልቶ ከም ዝገዛእካለይ ትዝክሮዶ? ኣነ ፈጺመ ኣይርስዖንየ...” ኢላ ነቲ ልሙድ ሰሓቓ ቀጸለቶ።

ከይፈተኹ ሰሓቕኩ!

ኣብ መደበር ፈልሲ፡ ናይ ጉልበት ስራሕ ከም ዝሰራሕኩ’ምበር ኣዝማልቶ ከም ዝገዛእኩላ ፈጺሙ ኣይዝከረንን።

“ንባዕላይ’ኳ ዶች ዘይነበረንስ ንዓኺ ኣዝማልቶ ገዝኣልኪ!?” ድማ በልክዋ።

“ስጋ’ደይ ማርያም!” ኢላ መሓለት። “....ገዚእካላይ’ምበር! ንፈለማ ግዜ ህያብ ዝተቐበልኩ ኸማን ካባኻ’የ።”

እናኣላገጸት ሰሓቓ ቀጸለቶ።

“ጃን ከልብናኽ ትዝከረካዶ?”

“እታ ጨንር ድያ?”

"እወ ንሳ፣.....ሓሙሽተ ኮራኹር ወሊዳ! ኣስማቶም ክነግረካ? ጃንጥላ፡ ጃርት፡ ጃንቦ፡ ጃካራንዳ፡ ጃላላባድ...."

ጽገራዳ ከም ዝሰኽረት ተረድኣኒ።

ቕሪ ስለ እተሰመጓ ጃኬታ ኣውጺኣ ድሕሪ ምድራብ፡ ቻፕስቲክ ኣውጺኣ ከንፈራ ቀብኣቶ። ዕድመ ንመልክዓ ፈጺሙ ኣይተንከፍን። ብጎቦ ዓይና እናጠመተት ከኣ፣

"ከይተመርዓኻ ዲኻ ክትነብር ትደሊ?" ኢላ ሓተተትኒ።

"እንተ ረኺበ ደኣ ሎሚ'ምበር እምርዖ።"

"ስለምንታይ ዓዲ ዘይትቕይር?"

"ጽገራዳ፡ ናበይ'ሞ ክኸይድ?"

"ናብ ኣመሪካ።"

"ኣብቲ ሃገረ ሸበድበድ! ኣነስ ኣብኡ ክነብር ኢልኪ ትሓስቢ?"

"ወይ ድማ ናብቲ ንሕና ዘለናዮ ሽወደን ዘይትመጽኣ?"

"ግደፈ ደኣ! ካባኺስ ምርሓቕ ጥራይ'ዩ ዘዋጻኒ!"

ሒደት ድሕሪ ምትካዝ፣

"ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ንስደተኛታት ኣይጠዓመቶምን'ዩ ዝብሃል። ክሳዕ መኣስ ደኣ ኢኻ ኣብዚ ክትጸንሕ?" ሕቶኣ ቀጸለት።

"ክሳዕ ዝወግሕ።"

"ናትካ ለይቲ መኣስ'ዩ ዝወግሕ?"

"ክወግሕ ከሎ ኩሉ'ዩ ዝፈልጥ!"

ካልእ ጃልባ ካብ ደሴት ሮቢን ናባና ገጻ ትምለስ ኣላ። ጸዓዱ ቱሪስት ኣብታ ጃልባ ተጠቓጢቑም ይረኣዩ ኣለው።

"በሊ ተራና በጺሑ'ዩ! ህይወትኪ ምሉእ ክትርስዕዮ ዘይትኽእሊ ቦታ ክወስደኪ'የ። ኔልሰን ማንዴላ ተኣሲሩላ ዝነበረ ሽላ ምብጻሕን ኣብ ደሴት ሮቢን ንፍርቅ-ሰዓት ምጽናሕን፡ ኣብ ውሽጢ መንፈስካ ዘይርሳዕ ፍሉይ ስምዒት'ዩ ዘሕድረልካ! እዚ ዘበርክተልኪ ዘለኹ ድማ ናይ ልደት ህያብ'ዩ።" ኢለ ብኢዳ ሒዘ ኣተንሳእክዋ።

ኣእዳዋ የቃጽል ነበረ...

ጥብቕ በለትኒ፣ ተታሓሒዝና ናብቲ ገምገም ባሕሪ ገጽና ሸፋሕ በልና....

- 28 -
ማሪዋና! ቀታሊ ሓየሎም!

ግርማ መኅስ ዝዓደሎ - ኣመና ዘሕብን
ብሰብ ዘይተቐርጸ - ብሰብ ዘይተወቐረን
ካብ ዓንዲ እስክንድር - ብቕሙት ዝበረኸ
ኣዋቃቕራኡ'ውን - ምሒር ዝረቐቐ
ሓወልቲ ኣቕሙ'ለኹ - ንመዘከርታይ
ንመጻኢ ወለዶ - ኑቲ ዝመጽእ ዳሕረይ

(ግጥሚ - ኣሌክሳንድር ፑሽኪን)

- ትርጉም ኣያልነህ ሙላቱ -

ጀሚል ያሲን፡ ኑቲ ጅግና ጀነራል እንተ ዘይቀትሎ ኸሙ ኣብዛ መጽሓፍ ኣይምተላዕለን። "ሓደው ካብ ዘለዎ ተወለድ ወይ ምስ ዘለዎ ተዛመድ" ከም ዝብሃል፡ ጀሚል፡ ሒደት ሰናቲም ሒዙ ምስ ሰበ-ስልጣን ሕግብግብ ስለ ዝበለ፡ እንሆ ሓየሎም ክልዓል ከሎ ከንቱነቱ ድማ ምስኡ ይዝከር ኣሎ። ንጀሚል ያሲን ኣብ ክንዲ ምዝካሩ፡ ከም ዘይተፈጥረ ሰብ ምርሳው ይምረጽ።

ኣብ 1996፡ ኣብ ሓንቲ ኮላፊት ምሽት ብመዳፍዓትን ታንክታትን ዘይተጻዕደ ህቡብ ብዓል ዝና ተጋዳላይ፡ ኣብ ኣፍደገ ሓንቲ ባር ብጥይት ተወቒዑ ወደቐ። ጀሚል፡ ንሓየሎም ቀቲሉ ከምዛ ዋላ ሓንቲ ገበን ዘይፈጸመ ናብ ገዛኡ ከይዱ ምስ ደቀሰ፡ ብኡንብኡ ድቃስ ጠሊምዎ ተዓዝረ። ድሕሪ ሓደ ሰዓትን ፈረቓን፡ ፖሊስ ናብ ገዛኡ መጺኡም ከተስእዎ ከለው'ውን፡ እንታይ ከም ዝደለይዎ ፈጺሙ ኣይፍለጠን ነበረ። ንጀነራል ሓየሎም ኣርኣያ ከም ዝቐተሎ ነጊሮም በባትርን በእዳዎምን እናቐጥቀጡ ሒዞሞ ከዱ።

ጀሚል ያሲን፡ ሞት ተፈሪዱ ቅድሚ ምርሻኑ ምስ ሓደ ጋዜጠኛ ጥራይዩ ቃለ-መጠይቕ ኣካዪዱ። እቲ ጋዜጠኛ ኣነ'የ። ስመኝ ግዛው እትብሃል ሪፖርተር ኣሰንየ ናብታ ጀሚል ብሰንሰለት ዝተኣስረላ ሽላ ዝበጻሕኩላ ደቒቕ ከቶ ኣይርስዓን'የ። ምስኡ ንፈለማ ግዜ ተራኺብና ዝተዘራረብናላ መዓልቲ'ያ። ቅድሚኡ፡ መ'ኻይን ከም ዝነግድ፡ ምስ

ኮምሽነር ፖሊስ ኢትዮጵያ ኣራንሺ፡ ሴኮን ሙሉጌታ ገሰሰን ከም ዝቀራረብ፡ ንሴኮ ድማ ሳልባጅ ሶፋ ብህያብ ከም ዝሃቦ ይውረ ነበረ። ንጀሚል ቃለ-መጠይቕ ከካይደሉ ከለኹ ብሱል ከም ዘይኮነ ምስ ተዓዘብኩ ካብ ልበይ'የ ሓዚነ። ንጀነራል ሓየሎም ኣርኣያ ብቕረባ እፈልጦ ነይረ። ምስኡ ኮፍ ኢልካ ምዕላል ፈጺምካ ኣይምኖንዩ። ክድእል ከሎ ሰሓቕ'ዩ ዝውድኣካ! ሓየሎም ግሉጽ'ዩ ሰብ ነይሩ። እቲ ግሉጽ ባህሪኡ ድማ ዓርኩ ክትከውን'ዩ ዘገድደካ። ብዝኾነ ብዛዕባ ባህሪኡ ኣብ ስቕታ ቡርቃ ዘርእስታ መጽሓፈይ ብዙሕ ገሊጸዮ ስለ ዘለኹ፡ ካልኣይ ሳዕ ኣብዚ ኣይደግሞን'የ። ብኣንጻሩ ድማ እቲ ምስ ጀሚል ያሲን ዝጸናሕክዎ ሓጺር ግዜ፡ ኣዝዩ ኣሰልካይን ኣድካምን ኾይኑ ረኸብክዎ።

ንጀሚል፡ "ምሕረት ተገይሩልካ እንተ ትፍታሕ ከመይ ዓይነት ሰብ ክትከውን ምመረጽካ?" ኢለ ሓቲተዮ ነይረ።

"ከም ማዘር ቴሬዛ ገባሪ ሰናይ ኮይነ ክነብር።" በለኒ ብተስፋ።

"ማዘር ተሬዛ እንታይ ሰናይ ግብሪ ገይረን?"

"ብዙሕ ኣይፈልጥን'የ። ከምኡ ክብሃል'የ ብቴለቪዥን ሰሚዐ። ማዘር ተሬዛ፡ ሰብ ትሕግዝ'ያ ገለመለ... ክብሃል እሰምዕ ነይረ"

"ሕራይ፡ ዝዝከረካ ቅድሚ ሕጂ ዝገበርካዮ ሰናይ ግብሪ'ሎዶ?"

"እወ! ብዙሕ እምበር!" በለ ዳግም ብተስፋ ነቒሑ። "...ሓደ ግዜ ንሓደ ኣብ ቅድድም ብሽክለታ ዝተዓወት መንእሰይ ሰዓት ሸሊመዮ ነይረ።"

"ካልእከ?"

"ትዝ ትብለኒ እዚኣ'ያ.... ተጋደልቲ ኣዕሩኽ'ውን ኣሎውኒ። ንኣኣቶም ብርክት ዝበለ ህያባት ሂበዮም ኣለኹ...."

"ብዓል ሓዳር ዲኻ?"

"እወ! ብዓል ሓዳር'የ። ተመርዕየ ወሊደ...."

"ከመይ ዓይነት ኣቦ ኔርካ?"

"ከንቱ! ካብ ኣታዊየይ ንላዕሊ ዘውጽእ፡ ሰታይን ዋጋ ዘይብሉን ሰብ ነይረ። ንቤተ-ሰበይ ብዙሕ'የ ጎዲኡዮም። ኣብ ግዜ ጸመ ሮሞዳን ከይተረፈ ናብ ለይታዊ ትልሂት ብምኻድ ምሉእ ለይቲ ክሰቲ እሓድር ነይረ። ነፍሰይ ክቁጻጸር ዘይክእል ድርባይ ሰብ'የ..."

ጀሚል ያሲን፡ ማሪዋና ዝብሃል ዕጹ-ፋርስ ምሰ'ትካኸ ንጀነራል ሓየሎም ኣርኣያ ከም ዝቐተሎ ኣብቲ እዋን ቃለ-መጠይቕ ሓቢሩኒ። ነቲ ቃለ-መጠይቕ ንክንፈን ኣለምሰገድን ኣርእየ ኣብ መጽሔት እፎይታ ቀንዲ ትሕዝቶ ገይረ ኣውጻእኽዎ።

ጀሚል፡ ንሓየሎም ኣርኣያ ከም ዝቐተሎ ኣብቲ ግዜ'ቲ

ኣይተፈለጠን። እንታይ ከም ዝገበረ ዝተረደኡ፡ ፖሊስ ኣእዳውን ኣእጋሩን ብመቕኑሕ ኣሲሮም ኣብ ሓንቲ ጸባብ ሽላ ምስ ዳጎንዎዩ።

ምስ ጀሚል ዝካየድክዎ ቃለ-መጠይቕ ምስ ወዳእኩ፡ ኣብ ኣእምሮይ፡ "ማሪዋና ዘትከኽሽ ሰብ እንታይ ይስምየ?" ዝብል ሕቶ ይዝንቢ ነበረ። ምኽንያቱ ካብቲ ዝተዓዘብክዎ ባህሪኡ፡ ጀሚል፡ ንሓየሎም ዝኣክል ሰብ ካብ ባዶ ተበጊሱ ደፊሩ ክቕትሎ ኣይምኽኣለን። ንሓደ ዓቢ ብዓል ስልጣን ዝቕተለ ሰብከ ከመይ ኢሉ ገዛኡ ኣትዩ ድቃስ ክጠልሞ ይኽእል?

ብዛዕባ ኣልኮላዊ መስተ ጽቡቕ ገይረ'የ ዝፈልጥ። ካብ ምፍላጡ ዝተላዕለ'ውን እራቕቕሉ'የ። ንነገሩ ጋዜጠኛ ወያኔ ኾይኑ መስተ ዘይሰቲ ዘሎ ኣይመስለንን። መዓልታዊ ክትሕሱ ትግደድ እንተ ኾይንካ፡ ኣብ ሓንጎልካ ዝእከብ ሓሶት ብመስተ ጥራይ ኢ'ኻ ክትሓጽቦ ትኽእል። ወዲ ደብረዘይት ስለ ዝኾንኩ'ውን፡ ጫት ዝህበካ ባህታን ፍስሃን ከመይ ከም ዝመስል ጽቡቕ ገይረ እፈልጥ'የ። ጫት ካብ ተላዕለ፡ ኣብ ቐጽሪ ካንቸሎና ንእስ ዝበለት ናይ ጫትን ጌሶን ጀርዲን ነበረት። ደሓር ግና ዓቢ ሓወይ ካብቲ ጫት ክቕምስ ከሎ ስለ እተኸሽሐ፡ ኣደይ ነቲ ጫት በንቕጎ ደርብያቶ። ንምሸቱ ድማ ብሕርቃን ዝኣክል መርዘን ስለ ዝሓዛ ንኽልተና ኮፍ ኣቢላ፣

"...ነቲ ጫት በንቕሶዮ'ለኹ። ካብቲ ጌሶ ክትበልዑ እንተ ጀሚርኩም ድማ ንዕኡ'ውን ክብንቕሶ'የ!" በለትና።

ኣብታ መዓልቲ ንጀሚል ቃለ-መጠይቕ ኣካዪደሉ ካብታ ሽላ ምስ ወጻእኹ፡ ማሪዋና ምስ ኣትከኽካ ዝስመዓካ ስምዒት ክፈልጦ'ሎኒ ኢለ ወሰንኩ።

ጀሚል፡ ንጀነራል ሓየሎም ኣርኣያ ዝኣክል ሰብ ቀቲሉ ከምዛ ኣብ ስራሕ ውዒሉ ዝደኽመ ሰብ ገዛኡ ኣትዩ በጥ ኢሉ ዝደቀሰስ፡ ማሪዋና ከመይ ስለ ዝገብረካ'ዩ?"

ድሕሪ ሳልስቲ፡ ናብ ደብረዘይት ከይደ ንገዙ ኣባነፍሶ ደልየ ድሕሪ ምርካብ፣ "ማሪዋና ደልየ፡" በልክዎ።

ናይ ኣድኣ ጸሊም ሓመድ እንታይ ዘየብቕሎ ዕጽዋት ኣሎ?

ገዙ፡ ድሕሪ ፍርቅ-ሰዓት ኣብ ዝቋላ ደብረ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ካብ ዝርከብ ሕርሻ ዝተቐንጠበ፡ ነቒጹ፡ ተሓማሺሹ ብመልክዕ ሽጋራ ዝተዳለወ ምሩጽ ማሪዋና ሒዙለይ ብምምጻእ ብሰለስተ ቐርሺ ሸጠለይ። ገዙ ኣባነፍሶ፡ ከመይ ገይረ ከም ዘትከኽ፡ ምስ ኣተከኽክዎ ድማ እንታይ ዓይነት ስምዒት ከም ዝስምዓንን ክግብሮ ዘለኒ ጥንቃቐን ገለጸለይ። ናብ ኣዲስ ኣበባ ተመሊሰ፡ ኣብ ካባቢ ጎተራ ኣብ ውሽጢ ማኪናይ ኮይነ ድራፍት እናሰተኹ ነቲ ኣደንዛዚ ዕጸ-

ፋርስ ኣትከ'ኽክዎ። ኣሽንኳይዶ ሓሺሽ ወልፊ ሽጋራ'ኳ የብለይን። ሽጋራ፡ ክሳዕ ሎሚ'ውን ኣብ ጥቓይ ቀሪባ ኣይትፈልጥን'ያ። ኣብታ መዓልቲ ድማ ስግድግድ እናበለኒ ዝገበርኩ ገይረ ኑቲ ሓሺሽ ኣትኪሽ ወዳእክዎ።

ሻቡ ዝተሰምዓኒ ስምዒት ክሳዕ ሎሚ'ዩ ዘደንጽወኒ።

(...ኩሉ ነገር ሕውስውስ በለኒ። ኑቲ ቅድሚ ሓደ ደቒቕ ዝፈጸምክዎ ረሲዐ ተመሊሰ ክዝክሮ እጽዕር። ሰባት ዝከታተሉኒ ዘለው ኾይኑ ይስምዓኒ። እቲ ኣሳሳዪ፡ ሕሳብ ናይቲ ዝሰተኽዎ ድራፍት ክቕበል ብመስኮት ናይታ ማኪና ደው ኢሉ ነበረ። ንነዊሕ ግዜ ኣፍጢጠ ዝጠመተክዎ እመስለኒ። ግዜን ድምጽን፡ መጠኑን ርሕቀቱን ንባዕሉ ሕውስውስ ዝበለ ኾይኑ ይስማዓካ። እቲ ኣሳሳዪ፡ ሕሳብ ናይቲ ድራፍት ክነግርኒ ኾሎ፡ ድምጹ ከምዚ ካብ ርሑቕ ዝመጸእ ዘሎ ኾይኑ ተሰሚዑኒ። ክንደይ ከም ዝኸፈልክዎ ኣይርደኣንን'ዩ። ኢደይ ክዝርግሓሉ ግና ትዝ ይብለኒ። ናብ ገዛይ ዝኸድክዎ ጕዕዞ ኣካይዳ ጎብየ'ዩ። ዓበይቲ መኻይን፡ ብድሕረይ መጺኦን ኣብ ልዕለይ ዝድይባ ዘለዋ ኾይኑ እናተሰምዓኒ ጸግዒ ሒዘ ኣሕለፍክወን። ኣብ ከባቢ ኣራተኛ ክፍለ ጦር፡ ብድሕረይ ዝተጋጨኹ ስለ ዝመሰለኒ ማኪናይ ደው ኣቢለ ኩሉ ኣካላታ ኣህሰስክዎ። ካብኡ ዝገደደ ድማ መወዳእትኡ ገዛይ ጠፊኡኒ። ኣብ ከባቢ መስቀል ኣደባባይ፡ ኣብ ጥቓ ኣብዮት ራንዴቩ ዝርከብ ኣፓርታማታት'ዩ መንበሪ ገዛይ። ሽው ኣብ ጥቓ ቤተ-ክርስትያን ቅዱስ እስጢፋኖስ ደው ኢለ ብዙሕ ምስ ሓሰብኩ፡ ገዛይ ከም ዝበጻሕኩ ፈለጥኩ። ወሪደ መእተዊ ኣፍደገ ገዛይ ክረክብ ብእግረይ ኮለል በልኩ። እንተኾነ ግና፡ ሰረቕቲ ማኪናይ ክሰርቕዎ'ዮም ኢለ ስለ ዝሓሰብኩ ቀልጢፈ ተመለስኩ። እቲ ዝገደደ ድማ፡ ብዛዕባ ሰረቕቲ ስለ ዝሓሰብኩ ቀኒጽሪ ቴሌፎን መደበር ፖሊስ ሒዘን ኣይሓዝኩን ንምርግጋጽ ማሕፉዳይ ክፍትሽ ብዙሕ ግዜ ኣሕለፍኩ። ምድላየይ ሓዲጎ ናብ ቤተ-ክርስትያን ቅዱስ እስጢፋኖስ ከይደ ተሳለምኩ። ንጽባሒቱ ንግሆ ብር እንተ በልኩስ ምስ ጫማይ ኣብ ዓራተይ ተደርብየ...)

ምስ ነቓሕኩ፡ ኑቲ ብድሮኡ ዝስምዓኒ ዝነበረ ስምዒት ክዝክር እናፈተንኩ ኣብ መዘክር ደብተረይ ቀልጢፈ ኣስፈርክዎ።

ብዛዕባ ወልፊ ማሪዋና ክሳዕ ሕጂ ዘይበርሃለይ ነገር፡ ሰባት ነዚ ዕጹ-ፋርስ ኣትኪኾም ክረኽብዎ ዝኽእሉ ዓይነት ዕግበት ወይ ባህታ እንታይ ም'ኻኑ'ዩ። ጫት፡ ጥቕሙን ጉድኣቱን ፍሉጥ'ዩ፣ ድቃስ

ኣባራሩ የንቅሓካ፣ ግዝያዊ ሓይሊ ይህበካ፣ ሓሳብካ ጠርኒፍካ ኣብ ሓደ ነገር ከተተኩር ይሕግዘካ፣ ንደቂ ተባዕትዮ፡ ስምዒት ስጋዊ ስምዒቶም ቀቲሉ ድኹማት ይገብሮም፣ ንሕማም ልቢ'ውን የቃልዓካ። እቶም ውሉፋት ጉድኣት ከም ዘስዕበሎም ዝፈልጡ'ኳ እንተ ኾኑ፡ ካብ ጉድኣቱ ንረኽቦ ጥቕምን ባህታን ይዓቢ ብምባል ከም ዝቐሕምዎ ዝፍለጥ'ዩ። መስተን ሽጋራን'ውን ብተመሳሳሊ ጥቕሙን ጉድኣቱን ፍሉጥ'ዩ።

ናይዚ ማሪዋና ዝብልዎ ነገር ግና ፈጺሙ ክርድኣኒ ኣይክኣለን።

ንኣይ ዘይተረድኣኒ ነገርዶ ይህልዎ ይኸውን? ኣይፈልጥን'የ፣ ዋላስ ዝሰማምዖን ዘይሰማመዖን ሰብ ኣሎ? ዝኾነኾይኑ ኻልኣይ ግዜ ገዛይ ጠፊኡኒ ኮለል ክብል ስለ ዘይደሊ ድሕሪኡ ኣይተንከፍክዎን። ክፍትኖ ዝደለኹሉ ምኽንያት'ውን፡ ጀሚል ንሓየሎም ክቕትሎ ዝደፋፍኦ ስምዒት ክፈልጥ ኢለ'የ። ኣብያተ-ክርስትያን ኦርቶዶክስ፡ ኣብ እዋን ቅዳሴ ሒደት ማሪዋና ይጥቀማ'የን። ኣብ ዝቋላን ኣኽሱምን ዝርከባ ኣብያተ ክርስትያን ከምኡ ከም ዝገብራ እፈልጥ'የ። ይኹን'ምበር፡ ካብ ሕንዚ ተመን መድሃኒት ዝስራሕ'ኳ እንተ ኾነ፡ ተመን እንተ ነኺሱካ ግና ትመውት ኢ'ካ። ኣብ ኣካላት ጀሚል ዝተነዝሐ ማሪዋና ድማ፡ ሕንዚ ተመን ኮይኑ ንሓየሎም ቀተሎ።

ሓየሎም ምስ ተቐትለ፡ ንኣማውታኡ ዝምልከት ዝተፈላለየ ወረ ክናፈስ ጀመረ። ብፍላይ እቲ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራ ዝነበረ ግጭት ክባጋግስ ከለ፡ ናይ ሓየሎም ቅትለት ፖለቲካዊ መልክዕ ሒዙ ነበረ። እቲ ግጭት ብዕለ ምስ ተወለዐ ድማ ጀሚል ብቕልጡፍ ብሞት ተቐጽዐ። እቲ ዜና ከኣ ንፕሮፖጋንዳዊ ሃልኪ ወዓለ። ጀሚል ኤርትራዊ ስለ ዝኾነ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዝተፈላለየ መገዲ ብዙሕ ነገር ተባሂሉ'ዩ። ሓደ ካብኡ፡ "ሻዕብያ ብመገዲ ጀሚል ንሓየሎም ቀቲልዎ" ዝብል ቤላቤለው ክስማዕ ጀመረ። ቅንይ ኢሉ ድማ ሓደ ኣባል ጸጥታ ኢትዮጵያ ዝነበረ ካድር ህወሓት፡ ሓየሎም ብዓል መለስ ብዝኣለምዎ ውዲት ከም ዝተቐትለ ኣብ ሬድዮ ኤርትራ ሰፊሕ ትንታነ ሃበ።

ክልቲኡ ንፕሮፖጋንዳዊ ሃልኪ ተባሂሉ ዝተማህዘ'ዩ ኢለ እኣምን። ጀሚል ኤርትራዊ ጥራይ ኣይነበረን። ሓየሎም'ውን ኢትዮጵያዊ ጥራይ ኣይነበረን። ኣደታቶም ኤርትራውያን፡ ኣቦታቶም ድማ ከባቢ ሽረ ዝዓዶም ኢትዮጵያውያን'ዮም። ሓየሎም ኣብ ትግራይ ጀሚል ድማ ኣብ ኤርትራ ተወሊዶም ዝዓበዩ'ዮም።

ኣብታ ዕለት'ቲኣ፡ ጀነራል ሓየሎምን ጀሚልን ክቀታተሉ ኢሎም ኣይተቐጸሩን። "ጀሚልን ማሪዋናን፡ ተሓባቢሮም ንሓየሎም ቀቲሎሞ!" ጥራይ'ዩ ክብሃል ዝክኣል። ጀሚል፡ ኣብ ኣስመራ ተምሃራይ ቤት-

ትምህርቲ ኮምቦኒ ከሎ፡ ዘየመዛዝንን ስምዒቱ ክቈጻጸር ዘይክእልን ሰብ ምንባሩ መማህርቱ ኣዕሊሎምኒ። ወንጉቲ ፋብሪካ ቼርበት ዝኾኑ ወለዱ፡ ብነበርቲ ናይቲ ከባቢ ዝምስገኑን ጥዑማትን ዜጋታት'ዮም። ጀሚል ንማንም ኣይውክልን'ዩ፣ ይትረፍ ንወለዱስ ንገዛእ ርእሱን'ውን ኣይውክልን'ዩ።

ሕጂ'ውን ኣብታ ዕለት'ቲኣ ክቀታተሉ ኢሎም ኣይተጀጸሩን። እቲ ነገር ከምዚ'ዩ፡ ጀነራል ሓየሎም ኣርኣያን ፕሮፌሰር እንድርያስን ኣብ ሓንቲ ጽልምት ዝበለት ክፍሊ ኣብ ጸግዒ ኮይኖም ይሰትዩ ነበሩ። ካልኦት ኢጋይሽ'ውን ምስኦም ነይሮም። ጀሚል ድማ ብ'ካልኢ ጸግዒ ምስ'ዕሩኽቱ ኾይኑ ይሰቲ ነበረ። ጀሚል ከምቲ ልሙድ ማሪዋና ኣትኪሹ ስለ ዝነበረ፡ ዝሓስቦ እናረስዐ ዝረስያ ክዝክር እናጸዓረን ክሰቲ ኸሎ። ካብ ርሑቕ ጀነራል ሓየሎም ረኣዮ። ተሲኡ ናብኡ ብምኻድ ድማ ከዘራርቦ ፈተነ። ጀነራል ሓየሎም፡ ኢጋይሽ ምስኡ ስለ ዝነበሩ ናይ ጀሚል ዝተጋነነ ሰላምታ ባህ ኣየበሎን። ብዙሕ'ውን ኣይተገደሰሉን። ደሓር ከኣ ኣይፈልጠን'ዩ። ሓየሎም ሸለል ምስ በሎ ድማ፡ ጀሚል ናብ ኮፍ መበሊኡ ተመልሰ። እንተኾነ ግዳ በቲ ዘትከኾ ማሪዋና ተደፋፊኡ ተሲኡ ናብኡ ብምኻድ፣

"ረሲዕካኒ ዲኻ!? ኣብ ጥምቀት ወዲ'ራንሺ ተላሊና ኔርና፡" እናበለ ክርብሾ ጀመረ።

ጀነራል ሓየሎም ዓቅሊ ገይሩ ክኸደሉ'ኳ እንተ ሓተቶ፡ እቲ ብማሪዋና ቀልቡ ኣጥፊኡ ዝነበረ ጀሚል ግና ፍቓደኛ ኣይነበረን። ሓየሎም ዓቕሉ ስለ ዝጸንቀቐ፡ ደገ ሒዝዎ ብምውጻእ ኸልተ ግዜ መረርቲ ጽፍዒት ጅው ኣበሎ። ናብ ፕሮፌሰር እንድርያስን ናብቶም ኣጋይሹን ከኣ ተመልሰ። ድሕሪኡ፡ ንጀሚል መምርሒ ዝህቦ ዝነበረ ማሪዋና'ዩ። ሰብ ልኢኹ ካብ ገዛ ሽጉጥ ብምምጻእ፡ ሓየሎም ክሳዕ ዝወጽእ ማሪዋናኡ እናትከኸ ተጸበዮ። እግረ-እግሩ ስዒቡ ድማ ቀተሎ። ጀሚልን ሓየሎምን፡ ክልቲኦም ህይወቶም ዝሰኣኑላ ም'ኽንያት እዚኣ ጥራይ'ያ። ካብዚ ንላዕሊ ክትውስኽ ትኽእል ነገር ኣርባዕተ ነጥቢ ጥራይ'ዩ። ኣርባዕተ ነጥቢ!

ሓየሎም፡ ኣብ ትውልዲ ዓዱ ዓዲ ነብሪ ግሩም ሓወልቲ ተተ'ኺሉሉ ኣሎ። ብርግጽ እቲ ትማሊ ዝተጋደለሉ ቅኑዕ ዕላማ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ መገዱ ስሒቱ ኣብ ረብሓ ውልቀ-ሰባት ውዒሉ'ኳ እንተ'ሎ፡ እቲ ኣብ ቃልሲ ዝገበሮ ኣበርክቶ ግና ተዘኪሩ ክነብር'ዩ። ሰብ ፈራሲ ስጋ'ዩ፣ ኣብዛ ምድሪ'ዚኣ ብህይወት ከሎ ዝፈጸሞም ሰናይ ተግባራት ግና ንዘልኣለም ህያው ኮይኖም ይነብሩ...

- 29 -
ሓደ ኣፍ - ጸቢብ ጎሮሮ

ኣዝመራኹም ኣዕዋፍ ኣይለቕማእ
ሳንጣ ለማናይ'ኳ ዝፈልጦ
ከም ኩሉ ሰብ ሓደ ኣፍ ምስ ፈጠረልኩም
ሻቡ ኢኹም ዝተበደልኩም
ኣዝመራኹም ኽይትበልዑ - ጎሮሮኹም ጸቢቡ
ዘለኩም ከይተካፍሉ - ኣእዳውኩም ሓጺሩ
ዝናም እንተ'ኽውንክ ናትኩም
እንታይ ምገበርኩም?
ስኣን ጠብታ ማይ ትንፋስ ሰብ መሕለፍኩም!

(ግጥሚ - ደበበ ሰይፉ)

"ትኪ እንተሎ ሓዊ'ሎ" ይብሃል።

ነዚ ኣበሃህላ ሒዝካ ኩሉ ዝተኽኸ ሓዊ'ዩ ክትብል ኣይትኽእልን። ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ኢህወደግ ግና፡ ብሚልዮናት ዝግመት ገንዘብ ኣብ ባንክታት ርሑቕ ምብራቕን ኤውሮጳን ከም ዘቕመጡ ብዝተፈላለየ መገዲ ክግለጽ ጸኒሑዩ።

ሬድዮ 'ትንሳኤ' ብዛዕባ'ዚ ገንዘብ ዝርዝር መርትያታት ኣቕሪባ ነበረት። ብዓል መለስ ዜናዊ ድማ ምጽዋሩ ስለ ዝሰኣኑ፡ ብኽቱር ሕርቃን ዝኣክል ከም ሓዊ እናነደዱን ከም ትኪ እናተኽኸን ንኣባላት'ታ መደበር ሬድዮ ክሳብ ምኽሳስ በጺሖም ነበሩ። ካልኣ፡ 'ethiopianreview.com' ተባሂሉ ዝፍለጥ ፍሉጥ መርበብ ሓበሬታ፡ ናይ ወያኔ ቀኒስሊ ብዘሕምም መገዲ እናጎድአ ኣብ ገጻቱ ብምስፋር ስለ ዘሸገሮም፡ መራሕቲ ኢህወደግ ንወነንቲ'ቲ መርበብ ሓበሬታ ቀዳማይ ደረጃ ጸላእቲ ኢሉ መዝጊብዎም ይርከብ። "ትኪ እንተሎ ሓዊ'ሎ" ዝብል ኣበሃህላ ከይዘንጋዕኩ ዝፈልጦ ዘበለ ክጽሕፍ።

ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ኢህወደግ፡ ኣብ ናይ ደገ ባንክታት ብናይ ወጻኢ ባጤራ ዘቕመጥዎ መጠን ገንዘብ ንምፍላጡ ኣዝዩ

ኣጸጋሚ'ዩ። ኣብ እስያን ኤውሮጳን ከም ዘቐመጡ ዝሕመ'ኳ እንተ ኾነ፡ እዘን ባንክታት ግና ናይ ዓማዊለን ዝርዝር ሓበሬታ ብቐሊሉ ኣይህባን'የን። ሬድዮ ትንሳኤ ዝገለጸቶ ዝርዝር መጠን ገንዘብ ምርግጋጹ'ኳ እንተ ዘይተ'ኻእለ፡ እታ ዝርዝር ሓበሬታ ግና ሓቅነት ከም ዘለዎ ምልዓሉ ኣገዳሲ'ዩ።

ኣብ 2005 ዝተገብረ መረጻ፡ እቲ ውጽኢት ናብ ተቓወምቲ ምስ ዘንበለ መብዛሕትኦም ፍሉጣት ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ኢህወደግ ሳንጣኦም ክጥርንፋ ጀሚሮም ከም ዝነበሩ እኹል መርትዖታት ኣሎ። ኣብ ስደት ኮይነ ከም ዝሰማዕክዎ፡ ሰበ-ስልጣን ወያኔ ገዛኦም ካብ ምክራይ ክሳብ ኣንስቶምን ደቆምን ምህዳም በጺሑም ነበሩ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ሰይቲ መለስ ዜናዊ ደቃ ሒዛ ናብ ለንደን ተበጊሳ ነይራ። ሽዑ ዝተዋህበ ምኽንያት፡ "እቶም ቄልዑ ካብቲ ጫውጫውታ እልይ ኢሎም መታን'ዩ" ተባሂሉ። "ዘመን እንታይ በለ - ዘመኑ ዘመነ ወርቂ'ዩ በለ" ድያ ዝበለት ኣስቴር ኣወቀ። ብጥይት ዝቐለው ህጻናትን ጫውጫውታ ዘጽልኦም ህጻናትን ጐኒ ንጐኒ ኮፍ ኣቢልኩም'ሞ ነዛ ዓለም ርኣይዋ! ደቂ ስየ ኣብርሃ ድማ፡ "ናይ ዓሰርተ ዓመት ሕሳብ ኤለክትሪክ ኣይከፈልኩምን" ተባሂሎም ኣገልግሎት ስለ እተቖርጸም፡ ዕዮ ገዛኦም ክሰርሑ ሽምዓ ኣብ ምግዛእ ነበሩ።

(ሰየን መለሰን፡ ክልቲኦም ተምሃሮ ሕክምና'ዮም ነይሮም። ክልቲኦም ብሓባር ናብ ተሰሊፎም። መለስ ንፖለቲካ ሰየ ድማ ንውትህድርና ብምምራሕ ንደርግ ካብ ስልጣኑ ገልበጥዎ። ድሕሪ ዓወት፡ ናይ ፊደል ካስትሮን ቼ ጉቬራን ጸገም ገዚኡ ኣኺሉ መጸም። ሰየ ግና ከም ቼ ጉቬራ ናብ ዝኸደ ቦታ ስለ ዘይነበሮ፡ ክልቲኦም ኣብ ሓንቲ ሃገር ናይ ክልተ ዓለም ሰብ ኮኑ!)

ኣብ 2005፡ ባይቶኣዊ መረጻ ክካየድ መዓልቲ ምስ ኣኸለ፡ ኣብቲ ታሪካዊ ዋዜማ ሽርፊ ዶላር ሰማይ ዓሪጉ ነበረ። ሰበ-ስልጣን፡ ሓቢኦሞ ዝነበሩ ሚልዮናት ብር ኣብ ኽሻ እናሰጕዱ ዶላር ክገዝኡ ላዕልን ታሕትን ይብሉ ነበሩ። ብርክት ዝበሉ ሰበ-ስልጣን'ውን፡ ደቆምን ኣንስቶምን ናይ ምዕራብ ዜግነት ከም ዝረኽቡ ገበሩ። እዞም ሰበ-ስልጣን፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ተጊሆም ዝሰርሑሉ ነገር እንተሎ ቀጻሊ ቪዛ ምሕዳስ'ዩ።

ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ድርብ ዜግነት ኣየፍቅድን'ዩ። እዚ ሕጊ ግና ኣብቶም ሰበ-ስልጣን ኣይሰርሕን'ዩ። ብዙሓት ሰበ-ስልጣን፡ ነፍሶ ጸራት ኣንስቶም መዓልቲ ሕርሰን ምስ ተቓረበ ናብ ኣመሪካ ሰዲዶም

ከም ዝሓርሳ ይገብሩ። ማሙሽ ምሰ'ዲኡ ኣመሪካዊ ይኸውን፣ ኣቦኡ ድማ ኢትዮጵያዊ ብዓል ስልጣን! ደቂ ከንቲባ ኩማ ደመቅሳ ኩሎም ኣብ ኣመሪካ'ዮም ተወሊዶም። ባጫ ደበሌ ድማ፡ ሰበይቱ ኣመሪካዊት መታን ክትከውን ተማኺሩ ናብ ኣመሪካ ሰዲድዋ። ካብ ኣዲስ ኣበባ ብዝስደደላ ዶላር እናነበረት ድማ፡ ንኢህወደግ ራሕራሓ ኣብ ኣመሪካ ፖለቲካዊ ዑቑባ ሓቲታ። እቲ "ብጸት" ኣእጋሮም ክሳዕ ዝነቅዕ ዘገልገልዎ "ሰውራ" ብኸምዚ መገዲ ጐልባቡ ምስ ተቐልዐ፡ እቲ ሃሲሱ ዝነበረ ዙዕ ደሚቑ ተራእየ።

እዞም ዝጠቐስክዎም ሰበ-ስልጣን፡ መዕቆሪ ስለ ዘይብሎም ምስጢሮም ኣብ ኩሉ ተበቲኑ'ምበር፡ ዝተረፉ ኣባላት መረሕነት ህወሓትን ብኣዴንን'ውን ብኸምዚ ዓይነት ሰውራዊ ብዕልግና እተፈልጡ'ዮም።

ኣብ ስደት ኮይነ ከም እተኸታተልክዎ፡ ሰይቲ መለስ ካብ ጫት ጀሚርካ ክሳብ ሰለስተ ዝእግረን ላምብራታ ናይ ህንዲ መኻይን ኣብ ምንጋድ ትርከብ። ክትነግድ መሰላ'ዩ፣ ብናይ መንግስቲ ስልጣን ተጠቒምካ ክትህብትም ግና ገበን'ዩ። ብዘይቀረጽ ንብረት ምእታው፡ ኣገዲድካ ምሻጥ፡ ንብረት ምክልኻልን ዓቕሚ ሰቡን ናብ ውልቃዊ ረብሓኻ ምውዓል.... ዝኣመሰሉ ኩሎም ገበናት'ዩ። ኣብ ሃረር ዝርከቡ ሓረስቶት፡ ንሰይቲ መለስ ጫት ኣይንሸጠላን ኢና ኢሎም ምስ ኣደሙ፡ ጀነራል ባጫ ደበሌ ሰራዊት ልኢኹ ነቲ ህዝቢ ኣበሳቢስዎ። ሰራዊት ኢትዮጵያ ከም ዝፈልጦ፡ ጀነራል ባጫ ደበሌ ኣብ ናይ ውትህድርና ታሪኹ ንፈለማ ግዜ ናይ ባዕሉ ካርታ ሓንጺጹ ዝመረሓ ኩናት እንተ ነይሩ፡ ምስ ጠበንጃ ዘይዓጠቐ ናይ ምብራቕ ሓረስቶት'ዩ።

ካብ እዋን ቃልሲ ጀሚሩ ምስ መለስ ጥቡቕ ዕርክነት ዝነበሮ፡ ደሓር ኣምባሳደር ሱዳን ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝነበረ፡ ንቤተ-ሰብ መለስ ዝኾኑ ቪላታት ኣብ ምግዛእ ተልእኾኡ ብተኣማንነት ዝፈጸመ ብጻይ'ዩ። ቀዳመይቲ ብዓልት-ቤት ኣዜብ መስፍን፡ ናይ ቢዝነስ ሰብ ም'ኳና ካብ ዝኣወጀትሉ ግዜ ግና ናይቲ ሱዳናዊ ስራሕ ተረኪባ ባዕላ ናብዝን ናብትን ትብል ኣላ። ነዛ መዘክር ኣብ ዝጽሕፈላ ዘለኹ እዋን'ውን እንተ ኾነ፡ ንመንበርን ትካልን ዝኾኑ ህንጻታት፡ ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ፡ ኦሃዮ፡ ኮሎራዶን ካሊፎርኒያን ገዚኣ ይብሃል ኣሎ። እዛ ሰብ፡ ቀዳመይቲ ብዓልቲ ቤት ጥራይ ዘይኮነት ብሃብቲ'ውን ቀዳመይቲ ም'ኳና ኣመስኪራ'ላ።

ብዛዕባ "ዲንሾ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ናይ ንግዲ ኩባንያኽ እንታይ ትፈልጡ? እዚ ኩባንያ፡ ፈለማ ናይ ኦህዴድ ትካል'ዩ ነይሩ። ሎሚ ግና ህይወት የብሉን። ሓመድ ኣይልበስ'ምበር ሞይቱ'ዩ፣ ሓሚሙ

ኣይኮነን ሞይቱ፣ እንታይ ደኣ ብሓደጋ'ዩ ካብዚ ዓለም ህይወቱ ሓሊፉ። ቀታሊ "ዲንሾ"፡ ስየ ኣብርሃ'ዩ ዝብሃል። ህወሓት፡ "ጉና" ዝብሃል ናይ ንግዲ ትካል ክምስርት ከሎ ብኣዴን ን "ኣምባሰል" ኣህዴድ ድማ ን "ዲንሾ" ብምምስራት ናይ ንግዲ ንጥፈታቶም ጀሚሮም።

ደርግ ኣብ ዝወደቐሉ ቀዳሞት ሳምንታት፡ ኣብ ኢሉባቡርን ወለጋን ዝተረኽበ ስለስተ ክሻ ዝኾነውን ገንዘብ፡ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ኩማ ደመቅሳ'ዩ ኣትዩ። እቲ ገንዘብ ኣበይ ከም ዝኣተወ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዙሕ'ዩ ኣዛሪቡ። እቲ ወረ ክበላላዕ ምስ ጀመረ ግና፡ ብዓል ኩማ ስለ ዝሰግኡ በቲ ገንዘብ ኩባንያ "ዲንሾ" ከም ዝመስረቱ ኣብ ኣኼባ ኣፍለጡ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ከምኡ ዝኣመሰሉ ጉዳያት እናሰማዕኩ ትም ኢለ ዘይሓልፍ ህውኸን ጠንቃምን ስለ ዝነበርኩ፡ "ዲንሾ" ዝተመስረተሉ ካፒታል ካበይ ከም ዝተረኽበ ፋሓሒረ መወዳእታኡ ካብ ንግዳዊ ባንክ ኢትዮጵያ ሽድሽተ ሚእቲ ሚልዮን ብር ከም ዝተለቀሐ ፈለጥኩ።

ትኪ እንተሎ ሓዊ'ሎ።

ኩማ ደመቅሳ እቲ ምስጢር ከይቃላዕ ስለ ዝሰግኡ፡ ግርማ ንዝተባህለ ምንኣስ ሓው ኣካያዲ ስራሕ'ቲ ኩባንያ ገይሩ ሸሞ። ሓው ድማ ነቲ ኣጋጣሚ ተጠቒመሉ። "ክሽየም ዘይበልዐ..." ዝብል ኣበሃህላ ቀልጢፉ ኣብ ተግባር ኣውዓሎ። ዝበልዐ በሊዑ ድማ ናብ ኣመሪካ ተዓዝረ። "ዲንሾ"፡ ካብ ዕዳ ናብ ክሳራ ከንቄልቁል ምስ ጀመረ፡ ሃሰው ኢሎም ዱባለ ዝብሃል ኣመሓዳሪ ባንክ ዝነበረ ክኢላ መደብሉ።

ዱባለ፡ ክኢላ ብዓል ሞያ'ዩ። ን "ዲንሾ" ኣንቀሳቒስዎ። ብግስ ከይበለ ክልተ ሚእቲ ኣውቶቡሳት ክግዝኡ ጠለብ ኣቕረበ። ኮይኑ ግና እቲ ወረ ኣብ እዝኒ ስየ ኣብርሃ በጽሐ። ስየ፡ "ማሕበር ኣውቶቡስ ሰላም" ዝብሃል ትካል መስሪቱ ስለ ዝነበረ፡ ካልኣ ተወዳዳሪ ምስ መጸ፡ ባዕሉ ዝመርሖ "ቦርድ ልምዓት ውድባት ኢህወደግ" ዝብል ኮሚተ መዚዙ ንኣካየድቲ ስራሕ "ኣምባሰል" እንተላይ "ዲንሾ" ጸዊዑ ኣኼባ ገበረ። ስየ፡ ካብቲ ፍሉጥ ባህርያቱ ሓደ ዝዛረቦ ኣይፈልጥ'ዩ። ንዱባለ ቃል ብቓል፣

"ንሕና (ህወሓት) "ማሕበር ኣውቶቡስ ሰላም" ስለ ዝመስረትና ዲኻ፡ ንሕና'ኸ ካብ መን ንሓም'ቐ ኢልካ ኣውቶቡስ ተገዚእን ክመጻ ዝኣዘዝካ?" በሎ። ዱባለ፡ በቲ ዘረባ'ኳ እንተ ሰንበደ፡ ኣእዛኑ ግና ካብ ምስማዕ ኣየቋረጻን። ቀጺሉ ድማ "ሽምዚ በሎ፣

"ቀልጢፍካ ነተን ክስርሓ ኣዚዝካየን ዘለኻ ኣውቶቡስ ኣቋርጸን!"

ዱባለ፡ ነቲ ስምምዕ ከቋርጾ ናብቲ ኩባንያ ደወለ። ድሮ ሓምሳ ኣውቶቡሳት ተሰሪሐን ስለ ዝነበራ ምርካበን ግድን ኮነ። እተን ዝተረፋ

ሚእትን ሓምሳን ግና ክሳራአን ተኸፊሉ እቲ ውዕል ተሰረዘ። እተን ዝመጻ ድማ፡ "ማሕበር ኣውቶቡስ ሰላም" ክርከበን ስየ ተራር መምርሒ ኣመሓላለፈ። ኣብቲ እዋን'ቲ ድማ "ዲንሾ" ክመውት ጀመረ። ዱባለ፡ እቲ ሓያል ናይ ስራሕ ተበግሶኡ ምስ ሞተ፡ ኣብ ሞጆ እንዳ ስጋ ከፊቱ ን"ዲንሾ" ከካይዶ ፈተነ። እንተኾነ ግና፡ ቤት-ጽሕፈቱ ምእታው ገዲፉ ኣብ ትካሉ ኮፍ ኢሉ ጥብስን ጥረ ስጋን እናዘልዘለ ክበልዕ ስለ ዝጀመረ፡ ኣእምሮኡ ከም ዝሰሓተ ተፈልጠ። ኩማ፡ ካብ ሓላፍነቱ ኣልዩ ደርበዮ። እቲ ኣመሓዳሪ ባንክ ዝነበረ ክኢላ ብዓል ሞያ፡ ናብ ፈቼዶ ጠንቆልቲ ብምኻድ ጫት እናቑላመ ክጽለየሉ ጀመረ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ "እንታይ ኮይኑ ሓሚሙ?" ኢለ ሓቲተ ነይረ።

"ለይቲ፡ ስም ስየ እናጸወዐ የህተፍትፍ ኣሎ፡" ኢሎም ኣስሓቑኒ።

እዚ የሕዝን'ምበር ኣየስሕቕን'ዩ። ኣነ ግና ብሰሓቕ'የ ፋሊሐ።

ስየ ኣብርሃ ምስቲ ጉጅለ ምስ ተኣልየ፡ ዱባለ ጥዕናኡ ተመሊሱዶ ኣይተመልሰን ኣይፈለጥኩን። ኩባንያ "ዲንሾ"፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣይምውት ኣይስሩር ኮይኑ ጫት ኣብ ምሻጥ ጥራይ ተሓጺሩ ይርከብ።

(እዚ ጉዳይ'ዚ ካብ ተላዕለ፡ ብኣሸሓት ዝግመቱ ደገፍቲ ቅንጅት እናተገፈፉ ናብ ደዴሳ ክኸዱ ከለው፡ "ማሕበር ኣውቶቡስ ሰላም" እዩ ኣብጺሕዎም። ኣምሳያኡ ድማ ካብ መንግስቲ ሚልዮናት ብር ተኸፊሉ።)

ነዚ ጽሑፍ'ዚ ተንብቡ ዘለኹም ሰባት፣

"እንታይ'ሞ ዝጥበስ ምቁር ዘረባ'ለዎ! ኩሎም መራሕቲ ሰረቕቲ! ትብሉኒ ትኾኑ።

ዝኸበርኩም ኣሕዋተይ!

ዋላ ሓንቲ ዝጥበስ ነገር የብሉን። ንሕናስ ንባዕልና ንጥበስ እንዲና ዘለና። ዘዝመጽኣ ወለዶ ክሳዕ መኣስ ክጥበስ'ዮ ኢልና ክንሓስብ ግና ግቡእናን መሰልናን'ዩ። ሃጸይ ሃይለስላሰ፡ ብሚልዮናት ዝግመት ገንዘብ ዘሪፎም ተባሂሉ። ምስ ምንዋሕ ግዜ ግና ተረሲዑ።

መንግስቱ ሃይለማርያም ብግደኡ ናይ ዕፉን ሕርሻ ገዚኡ፣ ካብ መራሒ ሊብያ ሙዓመር ቓዛፊን መንግስቲ ክወየትን ነታ ሃገር ዝተዋህበ ገንዘብ፡ ኣብ ጁባኡ ኩቲትዎ፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ወጻእተኛታት ንኽራይ ገዛ ዝኸፍልዎ ዶላራት ብምሉኡ ናብ ካዝናኡ ኣእትይዎ፣ ፍላሻ ብምስጢር ከም ዝሸየጡ ገይሩ፣ ካብ ዚምባብወ፡ ዝተባላሸወ ትምባኾ ክግዛእ ብምፍራም ሾብዓተ ሚልዮን ዶላር ትርፊ ረኺቡ... ነዚ ኹሉ ኮኒንና ንሱ ተረሲዑ እንሆ ሕጂ ኣብዚ በጺሕና።

ሕጂ'ውን ኣብ ወንበረ ስልጣን ተኾይጦም ዝርከቡ መራሕቲ፡ ከምቶም ዝሓለፉ ነዚ ተግባራት ይቕጽልዎ'ለው።

ኣነ፡ ኣብ ዘመነ ሃጸይ ሃይለስላሰ'የ ተወሊደ። መንጌ ቴክሳስ፡ ንጃንሆይ ብመተርኣስ ዓፊኑ ብምቕታል ኣብ ትሕቲ መንበር ቤት-ጽሕፈቱ ክቕብሮም ከሎ፡ ወዲ ሽድሽተ ዓመት ቁልዓ ነይረ። ኣብ ዘመነ ደርግ መንእሰይ፡ ኣብ ዘመነ ወያኔ ጋዜጠኛን ብዓል ስልጣንን ነይረ። ሕጂ ድማ ነዛ መጽሓፍ ኣብ ዝጽሕፈሉ ዘለኹ ግዜ፡ ወዲ ኣርብዓ ዓመት ኮይነ ተራ ስደተኛ'የ። ከም ሰብ ረቢሐ ዝብሎ ኣብ ዘመነ ስርዓት ወያኔ፡ ተበዲለ ዝብሎ ድማ ብስርዓት ደርግ ይኹን እምበር፡ ሚዛናዊ ኮይነ ክሓስብ ግና እኽእል'የ። ኣብዚ ቐረባ ግዜ፡ ንሰለስቲኦም መንግስታታት ዝፈላልዮምን ዘመሳስሎምን እንታይ ምኳኑ ክጽሕፍ ፈቲነ ነይረ፣ እንተኾነ ግና ኣይቀጸልክዎን።

ሃጸይ ሃይለስላሰ፡ መስፍናዊ ባህሉ ዓቂቡ ነዛ ሃገር ኣብ ሓደ ደረጃ ከብጽሓ ይሓልምን ካብ ልቡ ይሰርሕን ነይሩ። ደርግ ተፈጥሮኡን ዓቕሙን ኣይፈቕደሉን ስለ ዝነበረ፡ "ጸልማት ዘመን" ተባሂሉ እንተ ተሓልፈ ይሓይሽ። ናብ መስረቲ ኢህወደግ ምስ ንመጽእ ግና፡ ነዛ ሃገር ኣብ ሓደ ደረጃ ከብጽሕዋ ዋላ ሓንቲ ሕልሚ ከም ዘይብሎም ከነስተውዕል ንኽእል። ሕልሚ ኣልቦ ምኳኖም ሰሪ ዘይምፍላጦም ምኳኑ ምስ ፈለጥካ ድማ፡ ስግኣትካ መሊሱ ይዓቢ። ብዝወሓደ ዝሓሸት ሃገር ሃኒጾም "ንደቅናን ስምናን" ዝብሉ ዓይነት ፍጥረት'ውን ኣይኮኑን። ሃጸይ ዮሃንስ፡ "ሓደ ሃይማኖት ሓንቲ ሃገር" ዝብል ሕልሚ ነይርዎ። ህይወቱ'ውን ከፊሉሉ። ቴዎድሮስን ምኒሊክን ኣተሓሕዛኦም ጌጋ'ዩ ነይሩ'ኳ እንተ ተባህለ፡ "ሓደ ምእኩል ምምሕዳር ዘለዋ ሃገር፡ ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ምዝርጋሕ" ዝኣመሰሉ ራእይ ነይርዎም።

"ናይ ኢህወደግ ራእይ እንታይ'ዩ? ኢለ ንነፍሰይ ክሓታ ከለኹ ግና መልሲ ኣይረኽበሉን'የ። ብዙሓት ከምዚ ኾማይ፡ ናይ ኢህወደግ ስነ ኣእምሮ ምርዳእ ኣብይዎም ከዕለብጡ ተዓዚቦ'የ። ፖለቲካዊ ባህሉ ፈጺሙ ዘይርድኦም'ውን ሒደት ኣይኮነን። ብዙሓት ተጋደልትን ኣባላትን ናይቲ ግንባር፡ መንነት ናይቲ ተሰሊፎምሉ ዘለው ፖለቲካዊ ሓይሊ ከይፈለጡ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ጥቕሚ ክጎድኡ ይርኣዩ'ለው። ብርክት ዝበሉ ፖለቲከኛታት፡ ኢህወደግ ክብገስ ከሎ ንነዊሕ ዝጠመተ ዕላማ ዘይነበሮን ክበጽሑ'የ ኢሉ ዝሓንጸጸ መደብ ዘይብሉን ጃንዳ ምኳኑ ክጽሕፉ ከለው እጠራጠር ነይረ። ክንዲ ዝኾነ፡ ንዓሰርተ ዓመታት ዝኣክል ዘገልገልካዮ ግንባር፡ ብሓንቲ ቃል "ማሕበር እከያት" ምኳኖም ክበርሃልካ ከሎ እምብለ መጠን ዘሕዝን'ዩ። "ኣብ ስልጣን ክሳዕ ዘለና ንግዛእን ንብላዕን፡ ድሕሪኡ እዛ ሃገር እንተ ተበተነት

ትበተን፡ እንታይ ገደሰና" ዝብሉ ሓላፍነት ዘይስምየም "ማሕበር ዓዋሉ" ምኽኖም ጸኒሑ ብምፍላጠይ ምሒር እሓዝን።

መራሕቲ ኢህወደግ፡ ቅንጣብ ትኣክል ሃገራዊ ፍቕሪ ከም ዘይብሎም ደጋጊሞም ብተግባር የርእይዎ'ለው። "ደቅና!" ክብሉ ኽሸለው፡ ካብ ኣንስቶም ዝወለድዎም ቁልዑ ደኣ'ምበር ንኢትዮጵያውያን ህጻናት ብሓፈሻ ኣይኮኑን። እዚ ድማ ራእይ ኣልቦ ምኽኖም ዘነጽር ሓደ ኣብነት'ዩ። ባህሪኦም፡ ንዝተወለዱሉ ብሄርስ ይትረፍ ንደቆም'ኳ ኣይውክለሎምን'ዩ። በቦኡ ዝሓፍር ውሉድ፡ ከይተወልደ ማይ ኮይኑ እንተ ኽደ ይሓይሽ። "ወዲ እገለ'የ!" ኢሉ ደረቱ ነፊሑ ክዛረብ ዘይክእል ቁልዓ፡ ዋላ ብሽሙ ሚልዮናት ዶላር ኣቕምጠሉ፡ ናይ ስጋ'ምበር ናይ መንፈስ ምግቢ ክኾኖ ኣይክእልን'ዩ።

ብዛዕባ ኣብ ናይ ደገ ባንክታት ዘሎ ሕሳብ ክልዓል ከሎ፡ መለስ ዜናዊ ትኪ ክሳብ ዝመስል ዝቕጻዕ፡ እቲ ጉዳይ ኣቓልቦ ናይቶም ኣብ ዙርያኡ ዘለው ላዕለዎት ሰበ-ሰብ ስልጣን ስለ ዝስሕብ'ዩ።

ኩሎም ኣባላት ህወሓት ዝፈልጥዎ ሓደ ሓቂ'ሉ። ኣብ እዋን ቃልሲ፡ ካብ ኣባላትን ደገፍትን ዝተኣከበ ገንዘብ ነይሩ። ብፍላይ፡ ነቲ ኣብ 1985 ዘጋጠመ ደርቂ ተባሂሉ ካብ ምዕራባውያን ዝተለገሰ እኽሊ፡ ንሱ ተሸይጡ ካብኡ ዝተረኽበ ብሚልዮናት ዝግመት ገንዘብ፡ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ናይ ደገ ባንክታት ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ካብተን ኣብ ግዳም ዝንቀሳቐሳ ዝነበራ ናይ ወያኔ ትካላት ዝተረኽበ ገዚፍ ኣታዊ ናብ ግምጃ ሃገር ኣይኣተወን። "ኣብ ቃልሲ ሰራሕና ዝረኽብናዮ ገንዘብ፡ ንኤፈርት መስራትናሉ" እኳ እንተ በሉ ሓሶት'ዩ። ኤፈርት መበገሲ ካፒታሉ፡ ወያኔ ኣባይ ተሳጊሩ ኣብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ካብ ዝነበራ ባንክታት፡ ካብ ምክል'ካልን ትካላት ጸጥታን ዝዘመቶ ገንዘብ ምኽኑ ብቐረባ ዝፈልጦ ጉዳይ'ዩ። ኣንጻር ባርባራዊ ስርዓት ደርግ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ፡ ካብቲ ደሙ ኣፍሲሱ ዘምጽኦ ገንዘብ ንመጣየሲ'ኳ ኣይተዋህቦን። ናይ ሓርበኛ ወረቐት ምስክር እናተዋህቦ ናብ ኣጉዶኡ ተፋንዩ። እዚ ሬድዮ ትንሳኤ ዝጠቐሰቶ ኣብ ባንክታት ወጻኢ ገንዘብ፡ መመሊሱ እናሰሰነ ይኽይድ ኣሎ። እዚ ሕሳብ፡ ብስም ኣምባሳደር ብርሃነ ገብረክርስቶስ ክኽውን ከሎ፡ ብናይ ስብሓትን መለስን ፌርማ ድማ ብስውር ይንቀሳቐስ።

ኣብ ባንክታት ወጻኢ ዘሎ ተጠራቕሚ ሕሳብ ህወሓት፡ ብስውር ከም ዝንቀሳቐስ ሓድሓደ መርትዖታት ምቕራብ ይክኣል። ህወሓት፡ ኣብ ደብሊን፡ ለንዶንን ኒውዮርክን ተጠራቕሚ ሕሳብ ከም ዘለዎ ይፍለጥ። እቲ ኣብ እዋን ቃልሲ፡ ንመሸመቲ ኣጽዋር ተባሂሉ፡ ካብ ሊባኖስ፡ ሶርያን ሱዳንን ዝኣመሰሉ መንግስትታት ብሓገዝ ዝተዋህበ

ገንዘብ፡ ኣብ ለንደንን ኒውዮርክን ዝርከባ ባንክታት፡ ኣብ ተጠራቓሚ ሕሳብ ህወሓት ኣታዊ ኾይኑ ይርከብ።

ብርሃነ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህወሓት'ዩ። ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ኣብ ኣመሪካን ብራስለስን ኮይኑ ኣገልጊሉ፣ ወይ'ውን ጌና የገልግል ኣሎ። ሓደ ግዜ፡ ኣብ ኒውዮርክ ዝርከብ ባንክ ብሚልዮናት ዝግመት ዶላር ኣብ ተጠራቓሚ ሕሳቡ ኣትዩ ነበረ። ሰይጣን መሸም ሻጥርን እኩይን እንድዩ፡ ሓደ ተንኮል ምሂዙ ኣቃሊዕዎም። ሶሎሜ ታደሰ ትብሃል ሰበይቲ፡ ኣብ ኣመሪካ ኣብ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ስራሕ ተቁጺራ ምስቲ ኣምባሳደር ጽቡቕ ርክብ ትጅምር። ቀጺላ፡ ብናቱ ሓገዝ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ተሸመት። ምስ ቀዳመይቲ ብዓልት-ቤት ኣዜብ መስፍን ብነቦ ዓይነን ክሳብ ዝጠማመታ ከኣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ነገሰት። እቴጌ ጣይቱ ዝብል ሳጓ'ውን ተዋህባ። "ኣብ ኩሉ ቦታ ሶሎሚ'ላ" እናበሉ ጋዜጠኛታት ክድእሉ ጀመሩ። ንሶሎሜ ብኣካል እፈልጣ'የ፣ ምዕብልቲ ሰብ'ያ። ዝግበር ዝነበረ ምንደላ ይርድኣ'ዩ! ልዕሊ ዓቕማ ኣይኮነትን ተሸይማ። እንተኾነ ግና፡ ሰይጣን ዝብሃል ሰይጣን ኣብ መንነኣን ኣብ መንነ እቲ ኣምባሳደርን ብዙሕ ዘይተረጋገጹ ወረታት ክነዝሕ ጀመረ። እቲ ወረ፡ ቪዛ ኣውቂዑ ናብ ኣመሪካ ትኬት ኣቑሪጹ ኣብ እዝኒ'ቲ ኣምበሳደር በጽሐ። ሰይጣን፡ ሓዳር ምብታን ቀንዲ ስራሑ ስለ ዝኾነ፡ ሰብኣይን ሰበይትን ሓዊ ኣተዎም። ሰበይቲ ፍትሕ ሓተተት። ምስኡ ተታሓሒዙ ዘይተጸበይዎ ካልእ ሽግር ሰዓበ። ሰበይቲ ብስም ሰብኣያ ዝተቐመጠ ገንዘብ ከም ዘሎ ትፈልጥ ስለ ዝነበረት፡ "ምስ ሰብኣየይ ኮይነ ዘዋህለልክዎ ገንዘብ ክምቀሎ'ሎኒ" ኢላ ከሰሰት። እቲ ኣምባሳደር ሰንቢዱ ናብ መለስ ደወለ። ሶሎሜ ንመቐርባ ከም ዘዕለለቶም፡ መለስ ደዊሉ'ኳ እንተ'ዛራረባ ክረዳድኡ ግና ኣይክኣሉን። ህልኽ ስለ ዝሓዛ፡ "ሞይተ ድየ!" በለት። ብዓል መለስ፡ እቲ ወረ ኣባላት ህወሓት ከይሰምዕዎ ስለ ዝሰግኡ ክሓባብሉዋ ጀመሩ። እታ ጅግና ግና፡ ብመሰረት ሕጊ ኣመሪካ ካብቲ ብስም ሰብኣያ ዝተቐመጠ ሕሳብ ፍርቂ ተዋህባ። ዘይተጸበየቶ ሽሻይ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝተመቐለቶ ፈሰሳ። ሓደ ኣባል ኢህወደግ ነዚ ከንብብ ከሎ፡ "ሓቂ ድዩ? መራሕትና ከምዚ ይገብሩ?" እናበለ ምእማኑ ኣጸጊምዎ ከም ዘንቀጥቅጥ ርግጸኛ'የ። ሓቂ እናፈለጥካ፡ ህዝቢ ክፈልጦ ዘይምግባር ግና ንባዕሉ ምስ ገበነኛታት ምትሕብባር ስለ ዝኾነ፡ ንኹሉ ጽሒፉዮ'ለኹ....

ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ምስ ተሰደድኩ፡ ንሒደት ሳምንቲ ከዕርፍ ናብ ዚምባብዌ ከይደ ነይረ። ኣብኡ፡ ብመገዲ ኮሎኔል ግርማ ዝብሃል ሰብ፡ በጋጣሚ ምስ ሓው መንግስቱ ሃይለማርያም ጥላሁን ሃይለማርያም ተላሊና ነዊሕ ኣዕለልና። ካብቲ ዕላል ዝተረዳእክዎ ሓደ ሓቂ ከኣ

ነይሩ። ንሱ ድማ ንሉ ንመንግስቱ ሃይለማርያም፡ ዶክተር ትእግስት ሃይለማርያም ሓበሻ ዝብሃል ክትሪኢ ከም ዘይትደሊ ኣዕለለኒ። እዛ ንል፡ ስለምንታይ ሓበሻ ምርኣይ ኣጽሊእዋ? ወገናታ ኢና። እንታይ በዲልናያ? ኣቦኣ ቀቲሉናን ዘሪፉናን'ምበር ንሕና ኣይበደልናዮን። እንታይ ኮይና'ያ ምሒር ሓበሻ ትጸልእን ካብኦም ትርሕቐን? ብዙሕ ምርምር ዘድልዮ ኣይኮነን። ታሪኽ ኣቦኣ'ዩ ኣሕፊርዋ። ጭቡጥ' ሓበሬታ'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ብሚልዮናት ዝግመት ዶላር ንደቁ ዘውርሶም ይህሉ ይኸውን። ደቂ ግና፡ ክንዲ ዝኾነ ዅሎም ዶላር ይተርኣሱ፡ ናይ መንፈስ ምግቢ ክኾኖም ከቶ ኣይክእልን። ገንዘብ፡ ንበይኑ ዕግበት ክህበካ ኣይክእልን። ክንዲ ዝኾነ፡ ካብ ወገናቶም ዝሃደሙ ቁልዑ ምውላድ የሕፍር'ምበር ኣየሐብንን።

ንሉ ንቀዳማይ ሚኒስተርና ሰምሃል ትብሃል። ወዲ በረኸት ስምኦን ድማ ኮበሌ ይብሃል። መለስን በረኸትን፡ ደቆም ከም ንል ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ኣብ ናይ ጭንቀት ዓዘቕቲ ከይኸመሙ ስለምንታይ ከድሕንዎም ዘይፍትኑ ኢለ እሓስብ። መልሲ ክረኽበሉ ግና ኣይክኣልኩን። መንጌ ቴክሳስ፡ ንደቀ-መዛሙርቱ ኣሽኪልዎም ከይዱ። ሰዓብቲ መለስ ግና፡ ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ወርደት ክናገፉ እቲ ፍታሕ ኣብ ኢዶም'ዩ ነይሩ። ንደቆም ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ንደቅና ዝኸውን ነባሪ ታሪኽ'ውን እንተ ዝሰርሑ ንባዕሉ ፍታሕ'ዩ ነይሩ። ሕጂ'ውን እቲ እንኮ ፍታሕ፡ ብሄራዊ ናይ ፖለቲካ ዕርቂ እንተ ተገይሩ'ዩ። ምኽንያቱ፡ "ወዲ ሰብ መኣስ ከም ዝመጽእ ኣይፍለጥን'ዩ'ሞ ንቐሑ" እዩ ዝብለና እቲ መጽሓፍ።

- 30 -
እቲ መገዲ ናበይ ይወስድ?

ጽባሕ ዝብሃል - ድቕድቕ ጸልማት
ቅርጺ ኣልቦ ዘይርኢ - ድምጺ ኣልቦ ዘይስማዕ
ብዙሓት ተጨኒቐም - ብስቓይ ሓቒቐም
ናይ ጽባሕ ብልጭታ - ብርሃና ተጸብዮም
ትፈልጡ ’ተኸንኩም - ዕጥይጥይ ከይበልኩም ንገሩና
ጽባሕ ኣበይ’ዩ ዝኸብ- ቦታኡ ሓብሩና

(ግጥሚ - ሻምበል ኣፈወርቅ ዮውሃንስ)

ለይቲ ድቃስ እንተ ኣብዩኒ፡ የንብብ ወይ ድማ ኣብ Paltalk ኣትየ ግዜይ የሕልፍ ነበርኩ። ኣብ መፋርቐ 2007፡ ብPaltalk ኣብ ውሽጢ ECADF ምስ arm yourself ብዝብል ስም ዝጥቀም ዝነበረ ሰብ ኣዕልል ነይረ። ኣነ Aoromara (ኣኦሮማራ) ዝብል ስም ሒዘየ ኣትየ።

arm yoruself፡ ብብሕቲ ነዕልለሉ ሞኒተር ከፊቱ፣

“ኣበይ ትነብር?” ኢሉ ዕላል ጀመረ።

“ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ።”

“ኣኦሮማራ እንታይ ማለት’ዩ?” ሕቶኡ ቀጸለ።

“ሕዋስ ኣምሓራን ኦሮሞን።”

“ካብ ክልቲኡ ትውለድ ማለት ድዩ?”

“ኣይፋሉን፣ ኣብ ምድረ ኦሮሞ ዝተወለድኩ ተዛራቢ ቋንቋ ኣምሓርኛ’የ።”

“ኣኦሮማራ ዝብል ቃል ደኣ ብኸመይ ምሂዝካያ?”

“ኣነ ኣይምሃዝክዋን።”

“ካበይ ደኣ ረኺብካያ?”

“ጌታቸው ጀቤሳ ወይ ድማ ያሬድ ጥበቡ ዝብሃል ሰብ ቃለ-መጠይቕ እናካየደ ኸሎ ነዛ ቃል ጠቒስዋ። ያሬድ ጥበቡ፡ ካብ ኣምሓራን ኦሮሞን ስለ ዝውለድ ንኽዋዘ ኢሉ ንናቱ ብሄር መጸውዒ ዝመሃዘ ይመስለኒ። ንያሬድ ትፈልጦዶ?”

“እወ።”

“ስለምንታይ ግና እዛ ስም ኣቓልቦኻ ስሒባቶ?”

“ኣኦሮማራ ዝብል ሓደ ናይ ልምዓት ትካል ክምስርት እሓስብ ስለ ዝነበርኩ።”

“ንስኻኸ ነዛ ናትካ ስም ካበይ ረኺብካያ?”

እንተኾነ ግና ንሕቶይ ብምዝላል፣

“እዞም ክልተ ብሄራት ክተሓባበሩን ክቀራረቡን እንተ ዝኽእሉ እንታይ ክፈጥሩ ከም ዝኽእሉ ትፈልጥዶ?” በለኒ።

“AFD፡” ኢለ መለስኩሉ።

“kkkkkkkkkkkkk!” ኢሉ ጸሓፈለይ።

ናይ ሰሓቕ ፈደላት’ዩ።

“እንታይ ደኣ ኣስሒቕካ?” በልክዎ።

“ተረዳዲእና’ለና። ምጅማር AFD መፍትሒ ይኽውን’ዩ ኢለ ስለ ዝኣመንኩ’የ፡” በለኒ።

“ኣነ ግና ስክፍታ’ለኒ።”

“ስለምንታይ?”

“ኢትዮጵያውያን፡ ሓባርካ ምብላዕ እምበር ሓቢርካ ምስራሕ ኣይክእሉን’ዮም፡’ ዝብል ኣበሃህላ ክኣምነሉ ጀሚረ’ለኹ።”

“ተጋጊኻ።”

“እንተ ዝጋገ ምሓሸኒ።”

“ተስፋ ግበር፣ ውልቃዊ ኣበርክቶኻ ድማ ወስኽሉ። ዕላማኡ ክወቅዕ’ዩ።”

“ንስኻ ያሬድ ጥበቡ ክትከውን ኣለካ።”

“ኣይኮንኩን።”

“ርግጸኛ’የ፣ ያሬድ ኢኻ።”

“ያሬድ’የ ኣይበልኩኻን። ስለዚ ርግጸኛ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ።”

“ይቕሬታ! ልክዕ ኣለኻ!” በልክዎ።

arm yourself፡ ብዙሕ ፖለቲካዊ ጉዳያት ኣልዒሉ ኣዋጋዒኒ። ራእይ ዘለዎ ሰብ’ዩ። ቅንጅት በዚ ጀሚርዎ ዘሎ መገዲ እንተ

ቐጺሉ፡ ክዕወት ይኽእል'ዩ ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣሎዎ። ኣበርክቶ ውልቀ-ሰባት'ውን ተዋህሊሉ ሓደ ገዚፍ ሓይሊ ክፈጥር ከም ዝኽእል የስምረሉ። ብዘይረብሕ ነገር ንሓድሕድካ ምትሕምማይን ምንቕ'ሻስን ግና፡ ነቲ ቃልሲ ናብ ድሕሪት ጎቲትዎ እናበለ ምሒር ይጉሂ።

ምሸት ንarm yourself ምስ ተሰናበትክዎ፡ "ተጋላቢጦሽ" ዝብሃል ድማ ሞኒተር ከፊቱ ከዕልለኒ ጀመረ። እዚ ግና ንእሽቶን ስምዒታውን ምኽኑ ካብ ዕላሉ ይፍለጥ።

"ብዛዕባ መጻኢዶ ክንበየልካ?" በለኒ።

"ነቢይ ተጋላቢጦሽ፡ በል እስከ ተነበ ክሰምዓካ፡" በልክዎ።

"መለስ ዜናዊ፡ 2010 ናብ ዓዲ ጎይቶቱ ክዅብልል'ዩ።"

"ናበይ ማለትካ'ዩ?"

"ናብ ኣመሪካ! ገብሩ ኣስራት ድማ ተመሊሱ ንትግራይ ክመርሓ'ዩ።"

"ቀጽል።"

"ሌንጮ ለታ ዘዳለዎ ኣብ ኖርወይ ሓደ ምስጢራዊ ኣኼባ ከም ዝተኻየደ ሰሚዕካዶ?

"እወ ሰሚዐ።"

"ኣብቲ ኣኼባ፡ ብዓል መን ከም ዝተሳተፉ ትፈልጥዶ? ሌንጮ ለታ፡ ገብሩ ኣስራት፡ ያሬድ ጥበቡ፡ ኣንዳርጋቸው ጽጌ፡ ጀማይካ.... ዕላማ መኣከቢኦም፡ እንታይ ከም ዝኾነ'ኸ ተረዲኡካዶ? ኣንዳርጋቸው ጽጌን ያሬድ ጥበቡን ንሃይሉ ሻውል ምስ ኣለይዎ፡ ብመራሕነት ብርሃኑ ነጋ ዝመራሕ ካልኣ ቅንጅት ክምስርቱ'ዮም። ብዓል ሌንጮ ለታ ድማ ነቲ ብዳውድ ኢብሳ ዝምራሕ ኦነግ ኣልዮም፡ ንብዓል ዲማ ነገዎ ሒዙ ንህዝቢ ኦሮሞ ክውክል'ዩ። ብዓል ተወልደ ድማ ንትግራይ ወኪሎም ኣብ ፓርላማ ክኣትው'ዮም። በዚ ውጥን'ዚ መለስ ከም እተሰማምዐ፡ ጀማይካ ኣብቲ ኣኼባ ምስታፉ ጥራይ ክረጋገጽ ይክኣል'ዩ። ምኽንያቱ ጀማይካ ኩሉ ግዜ ወኪል መለስ'ዩ። ድሕሪኡ'ኸ? ድሕሪኡ ኣኽረርቲ ሃይሉ ሻውልን ዳውድ ኢብሳን ዘይብላ፡ መለስ ድማ ዘይመርሓ ሓዳስ ኢትዮጵያ ክትውለድ'ያ። እዚ ግብራዊ እንተ ተዘይኮይኑ፡ ብዓል መለስ ንትግራይ ክንጽልዋ ወሲኖም ኣለው። ምምልካት ዶብ ቀልጢፉ መዓልቦ ከይረክብ ዘይደለይሉ ምኽንያት ድማ፡ ታንክታትን ነፋርትን ኣብ ትግራይ ክጸንሓ ስለ እተደለየዩ ይብሃል። እቲ ቀንድን እዋናውን ስራሑም ግና፡ 'ኣብዛ ሓጻር ግዜ ዝኣኽለካ ምዝማት'ዩ' እናበሉ ኣብ ምዝማትን ምግባትን ተጸሚዶም ኣለው። ...ነዚ ኸመይ ትርእዮ?" በለኒ።

"ልብ-ወለድ ድርሰት ይመስል፡" በልክዎ።

* * *

ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ፡ ዝኸፋፍሉን ዘወሃህዱን ካብ ምብዛሑም ዝተላዕለ፡ እዚ ነገር'ዚ ጸወታ "ዓይና ዝሓዛ"[23] ኮይኑና'ሎ። ኣብዛ ሓጻር ዕድመና መሸም፡ ዘይተጸበናዮ ኩነታት ንዕዘብ ስለ ዘለና ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ኢና።

....መንግስቱ፡ ከም ሃጸይ ቴዎድሮስ ብገዛእ ሽጉጡ ህይወቱ ኣየሕለፋን። ታምራት ላይኔ ዓሰርተው ሾብዓተ ዓመታት ተቓሊሱ ኸብቅዕ፡ ዓሰርተው ሸሞንተ ዓመታት ክሕየር ተብይኑሉ። ሻዕብያን ወያኔን ኩናት ገጢሞም። መለስ ንስየ ኣሲርዎ። ብርቱካን ሚደቅሳ ንስየ ብዋሕስ ፈንያቶ። ሓየሎምን ክንፈን ብዘይጠቅም ምኽንያት ተቐቲሎም። ብርሃኑ ነጋ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ኾይኑ ሽድሽተ ሚእቲ ዝገጻ መጽሓፍ ጽሒፉ። ካብ ቤት-ማእሰርቲ ዝወጹ መራሕነት ቅንጅት ተገማሚያም።

ዘይተጸበናዮ እናተጋህደ ኣብዚ በጺሕና። ጽባሕ'ውን ድቕድቕ ጸልማት ኮይኑ ጌና ክቕጽል'ዩ። ነቶም ንጽባሕ ክርእዩ ዝኽእሉ እናቕናእናሎም ድማ ደንበርበር እናበልና ጉዕዞና ንቕጽል ኣለና።

ሌንጮ ለታ ኣብ ነርወይ ካብ ዘቕረቦም ሓድሓደ ኣገደስቲ ሓሳባት፡ ያሬድ ጥበቡ ኣብ ዓንቀጻቱ ዝጸሓፎም ጽሑፋት ረኺበ ኣንቢበዮም ነይረ። ንምጽውዋር ዝሕግዙ መበገሲ ሓሳባት ኣቕሪቡ። ምትእምማን ዝፈጥሩ ስልትታት'ውን ጠቒሱልና። ልዕሊኡ'ውን፡ ብዛዕባ ሓቢርካ ምስራሕ፡ ዲሞክራሲ፡ ዕርቂ፡ ማዕርነት፡ ልምዓት፡ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ልዕልና ሕግን... እዞም ኩሎም ዘቕኣልጽሉ ቃላት'ዮም። ዘቕኣልጽሉ ቃላት ምኳኖም'ውን ዘይተማህረ ሓረስታይ ከይተረፈ ጽቡቕ ገይሩ ይፈልጦም'ዩ። እቲ ዘይተመለሰ ቀንዲ ሕቶ፡ "ነዚኣም ብኽመይ ኣብ ተግባር ነውዕሎም?" ዝብል'ዩ - ብሓይሊዶ ብሰላማዊ መገዲ?

እዚ ኣርእስቲ ጌና የከራኽር ኣሎ.....

ሌንጮ፡ ኣብ መፋርቕ 1992 ምስ መጽሔት ኒውስዊክ ኣብ ዘካየዶ ቃለ-መጠይቕ፡ "ምስ ሰሜን ክንላዘብ ዝገበርናዮ ጻዕሪ ከንቱ ድኻም ኮይኑ ተሪፉ" ምባሉ ኣይርሳዕን።

ሎሚኽ እንታይ ዝተራእየ ሓዲሽ ለውጢ'ሎ?

ጥቅምቲ 2008 ዝተሓትመት 'ኣዲስ ራእይ' እትብሃል መጽሔት ልሳን ኢህወደግ ረኺበ ኣንቢቦያ ነይረ። እታ መጽሔት፡ ታደሰ ገብረወልድ ብዝብሃል ስም ዓንቀጽ ሒዛ ወጺኣ ነበረት። እዚ ስም'ዚ፡

23 ንሓንቲ ብዙሕ ዝዓይና ጥቕላል ፕላስቲካዊት ገመድ፡ ዓይና ንምርካብ ጨንገር እናእተኻ ዝጽወት መታለሊ ዓይነት ቁማር

ናይ መለስ ናይ ብርዒ ስም ምኳኑ ፍሉጥ'ዩ። ኣብ መወዳእታ ሕጡበ ጽሑፍ'ታ ዓንቀጽ፣

"...ህዝቢ ምስ ኩሉ ጸገማቱን ሽግሩን መጻኢ ዕድሉ ብሩህ ከምዝኾነ ስለ ዝተገንዘበ፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ሰፊሕ ዘመተ እናተገብረሉ፡ ንዓኡ መኪቱ ኣብ መረጻ 2005 ንኢህወደግ መሪጹ!" ዝብል ኣንበብኩ።

ኢህወደግ፡ ከምዚ ኢሉ እናደኣለ ከም ዝቐጽል ኣነጺርዎ'ሎ። ከምዚ ኢሉ እናኣላገጸ ክጉዓዝ ዘፍቀደሉ ድማ ህዝቢ ምኳኑ ብመጀመርታ ክፍለጥ ኣለዎ።

ኣብ ወርሒ ሓምለ 1991፡ ገጣሚ ዩቨገነይ ኣሌክሳንድር ኣብ መጽሔት 'ታይም' ዘስፈሮ ሓሳብ ኣመና ስለ ዝመሰጠኒ፡ ኣብ መዘክር ደብተረይ መዝጊበዮ'ለኹ። እቲ ንናይ ሩስያ ምምሕዳራዊ ስርዓትን ኣረኣእያ'ቲ ህዝብን ኣመልኪቱ ዘቕረቦ ሓያል ርእይቶ፡ ንህሉው ኩነታትና'ውን ዝጠቅም ይመስለኒ። ዩቨገነይ፣

"ሎሚ፡ ህዝቢ ዘድልዮ ኣርሒቑም ዝጥምቱ መራሕቲ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ንነገራት ኣቑዲሞም ክንበዩ ዝኽእሉ'ውን'ዮም" ይብል።

ንሕና ከምዚኦም ዓይነት መራሕቲ ኣይተዓደልናን።

ገጣሚ ዩቨገነይ፡ ስርዓተ ኣልቦ ምሕደራ ከስፋሕፍሕን ፍትሒ ክጉዕጸጸን ምኽንያት ዝኾኑ፡ ደገፍቲ'ቲ ገዛኢ ሰርዓት ጥራይ ዘይኮኑ፡ እንተላይ እቲ ከም ድላዮም ክዕንድሩ ዘፍቀደሎም ህዝቢ'ውን ምኳኑ ኣትሪሩ ይገልጽ። ነዚ ክውንነት እንተ ተቐቢልካዮ፡ ጸገማት መፍትሒ ክርከበሎም ከም ዝክኣል ይሕብር። "ብክውንነት ምእማን" ዝብል ቃል ሰፊሕ ሓሳብ ዝሓዘለ'ዩ። ኣብ ሉሳካ፡ ሓደ ጸሊም ዛምቢያዊ "ታሪኽኩም ሓበን ኣፍሪቃ'ዩ" ኢሉኒ። ኣብ ሲያትል ድማ ሓደ ጻዕዳ ኣመሪካዊ፡ "ደቂ ዓድኻ ብጥሜት እናሞቱ፡ ንስኻ ከመይ'ልካ ረጉድካ?" ኢሉ ሓቲቱኒ። ጥዒሙካ ክትውዝም፡ ሓሲሙካ ጸማልያ ክትመስል ዘገድደካ ምኽንያት ምፍላጡ ፍቱን መድሃኒት'ዩ።

ብክውንነትን ብሱል ኣእምሮን፡ መጻኢና ክሕብረና ዝኽኣለ ዛጊት የለን። ክንዲ ዝኾነ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወርድ ዘሎ ኣደራዕ ብዝኽፍኣ መልክዑ ይቐጽል'ሎ። ነዛ ሃገር ብተኽታታሊ ዝመርሑዋ ስርዓታት፡ ነቲ ብሩህ ተስፋ ዘሕደረ ህዝቢ ሓዊ ኣጉዶም ስለ ዝኾማተርዎ፡ ብሰንኩ ደለይቲ ለውጢ ፈተውራሪ ተዓፍኖም ክሓቑ ኽለው። ህዝቢ ትም ኢልካ ናይ ምዕዛብ ልምዲ ኣማዕቢሉ። እዚ፡ "ዓቕሊ'ዩ" ዝብሃል እንተ ኾይኑ፡ ዓቕልና ፍርሒ ዝወለዶ ዓቕሊ'ዩ። ብፍርሒ ዝኣክል ኣብ ታኼላ ዓዘቕቲ ክሳብ ክሳድና ስለ ዝጠሓልና፡ ሽግር ክመጽእ

ኽሎ ተሲእና ብድሆ ክንብል ኣይክኣልናን።

"ውልቀሰብ'የ! እንታይ ክገብር እኽእል?" ዝብል ዘረባ ምስማዕ ልሙድ ኮይኑ'ሎ። ነዚ ኽምዚ ዓይነት ፍርሒ ዝውሃቦ መልሲ ግሉጹን ሓጺርን'ዩ።

እንተ ፈሪሕካ ትም ኢልካ ተገዛእ!

ቅድሚ ሒደት ዓመታት፡ ኣብ ባሕሬን፡ ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ኢትዮጵያዊት ዜጋ ናይ ሞት ፍርዲ ምስ ተበየነ፡ ህዝቢ ኣዲስ ኣበባ ህዝባዊ ነድሪ ተላዒሉ ከም ዝነበረ ይዝከረኒ። እታ ኢትዮጵያዊት ንሞት ዝተፈርደት፡ ንዓምኣ ቀቲላታ ከይኣክል ብ'ሻራ ጎዛዚያ ኣብ ፍርጅ ስለ ዘእተወታ'ያ። እዛ ሰብ ከምዚ ክትገብር ዘገደዳ ምኽንያት፡ ካብ ኣስራሒታ ዝወረዳ በደል ክትጻወሮ ስለ ዘይክኣለት ኣእምሮኣ ስሒታ ክትከውን ከም ትኽእል ዝኾነ ሰብ ክግምቶ ይኽእል'ዩ። ስለዚ ኽኣ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝተሰምዓና ሓያል "ነድሪ" ግቡእ'ዩ ነይሩ። ገዛእቲ ስርዓታት፡ መዓልታዊ ኣብ ቅድሚ ዓይናን ኣብ ልዕሊ ደለይቲ ለውጢ ፈተውራሪ ግፍዒ ክፍጽሙ ከለው ግና፡ ህዝባዊ ተቓውሞ ከነስምዓሉ ዘይንኽእል ምኽንያት እንታይ'ዩ?

ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ሓደ ናይ ህዝቢ መንዓዝያ ባቡር እናደንጐየ ስለ ዘሸገሮም፡ ተገልገልቲ፡ ኑቲ ብሚልዮናት ዝግመት ባቡር ምሉእ ብምሉእ ከቃጽሎ ከሎ ኣብቲ ቦታ ተረኺበ ኑቲ ሓያል ህዝባዊ ተቓውሞ ተዓዚበዮ'የ። ኣብቲ ቦታ ኾይነ ዝተረዳእክዎ ዓቢ ቕጮ ነገር እንተ ነይሩ ድማ፡ ንሕና፡ መሰልና ንምኽባር ርብዒ ናቱ'ኳ ህዝባዊ ተቓውሞ ከነልዕል ዘይምኽኣልና'ዩ።

ወራር ክመጽእ ከሎ ከም እሳተ ጎመራ ንነቱግ ህዝቢ፡ መሰልና ንምኽባር ግና ከምኡ ክንገብር ዘይምኽኣልና እንታይ ኮን ይኸውን ምስጢሩ? ገዛእቲ ስርዓታት፡ ከመይ ኢሎም ከም ዓረብያ ፈረስ ዝባንና እናደረዙ ከም ድላዮም ክጋልቡና ይኽእሉ? ዝተጋነነ ዘረባ ኣይመስለንን። እቲ ምግላብ ብዝተፈላለየ መገዲ ይካየድ ኣሎ። ጸላኢኻ ብዝኸፈተልካ ጐደና ክሳብ ዝጋለበካ ግና ዓረብያ ፈረስ ኢኻ። ወያኔ፡ ኣብ ልዕሊ ተቓወምቲ ዕውት ናይ ምክፍፋል ስራሕ ክሰርሕ ንዕዘቦ'ለና።

ከምቲ ገጣሚ ዩቭጊነይ ኣብቲ ግዜ'ቲ ንዝነበሩ ሩስያውያን ዝገለጾም፡ ንሕና'ውን ገበነኛታት ከም ድላዮም ክስዕርሩ ሸለል ናይ ምባል ልምዲ ኣማዕቢልና ኢና። ብተመሳሳሊ ፍርሒ ዝወለዶ ዓቕልና፡ ልዕልና ሕጊ ክርገጽ በሪ ከፊቱ'ዩ።

ብሰላማዊ መገዲ ቃልሶም ዝቐጽሉ ዘለው ወገናትና፡ ጌና ተስፋ ኣይቆረጹን። ብተደጋጋሚ ከም ዝተራእየ ግና፡ ሰላማዊ ቃልሲ ንሕቶ

ሓርነት ክምልሶ ኣይክኣለን። ማዕረ ማዕረኡ፡ "ንፋስን ፖለቲከኛን ማዕልቦኦም ኣይፍለጥን'ዩ" እናበለ ናብ ቐሺት "እንታይ ገደሰኒ" ዝግስግስ ዘሎ ዜጋ ቁጽሩ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ይውስኽ ኣሎ። ከምቲ ሓደ ፖለቲከኛ፡ "ዝኾነ ዜጋ ኣብ ጉዳይ ሃገሩ 'እንታይ ገደሰኒ' ክብል እንተ ጀሚሩ፡ እታ ሃገር ኣኺሉዋ ማለት'ዩ" ዝበሎ'ዩ።

ዝሓለምናዮ ህይወት፡ ዝዘመርናሉ ዲሞክራስን ዝተጸበናዮ ሰላምን፡ ሓያል ንፋስ ከም ዝሃረሞ ግመ ተበቲኑ ክዝረግ ከሎ እናተሰቐቐና ተዓዚብናዮ። ህዝቢ፡ ካብ ክርፋሕ መነባብሮ ክገላገል ኣይክኣለን። ጥሜትን ዓጸቦን መርገም ኮይኑ ይቐጽል ኣሎ። ሓሰውቲ ዲና ኔርና የዋሃት? ዋላስ ክልቲኡ? ነዚ ኾሉ "ሰይጣንዩ ፈጢርዎ፡" ምባል ኮይኑ ዘረባና። ኦ ናጽነት! ኣበይ'ሎኺ? እዚ ኾሉ መስዋእቲ ነዚ ድዩ? ኣግኣዚ ዝብሃል መስራቲ ህወሓት፡ ብሽሙ ግፍዒ ክፍጸም ድዩ ተሰዊኡ?

ኣብ ቅድሚ ሓቂ ዝቕሙ ሓወልትታት፡ ነታጉ ከም ዘየፍርሶም ብዙሕ ተዓዚብና ኢና። ክንዲዝኾነ፡ ብዛዕባ ጽባሕ ክንሓስብን ዝበለጸ መጻኢ ክንሃንጽን ተሳትፎ ነፍስ-ወከፍ ሰብ ዝሓትት ግዴታ'ዩ። ተዓዛቢ ምኳን ውድቀት'ዩ። ተሳታፊ ምኳን ድማ ጸጋ! ኣብ 2005 ዝተኻየደ ባይቶኣዊ መረጻ፡ ነቲ ዝተገብረ ምድንጋራት ተቓዊሞም ዝተሰውኡ ዜጋታትና ተዓዘብቲ ክኾኑ ስለ ዘየፍቀዱ'ዮም። ንህይወት፡ ከም ሲነማ ኣብ ማዕዶ ኲንና ክንዕዘባ ኣይግባእን። ኣብዛ ሃገር ስለ ዝተፈጠርና፡ ኣብዚ ቃልሲ ክንሳተፍ ግዴታና'ዩ። ዳዕሮ ኽትከውን እንተ ዘይክኣልካ፡ ፍቱው ቈጥቋጥ ግና ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ፕሮፌሰር መስፍን ኣብ ሓደ ጽሑፍ ከም ዝበሎ፡ "ርሑስ ሓዲሽ ዓመት!" ክንብሃል ከለና ሓንሳእ ደው ኢልና ንገዛእ ርእስና ክንሓታ ዝግብኣና ዓቢ ሕቶ'ሎ። "ኣበይ ኢና በጺሕና? ሒዝናዮ ዘለና መገዲ ናበይ ይወስድ?" ዝብል'ዩ።

ውሑዳት ቤተ-ሰብ ሕንቁቕ ናብራ መታን ክነብሩ፡ ግዙእ ኣገልጋሊ ካብ ምኳን ዝኽፍእ ዝተዋረደ ህይወት ኣሎ ኣይብልን። ፈጣሪ ክሒዶም ንውልቀ ሰባት ከም ኣምላኽ ዘምልኹ፡ ምሉኣት ሰባት ተባሂሎም ክጽውዑ ኣይክእሉን። ኣእምሮ እንተ ዓሲዩ፡ ብናጽነት ናይ ምሕሳብ ዓቕሙ የጥፍእ። ገዛእቲ ስርዓታት ድማ፡ ነዚ ከምዚ ዓይነት ዓስታኽ ኣእምሮ ኣናድዮም'ዮም ዝረኽብዎ፣ ሓደው ኾኣ ጣኦት ደልዩም ጀልገፍ ክብሉ ከለው ኣብ መገዲ ይረኽብዎም።

ንምጥቐላል፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክምክቶ ዘለዎ ኣድራዕ ኣብ ዝባኑ ጸይሩ'ሎ። "ኢትዮጵያውያን፡ ሓቢርካ ምብላዕ'ምበር ሓቢርካ ምስራሕ ኣይክእሉን'ዮም" ዝብል ኣበሃህላ ሓቂ ከይከውን ድማ እምነ....

- 31 -
ጉዕዞ ናብ ፍልጠት

ድኾም ብምኳንካ ኣይትፍራሕ
ሓያል ብምኳንካ'ውን ኣይትመካሕ
እዚ ይኹን'ቲ - ዓለም ድላያ ትበል
ንነፍስኻ ምሰል - መገድኻ ተኸተል
ዕድልካ ተጠቐመሉ - እምበር ኣይትንሓፎ
ናብ ግርህነት ምምላስካ ኣይትግደፎ

(ግጥሚ - ENIGMA - 2 'Return to innocence')

- ትርጉም ክበደ ደበሌ ሮቢ -

ሓደ ሰብ ኣብ ዝባን እምባ ዝቋላ ወጺኡ ስግር እንተ ዘማዕዱ፡ ቀላይ ቢሾፍቱ ቕልቁል ወለል ኢሉ ምተራእዮ። ኣነ ወዲ ቢሾፍቱ ክኸውን ከለኹ። እቲ ገዚፍ እምባ ዝቋላ ድማ ኣባሓጎይ'ዩ። ኣደይ ከም ዝነገረትኒ፡ ብ28 ነሓሰ 1960 ብግእዝ ኣብ ገማግም ቀላይ ቢሾፍቱ ተወሊደ። ነቢዩ ኣበበን ዳንኤል ጸጋዬን'ውን ኣብታ ሰሙን'ዮም ኣብ ገማግም እዚ ቀላይ ተወሊዶም።

* * *

ወዲ ዓሰርተው ሰለስተ ዓመት ከለኹ፡ ሓደ ንግሆ ዳንኤል ካብ ገዛ ጸዊው ብሓደ ኣገዳሲ ጉዳይ ይደልየኒ ከም ዘሎ ሓበረኒ። ኣብ ትሕቲ ሓደ ቢንቶ ሒዙኒ ድሕሪ ምእታው ከኣ፣

"ሓደ ዘይንገር ከቢድ ምስጢር ክነግረካ'የ! ፈለማ ግና ንዝኾነ ሰብ ከም ዘይትነግር መሓለለይ፡" በለኒ።

"ቅዱስ ጊዮርጊስ!"

"ብገብርኤል ምሓለለይ።"

"ንዋላ ሓደ ኣይነግርን'የ! መንፈት ኣይኮንኩን፡" በልክዎ ሓሪቐ።

"መንፈት ኢ'ኻ ዘይበልኩ'ኻ! ብገብርኤል ጥራይ ምሓለለይ።"

"ብገብርኤል!"

ሽዑ ዳንኤል ነቲ ከቢድ ምስጢር ነገረኒ። ዳንኤል፡ ነቢዩ ኣበበ ወዲ ገዛውትና፡ ወትሩ ቀዳማይ ዝወጻሉ ምስጢር እንታይ ምኽኑ ከም ዝፈለጠ ምስ ነገረኒ፡ መላእ ኣካላተይ ሓዊ ዝርእ በለኒ።

"ኩሎም ኣሕዋቱ ቀዳማይ እንድዮም ዝወጹ፡" በልክዎ እናተጠራጠርኩ።

"እሱ'ኮ እዩ እቲ ምስጢር" ብምባል፡ ዳንኤል ከረድኣኒ ጀመረ። "....ኣቦኦም ንብዓል ነቢዩ ኣቦይ ኣበበ፡ ኣብ ዝባን ዝቋላ ነጋዳይ'ዮም ምሽ ሓቀይ? ኣብ ከባቢ ቃሊቲ ዝነብር ሓረስታይ ዘመድና'ዩ ነዚ ምስጢር ነጊሩና። ብምሉኦም ኣዝማድ ኣቦይ ኣበበ መበቆል ዓዶም ከባቢ ቃሊቲ'ዩ። እዚ ዝበልኩ'ኻ ዘመድና ከም ዝበለና ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ጫካ ዝቋላ ሓንቲ ኣእምሮ'ኻ ትኸፍት ቀይሕ ገረብ ኣላ'ዩ ዝብሃል። ነቲ ጉንዳ ሰንጢ ጌርካ እንተ ወጊእካዮ ጸባ የውጽእ። ካብኡ ነቲ ጸባ ጣሳ ጌርካ ግጥም ኣቢልካ እንተ ሰቲ'ኻዮ፡ ኣኸለ! መጽናዕቲ የለ ገለ የለ.... ቀዳማይ ትወጽእ!"

ብክቱር ሓጐስ ዝኣክል ርእሰይ ዞረኒ። ነቢዩ፡ ቀንዲ ዓርከይ ኸንሱ ስለምንታይ ነዚ ምስጢር ሒቢኡለይ ኢለ ሽዑ ንሽዑ ተቐየምክዎ።

ዳንኤል መግለጺኡ ብምቐጻል፡ ፍረ ናይታ ቀያሕ ገረብ ካብ ኢየሩሳሌም ከም ዝመጽኣ ነገረኒ። ኣባ ጋብር ኢየሩሳሌም ተሳሊሞም ብሰረገላ ንፋስ ናብ እምባ ዝቋላ ክምለሱ ኸለው፡ ቀጽሪ ዘይብለን ኣዕዋፍ ደድሕሪ'ዞም ጻድቕ ናብቲ ቦታ ሰዓባ። ሓንቲ ካብተን ኣዕዋፍ ድማ፡ እታ ኣብ መትኮባ ሒዛታ ዝመጽኣት ፍረ ናይታ ገረብ ኣብ ማእከል ጫካ ዝቋላ ነጠበታ። ዳንኤል ቀጺሉ፣

"ስለዚ ነታ ቀያሕ ገረብ ክንደልያ ምሳና ትኸይድ ዲ'ኻ?" ኢሉ ሓተተኒ።

"እንታይ ሕቶ ኣድልይዎ፣ ክኸይድ'የ።"

"ቅድሚ ም'ኻድና ግና ስለምንታይ ንነቢዩ ዘይትሓቶ? ንኣ'ኻ ቀንዲ ዓርክ'ኻ ስለ ዝኾነ፡ ቀዳማይ ዝወጻሉ ምስጢር ከም ዝፈለጥካዮ እንተደኣ ፈሊጡ፡ እታ ቀያሕ ገረብ ብልክዕ ኣበይ ከም እትርከብ ክሕብረካ'ዩ፡" በለኒ።

ኣብታ ሰሙን'ቲኣ፡ ንነቢዩ ኣብ መጻወቲ ሜዳ ኩዕሶ ረኺቢ ብዛዕባ'ታ ቀያሕ ገረብ ሓተትክዎ። ነቢዩ ብሰሓቕ ፍልሕ በለ። "ሓሶት'ዩ፡" በለኒ። ብዙሕ ሰብ'ውን ከም ዝሓተቶ ኣዕለለኒ። ናብቲ ኣብ ዝቋላ ዝርከብ ኣቦኡ ዝሰርሓሉ ናይ ንግዲ ትካል ክመላለስ ከሎ፡ ዝበልዖን ዝሰተዮን ከይተረፈ ዘርዚሩ ኣዕለለኒ። ትምትሞ፡ ሽሮ.. ኣውደኣመት እንተ ኾይኑ፡ ስጋ፡ ርግኡ፡ ቅጫ ስገም፡ ጭኮ[24]፡ መዓር... ዝሰተዮ ድማ፡ ማይ፡ ጸባ፡ ስዋ፡ ሓንቲ መዓልቲ ድማ ቢራ ከም ዝጠዓመ ነገረኒ። ብዛይካ'ዚ፡ ካልእ ዝጠዓሞ ከም ዘየለ ብጊዮርጊስ ቃጂማ መሓለለይ። ኣነ'ውን፡ ሓቁ ምኳኑ ከረጋግጾ ብገብርኤል ቁልቢ ኣምሓልክዎ።

ድሕሪኡ፡ ናብ ዳንኤል ተመሊሰ እቲ ነቢዩ ዝበለኒ ምስ ነገርክዎ፡ ዳኒኤል፣

"ሓቢኡልካ፡" በለኒ ቅልጥፍ ኢሉ፣ "...'ነዛ ምስጢር እንተ ኣምሊቑኩማ ኣእምሮኹም ክድፈን'ዩ፡' ስለ ዝበልዎም'ዩ ክነግረካ ዘይደለየ። ዝኾነኾይኑ ንሕና ዝመጽእ ቀዳም ናብ ዝቋላ ክንከይድ ኢና። ምሳይ ዝኸዱ ሸሞንተ ደቂ ጨለቅላቃ ኣሎው። ንስኻ እንተ ኼድካ ድማ ዓስራይና ትኸውን!"

ሕጉስ እናበልኩ ከም ዝኸይድ ድልውነተይ ኣረጋገጽኩሉ።

* * *

መዓልቲ፡ ቀዳም ወርሒ ነሓሰ ነበረ።

ንጽባሒቲ፡ ካብ ቢሾፍቱ ናብ ዝቋላ ጕዕዞ ጀመርና። ኣብ መገዲ፡ ጌትነት ኣስታጥቂን ደረጀ ሃይሉን ኣብ ፊት ገዛኡም ባሊና ክጻወቱ ጸንሑና። ክልቲኦም ኣዕሩኽተይን ጎረባብተይንዮም። ጌትነት ጸዊዑ ደው ምስ ኣበለኒ፡ ባሊና ምጽዋት ገዲፉ እናጎየየ ናባይ ብምምጻእ፣

"ናበይ ትኸዱ ኣለኹም?" በለኒ።

"ምስጢር'ዩ፡" በልክዎ ድምጸይ ኣትሕት ኣቢለ።

"ኣብ ጁባ'ኻ ዘሎኽ እንታይ'ዩ?" ሕቶኡ ቀጸለ።

"ጣሳ።"

"ጣሳ! ...ነገረኒ'ንዶ? ካባይ ትሓብኡ ምስጢር ኣሎካ ድዩ?"

ጌትኽ ዓርከይ ስለ ዝኾነ ክነግሮ ደለኹ፣ ጸኒሐ ግና ተወላወልኩ። እንተኾነ ግና፡ ካብ ክፍልና ራብዓይ ታርታ ስለ ዝወጽኡ፡ ቀዳማይ ክወጽእ ኢሉ ናብ እምባ ዝቋላ ዝኣክል ክጕዓዝ ኣይደልን'ዩ ዝኸውን ኢለ ተማታእኩ። ክነግሮ ምስ ተኣተኾኒ ግና ምግባር ስለ ዝኣበየኒ፣

"ነቢዩ፡ ቀዳማይ ዝወጻሉ ምኽንያት ፈሊጥናዮ! ኣብ ዝባን ዝቋላ

24 ብጠስሚ ተላዕጢጡ ንነዊሕ እዋን ክዕቐብ ዝኽእል ዓይነት ጥሕኒ

ሓንቲ ጸባ ተውጽእ ቀያሕ ገረብ ኣላ። ካብታ ገረብ ጸባ ክንሰቲ ንኽይድ ዘለና። ሰቲና ምስ ተመለስና ግና ካልእ መዓልቲ ምሳና…"

"ኣይደልን፡" ኢሉ ዘረባይ ኮለፈኒ፣ "…ነቢዩ ወዲ'ቦይ ኣበበ ኣብ ዝቋላ ጽሚኞ ቈጽሊ ሰትዩ ዝብሃልሲ ሓቂ ድዩ ኢለ ነቦይ ሓቲተዮ።" "ሓሶት'ዩ፡" ኢሉኒ።

ኣዝየ ሓረቐኩ!

ስለምንታይ ነጊረዮ ኢለ ተጣዓስኩ። ብኡንብኡ'ውን ብገብርኤል ምምሓለይ ዘኪረ ፍርሒ ውርር በለኒ።

"እንተ ዘይደሊ'ኻ ግደፎ! ባሊና'ኻ ተጻወት፡" ኢለዮ ንብዓል ዳንኤል ከርክቦም ጐየኹ።

ተስፋ ጌርና ጕዕዞና ቀጸልና። ጌትነት ዝበለኒ ግና ጸጸኒሑ የተሓሳሰበኒ ነበረ። ከመይሲ ኣቦኡ መምህር ስለ ዝኾነ፡ እቲ ዝበለኒ ሓቂ'ዩ ዝኸውን ኢለ ሓሰብኩ። ነቶም መ'ኻይድቲይ ድማ፣

"እዚ ዝብሃል ዘሎ ግና ሓሶት'ዩ ዝኸውን!" በልክዎም።

ዳንኤል፡ ቅልጡፍ ስጕምቱ ጉቲኡ ደው በለ። ብቑመት ካብ ኩላትና ይነውሕ፣ ብባእሲ'ውን ዝኽእሎ የለን። ብሓጺሩ ካቦ ገዛውትና ንሱ'ዩ። ናይታ ቀያሕ ገረብ ምስጢር ሓሶት'ዩ ስለ ዝበልኩ ድማ ኣመና ሓረቐ፣

"ምሳና ኽትከይድ ኣይትደልን ዲ'ኻ?" ኢሉ ኣንጠጠለይ።

"እደሊ'ምበር!"

"ክትከይድ እንተ ደሊ'ኻ'ሞ ዘረባ ኣይተብዝሕ፡" በለኒ።

እቶም ሸሞንተ ቈልዑ ደቂ ጨለቅላቃ፡ ዳንኤል ጸጋዬ እንተ ስሒቑ ዝስሕቑ እንተ ሓሪቑ ድማ ዝሓርቑ ስለ ዝነበሩ፡ ኩላቶም ኣጕባዕብዑለይ። ክቕጥቕጡኒ ዝተዳናደኑ'ውን ነይሮም። ዳንኤል ግና ስለ ዝመሓረኒ፡ ትም ኢለ ክኸይድ ተሰማሚዐ መገድና ቀጸልና።

ካብቶም ዓሰርተ፡ እቲ ሓደ መራሒ'ዩ። እቶም ሸሞንተ ደድሕሪኡ ይኸዱ። መበል ዓስራይ ድማ ክመርሕ ይኹን ክምራሕ ድሉው ኣይኮነን። እቶም መካይድቲ ከምዚ ዓይነት'ዩ ነይሩ ኣሰላልፋና።

ድሕሪ ናይ ኣርባዕተ ሰዓታት ፍጡን ምረሻን ዘብዘብን፡ ዝባን ዝቋላ ወጻእና። ብዘይካ ብዕድመ ዝደፍኡ መኰሳት፡ ገዳም ኣቡነ ገብረ መንፈስ ቅዱስ ጸጥ ኢሉ ጸንሓና። ኣብቲ ዝባን ወጺእና ስለ ዘይንፈልጥ፡ ኩላትና ድንግርግር በለና። ጭሕሚ ኣቡን ብምባል ዝፍለጡ ዝሰበቡ ኣግራብ፡ ነቲ ደገሰላም ከቢቦሞ ነበሩ። ዝባን ምስ ወጻእ'ኻ ቀላይ ኣሎ። ቀደም፡ ቆሪጥ ዝብሃል ሰይጣን ኣብቲ ቀላይ ይነብር ከም ዝነበረ ካብ ንእስነትና ኣትሒዝና ንፈልጦ ዝነበርና ኣፈ-ታሪኽ'ዩ። እዞም ጻድቕ ኣቡን፡ ኣብ ዝቋላ ቤተ-ክርስትያን ክምስርቱ

ብሕልሚ ተገሊጹሎም ናብቲ እምባ ምስ መጽኡ፡ ነቲ ኣብኡ ዝነበረ ሰይጣን፡ እግሩ ቆሪጾም ካብቲ እምባ ናብ ቀላይ ቢሾፍቱ ኣጥሒሎሞ ዝብል ዛንታ እናሰማዕና ኢና ዓቢና። ኣብቲ ኣጻድፍ ዝርከብ ብጫካ ዝተኸበበ ቤት መቐደስ ክበጽሑ፡ ዓመታዊ ብዙሓት በጻሕቲ ናብ እምባ ዝቋላ ይውሕዙ።

እዞም ግብጻዊ ምኽኖም ዝንገረሎም ኣቡነ ገብረ መንፈስ ቐዱስ፡ 5 መጋቢት ብግእዝ ከም እተወሊዶም ይዝንቶ። ዓርቢ መዓልቲ'ያ ነይራ'ውን ይብሃል። መኣስ እዋን ምኽኑ ግና ኣይፍለጥንዩ። ስብሓት ገብረእግዚኣብሄር ከም ዝትርኾ፡ እዞም ኣቡን ህጻን ከለው፡ ኣደኦም ከተጥብዎም ኢላ ጡባ ኣጸግዕ ምስ ኣበለትሎም፡ ንእለቱ ኣፎም ተኸፊቱ፡ "ሎሚ ዓርቢ'ዩ፣ ጾም መዓልቲ ጸባ ኣይሰትን'የ" በሉዋ። ፍጥር ካብ ዝብሉ'ውን ምግቢ ኣይጠዓሙን። ኣደይ'ውን ብወገና፡ እዞም ኣቡን እናጸለዩ ኸለው ኳኹ ኣሚንቶም እናተኾቦም "ጸሎተይ ካብ ዘቋርጽ ኣሚንተይ ይፍሰስ" ኢሎም ኣሚንቶም ከም ዝዓወሩ፡ እግዚኣብሄር ግና ንገብርኤል መልኣኽ ብቐልጡፍ ልኢኹ ኣሚንቶም ከም ዝሓበሶን ተመሊሶም ክርእዩ ከም ዝኸኣሉን ደጋጊማ ኣዘንትያትለይ'ያ። ኣማውታኣም'ውን ፍሉይን ኣገራምን'ዩ። እርጋን ከቢዱዎም ኣብ ቡታጅራ ዝርከብ መዕረፊኦም ደቂሶም ከለው፡ መልኣኽ ሞት መጺኡ፣

"ኣምጽኣዮም ተባሂለ'የ እሞ ን'ኺድ፡" በሎም።

ኣቡን ተቐዋው! ነቲ መልኣኽ ሞት ድማ ኸምዚ በልዎ፣

"ተጋጊ'ካ ከይትኸውን! ኣነ ሓጥያት ስለ ዘይገበርኩ ኣይመውትን'የ፡" በልዎ።

መልኣኽ ሞት ከም ዘይተጋገየ ኸርኢ መዝገቡ ገንጺሉ ምሰ'ርኣዮም፡ ኣባ ጋብር ክቐበልዎ ስለ ዘይክኣሉ፡ መልኣኽ ሞት "ልዕሊ ዓቐመይ'ዩ። እምቢ ኢሎምኒ!" ኢሉ ተመሊሱ ንላዕለዋይ ኣምላኽ ኣመልከተ። እግዚኣብሄር ድማ፡ ኸሕ'ኳ እቶም ኣቡን ካብ ዝውለዱ ኣትሒዞም ጻድቕ ምኽኖም ዝፈልጥ እንተ ኾነ፡ "ብዓል ማቱሳላ፡ ኣብርሃም፡ ኤልያስን ኢሳይያስን'ኳ ዝሞቱ፡ እዚኣም ከመይ ኢሎም ይተርፉ" ኢሉ ንእየሱን ጸዊው፣

"ኣቡን ኣይመውትን'የ ስለ ዝበለ፡ እንተ ኾነ ብምርድዳእ እንተ ዘይኮይኑ ድማ ሜላ ፊጢርካ ኣምጽኣዮ፡" ኢሉ ኣዘዞ።

እየሱስ ድማ ትእዛዝ ኣቦኡ ተቐቢሉ፡ በይኑ ከይከውን ድማ ንገብርኤል መልኣኽ ኣምሪሑ ናብ ቡታጅራ ብምኻድ ክረዳድኦም ፈተነ። እቶም ኣቡን ግና ወይከ ፈልከት!

"ሓጥያት ገይረ ስለ ዘይፈልጥ፡ ሞይተ እርከብ'ምበር ሕጂ ኣይመውትንየ፡" ኢሎም ኣዕገርገሩ።

እየሱስ ብምርድዳእ ከም ዘይኮነሉ ምስ ፈለጠ ሓደ ሚላ መሃዘ፣ ንሰይጣን ጸዊዑ ድማ፣

"ዝኾነ ሓጥያት እንተ'ለዎም ኣናድየለይ፡" በሎ።

ሰይጣን ወሸለ ከምዚ ረኺቡ! መን ክቕድሞ? ኣሸንኪይዶ ተኣዚዙስ ከይተኣዘዘ ክሰርሓ ስለ ዝውዕል፡ ካብ ሲኦል ከም ቅልጣፈ ብርሃን ሓንቲ ሃመማ ኣብ ወርቂ ሸሓኒ ኣቕሚጡ ከተፍ በለ።

"ሃየ መስክረ!" ተባህለት ሃመማ።

"ኣባ ገብር ኣብ ዝቋላ ኽለው፡ ሓደ መዓልቲ እናተዘናጋዕኩ ከለኹ ጭራኦም ከዋዛውዙ ክብሉ ሃሪሞም ቀቲሎምኒ!"

ኣቡነ ገብረ መንስፈስ ቕዱስ ሰንቢዶም!!

ሓጥያት ምግባሮም ኣመኑ። እናሓዘኑ ድማ ክሞቱ ኣፍቀዱ። የግዳስ ብኢድ መልኣከ ሞት ኣይከይድንየ ስለ ዝበሉ፡ ምስ እየሱስ ኣብ ሰረገላ ንፋስ ተወጢሖም መንግስተ ሰማያት ኣተው። ሽዑ፡ ገብርኤል መልኣኽ ብናይታ ሃመማ ኣዘራርባ ክርትም ኢሉ ስሒቑ ይብሃል። ኣዝዩ ዘስሓቕ ድማ፡ ነፍሳ ከተዕቢ "እናተዛናጋዕኩ ከለኹ" ዝብል ሓሶት ብምውሳኻዩ። ሃመማ ብሓደጋ እንተ ዘይሞይታ፡ ኣተን ሾብዓተ መዓልቲ ዕምሪ ህይወታ ምግቢ ክትእልሽ ፈቓዶኡ ጉሓፍ ሕልክስክስ ክትብል ከም እተሕልፈን ዓለም ብዓለሙ ዝፈልጦዩ።

እዚ ኹሉ ናይ ዝቋላን ቢሾፍቱን ዕላል'ዩ። ዝኾነኾይኑ፡ ናብቲ ዝባን ዝወጻና ነታ ቀያሕ ገረብ ደሊና እንበር ነዚ ዛንታ ክንሰምዕ ኣይኮናን።

ናብታ ገረብ ፍልጠት!

ንእሽቶ ምስ ኣዕረፍና፡ ናብቶም ኣብ ዝቋላ ነዊሕ ዓመት ከም ዝመንኮሱ ዝንገረሎም ፈላሲ ኬድና ዘምጽኣና ምኽንያት ገለጽናሎም። ዳንኤል፣

"ኣባ! ጸባ ተውጽእ ቀያሕ ገረብ ኣብዚ ውሽጢ ጫካ ከም ዘላ ሰሚዕና ኢና መጺእና'ሞ፡ በጃኹም በየን ከም እትርከብ ሓብሩና?" በሎም።

እቶም ፈላሲ ገሪምዎም ክጥምቱና ጀመሩ። ዝሰየባ ሸፋሸፍቲ ኣዒንቶም ላዕሊ ታሕቲ ኣቢሎም በብሓደ ድሕሪ ምጥማት፣

"ካብታ ቀያሕ ገረብ እንታይ ደሊኹም መጺኹም?" በሉና።

"ፍልጠት!" መለስና ብሓባር፣ "ኣእምሮና ክነቅሕ!"

እቶም ፈላሲ፡ ንሒደት ደቓይቕ ዝን ድሕሪ ምባል፣

"ቅድመኹም'ውን ብዙሓት ነዛ ቀያሕ ገረብ ደልዮም ናብዚ ቦታ

ይመጽኡ ነይሮም'ዮም! ካብ ርሑቕ ክትርእዩዋ ጸገም የብሉን'ዞም ደቀይ! ናብኣ ክትጽግዑ ግና ኣይትኽእሉን ኢኹም። ከመይሲ፡ ኣብቲ ውሽጢ ጫካ ቑጽሪ ዘይብሎም መርዛማት ኣትማንን ገባብልን ኣሎው። እዚ ጫካ ድማ ከምዚ ትርእይዎ ዘለኹም ዕሙርን ኣጻድፍን'ዩ። ኣሽንኳይዶ ሰብ ድሙ'ውን ኣየሕልፍን'ዩ። እቶም ገባብል፡ ንኣቡነ ገብረ መንፈስ ቅዱስ ዝሕልውዎም ዝነበሩ'ዮም። ሕጂ፡ ኣብ ከባቢ'ታ ቀያሕ ገረብ ስለ ዝሰፈሩ ናብኡ ገጽኩም ክትጽግዑ ኣይትኽእሉን ኢኹም፡" በሉና።

ቅልጥፍ ኢለ፣

"ኣባ! ካብ ጕንዲ'ታ ቀያሕ ገረብ ዝወጽእ ጸባኺ ኣእምሮ ይኽፍት'ዩ ዝብሃል ሓቂ ድዩ?" በልክዎም።

እቶም ፈላሲ ፍሽኽ በሉ።

ጽንሕ ኢሎም፣

"ክብሃል ኢና ንሰምዕ! ኣብዚ ገዳም ኣርብዓ ዓመት ገይረ'ለኹ። ብዙሓት ሰባት ከምዚ እናበሉ ይሓቱኒ'ዮም። ክሳዕ ሕጂ ግና ኣብታ ቀያሕ ገረብ ዝቐረበ ሰብ ከም ዘሎ ኣይሰማዕኩን።"

"ኣብዚ ዝቋላ ንግዲ ዘካይዱ ኣቦይ ኣበበ ግና፡ ደቆም ካብዛ ቀያሕ ገረብ ጸባ ሰትዮም'ዩ ዝብሃል።"

"ኣነስ ከምኡ ዝብሃል ኣይሰማዕኩን'ዞም ደቀይ።"

"እዛ ቀያሕ ገረብ ኣበይ ከም ዘላ ክንርእያ ንኽእልዶ?"

እቶም ፈላሲ ትርከበሉ ኣንፈት ኣመልከቱልና።

ነቶም ፈላሲ ተሰናቢትናዮም ናብቲ ዘመልከቱልና ኣንፈት ጸደፍደፍ እናበልና ከድና። ኣብቲ ድሕሪ'ቲ ቐላይ ዝርከብ ኩጀት በጺሕና ናብ የማናይ ሽነኽ እንተ ጠመትና፡ ኣብ ማእከል'ቲ ዕሙር ጫካን ጸድፍን፡ ሓንቲ ገዛፍ ብቀይሕ ኣቑጽልቲ ዝተሸለመት ጎታን ቀያሕ ገረብ ረኣና። ኩልና ድምጽና ኣበሪኽና ጨደርና! ዳንኤል ነፍሱ ክቈጻጸር ኣይክኣለን!

"...ቀያሕ ገረብ! ቀያሕ ገረብ! ቀያሕ ገረብ!....." ወጨጭና።

"ኣይበልኩኹምን! እናሃለት እታ ቀያሕ ገረብ ርኣይዋ!!!" በለና ዳንኤል።

ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ ግና ናብታ ቀያሕ ገረብ ምስጋር ሓደገኛ ምኳኑ ዘከርና። ሃው ዝበለ ጸድፊ'ዩ። መርዛማት ኣትማን! ገባብል ዝመልእዎ ዱር! ብዕሙር ቆንጠጠፈን እተፈላለዩ ኣግራብን ዝመልኡ ጣሻ!

ዳንኤል ዛንታኡ ብምንዋሕ፣

"ዘይነገርኩኹም'ባ። ናብዚ ቅድሚ ምምጻእና ብዛዕባ'ዞም ኣትማንን

ገባብልን ሰሚዐ ነይረ። እቲ ኣብ ቃሊቲ ዝነብር ሓረስታይ ዘመድና ዝበልክ'ኹም'ዩ ነጊሩና። ኣቦይ ኣበበ፡ ሓንቲ ሜላ ተጠቒሞም'ዮም ናብታ ቀያሕ ገረብ ዝ'ኸዱ። ፈለማ፡ ብዘይካ ኣዒንቶም ኩሉ ኣካላቶም ብጨርቂ ይጥምጠሙ። ቀጺሎም፡ ብጸጋማይ ኢዶም ገዚፍ መቐስ፡ ብየማናይ ኢዶም ድማ ሰንጢ ሒዞም ብማእከል'ዚ ጫካ ብ'ኸብዶም እናተሳሕቡ ናብታ ቀያሕ ገረብ ይጽግዑ። ከም ገለ ክብል ገበል እንተ መጺዎም ኣይንቀሳቐሱንዮም፣ ትም ይብሉ፣ ኣፉ ከፊቱ ክውሕጦም ምስ ጀመረ፡ ግና፡ ቀሰይ ኢሎም ነታ መቐስ ኣብ ኣፉ የእትውሉ። እቲ ገበል ክውሕጦም ከሎ ኸኣ፡ በታ መቐስ ጌሮም እናተርተሩ ከም ኣንሶላ ይዝርግሕዎ። ከምኡ እናበሉ ናብታ ድማ ቀያሕ ገረብ ይበጽሑ። ኣቦይ ኣበበ፡ ሓንቲ ጣሳ ጸባ ሒዞም ክምለሱ ብውሑዱ ሰለስተ ገባብል ይቐትሉ። እቲ ሓረስታይ ከም ዝነገረና፡ ኣቦይ ኣበበ ነዚ ጅግንነት ሓሙ'ሽተ ግዜ ፈጺሞሞ'ዮም፡" በለና።

ከምኡ ምስ በለና፡ ነታ ቀያሕ ገረብ ካብ ማዕዶ ፈዚዝካ ምርኣይ ጥራይ ኮነ። ኣብ መንጎ'ቲ ንሕና ደው ኢልናሉ ዝነበርና ኩሩባን እታ ቀያሕ ገረብን፡ ብኣየር ጥራይ ብግምት ሓደ ኪሎሜተር ኣቢሉ ይኸውን። ኣብ መንጎኡ ዝርከብ ጫካን ገደልን ከኣ ፍጹም ተስፋ ዘቕ'ርጽ'ዩ። ብዛዕባ'ቶም መርዛማት ኣትማንን ገባብልን ምስ ሰማዕና፡ ተስፋናን ወንናን ሞተ።

ዳንኤል ከጸናንዓና ጀመረ።

"ሎሚ ዋላ ናብታ ቀያሕ ገረብ ክንበጽሕ ኣይንኽኣል፡ ብውሑዱ ግና ብዓይንና ርኢና'ያ ኢና! ነዚ ምስጢር ንዋላ ሓደ ሰብ ከይትነግሩ! ብዛዕባ'ዚ ምስጢር እንተ ሰሚያም፡ ተሓቢኡም ብምምጻእ ክቕድሙና ይኽእሉ'ዮም! ካልእ መዓልቲ ከም ኣቦይ ኣበበ ኣካላትና ብጨርቂ ጠቕሊልና፡ ብየማናይ ኢድና መቐስ ብጸጋማይ ኢድና ድማ ሰንጢ ሒዝና ክንምለስ ኢና! እመኑኒ፡" በለና።

ጉዕዞ ንምምላስ ኮነ።

እቶም ፈላሲ፡ ክንሰናበቶም ከለና ከምዚ ኢሎም ሓተቱና፣

"ነታ ቀይሕ ገረብ ርኢኹማዶ?"

"ርኢናያ ኣባ!"

"ሓቂ 'ተኸይኑ ካብታ ቀያሕ ገረብ ዝወጽእ ጸባ፡ ናጽላታት ቅድሚ ምጥማቐም 'ተዘይሰትዮሞ፡ ንኻልእ ሰብ ኣእምሮኡ ኣይከፍተሉን'ዩ፡" በሉና።

ተስፋ ገይሩ ንባዕሉ ተጸናኒዑ ንኣና ዘጸናንዓና ዝነበረ ዳንኤል፡ ኣብታ ዝነበራ ቀዚዙ ተረፈ። እቶም ፈላሲ ነቲ ዝተጐልበብዎ ጋቢ እናሰሓቡ፣

“ግዚ’ኳ እንተ ሓለፈኩም፡ ሓዳር ጌርኩም ምስ ወለድኩም ግና ተመሊስኩም ክትመጽኡ ትኽእሉ ኢኹም፣ ከምዚ ዝበልክኹም ግና ዝተረጋገጸ ነገር ኣይኮነን፡” ኢሎም ኣጸናንዑና።

ሓንቲ ቃል ከየምሎ’ቕና ብምምላስ፡ ንምሽቱ ቢሾፍቱ በጻሕና። ብድሕሪኡ፡ ብዛዕባ’ዚ ነገር’ዚ ኣዕሊልና ኣይንፈልጥን። እታ ዝነበረትና እንኮ ተስፋ ኸኣ፡ መጽሓፍ ገንጺልካ ምንባብ ጥራይ ነበረት።

* * *

ድሕሪ ዓሰርተው ሸድሸተ ዓመት፡ ናብ እምባ ዝቋላ ምምላሰይ ኣይተረፈንን። ን ኣጋንንቲ ቢሾፍቱ ዘርእስታ መጽሓፈይ ዝኸውን ገለ ጭብጥታት ንምርካብ ብፒክኣፕ ናብቲ ዓቕበት ክድይብ ከለኹ፡ ኣብራሪ ነፋሪት ክኸውን ዝበቐዐ ካፕተን ዳንኤል ምሳይ ነበረ። ብዛዕባ’ታ ቀያሕ ገረብ እናዕለልናን ዘሕለፍናዮ እዋን ንእስነት እናዘከርናን ነቲ ዓቕበት ወጻእናዮ…

ድሕሪ ታሪኽ
(መዕጸዊ)

ኣብዚ ሓዲሽ ዘመን - ኣንታ ኣላህ ዓቢ
ኑቲ ተኸዊሉ ዘሎ ሳዕሪ - ኣብቲ ትሕሪ ምድሪ
ሽግር ከይትንክፎ - ዝናም ክሳዕ ዝጽሐ
ኣማምቆንዶ ብፍቕሪ - ከየኸርድዶ ቕሩሪ
ኣንቲ ለዋህ መፈት - ሓቐፍኪ ኣማምቐዮ
ካብ ኣሳሓይታን ቁርን - ዑቑባ ኩንዮ
ከም ናጽላ ህጻን - ሸፈንኪ ኣጽንሕዮ
ከም ወላድ ማህጸን - ጎልቢብኪ ሕብእዮ

(ግጥሚ - ፋዙ ኣሊየቫ)

- ትርጉም ታየ ኣባይሬ -

ሕጂ ኣብ ስደት እነብር ኣለኹ።

ከም ኩሉ ስደተኛ ሓበሻ፡ ዘይፈትዎ ስራሕ እናሰራሕኩ ህይወተይ እመርሕ ኣለኹ። ዘይፈትዎ ስራሕ ዝሰርሕ ሰብ፡ ህይወቱ ኣሰልቻውን ከቢድን ከም ዝኾነ ፍሉጥ'ዩ። ምርጫኡ'ውን ጸቢብ'ዩ። ከምኡ ስለዝኾነ፡ ተስፋ ምቑራጽን ተስፋ ምግባርን ክሳዕ ዝኣኽለሎም

ተበራሪዮምለይዮም። ኣብዛ ዓለም'ዚኣ፡ ፍጹም ምርካብን ፍጹም ምስኣንን ዝብሃል ከም ዘየለ ስደት ምሂሩኒ'ዩ። ከምቲ ናይ ሎሚ ምስኣን ንናይ ጽባሕ ምርካብ ኣፍደገ ዝኸፍት፡ ከምኡ'ውን፡ እቲ ረኺበዮ እትብሎ ነገር ናብ ዓዘቕቲ ስእነት ሒዙካ ክሽመም ይኽእል'ዩ። ምርካብን ምስኣንን ከም ህይወትን ሞትን ብሓባር'ዮም ዝንዓዙ...

ንኹሉ ምርኣይ ጽቡቕ'ዩ። ኣብ ህይወት፡ ምውዳቕን ምትንሳእን 'ውን ጽቡቕ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ብዙሕ ተመክሮ ኢኻ ትረክብ። ብርግጽ ከኣ፡ ከምቲ ንጉስ ሰለሞን ዝበሎ "ኣብ ትሕቲ ጸሓይሲ ፍጹም ሓዲሽ ነገር የልቦን።"

"ንምኳኑ ኣነ መን'የ!? ናበይከ እጉዓዝ ኣለኹ?" እናበልኩ ገዛእ ነብሰይ ካብ ምሕታት ዓዲ ኣይወዓልኩን። ሎሚ ግና ነዚ ዝኸውን ብቑዕ መልሲ ኣሎኒ።

'ሞት ሃገር የብሉን፡' ይብሃል። ሞት ዘፍርሕ፡ ዘሕፍር ምስ ዝኸውን ጥራይ'ዩ። ቅድሚ ሕጂ ሞት ደጋጊሙ ስሒቱኒ'ዩ፣ እንቋዕ ኸኣ ሰሓተኒ! ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ዘይኣምነሉ ኣጀንዳ ሞይተ ነይረ እንተ ዝኸውን፡ ሕጂ ነዚ ኹሉ ኣይምጸሓፍክዎን? ነዛ መጽሓፍ ስለ ዝጸሓፍኩ'ውን 'ጽባሕ ንግሆ እንታይ ከጋጥመኒ'ዩ'? ኢለ ፈጺመ ኣይሰግእን'የ። ናይ ወያኔ ገዚፍ እዝንን ነዊሕ ኢድን፡ ነዛ መጽሓፍ ካብ ምዝርጋሕ ክዓግታ ፈጺሙ ኣይክእልን'ዩ።

ብርግጽ ሎሚ እንታይ ከም ዝደለ ፈሊጠ'ለኹ። ነዛ መጽሓፍ'ዚኣ ክጽሕፍ ዝኽኣልኩ'ውን፡ ኣብቲ ቅኑዕ ሓዲድ ረጊጸ ክጉዓዝ ስለ ዝኽኣልኩ'የ። ኣነ፡ ናይ ኣድኣ ጸሊም ሓመድ'የ። እቲ ፈሽፈሽ ዝብል ጥዑም ንፋስ ዘለዎ ልሙዕ ቀላይ ባቡጋይ፡ ዓመት መጽኣት ብቋንቋ ኦሮምኛ ዝዝምር ሩባ በልበላ፡ ቄልዑ ከለና ከም ብዓል ጥቁር እምባ ዝኣመሰሉ ዝሓኾርናዮ እምባታት፡ መሬት ዝወግሑ ዝብኢ ዘጓየናሉ ኣጻድፍ ኣሞራ... እዚኣቶም ብምሉኦም ናተይ'ዮም። ናይ ኩሉ ሰብ መንነት፡ ብናይ ኣከባቢኡ፡ ናይ ንእስነት ህይወቱን ወለዱን እተሃንጸ'ዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ እምባ ዝቋላ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ናተይ'ዩ። እታ ቀያሕ ገረብ! ገድለ ኣቡነ ገብረ መንፈስ ቅዱስ! ጽውጽዋያት ሰይጣውንቲ!... ናብ ስነ-ጽሑፍ ዓለም ክኣቱ ጸረግቲ መገዲ ወይ ድማ መበገሲ'ዮም ነይሮም። ኣብ ቀላይ ሆራ ዝብዓል ዓመታዊ በዓል ኢሬቻ፡ ኣዒንተይ ኣንቁሕ ምሰ'በልኩ ዝረኣኽዎ ቀላይ ቢሾፍቱ..... ደምን ኣዕጽምትን ኮይኖም ሃኒጸምነ'ዩም። ብዛዕባ ዜግነት ኣይኮንኩን ዘዕልል ዘለኹ፣ ኣመሪካዊ ወይ ድማ ደቡብ ኣፍሪቃዊ ክትከውን ዝክኣል'ዩ፣ ንሱ ግና ተራ ወረቐት'ዩ። ነቲ ወረቐት ቀዳዲድካ ዝደርበኻሉ መዓልቲ፡ ኩሉ ነገር ምስኡ'ዩ ዝቐደድ። መንነትካ እተሃንጸሉ መሰረት ግና ቀዲድካ

ክትድርብዮ ኣይትኽእልን ኢኻ። ምኽንያቱ ንሱ ወረቐት ኣይኮነን፣ ደምን ነፍስን ዝለበሰ መንነት'ዩ።

ምስ መተዓብይተይ ደቂ ቢሾፍቱ፡ ፖለቲካ ዝብልዎ ነገር ፈላልዩና ኣይፈልጥን። ወትሩ ክንራኸብ ከለና፡ ከምቲ ኣብ ግዜ ቀ·ልዕነትና ነዕልሎ ዝነበርና ኢና ነዕልል። ክንፈላለ'ውን ኣይንኽእልን ኢና። ከምቲ ኣቀዲመ ዝበልክዎ፡ ሰብ ብምግቢ ጥራይ ኣይኮነን ዝህነጽ። እዚ ኹሉ ገጻት ዝጸሓፍኩሉ ቋንቋ ናተይዶ ኣይኮነን? ነዚ ቋንቋ ልዕለይ መን ክራቐቐሉ ይኽእል? ብጀካኡኽ እንታይ ህወይት ኣሎኺ? ካብ ዝውለድ ኣትሒዘ ከምኡ'የ። ነዚ ኹሉ ካብ ም'ኣን ዝእግደኒ ስልጣን ዘለዎኽ እንታዋይ'ዩ?

ብርግጽ፡ ሕጂ ናበይ ገጸይ እጉዓዝ ከም ዘለኹ ኣዳዕዲዐ እፈልጥ'የ። ከመይ ገይረ ከም ዝቃለስ'ውን ተረዲኡኒ'ሎ። መሰልካ ንም'ክባር፡ ብውልቂን ብውዱብ መልክዕን ዝካየዱ ቃልስታት ከይተዓወቱ ኣይተርፉን'ዮም። ከምቲ ያሬድ ጥበቡ ኣብ ሓንቲ ዓንቀጹ ዘስፈሮ...

"....ከምቲ ጸዓዱ፡ 'እዚ ናይ ሎሚ ፍጹም ጸጥታ፡ ቅድሚ'ቲ ማዕበል ምልዓሉ ዝነበረ ሰላም ይመስል' ከም ዝብልዎ፡ ንሕና'ውን ከምኡ ነዚ ናይ ሎሚ ህልቂትን ዋይዋይታን ጽባሕ ምሉእ ሰላም ዝፈጥር ናይ ሞት ድምጺ ጌርና ኢና ንወሰዶ። መብዛሕትና፡ ጉራጌ ወይ ድማ ኣምሓራ ካበይ ጀሚሩ ኣበይ ጠጠው ይብል፡ ኦሮሞ ድማ ካበይ ይጅምር ክንፈልየሉ ኣብ ዘይንኽእል ሕልኽልኽ ዝበለ ህይወት ኢና ንነብር ዘለና። ምኽንያቱ፡ ከምቲ ስነ-ጥበበኛ ሰለሞን ዴሬሳ ዝሓተተና፡ 'ብኣፍደገ እኖሓንታትና ክንደይ ሰራዊት ከም ዝሓለፈ ንፈልጥዶ?' እዩ ነገሩ። ናይ ኦሮሞ ድምጺ መለኽት እናቐረበ ምስ መጽኡ፡ ብናይ ኣምሓራ ሻምብቆ፡ ብናይ ትግረ ከበሮ፡ ብናይ ጉራጌ ዳንኪራ፡ ብናይ ደቡብ እምብልታ ተዓጂቡ ዝመጽእ ድምጺ ሞዛይክ፡ ካብ ነፍስ-ወከፍ ኢትዮጵያዊ ኣእምሮ ዘይኮነሉ፡ ካብ ውሽጢ መንፈሱ ዝዝየም ሓደ ዓቢ ሲምፎኒ ከም ዝኽውን ኣይጠራጠርን'የ...."

ሕጂ፡ ንህይወተይ ክብል ክቃለስ'የ። ዝተነፍገኒ መሰል ንምምላስ፡ ክንየው ምግጣሙኽ እንታይ ካልእ ኣማራጺ ኣሎኒ? ሰብ ተወዲቡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብግሉ'ውን ዝጽበዮን ዝምነዮን ርሁው ዘመን ክርኢ ክቃለስ ኣሎዎ። እዛ መጽሓፍ"ውን ንባዕላ ኣካል ናይዚ ቃልሲ'ያ።

* * *

ኣማስያኡ፡ ከም ኩሉ ሰብ ዝምነዮም ሒደት ነገራት ኣሎው።

እወ! ሓደ መዓልቲ ክውን ክኸውን'ዩ!

ሓደ መዓልቲ፡ ናብቶም ባህሎምን ጸባኦምን እናመገቡ ዘዕበዩኒ ሓረስቶት የረርና ከረዩ ከም ዝምለስ መንፈሰይ ወትሩ ሕሹኽ ይብለኒ ኣሎ።

ብርግጽ'ውን ሓደ መዓልቲ ናብ ቢሾፍቱ ክምለስ'የ!

ናብታ እተወለድኩላ ሃገረይ ተመሊሰ፡ ኣብ ገማግም ቀላይ ቢሾፍቱ ወይ ድማ ኣብ ከባቢ እምባታት ዝቋላ ናይ ባዕለይ ኣጉዶ ክሃንጽ'የ። ኣብኡ ኣባጊዕን ደርሁን ከፋሪ'የ። ፍረ'ታ ቀያሕ ገረብ ኣኪበ፡ ኣብ ውሽጢ ካንቸሎይ ክተኽሎ'የ። ኣብኡ ጥራይ ኣይኮነን፣ ኣብ ወሰናስን መገዲ መላእ ከተማታት ኣውራጃ የረርና ከረዩ ክትትከል'ያ። ኣነ ድማ ብዛዕባ'ታ ቀያሕ ገረብ ንህጻናት ዝኸውን ጽውጽዋይ ክጽሕፍ'የ። ተምሃሮ ካብ ቤት-ትምህርቶም ተፈዲሶም ንገዝኡም ክምለሱ ኸለው ብዛዕባ'ታ ቀያሕ ገረብ ከዋግዑ'ዮም።

እዚ ደኣ እንታይ ሕቶ ኣድልይዎ!?

ትማሊ ኣብ ቢሾፍቱ'የ ነይረ። ጽባሕ'ውን እንተ ኾነ ኣብኡ'የ ክህሉ! ድሕሪ ጽባሕ ኩልና ብህይወት ኣይክንህሉን ኢና። ኣብ ታሪኽ ድማ፡ ብጽቡቕ ክዝከር ናይ ምውሳን ስልጣንን መሰልን ዘለዎ ከቶ ዋላ ሓደ የልቦን....

ክቡራት ኣንበብቲ!

ብዛዕባ'ዛ መጽሓፍ ዘለኩም ርእይቶ፡ በዚ ዝስዕብ
ኣድራሻ ናብ ደራስን ተርጎምትን ምስ እትልእኹልና ብሓጐስ ከም ንቕበሎ ንሕብር።

tttgebreab@gmail.com

alulafessha@yahoo.com
Mobile Phone: 07289219
esromadawi@yahoo.com
Mobile Phone: 07261787

.....ቅዲ ኣጸሓሕፋኡ፡ ገላጺ፡ ዝርዝራዊ፡ ግዋማዊ፡ ስእላዊ.... ብውርጽጹን መስሓቕን ኣገባብ እተነድቑን ሓቀኛን'ዩ። እዚ ብእኩብ ዝሰፈረ ኣሽሓት ጭርምራም ወረቓቕቲ ናይዚ ዓቢ ጋዜጠኛ ዓጀብ ዘብል ስራሕ'ዩ። ብፍላይ እታ ብሓያል ውስጠዘን (powerful metaphor) ውክልናን እተጻሕፈት 'የቁንድዶ ፈረሶች' (ኣፍራስ ቁንድዶ) እትብል ምዕራፍ፡ ደራሲ መጠን ክንደይ በሊሕን መስተውዓልን፡ ንባህርያት ደቂ-ሰብ ድማ ብደቂቕ ዝዕዘብ ምኽኑ እተርኢ ሓያል ሰራሕ'ያ።

ደራሲ ተስፋዩ ገብረኣብ፡ ብዘይ ጥርጥር እቲ ዝበለጸ ኣፍሪቃዊ ዲያሪስት ናይ ዘመን'ዚ እዩ።

ፕሮፌሰር ኣስመሮም ለገሰ
ኣንትሮፖሎጂስትን ደራሲ መጽሓፍ 'Gada'ን

❋ ❋ ❋

'መዘክር'ቲ ጋዜጠኛ'፡ ሓንሳእ ምስ ሓዝካያ ቀልጢፍካ እናገንጸልካ ክተንብባን ክትደጋግማን እተገድድ ሓንቲ ኻብተን ብሉጻት መጽሓፍቲ ናይዚ እዋን'ዚ እያ። ኩሉ ሰብ ክንብባን ክስተማቐራን ዘለዎ እዋናዊት መጽሓፍ'ያ ድማ እብል።

ኣምባሳደር ኣሕመድ ጣህር ባዱሪ

❋ ❋ ❋

ደራሲ ተስፋዩ ገብረኣብ ገለ ካብቶም ኣቀዲሙ ዘሕተሞም መጽሓፍቲ ኣንቢበ ነይረ። ኣወዳድቓ ብርዑ ነቲ ዓቢ ኢትዮጵያዊ ደራሲ በኣሉ ግርማ የዘኻኽረኒ። ደራሲ ዝተጠቐመሉ ቅድን ናይ ኣዛናትዋ ጥበብን ኣድኒቐየኒ። ድኽመት ካልኦት ኣጉሊሑ፡ ንነብሱ ብብልጫታትን ዓወታትን ዘንልሕ ደራሲ ዘይምኽኑ ኸኣ ነታ መጽሓፍ መሊሰ ፈትየያ። ነቲ ዛንታ ክተንብቦ ምስ ጀመርካ፡ ነቲ ርኢኻዮ ዘይትፈልጥ ደራሲ ቀልጢፍካ ዓርኩ ትኸውን። ኣነ እቲ ግልጽንቲ፡ ዓሚቕ ትዕዝብቲ፡ ቁም ነገሩ፡ ዋዛታቱ... ኩሎም ህይወት ዘሪኦም ትርእዮም ዘለኻ ይመስለካ። እዚ ድማ ደራሲ ዘለዎ ተውህቦ ናይ "ፎቶግራፊክ ሚሞሪ" ዓቕሚ'ዩ ዘርእየካ። ብራቮ ወዲ ገብረኣብ!

ግርማይ ዮውሃንስ (ሳንዲያጎ)

❋ ❋ ❋

ስራሕ ትርጉም: ካብ ሓደ ቋንቋ ናብቲ ሓደ ቋንቋ ምግልባጥ ኣይኮነን፣ እንታይ ደኣ መንፈስ ደራሲኡ ፈሊጥካ ብብርዑ ምጽሓፍ ማለት'ዩ። ተርጓሚ ኸኣ ኣብ መወዳእታ ደራሲ'ዩ። ነዚ ኸኣ ኣብዛ ናይ ትርጉም ስራሕ ርእየዮ። ብሓቂ ይበል ናይ ትርጉም ስራሕ!

ስኒ-ጥበበኛ ጸሃየ ወልደሩፋኤል